

# ዛንታ
# ሀዘጋን ጸዐዘጋን




ደርሰነይ
ደግድግ
መላዛናይ
ደናግል
ዓዲ-ነብሪ
ገዛ-ጸለም
ዓዲ-ሓንስ
መቐርካ
ከረን
ጸዓዘጋ
ዝባን-ሰረፆ
ዓዲ-ገብሩ
ዓዲ-ተኸላይ

# ሓማሴን



መገዲ ጽርግያ
መገዲ እግሪ
ሩባታት
ማያት
ዑናላዕላይ
ደቀምሓረ
ወኪ
ዛግር
ገሽናሽም
ደፈረ
ዓደኮሉም
ኳንዱባ
ዓዚን
ዓደንጉዳ
ካዚን
ሽማንጉስ-ላዕላይ
ገረሚ
መቐርካ
ምድሪ-ዛውል
እምባደርሆ
በለዛ
ዓዲ ንፋስ
ዓዲ-ኣበይቶ
ወከድባ
ዓዲ-ቁንጺ
ምጽዋዕ
ዓዲ-ሰግዶ
ኣስመራ
ጸዕዳ-ክርስታን

# ዛንታ
# ሀዘጋን ጸዐዘጋን

© AFRICAN TRIANGLE
OMSLAG : YOHANNES MEBRAHTU

ISBN 91 970939 - 4 - 7

## I. — ወለዶ ፡ ሰብ ፡ ሐማሴን ።


1. ንግስቲ ፡ ኣዜብ ፡ ኣብ ፡ ሐጸይ ፡ ሰለሙን ፡ ከደት ። . . . . . . . p. 3
2. ምስሊኽ ፡ ኣብ ፡ ኢትዮጵያ ፡ ወጻ ። . . . . . . . . . . . » 4
3. ኣሰማምያ ፡ ምድሪ ፡ ሐማሴን ። . . . . . . . . . . . . » 6
4. ቀዳሞት ፡ ህዝቢ ፡ ሐማሴን ። . . . . . . . . . . . . » 6
5. ምእታው ፡ ደቂ ፡ ሚናብ ፡ ኣብ ፡ ሐማሴን ። . . . . . . . . » 8
6. ወለዶ ፡ መሮኒ ። . . . . . . . . . . . . . . . . » 8
7. መርገም ፡ ገሽናሽም ። . . . . . . . . . . . . . . » 10
8. ወለዶ ፡ ሰብ ፡ ገሽናሽም ። . . . . . . . . . . . . . » 11
9. ዘርኢ ፡ ወረደ-ምሕረት ። . . . . . . . . . . . . . . » 12
10. ዘርኢ ፡ ተኽስተ-ብርሃን ። . . . . . . . . . . . . . » 13
11. ዘርኢ ፡ ኽመርጸም ። . . . . . . . . . . . . . . . » 13
12. ዘርኢ ፡ ኽመርጥብ ። . . . . . . . . . . . . . . . » 14
13. ዘርኢ ፡ ድምበዛኖይ ። . . . . . . . . . . . . . . . » 15
14. ትውልዲ ፡ ቤት ፡ ኣስገደ ። . . . . . . . . . . . . . » 16
15. ወለዶ ፡ ደቂ ፡ ቢደል ። . . . . . . . . . . . . . . » 17
16. ዘርኢ ፡ ማልቈ ። . . . . . . . . . . . . . . . . . » 18
17. ካልኦት ፡ ህዝቢ ፡ ኻብ ፡ ደቂ ፡ ሚናብ ። . . . . . . . . » 18
18. ጅን ። . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . » 19
19. ደቂ ፡ ዮሴፍ ። . . . . . . . . . . . . . . . . . p. 20
20. ወቐርትን ፡ ከልከልትን ። . . . . . . . . . . . . . . » 20
21. ክልተ ፡ ዛውል ። . . . . . . . . . . . . . . . . » 21
22. ወለዶ ፡ ዜን ። . . . . . . . . . . . . . . . . . » 21
23. ወለዶ ፡ ደቂ ፡ ሮቤል ። . . . . . . . . . . . . . . » 22
24. ኣማጽኣ ፡ ለጎ ። . . . . . . . . . . . . . . . . » 23
25. መርገም ፡ ጒመዳይ ። . . . . . . . . . . . . . . . » 24
26. ስም ፡ ምባል ፡ ጨዋ ። . . . . . . . . . . . . . . » 25
27. ለጎ ፡ ንጨዋ ፡ ወድእዎም ። . . . . . . . . . . . . » 26
28. ወለዶ ፡ ላምዛ ። . . . . . . . . . . . . . . . . » 27
29. ካልኦት ፡ ህዝቢ ፡ ኻብ ፡ ዘርኢ ፡ ደሁዳ ። . . . . . . . » 28
30. ሾብዐተ ፡ ሰሐርቲ ፡ ሳብዓይ ፡ ኵዳዱ ። . . . . . . . . » 28
31. ካልኦት ፡ ህዝቢ ፡ ኻብ ፡ ደቂ ፡ ስምኦን ። . . . . . . . » 30
32. ደቂ ፡ ሌዊ ። . . . . . . . . . . . . . . . . . » 30
33. ተረፍ ፡ በለውን ፡ ከለውን ። . . . . . . . . . . . . » 32
34. መርገም ፡ ደቂ ፡ ሸሃይ ። . . . . . . . . . . . . . » 32

35. ወለዶ ፡ ሰብ ፡ ዛግር ። . . . . . . . . . . . . . . . . . p. 32
36. ካልኦት ፡ ህዝቢ ፡ ኻብ ፡ ደቂ ፡ ኻም ። . . . . . . . . . . . . » 34

## II. — ሾብዐተ ፡ ደቂ ፡ አተሽም ፤ ሳምናይ ፡ ሙሳ ።

37. ሕዝባይ ፤ ፈዳይ ፡ ሕነ ። . . . . . . . . . . . . . . . . . . p. 35
38. ሰሪ ፡ ሰይቲ ፡ ኽንቲባ ፡ ሐንስ ። . . . . . . . . . . . . . . » 37
39. ምእታው ፡ አተሽም ፡ አብ ፡ ዐዲ ፡ ቈንጺ ። . . . . . . . . . » 38
40. « ምጡዳእ ፡ ሰብ ፡ ሰራየ ። » . . . . . . . . . . . . . . . » 39
41. ደቂ ፡ አተሽም ። . . . . . . . . . . . . . . . . . . . » 40
42. ተስፋ-ጼን ፤ እቲ ፡ ምናቕ ። . . . . . . . . . . . . . . . » 41
43. ማርያም ፡ ተስፋ-ጼን ። . . . . . . . . . . . . . . . . . » 42
44. ምጽናት ፡ ዛርጦናይ ። . . . . . . . . . . . . . . . . . . » 43
45. ክልተ ፡ እንዳ ፡ ተስፋ-ጼን ። . . . . . . . . . . . . . . . » 44
46. ውግእ ፡ ደቂ ፡ አተሽም ፡ ምስ ፡ አስገደ ። . . . . . . . . . » 45
47. ሞት ፡ ብሩሕ ። . . . . . . . . . . . . . . . . . . . » 46
48. ጅግንነት ፡ ዘርኣይ ። . . . . . . . . . . . . . . . . . . » 47
49 አርሓ ፡ ዘርኣይኒ ፡ አስምዔን ። . . . . . . . . . . . . . . » 48
50. ሞት ፡ ዘርኣይ ። . . . . . . . . . . . . . . . . . . . » 49
51. ምትእትታው ፡ ተከለ ፡ ናብ ፡ እርግንኡ ። . . . . . . . . . . » 50
52. ንጉስ ፡ ናብ ፡ ሐማሴን ፡ ሰፈሩ ። . . . . . . . . . . . . . » 50
53. ወለዶ ፡ ሚናበ-ዘርኣይ ። . . . . . . . . . . . . . . . . » 51
54. ወለዶ ፡ ተከሌ-ዐገባ ። . . . . . . . . . . . . . . . . . » 53
55. ሞት ፡ ሕነሽም ። . . . . . . . . . . . . . . . . . . . » 56
56. ውግእ ፡ ጉልጉል ፡ አምብዓ ። . . . . . . . . . . . . . . » 56
57. ጥቢ ፡ ሕዝባይ ። . . . . . . . . . . . . . . . . . . . » 57
58. ዓገብ ፡ ክፍለን ፡ ሕዝባይኒ ። . . . . . . . . . . . . . . » 58
59. ሹማምቲ ። . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . » 60
60. ምእታው ፡ ተኽለ-ታትዮስ ፡ አብ ፡ ዐዲ ፡ ገብሩ ። . . . . . . . » 60
61. ዑና ፡ ሓሸልኒ ፡ ዑና ፡ ጉዶን ። . . . . . . . . . . . . . » 61
62. ወለዶ ፡ ቤት ፡ ገረ-ኽስቶስ ። . . . . . . . . . . . . . . » 62
63. ወለዶ ፡ ደቂ ፡ ብሩሕ ። . . . . . . . . . . . . . . . . » 63

## III. — ዐድ-ደገዝማቲ ።


64. ሀብ-ስሉስ ፡ ዐባቕኒ ፡ እምሓን ። . . . . . . p. 64
65. ሀብ-ስሉስ ፡ ምስ ፡ ልጓሙ ። . . . . . . » 65
66. ካልኣይ ፡ ጥቢ ፡ እምሓ ። . . . . . . » 66
67. ሀብ-ስሉስ ፡ ንጓል ፡ ሐጸይ ፡ ቀተላ ። . . . . . . » 67
68. ሽመት ፡ ዐድ-ደገዝማቲ ። . . . . . . » 68
69. ደቂ ፡ ደግያት ፡ ሀብ-ስሉስ ። . . . . . . » 69
70. ምሻም ፡ ደግያት ፡ ገረ-ክስቶስ ። . . . . . . » 70
71. ዋዐላ ፡ ማይ ፡ መንካዕ ። . . . . . . » 70
72. ስርዓት ፡ ሀብ-ስሉስ ፡ ገረ-ክስቶስ ። . . . . . . » 71
73. ግዝኣት ፡ ደግያት ፡ ገረ-ክስቶስ ። . . . . . . » 72
74. ደቂ ፡ ደግያት ፡ ገረ-ክስቶስ ። . . . . . . » 73
75. ደግያት ፡ ተስፋ-ጼንኒ ፡ ደግያት ፡ ማሞን ፡ ተሸሙ ። . . . . . . » 74
76. ማሕረዲ ፡ ደባስ ። . . . . . . » 75
77. ትውልዲ ፡ ገዛ ፡ ስድራ ። . . . . . . » 75
78. ማርየም ፡ ዐሰልዳይት ። . . . . . . » 76
79. ሞት ፡ ደግያት ፡ ገረ-ክስቶስኒ ፡ እምቤት ፡ ሰበነ-ገርግሽኒ ። . . . . » 77
80. ግዝኣት ፡ ደግያት ፡ ርእሰ-ሃይማኖት ። . . . . . . » 77
81. ሞት ፡ ደግያት ፡ ርእሰ-ሃይማኖት ። . . . . . . » 78
82. ህያብ ፡ ደግያት ፡ ናይዝጊ ። . . . . . . » 79
83. ወርቂ ፡ ደቂ ፡ ሕድርትና ። . . . . . . p. 80
84. ህያብ ፡ ደግያት ፡ ማሞ ። . . . . . . » 80
85. ስዕረት ፡ ደግያት ፡ ናይዝጊ ። . . . . . . » 81
86. ደግያት ፡ ማሞ ፡ ኻብ ፡ ርእሶም ፡ ግብሪ ፡ ሀገሮም ፡ ፈደዩ ። . . . . » 82
87. መድፍዕ ፡ ደግያት ፡ ማሞ ። . . . . . . » 83
88. ምውዳእ ፡ ገዛ ፡ ስድራ ። . . . . . . » 83
89. ሽፍትነት ፡ ደግያት ፡ ድብልዩስ ። . . . . . . » 84
90. ሞት ፡ ደግያት ፡ ማሞ ። . . . . . . » 85
91. ዓድዋ ፡ ተሰርሔ ። . . . . . . » 85
92. ሽፍትነት ፡ ብላታ ፡ ምንኪኤል ። . . . . . . » 86
93. ውግእ ፡ ጋሻ-ወርቀ ። . . . . . . » 87
94. ግዝኣት ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ሰለሙን ። . . . . . . » 87
95. ውግእ ፡ ሬኢስ ፡ ምንኪኤል ፡ ምስ ፡ ናይብ ። . . . . . . » 88
96. ደቂ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ሰለሙን ። . . . . . . » 88

## IV. — ሰለስተ ፡ መንግስታት ፡ ደቀተሸም ።


97. ዘርኢ ፡ ተኽለ-ታትዮስ ። . . . . . . . . . . . . p. 90
98. እንዳ ፡ ህብተ-ልዑል ። . . . . . . . . . . . . » 91
99. « ምህዳም ፡ ደቂ ፡ ዐበይቲ ። » . . . . . . . . . . » 92
100. ማእሰርቲ ፡ ኽንቲባ ፡ ገረ-ማርያም ። . . . . . . . . » 92
101. ምራድ ፡ ቤተኽስያን ፡ ጻዐዳ-ኽስታን ። . . . . . . . . » 93
102. ሐይሊ ፡ ኽንቲባ ፡ ዕቍባንኪኤል ። . . . . . . . . . » 93
103. ሰበዋ ፡ ኽንቲባ ፡ ገደይ ። . . . . . . . . . . . » 95
104. ሞት ፡ ሐጸይ ፡ እዮኣስ ። . . . . . . . . . . . » 95
105. ግዝኣት ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በሸቱ ። . . . . . . . . . . » 96
106. ሐይሊ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በሸቱ ። . . . . . . . . . . » 97
107. ውግእ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በሸቱ ፡ ምስ ፡ ዐዲ ፡ ብኢዳት ። . . . . . » 98
108. ውግእ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በሸቱ ፡ ምስ ፡ ናይብ ። . . . . . . » 99
109. ቀዳማይ ፡ ዘመተ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ። . . . . . . . . » 100
110. ከንቲባ ፡ ቐለተ ፡ ንስድርኦም ፡ አውዓልዎም ። . . . . . . » 101
111. ማእሰርቲ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በሸቱ ። . . . . . . . . . » 102
112. ባሕር-ነጋስ ፡ በሸቱ ፡ ተመልሱ ። . . . . . . . . . . » 104
113. ጻዐዳ-ኽስታን ፡ ተዘምተት ። . . . . . . . . . . . » 104
114. ጅግንነት ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ክንፋት ። . . . . . . . . . » 105
115. ማእሰርቲ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ዕቍባት ። . . . . . . . . . p. 106
116. ውግእ ፡ ዐዲ ፡ ገብራይ ። . . . . . . . . . . . . » 107
117. ካልኣይ ፡ ዘመተ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ። . . . . . . . . » 108
118. « ገለብ ፡ ከንቲባ ። » . . . . . . . . . . . . . » 109
119. ባሕር-ነጋስ ፡ በሸቱ ፡ ምስ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ተዐርቁ ። . . . » 109
120. ደቂ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በሸቱ ። . . . . . . . . . . . » 110
121. ተስፋ-ጼን ፡ አባዊባ ። . . . . . . . . . . . . . » 111
122. ከንቲባ ፡ ሞሞን ፡ ከንቲባ ፡ ባድጎን ። . . . . . . . . . » 111
123. አይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ንሐዎም ፡ ወረሱ ። . . . . . . . . » 112
124. ሞት ፡ አባ ፡ ብኢደ-ማርያም ። . . . . . . . . . . . » 113
125. ጅግንነት ፡ ከንቲባ ፡ ተስፉ ። . . . . . . . . . . . » 113
126. ምኽሪ ፡ ኽንቲባ ፡ ተስፉ ። . . . . . . . . . . . . » 114
127. ውግእ ፡ ዐሸማግለ ። . . . . . . . . . . . . . . » 115
128. ስዕረት ፡ ወዲ ፡ መርኬድዮስ ። . . . . . . . . . . . » 116
129. ዐራት ፡ አርባዕተ ። . . . . . . . . . . . . . . » 117
130. ማእሰርቲ ፡ ኽንቲባ ፡ ተስፉ ። . . . . . . . . . . . » 117

131. ናይብ ፡ ንኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ኣሰሮም ። . . . . . . . . . . p. 118
132. ውግእ ፡ ማይ ፡ ፋሎ ። . . . . . . . . . . . . » 119
133. ከንቲባ ፡ ወልደ-ልዑል ። . . . . . . . . . . . » 120
134. ናይብ ፡ ንኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ፈትሖም ። . . . . . . . . . » 120
135. ዳዕዳ-ኽስታን ፡ ሐደጋ ፡ ተወድቀት ። . . . . . . . . . » 121
136. ውግእ ፡ ዐዲ ፡ መርዓዊ ። . . . . . . . . . . . . » 122

## V. — ዐዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ።

137. ግዝኣት ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ። . . . . . . . . . . . . p. 124
138. ተረካብ ፡ ዘረባ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ። . . . . . . . . . . » 124
139. ሰውሃት ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ። . . . . . . . . . . . » 125
140. መሸሐዳር ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ። . . . . . . . . . . » 126
141. ሞት ፡ ኣይተ ፡ ናቡተ ። . . . . . . . . . . . . » 126
142. ግዝኣት ፡ ኣገልድም ፡ ወልደ-ስላሰ ። . . . . . . . . . . » 127
143. ምግባር ፡ ደቀተሽም ። . . . . . . . . . . . . » 128
144. ሾብዐተ ፡ ኽነትብ ፡ ጉዳይፍ ፥ ሰበርቲ ፡ ዐራት ። . . . . . . . » 129
145. ኣይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ መጹ ። . . . . . . . . . . » 130
146. ውግእ ፡ ኣይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ምስ ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ። . . . » 131
147. ጋሮ ፡ ዑና ፡ ጠወቕ ። . . . . . . . . . . . . » 132
148. ውግእ ፡ ድባርዋ ። . . . . . . . . . . . . . » 132
149. ሞት ፡ ኣይተ ፡ ሐጐስ ። . . . . . . . . . . . . » 134
150. ደግያት ፡ ሸባጋድሸ ፡ ገዛኢ ፡ ኽኑ ። . . . . . . . . . . » 135
151. ማእሰርቲ ፡ ኣይተ ፡ ተወልደ-መድህን ። . . . . . . . . . » 135
152. ደቂ ፡ ኣይተ ፡ ተወልደ-መድህን ። . . . . . . . . . . » 136
153. እንዳ ፡ እኖ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ። . . . . . . . . . . » 136
154. ሐበላ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ። . . . . . . . . . . . » 137
155. ሐጂ ፡ መሐመድ ፡ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ናብ ፡ እንዳ ፡ ኣቦኦም ፡ ኣምጽኦም ። » 137
156. ባድጎ ፡ ንኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ወግኦ ። . . . . . . . . . » 139
157. ሞተ ፡ ባድጎ ። . . . . . . . . . . . . . . » 140
158. ውግእ ፡ እቌታብ ። . . . . . . . . . . . . . » 141
159. ውግእ ፡ ጠባብቆ ። . . . . . . . . . . . . . » 142
160. ምሻም ፡ ኣይተ ፡ ሰለሙን ። . . . . . . . . . . . » 143
161. ሰበዋ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ። . . . . . . . . . . . » 143
162. ዐራት ፡ ኣብ ፡ ደግያት ፡ ውበ ፡ ሐሰፈ ። . . . . . . . . . » 144

163. ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ተሸሙ ። . . . . . . . . . . . . p. 145
164. ሰኑይ ፡ ዕዳጋ ። . . . . . . . . . . . . . . . » 145
165. ውግእ ፡ ምብካይ-ደቅናይ ። . . . . . . . . . . . » 146
166. ሞት ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ። . . . . . . . . . . . . » 147
167. ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ንራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ አውዓልዎም ። . . . . » 148
168. ቀዳም ፡ አብ ፡ ገዛ ፡ ቐሺ ፡ ስቤንሶን ። . . . . . . . . » 149
169. ዐርቢ ፡ ወክ-ድባ ። . . . . . . . . . . . . . . » 149
170. ወተር ፡ ሕሻል ። . . . . . . . . . . . . . . . » 151

## VI. — ዘበን ፡ ጭቃታት ።

171. ውግእ ፡ ፈረስ-ማይ ። . . . . . . . . . . . . . . p. 152
172. ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ተአስሩ ። . . . . . . . . . . . » 153
173. ጭቃታት ። . . . . . . . . . . . . . . . . . » 155
174. አይተ ፡ አላ ፡ ተሸሙ ። . . . . . . . . . . . . . » 156
175. ውግእ ፡ ምስጓግ ። . . . . . . . . . . . . . . » 156
176. ደግያት ፡ ውበ ፡ ወረዱ ። . . . . . . . . . . . . » 157
177. ድግንነት ፡ ክንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ። . . . . . . . . . » 158
178. « በኺት ፡ ክቐረጽ ። » . . . . . . . . . . . . . » 159
179. ስደት ፡ ሰብ ፡ ሐማሴን ። . . . . . . . . . . . . » 159
180. መጻልኢ ፡ እምቤት ፡ እሌኒ ፡ ኸንቲባ ፡ ወልደ-ጋብርኒ ። . . . . » 160
181. አይተ ፡ ገብራይ ፡ ንሚናበ-ዘርኣይ ፡ ሓዘ ። . . . . . . . . » 161
182. አይተ ፡ አላ ፡ ተመልሱ ። . . . . . . . . . . . . » 162
183. ኩናት ፡ ጕራዕ ። . . . . . . . . . . . . . . . » 163
184. ዋሕስ ፡ አይተ ፡ ገብራይ ። . . . . . . . . . . . . » 164
185. ቶርዓ ፡ ንአይተ ፡ ተኽላይ ፡ ቀተልዎ ። . . . . . . . . . » 165
186. ሞት ፡ ክንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ። . . . . . . . . . . . » 166
187. ሞት ፡ እምቤት ፡ እሌኒ ፡ ደቅ-ደቀንኒ ። . . . . . . . . . » 167
188. ራእስ ፡ ወልደንኪኤልኒ ፡ ደግያት ፡ መርእድኒ ፡ ተመልሱ ። . . . . » 169
189. ኣውሎ ፡ ዐንደ-ዔን ። . . . . . . . . . . . . . . » 170
190. ወዘሮ ፡ ዋርካ ፡ ንሰብኣየን ፡ በጽሕኦም ። . . . . . . . . » 171
191. ሞት ፡ አይተ ፡ ንጉስ ። . . . . . . . . . . . . . » 172
192. ነገር ፡ አይተ ፡ ገብራይ ። . . . . . . . . . . . . . » 173
193. ሞት ፡ ክንቲባ ፡ ግልወት ። . . . . . . . . . . . . » 174
194. ጸዐዘጋ ፡ ተተኲሰት ። . . . . . . . . . . . . . . » 175

195. ምኽሪ ፡ ሐባል-ጋላ ። . . . . . . . . . . . . p. 176
196. ውግእ ፡ ዐድ-ሀብ-ስሉስ ። . . . . . . . . . . . . » 177
197. አይተ ፡ አላ ፡ ዐዶም ፡ አተዉ ። . . . . . . . . . . » 178

## VII. — ውግእ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ምስ ፡ ደቂ ፡ እምቤት ፡ አሌን ።

198. ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ወረዱ ። . . . . . . . . . . . . p. 180
199. ሰሉስ ፡ አብ ፡ ዐዲ ፡ ቖስም ። . . . . . . . . . . . » 182
200. ሞት ፡ ክንፈ ። . . . . . . . . . . . . . . » 182
201. አገው-ንጉሰ ፡ ወረዱ ። . . . . . . . . . . . . » 183
202. ሞት ፡ አይተ ፡ አላ ። . . . . . . . . . . . . » 184
203. ቀዳም ፡ አብ ፡ ዐዲ ፡ ገብሩ ። . . . . . . . . . . » 185
204. ግዝኣት ፡ ደግያት ፡ መርእድ ። . . . . . . . . . . » 186
205. ተገብር ፡ ሐጺይ ፡ ቴድሮስ ። . . . . . . . . . . » 187
206. ደግያት ፡ ኢማም ፡ ተሸሙ ። . . . . . . . . . . » 189
207. ምርቓ ፡ ቐሺ ፡ እዮኣስ ። . . . . . . . . . . . » 190
208. ጥፍኣት ፡ አገው-ንጉሰ ። . . . . . . . . . . . » 190
209. ሸመት ፡ አብ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ተመልሰ ። . . . . . . . » 192
210. ብላታ ፡ ውበ ፡ ናብ ፡ ክንዲ ፡ ጉይትኦም ፡ ሐሰፉ ። . . . . . . » 192
211. ተረካብ ፡ ዘረባ ፡ ቐሺ ፡ ገረ-ሓርያት ። . . . . . . . . » 194
212. እንዳ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ። . . . . . . . . . . » 194
213. ነገር ፡ ዓመጺ ። . . . . . . . . . . . . . . » 196
214. ረቡዕ ፡ አብ ፡ ዳዕሮ-መኻን ። . . . . . . . . . . » 197
215. ምድብዳብ ፡ ልጃም ። . . . . . . . . . . . . » 199
216. ሞት ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ጉራደ ። . . . . . . . . . . » 200
217. « ነገር ፡ ማንትለ ። » . . . . . . . . . . . . » 201
218. ሞት ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ አስገዶም ። . . . . . . . . . » 201
219. ጥቢ ፡ ልጅ ፡ ብሩ ። . . . . . . . . . . . . . » 202
220. አባ ፡ በዝብዝ ፡ ካሳ ። . . . . . . . . . . . . » 203
221. ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ናብ ፡ ደግያት ፡ ካሳ ፡ አተዉ ። . . . . . . » 204
222. ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ተሸሙ ። . . . . . . . . . » 206
223. ውርደት ፡ ዐዲ ፡ ኸንቲባ ፡ በኺት ። . . . . . . . . . » 207
224. ኣውሎ ፡ ኸንቲባ ፡ በኺት ። . . . . . . . . . . . » 209
225. ማእሰርቲ ፡ አይተ ፡ ጸጋይ ። . . . . . . . . . . . » 209
226. ደርፊ ፡ ጃውጅ ። . . . . . . . . . . . . . . » 210

227. ስብእነት ፡ ክንቲባ ፡ ናሽሕ ። . . . . . . . . . . . . . p. 210
228. ማእሰርቲ ፡ ደ፝ያት ፡ ወልደንኪኤል ። . . . . . . . . » 211
229. ግዝኣት ፡ ዋኽሹም ፡ ገብሩ ። . . . . . . . . . . . » 212
230. ሽፍትነት ፡ ልጅ ፡ መኰንን ። . . . . . . . . . . . » 213
231. ሰኑይ ፡ ዓድዋ ። . . . . . . . . . . . . . . » 214
232. ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ተፈትሑ ። . . . . . . . . » 215
233. ሽፍትነት ፡ አባ-ኽይሲ ። . . . . . . . . . . . . » 216

## VIII. — ክልተ ፡ ሰኑይ ።

234. ብላታ ፡ ገረ-ኺዳን ። . . . . . . . . . . . . . . p. 217
235. ክንትብነት ፡ ክንቲባ ፡ ናሽሕ ። . . . . . . . . . . » 218
236. ሞት ፡ ነበራይ ። . . . . . . . . . . . . . . . » 218
237. ምድብዳብ ፡ ልጅ ፡ ካሕሳይ ። . . . . . . . . . . . » 219
238. ቀዳማይ ፡ ትርኩ ። . . . . . . . . . . . . . . » 220
239. ምዕላው ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ሕብ ፡ ትርኩ ። . . . . » 221
240. ካልኣይ ፡ ትርኩ ። . . . . . . . . . . . . . . » 222
241. « አባ-ቦራ ፡ ተአስረ ። ». . . . . . . . . . . . » 222
242. ምሻም ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ። . . . . . . . . . . . » 223
243. ጉዕዞ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ሕብ ፡ ሐማሴን ።. . . . . » 223
244. ምኽሪ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ።. . . . . . . . . . . » 224
245. መብጽዓ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ።. . . . . . . . . » 225
246. ጥልመት ፡ ጸዐዘጋ ። . . . . . . . . . . . . . » 225
247. ንቕሎ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉን ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤልን ። . . . . » 226
248. ሞት ፡ ክልተ ፡ ሰብ ፡ ነጋሪት ። . . . . . . . . . . » 226
249. ጥፍኣት ፡ ደቂ ፡ ጸዐዘጋ ። . . . . . . . . . . . » 227
250. ሞት ፡ አይተ ፡ ላግርኒ ፡ ቐሺ ፡ ሐይለ-ኣብኒ ። . . . . . . » 229
251. ምእታው ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ሕብ ፡ ዐዶም ። . . . . » 230
252. ብሽነት ፡ ቀሺ ፡ ሀብቱ ። . . . . . . . . . . . » 231
253. ቀብሪ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ። . . . . . . . . . . . » 231
254. ሐጸይ ፡ ዮሀንስ ፡ መጹ ። . . . . . . . . . . . » 232
255. መንግስቲ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ። . . . . . . . . » 233
256. ጥዑም-እዝጊ ፡ ናብ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ አተዉ ። . . . » 234
257. ራእስ ፡ ባርይኡ ፡ ናብ ፡ ሐማሴን ፡ ሰፈሩ ። . . . . . . » 235
258. ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ መጹ ። . . . . . . . . . . » 236

259. ው·ግእ : ቤት : ምኽእ :: . . . . . . . . . . . . . . . p. 236
260. ራእስ : ወልደንኪኤል : አብ : ሀዘጋ ::. . . . . . . . . . . . » 237
261. ዐርቂ : ራእስ : ወልደንኪኤል : ምስ : ንጉስ :: . . . . . . . » 238
262. ፋሕ-ብትን : ሰራዊት : ራእስ : ወልደንኪኤል :: . . . . . . » 240
263. ከንቲባ : ሃይሉ : መስከር : ይሕዙ :: . . . . . . . . . . . . » 241
264. ግሊ : ጸላእቲ : ራእስ : ወልደንኪኤል :: . . . . . . . . . » 241
265. ማእሰርቲ : ራእስ : ወልደንኪኤል :: . . . . . . . . . . . » 242
266. ራእስ : ወልደንኪኤል : አብ : እምባ : ሰላማ :: . . . . . . . . » 244

## IX. — ዳሕራይ : ዛንታ : ሐማሴን ::

267. ሃይሉ : ዐዲ : ባሮ :: . . . . . . . . . . . . . . . . p. 245
268. ግዝኣት : ራእስ : አሉ :: . . . . . . . . . . . . . . . » 246
269. አቈዛዝማ : ደቂ : መሓረ :: . . . . . . . . . . . . . . » 246
270. ሽፍትነት : በረምበረስ : ኳፊል :: . . . . . . . . . . . . » 248
271. ንጉስ : አብ : ሸረጀቓ : ሰፈሩ :: . . . . . . . . . . . . » 249
272. ማእሰርቲ : ደግያት : ተሰማ ::. . . . . . . . . . . . . . » 250
273. ሽፍትነት : ደግያት : ሐድገምበሳን : ደግያት : ባህታን :: . . . . » 251
274. ድል : ራእስ : አሉ :: . . . . . . . . . . . . . . . . » 251
275. ፍርስነት : ጸዐዘጋን : ሀዘጋን :: . . . . . . . . . . . . » 252
276. ንጉስ : አብ : ሽሓጢ : ነቀሉ :: . . . . . . . . . . . . » 253
277. ሞት : ሐጸይ : ዮሀንስ :: . . . . . . . . . . . . . . . » 254
278. መኳንንቲ : ሐማሴን : አብ : ኢጣልያ : አተዉ :: . . . . . . . » 254
279. ጣልያን : አብ : አስመራ : አቶ :: . . . . . . . . . . . . » 256
280. መኳንንቲ ተሐበሉ :: . . . . . . . . . . . . . . . . » 257
281. ሐይሊ : ደግያት : ሐድገምበሳ :: . . . . . . . . . . . . » 258
282. ማእሰርቲ : ደግያት : ሐድገምበሳ :: . . . . . . . . . . . » 259
283. ሽፍትነት : ልጅ : አበራ :: . . . . . . . . . . . . . . » 260
284. ዛንታ : ጻዕዳ-ክስታን : ብሐጺሩ ::. . . . . . . . . . . . » 261
285. ሞት : ደግያት : ባህታ :: . . . . . . . . . . . . . . . » 261
286. ው·ግእ : ሐጸይ : ምሰሊኽ : ምስ : ኢጣልያ :: . . . . . . . . » 262
287. ደግያት : ጐብሳ :: . . . . . . . . . . . . . . . . . » 263
288. ሞት : ራእስ : ወልደንኪኤል ::. . . . . . . . . . . . . » 264
289. ዳሕራይ : ው·ግእ : ጸዐዘጋን : ሀዘጋን :: . . . . . . . . . » 265
Errata . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . » 267

I.

# ወለዶ ፡ ሰብ ፡ ሐማሴን ።

ካብ ፡ ዐበይትን ፡ ካብ ፡ ዝፈልጡን ፡ ጠይቕና ፡ ዝረኸብናዮ ፥ ወለዶ ፡ ሰብ ፡ ሐማሴን ፡ እዚ ፡ እዩ ።

ንግስቲ ፡ ኣዜብ ፡ ኣብ ፡ ሐጸይ ፡ ሰለሙን ፡ ከደት ። I.

አቡጅጎ ፡ ነዚ ፡ ኵሉ ፡ ፍጥረቱ ፡ ብማይ ፡ አይሂ ፡ ምስ ፡ አጥፍአ ፥ 1.
ሓደ ፡ ሕሩይ ፥ ኖህ ፡ እተባህለ ፥ ምስ ፡ ሰለስተ ፡ ደቁ ፥ ሴም ፥ ካም ፥ ያፌት ፡
እተባህሉ ፥ ዘርኢ ፡ ኽይብተኽ ፡ ይሉ ፡ አትረፎ ። ድሕርቲ ፡ ኖህ ፥ አቦአ 2.
ም ፥ ንሴም ፡ ግብጺ ፥ ሀገር ፡ ምብራቕ ፡ ዘበለ ፥ አውረሶ ፤ ንያፌት ፡ ካብ
ኡ ፡ ንምዕራብ ፡ ዘበለ ፡ አውረሶ ፤ ንኻም ፡ አብዚ ፡ ዘሎናዮ ፡ አውረሶ ።
የሩሳሊም ፡ ግና ፥ መንጎ ፡ ኵሎም ፥ ‹ ሕሩይኩም ፡ ይረሳ ፥ › የሎም ። ድ 3.
ሕርዚ ፡ አብርሃም ፡ እተባህለ ፡ ወዲ ፡ ታራ ፥ ካብ ፡ ዘርኢ ፡ ሴም ፥ ሕሩይ ፡
ኰይኑ ፡ ንየሩሳሊም ፡ ወረሳ ። ነሱ ፡ ንይስሓቕኒ ፡ አስምዔልኒ ፡ ወለደ ። 4.
ይስሓቕ ፡ ድማ ፡ ንያዕቆብ ፡ ወለደ ። ያዕቆብ ፡ ድማ ፡ ንሮቤል ፥ ስምኦን ፥
ሌዊ ፥ ይሁዳ ፥ ዮሴፍ ፥ ሚናብ ፥ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ኻልአት ፡ ሽድሽተ ፥ ዙ
ሎም ፡ ዐሰርተው ፡ ክልተ ፡ ነገድ ፡ እስራኤል ፡ እተባህሉ ፡ ወለደ ።

ድሕርቲ ፡ አብዚ ፡ ምድርዚ ፡ ተመን ፡ ይገዝኦም ፡ ነበረ ፤ እሞ ፥ ጻድ 5.
ቃናት ፡ መጺኦም ፡ ነቲ ፡ ገዛኢኦም ፡ ዝነበረ ፡ ተመን ፡ ቀተልዎ ። ሽዑ ፡ 6.
ማኼዳ ፥ ንግስቲ ፡ ኣዜብ ፥ ኰርያ ፡ ነቶም ፡ ጻድቃናት ፡ ቀተለቶም ። ደሐ

ር ፥ መርገሞም ፡ በጺሕዎ ፥ እታ ፡ ሐንቲ ፡ እግራ ፡ ኽም ፡ ሸኹና ፡ አድጊ ፡
ኸነት ፤ እሞ ፥ ክትእቶ ፡ ምስ ፡ ደሌት ፥ በታ ፡ እግራ ፡ ብዙሕ ፡ ትጕሂ ፡ ነ
7. በረት ። ድሕርቲ ፡ ወረ ፡ ሰምዔት ፥ « ሰለሙን ፡ እተባህለ ፥ ወዲ ፡ ሐጸይ ፡
ዳዊት ፥ አብ ፡ የሩሳሊም ፡ ነግሹ ፡ ዘሎ ፥ ኬድኪ ፡ ልዳቱ ፡ እንተ ፡ ትረግ
ጺ ፥ ምሐዌኺ ፥ » ዝብል ። በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡ ንግስቲ ፡ ኣዜብ ፡ አብ ፡
8. ሐጸይ ፡ ሰለሙን ፡ ከደት ። ሽው ፥ ከምታ ፡ ዝሰምዐታ ፥ ደገ ፡ ሐጸይ ፡ ሰለ
ሙን ፡ ምስ ፡ ረገጸት ፥ እግራ ፡ ሐዌት ።
9. ንጉስ ፡ ሰለሙን ፡ ድማ ፡ ግርም ፡ ጌሩ ፡ ተቐበላ ፤ ሓደ ፡ ልቢ ፡ ዝቔ
ሎ ፡ ጸብሒ ፡ አብልዓ ። ድሕርቲ ፥ « ኣነን ፡ አብ ፡ ገንዘብኪ ፥ ነስኺን ፡ አ
10. ብ ፡ ገንዘበይ ፡ አይንቃረብ ፥ » ይልዋ ፡ ደቀሰ ። ንጉስ ፡ ሰለሙን ፡ ከአ ፥ በ
ጥ ፡ ምሰለ ፥ ድቃስ ፡ ክወስዶ ፡ ኽሎ ፥ ዐይኑ ፡ ቋሕ ፡ ይብል ፥ እንተ ፡ ተባ
ራበረ ፥ ዐይኑ ፡ ሰም ፡ ይብል ፡ ነበረ ። እቴገ ፡ ማኼዳ ፡ ድማ ፥ ልባ ፡ ተቔ
ልያ ፥ ማይ ፡ ክትሰቲ ፥ ሰለሙን ፡ ዐይኑ ፡ ሰም ፡ ምስ ፡ አበለ ፥ « ደቂሹ ፥ »
11. ይላ ፡ ማይ ፡ ክትቀድሕ ፡ ከላ ፥ መጺኡ ፡ ሓዛ ። ሽው ፡ ነሳ ፡ ኽአ ፥ ‹ በል ፤
ሕድስ ፡ ሕደገኒ ፥ ክስቲ ፡ እሞ ፤ ድሕርቲ ፡ ፍቓድካ ፡ ኽትፍጽም ፥ » የለ
12. ቶ ። በዚ ፡ ኽምዚ ፡ ንግስቲ ፡ ኣዜብ ፡ ካብ ፡ ሐጸይ ፡ ሰለሙን ፡ ጠነሰት ።
13. ደሐር ፥ አብኡ ፡ ቐንያ ፡ ንዐዳ ፡ ኽትምለስ ፡ ከላ ፥ አብቲ ፡ ርባ ፥ አብ ፡
መንጎ ፡ ዐዲ ፡ ቔንጽን ፡ ወኽ-ድባን ፡ ዘሎ ፥ ምስ ፡ በጽሔት ፥ መዓልቲ ፡ ሕ
ርሳ ፡ በጽሔ ። ሽው ፥ አብቲ ፡ አዝሒት-በላ ፡ ዝበሀል ፡ መኻን ፥ ንምለሊ
14. ኽ ፡ ወለደት ። እተን ፡ መሕረስቲ ፡ ኽአ ፥ ማይ ፡ ንመተሓጻጸቢ ፡ ደልየን ፥
ብታህዋኽ ፥ « አቲ ፤ ማይ ፡ በላ ፥ ማይ ፡ በላ ፥ » የላ ። ካብ ፡ ብሽዑ ፡ ጀሚ
ሩ ፥ እታ ፡ ርባ ፡ ኽሳዕ ፡ ለይት-ሎም ፡ ‹ ማይ-በላ ፡ » ትበሀል ፡ አላ ።

## 2. ምለሊኽ ፡ አብ ፡ ኢቶጵያ ፡ ወጸ ።

1. ምለሊኽ ፡ ምስ ፡ ዐበ ፥ ቀለውዕ ፥ ‹ ወዲ ፡ ሰበይቲ ፥ » ይሎም ፡ ጸረፍ
2. ዎ ። ነሱ ፡ ኽአ ፡ ነዲኡ ፥ « አቲ ፥ አደ ፤ ኣነ ፡ ወዲ ፡ መን ፡ እየ ፤ አቦይ ፡

መን ፡ እዩ ፧ » ይሉ ፡ ሐተታ ። ነሳ ፡ ኸአ ፥ « ኪድ ፤ አቦኻስ ፡ የሩሳሊም ፡
አሎ ፥ ሐጸይ ፡ ሰለሙን ፡ ይበሀል ፥ » የለቶ ። ምለሊኽ ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ አቡ 3.
ኡ ፡ ንየሩሳሊም ፡ ከደ ።

ሐጸይ ፡ ሰለሙን ፡ ድማ ፡ ተቐቢሉ ፡ አኽበሮ ፤ « ኪድ ፥ እንደ ፡ እኖኻ ፡ 4.
ግዛእ ፥ » ይሉ ፡ ድማ ፡ ሸሞ ። ሽዑ ፡ መሰነይትኡ ፡ ኻብ ፡ ደቂ ፡ ሮቤል ፥ ካ 5.
ብ ፡ ደቂ ፡ ስምኦን ፥ ካብ ፡ ደቂ ፡ ሞሴፍ ፥ ካብ ፡ ደቂ ፡ ሚናብ ፥ ከምኡ ፡ ድ
ማ ፡ ኻብ ፡ አሕዋቱ ፥ ካብ ፡ ደቂ ፡ ይሁዳ ፥ ቤተ ኽህነት ፡ ዝኸንዎ ፡ ኸአ ፡ ኻ
ብ ፡ ደቂ ፡ ሌዊ ፡ ሃቦ ። ታቦት ፡ ከአ ፥ መራሒ ፡ መገዲ ፡ ኽኾኖ ፥ ታቦተ-ምን 6.
ኪኤል ፡ ሃቦ ። እቶም ፡ ደቂ ፡ ሌዊ ፡ ግና ፥ ውሽጣን ፡ መሽጐራጕራን ፡ ዝፈ
ለጡ ፡ ኹዕይኖም ፥ ነታ ፡ ታቦተ-ምንኪኤል ፡ ሐዲጎም ፥ ታቦተ-ማርያም ፡ አ
ልዒሎም ፡ መጹ ። ተሳናቢቶም ፡ ምስ ፡ ተበገሱ ፥ ብድሕሪኦም ፡ ንጉስ ፡ ሰ 7.
ለሙን ፡ ጽዮን ፡ ለቚጠም ፡ ከም ፡ ዝኸዱ ፡ ሽዓ ፡ ፈለጠ ፤ እሞ ፥ በፍራስ ፡
ምስ ፡ ሰራዊቱ ፡ ኽርክቦም ፡ ጐየዩም ። ሽዑ ፡ ምለሊኽ ፡ ምስ ፡ ስድርኡ ፥ 8.
በተ ፡ ባሕሪ ፡ ቐደም ፡ ንእስራኤል ፡ ከም ፡ ዝገበረሎም ፥ ብማእከል ፡ ባሕሪ ፡
ተሳገሩ ። ሐጸይ ፡ ሰለሙን ፡ ድማ ፥ አብ ፡ ባሕሪ ፡ ምስ ፡ በጽሔ ፥ ነታ ፡ ናይ ፡
ፈርኦን ፡ ዘኺሩ ፡ ክስዕቦም ፡ አይደፈረን ።

ምለሊኽ ፡ ግና ፡ ምስ ፡ ስድርኡ ፡ ናብዚ ፡ ወጸ ። ሽዑ ፡ እቶም ፡ ደቂ ፡ 9, 10.
ይሁዳ ፡ ምስ ፡ ቤተ-መንግስቲ ፡ ንሸዋ ፡ አበሉ ፤ ካብኦም ፡ ግና ፡ ዛጓ ፡ እተብ
ሀለ ፡ ሐው ፡ ምለሊኽ ፥ ሐጸይ ፡ ሰለሙን ፡ ካብ ፡ ገረድ ፡ ንግስቲ ፡ ኣዜብ ፡
ዝወለዶ ፥ አብ ፡ ላስታ ፡ ተረፈ ። ደቂ ፡ ሌዊ ፡ ኸአ ፥ ዝበዝሐ ፡ ንተምቤን ፡ 11.
አበሉ ፥ ገለ ፡ ኸአ ፡ ንሸዋ ፡ ሰዓቡ ። ደቂ ፡ ስምኦን ፡ ከአ ፡ ንሰለዋ ፡ ኸዱ ፥ 12.
ደቂ ፡ ሮቤል ፡ ድማ ፡ ንቛራ ። ደቂ ፡ ሞሴፍ ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ሀጋሚ ፡ ሰፈሩ ፥ 13.
ከምኡ ፡ ድማ ፡ ደቂ ፡ ሚናብ ፡ አብ ፡ ደምብያ ። ከምዚ ፡ ይሎም ፡ አብዚ ፡ 14.
ምድሪ ፡ አትዮም ፡ ሰፈሩ ። ካብኡ ፡ ኸምኡ ፡ እናሉ ፡ እናሉ ፥ በብቐሩብ ፡
አብ ፡ ኩሉ ፡ ምድሪ ፡ ኢቶጵያ ፡ ፋሕ ፡ የሉ ።

ገለ ፡ ኸአ ፡ ኸምዚ ፡ ዝብሉ ፡ አለዉ ፤ « ብዩኻ ፡ እቶም ፡ ሽድሽተስ ፡ ካ 15.

ብ ፡ ዘርኢ ፡ ኻልኣት ፡ አርባዕተ ፡ ደቂ ፡ ያዕቆብ ፥ ዳን ፥ ንፍታሌም ፥ ጋድ ፥
ኣሴር ፡ እተባህሉ ፥ አብዚ ፡ ምድሪ ፡ አለዉ ፤ ብፍላይ ፡ ከአ ፥ ጋላን ፡ ሰማል
ኒ ፡ ደቂ ፡ ባርያ ፡ ራሄል ፥ ባርያ ፡ ድማ ፥ እንተሎ ፡ ዋልቃይት ፥ ደቂ ፡ ባርያ ፡
ልያ ፡ እዮም ፥ » ይብሉ ።

## 3· አሰማምያ ፡ ምድሪ ፡ ሐማሴን ።

1. አቦታትና ፥ ደቂ ፡ እስራኤል ፥ ፈለማ ፡ እዮም ፥ አብዚ ፡ ሀገርዚ ፡ ምስ ፡
2. መጹ ፥ አብቲ ፡ ሀገር ፡ አስላም ፡ ተቐሚጦም ፡ ነበሩ ። ሓደ ፡ መዓልቲ ፡ ገ
ለ ፡ ኻብቶም ፡ ስድራና ፡ ናብ ፡ መሮር ፡ ሰብ ፡ ረኺቦም ፡ ከተርዎም ፤ እሞ ፥
« ካበይ ፡ መጺእኩም ፥ ኦታ ፤ » እንተልዎም ፥ « ካብ ፡ ሐማት ፡ ሕሴን ፥ »
3. የሉ ። እቶም ፡ ካብ ፡ ስድራና ፥ ከትሪ ፡ ኸይዶም ፡ ዝነበሩ ፥ ገዝኦም ፡ ምስ ፡
ተመልሱ ፥ « እቶም ፡ ሰብ ፥ ካበይ ፡ መጺእኩም ፤ እንተልናዮም ፥ ካብ ፡ ሐ
ማሴን ፥ የሉና ፤ እዚ ፡ ኽንዮና ፡ ዘሎ ፡ ምድሪ ፥ ሐማሴን ፡ እዩ ፡ ሽሙ ፥ » የ
ሉ ። በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡ እቲ ፡ ሀገር ፡ ሐማሴን ፡ ተባህለ ።
4. ገሊኦም ፡ ግና ፥ « ሐማሴን ፡ ሽም ፡ ሓደ ፡ ዐቢ ፡ ሰብኣይ ፡ እዩ ፥ » ይብሉ ።

## 4· ቀዳሞት ፡ ህዝቢ ፡ ሐማሴን ።

1. እቶም ፡ ቀድሚ ፡ ኹሎ ፡ ናብዚ ፡ ምድሪ ፡ ሐማሴን ፡ ዝነበሩ ፡ ኻብ ፡
ደቂ ፡ ኻም ፥ ዲናን ፡ ፉናን ፡ ይብሃሉ ። እዚ ፡ ሽምዚ ፥ ዲናን ፡ ፉናን ፥ ሽም ፡
ሰብኣይኒ ፡ ሰበይትን ፡ ክነሱ ፡ እዩ ፤ ደሐር ፡ ግና ፡ ደቆም ፥ ደቅ-ደቆም ፥ ዘር
2. ኦም ፡ ኩሉ ፥ አብኡ ፡ ኸሎ ፥ ዲናን ፡ ፉናን ፡ ተባህለ ። ነሳቶም ፡ ብዙሕ ፡ ሀ
ብታማት ፡ ነበሩ ፤ አባይቶም ፡ ከይተረፈ ፥ ብወርቂ ፡ ይሰርሑን ፡ ይልቕልቑ
ን ፡ ነበሩ ። አራዊተ-ግዳም ፡ ድማ ፡ ኹሉ ፥ እንተሎ ፡ ሐርማዝ ፥ ይእዘዘሎ
3. ም ፡ ነበረ ። አብ ፡ መወዳእትኡ ፡ ግና ፡ ንኣታቶም ፡ ከአ ፡ ሓደ ፡ ኻልእ ፡ ህ
ዝቢ ፥ ሰባን ፤ ኖባን ፡ እተባህሉ ፥ መጺኦም ፡ አጥፍእዎም ። ካብኡ ፡ ኽምዚ ፡
ተባህለ ፤

ወዮ ፥ እዛ ፡ ዓለም ፡ ከንቶ ፤
ንደናን ፡ ፋናን ፡ እኳ ፡ ዘይኮነት ።

እዞም ፡ ሶባን ፡ ኖባን ፡ እተባህሉ ፡ ኸአ ፥ ብዙሓት ፡ ህዝቢ ፡ ኽነሶም ፥ 4.
ብሽም ፡ ወለዶም ፡ እዮም ፡ እተሰምዩ ። ንአታቶም ፡ ከአ ፡ ኻልኦት ፡ ህዝቢ ፡ 5.
መጺኦም ፡ ካብዚ ፡ ምድርዚ ፡ ደፍኦዎም ። ስለዚ ፡ ሕጂ ፡ ናብዚ ፡ ምድሪ ፡ 6.
ብጀካ ፡ ሽሞም ፡ ካብ ፡ ዘርኦም ፡ ተረፍ ፡ የልቦን ። እንተኾነ ፡ ኸምዚ ፡ ዝብ
ሉ ፡ አለዉ ፤ ብሸነኽ ፡ ደቡብኒ ፡ መገዲ ፡ ኽልተ ፡ ወርሒ ፥ ብሸነኽ ፡ ምዕራ
ብኒ ፡ መገዲ ፡ ሰለስተ ፡ ሰሙን ፡ ብገስጋስ ፡ ንዝኸደ ፥ ከም ፡ ዝርከቡ ። ክሳዕ ፡ 7.
ሕጂ ፡ ኸአ ፥ አረጊት ፡ ሰብ ፡ እንተ ፡ ረኺብና ፥ « ብሶባ-ኖባ ፡ እተፈጥረ ፡ » ን
ብሎ ።

እቶም ፡ ድሕሪ ፡ እዚኣቶም ፡ ዝአተዉ ፡ ህዝቢ ፡ ኸአ ፥ ሽም ፡ አቦአ 8.
ምኒ ፡ በለው ፥ ሽም ፡ አዲኦምኒ ፡ ከለው ፡ እዮ ። ካብዚ ፡ እተላዕለ ፥ ክሳዕ ፡
ሕጂ ፡ በለውን ፡ ከለውን ፡ ይበሃሉ ። ካብቲ ፡ ናይ ፡ ቀደም ፡ ዘርኦም ፡ ከአ ፥ 9.
ከምቶም ፡ ቅድሚኦም ፡ አብዚ ፡ ዝነበሩ ፡ ኹሎም ፥ ደቂ ፡ ኻም ፡ እዮም ።
ገለ ፡ ግና ፥ « አይፋል ፤ አስላም ፥ ካብ ፡ ዘርኢ ፡ አስምዔል ፡ ደኣ ፡ እዮም ፥ »
ይብልዎም ። — እዞም ፡ በለው-ከለው ፡ ከአ ፡ ብዘበኖም ፡ ዐበይቲ ፡ ነ 10.
በሩ ፤ ደሐር ፡ ግና ፥ እዋኖም ፡ ምስ ፡ በጽሔ ፥ እግዚአብሄር ፡ አጥ
ፍአም ።

ብድሕሪኦም ፡ ከአ ፡ እዞም ፡ ሎሚ ፡ ዘለዉ ፡ ህዝቢ ፡ ኻብ ፡ ዘርኢ ፡ ያ 11.
ዕቆብ ፥ ካብቶም ፡ ምስ ፡ ንጉስ ፡ ምለሊኽ ፡ ቀዳማይ ፡ አብ ፡ ኢቶጵያ ፡ ዝአ
ተዉ ፥ ካብ ፡ ሮቤል ፥ ካብ ፡ ስምኦን ፥ ካብ ፡ ሌዊ ፥ ካብ ፡ ይሁዳ ፥ ካብ ፡ ዮሴ
ፍ ፥ ካብ ፡ ሚናብ ፡ እዮም ። ከምዚ ፡ ይሎም ፡ ካብ ፡ ሽድሽቲኦም ፡ አብ ፡ ሐ 12.
ማሴን ፡ አለዉ ። ካብ ፡ ኵሎም ፡ ግና ፡ ደቂ ፡ ሚናብ ፥ እዃ ፡ ደቀቶሽ
ም ፡ አሕዋቶምኒ ፥ አብዚ ፡ ምድሪ ፡ ኣውራ ፡ ብዙሓትኒ ፡ ብርቱዓትኒ ፡
ኾንና ።

## 5. ምእታው ፡ ደቂ፟ ፡ ሚናብ ፡ ኣብ ፡ ሐማሴን ።

1. ካብ ፡ ወለ፟ዷ ፡ ደቀ፟ተሸ፟ም ፡ እቲ ፡ ቕድ፟ም ፡ ኣብዚ ፡ ምድርዚ ፡ ዝኣቶ ፡
ሐጸይ ፡ መሬን ፡ እዩ፟ ። ነሱ፟ ፡ ኻብ ፡ ደብሪ ፡ እንዳ ፡ ስላ፟ሰ ፡ ወጺኡ ፥ ናብ ፡ ገ
2. ሸናሸ፟ም ፡ ኣትዩ ፡ ተቐመ፟ጠ ። ሽዑ ፡ እዚ ፡ ምድርዚ ፡ ዱር ፡ ጸሊ፟ም ፡ ነበረ ፥
3. ብብዝሒ ፡ ኣግራቡን ፡ እንስሰ፟ኡን ፡ ብማዩን ፡ ብጠሉ፟ን ። መሮኒ ፡ ኸአ ፡ ና
ብ ፡ ገሸናሸ፟ም ፡ ኰይኑ ፡ ይገዝ፟እ ፡ ነበረ ።
4, 5. ነሱ፟ ፡ ንፉልቍኒ ፡ ማልቍኒ ፡ ጫልቍኒ ፡ ወለደ ። ሰለስቲኦም ፡ ምስ ፡
ዐበዩ ፥ ማልቍ ፡ ካብ ፡ ኣሕዋቱ ፡ ተፈልዩ ፡ ንምድሪ ፡ እሆ፟ለ-ጐዛይ ፡ ከደ ።
6. ፉልቍ ፡ ከአ ፡ ገሸናሸ፟ም ፡ ሐዲጉ ፥ ዓመጺ ፡ ኸይዱ ፡ ተቐመ፟ጠ ፤ እቲ ፡ ንእ
ሽቶኦም ፥ ጫልቍ ፥ ግና ፡ ምስ ፡ ኣቡ፟ኡ ፡ ተረፈ ።
7. ፉልቍ ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ዓመጺ ፡ ኾይኑ ፡ ንሽድ፟ሽቲኦም ፡ ደቁ፟ ፡ ወለደ ።
ሽሞም ፡ ከአ ፡ እዚ ፡ እዩ፟ ፤ ድምበዛኖይ ፡ [አቦ፟ ፡ ዛኖይ] ፥ ወረደ-ምሕረት ፥ ተኽ
ስተ-ብርሃን ፥ ሽመርጸም ፥ ሽመርጥብ ፡ እዮ፟ም ፤ እቲ ፡ ሳድሳዮም ፡ ግና ፥ ሽ
8. ሙን ፡ ወለዱኡን ፡ ጠፊኡ ፡ እዩ፟ ፥ ሐድጊ ፡ ኸአ ፡ የብሉ፟ን ። ካብ ፡ ሐሙ፟ሽቲ
ኦም ፡ ከአ ፥ ድምበዛኖይ ፡ ንደቐ፟ተሸ፟ምኒ ፡ ንቤት ፡ አስገደን ፡ ዝወለደ ፡ እ
ዩ፟ ፤ ወረደ-ምሕረት ፡ ንዐዲ፟ ፡ ሐኚስ ፡ ፈረ ፤ ተኽስተ-ብርሃን ፡ ከአ ፡ ንደቂ፟ ፡ ን
ኣም፟ን ፡ ፈረ ፤ ሽመርጸም ፡ ንዐደ፟ኰ፟ሎምኒ ፡ ንደቂ፟ ፡ ዘርኡን ፡ ወለደ ፤ ሽመ
ርጥብ ፡ ድማ፟ ፡ ፈራይ ፡ ኰሎ፟ም ፡ ደቂ ፡ ተዐውቀ ፡ እዩ፟ ።
9. ጫልቍ ፡ ከአ ፡ ንገሸናሸ፟ም ፡ ዝፈረ ፡ እዩ፟ ።

## 6. ወለዶ ፡ መሮኒ ።

1. መሮኒ ፡ ኸአ ፡ ቕድሚ ፡ ናብዚ ፡ ምምጽኡ ፡ ምስ ፡ አቡ፟ኡ ፥ ጓልቍ ፥
ኣብ ፡ በረኻ ፡ ሚን-ዓመር ፡ ይነ፟ብር ፡ ነበረ ፥ ኣብ ፡ ተኻይል ፡ እተ፟ባህለ ፡ ጐ
2. ልጐል ። ኣብኡ ፡ እዩ፟ ፡ እተ፟ወልደ ። ጓልቍ ፡ ግና ፥ እንዳ ፡ ኣቡ፟ኡ ፡ ዝደቐ፟

ሱሉ ፡ አይንፈልጥኒ ፤ እንተኸነ ፡ ነሹ ፡ ኸም ፡ አቦታቱ ፡ ናብ ፡ በረኻ ፡ ይዘ
ውር ፡ ነበረ ። ወለዶኦም ፡ ከአ ፡ ኸምዚ ፡ እዩ ፤ 3.

ጓልቈ ፡ ወዲ ፡ ስና ፤
ስና ፡ ወዲ ፡ ሚናብ ፡ ጳሕራይ ፤
ሚናብ ፡ ጳሕራይ ፡ ወዲ ፡ ጉማ ፤
ጉማ ፡ ወዲ ፡ ሰናሕ ፤
ሰናሕ ፡ ወዲ ፡ ስምሻማ ፤
ስምሻማ ፡ ወዲ ፡ ሚናብ ።

እዚ ፡ ሚናብዚ ፡ ንስድራ ፡ ቤቱ ፡ አኺቡ ፣ ካብ ፡ ዐዱ ፣ ካብ ፡ ደምብ 4.
ያ ፣ ወጺኡ ፣ ብበረኻ ፣ ብምድሪ ፡ ባርያ ፣ አቢሉ ፣ ክሳዕ ፡ ታሕቲ ፣ ምድ
ሪ ፡ ኸሰላ ፤ ዘረ ። ነሱን ፡ ደቁን ፡ ደቅ-ደቁን ፡ ክሳዕ ፡ ጓልቍ ፣ ዐድን ፡ ርስት
ን ፡ ከይሓዙ ፣ ሞቱ ።

ካብዚ ፡ ሚናብዚ ፡ ኸአ ፡ ኽሳዕ ፡ ሳኦል ፡ ወዲ ፡ ቂስ ፣ ንጉስ ፡ እስራኤ 5.
ል ፣ ሰላሳ ፡ ገዘአኽል ፡ ወለዶ ፡ አሎ ፤ እንተኸነ ፡ ፍጹም ፡ ሽሞም ፡ ክቈጽር ፡
ዘኽእል ፡ የልቦን ። ካብ ፡ ሳኦል ፡ ወዲ ፡ ቂስ ፡ ክሳዕ ፡ ሚናብ ፡ ወዲ ፡ ያዕቆ 6.
ብ ፡ ግና ፣ መጽሕፍቲ ፡ እስራኤል ፡ ንኹሎም ፡ ይረቍሖም ።

ገለ ፡ ኸአ ፣ « አይፋል ፤ አቦታት ፡ መሮኒ ፡ ኸምዚ ፡ እዮም ፣ » ይብሉ ፤ 7

መሮኒ ፡ ወዲ ፡ ጉማ ፤
ጉማ ፡ ወዲ ፡ ልጓም-ቀፍጺ ፤
ልጓም-ቀፍጺ ፡ ወዲ ፡ ብኑኽ ፤
ብኑኽ ፡ ወዲ ፡ ኸማንጉስ ፤
ኸማንጉስ ፡ ወዲ ፡ ድምበዛን ፡ ቈርበት ፤
ድምበዛን ፡ ቈርበት ፡ ወዲ ፡ ሃማ ፤
ሃማ ፡ ወዲ ፡ ጓልቍ ፤
ጓልቍ ፡ ወዲ ፡ ኣፈ-ወርቅ ፤
ኣፈ-ወርቅ ፡ ወዲ ፡ ሳኦል ፤
ሳኦል ፡ ወዲ ፡ ወልደ-ቂስ ፤

ወልደ-ቂስ ፡ ወዲ ፡ ሚናብ ፡ ዳግማይ ፣
ሚናብ ፡ ዳግማይ ፡ ወዲ ፡ ደም-ሻማ ፣
ደም-ሻማ ፡ ወዲ ፡ ሚናብ ፣
ሚናብ ፡ ወዲ ፡ ያዕቆብ ።

8. እዚአቶም ፡ ድማ ፥ « ካብ ፡ ደምብያ ፡ ዝወጸ ፥ ንበረኻ ፡ ዝወረደ ፡ ጓልቍ ፡ እዩ ፥ » ይብሉ ።

9. ገለ ፡ ኸአ ፡ ነቦታት ፡ መሮኒ ፡ ኸምዚ ፡ ይረቍሕዎም ፤

መሮኒ ፡ ወዲ ፡ ሽማጡር ፣
ሽማጡር ፡ ወዲ ፡ ደምበይ ፣
ደምበይ ፡ ወዲ ፡ ያዕቆብ ፣
ያዕቆብ ፡ ወዲ ፡ ሰመረ-ጮን ፣
ሰመረ-ጮን ፡ ወዲ ፡ ሚናብ ።

10. ካብ ፡ ደምብያ ፡ ዝወጸ ፡ ኸአ ፥ « ደምበይ ፡ እዩ ፥ » ይብሉ ።

## 7. መርገም ፡ ገሸናሽም ።

1. ድሕርዚ ፥ መሮኒ ፡ ምስ ፡ አረገ ፥ ጫልቍ ፡ ነቶም ፡ ክልተ ፡ አሕዋቱ ፥
2. « ንዑ ፥ ነቦኹም ፡ ቀልቡ ፥ » ይሉ ፡ ለአኸሎም ። ፉልቍኒ ፡ ማልቍኒ ፡ ኸ
አ ፡ ተጻዋዊያም ፥ ነቦአም ፡ ክበጽሑ ፥ ገሸናሽም ፡ ወረዱ ። ሽዑ ፡ ግና ፡ አ
3. ቦአም ፡ መሮኒ ፡ ሞይቱ ፡ ጸንሖም ። ነሳቶም ፡ ከአ ፡ ጕህዮም ፥ « ሞይቱ ፡ ኸ
ነሱዶ ፡ ደአ ፡ እያ ፥ ቀልቡ ፥ ዘለትና ፤ » ይሎም ፡ ንሐዎም ፡ ክቐትልዎ ፡ ደለ
ዩ ፤ ደሐር ፡ ግና ፡ ተጥዕሾም ፥ « ክውለድ ፡ ርኢናዮስ ፤ ከመይ ፡ ጌርና ፡ ክን
4. ቀትሎ ፤ » ይሎም ፡ ሐደግዎ ። ኩበኡ ፥ ሐዘኖም ፡ ምስ ፡ ወድኡ ፥ መቓብ
ር ፡ አቦአም ፡ ርእዮም ፡ ክብገሱ ፡ ኸለዉ ፥ ንጫልቍ ፥

« ቊሸት ፡ አየደምብርካ ፣
ነዛ ፡ ዳዕሮ ፡ አየምልእካ ፣
ድራር ፡ ዕለት ፡ አይኽባእካ ፣ »

ይሎም ፥ ረጊሞም ፡ ነንዐዶም ፡ ተመልሱ ።

ዘርኢ ፡ ጫልቕ ፡ ከአ ፣ ከምቲ ፡ መርገም ፡ አሕዋት ፣ ካልእ ፣ ቍሸት ፡ 5.
ኮነ ፡ ዐዲ ፡ አይፈለዩን ፤ ኵሎ፟ም ፡ ብአካ፟በም ፡ ዘርኡ ፡ ገሸናሽ፟ም ፡ ጥራይ ፡
እዮ፟ም ። ነሳ፟ቶም ፡ ከአ ፣ ምን፟ም ፡ ኵላ፟ቶም ፡ አብ ፡ ሓደ ፡ እንተ ፡ ተአከ፟ቡ ፣ 6.
ክንድቲ ፡ ዝአክ፟ል ፡ ብዝሒ ፡ የብሎ፟ምኒ ፤ ጽላል ፡ ሐንቲ ፡ ዳዕሮ ፡ ጥራይ ፡
እት፟አኽሎም ፡ እዮ፟ም ። ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ነሳ፟ቶም ፡ ሕጂ ፡ ንድራር ፡ ዕለት ፡ ዝ 7.
ኸው፟ን ፡ ደአ ፡ እምበር ፣ ንኺሕኒ ፡ ንሀብትን ፡ ዝኸው፟ን ፡ መሬት ፡ የብሎ፟ም
ኒ ። ስለዚ ፡ ብሓቂ፟ ፡ መርገም ፡ አሕዋቱ ፡ በዚ ፡ እዋንዚ ፡ ፍጹ፟ም ፡ እዩ፟ ። ዘ 8.
ርኢ ፡ ፋልቕኒ ፡ ማልቕኒ ፡ ግና ፡ ብዙሕ ፡ በዚሓም ፡ አለ፟ዉ ። ፋልቕ ፡ ዝ 9.
ፈረዮም ፣ ምን፟ም ፡ እኳ፟ ፡ አብ ፡ ሐያ፟ሎ ፡ መኻን ፡ እንተለ፟ዎም ፣ ብሐማሴኑ ፡
ይበ፟ሃሉ ፤ ከምኡ ፡ ድማ፟ ፡ ቤት ፡ አስገደ ። ማልቕ ፡ ከአ ፣ ዝፈረዮም ፡ ጥራ
ይ ፣ እኵ፟ለ-ጕዛይ ፡ ብምልኡ ፡ እዮ፟ም ።

መቓብር ፡ መሮኒ ፡ ኸአ ፡ ኸሳዕ ፡ ሕጂ ፡ ፍሉጥ ፡ መኻን ፡ እዩ፟ ። ነሹ፟ ፡ 10.
ናብቲ ፡ ጥቓ ፡ ጽርግያ ፡ አሎ፟ ፣ አብቲ ፡ ሸው ፡ ገዛ ፡ ዝነበረ ፣ ሕጂ ፡ ግና ፡ የ
ንዩ ፡ ዘሎ፟ ። ዳሕራይ ፡ እዋን ፡ ካብ ፡ እኵ፟ለ-ጕዛይ ፡ ከአ ፡ መጺኦም ፡ አብኡ ፡ 11.
ዋዕላ ፡ ገበሩ ፤ እሞ፟ ፣ « መቓብር ፡ አቦ፟ና ፣» ይሎም ፡ ጭር፟ሓ ፡ ጨር፟ሑሉ ።
አብኡ ፡ ቀደም ፡ ቤተኽስያን ፡ መሮኒ ፣ እንዳ ፡ ቕዱ፟ስ ፡ ምንኪኤል ፡ ነበረ ፤ 12.
ሕጂ ፡ ናብቲ ፡ ጥቕኡስ ፡ እኳ፟ ፡ ሓደ ፡ ቤተኽስያን ፡ መድሃኔ-አለም ፡ ተሰሪ
ሕዎ፟ ፡ አሎ፟ ።

## ወለዶ ፡ ሰብ ፡ ገሸኖሽ፟ም ። 8.

ሰብ ፡ ገሸናሽ፟ም ፡ ግና ፣ « ንሕና ፡ ደቂ፟ ፡ ፋልቕ ፡ ኢና ፣ » ይብሉ ። ከ 1.
ምኡ ፡ ድማ፟ ፡ ገለ ፡ ኻልአት ፡ ሰባት ፡ ነዚ ፡ ወሬዚ ፡ ይቕበ፟ሉ ፤ « ወለዶኦም ፡
ከአ ፡ ኸምዚ ፡ እዩ፟ ፣ » ይብሉ ።

ፋልቕ ፡ አብ ፡ እንዳ ፡ አቡ፟ኡ ፡ ዝተረፈ ፡ እዩ፟ ፤ እሞ፟ ፣ ናብኡ ፡ ኹይ 2.
ኑ ፡ ኸአ ፡ ንድምበዛን ፡ መጻጕዕኒ ፡ ንቡርክኖ፟ን ፡ ወለደ ፣ ንኽልቲ፟ኦም ፡ ጥ
ራይ ፤ « እቶም ፡ ሸድ፟ሽተስ ፣ እንተሎ፟ ፡ ዛኖይ ፣ ደቂ፟ ፡ ወዱ፟ ፡ ንፋልቕ ፣ ደ

3. ቒ፡ ኸንቲባ፡ ድምበዛን፡ እዮም ፥ » ይብልዎም ። ቡርክና፡ ኸአ፡ ናብ፡ እ
ንዳ፡ አቡኡ፡ ኹይኑ፡ ንገድቦን፡ ሳእሎን፡ ገሸናሽምኒ፥ ንሰለስቲኦም፡ ወ
ለደ ። እዚ፡ ገሸናሽምዚ፡ ኸአ፡ እዩ፡ እቲ፡ አሕዋቱ፡ ዝረገምዎ ፤ ዘርኢ፡ ገ
ድቦን፡ ሳእሎን፡ ግና ፥ አብ፡ እሑለ-ጕዛይ፡ ከም፡ ዘለዉ ፥ ይብሉ ።
4. ከምኡ፡ ድማ፡ ብዛዕባ፡ ጫልቍ ፥ ምስ፡ ማልቍ፡ ንእሑለ-ጕዛይ፡ ከ
ም፡ ዝኸደ ፤ « ዘርኡ፡ ኸአ፡ መረታ፡ ሰበነን፡ መረታ፡ ቐያሕትን፡ እዮ
ም ፥ » ይብልዎ ።

9. 
## ዘርኢ፡ ወረደ-ምሕረት ።

1. ወረደ-ምሕረት፡ ከአ፡ ኻብ፡ እንዳ፡ አቡኡ ፥ ካብ፡ ዓመጺ ፥ ወጺኡ ፥
ናብ፡ ዐድ-ተኽሌ-ዛን፡ ከይዱ፡ ተቐመጠ ። ንሱ፡ ንኸንቲባ፡ ሐንስ፡ ወለደ ።
2. ከንቲባ፡ ሐንስ፡ ከአ፡ ንዐድ-ተኽሌ-ዛን፡ ሐዲጎም፡ አብ፡ ዐዲ፡ ሐንስ፡ አ
ተዉ ።
3, 4. ነሶም፡ ብኽንትብነቶም፡ ከም፡ ገዛኢ፡ ነበሩ ፥ ምናዳ፡ ንባሕሪ ። ክን
ትብነቶም፡ ግና ፥ ካብ፡ መን፡ ከም፡ እተቐበልዎ፡ ብቑርጺ፡ አይፍለጥኒ ፤
እንተኾነ፡ ገለ፡ ኻብ፡ ናይብ፡ ዝመስሎም፡ አለዉ ። ካብኡ-ኻብኡ፡ በቲ፡
ግዝአቶም፡ አብ፡ ባሕሪ፡ ይፍለጥ ።
5. ነሶም፡ ንያዕቆብ፡ ወለዱ ፤ ያዕቆብ፡ ዝፈረዩም፡ ከአ፡ አብታ፡ ብሽ
ም፡ ከንቲባ፡ ሐንስ፡ ተሰምያ፡ ዘላ፡ ዐዲ ፥ አብ፡ ዐዲ፡ ሐንስ፡ አለዉ ።
6. ከምኡ፡ ኸአ፡ ንሰመረ ፥ ነሱ፡ ፈራይ፡ ደብሪ ፥ ገለ ፥ « ወዲ፡ ኸንቲባ፡ ሐ
7. ንስ፡ እዩ ፥ » ይብሉ ። ዝበዝሑ፡ ግና ፥ « ነሱስ፡ ሓደ፡ ዐቢ፡ ግልይኦም፡
እሞ፡ ነበረ ፥ » ይብልዎ ፤ ከንቲባ፡ ሐንስ፡ ከአ ፥ አብ፡ ዘመተ፡ ስለ፡ ዘሐ
ጐሰዎ ፥ « ዝደሌኻዮ፡ ኽህበካ ፥ » ይሎም፡ መሓሉሉ ፤ ነሱ፡ ኸአ፡ ርስቲ፡
8. ተመነ ። ሽዑ፡ ነሶም ፥ « ጥሪት ፥ ሽመት ፥ ሀብቲ፡ እትምን ፥ መሰለኒ፡ እም
በር ፤ ርስቲዶ ፥ ከም፡ ውላድ ፥ ይዕደል ፤ « ይሎም፡ ጕሃዩ ። እንተኾነ ፥ ኪ
ዳን፡ ቀደም፡ ጽኑዕ፡ ስለ፡ ዝኾነ ፥ ነዛ፡ ሎሚ፡ ዘርኡ፡ ዘለውዋ፡ ሃብዎ፡
እምበር ፤ ወዲ፡ ኽብዶምሲ፡ አይኮነን ።

## ዘርኢ ፡ ተኸስተ-ብርሃን ። 10.

ተኸስተ-ብርሃን ፡ ከአ ፡ ኻብ ፡ ቤት ፡ አቡኡ ፡ ወጺኡ ፡ ዐዲ ፡ ንአምን ፡ 1.
ሰፈረ ። ነሱ ፡ ንንአምንኒ ፡ ንዕንቱሩን ፡ ወለደ ።
ንአምን ፡ ከአ ፡ ንሞሲ-ብርሃንኒ ፡ አኽለ-ብርሃንኒ ፡ ሰረቐ-ብርሃንኒ ፥ ንሰ 2.
ለስቲኦም ፡ ወለደ ፤ እታ ፡ ዐዲ ፡ ድማ ፡ ኽሳዕ ፡ ሎሚ ፡ ብሽሙ ፡ ትጽዋዕ ።
ካብ ፡ ደቁ ፡ ኸአ ፡ ሰረቐ-ብርሃን ፡ እተባህለ ፡ ንተዓረን ፡ በጋ-ጮንኒ ፡ ቴድሮ 3.
ስኒ ፡ አውዓለን ፡ ወለደ ። ካብኦም ፡ ተዓረን ፡ በጋ-ጮንኒ ፡ ንምላዛናይ ፡ ወ 4.
ጹ ፤ ዘርኦም ፡ ከአ ፡ ኽሳዕ ፡ ሕጂ ፡ ናብኡ ፡ አለዉ ። በጋ-ጮን ፡ ድማ ፡ ንዐ
ዲ ፡ ቖሺ ፡ እዮአስ ፡ ዝፈረ ፡ እዩ ። ቴድሮስ ፡ ከአ ፡ ፈራይ ፡ ዐዲ ፡ ዕጀል ፡ እ 5.
ዩ ፤ ካብ ፡ ዐዲ ፡ ዕጀል ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ አብረሸቆ ፡ ዝወጹ ፡ አለዉ ።
ደቂ ፡ ዕንቱሩ ፡ ኸአ ፡ ኸም ፡ ሽም ፡ አቦኦም ፡ ዕንቱር ፥ ባህለት ፡ ሒደ 6.
ት ፡ እዮም ። ነሳቶም ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡ ንአምን ፡ አለዉ ።

## ዘርኢ ፡ ሽመርጻም ። 11.

ሽመርጻም ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ዋልታ-መድሓኒት ፡ እተባህለት ፥ ናይ ፡ ዐንሰ 1.
ባ ፥ ከይዱ ፡ ተቐመጠ ። ነሱ ፡ ኸአ ፡ ንዘርኡ ፡ ወለደ ። ዘርኡ ፡ ኸአ ፡ መለ
ብሶ ፡ ወረደ ፥ ናብኡ ፡ ኸአ ፡ ተቐመጠ ። ነሱ ፡ ንኣቶ-ብርሃንኒ ፡ ሞሳ-ብርሃን 2.
ኒ ፡ ወለደ ። ሞሳ-ብርሃን ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ደቂ ፡ ዘርኡ ፡ ተብሂላ ፡ ዘላ ፥ ናይ ፡
ዐንሰባ ፥ ተቐመጠ ፤ ኣቶ-ብርሃን ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ደቂ ፡ ዘርኡ ፡ ናይ ፡ ድምበዛ
ን ፡ ተቐመጠ ። ከምዚ ፡ ይለን ፡ እዘን ፡ ክልተ ፡ ዐዲ ፡ ብሽም ፡ አቦኦም ፡ ይ 3.
ስመያ ፡ አለዋ ።
ኣቶ-ብርሃን ፡ ከአ ፡ ንብኣሚንኒ ፡ ንሽመርብኒ ፡ ንሰመረ-ጮንኒ ፡ ንኸሪ 4.
ፍኒ ፡ ወለደ ። ካብኦም ፡ ከአ ፡ ሰመረ-ጮን ፡ ንዐደኹሎም ፡ ወጸ ፤ ከምኡ ፡ ድ 5.
ማ ፡ ደሐር ፡ ደቁ ፡ ሐዉ ፥ ደቂ ፡ ብኣሚን ፡ ሰዓብዎ ። ሽመርብ ፡ ከአ ፡ ንያ 6.
ዕቆብኒ ፡ ንዐገባን ፡ ንህብ-ስላሰን ፡ ወለደ ። ካብዚ ኣቶም ፡ ዐገባ ፡ ንዐደኹሎ

ም ፡ ሰዓበ ፤ ያዕቖብ ፡ ንደቂ ፡ ዘርኡ ፡ ናይ ፡ ዐንሰባ ፡ ተመልሰ ፤ ህብ-ስላሰ ፡ ም
ስ ፡ ሐወቦኡ ፥ ምስ ፡ ከሪፍ ፥ ኣብ ፡ ደቂ ፡ ዘርኡ ፡ ድምበዛን ፡ ተረፈ ።
7. ደቂ ፡ ሽመርጻም ፡ ከምዚ ፡ ይሎም ፡ ደቐሾም ፡ ኣለዉ ።

## 12. ዘርኢ ፡ ሽመርጥብ ።

1. ሽመርጥብ ፡ ኣብ ፡ እንዳ ፡ ኣቦኡ ፡ ተረፈ ። ነሱ ፡ ንቢደልኒ ፡ ንተዐው
2. ቀን ፡ ወለደ ። ካብኦም ፡ ቢደል ፡ ቀዳም ፡ ንዐዲ ፡ ቢደል ፡ ከደ ። ተዐውቀ ፡
ድማ ፡ ናብ ፡ ዓመጺ ፡ ጸኒሑ ፡ ኔሩ ፤ ደሐር ፡ ንዐድ-ተኸሌ-ዛን ፡ ተሳገረ ፤ ድሕ
3. ርዚ ፡ ደቂ ፡ ቢደል ፡ ንዓመጺ ፡ ተመልሾም ፡ ተረስተዩ ። ከምዚ ፡ ይሎም ፡
ዘርኢ ፡ ቢደል ፡ ወዲ ፡ ሽመርጥብ ፡ ኣብ ፡ ዐዲ ፡ ቢደልኒ ፡ ናብ ፡ ዓመጽን ፡
ኣለዉ ።
4. ተዐውቀ ፡ ኸአ ፡ ንሰመረ-ጮንኒ ፡ ንኣብርሃምኒ ፡ ንተኸሌ-ዛንኒ ፡ ወለደ ።
5. ካብኦም ፡ ሰመረ-ጮን ፡ ንሐልሐል ፡ ወረደ ፤ ዘርኡ ፡ ኸአ ፡ ናብኡ ፡ ኣለዉ ።
ኣብርሃም ፡ ከአ ፡ ናብኡ ፡ ሰዓበ ። ዘርኡ ፡ ኸአ ፥ ዝበዝሐ ፡ ምድሪ ፡ ሐልሐ
ል ፡ ኣለዉ ፥ ዐዲ ፡ ጉበሻን ፡ ዐዲ ፡ ጸፍዓን ፡ እናተባህሉ ፤ ካብኦም ፡ ድማ ፡
6. ናብ ፡ ደቔጥሮስ ፡ ኣለውዎም ። ተኸሌ-ዛን ፡ ግና ፡ ናብ ፡ እንዳ ፡ ኣቡኡ ፥ ና
ብታ ፡ ብሽሙ ፡ ተጸዊዓ ፡ ዘላ ፡ ዐዲ ፡ ተረፈ ፤ ዘርኡ ፡ ኸአ ፡ ንዐድ-ተኸሌ-ዛን ፡
ምስ ፡ ጐደበታታ ፥ እኒ ፡ ዋራ ፥ እኒ ፡ ድግድግ ፥ እኒ ፡ እምባ-ደርሆ ፡ ድምበ
ዛን ፡ ሒዞም ፡ ኣለዉ ።
7. ስለዚ ፡ ተኸሌ-ዛን ፡ ፈራዩ ፡ ዐድ-ተኽለ-ሃይማኖትኒ ፡ ዐዲ ፡ ኽፍሎምኒ ፡
8. ዐዲ ፡ ኤሎስኒ ፡ እዩ ። ወለዶኦም ፡ ከአ ፡ ኸምዚ ፡ እዩ ። ተኸሌ-ዛን ፡ ንሰራው-
ሰገደ ፡ ወለደ ፤ ሰራው-ሰገደ ፡ ንፍሬ-ምኻእ ፡ ወለደ ፤ ፍሬ-ምኻእ ፡ ከአ ፡ ንተ
ኽለ-ሃይማኖትኒ ፡ ንህብታይኒ ፡ ወለደ ። ካብኦም ፡ ተኽለ-ሃይማኖት ፡ ንዐድ-
9. ተኽለ-ሃይማኖት ፡ ዝወለደ ፡ እዩ ። ህብታይ ፡ ከአ ፡ ንስብሃት-ለኣብ ፡ ወለደ ፤
ስብሃት-ለኣብ ፡ ንፍቕሮይ ፡ ወለደ ፤ ፍቕሮይ ፡ ከአ ፡ ንኸንቲባ ፡ ገረ-ስላሰ ፡
ወለደ ። ከንቲባ ፡ ገረ-ስላሰ ፡ ኸአ ፡ ንኸንቲባ ፡ ኽፍሎምኒ ፡ ንኣስገዶምኒ ፡

ወለዱ ። ካብኦም ፡ ከንቲባ ፡ ኽፍሎም ፡ ንዐዲ ፡ ኽፍሎም ፡ ዝወለዱ ፡ እዮ
ም ። አስገዶም ፡ ከአ ፡ ንኤሎስ ፡ ወለደ ፥ ነሱ ፡ ፈራይ ፡ ዐዲ ፡ ኤሎስ ። 10.

## ዘርኢ ፡ ድምበዛኖይ ። 13.

ድምበዛኖይ ፡ ወዲ ፡ ፋልቕ ፡ ከአ ፡ ኻብ ፡ እንዳ ፡ አቡኡ ፥ ካብ ፡ ዓመ 1.
ጺ ፥ ወጺኡ ፡ ናብ ፡ ምላዛናይ ፡ ናይ ፡ ዐንሰባ ፡ ተቐመጠ ። አብኡ ፡ ንዛኖይ ፡
ወለደ ፤ እሞ ፥ ብዛዕባዚ ፡ እታ ፡ ዐዲ ፡ ምላዛናይ ፡ ተባህለት ፤ ምላድ ፡ ዛኖ
ይ ፡ ባህለት ፡ እዩ ። ዛኖይ ፡ ከአ ፡ ኻብ ፡ ምላዛናይ ፡ ወጺኡ ፡ ናብ ፡ ኳንደባ ፡ 2.
ናይ ፡ ካርንሺም ፡ ነበረ ። አብኡ ፡ ኹይኑ ፡ ኸአ ፡ ንሐሙሽቲኦም ፡ ደቁ ፡
ወለደ ። ሽሞም ፡ ከአ ፡ ሰለሙንኒ ፡ መኸተርኒ ፡ ሐደምበስኒ ፡ ሕዝባይኒ ፡ 3.
እዮም ፤ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ሐየሎ ፥ ካብ ፡ ሐንቲ ፡ ሰይቲ ፡ ጓስኡ ፡ ዝወለዶ ።
በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡ እታ ፡ አዲኡ ፡ ሐየሎ ፡ አውጽአትሉ ፥ ባህለት ፡ « ብ
ሐይሊ ፡ እተጠንሰ » ።

ካብ ፡ ሐሙሽቲኦም ፡ ደቂ ፡ ዛኖይ ፡ ከአ ፡ ሰለሙንኒ ፡ ንደቂ ፡ ጉብሩ ፥ 4.
መኸተርኒ ፡ ንደቂ ፡ መሓረ ፡ ወጹ ። ሰለሙን ፡ ንገብሩ ፡ ወለደ ፤ ዘርኡ ፡ ኸ 5.
አ ፡ ናብታ ፡ ብሽም ፡ ወዱ ፡ ተሰምያ ፡ ዘላ ፡ ዐዲ ፡ አለዊ ። መኸተር ፡ ድ
ማ ፡ ንመሓሪ ፡ ወለደ ፤ ዘርኡ ፡ ኸአ ፡ ደቂ ፡ መሓረ ፡ እዮም ።

ሐየሎ ፡ ኸአ ፡ ንሐየሎ ፡ ፈረ ። 6.

ሐደምበስ ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ እንዳ ፡ አቡኡ ፡ ተረፈ ። ነሱ ፡ ንብእምነት ፡ 7.
ወለደ ። ብእምነት ፡ ከአ ፡ ንአስገደን ፡ ንፍሬ-ምኻእኒ ፡ ንሰሙርኒ ፡ ንዘርአ-
ብሩኽኒ ፡ ወለደ ። ካብኦም ፡ ዘርኢ ፡ ፍሬ-ምኻእ ፡ አብ ፡ ዐዜን ፥ ግዛ ፡ ዐዲ ፡ 8.
ፍሬ-ምኻእ ፡ ዝበሃሉ ፡ እዮም ። ዘርኢ ፡ ሰሙር ፡ አብ ፡ እምባ-ደርሆ ፡ አለ
ዉ ። ዘርአ-ብሩኽ ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ኳንደባ ፡ ተረፈ ፤ ካብ ፡ ዘርኡ ፡ ግና ፡ ዝበዝ
ሑ ፡ ናብ ፡ ተዐንደር ፡ ወሪዶም ፥ ገለ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ኳንደባ ፡ ተሪፎም ፡ አ
ለዉ ። አስገደ ፡ ድማ ፡ ቕድም ፡ አብ ፡ ሽም-ጅምንቓ ፡ ኔሩ ፤ ካብኡ ፡ ንእም 9.
ባ-ደርሆ ፡ ኸደ ፤ ደሐር ፡ ከአ ፡ ንእምባ-ደርሆ ፡ ሐዲጉ ፡ ንበረኽኡ ፡ ወረደ ።

10. ነሹ ፡ ንሾብዐት ፡ ወለደ ፤ ሽሞም ፡ ከአ ፡ መዓተይ ፥ ሰሙር ፥ ተስፋው ፥ አ
11. ድከመ ፥ ብሐይላይ ፥ ሀብተ-ጼን ፥ ገነሽል ፡ እዮም ። ዘርኡ ፡ ኵሎም ፡ ብሽ
ሙ ፡ ደቂ ፡ አስገደ ፡ ይበሃሉ ። እቶም ፡ ዝበዝሑ ፡ ምድሪ ፡ ሐባብ ፡ አለዉ ፤
ካብኦም ፡ ግና ፥ ካብ ፡ ሾብዐቲኦም ፡ ማይ-ቤት ፡ ብሐንሳእ ፡ አብ ፡ ዐድ-ንፋስ ፡
አለዉ ።

12. ሰለስተ ፡ ሐባብ ፡ ከአ ፡ ሕጂ ፥ ብዛዕባ ፡ ዐድ-ንፋስ ፥ « ደቂ ፡ ገላዉ ፡ አ
13. ስገደ ፡ ደአ ፡ እምበር ፥ አየሕዋትናን ፥ » ይብልዎም ። ምኽንያቱ ፡ ኸአ ፡ እ
ዚ ፡ እዩ ። ሓደ ፡ እዋን ፡ ደቂ ፡ ሽከር ፡ ምስ ፡ ሰሐርቲ ፡ ናብ ፡ ጊንዳዕ ፡ ተዋ
ጊኦም ፡ ተሳዕሩ ፤ እሞ ፥ ንዐድ-ንፋስ ፡ ከአ ፡ ሰዲዶም ፥ « ንዑ ፥ ርድኡና ፥ »
14. ይሎም ፡ ለአኹሎም ። ዐድ-ንፋስ ፡ ግና ፡ አበይዎም ። ካብኡ ፡ እተላዕለ ፥
ሐባብ ፡ ከአ ፥ « አየሕዋትናን ፥ » የልዎም ፤ እንተኾነ ፡ ሐሸዮም ፥ እዮም ።
15. ሕዝባይ ፡ ከአ ፡ ንአተሽም ፡ ወለደ ፥ ነቲ ፡ ፈራይ ፡ ጸዐዘጋን ፡ ሀዘጋን ፡
ኵሎም ፡ ደቀተሽምኒ ።

14. ትውልዲ ፡ ቤት ፡ አስገደ ።

1. ገለ ፡ ኸአ ፥ « አይፋል ፤ ትውልዲ ፡ ቤት ፡ አስገደ ፡ ኸምዚ ፡ እዩ ፥ »
ይብሉ ።
2. ብእምነትኒ ፡ ዘርአ-ብሩኽኒ ፡ ደቂ ፡ ሐደምበስ ፡ እዮም ። ብእምነት ፡ ከ
ኣ ፡ ንሰመረ-ልዑል ፥ ብሽም ፡ ፈረሱ ፡ አስገደ ፡ እተባህለ ፥ ንሐራን ፥ ንስሙ
3. ር ፥ ንጐጤት ፥ ንጓዕዳድ ፥ ንሐሙሽቲኦም ፡ ወለደ ። ካብኦም ፡ ዘርኢ ፡ ስሙ
ር ፡ እቶም ፡ አብ ፡ እምባ-ደርሆ ፥ ገዛ ፡ ሽማግለ ፡ ዝበሃሉ ፡ እዮም ። ጐጤት ፡
ዝፈረዮም ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ሽሬ ፡ አለዉ ። ሐራንኒ ፡ ጓዕደድኒ ፡ ድማ ፡ ውላድ ፡
ዘይብሎም ፡ ጠፍኡ ።
4. አስገደ ፡ ኸአ ፥ እቲ ፡ በኹሪ ፡ ቤት ፥ ንጓል ፡ ናይብ ፡ አእቶ ፥ ጓል ፡ ዐ
መር ፡ ጻዕዳ ፥ ዛህራ ፡ እተባህለት ። ካብአ ፡ ንአድከመን ፡ ተስፋውኒ ፡ ገርግ
5. ሽኒ ፡ ግሬነትኒ ፡ ወለደ ። ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ኻብ ፡ ሐንቲ ፡ ኻልእ ፥ በዓልቲ ፡

ምላዸ፟ናይ ፥ ንአብርሃም ፡ ጃንክርን ፥ ንስሙር ፥ ንብአሚን ፥ ንሰለስቲኦም ፡
ወለደ ። ሐደምበስ ፡ ከአ ፥ እቲ ፡ ሳምናዮም ፥ እንዳ ፡ አዺ፟ኡ ፡ ሽሬ ፡ እዩ፟ ።
ካብ ፡ ደቂ፟ ፡ አስገደ ፡ ኸአ ፡ ግሬነት ፡ ንሰለስተ ፡ መፍለስ ፡ ዝወለደ ፡ እ 8.
ዩ፟ ። ደቂ፟ ፡ ሐደምበስ ፡ ከኡ ፡ ምስ ፡ ደቂ፟ ፡ ጕጤት ፡ አብ ፡ ሽሬ ፡ አለ፟ዉ ። ካ 9.
ብ ፡ ደቂ፟ ፡ ገርግሽ ፡ ከአ ፡ ፍርቅን ፡ አብ ፡ እምባ-ደርሆ ፥ ፍርቅን ፡ አብ ፡ ዐ
ድ-ንፋስ ፡ አለ፟ዉ ። እቶም ፡ ዝተረፉ ፡ አሕዋቶም ፡ ከአ ፥ ዘርኦም ፡ አብ ፡ ዐ
ድ-ንፋስ ፡ አለ፟ዉ ።

ካብ ፡ ቤት ፡ አስገደ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ እሖ፟ለ-ጕዛይ ፥ እኒ፟ ፡ ሰገነይቲ ፥ እኒ፟ ፡ 10.
አኽሩር ፥ እኒ፟ ፡ ሔበ ፥ ከምኡ ፡ ድማ፟ ፡ ናብ ፡ ሐያ፟ሎ ፡ ኻልኦት ፡ ዐዶ፟ታት ፡
ተዛኒቖም ፡ አለ፟ዉ ። – –

ከንቲባ ፡ አስገደ ፡ ብዘበን ፡ ግራኝ ፡ ነበረ ፤ ነሹ፟ ፡ ንደብረ-ብዜን ፡ ካብ ፡ 11.
ግራኝ ፡ አድሓኖም ።

ወለዶ ፡ ደቂ፟ ፡ ቢደል ። 15.

እዞም ፡ ደቂ፟ ፡ ቢደል ፡ ዝበ፟ሃሉ ፡ ዝኾኑ ፡ ኸአ ፥ « ንሕና ፡ ዘርኢ ፡ ፋል 1.
ቐ ፡ ኢና ፤ ቢደል ፥ አቦ፟ና ፥ ወዲ፟ ፡ ድምበዛን ፡ መጻጕዕ ፡ እዩ፟ ፥ ሐው ፡ ወረ
ደ-ምሕረትኒ ፡ ተኸስተ-ብርሃንኒ ፡ ሽመርጽምኒ ፡ ሽመርዝምኒ ፡ ዛኖይኒ ፥ » ይ
ብሉ ። ሐያ፟ሎ ፡ ግና ፡ ነዚ ፡ ነገርዚ ፡ ዘይቕ፟በ፟ልዎ፟ ፡ አለ፟ዉ ፤ « እቲ ፡ ሳድሳ 2.
ይ ፡ ሐዎም ፥ ይትረፍ ፡ ዘርኡ ፥ ሽሙ ፡ እኳ፟ ፡ አይፍ፟ለ፟ጥኒ ፤ ነሹ፟ ፡ ንበረ፟ኻ ፡
ኸይዱ ፡ ጠፍኤ ፤ እዞም ፡ ሎሚ ፡ ቢደል-ሚደል ፡ ዝብሉ ፡ ግና ፡ ሐሽ፟ዮ
ሆ ፡ እዮ፟ም ፥ » ይብሉ ። እንተኾነ ፥ አቦ፟-ጅጎ ፡ ይፈል፟ጥ ። 3.

ወለዶ ፡ ደቂ፟ ፡ ቢደል ፡ ከአ ፡ እዚ ፡ እዩ፟ ፥ ይበ፟ሀል ። 4.

ቢደል ፡ ቅድ፟ም ፡ አብ ፡ ጐዳጕዲ፟ ፡ ሰፈረ ፤ ደሐር ፡ ንበረኻ ፡ ወረደ ። 5.
ነሹ፟ ፡ ንሽማንጉስኒ ፡ ዕላ፟ማን ፡ ተኽላይኒ ፡ ወለደ ። ካብኦም ፡ ሽማንጉስ ፡ 6.
ንጐዳጕዲ፟ ፡ ተመልሹ ፡ ናብኡ ፡ ተረስተ ፤ ዘርኡ ፡ ኸአ ፡ ኽልቲ፟ ፡ ሽማን
ጉስ ፡ እዮ፟ም ። ዘርኢ ፡ ዕላ፟ማ ፡ ኸአ ፥ ዝርኻ፟ቦም ፥ ገለ ፡ ናብ ፡ ሽማንጉስ ፡

7. ላዕላይ ፥ ገለ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ በረኻ ፡ አለዉ ። እቲ ፡ ሰልሳዮም ፥ ተኸላይ ፥
ከአ ፡ ንዐድ-ተኸላይ ፡ ርስቲ ፡ ገበረ ፤ ሕጂ ፡ ግና ፡ ኻብ ፡ ዘርኡ ፡ ዝበዝሑ ፡
ናብ ፡ በረኻ ፡ ተመልሾም ፡ አለዉ ።

## 16. ዘርኢ ፡ ማልቕ ።

1. ካብ ፡ ዘርኢ ፡ ማልቕ ፡ ድማ ፡ ንጣር ፡ አብ ፡ ሐማሴን ፡ ሐሐሊፎ
2. ም ፡ አለዉ ። ነሳቶም ፥ ካብ ፡ እንዳ ፡ ዳሽም ፡ ዝወጹ ፥ ዐንዱን ፡ ገብሩን ፡
እተባህሉ ፥ ዘርኢ ፡ ዐንዱን ፡ አብ ፡ ደቂ ፡ ዳሽም ፥ ዘርኢ ፡ ገብሩን ፡ አብ ፡
መቐርከ ፡ አለዉ ፤ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ኻልአት ፥ ካብ ፡ መጽሔ ፡ ዝወጹ ፥ ደ
ቂ ፡ ገድቦ ፡ ወዲ ፡ ጕዛይ ፡ እዮም ።

3, 4. ወለዶ ፡ ደቂ ፡ ገድቦ ፡ ኸምዚ ፡ እዩ ። ገድቦ ፡ ንሳእሉ ፡ ወለደ ፤ ሳእ
5. ሉ ፡ ኸአ ፡ ንአቓጽንኒ ፡ ጕፍላን ፡ ፍቑርኒ ፥ ንስለስገ፡አም ፡ ወለደ ። ካብ
አም ፡ ዘርኢ ፡ ጕፍላ ፡ ደርሰነይኒ ፡ ቀራና-ኹዶን ፥ ገለ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ እም
6. ባ-ደርሆ ፥ ገዛ ፡ ሰጕድ ፡ እተባህሉ ፥ አለዉዎም ። ፍቑር ፡ ድማ ፡ ንአቶን ፡
ንሳእሉን ፡ ወለደ ። ካብአም ፡ ወዲ ፡ አቶ ፥ ተፋደ ፡ ዝበሀል ፥ ዘርኡ ፡ ና
ብ ፡ አፍደዩ ፥ ዐዲ ፡ አቶይ ፡ እተባህሉ ፥ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ዐደንጐዳ ፡
7. አለዉ ። ደቂ ፡ ገድቦ ፡ ኸምዚ ፡ ይሉም ፡ ተዛኒቖም ፡ አለዉ ።

## 17. ካልአት ፡ ህዝቢ ፡ ኻብ ፡ ደቂ ፡ ሚናብ ።

1. ካብ ፡ ደቂ ፡ ሚናብ ፡ ከአ ፡ ብጀኻ ፡ እዘም ፡ ደቂ ፡ መሮኒ ፡ ሐያሎ ፡
አለዉ ።

2. ካብአም ፡ እቶም ፡ ገሊአም ፡ ደቂ ፡ ኻባ ፥ ሐው ፡ መሮኒ ፥ እዮም ። ነ
ሳቶም ፡ እዘም ፡ ጕረቶም ፡ ዝበሃሉ ፡ ዝኾኑ ፥ ከም ፡ አብ ፡ አስመራ ፥ አ
ብ ፡ እምባ-ደርሆ ፥ አብ ፡ ዐድ-ተኸሌ-ዛን ፥ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ዐዲ ፡ ጓሪ ፥ ገለ ፡
ኸአ ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡ ንአምንኒ ፡ ዐደንስትን ፥ ጓሪ ፡ ዝበሃሉ ፡ እዮም ።

3. ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ብኻልእ ፡ መገዲ ፡ ዝመጹ ፥ ጽጋብ ፡ ዝበሃሉ ፥ ጐብ

ሽ ፥ አቦአም ፥ ካብ ፡ ዐዱ ፥ ካብ ፡ ጐንደር ፥ ወጺኡ ፥ ብትግራይ ፡ አቢሉ ፡
ናብ ፡ ድባርዋ ፡ አቶ ። ነሹ ፡ ዝፈረዮም ፡ ድማ ፡ ገዛ ፡ ጐብሽ ፡ አብ ፡ ድባ 4.
ርዋ ፥ ጸሓፍ-ላም ፡ ከአ ፡ ብዘሎ ፥ ገለ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ እምባ-ደርሆ ፥ ገዛ ፡ ዐ
ዲ ፡ ማይታም ፡ እተባህሉ ፡ እዮም ።

አብ ፡ ትግራይ ፡ ከአ ፡ እኒ ፡ መደባይ ፡ ታቦር ፥ እኒ ፡ መደባይ ፡ ወለ 5.
ል ፡ ዐሌት ፡ ሚናብ ፡ እዮም ። ካብአም ፡ ዝወጹ ፡ ኸአ ፡ ናብዚ ፡ ምድር 6.
ዚ ፡ ደቐ-ሰብ ፥ መቐርካ ፡ ድምበዛን ፥ ዐዲ ፡ አረጊት ፡ ድማ ፡ ኻብ ፡ ኳዜን ፥ ከ
ምኡ ፡ ኸአ ፡ ደቂ ፡ ዐንዱ ፡ ናብ ፡ ሾብዐተ ፡ ዐንሰባ ፡ አለውዎም ። አሕዋ 7.
ቶም ፡ ከአ ፡ ናብዚ ፡ ምድርዚ ፡ ሐልሐሊፎም ፥ ከም ፡ አብ ፡ ዐደኹሎም ፥
አብ ፡ ዐዲ ፡ ሰጐዶ ፥ አብ ፡ ዐዲ ፡ ጀመር ፥ አብ ፡ ሕምብርቲ ፡ አለዉ ፥ ዝ
ርቤን ፡ እተባህሉ ።

ገለ ፡ ኸአ ፥ « ጐረቶም ፡ ካብ ፡ በለው-ከለው ፡ ተረፍ ፡ እዮም ፥ ዝርቤ 8.
ን ፡ ድማ ፡ ኻብ ፡ ሶባ-ኖባ ፥ » ይብልዎም ።

## ጅን ። 18.

እዞም ፡ ጅን ፡ እተባህሉ ፡ ህዝቢ ፡ ኸአ ፥ ናብ ፡ ኳንደባ ፥ ሐሐሊፎ 1.
ም ፡ ድማ ፡ ኸም ፡ አብ ፡ ሀዘጋ ፡ ዘለዉ ፥ አሕዋት ፡ ደቀተሽም ፡ እዮም ፥
ካብ ፡ ዘርኢ ፡ ሚናብ ። ነሳቶም ፡ ቀደም ፡ አብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ነበሩ ፥ ከም ፡ ማ 2.
እከላይ ፡ ዐሌት ። ዳሕራይ ፡ ዘበን ፡ ግና ፥ እቶም ፡ ገዛእቲ ፡ ስለ ፡ ዝሐየል
ዎም ፥ ካብዚ ፡ ሀዲሞም ፡ አብ ፡ ብሀገሩ ፡ ተዘርኡ ።

እዞም ፡ ጅን ፡ ከአ ፡ ሕጂ ፥ ሰብ ፡ አብ ፡ መርዓ ፡ ምስ ፡ ተአከበ ፥ « ወ 3.
ዲ ፡ አተሽም ፡ ደሎ ፤ » ከይሐተቱ ፥ አይበልዑን ፡ አይሰትዩን ። ከምኡ ፡
ኸአ ፡ ደቀተሽም ፥ « ሓደ ፡ ጅናይ ፡ ደሎ ፤ » ከይሐተቱ ፥ አይበልዑን ፡
አይሰትዩን ። ሓደ ፡ ኻብ ፡ ጅን ፡ ከአ ፡ ንጓል ፡ ደቀተሽም ፥ ወዲ ፡ አተሸ 4.
ም ፡ ከአ ፡ ንጓል ፡ ጅናይ ፡ አየእትዋን ። ቅድሚአም ፡ እንተ ፡ ሰቴና ፥ ን 5.
ሐምም ፤ ንጓሎም ፡ እንተ ፡ አእቶና ፡ ድማ ፥ አይንወልድን ።

## 19. ደቂ፟ ፡ ዮሴፍ ።

1. ደቂ፟ ፡ ዮሴፍ ፡ ዘበ፟ሉ ፥ እንዳ ፡ አቦ፟ኦም ፡ ዐጋሜ ፡ እዩ፟ ።
2. ካብኦም ፡ ድማ፟ ፡ እቶም ፡ አብዚ ፡ ምድሪ ፡ ዘለ፟ዉ ፡ ብዐብዩ ፡ ዛውል ፡
እዮ፟ም ፥ ደቂ፟ ፡ ደግ፟ያት ፡ ክፍለ-ዋህድ ፥ ካብ ፡ ዛታ፟ ፡ ገንደብታ ፡ ዝመጹ ። ካ
ብኦም ፡ ከአ ፡ እኒ፟ ፡ ዐዛ፟ውል ፥ ታኺታ ፥ አድግና ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ እገ፟ላ ፥ ከ
3. ምኡ ፡ ድማ፟ ፡ ወኽ፟ን ፡ ዐዲ፟ ፡ ሸኻን ፡ አለ፟ዉ ። አስምዔ ፡ ዝበ፟ሃሉ ፡ ኸአ ፡
ናብ ፡ ሸማንጉስ ፡ ታሕታይ ፥ ካብ ፡ ዘርኢ ፡ ደግ፟ያት ፡ ክፍለ-ዋህድ ፡ እዮ፟ም ።
4. ጻውራ ፡ እተ፟ባህሉ ፡ ዐሌት ፡ አስላም ፡ ባሕርን ፡ አስገደን ፡ ሰፈሮም ፡
አለ፟ዉ ፤ ካብኦም ፡ ዝወጹ ፡ ኸአ ፡ ገዛ ፡ ስርንስር ፡ አስመራ ፡ እዮ፟ም ። እዚ
ኦቶም ፡ ድማ፟ ፥ መወለ፟ዶም ፡ ብቐደም ፡ ካብ ፡ ዐጋሜ ፡ እዮ፟ም ፥ ዘርኢ ፡ ዮ
5. ሴፍ ። ሰብ ፡ ተድረር ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ እኾ፟ለ-ጕዛይ ፥ አሕዋቶም ፡ እዮ፟ም ።
6. ዜን ፡ እተ፟ባህሉ ፡ ህዝቢ ፡ ኸአ ፡ ዐሌት ፡ ዮሴፍ ፡ እዮ፟ም ።

## 20. ጠቐርትን ፡ ከልከልትን ።

1. ሰብ ፡ ወቐርቲ ፡ ኸአ ፡ ኻብ ፡ ዘርኢ ፡ ሞሴፍ ፡ እዮ፟ም ፥ አሕዋት ፡ ደ
2. ቂ፟ ፡ ደግ፟ያት ፡ ክፍለ-ዋህድ ፥ ካብ ፡ ሐሐዩለ ፡ ዝመጹ ። እቲ ፡ ፈራይኦም ፥
አስገዶም ፡ እተ፟ባህለ ፥ ካብ ፡ እምባ ፡ ሰኒ፟ይቲ ፡ ናብ ፡ ዐዛ፟ርና ፡ ኸደ ። ነሱ፟ ፡
3. ንመሓርን ፡ ጐባይኒ ፡ ሽለለን ፡ ወለደ ። ካብኦም ፡ ሽለለ ፡ ዝፈረዮም ፡ አ
ብ ፡ አስመራ ፥ ገዛ ፡ ሽለለ ፡ እዮ፟ም ። ዘርኢ ፡ ጐባይ ፡ ድማ፟ ፡ ናብ ፡ ዐድ፟ቐ፟ ፡
አለ፟ዉ ። መሐሪ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ወቐርቲ ፡ ዝአቶ ፡ እዩ፟ ።
4. አሕዋቶም ፡ ከአ ፥ ሰብ ፡ ሐሐይለ ፥ ናብ ፡ ከልከልቲ ፥ ገለ ፡ ኸአ ፡ ና
ብ ፡ ሕምብርቲ ፥ ከምኡ ፡ ድማ፟ ፡ ሐሐሊፎም ፡ አብ ፡ ሐዩ፟ሎ ፡ ኻልእ ፡ ስ
ፍራ ፡ አለ፟ው፟ም ። ነሳ፟ቶም ፥ ፈለማ ፡ አቦ፟ታቶም ፡ ካብ ፡ ውቕሮ ፡ ዝወጹ ፡
እዮ፟ም ።

## ክልተ ፡ ዛውል ። 21.

ዛውል ፡ ክልተ ፡ አሕዋት ፡ ኔሮም ፡ ተፈልዩ ። እቲ ፡ ሓደ ፥ « ኣነስ ፥ I, 2.
ሓወይ ፤ ሽጕርተይ ፡ በቑሽ ፡ በቛቑሽ ፡ ደኣ ፡ ይበልዕ ፥ » ይሉ ፡ ናብ ፡ ዐ
ዘውል ፡ ተቐመጠ ። ብዛዕባዚ ፡ ዛውል ፡ በቑስተ ፡ ተባህለ ። እቲ ፡ ሓደ ፡ 3.
ግና ፥ « ኣነስ ፡ ሰሊበ ፡ ሰላሊበ ፡ ይበልዕ ፥ » ይሉ ፡ ንምሕላብ ፡ ወረደ ።
ብዛዕባዚ ፡ ዛውል ፡ ሰለባ ፡ ተባህለ ። – –

ክጸንሑ ፡ ኽጸንሑ ፥ መንስዐታይ ፡ ኣብ ፡ ዛውለታይ ፡ መጸ ። ዛውለ 4.
ታይ ፡ ከአ ፥ « ጋሻ ፡ መጺኡኒ ፥ » ይሉ ፥ ካብ ፡ መምበሩ ፡ ሓፍ ፡ ይሉ ፡
ተቐበሎ ። እቲ ፡ መንስዐታይ ፡ ከአ ፡ ናብታ ፡ መምበሩ ፡ ኽፍ ፡ የለ ፤ እ 5.
ሞ ፥ ምትንሳእ ፡ አበ ። « በዓል ፡ መምበር ፡ ምኧኒነይ ፡ ፈሊጥካ ፡ ኢኻ ፥
መምበር ፡ ዝሐደግካለይ ፥ » የሎ ። ስለዚ ፡ ኽሳዕ ፡ ሎሚ ፡ እታ ፡ ሽመት ፡ 6.
ኣብ ፡ መንስዐታይ ፡ አላ ።

ሽዑ ፡ ዛውለታይ ፡ ካብ ፡ ምድሪ ፡ መንሳዕ ፡ ናብ ፡ ኢራ ፡ ሰለባን ፡ ና 7.
ብ ፡ ፀኸን ፡ ዐዲ ፡ ሸኻን ፡ ፈራእ ፡ የለ ።

## ወለዶ ፡ ዜን ። 22.

ዜናይ ፥ መገብታይ ፥ ሳወርታይ ፡ አሕዋት ፡ እዮም ፥ ደቂ ፡ ሓደ ፡ ሰ I.
ብኣይ ፤ ሽም ፡ አቦአም ፡ ከአ ፡ ተኽለ ፡ ይበሀል ። ካብአም ፡ ሳወርታይ ፡ 2.
ንዐሳወርታ ፡ ዝፈረ ፡ እዩ ። መገብታይ ፡ ከአ ፡ ንዛውል ፡ ወለደ ። ዘርኢ ፡
ዜናይ ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ዘለዉ ፡ አልዮም ፡ ዜን ፡ እተባህሉ ፡ ዝኾኑ ፡ ኹላ
ቶም ፡ እዮም ።

ተኽለ ፡ ንዜና-ገብሪኤል ፡ ወለደ ፤ ዜና-ገብሪኤል ፡ ከአ ፡ ንነገር-እዝግን ፡ 3.
ንብርቡራ-እዝግን ፡ ወለደ ። ነሱ ፡ ንቤተ-ሰቡ ፡ አኪቡ ፥ ካብ ፡ ዐዱ ፥ ካብ ፡
ዐጋሜ ፥ ወጺኡ ፡ ናብ ፡ ዐዜን ፡ አቶ ፤ ደቂ ፡ ወዱ ፡ ኸአ ፥ ደቂ ፡ ብርቡራ-
እዝጊ ፡ ኽሳዕ ፡ ሕጂ ፡ ናብኡ ፡ አለዉ ። ካብ ፡ ዘርኡ ፡ ኸአ ፡ ሐሐሊፎም ፡ 4.

ገዛ ፡ ዐዲ፟ ፡ ማሕዮ ፡ ናብ ፡ ደፈረ ፣ ገዛ ፡ ዐደ፟ቢ፟-ወልደንኪኤል ፡ ደማ፟ ፡ ና
ብ ፡ ደቂ፟ ፡ መሓረ ፣ ናብ ፡ ዑና ፡ ናላይ ፣ ናብ ፡ ምድሪ ፡ ዜን ፣ ገለ ፡ ኸአ ፡ ና
ብ ፡ እምባ-ደርሆ ፡ አለ፟ዉ ።

23. ወለዶ ፡ ደቂ፟ ፡ ሮቤል ።

1. ኣውራ ፡ ደቂ፟ ፡ ሮቤል ፡ ሰብ ፡ ቋራ ፡ እዮ፟ም ። ካብኦም ፡ ሓደ ፤ ቴድ
ሮስ ፡ ነገሰ ።
2. እቶም ፡ አብዚ ፡ ሀገርዚ ፡ ዝርኽ፟ቡ ፡ ኻብ ፡ ደቂ፟ ፡ ሮቤል ፡ ለ፟ኾ ፡ ዘ፟ቦአ
ም ፡ እዮ፟ም ፣ ደቂ፟ ፡ ተስፋ-ገርግሽ ፡ ነቕዔ ። እዚኣቶም ፣ እዚ ፡ ፍሉጥ ፡ ሽ
3. ም ፣ ለ፟ኾ ፡ እ፟ተባህለ ፣ ካብ ፡ ቋራ ፡ ጀ፟ሚሮም ፡ ዘምጽእ፟ዎ ፡ እ፟ዩ ። ትውልዲ፟
ኦም ፡ ከአ ፡ ኸምዚ ፡ እ፟ዩ ፣ ይብሉ ፤

ተስፋ-ገርግሽ ፡ ነቕዔ ፡ ወዲ፟ ፡ ጥፍረርያ ፤
ጥፍረርያ ፡ ወዲ፟ ፡ ቐ፟ይሕ ፡ አምበሳ ፤
ቀ፟ይሕ ፡ አምበሳ ፡ ወዲ፟ ፡ እም፟ሓ ፤
እም፟ሓ ፡ ወዲ፟ ፡ አይዶ ፤
አይዶ ፡ ወዲ፟ ፡ ዐንደ ፤
ዐንደ ፡ ወዲ፟ ፡ ሳውር ።

4. ደቂ፟ ፡ ተስፋ-ገርግሽ ፡ ነቕዔ ፡ ኸአ ፡ ሰለስተ ፡ እ፟ዮም ፣ ብጻዕኒ ፡ ሐ፟ንሶ
5. ን ፡ ጐመዳይኒ ፡ እ፟ተባህሉ ። ካብኦም ፡ ሐ፟ንሶ ፡ ንለ፟ኾ ፡ ሳርዳ ፡ ዝፈረ ፡ እ፟ዩ ።
6. ዘርኢ ፡ ጐመዳይ ፡ ከአ ፣ ዝርኽ፟ቦም ፡ አብ ፡ ሽኽ፟ትን ፡ ዐዲ፟ ፡ ለ፟ኾን ፡ አለ፟ዉ ።
ብጻዕ ፡ ከአ ፡ ባዕሉ ፡ ናብ ፡ ዐዲ፟ ፡ ሐዮ ፡ አቶ ፤ ናብኡ ፡ ኹይኑ ፡ ኸአ ፡ ን
ረድኣን ፡ ክረምትዝግን ፡ ዐብ፟ድግን ፡ ወለደ ፤ ካብኦም ፡ ከአ ፡ ኽረምትዝ
7. ጊ ፡ ንሐዮ ፡ ወለደ ። እዚኣቶም ፡ ዝፈረይዎ፟ም ፡ አብ ፡ ሐዮ-ሽረፈ፟ቶ ፣ አብ ፡
ዐጽ፟ንዓይ ፣ አብ ፡ ቃቕብዳ ፣ አብ ፡ ዐዲ፟ ፡ ባሮ ፣ አብ ፡ ዕደጋ ፡ ዳሕና ፤
አብ ፡ ሾ፟ብዐተ ፡ ሰፍሓ ፡ ኸአ ፣ እኒ፟ ፡ ዐዲ፟ ፡ ፈለስቲ ፣ እኒ፟ ፡ ባምብቖ ፣ እኒ፟ ፡
ዐድ-ጣላ ፤ አብ ፡ ዐዲ፟ ፡ ሀሎ፟ ፣ ዐዲ፟ ፡ ገብራይ ፣ አባርዳእ ፣ ሕምብርቲ ፣ ሐበ

ላ-ጐቦር ፡ ከአ ፡ ብዘሎ ፣ እኺ ፡ ዴዳ ፣ እኺ ፡ ሐበላ ፣ እኺ ፡ ጽላለ ፤ ፍርቂ ፡ ኸ
አ ፡ ኻብ ፡ ደቒ ፡ መሓረ ፣ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ሐያሎ ፡ ኻልእ ፡ ዐዲ ፡
ፋሕ ፡ ይሎም ፡ አለዉ ።

ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ኻልኣት ፡ አሕዋቶም ፣ ደቒ ፡ ሮቤል ፣ ብዘለዉ ፡ ህዝ 8.
ቢ ፡ ዐሳወርታ ፡ እዮም ። ካብኦም ፡ ዝወጹ ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ አስመራ ፡ ገዛ ፡
አስምዓ ፡ እተባህሉ ፡ አለዉ ። እዚኣቶም ፡ ዡሎም ፡ ደቒ ፡ ገፍቶ ፡ እዮ 9.
ም ፣ ወዲ ፡ ዐንደ ፣ ወድ-ወዱ ፡ ንሳውር ።

## አማጽኣ ፡ ለኀ ። 24.

እዞም ፡ ለኀ ፡ ዝበሃሉ ፡ ዝኸኑ ፡ ህዝቢ ፣ ብኣውርኡ ፡ አማጽእኦም ፡ 1.
ከምዚ ፡ እዩ ።

አቦታቶም ፡ ፈለማ ፡ ኻብ ፡ ቋራ ፡ ወጺኦም ፣ ብዙሓት ፡ ክነሶም ፣ ብ 2.
ዐጋሜ ፡ አቢሎም ፡ አብ ፡ ምድሪ ፡ መረታ ፡ አተዉ ። አብኡ ፡ ኸለዉ ፡
ኸአ ፣ ነቶም ፡ ደቒ ፡ ዐዲ ፡ ብዙሕ ፡ ሐየልዎም ። ስለዚ ፡ ኣንስቲ ፡ መረታ ፣ 3.
መታን ፡ ከጽዕትኦም ፣ ንሰብኡተን ፡ መብልዕኒ ፡ መስተን ፡ ብድኸን ፡ አ
ቕረባሎም ፣ « አቕሑ ፡ ቤትና ፡ ለኀ ፡ ወሲድዎ ፣ » ይለን ። ሽዑ ፡ መረታ ፡
ኸአ ፡ ዥሎም ፡ ተንሲኦም ፡ ንለኀ ፡ ወደእዎም ።

እንተኸነ ፡ ፍስሓ-ገርግሽ ፡ ዝበሀል ፡ ለጐታይ ፡ ጓል ፡ መረታ ፡ አጥን 4.
ሑ ፡ ነበረ ። አቦ ፡ እታ ፡ ጓል ፡ ድማ ፣ ነትን ፡ ጥኑሳት ፡ ብኻራ ፡ ኸብድን ፡
ይቐድወን ፡ ስለ ፡ ዝርኤ ፣ ጓሉ ፡ ኸይትሞቶ ፡ ፈሪሁ ፡ ንዐጁብ-ዘማት ፡ ሰደ
ዳ ። አብኡ ፡ ኸላ ፣ ወዲ ፡ ወለደት ። እቶም ፡ መረታ ፣ እዚ ፡ ምስ ፡ ሰም 5.
ዑ ፣ « እቲ ፡ ለጐታይሲ ፡ እንካ ፡ ነቕዔ ፣ » የሉ ። ካብኡ ፡ እቲ ፡ ወዲ ፡ ተ
ስፋ-ገርግሽ ፡ ነቕዔ ፡ ተባህለ ።

ድሕሪኡ ፡ እታ ፡ ሰበይቲ ፣ ሓደ ፡ ወትሀደር ፡ ንጉስ ፡ መጺኡ ፡ አተ 6.
ዋ ፤ እሞ ፣ ካብኡ ፡ ንላምዘታይ ፡ ወለደት ። ስለዚ ፡ ላምዛን ፡ ለኀን ፡ ደ
ቒ ፡ ሐንቲ ፡ ሰበይቲ ፡ እዮም ። እቶም ፡ ደቒ ፡ ምስ ፡ ዐበዩ ፣ ላምዘታይ ፡ 7.

8. ከአ ፡ ንለኈታይ ፣ « ንዐናይ ፣ ሕነ ፡ አቦኻ ፡ ንፍዴ ፣ » የሎ ። ብሐንሳእ ፡
ንመረታ ፡ ኸዱ ፤ ለኈታይ ፡ ማል ፡ ከዘምት ፡ ወዓለ ፣ ላምዘታይ ፡ ሕነ ፡
ፈደ ። ስለዚ ፡ አዋልድ ፡ ለጎ ፣ አቦኤን ፡ ስለ ፡ ዝዘመተ ፣ « አብ ፡ ዘማት ፣ »
ይለን ፡ ይዝምራ ፤ አዋልድ ፡ ላምዛ ፡ ድማ ፣ አቦኤን ፡ ሕነ ፡ ስለ ፡ ዝፈደ ፣
« አብ ፡ ሕኒት ፣ » ይብላ ።
9. ካብኡ ፡ ተስፋ-ገርግሽ ፡ ነቕዔ ፡ ንሸከቲ ፡ ወረደ ፤ አብኡ ፡ ኸአ ፡ ተቓ
መጠ ። ነሹ ፡ ነዞም ፡ ሕጂ ፡ ዘለዉ ፡ ለጎ ፡ ዝወለደ ፡ እዩ ።

25. መርገም ፡ ጐመዳይ ።

1. ሰለስቲኦም ፡ ደቂ ፡ ተስፋ-ገርግሽ ፡ ነቕዔ ፣ ብድሕሪ ፡ አቦኦም ፡ ካብ ፡
ሸከቲ ፡ ኽወጹ ፡ ኸለዉ ፣ ብምኽሪ ፣ « አሓና ፡ ናብ ፡ ዝኸድኦ ፣ ደድሕሪ
2. ኤን ፡ ንስዐብ ፣ » የሉ ። ሽው ፡ ሐንሶ ፣
« ሰርዶ-ሰርዶ ፡ ሰቢለ ፡ እኸይድ ፤ »
እናለ ፣ ደድሕሪ ፡ አሕኡ ፡ ንእኾለ-ጐዛይ ፡ ከይዱ ፡ ናብ ፡ ለጎ ፡ ሳርዳ ፡
መጸ ። ብጻዕ ፡ ከአ ፡ ደድሕሪ ፡ አሕኡ ፡ ኸይዱ ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡ ሐዮ ፡ መ
3. ጸ ። ጐመዳይ ፡ ግና ፡ ቕድሚ ፡ እቲ ፡ ምብጋሶም ፡ ለይቲ ፡ ተንሲኡ ፡ ነሕ
ኡ ፡ አብልዕ ፡ ሐደረን ፣ ክናብ ፡ ብዕራይ ፡ ድማ ፡ ጸዓነ ። ሽው ፡ ንግሆ ፣
አሓ ፡ አሕዋቱ ፡ ኽነቕላ ፡ ኸለዋ ፣ አሕኡ ፡ ረፍ ፡ ይለን ፡ ደቀሳ ፣ ብዕራዩ ፡
4. ድማ ፡ ኸነበ ። በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡ አሕዋቱ ፡ ኸአ ፡ ነዚ ፡ ምኽሪ ፡ ሸዓ ፡
ፈሊጦም ፣ ክኸዱ ፡ ኸለዉ ፣
« እንተ ፡ ብሐቂ ፡ በጺሓትካ ፣ ትርሐስካ ፤
እንተ ፡ ደኣ ፡ ብሐሶት ፣ ጉግ-ማጉግ ፡ ይረስካ ፤ »
ይሎም ፣ ረጊሞምዎ ፡ ኸዱ ።

5. ዘርኢ ፡ ጐመደይ ፡ ከአ ፣ ከምቲ ፡ መርገም ፡ አሕዋት ፣ ሕጂ ፡ ቕሩ
ባት ፡ እዮም ፣ ሐይሊ ፡ ኸአ ፡ የብሎምኒ ፤ ናብታ ፡ ዐዶም ፣ አብ ፡ ሸከቲ ፣
ጨዋ ፡ ኸአ ፡ አትዮምዎም ፡ አለዉ ። ዘርኢ ፡ እቶም ፡ ክልተ ፡ አሕዋቱ ፡
ግና ፡ ብዙሓት ፡ እዮም ።

## ሰም ፡ ምብ፟ል ፡ ጨዋ፟ ። 26.

እዘም ፡ ጨዋ፟ ፡ እተ፟ባህሉ ፡ ህዝቢ ፡ ኸአ ፡ ብሐቂ፟ ፡ ትውልዲ፟ኦም ፡ ጽ 1.
ሩይ ፡ ፍሉጥ ፡ አይኮነን ፤ ባዕላቶም ፡ ግና ፣ « ካብ ፡ ዘርኢ ፡ ይሁዳ ፡ ኢ
ና ፣ » ይብሉ ። እንተኸነ ፡ ፍሉጣት ፡ ዘርኢ ፡ ይሁዳ ፡ ቤተ-መንግስቲ ፡ ሸ
ዋ፟ ፡ እዮ፟ም ፡ እሞ፟ ፣ ጨዋ ፡ ኸአ ፣ ገላውኦም ፡ ክነሶ፟ም ፣ እዚ ፡ ደርፍዚ ፡
ደረፉ ።

ምኽንያት ፡ አብዚ ፡ ምምጽኦም ፡ ከአ ፡ ኸምዚ ፡ እዩ፟ ። ንጉስ ፡ ክ 2, 3.
ገልግሉ ፡ ኸለ፟ዉ ፣

« ቤት ፡ ስርሑ ፣ » እንተልዎ፟ም ፣ የፍርሱ ፤
« ሕጸቡ ፣ » እንተልዎ፟ም ፣ የርስሑ ፤
« ሰጸብ፟ቑ ፣ » ይብልዎ፟ም ፣ የኸፍኡ ፤

ነበሩ ። በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡ ንጉስ ፡ ክጠፍኡሎም ፡ ደልዮም ፣ « ኪዱ ፣
ንምድሪ ፡ ሐማሴን ፡ ውረሱ ፣ » የልዎ፟ም ። ነሳ፟ቶም ፡ ከአ ፣ ራእስ ፡ ናዝዋ ፡ 4.
ዝዋ፟ኝኦም ፡ ኰይኖም ፣ ኰላ፟ቶም ፡ ተልዒሎም ፡ ንምድሪ ፡ ሐማሴን ፡ አተ
ዉ ። ሸው ፡ ናብ ፡ ሰምበል ፡ ክበጽሑ ፡ ኸለ፟ዉ ፣ ሰብ ፡ ዘበ፟ለ ፡ ብብዝሖም ፡
አንቀጥቀጠ ። በቲ ፡ ዘበንቲ ፡ አባ፟ ፡ ናፍር ፡ ግብጻዊ ፡ እተ፟ባህሉ ፣ ሓደ ፡ 5.
ጻዕዳ ፣ ናብ ፡ ስብጣ ፡ ነበሩ ፤ ነሶ፟ም ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ወኸ፟-ድባ፟ ፡ መጺኦም ፡ ረ
ኣይዎ፟ም ፣ ርእዮም ፡ ድማ፟ ፣ መስቀሎም ፡ ንታሕቲ ፣ ገጾም ፡ እና፟ደፍኡ ፣

« ሰም ፡ በል ፤
ሰም ፡ በል ፤
ሰም ፡ በል ፤ »

ይሉም ፡ ረገምዎ፟ም ። ሸው ፡ ናብታ ፡ ቐያ፟ሕ ፡ ኰርባ ፡ ሰምበል ፡ ምስ ፡ በ 6.
ጽሑ ፣ ሰም ፡ የሉ ፤ ፍቕ፟ዶም ፡ ክንዲ ፡ መገጻ ፡ ባልደንጓ ፡ እተ፟በገ፟ሱ ፣ ሸ
ው ፡ መስለስ ፡ ተረፉ ። ሸም ፡ እቲ ፡ ጐልጐልቲ ፡ ኸአ ፣ ካብዚ ፡ ነገርዚ ፡
እተ፟ላዕለ ፣ ክሳዕ ፡ ለይትሎም ፡ ሰምበል ፡ ይበ፟ሀል ።

7. ዝተረፉ ፡ ኻብ ፡ ጩዋ ፡ ኸአ ፥ ብዝሖም ፡ ምስ ፡ ለጎ ፥ ገለ ፡ ኸአ ፡ ም
8. ስ ፡ ደቆተሸም ፡ ተሐውሾም ፡ አለዉ ። አብ ፡ ዐዲ ፡ ራእሲ ፥ ክትመውል
ዕ ፥ ዐደብ-ኳኹይ ፥ ሰላዕ-ዳዕሮ ፤ አብ ፡ መርሓኖ ፥ አብ ፡ ዐዲ ፡ ቖሺ ፤ ከም
ኡ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ዐሰልደይት ፥ ናብ ፡ ዐዲ ፡ ኸፈለት ፥ ገለ ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡ ገ
ብራይ ፥ ገለ ፡ ናብ ፡ ሸኸቲ ፥ ገለ ፡ ናብ ፡ ድባርዋ ፤ አብ ፡ ተማጅላ ፥ ዐደብ-
ዛገ ፥ ዐዲ ፡ ቆኒኤል ፤ አብ ፡ ዐዲ ፡ ገረድ ፥ ዐደብ-ዝሐንስ ፥ ዐዲ ፡ ነኹዖ ፤
አብ ፡ ሐያሎ ፡ ኻልእ ፡ ስፍራ ፡ ኸአ ፡ በደድ ፡ ይሎም ፡ እዮም ።

## 27. ለጎ ፡ ንጩዋ ፡ ወድእዎም ።

1, 2. ጩዋ ፡ ቐደም ፡ ዓቐይቲ ፡ ንጉስ ፡ ነበሩ ። ሓደ ፡ ግዜ ፡ ንጉስ ፡ ግም
ቢ ፡ ኽሰርሑ ፡ አዘዝዎም ። ነሳቶም ፡ ከአ ፥ « ብሐይሊ ፡ ደአ ፡ እምበር ፥
ፍትሒ ፡ አየውጻእካልናን ፥ » ይሎም ፡ አፍ-ደገ ፡ ዘይብሉ ፥ መስኰት ፡ ዘይ
3. ብሉ ፡ ገበርዎ ። ንጉስ ፡ ከአ ፡ መጺኦም ፡ እንተ ፡ ሐተቱ ፥ « መን ፡ ሰር
ሖ ፤ » እንተልዎም ፥ « ሁላትና ፥ » የሉ ። ብዛዕባዚ ፡ ኸአ ፡ ንጉስ ፥ « ን
ኽንደዮም ፡ ክቐጽዕ ፤ » ይሎም ፥ ገለ ፡ ኽገብርዎም ፡ አይደፈሩን ።
4. አብ ፡ መንጎዚ ፡ ሓደ ፡ ወችሀደሮም ፡ ካብ ፡ ሸዋ ፡ ናብ ፡ ቃቕብዳ ፡
5. መጸ ። ምሸት ፡ እቲ ፡ ለጎታይ ፥ « ቈሎ ፡ ስገም ፡ እንካ ፥ ተደረር ፥ » ይሉ ፡
ሃቦ ። ነሱ ፡ ምስ ፡ አበ ፥ እቲ ፡ ለጎታይ ፥ እንቅዓ ፡ ሸንፉ ፡ ዘስጦሕ ፡ ኵና
ት ፡ ነበሮ ፡ እሞ ፥ « ሐደው ፡ እዘን ፡ ቈሎ ፡ ተደረር ፥ ሐደው ፡ እዛ ፡ ሖላ
ስ ፡ ከድርረኸ ፡ አየ ፥ » የሎ ። እቲ ፡ ወችሀደር ፡ ሖራይ ፡ ይሉ ፥ ተቐቢሉ ፡
6. ናብ ፡ ክዳኑ ፡ ቈጸረን ። ንግሆ ፡ ኽኸይድ ፡ ከሎ ፥ ነቲ ፡ ለጎታይ ፥ « እዛ ፡
በቕለይ ፡ ክህበኹም ፥ እዛ ፡ ሖላስኩም ፡ ሃቡኒ ፥ » የሎ ፤ ነሱ ፡ ኸአ ፡ ሖራ
7. ይ ፡ ይሉ ፡ ሃቦ ። ካብኡ ፡ ነተን ፡ ቈሎን ፡ እታ ፡ ሖላስኒ ፡ ሖዱ ፡ ናብ ፡ ሸ
ዋ ፡ ተመልሰ ፤ ንንጉስ ፡ ድማ ፥ « ሐደው ፡ እዘን ፡ ቈሎ ፡ ሐደው ፡ እዛ ፡
8. ሖላስ ፡ ተደረር ፥ ዝብሉ ፡ ሀገር ፡ አለዉ ፥ » ይሉ ፡ ነገሮም ። ሽው ፡ ንጉስ ፡

ተሐኾሾም ፥ « ነሳቶም ፡ እዮም ፡ ዝኽእልዎም ፥ » ይሎም ፥ ነቶም ፡ ጨ
ዋ ፡ ጸዊዖም ፡ ንምድሪ ፡ ለጎ ፡ ሰደድዎም ።
ጨዋ ፡ ኽአ ፡ ናብ ፡ ሐማሴን ፡ መጺኦም ፡ አብ ፡ መንጎ ፡ ለጎ ፡ ተረስ 9.
ተዩ ። ንለጎ ፡ ኽአ ፡ መኸራ ፡ አጽገብዎም ። ብዛዕባዚ ፡ እቶም ፡ ለጎ ፡ ዝኾ 10.
ኑ ፡ ዋዕላ ፡ ጌሮም ፥ « ንጨዋ ፡ ነጥፍአዮም ፥ » ይሎም ፡ ተማኸሩ ። ዐድ-
ዐዱም ፡ አትዮም ፡ ከአ ፥ « በበጊዕና ፡ ንሕረድ ፥ » ይሎም ፡ ንጨዋ ፡ ሐረ
ድዎም ። ለኰታይ ፡ ሸኸቲ ፡ ግና ፥ « ኣነስ ፥ እቲ ፡ ገበሎም ፡ በጺሑኒ ፥ » 11.
ይሉ ፥ ከይቀተሎ ፥ ተረፈ ።
በዚ ፡ ኸምዚ ፡ ጨዋ ፡ ተወድኡ ። 12.

## ወለዶ ፡ ላምዛ ። 28.

ሰብ ፡ ላምዛ ፡ ኽአ ፡ ኻብ ፡ ዘርኢ ፡ ይሁዳ ፥ ብፍላይ ፡ ካብ ፡ ሐጸይ ፡ 1.
ወረደ-ምሕረት ፡ እተደቕሉ ፡ እዮም ። ነሶም ፡ ካብ ፡ አኹስም ፡ መጺኦም ፥ 2.
አብ ፡ እኾለ-ጕዛይ ፥ ዐዲ ፡ እኽሊ ፡ እተባህለት ፥ ሰፈሮም ፡ ከለዉ ፥ ኸዐ ፡
ሐንቲ ፡ መበለት ፡ ላም ፡ ንድራር ፡ ንጕስ ፡ ሕጃ ፡ መጸት ፤ ነሶም ፡ ከአ ፡ ነ
ታ ፡ ላማ ፡ መሓሩላ ፥ ንአ ፡ ግና ፡ አተውዋ ። ነሳ ፡ ኽአ ፥ « በሉ ፥ ድንገ 3.
ት ፡ ወዲ ፡ አንተ ፡ ወለድኩስ ፥ ወዲ ፡ መን ፡ ይበሎ ፤ » የለቶም ። ነሶም
ከአ ፥ « እንሃ ፡ እንዶ ፡ እዛ ፡ ላም ፤ ደይብሰራ ፡ እየ ፡ ዝአቶኹኽስ ፤ ወዲ ፡
እዛ ፡ ላም ፡ በልዮ ፥ » ይሉምዋ ፡ ኸዱ ። ምስ ፡ ተወልደ ፡ ድማ ፥ ወዲ ፡ ላ
ምዛ ፡ ተባህለ ።
ነሱ ፡ ዝፈረዮም ፡ ከአ ፡ ኽሳዕ ፡ ሕጂ ፡ ላምዛ ፡ ይበሃሉ ። ነሳቶም ፡ አ 4.
ብ ፡ ሰሐርትን ፡ አብ ፡ ማእከል ፡ ለጎ-ጨዋን ፥ ገለ ፡ ኽአ ፡ ናብ ፡ ሰራየን ፡ እ
ኾለ-ጕዛይኒ ፡ ፋሕ ፡ ይሎም ፡ አለዉ ። ካብኦም ፡ ሾብዐተ ፡ ላምዛ ፥ እኒ ፡ ዐ 5.
ደብ-ዘማት ፥ እኒ ፡ ዐዲ ፡ ላምዛ ፥ እኒ ፡ ዐድቀ ፥ እኒ ፡ ዐጸናፍ ፤ ገለ ፡ ናብ ፡
ዐዲ ፡ ጐምበሎ ፥ ገለ ፡ ናብ ፡ ሕምብርቲ ፥ ገለ ፡ ናብ ፡ ድባርዋ ፤ ከምኡ ፡
ኸአ ፡ ዐዲ ፡ ነሃባይ ፡ እዮም ።

## 29. ካልኦት ፡ ህዝቢ ፡ ኻብ ፡ ዘርኢ ፡ ይሁዳ ።

1. ካብ ፡ ዘርኢ ፡ ይሁዳ ፡ ኸአ ፡ ሐያሎ ፡ ኻልእ ፡ ዐሌት ፡ አብዚ ፡ ምድ
2. ሪ ፡ ሐሐሊፎም ፡ አለዉ ። ካብኦም ፡ ገልዐንታይ ፡ ዝበሃሉ ፥ ከም ፡ አብ ፡
ዐዲ ፡ ራእሲ ፥ አብ ፡ ክትመውልዕ ፥ አብ ፡ ሽኽቲ ፥ አብ ፡ ገብራየ-ኸፈለት ፥
ከምኡ ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ሐያሎ ፡ ኻልእ ፡ ፋሕ ፡ ይሎም ፡ ዘለዉ ፥ ካብ ፡ ም
3. ድሪ ፡ ትግራይ ፥ ካብ ፡ ገርዓልታ ፡ ዝመጹ ፡ ወችሀደር ፡ እዮም ። መኻዳ ፡
ኸአ ፡ ናብ ፡ እምኒ-ጸሊም ፥ ካብ ፡ ግሎ-መኻዳ ፡ ዝወጹ ፥ ዘርኢ ፡ ሐጸይ ፡
4. ገረ-መስቀል ፡ እዮም ። ዐድ·ደግያት ፡ ስብሃቱ ፡ ኸአ ፥ ገዛ ፡ ዐዲ ፡ ዕዛር ፡ ዝ
በሃሉ ፥ አብ ፡ እምባ-ደርሆ ፡ ዘለዉ ፥ « ካብ ፡ አንከረ-ባርኳ ፡ ዝመጻእና ፡ ዐ
ሌት ፡ ይሁዳ ፡ ኢና ፥ » ይብሉ ።
5. እዞም ፡ አድከመ-ምልጋእ ፥ ሰብ ፡ ሰራየ ፡ ኸአ ፥ « ንሕና ፡ ዘርኢ ፡ ይ
ሁዳ ፥ ካብ ፡ ቤተ-መንግስቲ ፡ ኢና ፡ » ይብሉ ፤ ካልእ ፡ ሰብ ፡ ግና ፥ « አይ
ፋሎም ፤ እቲ ፡ ፈራይኦም ፥ ጅርገደላ ፡ ወዲ ፡ አመታጅር ፥ ባርያ ፡ ደግያ
ት ፡ ድዕቡል ፡ ደአ ፡ እዩ ፥ » ይብልዎም ፤ « ስለዚ ፡ ኻብቲ ፡ ናይ ፡ ጥንቲ ፡
6. ዘርኦም ፡ ካብ ፡ ከም ፡ እዮም » ። ቤት ፡ ድግለል ፡ ድማ ፡ ኻብ ፡ ዘርኢ ፡
ይሁዳ ፡ እዮም ።

## 30. ሾብዐተ ፡ ሰሐርቲ ፥ ሳብዓይ ፡ ኰዳዱ ።

1. ሾብዐተ ፡ ሰሐርቲ ፡ ኸአ ፥ ደቂ ፡ ደግያት ፡ ፍሬ-ምኻእ ፥ እቲ ፡ ናይ ፡
2. ቀደም ፡ መሰረት ፡ ወለዶኦም ፡ ነገድ ፡ ስምኡን ፡ እዩ ። አበታቶም ፡ ድማ ፡
ኸምዚ ፡ ይሎም ፡ እዮም ፤

ደግያት ፡ ፍሬ-ምኻእ ፡ ወዲ ፡ ኣተ ፡ አሰርማጽ ፤
ኣተ ፡ አሰርማጽ ፡ ወዲ ፡ ደግያት ፡ ስምበተይ ፤
ደግያት ፡ ስምበተይ ፡ ወዲ ፡ ደግያት ፡ ደፈረጅን ፤
ደግያት ፡ ደፈረጅን ፡ ወዲ ፡ ኢጅማት ፡ ካራ ፤

አጅማት ፡ ካራ ፡ ወዲ ፡ ደግያት ፡ ማራ ፤
ደግያት ፡ ማራ ፡ ወዲ ፡ ራእስ ፡ ፉርስ ፡፡

ደግያት ፡ ፍሬ-ምኻእ ፡ ከአ ፡ ኻብ ፡ ዐዱ ፥ ካብ ፡ ሰለዋ ፥ ወጺኡ ፡ ና 3.
ብ ፡ እምኒ-ሐይሊ ፡ ማይ ፡ ጻዕዳ ፡ ደቀሰ ፤ አብ ፡ እንዳባ-መጣዕ ፡ ድማ ፡
ተቐብረ ፡፡ ነሹ ፡ ንጸሊማይ ፥ ንቕንዱር ፥ ንአይፈርሄ ፥ ንሬዙ ፥ ነርባዕቲአ
ም ፡ ወለደ ፡፡ ካብኦም ፡ ጸሊማይ ፡ ንእምኒ-ጸሊም ፡ ዝፈረ ፡ እዩ ፡፡ ቀንዱ 4.
ር ፡ ከአ ፡ ንሀርጕደማድር ፡ ወለደ ፤ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ኻብ ፡ ዘርኡ ፡ ገዛ ፡
ደቂ ፡ ሓርሽ ፡ ሕምብርቲ ፡ አለዉ ፡፡ አይፈርሄ ፡ ኸአ ፡ ንሰብ ፡ አዛይሐ ፡
ወለደ ፡፡

ሬዙ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ምንኪኤል-ከደና ፡ አቶ ፥ አብኡ ፡ ድማ ፡ ንቤተኽስ 5.
ያን ፡ ቅዱስ ፡ ምንኪኤል ፡ ሰርሔ ፡፡ ነሹ ፡ ንሽብዐተ ፡ ወለደ ፥ ጻዕዳን ፡ ደ
ለሽምኒ ፡ ዐርክን ፡ አፍደዩን ፡ ደጕሓን ፡ ግዙእኒ ፡ አድጎይኒ ፡ ንተባህሉ ፡፡
ካብኦም ፡ ግና ፡ ዐርኪ ፡ ፍሬ ፡ ዘይብሉ ፡ ጠፍኤ ፡፡ አፍደዩን ፡ ደጕሓን ፡ 6.
ግዙእኒ ፡ ኸአ ፥ እዚአቶም ፡ ዝፈረይዎም ፡ ሰለስተ ፡ ጸሎት ፡ እዮም ፡፡ ዘ
ርኢ ፡ ጻዕዳን ፡ ደለሽምኒ ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ዝግብ ፡ አለዉ ፡፡ አድጎይ ፡ ከአ ፡ 7.
ንሓሰባን ፡ ንሽም-ደሐንኒ ፡ ወለደ ፡፡ ካብኦም ፡ ዘርኢ ፡ ሽም-ደሐን ፥ ዝርካበ
ም ፡ አብ ፡ እምቤቶ ፡ አለዉ ፡፡

ሓሰባ ፡ ኸአ ፡ ንሰመረ-ጮንኒ ፡ ዐንደ-ጼንኒ ፡ ኻብ ፡ ሐንቲ ፡ ሰበይቲ ፥ 8.
ንአሕደሮምኒ ፡ ጋብላን ፡ ረዓዳን ፡ ድማ ፡ ኻብ ፡ ሐንቲ ፡ አስላመይቲ ፡
ሰይት-ወሰኑ ፥ ንሐሙሽቲአም ፡ ወለደ ፡፡ ካብኦም ፡ ሰመረ-ጮን ፡ ዝፈረዮ 9.
ም ፡ ገዛ ፡ ስሌን ፡ ናብ ፡ ዐዜን ፡ እዮም ፡፡ ዘርኢ ፡ ዐንደ-ጼን ፡ ድማ ፡ ናብ ፡
ዐዲ ፡ ሐውሻ ፡ አለዉ ፡፡ አሕደሮም ፡ ንዐዲሕደሮም ፡ ዝፈረ ፡ እዩ ፡፡ ዘርኢ ፡ 10.
ጋብላ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ እምቤቶ ፡ አለዉ ፡፡ ረዓዳ ፡ ድማ ፥ ንዐዲ ፡ ረዓዳ ፡
ወለደ ፡፡

ደቂ ፡ እንግዳ ፡ ዝበሃሉ ፥ ናብ ፡ ኰዳዱ ፡ ዘለዉ ፥ እዚአቶሞ ፡ ድማ ፡ 11.
ደቂ ፡ ስምኦን ፡ እዮም ፥ ካብ ፡ ሰለዋ ፡ ዝወጹ ፤ እሞ ፥ ምስ ፡ ሰሐርቲ ፡ ኸ

አ ፡ እዩ ፡ ቍጽሮም ። ብዛዕባዚ ፤ « ሾብዐተ ፡ ሰሐርቲ ፤ ሳብዓይ ፡ ኩዳ
ዱ ፤ » ይበሀል ።

31. ## ካልኦት ፡ ህዝቢ ፡ ኻብ ፡ ደቂ ፡ ስምኦን ።

1. እዘም ፡ ደቂ ፡ መጋቢ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ተራ-እምኒ ፤ በቲ ፡ ኻብ ፡ ጥንቲ ፡
ዘርኦም ፡ ምስ ፡ ሰሐርቲ ፡ እዮም ። አቦኦም ፡ ወዲ ፡ አሰላፍ ፡ ካራ ፡ እዩ ፤
ሐው ፡ ደግያት ፡ ፍሬ-ምኻእ ።

2. ዛጓ ፡ ድማ ፤ እኒ ፡ ገዛ ፡ ዛጓ ፡ ናብ ፡ ጐዳይፍ ፤ ዐዲ ፡ ሐርበ ፤ ሊባን ፡
ከአ ፤ እኒ ፡ ወገሪቓ ፤ እኒ ፡ ግራት ፡ ገብሩ ፤ እዚኣቶም ፡ ደቂ ፡ ስምኦን ፤ አ
ሕዋት ፡ ሰሐርቲ ፡ እዮም ፦ እሞ ፤ ናብ ፡ መርዓ ፡ ኽራ ኸቡ ፤ ቀድሚኦም ፡
መብልዕኒ ፡ መስተን ፡ አይቕበሉን ፤ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ምስኦም ፡ አይትኣታ
3. ተዉን ። መወለዶም ፡ ብጥንቲ ፤ ካብ ፡ ላስታ ፡ እዮም ፦ አሕዋቶም ፡ ከአ ፡
4. ናብዚ ፡ ምድርዚ ፡ ብዘለዉ ፡ ህዝቢ ፡ ብሌን ፡ እዮም ። ገለ ፡ ኸአ ፤ « ዛ
ጓ ፤ ሰብ ፡ ላስታ ፤ ካብ ፡ ዘርኢ ፡ ይሁዳ ፡ ደኣ ፡ እዮም ፤ ደቂ ፡ እታ ፡ ገረ
ድ ፡ ንግስቲ ፡ ኣዜብ ፤ » ይብልዎም ።
5. ሐጀግቲ ፡ ኸአ ፤ እኒ ፡ ዐድ-ደግያት ፡ ተሰማ ፡ ናብ ፡ ማዕረባ ፤ ዐሌት ፡
6. ስምኦን ፡ እዮም ። ካብኦም ፡ ዝወጹ ፡ ኸአ ፡ አለዉ ፤ መጨረቓ ፡ እተባህ
ሉ ፡ ሰብ ፡ ደፈረ ። ዐዘርኢት ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ዐዜን ፤ አሕዋቶም ፡ እዮም ፤
7. እንዳበሚታው ፡ ከአ ፡ ኻብ ፡ እምባ-ደርሆ ። እቲ ፡ ፈራይአም ፤ ከንቲ
ባ ፡ ጸሊም ፤ ወዲ ፡ ተስፋው ፡ ስቱር ፤ ካብ ፡ ዐጀንስቲ ፡ ወጺኡ ፡ ነበረ ፤
ይበሀል ።
8. ገለ ፡ ኸአ ፤ « ኣድከመ-ምልጋእሲ ፡ እኳ ፡ ኻብ ፡ ዘርኢ ፡ ስምኦን ፡ እዮ
ም ፤ ካብ ፡ ቦራ-ሰለዋ ፡ ዝወጹ ፤ » ይብሉ ።

32. ## ደቂ ፡ ሌዊ ።

1. ኣውራ ፡ ደቂ ፡ ሌዊ ፡ ሰብ ፡ ተምቤን ፡ እዮም ። ካብኦም ፡ ሓደ ፤ ዮሀ
ንስ ፡ ነገሰ ።

እቶም ፡ ኣብዚ ፡ ምድርዚ ፡ ዝርከቡ ፡ ደቂ ፡ ሌዊ ፡ ኸአ ፡ ብኣውር 2.
ኡ ፡ ናብ ፡ ካርንሸምኒ ፡ ድምበዛንኒ ፡ ኣለዉ ። እዚኣቶም ፡ ሎሎም ፡ ቅድ 3.
ሚ ፡ ደቂ ፡ ሚናብ ፡ እዮም ፡ ኣብዚ ፡ ዝመጹ ፤ ካብኦም ፡ ከአ ፡ ብፍላይ ፡
እቲ ፡ ንገረሚ ፡ ዝፈረ ፣ ግሩም ፡ እተባህለ ፡ እዩ ፡ ፈለማ ፡ ዝአቶ ። ድሕ 4.
ሪ ፡ ግሩም ፡ ከአ ፡ ጸጋይ ፡ ዝበሀል ፡ ብበረኻ ፡ አቢሉ ፣ ብሾብዐተ ፡ ዐንሰ
ባን ፡ ጐልጐል ፡ ደቀተሸምኒ ፡ ጌሩ ፡ ናብ ፡ በለዛ ፡ ዋልታ ፡ ሰቐለ ። ነሱ ፡
ዝፈረዮም ፡ ብሓደ ፡ ሽም ፡ ኳዜን ፡ ይበሃሉ ። ካብኦም ፡ በለዛን ፡ ኳዜንኒ ፣
ገዛ ፡ ኺዜን ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ እምባ-ደርሆ ፣ ሐያሎ ፡ ኻልእ ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ሐ
ያሎ ፡ ስፍራ ፡ አለዉዎም ። ሃም ፡ ከአ ፣ እኒ ፡ ገዛ ፡ ሃም ፡ ኣብ ፡ እምባ-ደ 5.
ርሆ ፣ አሕዋቶም ፡ እዮም ፣ ካብ ፡ ዘርኢ ፡ ሌዊ ፤ ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ኻብ ፡ ካ
ርንሸም ፡ ዝወጹ ፣ ጀንገሬን ፡ እተባህሉ ፣ ናብ ፡ መገዲ ፡ ሐልሐል ። ባር 6.
ገለ ፡ ዝበሀል ፡ ዐሌት ፡ ሌዊ ፡ ናብ ፡ ዐድ-ተከሌ-ዛን ፣ ካብኦም ፡ ከአ ፡ እኒ ፡
ሸንድዋ ፣ እኒ ፡ ዐዲ ፡ አቤቶ ፡ ድማ ፡ አለዉ ። እዚኣቶም ፣ ፈለማ ፡ አበ
ታቶም ፡ አባርገለ ፡ ኻብ ፡ ዝበሀል ፡ ምድሪ ፡ አገው ፡ እዮም ፡ ኣብዚ ፡ ዝ
መጹ ፤ እሞ ፣ ቀደም ፡ ዘበን ፡ ብዘረባ ፡ አገው ፡ ጥራይ ፡ ይዛረቡ ፡ ነበሩ ። 7.
ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ሰብ ፡ ዝባን ፡ አንገብ ፣ ሰብ ፡ ደቂ ፡ ጽንዓ ፡ ደጓው ፡ እዮ
ም ፣ ዘርኢ ፡ ሌዊ ። ደቂ ፡ ሌዊ ፡ ኸአ ፣ አቦኦም ፡ ቀሺ ፡ ነበረ ፡ እሞ ፣ ካብ 8.
ኦም ፡ አብ ፡ ብሀገሩ ፡ ብዙሓት ፡ አቕሸሽቲ ፡ አለዉ ።

ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ናብዚ ፡ መትሕት ፡ አሕዋቶም ፣ ደቂ ፡ ሌዊ ፣ እኒ ፡ ቶ 9.
ርዓ ፣ ቤት ፡ ማዕላ ፣ ክልተ ፡ መንሳዕ ፣ ማርያ ፡ ቐይሕኒ ፡ ማርያ ፡ ጸሊምኒ ፡
አለውዎም ። ሕጂ ፡ ግና ፡ እዘም ፡ አስላም ፡ ዝኾኑ ፣ « አይፉልና ፤ ንሕና 10.
ስ ፡ ብዓረብ ፡ ዝመጻእና ፡ አዝማድ ፡ መሐመድ ፡ ኢና ፣ » ይሎም ፡ ይ
ሕስዉ ።

ላቼን ፡ ድማ ፣ እኒ ፡ ዐዲ ፡ ላቼን ፡ ገዛ ፡ ደቂ ፡ ስኖምኒ ፡ ናብ ፡ ጸዐዘ 11.
ጋ ፡ ደቂ ፡ ሌዊ ፡ እዮም ፣ ይበሀል ። ገሊኦም ፡ ድማ ፣ « ጻውራ ፣ እኒ ፡ ገዛ ፡ 12.
ስርንስር ፡ አስመራ ፣ ካብ ፡ ዘርኢ ፡ ሌዊ ፣ አሕዋት ፡ ሰብ ፡ ሃም ፡ እዮም ፤ »

13. ዝብሉ ፡ አለዉ ። ዛውለ-ኽልከልቲ ፡ ኸአ ፡ ሕጂ ፥ « ንሕና ፡ ዐሌት ፡ ሌዊ ፡
ኢና ፥ » ይብሉ ።

33. ተረፍ ፡ በለውን ፡ ከለውን ።

1. ሕጂ ፡ ኸአ ፡ ኻብ ፡ በለው-ከለው ፡ ዝተረፈ ፡ ናብዚ ፡ ምድርዚ ፡ ሐያ
2. ሎ ፡ አለዉ ። ካብአም ፡ ብዘለዉ ፡ ዐዲ ፡ ናይብኒ ፥ ሕውስዋስ ፡ ድማ ፡ ኸ
ም ፡ ቤት ፡ ምኻእ ፥ ገለ ፡ ናብ ፡ ወኸ-ድባ ፥ ገዛ ፡ ምናሰ ፡ እትባህሉ ፥ ገለ ፡
ኸአ ፡ ናብ ፡ አብረሸቅ ፥ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ደቂ ፡ ሸሃይ ፥ ባርያ ፡ ድማ ፥ እኒ ፡
አጃን ፡ ሐላንጋን ፥ ዝበሃሉ ፡ ህዝቢ ፥ ሐያሎ ፡ ኸአ ፡ ኻልእ ፡ አብ ፡ ሐያ
ሎ ፡ ስፍራ ፡ አለውዎም ።
3. እዞም ፡ ካብ ፡ ዘርኢ ፡ ደግያት ፡ ድዕቡል ፡ ከአ ፥ ሐውያ ፡ ዝበሃሉ ፡
ናብ ፡ ዝባን ፡ ጐሕጭዓ ፥ « ተረፍ ፡ ሰብ ፡ በለው ፡ እዮም ፥ » ይብልዎም ።

34. መርገም ፡ ደቂ ፡ ሸሃይ ።

1. ደቂ ፡ ሸሃይ ፡ ከአ ፡ ቐደም ፡ ዐበይቲ ፡ ነበሩ ፥ ካብኡ-ኻብኡ ፡ ብዛዕባ ፡
ኽንቲባ ፡ ጠርቃይ ፡ አልዒልና ፡ እንተ ፡ ሰሜና ።
2. ብዘበኖም ፡ አውና ፡ ፈልቆስ ፡ አብ ፡ በረኻ ፡ ደቂ ፡ ሸሃይ ፡ ኰይኖም ፡
3. የሕርሱ ፡ ነበሩ ። ሐደ ፡ እዋን ፥ ማሽልአም ፡ ግርም ፡ ቈድያትሎም ፡ ከላ ፥
ከንቲባ ፡ ጠርቃይ ፡ ከአ ፡ ሰበምኒ ፡ ማሎምኒ ፡ አኺቦም ፥ ከይዶም ፡ ሐመ
ድ ፡ ገበርዋ ። አውና ፡ ፈልቆስ ፡ ከአ ፡ ንአምኒ ፡ ንዐሌቶምኒ ፡ ረገሞም ፥
4. ዐጾም ፡ ሐዲጎምሎም ፡ ከዱ ። ካብኡ ፡ ደቂ ፡ ሸሃይ ፡ እናሐመቑ ፥ ዐራቶ
ም ፡ አብ ፡ ካልእ ፡ ሐለፈ ።
5. ብዝተረፈ ፡ ዛንታ ፡ አውና ፡ ፈልቆስ ፡ አብ ፡ ገድለ ፡ ኣቡነ ፡ ፊልጶስ ፡
ተጽሒፉ ፡ አሎ ።

35. ወለዶ ፡ ሰብ ፡ ዛግር ።

1. እዞም ፡ ዛግር ፡ እትባህሉ ፡ ኸአ ፡ በቲ ፡ ኻብ ፡ ጥንቲ ፡ ዘርአም ፡ ካብ ፡
2. አድያቦ·ሽሬ ፡ እዮም ፥ ደቂ ፡ ኻም ። ካብ ፡ ወለዶም ፡ እቲ ፡ ቕድም ፡ አብ

ዚ ፡ ምድሪ ፡ ዝአቶ ፡ ዐቢ፟ ፡ እዩ፟ ፤ ነሱ፟ ፡ ኸአ ፡ ወዲ፟ ፡ ሰመረ ፡ እዩ፟ ፥ ሰመረ ፡
ኸአ ፡ ወዲ፟ ፡ ኸዳኒ ፥ ከዳኒ ፡ ኸአ ፡ ወዲ፟ ፡ ዘርአ-ብሩኽ ። ገለ ፥ « እዚ ፡ ዘር 3.
አ-ብሩኽዚ ፡ ኻብ ፡ ምስሪ ፡ መጺኡ ፡ ነበረ ፥ » ገለ ፡ ኸአ ፥ « ዘርአ-ብሩኽሲ ፥
አቡ፟ኡ ፡ ሐጸይ ፡ ገረ-መስቀል ፡ እዩ፟ ፥ » ይብሉ ። ካልእ ፡ ሰብ ፡ ግና ፥ « እ
ዚ ፡ ዅሉ፟ ፡ ደርፎም ፡ ጥራይ ፡ እዩ፟ ፥ » ይብሉ ።

ዐቢ፟ ፡ ኸአ ፡ ምስ ፡ አሕዋቱ ፡ ተብእሹ ፥ ኩብ ፡ ዐዱ፟ ፥ ካብ ፡ አድያቡ ፥ 4.
ወጺኡ ፥ አብ ፡ ጽ፟ልማ ፥ አብ ፡ አማድር ፥ ሰፊሩ ፡ ነበረ ፤ ናብኡ ፡ ገለ ፡ ሰ
ቡ ፡ እ፟ተቐብሩሉ ፡ ስፍራ ፡ ኸሳዕ ፡ ሕጂ ፡ « መቓብር ፡ ዐቢ፟ ፡ » ይበ፟ሀል ።
ነሱ፟ ፡ ግና ፥ ካብአ ፡ ምስ ፡ ወጸ ፥ ብዐዲ፟ ፡ ንአም፟ን ፡ አቢ፟ሉ ፥ ብጐሪታት ፡ 5.
ጌሩ ፥ ንባሕሪ ፥ እንዳባ፟-ማይታን ፥ ወረደ ። አባ፟ ፡ ማይታን ፡ ድማ፟ ፡ ሸው ፡
ሐሊፎም ፡ ነበሩ ። ዐቢ፟ ፡ ኸአ ፡ ሐያ፟ሎ ፡ እዋን ፡ አብኣ ፡ ደቐ፟ሰ ። ድሕርዚ ፡ 6.
ኻብኣ ፡ ኸአ ፡ ወጺኡ ፡ ናብ ፡ ዛግር ፡ አቶ ፤ ናብኣ ፡ ኸአ ፡ ተቐመ፟ጠ ። – –

ሸዐ ፡ ምሸት ፡ ዛግረቻ፟ይ ፥ አብ ፡ ዅዶ ፡ ኹይኑ ፡ እንተ ፡ አማዕዶ ፥ 7.
ኣብ ፡ ገረሚ ፡ ሐዊ ፡ ርኤ ፤ ዐዲ፟ ፡ ኸም ፡ ዝኸነ ፡ ኸአ ፥ ፈለጠ ። እሞ፟ ፥ ናብ 8.
ኡ ፡ ኸይዱ ፥ « ሐዊ ፡ አጥመኒ፟ ፥ » ይሉ ፡ ለመ፟ነ ። ገረመቻ፟ይ ፡ ግና ፡ ኸል
አ ። ሸው ፡ « እሞ፟ ፥ አስሕኑኒ ፡ እኺ፟ ፥ » ይሉ ፡ ናብቲ ፡ መጋርያ ፡ ቐረበ ።
እና፟ሰሓነ ፡ ኸአ ፥ ነቲ ፡ ኸዳኑ ፡ ናብ ፡ ሐዊ ፡ አንከሶ ፤ እሞ፟ ፥ « ደሐን ፡ ሕ
ደሩ ፥ » ይሉ ፡ ኸደ ። ዛግረቻ፟ይ ፡ ከም፟ዚ ፡ ጌሩ ፡ ሐዊ ፡ ኻብ ፡ ገረመቻ፟ይ ፡ 9.
ሰረቐ ። – –

ዐቢ፟ ፡ ንሰለስተ ፡ ወለደ ፥ ሰመረን ፡ ፍርንከኤልኒ ፡ አፍደዮምኒ ፡ እተ፟ 10.
ባህሉ ። ካብኦም ፡ አፍደዮም ፡ ዝፈረዮም ፡ በርሒት ፡ ዝበ፟ሃሉ ፡ ዐሌት ፡ 11.
አስላም ፡ እዮ፟ም ። ዘርኢ ፡ ፍርንከኤል ፡ ድማ፟ ፥ ገለን ፡ አብ ፡ ዛግር ፥ ገለ
ን ፡ አብ ፡ ጕሪታት ፡ አለ፟ዉ ። እቲ ፡ በዅሪ ፡ ሐዎም ፡ ከአ ፥ ሰመረ ፡ ዝበ፟ 12.
ሀል ፥ ንተኸላይኒ ፡ ንዘርኣይኒ ፡ ወለደ ። ካብኦም ፡ ዘርኣይ ፡ ዝፈረዮም ፡
አብ ፡ ዛግር ፡ አለ፟ዉ ፤ ካብ ፡ ደቂ፟ ፡ ተኸላይ ፡ ግና ፡ ብገ፟ዳይኒ ፡ ብገምያን ፡
እ፟ተባህሉ ፡ ናብ ፡ ጩዓረሺ ፡ ኸዱ ። ብገ፟ዳይ ፡ ድማ፟ ፡ ንሸድ፟ሸተ ፡ ወለደ ፤ 13.

ሓዲኦም ፡ ከኣ ፥ ገረ-ኽስቶስ ፡ ዝሸሙ ፥ ካብ ፡ ዘርኡ ፡ ኣብ ፡ ጨዓረኸን ፡
14. ኣብ ፡ ጕሪታትኒ ፥ ገለ ፡ ኸኣ ፡ ናብ ፡ ዛግር ፡ ተመልሾም ፡ ኣለ፟ዉ ። ብገም
ያ ፡ ኸኣ ፡ ዘርኢ ፡ ዘይብሉ፟ ፡ ጠፍኤ ።

## 36. ካልኣት ፡ ህዝቢ ፡ ኻብ ፡ ዩቒ፟ ፡ ኻም ።

1. እዞም ፡ መስፍንቶ ፡ ዝበ፟ሃሉ ፥ ኣብ ፡ ካርንሽ፟ም ፡ ዘለ፟ዉ ፡ ደቒ፟ ፡ ኻም ፡
ብፍ፟ላይ ፡ ካብቲ ፡ ናይ ፡ ቀደም ፡ ቤተ-መንግስቲ ፡ እዮ፟ም ፥ ኣሕዋት ፡ ንግ
2. ስቲ ፡ ኣዜብ ፥ ኣኾ፟ታቱ ፡ ንንጉስ ፡ ምለሊኽ ፡ ቀዳማይ ። እቲ ፡ ፈራይኦም ፥
መስፍንቶ ፥ ኣበ፟ ፡ ኣጋቦስ ፡ እዩ ፤ እዚ ፡ ኣጋቦስዚ ፡ እዩ፟ ፡ ንእቴገ ፡ ማኼዳ ፡
ዝወለዳ ፥ ይብልዎ፟ ።

3, 4. ገዛ ፡ ደጎ፟ ፡ ኸኣ ፡ ናብ ፡ እምባ-ደርሆ ፥ ዘርኢ ፡ ኻም ፡ እዮ፟ም ። ከምኡ ፡
ድማ፟ ፡ ደቒ፟ ፡ ኣግነ ፡ እተ፟ባህሉ ፡ ናብ ፡ እገ፟ላ ፥ እኒ፟ ፡ ጕራዕ ፥ እኒ፟ ፡ ኸር-ባር
5. ያ ፥ እኒ፟ ፡ ኣውልዕ-ጸሩ ። እዞም ፡ ሮብራ ፡ ዝበ፟ሃሉ ፡ ኸኣ ፥ ደቒ፟ ፡ ሰምበቱ ፡
ኻብ ፡ ዘርኢ ፡ ወረደ-ምሕረት ፥ ዐሌት ፡ ካም ፡ እዮ፟ም ፤ ኣሕዋቶም ፡ ከኣ ፡
ኣለ፟ውዎ፟ም ፥ ደቒ፟ ፡ ስሞ፟ ፡ ናብ ፡ ዐጋሜ ።

II.

# ሾብዐተ ፡ ደቂ ፡ አተሸም ፥ ሳምናይ ፡ ሙሳ ።

## ሕዝባይ ፥ ፈዳይ ፡ ሕነ ። 37.

ሕዝባይ ፡ ቅድም ፡ ምስ ፡ ሐዉ ፥ ምስ ፡ ሐደምበስ ፥ አብ ፡ ዃንደባ ፡ 1.
ነበረ ። ነሱ ፡ ጓል ፡ ደቂ ፡ ሸሃይ ፡ አእቶ ፥ ካብ ፡ ዐዲ ፡ ዘኽስቶስ ፡ ዝበሃሉ ።
አብኡ ፡ ኸአ ፡ ንቕሩብ ፡ እዋን ፡ ተቐሚጡ ፡ ኸሎ ፥ አቶም ፡ እንዳ ፡ አሕ 2.
ሙኡ ፡ ምስኡ ፡ ብገለ ፡ ነገር ፡ ባእሲ ፡ ገበሩ ፤ እሞ ፥ ከትኪቶም ፥ « ሞይ
ቱ ፥ » ይሎም ፥ አብ ፡ ዱር ፡ ሐቢአምዎ ፡ ዐዱም ፡ አተዉ ። ሐንቲ ፡ ባር 3.
ያ ፡ ኸንቲባ ፡ ሐንስ ፡ ከአ ፡ ምስ ፡ ሐያሎ ፡ ብጮታ ፡ ኾይና ፡ ናብ ፡ ምፋ
ር ፡ ዕጨይታ ፡ ረኸበቶ ። ነሱ ፡ ኸአ ፥ « ኪዲ ፥ አውይይለይ ፥ » የላ ። ከ
ንቲባ ፡ ሐንስ ፡ ድማ ፡ ብአውያት ፡ መጺኦም ፥ አልዒሎም ፡ ዐዱም ፡ አእተ
ውዎ ። ካብኡ ፡ ቤተ-ሰቡ ፡ ኻብ ፡ ዃንደባ ፡ መጺኦም ፥ ንሕዝባይ ፡ ሕጆ 4.
ም ፡ ዐዱም ፡ ተመልሱ ።

ድሕርዚ ፡ ሕዝባይ ፥ ምስ ፡ ሐዌ ፥ ናብ ፡ ንጉስ ፡ ንዐደምሓራ ፡ ኸደ ፥ 5.
መታን ፡ ንደቂ ፡ ሸሃይ ፡ ሕነ ፡ ኽፈዲ ። አብ ፡ ጐንደር ፡ ክልተ ፡ ዓመት ፡ 6.
ተቐመጠ ፥ ደገ ፡ ንጉስ ፡ ክጻንዕ ። አብኡ ፡ ንሐንቲ ፡ አምሓረይቲ ፥ በዓ
ልቲ ፡ ጐንደር ፥ አጥነሳ ። ካብኡ ፡ ኽብገስ ፡ ከሎ ፡ ኸአ ፥ ብዙሓት ፡ ሰራ 7.
ዊት ፡ ካብ ፡ ንጉስ ፡ ተቐቢሉ ፥ ነታ ፡ ሰበይቲ ፡ የላ ፤ « ንምልኽት ፡ ክትከ
ነኺ ፥ ምስ ፡ ወለድኪ ፥ እንኪ ፡ እዛ ፡ ቐለቤትዚአ ፤ ንአ ፡ ሕድኪ ፡ ናብ ፡

ሐማሴን ፡ ምጺ ፥ እንዳ ፡ ኸንቲባ ፡ ሓን፟ስ ፡ ይልኪ ፡ እተዊ ፤ ነሰ፟ም ፡ ከአ ፥
እዛ ፡ ቐለቤት ፡ ምስ ፡ ረአዩ ፥ ይቕበ፟ሉኺ ፡ እዮ፟ም ፥ » ይሉ ፡ ተላበዋ ።
8. ብድሕርዚ ፡ ሰራዊቱ ፡ ሕጁ ፥ ብዋልቃይት ፡ አበ፟ሉ ፡ ኸዱ ፤ እሞ፟ ፥
9. ንደቂ፟ ፡ ሸሃይ ፡ ከቢብዋ፟ ፡ ሐደረ ። ካብኡ ፡ ባዕሉ ፡ ፈላሲ ፡ ተመሲ፟ሉ ፡ ማ
10. እከል ፡ ዐዲ፟ ፡ እንዳ ፡ እታ ፡ መርዓቱ ፡ አቶ ። አብኡ ፡ ኸፍ ፡ ይሉ ፡ ኸሎ ፥
መሰንቆ ፡ ዝሀርሙ ፡ ሰምዔ ። ነታ ፡ ሰበይቲ ፡ ኸአ ፥ « እምቤተይ ፤ ሐንሳ
እ ፡ እንዶ ፡ ነዚ ፡ መሰንቆ ፡ አይትልሞ፟ናለይኒ ፤ » የላ ። ነሳ፟ ፡ ኸአ ፡ ሕራ፟
ይ ፡ ይላ ፡ አምጽአትሉ፟ ። ሸው ፥ ፈለማ ፡ ከቓ፟ንዩ ፡ ኸሎ፟ ፡ ጀሚ፟ራ ፥ ንብዓ
11. ት ፡ ሰዓራ ። እቶም ፡ አብኡ ፡ ዝነበሩ ፡ ሰባት ፥ « አቲ፟ ፤ እንታይ ፡ ኴን
ኪ ፤ » እንተልዋ፟ ፥ « እዚ ፡ አደራድራዚ ፡ አደራድራ ፡ ሕዝባይ ፡ ወዲ፟ ፡
ዛኖይ ፡ ደአ ፡ ጥዒሙኒ፟ ፥ » የለቶ፟ም ። ሰብ ፡ ደቂ፟ ፡ ሸሃይ ፡ ግና ፥ ከም ፡ ዝ
12. ቐተልዎ፟ ፡ መሸልዎ፟ም ፥ « ቀደም ፡ ዝሞተ ፥ » ይሎም ፡ ሰሓቕዋ፟ ። ደሐ
ር ፡ ግና ፡ ሕዝባይ ፡ ንበይና ፡ ጌሩ ፡ ኹሉ፟ ፡ ነገራ ፤ ኪዳን ፡ ድማ፟ ፡ አእተ
ዋ ፤ ከምዚ ፡ ይሉ ፡ ኸአ ፡ ተላበዋ ፤ « ጽባሕ ፡ ጸሓይ-በርቃሕ ፡ አብዛ ፡ ል
ዕሊ ፡ ቤትኪ ፡ ፈልፈል ፡ እች፟ብል ፡ ጩርቂ ፡ ብነዊ፟ሕ ፡ ዕጬይቲ ፡ ጌርኪ ፡
ትኸሊ ፤ ሸው ፡ ንአኽን ፡ ንቤትክን ፡ ሐዲግ ፡ ነዛ ፡ ዐዲ፟ ፡ ሐመድ ፡ ከልሕ
ሳ ፡ እየ፟ ፥ » ይልዋ፟ ፡ አብ ፡ ሰራዊቱ ፡ ተመልሰ ።
13. ካብኡ ፡ ንግሆ ፡ ሕዝባይ ፡ ምስ ፡ ሰራዊቱ ፡ ኾይኑ ፡ ንደቂ፟ ፡ ሸሃይ ፡
ሰቦምኒ ፡ ማሎምኒ ፡ ኹትር ፡ አበ፟ሎም ። ሐንቲ ፡ ጥንስቲ ፡ ሰበይቲ ፡ ተረ
ፈቶ፟ ፤ እቲ ፡ ነሳ፟ ፡ ዝወለደቶ፟ ፡ እዩ፟ ፡ ነዞም ፡ ሕጂ ፡ ዘለ፟ዉ ፡ ደቂ፟ ፡ ሸሃይ ፡ ዝ
14. ፈረ ። ሕዝባይ ፡ ግና ፡ ምስአም ፡ ተላኻኺሙ ፡ አብኡ ፡ ሞተ ።
15. ቀድሚ ፡ ሞቱ ፡ ግና ፡ ምስታ ፡ አምሓረይቲ ፡ ዝገበሮ ፡ ኹሉ፟ ፡ ንኸ
16. ንቲባ ፡ ሐን፟ስ ፡ ነጊርዎ፟ም ፡ ነበረ ። ዳሕራይ ፡ እዋን ፡ እታ ፡ አምሓረይቲ ፥
ወዳ፟ ፥ አተሸ፟ም ፥ ምስ ፡ ጐበ፟ዘ ፥ ሕጃቶ፟ ፥ እና፟ሐተተት ፥ አብ ፡ ከንቲባ ፡ ሐ
17. ን፟ስ ፡ መጸት ። ደሐር ፥ ከምታ ፡ ሕዝባይ ፡ ዘላ ፥ ነታ ፡ ቐለቤት ፡ ሃበቶ፟ም ።
18. ነሰ፟ም ፡ ድማ፟ ፥ « መማን ፡ ወድና ፥ » ይሎም ፡ ተቐበ፟ልዋ፟ ። አተሸ፟ም ፡ ከ

ኣ ፥ ክሳዕ ፡ ዝዐቢ ፥ ኣብ ፡ እንዳ ፡ ኸንቲባ ፡ ሐንስ ፡ ነዊሕ ፡ ዘበን ፡ ነበረ ።
ከንቲባ ፡ ሐንስ ፡ ከአ ፡ ኸም ፡ ወጁም ፡ ጌሮም ፡ ኣመንዎ ።

## ሰሪ ፡ ሰይቲ ፡ ኸንቲባ ፡ ሐንስ ። 38.

እንተ፡ኸነ ፥ 1.

ሀላይ ፡ ሰበይቲ ፤
ቤታ ፡ ተፍርስ ፤

ከም ፡ ዝበሀል ፥ ሰይቲ ፡ ኸንቲባ ፡ ሐንስ ፡ ገፋዒትኒ ፡ ዐማጺትኒ ፡ ኾነ
ት ፤ እሞ ፥ ኣተሸም ፡ ከአ ፡ ብኽፍኣታ ፡ ኻብኡ ፡ ወጸ ። ከመይ ፤ — ነሰን ፡ 2.
ካብቶም ፡ ስድራ ፡ ቤተን ፡ ዝመጸ ፡ ሰፍኢ ፥ ስጕርፍኦ ፥ ሌማት ፥ ጻሕሊ ፡
መሳሊ ፥ ናብ ፡ ቤተን ፡ ኣኸብአ ። ድሕርዚ ፡ ኣንስቲ ፡ ዘበላ ፡ ብሐንሳእ ፡ 3.
መኺረን ፥ ንሰብኡተን ፥ ሓደ ፡ መጺኡ ፥ « ምስሔይ ፥ » እንተቶላ ፥ « እንካ ፡
ናብ ፡ ክዳንካ ፥ » ትበሎ ፥ ይለን ፡ ቄረጻ ። ሰብኡት ፡ ዘበሉ ፡ ኸአ ፥ ብሐን 4.
ሳእ ፡ ኣብ ፡ ባይቶ ፡ ምስ ፡ ተኣከቡ ፥ ሓደ ፡ ኻብኦም ፡ ከምዚ ፡ ይሉ ፡ ተዛ
ረበ ፤ « ኣታ ፤ ሎምስ ፡ እምበር ፡ ዘይርኹብ ፡ ረኸብኩ ፤ መጺኤ ፡ ንሰበይ
ተይ ፥ ምስሔይ ፥ እንተልክዋስ ፥ እንካ ፥ ሐወይ ፥ ኣብ ፡ ክዳንካ ፥ የለትኒ ፤
ኣቲ ፥ ኣብ ፡ ሰፍኢ ፡ ዘይትገብርለይ ፥ እንተልክዋስ ፥ እንዳ ፡ ኸንቲባ ፡ ተ
ሪፉ ፥ የለትኒ ፤ ጸብሒ ኸ ፡ ዘይትገብርልና ፥ እንተልክዋ ፡ ኸአ ፥ ጻሕልስ ፡
እምበር ፡ እንዳ ፡ ኸንቲባ ፡ ተሪፉ ፥ የለትኒ ፥ » የሎም ። ኸዑ ፡ እቶም ፡ ሰ 5.
ብኡት ፡ ብሐንሳእ ፡ ኰይኖም ፥ « እዚኣስ ፡ ንኹላትና ፡ እያ ፥ » ይሎም ፡
ሐቢሮም ፡ ጕሃዩ ። ከምዚ ፡ ይሎም ፡ ከአ ፡ ተማኸሩ ፤ « ኣታ ፤ ብጀካ ፡ ዐ
ጆም ፡ ሐዲግናሎም ፡ ምኻድ ፡ ካልእ ፡ ዘዋጽኣና ፡ የልቦን ፥ » የሉ ።

ብድሕርዚ ፡ ኸንቲባ ፡ ሐንስ ፥ ግብርን ፡ ፈሰስኒ ፡ ኸውጽኡ ፥ ንባሕ 6.
ሪ ፡ ወረዱ ፤ ንኣተሸም ፡ ከአ ፡ ምቕማጥ ፡ ሐደግዎ ። ኸው ፡ ኣተሸም ፡ በ 7.
ቶም ፡ ገባር ፡ ተሐቢሉ ፥ « ሎሚ ፡ እዩ ፡ ዝቕንዐኒ ፥ » ይሉ ፥ ናብ ፡ ገረና ፡

8. ናይ ፡ ጭራ-ዅርሁራ ፡ ሸፈቱ ፥ « አንግዐለይ ፥ » የለ ። ካብኡ ፥ ከንቲባ ፡
ሐንስ ፡ አብ ፡ መለንጎ ፡ ናብ ፡ ባሕሪ ፡ ኸለዉ ፥ ሓደ ፡ ኻብ ፡ ቤቶም ፡ ከይ
ዱ ፡ እዚ ፡ ወሬዚ ፡ ነገሮም ። ነሶም ፡ ከአ ፥ እዚ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፥ ካብዶም ፡
ተቐርጮም ፥ ብኻሂ ፥ አብኡ ፡ ኸለዉ ፥ ተኸኽ ፡ ይሎም ፡ሞቱ ።

39· ምእታው ፡ አተሸም ፡ አብ ፡ ዐዲ ፡ ቼንጺ ።

I. አተሸም ፡ ቀድም ፡ አብ ፡ ገረና ፡ ተቐመጠ ፥ አብቲ ፡ ታቦተ-ምንኪኤ
ል ፡ ዘለዎ ፡ ቤተኽስያን ። ደሐር ፡ ነቲ ፡ ታቦት ፡ ሕጁ ፡ ናብ ፡ ስብጣ ፡ ቐ
2. ረበ ። ኣቶ ፡ እናተባህለ ፡ ኸአ ፥ እቲ ፡ ሸመት ፡ ከንቲባ ፡ ሐንስ ፡ አብኡ ፡
ሐለፈ ።
3, 4· አተሸም ፡ አብ ፡ ስብጣ ፡ ኸሎ ፥ ቤተኽስያን ፡ ክሰርሕ ፡ ደለ ። « አብ
ዚ ፡ ስፍራዚዶ ፡ ኽሰርሕ ፤ » ይሉ ፡ ነባ ፥ ናፍር ፡ ግብጻዊ ፡ ሐተቶም ። ነ
ሶም ፡ ከአ ፥ « አብቲ ፡ ኽትሰርሐሉ ፡ እትደሊ ፡ ላም ፡ ሕረድ ፥ » የልዎ ፤
5· እሞ ፥ ናብኡ ፡ ላም ፡ ክሐርድ ፡ አምጽኤ ። ምስ ፡ አኸስተንዋ ፡ ኸአ ፥
ሙማት ፡ አብያ ፥ ፈንጺጋ ፡ ገለበት ። ደሐር ፥ ደድሕሪኣ ፡ እ'ንተ ፡ ሰዓብ
ዋ ፥ ናብዛ ፡ ሎሚ ፡ ቤትኽስያን ፡ ዐዲ ፡ ቼንጺ ፡ ተሰሪሓትላ ፡ ዘላ ፡ መኻ
6. ን ፡ ወደቐት ። አባ ፡ ናፍር ፡ ከአ ፥ « እምብኣረይሲ ፥ አብዛ ፡ ላም ፡ ዝወ
7· ደቐትላ ፡ ስራሕ ፥ » የልዎ ። ሽዑ ፡ አተሸም ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡ ቼንጺ ፡ ገዓዘ ፤
8. ነቲ ፡ ታቦት ፡ ቅዱስ ፡ ምንኪኤል ፡ ተማሊኡ ፡ ቤተኽስያን ፡ ሰርሐሉ ።
አባ ፡ ናፍር ፡ ድማ ፥ « እዚ ፡ ጐልጐልዚ ፥ ነስኻን ፡ ደቅኻን ፡ ደቅ-ደቅኻን ፡
ክትመልእዎ ፡ ኢኹም ፥ » ይሎም ፡ ተነበዩሉ ።
9· እቶም ፡ ቀድሚ ፡ አተሸም ፡ አብኡ ፡ ዝነበሩ ፡ ህዝቢ ፡ አስላም ፡ እ
ዮም ፥ ካብ ፡ ዘርኢ ፡ አስምዔል ፤ ፈራይኦም ፡ ድማ ፡ ዓሊ ፡ ቕንጹብ ፡ እ
ተባህለ ፡ እዩ ፤ ስለዚ ፡ ዐዲ ፡ ቼንጺ ፡ ባህለት ፥ ዐዲ ፡ ዓሊ ፡ ቕንጹብ ፡ ባህ
ለት ፡ እዩ ።

አተሽም ፡ ከአ ፡ ናብኡ ፡ ንብር ፡ ኔሩ ፥ አብ ፡ ቀጽሪ ፡ እቲ ፡ ባዕሉ ፡ 10.
ዘስርሖ ፡ ቤተኽስያን ፡ ተቐብረ ።

## « ምውጻእ ፡ ሰብ ፡ ሰራየ ። » 40.

ብዘበን ፡ አተሽም ፡ ከምዚ ፡ ኾነ ፥ ይበሀል ። 1.
ሰብ ፡ ሰራየ ፥ ስዋን ፡ ሽሮን ፡ ምስ ፡ ጸገቡ ፥ « ንዑናይ ፡ ንሐማሴን ፤ ሰ 2.
ቦምኒ ፡ ማሎምኒ ፡ ንዝመት ፥ » የሉ ። ንሐድሕዶም ፥ « ሕራይ ፥ ሐቖኹ
ም ፥ » ይሎም ፡ ናብ ፡ ዘመተ ፡ ተበገሱ ። ሰብ ፡ ሐማሴን ፥ አሕአም ፡ ከብ 3.
ልዐ ፥ እኽሎም ፡ ክዘርኡ ፥ ናብ ፡ ባሕሪ ፡ ወሪዶም ፡ ነበሩ ። አብ ፡ ስብጣ ፡ 4.
አብ ፡ ሰፈር ፡ አተሽም ፥ « ሰራየ ፡ ኽዘምቱኹም ፡ ይመጹ ፡ አለዉ ፥ » ዝ
ብል ፡ ወረ ፡ ተሰምዔ ። ሽዑ ፡ አተሽም ፡ ስሳን ፡ መርዐውተ ፡ ስሳን ፡ አዕ
ሩኽ ፡ አኪቡ ፥ ሴፍ ፡ ዘለዎ ፡ ሴፉ ፡ ሕጁ ፥ ጕራደ ፡ ዘለዎ ፡ ጕራዲኡ ፡ ዐ
ጢቑ ፥ በዓል ፡ ኩናት ፡ ኩናቱ ፡ ሕጁ ፥ በዚ ፡ ኽምዚ ፡ ጌሮም ፥ ተሰሊፎ
ም ፡ ጸንሕዎም ። ሰብ ፡ ሰራየ ፡ ኽአ ፥ ምሌን-ሰገደ ፡ ዝዋንአም ፥ አብ ፡ ዕ 5.
ጡቕ ፡ ጭፍራ ፡ ወደቑ ፥ « ደሐን ፡ አሎና ፥ » ኽብሉ ።፤አብ ፡ ጥቓ ፡ ዐድ- 6.
ተኽላይ ፡ ተዋጊአም ፥ ሰራየ ፡ ተሳዕሩ ። እታ ፡ መኻን ፡ ከአ ፡ ኽሳዕ ፡ ሎ
ሚ ፡ « ምውጻእ-ሰብ-ሰራየ ፡ » ትበሀል ፡ አላ ።
ካብዛ ፡ ዘልናያ ፡ መኻን ፡ ክሳዕ ፡ ዐደባ-ዝሐንስ ፡ ሀደሙ ። እንተኾ 7, 8.
ነ ፡ ሰበረ ፡ ኾሎ ፡ ግዜ ፡ ዕዩኡ ፡ አይሐድግኒ ፤ እሞ ፥ እቶም ፡ ስድራ ፡ አ
ተሽም ፡ ክሳድ ፡ ሕጆም ፡ ከረፍዎም ። አብኡ ፡ ሰብ ፡ ሰራየ ፡ ብድሕሪት ፡ 9.
እምበር ፥ ብቕድሚት ፡ ከይፈርሁ ፡ ኽለዉ ፥ ሓደ ፡ ኻብቶም ፡ ጸላእቶም ፡
ንሓደ ፡ ቼሎ ፡ ሰኒቑ ፡ ዝነበረ ፡ ሰብአይ ፡ ብኹናት ፡ ወግአ ። እቲ ፡ ብጫ 10.
ዩ ፡ ኽአ ፥ « ደሐንዶ ፥ አቻ ፤ » ይሉ ፡ ሐተቶ ። ነሱ ፡ ኽአ ፥ « አነስ ፡ ደሐ
ን ፥ እንተኾነ ፡ ቼሎይ ፡ ተኾዕዩ ፥ » የለ ። ስለዚ ፡ እታ ፡ መኻን ፡ « ምኾ 11.
ዓው-ቼሎ ፡ » ተባህለት ።

12. ሰብ ፡ ሰራየ ፡ ኸአ ፡ አብኣ ፡ መላስ ፡ ኣውያት ፡ ዘይብሎም ፡ ተኹስ
ተሩ ። አተሸም ፡ ምስ ፡ ስድርኡ ፡ ብላዕሊ ፡ ኹይኖም ፥ ሓደ ፡ ኸየትረፉ ፥
ወዲኣምዎም ፡ ነዐዶም ፡ ተመልሱ ።

## 41. ደቂ ፡ አተሸም ።

1. አተሸም ፡ ከአ ፥ ሐንቲ ፡ ሰበይቲ ፡ ጥራይ ፡ ነበረቶ ። ነሳ ፥ ንተስፋ-ጼ
2. ን ፡ ጥራይ ፡ ምስ ፡ ወለደት ፥ መኸነት ። ደሐር ፡ ሓደ ፡ ግዜ ፡ ናብ ፡ መገ
ሸአ ፥ ብዙሓት ፡ አኽላባት ፡ ኰይኖም ፡ ንሓደ ፡ ኸልቢ ፡ ኸንጸጽውዎ ፡
3. ርኤት ። በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፥ ወዳ ፡ ሓደ ፡ ስለ ፡ ዝኾነ ፥ ጕሂት ። ዐዳ ፡ ም
ስ ፡ ተመልሰት ፡ ከአ ፥ ንሰብኣያ ፡ ብዙሕ ፡ ለመነቶ ፥ ሐንቲ ፡ ሰበይቲ ፥ ሐ
4. ምዳ ፡ እትባህለት ፥ ነበረት ፡ እሞ ፥ « ካብኣ ፡ ውለድ ፥ » ይላ ። ነሱ ፡ ኸአ ፡
ኸም ፡ ቃል ፡ ሰበይቱ ፡ ጌሩ ፥ ንሐምዳ ፡ ኻብ ፡ ምእራይ ፡ ዘዕንቲ ፡ አም
ጺኡ ፡ አእተዋ ፤ እሞ ፥ ካብኣ ፡ ሸዱሽተ ፡ አወዳት ፡ ወለደ ። ሸሞም ፡ ከ
አ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፥ አብርሃም ፥ ብሽም ፡ ፈረሱ ፡ ራውያ ፡ እተባህለ ፥ ብሩሕ ፥
5. መንቈሮስ ፥ ዘርጠናይ ፥ ያዕቆብ ፡ እዮም ። ድሕሪ ፡ ሹሎም ፡ ከአ ፡ ንሙ
6. ሳ ፡ ኻብ ፡ ሐንቲ ፡ አስላመይቲ ፡ ወለዶ ። እቶም ፡ «ሾብዐተ ፡ ደቂ ፡ አተሸ
ም ፥ ሳምናይ ፡ ሙሳ ፥ » እዚኣቶም ፡ እዮም ።
7. ተስፋ-ጼን ፡ ከአ ፡ ድሕሪ ፡ ሞት ፡ አቡኡ ፡ ናብ ፡ ልዕሊ ፡ ሹሎም ፡
አሕዋቱ ፡ ኸም ፡ ዐብን ፡ ሹምኒ ፡ ነበረ ። ነሱ ፡ ኻብ ፡ ዐዲ ፡ ቼንጺ ፡ ወጺ
ኡ ፡ ሀዚጋ ፡ አቶ ፤ አብኡ ፡ ኹይኑ ፡ ኸአ ፡ ንዐገባን ፡ ዘርኣይኒ ፡ ተኸለን ፡
8, 9. ሚናብኒ ፡ ወለደ ። ገረ-ኽስቶስ ፡ አብ ፡ ጻዕዳ-ኽስታን ፡ ተቐመጠ ። አብርሃ
ም ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ሕምብርቲ ፡ ደየበ ፤ ካብኡ ፡ ኸአ ፡ ሕምብርቲ ፡ ለቒቒ ፡
10. ናብ ፡ ወኽ-ድባ ፡ ተቐመጠ ። ብሩሕ ፡ ከአ ፡ ቐዲም ፡ አብ ፡ ዐዲ ፡ አጣል ፡
ጥቓ ፡ ዐድ-ንፋስ ፡ መደቐሱ ፡ ገበረ ፤ ደሐር ፥ ሸሀቓይ ፡ ቶርዐቓይ ፡ እናተ
ዋግአ ፥ እናዘመቶ ፥ ምስ ፡ አጽበበሉ ፥ « ወሰን ፡ ኰይኑ ፥ » ይሉ ፡ ናብ ፡
11. አሕዋቱ ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡ ቼንጺ ፡ ተመልሰ ። መንቈሮስኒ ፡ ዘርጠናይኒ ፡ ናብ ፡

እንዳ፡ አቦአም፡ ተቐመጡ። መንቄሮስ፡ ዛቕናይ፡ ነበረ፡ እሞ፥ « ቤተ
ኽስያን፡ አቦና፡ አገልግል፥ » ይሎም፡ አሕዋቱ፡ ኣብ፡ ዐዲ፡ ቈንጺ፡
አቐመጥዎ፤ ዝቕንነት፡ ዛርጠናይ፡ ግና፥ ብርግጽ፡ ኣይሰማዕናዮን። ያ 12.
ዕቆብ፡ ከአ፥ ምንኣስ፡ አሕዋቱ፡ ስለ፡ ዝኾነ፥ ተስፋ-ጼን፥ « እዚ፡ ንእሽ
ቶይ፡ ሐወይሲ፡ ምሳይ፡ ይጽጋዕ፥ » ይሉ፡ ናብ፡ ጥቕኡ፡ ናብ፡ ዐዲ፡
ያዕቆብ፡ አቐመጠ። ሙሳ፡ ኸአ፥ ካብታ፡ አስላመይቲ፡ እተወልደ፥ ና 13.
ብ፡ ዐዲ፡ ሙሳ፡ ተቐመጠ።

## ተስፋ-ጼን፥ እቲ፡ ምሩቕ። 42.

ተስፋ-ጼን፡ በኾረ፡ ቤት፡ እዩ። በዲኡን፡ በቡኡን፡ ብሰይቲ፡ አቡ 1.
ኡን፡ ከአ፡ ምሩቕ፡ ነበረ።

ሓደ፡ ግዜ፥ ነሱ፡ ብንእሽቱኡ፡ ኸሎ፥ አቡኡ፡ ጌና፡ ዐዲ፡ ቈንጺ፡ 2.
ኸይአቶ፥ ብሓደ፡ በዓል፡ እንዳ፡ አተሸም፡ ሐያሎ፡ አጋይሽ፡ አተዉ።
ሽዑ፥ ግብሪ፡ ምስ፡ ወደቐ፥ አተሸም፥ « ኪድ፥ ነጄኻ፡ ሐምዳ፡ ጸውዐ 3.
ያ፥ » ይሉ፡ ለኣኽ። ተስፋ-ጼን፡ ከአ፥ ክጽውዓ፡ ይሉ፥ እትው፡ እንተለ፥
ሰብኣይ፡ ሰሪቓ፡ ጸንሐቶ። ነሱ፡ ኸአ፥ « ተሎ፡ ይጽውዑኺ፡ አለዉ፥ » 4.
ይልዋ፡ ተመልሰ። ነቡኡ፡ ኸይነገረላ፡ ኸአ፥ « ገዮታይ፤ ጥሽ፡ እም
በር፡ ደአ፡ ኽትአቱ፡ ጸኒሓ፡ እያ፥ » ይሉ፡ አመስመሰላ። « ተሎ፡ ሀው 5.
ኻ፥ » ይሉ፡ ካልኣይ፡ ለኣኽ። ነሳ፡ ኸአ፡ ተሀዊኻ፥ ብድድ፡ ይላ፡ መጸ
ት። አብቲ፡ ቤት፡ ግብሪ፡ እትው፡ ክትብል፡ ከላ፥ ደም፡ አብ፡ ሾኾን 6.
ኣ፡ ጥብ፡ የላ። ተስፋ-ጼን፡ ድማ፡ ተሎ፡ ይሉ፡ ብኽዳኑ፡ ድርዝ፡ አበ
ለላ። እሞ፥ እዚ፡ ኸሉ፥ ሰይቲ፡ አቡኡ፡ ኽነሳ፡ እያ፡ እምበር፤ አዲኡ፡ 7.
እንተ፡ ትኸውንሲ፥ እኳ፡ መምሰለ።

ድሕርዚ፡ ነሳ፥ ምስ፡ አቶት፥ ነታ፡ ቕድም፡ እተቐበለታ፡ ቐርኒ፡ 8.
ሜስ፥ እናዘረት፡ አብቶም፡ ዕዱማት፥ « መርቕለይ፥ » ይላ፡ አመረቐ

9. ታ ። ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ አተሽም ፡ ወሲዳ ፡ አመረቐታ ። ሎሎም ፡ ም
ስ ፡ መረቕዋ ፥ ንተስፋ-ጼን ፡ ጸዊዓ ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ አሕዋቱን ፡ አብ ፡ ቅ
ድሚ ፡ አቡኡን ፡ አብ ፡ ቅድሚ ፡ እቶም ፡ ዕዱማትኒ ፥

« እንካ ፡ በል ፥ ወደይ ፡ ብሩኽ ፤
እቶመረቐት ፡ ትብጻሕካ ፤
ልዕሊ ፡ አሕዋትካ ፡ ሕደር ፤ »

10. ይላ ፡ ነታ ፡ ኹሎም ፡ ዝመረቕዋ ፡ ቆርኒ ፡ ሚስ ፡ ሃበቶ ። ነሹ ፡ ኸአ ፡ ተ
ቐቢሉ ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ኹሎም ፡ ሰተያ ።

43. ማርያም ፡ ተስፋ-ጼን ።

1. ተስፋ-ጼን ፡ አብ ፡ ዕዱ ፡ ቤተ ኽስያን ፡ ክሰርሕ ፡ ከሎ ፥ አስገደ ፥ ወዲ ፡
ብእምነት ፥ ወድ-ወዱ ፡ ንሐደምበስ ፡ ድማ ፥ አብ ፡ ሽም-ጅምንቍ ፡ ነበረ ፡
እሞ ፥ « ሎም ፡ መጺአዶ ፥ አብ ፡ ጥቓይ ፡ ቤተ ኽስያን ፡ ክትሰርሕ ፤ » ይ
ሉ ፡ ነቲ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ስርሕ ፡ ዘዝወዓሎ ፥ ለይቲ ፡ መመጺኡ ፡ የፍርስ ፡
ነበረ ።

2. ተስፋ-ጼን ፡ ከአ ፡ ነሕዋቱ ፥ « አታ ፤ አነስ ፡ እምበር ፥ እንተ ፡ ጸላኢ ፡
ሰብ ፥ እንተ ፡ ጸላኢ ፡ ሰይጣን ፥ ከምዚ ፡ ዝአመሰለ ፡ ጕድ ፡ ረኺበ ፥ » ይ
3. ሉ ፡ አማቐሎም ። ነሳቶም ፡ ከአ ፥ « በል ፤ እንታይ ፡ እሞ ፤ ሰብ ፡ እንተ ፡
ኾይኑ ፡ ሐደው ፡ ግኒ ፥ አብኡ ፡ ይጸንሐና ፤ ለይቲ ፡ አጽዋርና ፡ ሒዝና ፡
ንጻናተዎ ፥ » ይሎም ፥ ብለይቲ ፡ አድብዮም ፡ አብ ፡ ጥቓ ፡ እቲ ፡ ቤተ ኽ
4. ስያን ፡ ተሐብኡ ። ሽው ፡ አስገደ ፡ ኸም ፡ ልማዱ ፥ ከፍርስ ፡ ይሉ ፥ ምስ ፡
ገለ ፡ ሰብ ፡ ኰይኑ ፡ መጸ ። ተስፋ-ጼን ፡ ከአ ፡ ምስ ፡ አሕዋቱ ፡ ኻብ ፡ ሀ
ዘጋ ፡ ጀሚሩ ፡ ኽሳዕ ፡ ሽም-ጅምንቍ ፡ አባረሮ ።
5. ካብኡ ፡ አስገደ ፡ ሽም-ጅምንቍ ፡ ሐዲጉ ፡ ንእምባ-ደርሆ ፡ አቶ ። ተ
ስፋ-ጼን ፡ ከአ ፡ ብዕረፍቲ ፡ ቤተ ኽስያኑ ፡ ሰርሔ ።

## ምጽናት ፡ ዛርጠናይ ። 44.

እቶም ፡ ሽድሽተ ፡ ደቂ ፡ ሐምዳ ፡ ኸአ ፥ አሕዋት ፡ ተስፋ-ጼን ፥ « ከ 1.
መይ ፡ ይሉ ፡ ወዲ ፡ ኻልእ ፡ ሰበይቲ ፡ ጥንትግ ፡ አብ ፡ ልዕሌና ፡ ጥራይ ፡
ክኸውን ፧ » ይሎም ፡ በብቕሩብ ፡ ቅንኣት ፡ አሕደሩ ። ሽዑ ፥ « ንቕተ
ሎ ፥ » ይሎም ፡ ዘትዩ ። መልሾም ፡ ከአ ፥ « እንታይ ፡ ከየምጽእ ፧ አልዒ 2.
ልና ፡ ሓደ ፡ ኻባና ፡ ዘይንሸይም ፧ እንታይ ፡ ባህጊ ፡ ምቕታሉ ፡ አሎና ፧ »
ይሎም ፡ ቈረጹ ።

ምእንትዚ ፡ ኽመኽሩ ፥ ዋዕላ ፡ ገበሩ ፧ እሞ ፥ ንተስፋ-ጼን ፡ ከአ ፥ « ም 3.
ሳና ፡ ውዓል ፥ » ይሎም ፡ ጸውዕዎ ። አብኡ ፥ ዘቲአም ፡ ከይወድኡ ፥ ዛር 4.
ጠናይ ፡ አልዒሉ ፡ ንተስፋ-ጼን ፡ ወግአ ። ሽዑ ፡ ኾሎም ፡ ሰምቢዶም ፥ ን
ዛርጠናይ ፡ ሕጆም ፥ « ንቕተለልካዶ ፧ ሐደው ፡ እንታይ ፡ ንግበሮ ፧ » ይ
ሎም ፡ ንተስፋ-ጼን ፡ ሐተትዎ ። ነሱ ፡ ኸአ ፥ « ምቕታልሲ ፡ አይፋልኩም 5.
ኒ ፧ እንተኾነ ፥ እቲ ፡ ኽፉእ ፡ ግብሩ ፡ ንርእሱ ፡ ኽምለሶስ ፥ ዘርኢ ፡ ብተ
ኽ ፥ ይልኩም ፡ ሕደግዎ ፥ » የሎም ። ኩሎም ፡ ከአ ፥ 6.

« ዘርኢ ፡ ብተኽ ፧
ዘርኢ ፡ ብተኽ ፧
ዘርኢ ፡ ብተኽ ፧ »

ይሎም ፥ ረጊሞም ፡ ሐደግዎ ። በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡ ዛርጠናይ ፡ ሐድጊ ፡ ዘይብሉ ፡ ጠፍኤ ።

ብዛዕባ ፡ እቲ ፡ ሽመት ፡ አሕዋት ፡ ከአ ፥ ብፍቶት ፡ እቶም ፡ ሽድሽ 7.
ተን ፡ ብፍቓድ ፡ ተስፋ-ጼንኒ ፡ ንገረ-ኽስቶስ ፡ ኮነ ። ተስፋ-ጼን ፡ ከአ ፡ ድ 8.
ሕሪ ፡ እዚ ፡ እዋንዚ ፥ « ሽመት ፡ ካብ ፡ ንጉስ ፡ እንተ ፡ አምጻእኩ ፥ እንታ
ይ ፡ ከይብሉ ፧ » ይሉ ፥ ሽመት ፡ ከምጽእ ፥ ንዐደምሓራ ፡ ኸደ ።

## 45. ክልተ ፡ እንዳ ፡ ተስፉ-ጼን ።

1. ካብቶም ፡ አርባዕተ ፡ ደቂ፟ ፡ ተስፉ-ጼን ፡ ዘርኢ ፡ ተኸ፟ለን ፡ ዐ፟ገባን ፡ አ
ብ ፡ ጸዐ፟ዘጋ ፡ ምስ ፡ ጐደበታታ ፤ ከምኡ ፡ ድማ፟ ፡ ዘርኢ ፡ ሚናብኒ ፡ ዘርአ
2. ይኒ ፡ ናብ ፡ ሀዘ፟ጋ ፡ ምስ ፡ ጐደበታታ ፡ አለ፟ዉ ። ምኽንያት ፡ እቲ ፡ ኸም
ዚ ፡ ይሉ ፡ አመቻቕልአም ፡ ከአ ፤ እምብአር ፡ ተኸ፟ለን ፡ ሚናብኒ ፡ ኻብ ፡
ሐንቲ ፡ ሰበይቲ ፤ ዐገ፟ባን ፡ ዘርአይኒ ፡ ኸአ ፡ ኻብ ፡ ሐንቲ ፡ ኻልእ ፡ ክነሶ፟
ም ፤ አቦ፟አም ፡ ተስፉ-ጼን ፡ በታ ፡ ንርእሱ ፡ ዝረኸባ ፡ ጸበባ ፤ « ተኸ፟ለን ፡
ዐ፟ገባን ፡ ጸዐ፟ዘጋ ፡ ኼድኩም ፡ ተቐመ፟ጡ ፤ ሚናብኒ ፡ ዘርአይኒ ፡ ግና ፡ ና
3. ብዚ ፡ ትረፉ ፤ » ይሉ ፡ ስለ ፡ እተ፟ላበዎም ፡ እዩ፟ ። ከምዚ ፡ ጌሩ ፤ ወዲ፟ ፡ እ
ታ ፡ ሐንትን ፡ ወዲ ፡ እታ ፡ ሐንትን ፡ አዛ፟ኒቑ ፡ አቐመ፟ጦም ፤ ከኸ፟ም ፡ ም
ዕባዮምኒ ፡ ምንአሶምኒ ፡ ጌሩ ። እዚ ፤ መታን ፡ ከይ፟በ፟አሱ ፤ ብፍቕሪ ፡ ኽነ
4. ብሩ ፡ ሓሲቡ ፡ ገበሮ ፧ እንተኾነ ፡ — — ። አወላልድአም ፡ ድማ፟ ፤ ካብ ፡
አርባዕቲአም ፡ ዐ፟ገባ ፡ በኾረ ፡ እዩ፟ ፤ ካብታ ፡ ሐንቲ ፡ ኸአ ፡ ተኸ፟ለ ።
5. ተኸ፟ለ ፡ ኸም ፡ ትእዛዝ ፡ አቦ፟ኡ ፡ ሽዓ ፡ መጺኡ ፡ ናብ ፡ ጸዐ፟ዘጋ ፡ ተ
ቐመ፟ጠ ። ነሱ፟ ፡ ድማ፟ ፡ እዩ፟ ፡ ንቤተኽስያን ፡ ጸዐ፟ዘጋ ፤ ንቕዱ፟ስ ፡ ገርግሽ ፤
6. ዘስርሔ ። ዐ፟ገባ ፤ በኾረ ፡ ቤት ፡ እዩ፟ ፡ እሞ፟ ፤ ከም ፡ ሹም ፡ አሕዋቲ ፡ ኾ
ይኑ ፡ ናብ ፡ እንዳ ፡ አቦ፟አም ፡ አብ ፡ ሀዘ፟ጋ ፡ ጸንሐ ፧ ጸዐ፟ዘጋ ፡ ኸይአቶ ፡
7. ኸአ ፤ ሞተ ። ደቂ፟ ፡ ዐ፟ገባ ፡ ድማ፟ ፡ ቐድ፟ም ፡ ምስ ፡ አቦ፟አም ፡ አብ ፡ ሀዘ፟ጋ ፡
ነበሩ ፧ አቦ፟አም ፡ ምስ ፡ ሞተ ፡ ግና ፤ ከም ፡ ትእዛዝ ፡ አቦ፟ሐጎ፟አም ፡ ወሪዶ
ም ፡ ንተኸ፟ለ ፡ ናብ ፡ ጸዐ፟ዘጋ ፡ ሰዓብ፟ዎ ። ሽሞም ፡ ከአ ፡ ሕነሽ፟ምኒ ፡ ፈልቆ፟
ስኒ ፡ በጋ፟-ጮንኒ ፡ እዮ፟ም ።
8. እቶም ፡ ቀድሚ ፡ ተኸ፟ለ ፡ አብ ፡ ጸዐ፟ዘጋ ፡ ዝነበሩ ፡ ዘጋ ፡ እዮ፟ም ፤ ባ
ህለት ፡ ሱብ ፡ ማል ። ጸዕዳ ፡ ዘጋ ፡ ባህለት ፤ ጽሩያት ፡ ጓሶት ፡ ባህለት ፡ እ
ዩ፟ ፤ ካልእ ፡ ንብረት ፡ ዘይብሎ፟ም ። — —
9. በኻፍላ ፡ ደቂ፟ ፡ ተስፉ-ጼን ፡ ካልአት ፡ ብዙሓት ፡ ከምዚ ፡ ዝብሉ ፡ አ

ለ፟ዉ ፤ አቦ፟አም ፥ ተስፋ-ጼን ፥ ገለ ፡ እ፟ኳ ፡ ኸም ፡ ዘይከፈሎም ፥ እንተኸነ ፥
በኾሪ ፡ ቤት ፡ ተኸ፟ለ ፡ እ፟ዩ ፡ እ፟ሞ ፥ አ፟ዝዩ ፡ ርሑስ ፡ ኰይኑ ፥ ባዕሉ ፡ ኻ
ብ ፡ አሕዋቱ ፡ ተፈልዩ ፥ « ይገፍሕ፟ንን ፡ ይሔሸ፟ንን ፥ » ይሉ ፥ ማሉን ፡ ገ
ንዘቡን ፡ አ፟ኪቡ ፡ ጸዐ፟ዘጋ ፡ ኸም ፡ ዝሓዘ ። ብዛዕባ ፡ አ፟ጄታቶም ፡ ድ፟ማ ፥ 10.
ተ፟ኸለን ፡ ዐ፟ገባን ፡ ካብታ ፡ ሐንቲ ፡ ሰበይቲ ፥ ሚናብኒ ፡ ዘርኣይኒ ፡ ኸአ ፡
ኻብታ ፡ ኻልአይቲ ፡ ኸም ፡ እ፟ተወልዱ ፥ ይብል፟ዎም ። በዚ ፡ ምኽንያት 11.
ዚ ፡ ኸአ ፥ ሚናብኒ ፡ ዘርኣይኒ ፡ ድሕሪ ፡ ሞት ፡ ዐ፟ገባ ፡ ንደ፟ቁ ፡ አጽበቡ
ሎም ፡ እ፟ሞ ፥ ተ፟ኸለ ፡ ንደ፟ቂ ፡ ሐዉ ፡ ኻብ ፡ ሀ፟ዘጋ ፡ አምጺኡ ፡ ናብ ፡ ጸዐ
፟ዘጋ ፡ አእተዎም ።

## ው፟ግእ ፡ ደ፟ቂ ፡ አተ፟ሸም ፡ ምስ ፡ አስገደ ። 46.

ተስፋ-ጼን ፡ ካብ ፡ ገኸደስ ፥ አስገደ ፡ ኸአ ፡ ኸቲቱ ፥ ነታ ፡ ስዕረቱ ፡ 1.
ሕነ ፡ ኽፈዲ ፡ ይሉ ፥ ምስ ፡ ደ፟ቂ ፡ አተ፟ሸም ፡ ክዋ፟ጋእ ፡ መጸ ። ገረ-ኽስቶስ ፡
ከአ ፥ ከም ፡ ሹም ፡ አሕዋት ፥ ንደ፟ቂ ፡ ሐዉ ፥ ንዐ፟ገባን ፡ ዘርኣይ ፡ ቅንጹብ
ኒ ፥ ከምኡ ፡ ድ፟ማ ፡ ንኻልኣት ፡ አሕዋቱን ፡ ፈተውቱን ፡ አ፟ኪቡ ፡ ናብ ፡
ሽም-ጅምንቑ ፡ ተዋግኤ ። ሽዑ ፡ አስገደ ፡ ሰዓረ ። ገረ-ኽስቶስ ፡ አብኡ ፡ 2.
ሞተ ፤ ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ዐ፟ገባ ፥ ክሀ፟ድም ፡ ክብል ፥ አብ ፡ ስር፟ዋ ፡ ሞተ ። ዘ
ርኣይኒ ፡ ኸምኡ ፡ ድ፟ማ ፡ ሐ፟ያሎ ፡ ኻልኣት ፡ ሀዲሞም ፡ ወጹ ።

አብርሃም ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ሕምብርቲ ፡ ኾይኑ ፥ አስገደ ፡ ንገረ-ኽስቶ 3.
ስ ፡ ከም ፡ ዝሰዓሮ ፥ ሰምዔ ። ብኣ-ብኣ ፡ ኸአ ፡ ብፈረሱ ፡ ተቖሊቡ ፡ ሀ፟ዘጋ ፡ 4.
አቶ ። ካብኡ ፡ ንወ፟ዲ ፡ ሐወ ፥ ንዘርኣይ ፡ ቅንጹብ ፥ ምስኡ ፡ ተማሊኡ ፥
ንማይ-በላ ፡ አ፟ቢሉ ፡ ኸደ ። ሽው ፡ ብፈረሱ ፡ ጌሩ ፥ በታ ፡ ገ፟ፍሓ ፡ ሰሪሩ ፡
ሐለፉ ። በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፥ እታ ፡ ፈረሱ ፡ ራውያ ፡ ት፟በህል ፡ ነበረት ፡ 5.
እ፟ሞ ፥ ካብኡ ፡ ንነ፟ጀው ፡ እዚ ፡ ሽምዚ ፡ ንገይትአ ፡ ትዋህበ ። እታ ፡ ዝ
ሰረረት፟ላ ፡ ርባ ፡ ኸአ ፡ ኽሳዕ ፡ ለይቲ-ሎም ፡ « ምስራር-ራውያ ፡ » ት

6. በሀል ፡ አላ ። ድሕርዚ ፡ ናብቲ ፡ መንጎ ፡ ዐድ-ሀብ-ስሉስኒ ፡ ወኽ-ድባን ፡ ዘ
ሎ ፡ ጐልጐል ፡ ተሰለፉ ።
7. አብኡ ፡ ራውያ ፡ ናብ ፡ ዝባን ፡ ፈረሱ ፡ ኾይኑ ፡ ትውግእ ፡ ወዓለ ።
8. አስገደ ፡ ኸአ ፡ ኸምኡ ፣ አብ ፡ ዝባን ፡ ፈረሱ ፡ ኾይኑ ፡ ኽዋጋእ ፡ ከሎ ፣
9. ኵናት ፡ ጌሮም ፡ ንፈረሱ ፡ ሐንዘፍዎ ። ሽም ፡ እቲ ፡ ፈረሱ ፡ ጐንዳል ፡ ይ
በሀል ፤ ቀለቡ ፡ ኸአ ፡ ሰለስተ ፡ ገታ ፡ ስገምኒ ፡ ሰለስተ ፡ ገታ ፡ ጸባን ፡
ነንንግሆን ፡ ምሸትኒ ፡ ነበረ ። ስለዚ ፣ ኵናት ፡ አትይዎ ፡ ኸሎ ፣ ንጐይት
10. ኡ ፡ ሕጁ ፡ እምባ-ደርሆ ፡ አቶ ፤ ናብኡ ፡ አትዩ ፡ ሞተ ። ድሕርዚ ፡ አስገ
ደ ፡ ንታሕቲ ፡ ሀደመ ።
11. ራውያ ፡ ኸአ ፣ ንኡ ፡ ምስ ፡ ሰዓረ ፣ አብ ፡ ወኽ-ድባ ፡ ሐደረ ፤ ጥዒም
12. ዎ ፡ ድማ ፡ ሐደረ ። ካብዛ ፡ መዓልትዚአ ፡ ጀሚሩ ፡ ናብ ፡ ወኽ-ድባ ፡ ተቐ
13. መጠ ። ንሬሳ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፡ አልዒሉ ፡ ናብኡ ፡ ቐበሮ ። ንዐገባ ፡ ኸ
አ ፡ ሀዘጋ ፡ ወሲዶም ፡ ቀበርዎ ።

## 47. ሞት ፡ ብሩሕ ።

1. አድከመ-ምልጋእ ፡ ከአ ፣ ስዕረት ፡ ምሌን-ሰገደ ፡ ናብ ፡ ምውዳእ-ሰብ-
2. ሰራየ ፡ ምርሳዕ ፡ አብይዎም ፣ ድቓስ ፡ ሰኣኑ ። ቈልዓ ፡ እናተወልደ ፡ ኸአ ፣
ኣንስቶም ፣

« ክትርስዕ ፣ ክትርስዕ ፤
ደም ፡ ደቀተሸም ፡ አይትረስዕ ፤ »

ይለን ፣ የቕምስአ ፡ ነበራ ።
3. ያዕቖብ ፡ ወዲ ፡ ምሌን-ሰገደ ፡ ኸአ ፡ ንሰብ ፡ ሰራየ ፡ ሕጁ ፣ ሕነ ፡ አቦ
ታቱ ፡ ኽፈዲ ፣ ሐለቓ ፡ ኾይኑ ፡ ምስ ፡ ሰቡ ፡ ተሰለፈ ። ብሩሕ ፡ ወዲ ፡
አተሸም ፡ ድማ ፡ እንዳ ፡ አቡኡ ፡ ሕጁ ፣ ሐለቓኦም ፡ ኰይኑ ፡ ወጸ ፤ እሞ ፣
4. አብ ፡ ክሳድ ፡ ዳዕሮ ፡ ገጠመ ። ሽው ፡ ሰብ ፡ ሰራየ ፡ ሰዓሩ ። ብሩሕ ፡ አብ
ቲ ፡ ውግእ ፡ ተወጊኡ ፡ ሞተ ፤ እታ ፡ ሰሪርዋ ፡ ዝነበረ ፡ ባዝራ ፡ ኸአ ፣

ምሂራ ፡ ናብ ፡ ዐዲ፟ ፡ ቔንጺ ፡ ተአሲራ ፡ ውዒላ ፡ ነበረት ፡ እሞ፟ ፣ ብምው፟
ቱ፡ ፣ ውላ፟ዳ ፡ ደልያ ፣ ጸይራቶ፟ ፡ ዐዲ፟ ፡ አቶት ። እንዳ ፡ አቡ፟ኡ ፡ ኸአ ፡ አው 5.
ሪዶም ፡ ገንጆም ፡ ወጆ፟ም ፡ ቀበሩ ።

ካብኡ ፡ ንነጀ፟ው ፡ ኣንስቲ ፡ ደቀ፟ተሸ፟ም ፡ ከአ ፣ ቌልዓ ፡ እና፟ተወልደ ፤ 6.

« ክትርሽ፟ዕ ፣ ክትርሽ፟ዕ ፤
ደም ፡ ኣድከመ-ምልጋ፟እ ፡ አይትረሽ፟ዕ ፤ »

እና፟ላ ፣ የቕምስአ ።

ደቀ፟ተሸ፟ምኒ ፡ ኣድከመ-ምልጋ፟እኒ ፣ ውግ፟አዎ ፡ በዚ ፡ አይዐረፈን ። አ 7.
ብ ፡ ማይ ፡ ግንድን ፡ አብ ፡ ዐዲ፟ ፡ ባናን ፡ አብ ፡ ማይ ፡ አሮንኒ ፡ ኸዎ ፡ ዝ
ገጠሙ ፣ ይዝንቶ ፡ እዩ፟ ።

## ጅግንነ፟ት ፡ ዘርኣይ ። 48.

ተሰፋ-ጼን ፡ ድማ፟ ፣ ዐጀ፟ምሓራ ፡ ኸይዱ ፡ ናብ ፡ ንጉስ ፡ ምስ ፡ አቶ ፣ 1.
ንጉስ ፡ ከአ ፡ ተቐቢ፟ሎም ፣ አብ ፡ ቤቶም ፡ ሜስ ፡ እና፟ስተዩ ፣ « በል ፧ ሓ
ደ ፡ ሽፍታ ፡ ጻላኢ ፡ አለ፟ዉ፟ኒ ፡ እሞ፟ ፣ ከተግዝአለ፟ይዶ ፡ ትኽእል ፤ » የል
ዎ፟ ። ተሰፋ-ጼን ፡ ከአ ፣ « ጐይታይ ፧ ሓደ ፡ ባርዕ ፡ ዝኾነ ፡ ውላ፟ድ ፡ ደኣ ፡ 2.
አለ፟ዉ፟ኒ ፡ እምበር ፧ ኣነስ ፡ አይ፟ኽእልኒ ፣ » ይሉ ፡ መለሰ፟ሎም ። ንጉስ ፡ ከ
አ ፣ « በል ፧ ተሎ ፡ አምጽአዮ፟ ፣ » የልዎ፟ ። ሽዑ ፡ ኸአ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ልኡ 3.
ኻት ፡ ሰዲዱ ፣ ንወዱ፟ ፣ ንዘርኣይ ፡ ቅንጹብ ፣ « ወጀ፟ይ ፧ ሎም ፡ ሞትኒ ፡
ሽመትኒ ፡ ኽልቲ፟ኤን ፡ መጻና ፧ እሞ፟ ፣ ንዓ ፣ አይትትረፍ ፣ » የሎ ። ዘርኣ
ይ ፡ ከአ ፡ ተሎ ፡ ይሉ ፡ ኸም ፡ ፍቓድ ፡ አቡ፟ኡ ፡ ዐጀ፟ምሓራ ፡ ኸደ ።

ከም ፡ ትእዛዝ ፡ ንጉስ ፡ ከአ ፣ ነቲ ፡ ሽፍታ ፡ ኽቐ፟ትል ፡ ይሉ ፣ ጻዓዲ 4.
ት ፡ አሓ ፣ ጻዓዲ ፡ አብዑር ፣ ጻዓዲ ፡ አባጊዕ ፣ ከምኡ ፡ ድማ፟ ፡ ኻብ ፡ በብ፟
ዐይነቱ ፡ ጻዓዲ ፡ ዝኾና ፡ ጥሪት ፡ አኺ፟በ ፣ አብቲ ፡ ሸፌ፟ቱሉ፟ ፡ ዘሎ፟ ፡ በረ
ኻ ፡ ወረደ ። አብኡ ፣ ሸሃይ ፡ መሸሉ ፡ ናብ ፡ በረኻ ፡ ኽዘው፟ር ፡ ከሎ፟ ፣ እ 5.

ቲ ፡ ሽፍታ ፥ ድሩይ ፡ ፍጋጋ ፡ እተባህለ ፥ ንዒቕዎ ፥ ምስ ፡ ሒደት ፡ ርእሱ ፡
6. ኹይኑ ፥ ክዘምቶ ፡ መጸ ። ዘርኣይ ፡ ድማ ፡ አዘንጊዑ ፥ ነቶም ፡ ምስኡ ፡
ዝነበሩ ፡ ቐቲሉ ፥ ነቲ ፡ ሽፍታ ፥ ንድሩይ ፡ ፍጋጋ ፥ ግና ፡ አሲሩ ፡ ናብ ፡ ንጉ
ስ ፡ አበርከቶ ።
7. ሽዑ ፡ ንጉስ ፡ ነቡኡ ፥ ንተስፋ-ጼን ፥ ሽመት ፡ ሃብዎ ። ተስፋ-ጼን ፡ ድ
ማ ፡ ገዛእ ፡ ሀገር ፡ ኰይኑ ፡ ንዐዱ ፡ ተመልሰ ፤ እሞ ፥ ካብኡ ፡ ናብ ፡ ወዱ ፥
ናብ ፡ ዘርኣይ ፥ ሐለፈ ።

49. ኣርሓ ፡ ዘርኣይኒ ፡ አስምዔን ።

1. በዚ ፡ ዘበንዚ ፡ ሰርጸ-እንድርያስ ፡ እተባህለ ፡ በዓል ፡ ዐጋሜ ፡ ናብ ፡
ሽማንጉስ ፡ ተቐመጠ ፤ እሞ ፥ ሐንቲ ፡ መዓልቲ ፡ ኽምዚ ፡ ኸነ ፥ ይብሉ ።
2. አሓ ፡ ሰርጸ-እንድርያስኒ ፡ አሓ ፡ ዘርኣይ ፡ ቅንጹብኒ ፥ ማይ ፡ ክሰትያ ፥
አብ ፡ ርባ ፡ ተኹር ፡ ተራኸባ ። ሽዑ ፡ ኸአ ፡ አርሓ ፡ ሰርጸ-እንድርያስኒ ፡
አርሓ ፡ ዘርኣይ ፡ ቅንጹብኒ ፡ ናብቲ ፡ ርባ ፡ ተራኺቦም ፡ ተዋግኡ ፤ እ
ሞ ፥ አርሓ ፡ ሰርጸ-እንድርያስ ፡ ሰዓረ ። ዘርኣይ ፡ ከአ ፥ « አርሓይ ፡ ተሰዒ
ሩኒ ፥ » ይሉ ፥ ጉህዩ ፡ ነቲ ፡ አርሓ ፡ ሰርጸ-እንድርያስ ፡ ብኹናት ፡ ቀተሎ ።
3. ሰርጸ-እንድርያስ ፡ ድማ ፥ « አርሓይ ፡ ቀቲሉለይ ፥ » ይሉ ፥ ጉህዩ ፥ ኩና
ቱ ፡ አብሊሑ ፡ ሴፉ ፡ ስሒሉ ፥ ሕነ ፡ ኽፈዲ ፥ ምሽ ፡ ምስ ፡ አባጊዕ ፡ ተዳ
ሪኹ ፡ ናብ ፡ ሀዘጋ ፡ ናብ ፡ ቤት ፡ ዘርኣይ ፡ አቶ ። ዘርኣይ ፥ እዚ ፡ ኸሎ ፡
4. ኽይፈለጠ ፥ ትም ፡ ይሉ ፡ ናብ ፡ ንእዱ ፡ ደቀሰ ። ሰርጸ-እንድርያስ ፥ « እን
ተ ፡ ቐተልክዎስ ፥ ንደቀይ ፡ ምስቶም ፡ ሐያላት ፡ ደምነት ፡ ክሐድገሎም ፡
እየ ፥ » ይሉ ፡ ተጠዓሰ ፤ እሞ ፥ ነቲ ፡ ዝሓሰበ ፡ ሐዲጉ ፡ ኻልእ ፡ ምኽሪ ፡
5. መኸረ ። ለይቲ ፡ ተንሲኡ ፡ ኻብቲ ፡ ጋዕሲ ፡ ዘርኣይኒ ፡ ኻብቲ ፡ ጸጕሪ ፡
ርእሲ ፡ ሰበይቱን ፡ ካብቲ ፡ ጕንጕን ፡ ፈረሱን ፡ ብሴፍ ፡ ጕሚዱ ፥ አርሕ
ዩ ፥ ንዐዱ ፡ አቢሉ ፡ ኸደ ።
6. አብ ፡ ተኹር ፡ ክበጽሕ ፡ ከሎ ፥ ምድሪ ፡ ወግሐ ፤ እሞ ፥ ምስ ፡ ሓደ ፡

ኻብ ፡ ጨዓረሺ ፡ ዝመጸ ፡ ኻህን ፡ ተጓነፈ ። ሽው ፡ ነቲ ፡ ኻህን ፣ « ደው ፡
በል ፣ » ይሉ ፡ ሓዘ ፤ « አበይ ፡ ትአቱ ፤ » ይሉ ፡ ኸአ ፡ ሐተቶ ። ነሹ ፡
ኸአ ፣ « ሀዘጋ ፣ እንዳ ፡ ዘርአይ ፣ » የለ ። « እምብአረይሲ ፡ ሐደው ፡ ክ 7.
ቐትለኻ ፡ እየ ፣ ሐደው ፡ እዚ ፡ ሕጂ ፡ ዝብለኻ ፡ ግበረለይ ፣ » ይሉ ፡ አፍ
ራርሆ ። እቲ ፡ ኻህን ፡ ከአ ፣ « ሕራይ ፤ ዘልካኒ ፡ እገብር ፣ » የለ ። ሰር
ጸ-እንድርያስ ፣ « ግዝትዶ ፡ ይግበረልካ ፤ » የሎ ፤ ነሹ ፡ ድማ ፣ « ይግ
በረለይ ፣ » የለ ። « በል ፣ እንካ ፤ ንዘርአይ ፡ ቅንጹብ ፣ እዚ ፡ ኻብ ፡ ጋዕስ 8.
ኻን ፡ ካብ ፡ ጸጕሪ ፡ ርእሲ ፡ ሰበይት'ኻን ፡ ካብ ፡ ጕንጕን ፡ ፈረስካን ፡ ዝቔ
ረጽክዎ ፡ እዩ ፣ የለካ ፡ ሰርጸ-እንድርያስ ፣ በለለይ ፣ » የሎ ። እቲ ፡ ኻህን ፡ 9.
ከአ ፣ « ሕራይ ፤ እነግረልካ ፣ » የለ ፤ እሞ ፣ መገዱ ፡ ኸደ ።

አብ ፡ ሀዘጋ ፡ ምስ ፡ አቶ ፣ እቲ ፡ ኻህን ፡ ንዘርአይ ፡ ምስ ፡ ሰበይቱ ፡ 10.
ጕህዩን ፡ ተጕልቢቡን ፡ ረኸቦ ። ቅድም ፣ « ከመ-ሐደርኩም ፤ » ምሰለ ፣ 11.
ነቶም ፡ ሰብአይኒ ፡ ሰበይትን ፣ « እንታይ ፡ ኴንኩም ፡ ኢኹም ፣ ጕሁያ
ት ፡ መሸልኩም ፡ እትረአዩ ፤ » ይሉ ፡ ሐተቶም ። ነሳቶም ፡ ከአ ፣ « አቱ
ም ፣ መምህረይ ፤ ሰብ ፡ ትስሕቕ ፡ ሐዲሩልና ፤ ርአዩ ፡ እማ ፡ እዚ ፡ አርእ
ስና ፣ » የልዎ ። እቲ ፡ ኻህን ፡ ከአ ፡ እቲ ፡ ሰርጸ-እንድርያስ ፡ ዘሎ ፡ ነገሮ 12.
ም ፣ ነቲ ፡ ጸጕሪ ፡ ድማ ፡ አርአዮም ። ሽው ፡ ዘርአይ ፡ ቅንጹብ ፡ የለ ፤
« አስምዔ ፤ » ማለት ፣ አሳማምዐለይ ፡ እዩ ። ካብኡ ፡ ሰርጸ-እንድርያስ ፡ 13.
አስምዔ ፡ ተባህለ ፣ ይበሀል ።

## ሞት ፡ ዘርአይ ። 50.

ደ'ሕርዚ ፡ ኸሎ ፡ ኸአ ፡ ዘርአይ ፣ ንጉስ ፡ ሕጀምዎ ፡ ንጋላ-ቤት ፡ ክዋ 1.
ግኡ ፡ ኸዱ ።

ሽው ፡ ናብኡ ፡ ናብ'ቲ ፡ ውግእ ፡ ዘርአይ ፣ ሐጺር ፡ ነበረ ፡ እሞ ፣ ከ 2.
ም ፡ ዑፍ ፡ ኰይኑ ፡ ይሻላበብ ፡ ነበረ ። አብ ፡ መንጎዚ ፡ ግና ፣ እቶም ፡ ጋ 3.
ላ ፡ ሐንካሾታት ፡ አብ ፡ ምድሪ ፡ ተኺሎምሉ ፡ አብ ፡ ዝነበሩ ፣ ምስ ፡ ፈ

4. ረሱ ፡ ድርግም ፡ የለ ። አብኡ ፡ ፈረሱን ፡ ነሱን ፡ ሞቱ ። ከምዚ ፡ ይሉ ፡
ዘርኣይ ፡ ሰልኣዲን ፡ ኣብ ፡ ዝበሀል ፡ ምድሪ ፡ ጋላ ፡ ዐረፈ ።
5. ኣብ ፡ ሰልኣዲን ፡ ድማ ፡ ተቐብረ ። መቓብር ፡ ዘርኣይ ፡ ከአ ፡ ኽሳዕ ፡
ለይት-ሎም ፡ ፍሉጥ ፡ መኻን ፡ እዩ ።

## 51. ምትእትታው ፡ ተኸለ ፡ ናብ ፡ እርግንኡ ።

1. ሰይቲ ፡ ተኸለ ፡ መኻን ፡ ነበረት ፡ እሞ ፣ ከይወለደ ፣ ነዊሕ ፡ እዋን ፡
ተቐመጠ ። ንደቂ ፡ ሓዉ ፡ ኸአ ፣ ንደቂ ፡ ዐገባ ፣ ከም ፡ ደቁ ፡ ጌሩ ፡ ረአ
ዩም ።
2. ድሕሪ ፡ ሓያሎ ፡ እዋን ፡ ከአ ፣ ተኸለ ፡ ምስ ፡ አረገ ፣ ግልባሽ ፡ ዐይኑ ፡
ምስ ፡ ወደቐ ፣ ማይ ፡ ጨሎት ፡ ክሕጸብ ፡ ይሉ ፣ ንእንዳባ ፡ ማይታን ፡ ከ
3. ደ ። ደቂ ፡ ሓዉ ፡ ኸአ ፣ ሓወቦኦም ፡ ተኸለ ፡ ሓድጊ ፡ ዘይብሉ ፡ ብምት
4. ራፉ ፡ ጕህዮም ፣ እንዳባ ፡ ማይታን ፡ ከይዶም ፡ አምጽእዎ ። ሽዑ ፡ አባ ፡
ማይታን ፡ ነቶም ፡ ደቂ ፡ ኽምዚ ፡ የልዎም ፤ « ሕጂ ፡ ሕጅኩምዎ ፡ ኽት
ከዱ ፡ ኽሎኹም ፣ አብታ ፡ ጥቓ ፡ ዐድኹም ፡ እታ ፡ ፈለማ ፡ እትኻንፈኹ
ም ፡ ጐርዞ ፡ አመርዕዉሉ ፤ ሽዑ ፡ ኻብኣ ፡ ሓድጊ ፡ ይሓድግ ፡ እዩ ፣ » ይ
ሎም ፡ መኸርዎም ።
5. ደሓር ፡ እቶም ፡ ደቂ ፡ ኽምታ ፡ ዘረባ ፡ አባ ፡ ማይታን ፡ አብ ፡ ማይ ፡
6. ጨው ፡ ሓንቲ ፡ ጐርዞ ፡ ተኻነፈቶም ፤ ንኣ ፡ ሕጅም ፡ አእተዉሉ ። ተኸ
ለ ፡ ኸአ ፡ ኻብኣ ፡ ነቶም ፡ አርባዕቲኦም ፡ ደቁ ፡ ወለደ ፤ ሽሞም ፡ ከአ ፡
ዘርአ-ብሩኽ ፣ ዕቑባ-ኣብ ፣ ኬሩ ፣ ዕቑበይ ፡ እዮም ።

## 52. ንጉስ ፡ ናብ ፡ ሓማሴን ፡ ሰፈሩ ።

1. ድሕሪ ፡ እዚ ፡ እዋንዚ ፡ ኸአ ፡ ንጉስ ፡ ንሐማሴን ፡ መጺኦም ፡ አብ ፡
ሕምብርቲ ፡ ሰፈሩ ።

ሽው ፥ « ካብ ፡ ዘርኢ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ መን ፡ አሎ ፧ » ይሎም ፡ አጸው 2.
ው ። ክንቲብ ፡ ዳፍላ ፡ እተባህሉ ፡ ኸአ ፥ በዓል ፡ ተዐንደር ፥ ምስ ፡ ንጉስ ፡ 3.
ገዘነበሩ ፥ ፈታው ፡ ዘርኣይ ፥ ነበሩ ፡ እሞ ፥ ንአስገዶም ፥ ንወዲ ፡ ዘርኣይ ፥
አብ ፡ ንጉስ ፡ አእተውዎ ። ንጉስ ፡ ድማ ፥ « ሽመት ፡ አቦኻዶ ፡ ኸህበኻ ፧ » 4.
የልዎ ። ነሱ ፡ ግና ፥ ሽላ ፡ ይሉ ፡ ስለ ፡ ዝረአዮ ፥ « ጐይታይ ፤ አይደልን ፥ »
ይሉ ፡ ወጺ ። ደሓር ፡ ሕነሽም ፡ ወዲ ፡ ዐገበ ፥ ወዲ ፡ ሐወቡኡ ፡ ንአስገዶ 5.
ም ፥ ሹም ፡ አሕዋት ፡ ነበረ ፡ እሞ ፥ አብ ፡ ንጉስ ፡ አቶ ። ንጉስ ፡ ከአ ፥ « ይ
ጥበቐልካ ፥ » ይሎም ፡ ሽመት ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ሃብዎ ።

ካብኡ ፡ ሽማንጉስ ፡ እተባህለ ፡ ሰብአይ ፡ መሪሕዎም ፥ ብደርሰነይ ፡ 6.
አቢሉ ፡ ንበረኻ ፡ አውረዶም ። ሽው ፥ ብኡ ፡ አቢሎም ፡ ክሐልፉ ፡ ኸለ 7.
ዉ ፥ አብ ፡ ወኸ-ሻብንቐ ፡ እቲ ፡ ኸሉ ፡ ሰራዊቶም ፡ ሐንት-ሐንቲ ፡ እም
ኒ ፡ አልዒሉ ፡ ጭርሓ ፡ ጨርሔ ። እቲ ፡ ጨርሒ ፡ ድማ ፡ ኽሳዕ ፡ ለይት-
ሎም ፡ ፍሉጥ ፡ እዩ ። ካብኡ ፥ በረኻ ፡ ወሪዶም ፡ ክምለሱ ፡ ኸለዉ ፥ ነቲ ፡ 8.
መራሒኦም ፥ ንሽማንጉስ ፥ « ዝደሌኻዮ ፡ ኽህበካ ፥ ተመነ ፥ » የልዎ ። ነ
ሱ ፡ ኸአ ፥ « ጐይታይ ፤ ርስቲ ፡ እየ ፡ ዝደሊ ፥ » የሎም ። ነሶም ፡ ከአ ፥
« ትብጻሕካ ፥ » የልዎ ። ሽው ፡ ጆሚሩ ፡ ሽማንጉስ ፡ አብ ፡ ጐዳጕዲ ፡ ተ 9.
ቐመጠ ።

በዚ ፡ እዋንዚ ፡ ኸአ ፡ ንጉስ ፡ ነዘም ፡ ሎሚ ፡ አብ ፡ ሕምብርቲ ፡ ዘ 10.
ለዉ ፥ ሐሙሽተ ፡ ሕምብርቲ ፡ ዝበሃሉ ፥ አረስተይዎም ። ነቶም ፡ አብኡ ፡
ዝነበሩ ፡ ሰብ ፡ ሊባን ፡ ግና ፥ ጻም ፡ ስለ ፡ ዘሕደርዎም ፥ ንቕጽዓት ፡ ምድ
ሮም ፡ ከልእዎም ።

## ወለዶ ፡ ሚናበ-ዘርኣይ ። 53.

እቶም ፡ አብ ፡ እንዳ ፡ አቦኦም ፡ ዝተረፉ ፡ ኽልተ ፡ ደቂ ፡ ተስፋ-ጼን ፥ 1.
አመቓቕልኦም ፡ ከምዚ ፡ እዩ ።

ሚናብ ፡ ንዕንቄ-ሓርያን ፡ ንስብሃት-ለኣብኒ ፡ ወለደ ። ስብሃት-ለኣብ ፡ 2, 3.

4. ንሽም-ጅምንቑ ፡ ከደ ፤ ዘርኡ ፡ ኽአ ፡ ኽሳዕ ፡ ሕጂ ፡ አብኡ ፡ አለ፟ዉ ። ዕ
ንቈ-ሓርያ ፡ ኽአ ፡ ንደበነን ፡ ንዘርአ-ብሩኽኒ ፡ ንዘርኡን ፡ ንተስፋ-ጼንኒ ፡
ወለደ ። እዞም ፡ አርባዕቲኦም ፡ አሕዋት ፣ አብ ፡ ዐዷ፟ን ፡ አብ ፡ ጐደበን ፡
ክነሶ፟ም ፣ ዘርኦም ፡ ኵሎ፟ም ፡ ብሽም ፡ እቲ ፡ ዐቢ ፡ ሐዎም ፣ ደበነ ፣ ሕጂ ፡
ገዛ ፡ ዐድ-ደበነይ ፡ ይበ፟ሃሉ ። እዚኣቶም ፡ ኵሎ፟ም ፡ ሕጂ ፡ ሓደ ፡ ዐሌት ፡
እዮ፟ም ፤ በዚ ፡ እዋ፟ንዚ ፡ ኽአ ፡ ጭቅ፟ኦም ፡ ዘርኤ ፡ ወዲ፟ ፡ መንግስቱ ፡
እዩ፟ ። – –
5. ዘርኣይ ፡ ከአ ፡ ንአስገዶምኒ ፡ ሀብ-ስሉ፟ስኒ ፡ ሽማግለ፟ን ፡ አስፈዳን ፡
መርዓዊን ፡ ወለደ ። ካብኦም ፡ ከአ ፡ ብጆኻ፟ ፡ አስገዶም ፡ አርባዕቲኦም ፡
6. አብ ፡ ወጻኢ ፡ ሰፈሩ ። ሀብ-ስሉ፟ስ ፡ አብዛ ፡ ብሽሙ ፡ ተጸዊ፟ዓ ፡ ዘላ፟ ፡ ዐዲ፟ ፡
7. ተቐመ፟ጠ ፤ ዘርኡ ፡ ኽአ ፡ ኽሳዕ ፡ ሕጂ ፡ ናብኡ ፡ አለ፟ዉ ። ከምኡ ፡ ኽአ ፡
8. ሽማግለ፟ ፡ ናብ ፡ ዐሽ፟ማግለ፟ ፤ ዘርኡ ፡ ኽአ ፡ ናብኣ ፡ አለ፟ዉ ። አስፈዳ ፡
ድማ፟ ፡ ኽም ፡ አሕዋቱ ፣ ዐዱ፟ ፡ ብሽሙ ፡ ትጽዋ፟ዕ ፤ ዘርኡ ፡ ኽአ ፡ ናብኡ ፡
9. አለ፟ዉ ። መርዓዊ ፡ ድማ፟ ፣ ዐዱ፟ ፡ ዐዲ፟ ፡ መርዓዊ ፡ ትበ፟ሀል ፤ ዘርኡ ፡ ኽአ ፡
10. ናብኡ ፡ እዮ፟ም ፡ ዘለ፟ዉ ። – – እቲ ፡ በኹሪ ፡ ሐዎም ፡ ከአ ፣ አስገዶም ፡
እቶ፟ባህለ ፣ ነሱ፟ ፡ ንደብረ-ጮንኒ ፡ ንሀብተ-ማርያምኒ ፡ ንፍሬ-ምኻእኒ ፡ ወለ
11. ደ ። ካብኦም ፡ ደብረ-ጮንኒ ፡ ሀብተ-ማርያምኒ ፡ ሓደ ፡ ኹይኖም ፡ ገዛ ፡ ዐ
ዲ፟ ፡ ደብረ-ጮን ፡ ይበ፟ሃሉ ፤ እሞ፟ ፣ ሓደ ፡ ዐሌት ፡ ኰይኖም ፡ አለ፟ዉ ። ጭ
12. ቅ፟ኦም ፡ ድማ፟ ፡ በዚ ፡ እዋ፟ንዚ ፡ አይተ ፡ ገረንኪኤል ፡ እዩ፟ ። ፍሬ-ምኻእ ፡
ከአ ፣ ዘርኡ ፡ ገዛ ፡ ዐዲ፟ ፡ ፍሬ-ምኻእ ፡ ይበ፟ሃሉ ። እዚኣቶም ፡ ድማ፟ ፡ ሕጂ ፡
ሓደ ፡ ዐሌት ፡ ኰይኖም ፡ አለ፟ዉ ፤ ጭቅ፟ኦም ፡ ከአ ፡ ተስፉ ፡ ወዲ፟ ፡ ትወል
13. ዳይ ፡ እዩ፟ ። ብፍላ፟ይ ፡ ከአ ፡ ኻብ ፡ ዘርኢ ፡ ደብረ-ጮንኒ ፡ ፍሬ-ምኻእኒ ፡ ና
ብ ፡ ሸነኽ ፡ በረኻ ፣ ናብ ፡ ክልቲ፟ ፡ ቍሸት ፣ አደና፟ን ፡ ተገድረን ፡ ዝበሃላ ፣
ሰፈሮም ፡ አለ፟ዉ ።
14. አሕዋት ፡ ደቂ፟ ፡ ዘርኣይ ፡ ከአ ፡ ሐያ፟ሎ ፡ ናብ ፡ ምድሪ ፡ ሚን-ዓመር ፡
ፋሕ ፡ ይሎም ፡ አለ፟ዉ ፣ ብሓደ ፡ ሽም ፡ አላ፟ቢዓ ፡ ዝበሃሉ ። እዚኣቶም ፡

ኵሎም ፣ አቦኦም ፡ ወዲ ፡ ዘርኣይ ፡ እዩ ፤ ነቲ ፡ ሽፍታ ፣ ድሩይ ፡ ፍጋጋ ፣ ደ
ልዩ ፡ ኽዘውር ፡ ከሎ ፣ ካብ ፡ ሐንቲ ፡ ሰበይቲ ፣ በዓልቲ ፡ በረኻ ፣ ዝወ
ለዶ ። – –

እቲ ፡ ዕቤት ፡ ዐዲ ፡ ድማ ፡ ብዘርኣይ ፡ ጀሚሩ ፡ ኻብኡ ፡ ናብ ፡ ወዱ ፣ 15.
ናብ ፡ አስገዶም ፣ ሐለፈ ፤ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ኻብ ፡ አስገዶም ፡ አብ ፡ ወዱ ፣
አብ ፡ ደብረ-ጮን ፤ ካብ ፡ ደብረ-ጮን ፡ አብ ፡ ዕቍባ-ሐንስ ፤ ካብ ፡ ዕቍባ-ሐ
ንስ ፡ አብ ፡ ተኾሎም ፤ ካብ ፡ ተኾለም ፡ አብ ፡ ድሎም ፤ ካብ ፡ ድሎም ፡
አብ ፡ ከንቲባ ፡ ዘኽስቶስ ፤ ካብ ፡ ከንቲባ ፡ ዘኽስቶስ ፡ አብ ፡ ወልዲት ፤ ካ
ብ ፡ ወልዲት ፡ አብ ፡ ረድኢ ፤ ካብ ፡ ረድኢ ፡ ናብ ፡ ብጽዓይ ፤ ካብ ፡ ብጽ
ዓይ ፡ ከአ ፡ ለሚ ፡ ናብ ፡ በኺት ። ከምዚ ፡ ይሉ ፡ እዚ ፡ ዕቤት ፡ ዐዲ ፣ 16.
ካብ ፡ አቦ ፡ ናብ ፡ ውሉድ ፡ እናሐለፈ ፣ ክሳዕ ፡ እዚ ፡ እዋንዚ ፡ በጽሔ ።

## ወለዶ ፡ ተኸሌ-ዐገባ ። 54.

አመቓቕላ ፡ ተኸሌ-ዐገባ ፡ ኸምዚ ፡ እዩ ። 1.
ተኸለ ፡ ንዘርአ-ብሩኽኒ ፡ ዕቍባ-አብኒ ፡ ኬፉን ፡ ዕቍበይኒ ፡ ወለደ ፤ 2.
ካብኦም ፡ ኬፉ ፡ ሐድጊ ፡ ዘይብሉ ፡ ጠፍኤ ። ዘርአ-ብሩኽ ፡ ድማ ፡ ንአቢ 3.
ብኒ ፡ ንላእከ-ጼንኒ ፡ ንእምሓን ፡ ንጋይን ፡ መፍለስኒ ፡ ወለደ ፤ ካብኦም ፡
ጋይን ፡ መፍለስ ፡ ሐድጊ ፡ ዘይብሉ ፡ ጠፍኤ ። ዕቍባ-አብ ፡ ከአ ፡ ንዘገርግ 4.
ሽኒ ፡ ንመሓረ-ኽስቶስኒ ፡ ንዐጽመ-ገርግሽኒ ፡ ንሓርይኡን ፡ ወለደ ፤ ካብኦ
ም ፡ ዐጽመ-ገርግሽ ፡ ሐድጊ ፡ ዘይብሉ ፡ ጠፍኤ ። ዕቍበይ ፡ ከአ ፡ ንናትኒ 5.
ኤልኒ ፡ ንገረ-ዬሱስኒ ፡ ወለደ ፤ ገረ-ዬሱስ ፡ ግና ፡ ሐድጊ ፡ ዘይብሉ ፡ ጠፍኤ ።
ካብ ፡ ደቂ ፡ ዘርአ-ብሩኽ ፡ አቢብኒ ፡ እምሓን ፡ አብ ፡ ተኸለ ፡ ታሕታ 6.
ይ ፡ አለዉ ፤ ላእከ-ጼን ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ተኸለ ፡ ላዕላይ ። እዚአቶም ፡ ከም ፡
ሓደ ፡ ዐሌት ፡ ኰይኖም ፡ አለዉ ፤ በዚ ፡ ግዝያትዚ ፡ ኸአ ፡ ጭቕኦም ፡ አ
ይተ ፡ ቐለተ ፡ እዩ ። ደቂ ፡ ዕቍባ-አብ ፡ ከአ ፡ ሰለስቲኦም ፣ ከምኡ ፡ ድማ ፡ 7.
ደቂ ፡ ዕቍበይ ፣ አብ ፡ ላዕላይ ፡ ተኸለ ፡ አለዉ ። እዚአቶም ፡ ድማ ፡ ኸም ፡

ሓደ ፡ ዐሌት ፡ እዮም ፤ በዚ ፡ ዘበንዚ ፡ ኸአ ፡ ጭቅኦም ፡ ከንቲባ ፡ መርእ
ድ ፡ እዮም ። – –

8. ደቂ ፡ ዐገባ ፡ ኸአ ፥ ሕነሽምኒ ፡ ፈልቆስኒ ፡ በጋ-ጮንኒ ፡ ሰለስተኦም ፥
አመቻቕልኦም ፡ ከምዚ ፡ እዩ ።

9. ሕነሽም ፡ ንሳምሶንኒ ፡ ንኽፍለን ፡ ንሕዝባይኒ ፡ ወለደ ። ነሹ ፡ በሖ
ሪ ፡ ዐገባ ፡ እዩ ፡ እሞ ፥ እቲ ፡ ዕቤት ፡ ዐዲ ፡ አብኡ ፡ ነበረ ። ካብኡ ፡ ኸአ ፡ ና
10. ብ ፡ በኸሪ ፡ ወጹ ፥ ናብ ፡ ሳምሶን ፥ ሐለፈ ። ሳምሶን ፡ ከአ ፡ ንአተሽምኒ ፡ ንሐን
ሸሉሽኒ ፡ ንተኽለ-ስሉስኒ ፡ ንጸሊማይኒ ፡ ንኸንቲባ ፡ ገረ-ኽስቶስኒ ፡ ወለደ ።
ካብኦም ፡ ድማ ፥ አተሽም ፡ በኸሪ ፡ ቤት ፡ እዩ ፡ እሞ ፥ እቲ ፡ ዕቤት ፡ ዐ
11. ዲ ፡ አብኡ ፡ ሐለፈ ። ካብኡ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ወዱ ፡ ድብልዩስ ፥ ካብ ፡ ድብ
ልዩስ ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ወዱ ፡ ኸንቲባ ፡ ሐንስ ፥ ካብ ፡ ከንቲባ ፡ ሐንስ ፡ አብ ፡
ወዶም ፡ ከንቲባ ፡ ተኽለ-ገርግሽ ፥ ካብ ፡ ከንቲባ ፡ ተኽለ-ገርግሽ ፡ አብ ፡ ወ
12. ዶም ፡ ተስፋ-ገርግሽ ። ተስፋ-ገርግሽ ፡ ከአ ፥ ውላድ ፡ ስለ ፡ ዘይነበሮ ፥ ብፍ
ቓድ ፡ ዐዲ ፡ እቲ ፡ ዕቤት ፡ ዐዲ ፡ ናብ ፡ አስገዶም ፡ ወዲ ፡ ዘርኣይ ፡ ክር
ፎ ፡ ሐለፈ ፥ ነሹ ፡ ኸአ ፡ ኻብ ፡ ዐሌቶም ፡ መቕርብ ፡ ስለ ፡ ዝነበረ ፥ ከም
ዚ ፡ ይሉ ፤

ዘርኣይ ፡ ክርፎ ፡ ወዲ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፤
ገረ-ኽስቶስ ፡ ወዲ ፡ ሐደራንኪኤል ፤
ሐደራንኪኤል ፡ ወዲ ፡ ዐንደንኪኤል ፤

ዐንደንኪኤል ፡ ከአ ፡ ሐው ፡ ከንቲባ ፡ ሐንስ ፡ እዩ ፥ ወዲ ፡ ድብልዩስ ።
13. – – ሐንሸሉሽ ፡ ከአ ፡ ንዐዲ ፡ ስእሊት ፡ ዝፈረ ፡ እዩ ። ተኽለ-ስሉስኒ ፡ ጸ
ሊማይኒ ፡ ሐድጊ ፡ ዘይብሎም ፡ ጠፍኡ ። ከንቲባ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፡ ን
14. ገዛ ፡ ዐዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ዝፈረዩ ፡ እዮም ። ስድራ ፡ አተሽምኒ ፡
ሐንሸሉሽኒ ፡ ኸንቲባ ፡ ገረ-ኽስቶስኒ ፡ ሓደ ፡ ዐሌት ፡ ኰይኖም ፡ አለዉ ፤
ጭቅኦም ፡ ከአ ፡ በዚ ፡ ዘበንዚ ፡ ዕቑብ-ጋብር ፡ ወዲ ፡ ስእላይ ፡ እዩ ።
15. ከንቲባ ፡ ኽፍለ ፡ ኸአ ፡ ንዐገባን ፡ ንዐን-ስላሰን ፡ ንተስፋላሰን ፡ ንተኽ

ለ-ሃይማኖትኒ ፡ ወለዱ ። ካብዚኣቶም ፡ ዐገ፟ባን ፡ ዐን-ስላ፟ሰን ፡ ተስፋላ፟ሰን ፣ 16.
ሰለስቲኦም ፡ ዝፈረይዎ፟ም ፡ ብሽም ፡ ኣቦ፟ኦም ፡ ገዛ ፡ ዐዲ፟ ፡ ኸንቲባ ፡ ኽፍ
ለ ፡ ይበሃሉ ፤ እሞ፟ ፣ ካብኦም ፡ እቲ ፡ ተስፋላ፟ሰ ፡ እተ፟ባህለ ፣ ነሱ፟ ፡ ንኸንቲ
ባ ፡ ገረ-ስላ፟ሰን ፡ ነሕዋቶምኒ ፡ ወለደ ፤ ከንቲባ ፡ ገረ-ስላ፟ሰ ፡ ኸአ ፡ ንዐድ-ደገ፟ዝ
ማቲ ፡ ዝፈረዩ ፡ እዮ፟ም ። ነሳ፟ቶም ፡ ኵሎ፟ም ፡ ሕጂ ፡ ሓደ ፡ ዐሌት ፡ ኰይኖ
ም ፡ ኣለ፟ዉ ፤ በዚ ፡ ዘበንዚ ፡ ኸአ ፡ ጭቅ፟ኦም ፡ ገብረ ፡ ወዲ፟ ፡ ሕድራይ ፡
እዩ፟ ። ተኽለ-ሃይማኖት ፡ ከአ ፣ እቲ ፡ ራብዓይ ፡ ሐምም ፣ ንተኽለ-ታትዮስ 17.
ኒ ፡ ንፍንጀያኒ ፡ ወለደ ፤ ዘርኡ ፡ ድማ፟ ፡ ናብ ፡ ዐዲ፟ ፡ ገብሩ ፡ ኣለ፟ዉ ። ካ 18.
ብ ፡ ደቂ፟ ፡ ኸንቲባ ፡ ኽፍለ ፡ ኸአ ፡ ሐሐሊፎም ፡ ኣብ ፡ ሐያ፟ሎ ፡ ዐድ፟ታት ፡
ተዘሪኦም ፡ ኣለ፟ዉ ፣ ከም ፡ ኣብ ፡ ዐድ-ተኽላይ ፣ መርሓኖ ፣ ዐዲ፟ ፡ ጕምበ
ሎ፟ ፣ ዐደ፟ገልግል ፣ ዐጽ፟ንዓይ ፣ ቀራ፟ና-ኹዶ ፣ ኣብ ፡ ሐያ፟ሎ ፡ ኻልኦት ፡ ዐድ፟
ታት ፡ ከአ ።

ሕዝባይ ፡ ከአ ፣ እቲ ፡ ሳልሳይ ፡ ወዲ፟ ፡ ሕነሽ፟ም ፣ ንገዛ ፡ ዐዲ፟ ፡ ሕዝባ 19.
ይ ፡ ዝፈረ ፡ እዩ፟ ። እዚኣቶም ፡ ሕጂ ፡ ሓደ ፡ ዐሌት ፡ ኰይኖም ፡ ኣለ፟ዉ ፤
ጭቅ፟ኦም ፡ ድማ፟ ፡ ኣይተ ፡ ተስፉ ፡ እዮ፟ም ።

ዝተረፉ ፡ ኽልቲ፟ ፡ ደቂ፟ ፡ ዐገ፟ባ ፡ ኸአ ፣ ወለዶኦም ፡ እዚ ፡ እዩ፟ ። ፊል 20,21.
ቆ፟ስ ፡ ንገዛ ፡ ዐዲ፟ ፡ ጕዕላ፟ይ ፡ ዝፈረ ፡ እዩ፟ ። ነሱ፟ ፡ ምስ ፡ ኣሕዋቱ ፡ ተብእ
ሹ ፡ ናብ ፡ ካልእ ፡ ሀገር ፡ ዐሎ ። ድሕሪ ፡ ሐያ፟ሎ ፡ ዘበን ፡ ካብ ፡ ዘርኡ ፡ ዐ
ዲ፟ ፡ ጕዕላ፟ይ ፡ እተ፟ባህሉ ፡ ናብ ፡ ጽላለ ፡ ይቕ፟መጡ ፡ ነበሩ ። ካብኡ ፡ ብዘ
በን ፡ ራእስ ፡ ኣላ፟ ፡ ተማገኡቶም ፡ ምድሮም ፡ ረኺቡ ፤ እሞ፟ ፣ ናብ ፡ ጻዐ፟ዘ
ጋ ፡ ተቐ፟መጡ ። ነሳ፟ቶም ፡ ሕጂ ፡ ሓደ ፡ ዐሌት ፡ እዮ፟ም ፤ ጭቅ፟ኦም ፡ ድማ፟ ፡
በዚ ፡ ዘበንዚ ፡ ገብረ ፡ ወዲ፟ ፡ ነጋሲ ፡ እዩ፟ ። –– በጋ፟-ጮን ፡ ከአ ፡ ንዐዲ፟ ፡ ኣ 22.
ሸሻይ ፡ ፊረ ። እዚኣቶም ፡ ሕጂ ፣ ምስ ፡ ዐዲ፟ ፡ ኸንቲባ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ እዩ፟ ፡
ቍጽሮም ። – –

እዞም ፡ ሽድ፟ሽተ ፡ ዐሌትዚኣቶም ፣ ብምኽፋል ፡ ግብሪ ፡ ቤተኽስያ 23.
ን ፡ ኮነ ፡ ግብሪ ፡ መንግስቲ ፣ ከም ፡ ዝጸብጸብናዮ፟ም ፣ ከምዚ ፡ ይሎም ፡

24. ይምጀቡ ። ብጀኽአም ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ሓደ ፡ ሳብዓይ ፡ ዐሌት ፡ አ
ለዉ ፥ ላዕላይ ፡ ገዛ ፡ ሐደው ፡ ኸአ ፡ ገዛ ፡ ስድራ ፡ እተባህሉ ። እንተኸነ ፡
25. እዚአቶም ፥ ንዳሕራዩ ፡ እቶም ፡ ገዛእቲ ፡ ናብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ አስፈርዎም ። ነ
ሳቶም ፥ ገሊአም ፡ ካብ ፡ ወቐርቲ ፥ ገሊአም ፡ ከአ ፡ ኻብ ፡ ክትመውልዕ ፡
ዝመጹ ፡ ዐሌት ፡ ጨዋ ፡ እዮም ። በዚ ፡ ግዝያትዚ ፡ ኸአ ፡ ጭቅአም ፡ ገዘ
ሀይ ፡ ወዲ ፡ ፊተውራሪ ፡ ገብረ-አብ ፡ እዩ ።

## 55. ሞት ፡ ሕነሽም ።

1. ሕነሽም ፡ ካብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ወጺኡ ፡ ናብ ፡ ጃን-ተኽል ፥ ውና ፡ ሕነሽም ፡
2. አብ ፡ ዝበሀል ፥ መደቀሱ ፡ ገበረ ። የማን ፡ ጸጋም ፡ ከአ ፡ ይሻላበብኒ ፡ ይ
3. ዘምትኒ ፡ ነበረ ። ንእኰለ-ጐዛይ ፡ ድማ ፡ ድቃስ ፡ ከሊእዎም ፡ ነበረ ። እኰ
ለ-ጐዛይ ፡ ድማ ፥ ዝገብርዎ ፡ ምስ ፡ ሰአኑ ፥ ዘይጥበብ ፡ ተጣበቡ ፤ እሞ ፥
ሰብአይ ፡ በዓል ፡ ደሐን ፡ ተመሲሉ ፡ ናብ ፡ ሕነሽም ፡ አቶ ። ከምዚ ፡ ዝዛ
ረበ ፡ ኸአ ፡ አምሲሉ ፥ በቲ ፡ ተኹልኩልዎ ፡ ዝነበረ ፡ ጕዶ ፡ አምውቱ ፡
4. ዘሪቑ ፡ ቐተሎ ። ሕነሽም ፡ በዚ ፡ ኸምዚ ፡ ጠፍኤ ።
5. ሽመቱ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ወዱ ፥ ናብ ፡ ከንቲባ ፡ ኽፍለ ፥ ሐለፈ ።

## 56. ውግእ ፡ ጕልጕል ፡ አምብዓ ።

1. አብቲ ፡ ቐደም ፡ ዘበን ፡ ሓደ ፡ ኻልእ ፡ ጅግና ፥ ሕነሽም ፡ ዝብል ፥
ነበረ ፥ ወዲ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ዘገርግሽ ፡ ካብ ፡ ዐዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ገረ-ኽስቶስ ።
2. ነሹ ፥ ነተን ፡ አሓ ፡ እንዳ ፡ አበኡ ፡ ሳዕሪ ፡ ኸብልዕ ፥ ብሐጋይ ፡ ናብ ፡ ቀ
3. ላቕል ፡ ወረደ ። ሰለስተ ፡ ደቂ ፡ መፍለስ ፡ ከአ ፥ ነተን ፡ አሓ ፡ ኽዘምቱ ፥
ሐደጋ ፡ ወደቕዎም ። እቶም ፡ ብጮት ፡ ሕነሽም ፡ ሀደሙ ፤ እቲ ፡ እሙ
ን ፡ ባርያ ፡ ሕነሽም ፡ ግና ፡ ንገይትኡ ፡ ኸምዚ ፡ ይሉ ፡ ሰሓሎ ፤ « ካብ ፡
4. ሀደሙ ፡ ሞቱ ፡ ይሔሽና ፤ ንሙት ፡ ደአ ፥ » የሎ ። ሽው ፡ ሕነሽም ፡ እዚ ፡

እሙን ፡ ባርይኡን ፡ ገለ ፡ ቕሩባት ፡ ዝረኸቦም ፡ ሰብኒ ፡ ሒጁ ፡ ነቶም ፡ ዘ
መትቲ ፡ ተዋግኦም ፤ እሞ ፥ ሰዓሮም ፤ ኣብቲ ፡ ጐልጐል ፡ ኣምብዓ ፡ ኣር
ብዓ ፡ ኣውደቖሎም ። ነበ ፡ ሕነሽም ፡ ከአ ፥ « ወድኻ ፥ ሐባብ ፡ ወዲቖም 5.
ም ፤ እሞ ፥ ተዋጊኡ ፡ ስዒርዎም ፤ ኣርብዓ ፡ ኸአ ፡ ኣውዲቑሎም ፥ » የል
ዎ ። ነሱ ፡ ድማ ፥ « ኣብ ፡ ጐልጐል ፡ ኣምብዓን ፡ ኣርብዓን ፤ ኣይወደይ
ኒ ፥ » የለ ።

ነዚ ፡ ሕነሽምዚ ፡ ይዅን ፡ ሐደው ፡ ነቲ ፡ ሓደ ፡ ሕነሽም ፥ ወዲ ፡ ዐ 6.
ገባ ፥ ከምዚ ፡ ይሎም ፡ ሐለዩሉ ፤

ሕነሽም ፡ ሲላየ ፣
በዓል ፡ ኣምበላየ ።
ኣበይ ፡ እዩ ፡ ጨርሕኻ ፤
በዓል ፡ ኣውላድ ፡ ኣሓ ፤
ኣብ ፡ ጐልጐል ፡ ኣምብዓ ፤
ቀታል ፡ ክልተ ፡ ኣርብዓ ።
ሕነሽም ፥ ሕነሽም ፤
ወዲ ፡ ደቀተሽም ፤
ብዛብያ ፡ ዝቕርስም ።

## ጥቢ ፡ ሕዝባይ ። 57.

ሕነሽም ፡ ምስ ፡ ሞተ ፥ ሰለስቲኦም ፡ ደቁ ፥ ሳምሶንኒ ፡ ኸንቲባ ፡ ኽ 1.
ፍለን ፡ ሕዝባይኒ ፥ « ምድርና ፡ ነጸልም ፥ » የሉ ። ሕዝባይ ፡ ከኣ ፥ መታ 2.
ን ፡ ንግራት ፡ ዓገብ ፡ ክረኽብ ፥ ዘይጥዑብ ፡ ተጣበበ ። ንሓደ ፡ ሰብኣይ ፡
ከምዚ ፡ ይሉ ፡ ተቛራቔረ ፤ « ጽባሕ ፡ ምስ ፡ ኣሕዋተይ ፥ ምድሪ ፡ ኽንመ
ቐል ፡ ኢና ፤ እሞ ፥ እናሂልካ ፡ እዛ ፡ በትረይ ፤ ዕጨይተይ ፥ ይለ ፡ ኸእት
ዋ ፡ እየ ፤ ነስኻ ፡ ኸአ ፡ ሐላፍ ፡ መገዲ ፡ መሽልካ ፡ በታ ፡ ዘሎናያ ፡ ምጻ
እ ፤ እሞ ፥ ዕጨይቲ ፡ ኣውድቓልና ፥ እንተልናኻ ፥ ነዛ ፡ በትረይ ፡ ኣብቲ ፡

3. ሽንኽተ፡ አውድቐለይ፥» የሎ። አሕዋቱ፡ ኸአ፥ ሁል-ሹሉ፡ ኸይፈለ
4. ጡ፥ ተተሓሕጆም፥ ምድሪ፡ ኸጸልሙ፥ ወፈሩ። ኣብ፡ ሰለስተ፡ ምስ፡
መጀብዎ፡ ኸአ፥ እቲ፡ ሕዝባይ፡ እተቛራቔሮ፡ ሰብኣይ፡ መጺኡ፡ ኸም
ታ፡ እተበሀሃልዎ፡ ገበረ፤ እሞ፥ ግራት፡ ዓገብ፡ ንሕዝባይ፡ በጽሐቶ።
5. ከንቲባ፡ ኽፍለ፡ ኸአ፡ ናይ፡ ጕርሒ፡ ምኽና፡ አለልዮምዋ፡ ንሕዝባ
ይ፡ የልዎ፤

« እንተ፡ ደኣ፡ ብሑነት፡ ኮነን፥ ተቐመጠላ፤
እንተ፡ ደኣ፡ ብጕርሒ፡ ኾነን፥ ተጐድአላ፤
ደቅኻን፡ ሐረስቲ፤
ደቀይኒ፡ በላዕቲ፤

ይግበሮም፡» የልዎ።

6. በዚ፡ ምኽንያትዚ፡ ግራት፡ ዓገብ፡ ተባህለት።

## 58. ዓገብ፡ ክፍለን፡ ሕዝባይኒ።

1. ብዛዕባ፡ ግራት፡ ዓገብ፡ ከአ፥ ባዕላቶም፥ እቶም፡ ሰብ፡ ርስቲ፡ ዝ
ኾኑ፥ ከምዚ፡ ይሎም፡ የዘንትዉ።
2. ደቂ፡ ሕነሽም፡ ክፍለን፡ ሕዝባይኒ፡ ሳምሶንኒ፡ እዮም፤ እሞ፥ ሰለ
ስቲኦም፡ አሕዋት፥ ክፍለን፡ ሕዝባይኒ፡ ደቂ፡ ሐንቲ፡ ሰበይቲ፥ ሳምሶ
3. ን፡ ግና፡ ዐቢ፥ ወዲ፡ ቐዳመይቲ፡ ሰበይቲ፡ ነበረ። ስለዚ፥ እቲ፡ ምድ
ሮም፡ ምኽፋል፡ ምስ፡ ቔረጹ፥ ንሳምሶን፥ « ነስኻ፡ ዐቢ፡ ኢኻ፡ እሞ፥
ክፈለና፡ ባዕልኻ፥» ይለዎም፡ የልዎ፤ ነሱ፡ ግና፡ « አይኮነን፤ ክልቴኹ
4. ም፡ ክፈልኩምዎ፡ ምጹ፥» ይሉ፡ አበዮም። ነሳቶም፡ ከአ፥ ቀደም፡ ድ
ማ፡ ዝጠየቖዎ፡ አይብልቦምኒ፡ እዩ፤ ፍታዎምሲ፡ ባዕላቶም፡ ክግምዱ፤
እሞ፥ ብሐንሳእ፡ ከአ፡ ኽጾምብሩ፡ ኻብቲ፡ በይና፡ ዘዲኡ፡ ሐዎም፥
ፍቶቶም፡ ነበረ፤ ምእንቲ፥ ምስ፡ ከፈለ፥ እብ፡ መንጎ፡ ኽልቲኦም፡ ግ
ዲኡ፡ ኸይበጽሖ፥ ክበለሓቱ፡ እዮም፡ ዝገበርዎ።

ሎሚ ፡ ንኽፍለ ፡ በጺሑ ፡ ዘሎን ፡ ንሕዝባይኒ ፡ ንደቒ ፡ ሳምሶንኒ ፣ 5.
እቲ ፡ ናይ ፡ ክፍለ ፡ ዔላ ፡ አድረሶም ፡ ይበሀል ፤ እሞ ፣ ብሸነኽ ፡ ሰሜን ፣
በቲ ፡ እተጻሕፎም ፡ አእማን ፣ መንጎ ፡ ዐድን ፡ መንጎ ፡ ዐዲ ፡ ሰጕዱን ፡ ዘ
ሎ ፡ እዩ ፤ እቲ ፡ ናይ ፡ ሳምሶን ፡ ከአ ፣ አብ ፡ ማእከል ፡ ዘሎ ፣ ንመገዲ ፡ ዐ
ዲ ፡ ጕብሩን ፡ ንደቂ ፡ ዳሽምኒ ፡ ዝወስድ ፡ ዘሎ ፣ ሕዛእቲ ፡ ዐቢ ፡ እዩ ፡ ሽ
ሙ ፤ እቲ ፡ ሳልሳይ ፡ ከአ ፣ ግራት ፡ ዓንብ ፣ ክፍሊ ፡ ሕዝባዩ ፣ ጸጋም ፡
መገዲ ፡ ዐዲ ፡ ገብሩ ፡ ምስ ፡ ሓዘ ፣ ንሸነኽ ፡ ደቡቡ ፡ ዘብል ፣ አብ ፡ መን
ጕኡ ፡ እኳ ፡ መገዲ ፡ ሕምብርቲ ፡ ዘሎ ፣ እዩ ። እሞ ፣ ንምኽፋሉ ፡ ኽድ 6.
ልድሉ ፡ ኽለዉ ፣ ክፍለን ፡ ሕዝባይኒ ፡ ተበሀሃሉ ፣ ክብሉ ፤ « ደጊም ፡ አ
ብ ፡ መንጎና ፡ ኽይአቱ ፣ እዛ ፡ ማእከለይቲ ፡ ነንእሳ ፤ እዘን ፡ ክልተ ፡ ወሰ
ኖት ፡ ግና ፡ ነግፍሐየን ፣ ምእንቲ ፣ ዐቢ ፡ እዩ ፣ ይሉ ፣ ሳምሶን ፡ ካብዘን ፣
ክልተ ፡ ገፋሕቲ ፡ ወሰኖት ፡ ክሐሪ ፣» ይሎም ። « ደሐር ፣ ነሑ ፡ ምስ ፡ ሐ
ረ ፣ ክልቴና ፡ ብሐንሳእ ፡ ንድምብር ፣ » ይሎም ፡ መኽሩሉ ።
ደሐር ፣ ምስ ፡ ከፈልዎ ፣ « ንዓ ፤ ሕጅስ ፡ ከፈልናዮ ፤ እሞ ፣ ገግዴና ፡ 7.
ኽንወስድ ፣ » ይሉዎም ፡ የልዎ ። አብቲ ፡ ቦታ ፡ ምስ ፡ ወፈሩ ፣ ምእንቲ ፡ 8.
ብገርሀነቶም ፡ ከም ፡ ዝገበርዎ ፡ ኽምስሉ ፣ ንሳምሶን ፣ « ሕሬ ፡ ቅድሚት ፣
ነስኻ ፡ ዐቢና ፡ ኢኻ ፡ እሞ ፣ » ይለዎም ፡ የልዎ ። ነሑ ፡ ቅድሚት ፡ ብገር 9.
ሁ ፣ « ብዕጨይት-ውድቕ ፡ ደአ ፡ ይብጽሐና ፣ » ይልዎም ፡ ነበረ ፤ ደሐር ፡
ግና ፣ እምብዛ ፡ ምውዳሰምኒ ፡ ብሓደ ፡ ወገን ፡ አቻለሎ ፣ ብሓደ ፡ ወገን ፡
ከአ ፡ ጥርጥር ፡ አይተረፎን ፡ በቲ ፡ ብዙሕ ፡ ቃል-ዓለሞም ። ስለዚ ፡ ነቲ ፡ 10.
ዝኸፈልዎ ፡ ምድሪ ፣ ገለ ፡ ርቡሕ ፣ ገለ ፡ ጐዱል ፡ ከይኸውን ፡ ብምባል ፣
ዘዘይሩ ፡ ንሰለስቲኤን ፡ ክፍሊ ፡ በብተራ ፡ ግዝፈንኒ ፡ ምንአሰንኒ ፡ ርእ
ዩ ፡ ጠሚቱ ፣ እተን ፡ ክልተ ፡ ወሰኖት ፡ ብምኽሮምኒ ፡ ብተንከሎምኒ ፡
ኽም ፡ ዘግዝፍወን ፣ እታ ፡ ማእከለይቲ ፡ ግና ፡ ኽም ፡ ዘንኣስዋ ፣ ምእንቲ ፡
ኻብተን ፡ ገዘፍቲ ፡ ኽሐሪ ፣ አስተውዒሉ ፣ ደሐር ፣ አብ ፡ ግራት ፡ ዓንብ ፡
ኰይኑ ፣ ነገሩ ፡ አጕህይዎ ፣ « ዓንብ ፣ » የለ ፤ እሞ ፣ « ባህ ፡ እኳ ፡ ኽይብ

ለኰም ፥ ምእንቲ ፡ ኽትፋላለዩ ፥ እዛ ፡ ማእከለይቲ ፡ ንእሽቶ ፡ ሐሬኹ ፥ »
11. የሎም ። ስለዚ ፡ እኳ ፥ ነሱ ፡ ዐቢ ፡ ስለ ፡ ዝነበረ ፥ ሽም ፡ እታ ፡ ምድሩ ፡
ሕዛእቲ ፡ ዐቢ ፡ ተባህለት ።
12. ክፍሊ ፡ ሕዝባይ ፡ ከአ ፡ በታ ፡ ናብኣ ፡ ኹይኑ ፡ ሳምሰን ፥ « ዓገብ ፥ »
ዘለ ፥ « ግራት ፡ ዓገብ ፥ » ይሎም ፡ ሽም ፡ ሃብዎ ።

## 59. ሹማምቲ ።

1. ሽመት ፡ ከንቲባ ፡ ኽፍለ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ወዲ ፥ ናብ ፡ ተኽለ-ሃይማኖ
ት ፥ ሐለፈ ።
2. ተኽለ-ሃይማኖት ፡ አብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኹይኑ ፡ ኽገዝእ ፡ ከሎ ፥ ሀገር ፥ ብ
ኽፉእ ፡ ነቕጽን ፡ ንፋስኒ ፡ ዘርኡ ፡ ጠፍኤ ፤ በብዓመት ፡ ከአ ፡ ገደደ ። በ
ዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡ ኸአ ፡ አሕዋት ፡ ንቕሩብ ፡ እዋን ፡ አብ ፡ ወዱ ፥ አብ ፡
3. ተኽለ-ታትዮስ ፥ አሕለፍዎ ። ሽዑ ፡ ኸአ ፡ ዝገደደ ፡ ኾነ ። ተኽለ-ታትዮስ ፡
4. ድማ ፥ እዚ ፡ ምስ ፡ ርኤ ፥ ሽመት ፡ አብ ፡ አሕዋት ፡ መለሶ ። አሕዋት ፡ ከ
አ ፡ ንኸንቲባ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ወዲ ፡ ሳምሶን ፡ ሸምዎም ። – –
5. ከንቲባ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፡ ሓደ ፡ እዋን ፡ ንወዶም ፥ እምሓ ፥ ግብሪ ፡
6. ንንጉስ ፡ ክውፊ ፥ ናብ ፡ ዐደምሓራ ፡ ሰደድዎ ። ነሱ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ንጉስ ፡
አትዩ ፥ ደገ ፡ ንጉስ ፡ ጸኒዑ ፥ ንቤተ-መንግስቲ ፡ አገልጊሉ ፡ ኻብ ፡ ንጉስ ፡ ክ
ንትብነት ፡ ተቐበለ ። ጸዐዘጋ ፡ ምስ ፡ ተመልሰ ፡ ኸአ ፥ « አቦይ ፡ ከሎ ፥ አነ ፡
7. ኽሸየም ፡ አይግብአንን ፥ » ይሉ ፡ ናብ ፡ አቡኡ ፡ አሕለፎ ። ከምዚ ፡ ይሎ
ም ፡ ከንቲባ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ቅድም ፡ በሕዋት ፥ ደሐር ፡ ብወዶም ፡ ተሸሙ ።

## 60. ምእታው ፡ ተኽለ-ታትዮስ ፡ አብ ፡ ዐዲ ፡ ገብሩ ።

1. ተኽለ-ታትዮስ ፡ ከአ ፥ ሽመቱ ፡ ምስ ፡ ሐለፈ ፥ ንደቁ ፡ አኪቡ ፡ ዐዲ ፡
ገብሩ ፡ አቶ ።
2. ምኽንያቱ ፡ ኸአ ፥ ሓደ ፡ ሀብታም ፥ ገብሩ ፡ እትባህለ ፥ በዓል ፡ መቐ

ርካ ፡ ዐንሰባ ፥ ናብ ፡ እንዳባ ፡ ሽሞ ፡ ነበረ ፡ እሞ ፥ ባርያ ፡ ተኽለ-ታትዮስ ፡
ከአ ፡ ንጓል ፡ ገብሩ ፡ ዐዳ ፡ ኸይዱ ፡ አቶሓረቓ ። ገብሩ ፡ ኸአ ፡ ነቲ ፡ ባር
ያ ፡ ቐተሎ ፤ ተኽለ-ታትዮስ ፡ ድማ ፡ በዚ ፡ ጕህዩ ፡ አብ ፡ ንጉስ ፡ ጠርዒ ።
ንጉስ ፡ ዘረብኡ ፡ ሰሚዖም ፥ « በል ፤ እታ ፡ ዐዲ ፡ ገብሩ ፡ ንርስትኻ ፡ ት 3.
ኹን ፥ ካልእ ፡ ግና ፡ አይትግበር ፥ » ይሎም ፡ ፈረዱሉ ።

ከምዚ ፡ ይሉ ፡ እዩ ፥ ተኽለ-ታትዮስ ፡ ንዐዲ ፡ ገብሩ ፡ እተረስተ ። እ 4, 5.
ቶም ፡ ደቂ ፡ ሐዉ ፥ ደቂ ፡ ፍንጃይ ፡ ድማ ፡ ድሕርዚ ፡ ሰዓቡ ።

## ዑና ፡ ሓሽልኒ ፡ ዑና ፡ ጕዶን ። 61.

በዚ ፡ ዘበንዚ ፡ አቢሉ ፡ ኸአ ፡ ኽልተ ፡ ፋሕፋሕ ፡ ዝብላ ፡ ዐድታት ፡ 1.
ነበራ ፥ ዑና ፡ ሓሽልኒ ፡ ዑና ፡ ጕዶን ፡ ዝበሃላ ። አጠፋፍእኤን ፡ ከአ ፡ በዚ ፡
ኸምዚ ፡ እዩ ፥ ይብልዎ ።

ሐንቲ ፡ ሰበይቲ ፥ ወዳ ፡ ናብዘን ፡ ዐድታትዚአተን ፡ ብህሴታ ፡ ሞ 2.
ተ ። እቶም ፡ ደቂ ፡ ዐዲ ፡ ኸአ ፡ ነቲ ፡ ቐታሊ ፡ ፍትሒ ፡ አውጺኦም ፥ ሕ
ነ ፡ ኸይፈድዩላ ፥ ዕሽሽ ፡ ይሎም ፡ ረአይዎ ። ነሳ ፡ ኸአ ፥ መታን ፡ ሕነ ፡ ወ 3.
ዳ ፡ ኽትፈዲ ፥ ብኣሊድ ፡ ሐሊሕድ ፡ ከም ፡ ዝጣፍኡ ፥ ገበረቶም ።

ፈላሲት ፡ ተመሲላ ፥ ናብ ፡ ዑና ፡ ሓሽል ፡ መጺአ ፥ ከምዚ ፡ ይላ ፡ ት 4.
ልምን ፤ « ማርያም ፡ ትሀብኩም ፤ ካብዚ ፡ ዑና ፡ ጕዶ ፡ ዝብሉኹም ፡ ከ
አ ፡ የውጽእኩም ። » « እንታይ ፡ ይብሉና ፡ አልዮም ፥ አቲ ፤ » እንተል 5.
ዋ ፡ ኸአ ፥ « ዎ ፥ እንታይኬ ፡ ዘይብሉኹም ፤ አስያፎም ፡ አስሒሎም ፥ አ
ጽዋሮም ፡ ቀሪቦም ፡ ደአ ፥ ንዑና ፡ ሓሽል ፡ ሐመድ ፡ ክንገብሮም ፥ ይብሉ ፥
ሰሚዔ ፥ » ትብሎም ። ነሳቶም ፡ ከአ ፥ « ሀይ ፤ ይምጽኣ ፡ ኸሞ ፥ » ይብ
ልዎ ። ናብ ፡ ዑና ፡ ጕዶ ፡ ኸይዳ ፡ ድማ ፡ ኸምዚ ፡ ይላ ፡ ትልምን ፤ « ማር 6.
ያም ፡ ትሀብኩም ፥ ካብዚ ፡ ዑና ፡ ሓሽል ፡ ዝብሉኹም ፡ ከአ ፡ የውጽእኩ 7.
ም ። » « እንታይ ፡ ይብሉና ፡ አልዮም ፥ አቲ ፤ » እንተልዎ ፡ ኸአ ፥ « ዎ ፥
እንታይኬ ፡ ዘይብሉኹም ፤ አስያፎም ፡ አስሒሎም ፥ አጽዋሮም ፡ ቀሪቦ

ም ፡ ደአ ፥ ንዑና ፡ ጕዶ፟ ፡ ሐመድ ፡ ክንገብሮም ፥ ይብሉ ፥ ሰሚዔ ፡ » ትብ
ሎም ። ነሳ፟ቶም ፥ « አብኡ ፡ ኽሞ፟ ፡ ይደየ፟ን ፥ » ይብልዋ፟ ።
8. ደሐር ፡ ሓደ ፡ መዓልቲ ፡ እቶም ፡ ጓሶት ፥ « አሓይ ፡ እየ፟ን ፡ ቅድ፟ም ፡
ዝሰትያ ፥ » « አሓይ ፡ እበ፟ ፡ ደአ ፡ እየ፟ን ፡ ቅድ፟ም ፡ ዝሰትያ ፥ » ተበሃሂሎ
9. ም ፡ ተበአሱ ፤ እሞ፟ ፥ ኣውያት ፡ ከነ ። ሽዑ ፡ ዑና ፡ ጕዶ፟ ፥ « ዑና ፡ ሓሸል ፡
ወደቑና ፥ » ይሎም ፥ ዐጢቖም ፥ አጽዋሮም ፡ ሕጆም ፡ ወረር ፡ የሉ ። ዑ
ና ፡ ሓሸል ፡ ድማ፟ ፥ « ዑና ፡ ጕዶ፟ ፡ ወደቑና ፥ » ይሎም ፥ ዐጢቖምኒ ፡ ተሰ
10. ሊ፟ፎምኒ ፡ መጹ ። እሞ፟ ፥ ክልቲ፟አም ፡ ተፋለሱ ።
11. እቲ ፡ ምድሮም ፡ ከአ ፥ ፈረቐኡን ፡ ጻዕዳ-ኽስታን ፡ ፈረቐኡን ፡ ዐዲ፟ ፡
ሰጕዶን ፡ ወኽ፟-ድበ፟ን ፡ ወሰድዎ፟ ።

## 62. ወለዶ ፡ ቤት ፡ ገረ-ኽስቶስ ።

1. ገረ-ኽስቶስ ፡ ኡብ ፡ ጻዕዳ-ኽስታን ፡ ኰይኑ ፥ ዮሴፍ ፥ ቶምበሳ ፥ ሀብታ
ይ ፥ ሐይላይ ፥ ብሩሕ ፥ ዕቍባላ፟ሰ ፡ ንተ፟ባህሉ ፥ ንሽድ፟ሽቲአም ፡ ወለደ ። ካብ
2. ኦም ፡ ብሩሕኒ ፡ ዕቍባላ፟ሰን ፡ ዘርኢ ፡ ዘይብሎ፟ም ፡ ጠፍኡ ። ሀብታይ ፡ ን
3. ጻዕዳ-እምባ ፡ ኸደ ፤ ዘርኡ ፡ ኸአ ፡ ኽሳዕ ፡ ሕጂ ፡ ኡብኡ ፡ አለ፟ዉ ። ከምኡ ፡
ድማ፟ ፡ ሐይላይ ፡ ንቑሸት ፡ ከደ ፤ ዘርኡ ፡ ኸአ ፡ ኽሳዕ ፡ ሕጂ ፡ አብኡ ፡
4. አለ፟ዉ ። ዮሴፍኒ ፡ ቶምበሰን ፡ ድማ፟ ፡ ናብ ፡ ጻዕዳ-ኽስታን ፡ ተረፉ ።
5. ካብኦም ፡ ከአ ፡ ብፍላ፟ይ ፡ ዮሴፍ ፡ ንገረ-ኽስቶስኒ ፡ ንሰመረ-ኽስቶስኒ ፡
6. ወለደ ። ሰመረ-ኽስቶስ ፡ ንዳዕሮ-ቓውሎስ ፡ ከደ ፤ ዘርኡ ፡ ኸአ ፡ ኽሳዕ ፡ ሕ
7. ጂ ፡ አብኡ ፡ አለ፟ዉ ። ገረ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ እንዳ ፡ አቡ፟ኡ ፡ ኰይኑ ፡
ንተስፋ-እዝግን ፡ ንብጽዕ-አምላኽኒ ፡ ንሀብተ-ልዑልኒ ፡ ወለደ ።
8, 9. ካብዚኣቶም ፡ እንዳ ፡ ሀብተ-ልዑል ፡ ኣውራቶም ፡ ዐበ፟ይቲ ፡ ኾኑ ። ነ
ሳ፟ቶም ፡ አብ ፡ ጻዕዳ-ኽስታን ፡ እኒ፟ ፡ ዐዲ፟ ፡ ኽንቲባ ፥ እኒ፟ ፡ ዐዲ፟ይጠበ ፡ አለ፟
ውዎ፟ም ። ካብኦም ፡ ድማ፟ ፡ አብ ፡ ዐዲ፟ ፡ ሰጕዶን ፡ አብ ፡ ዐዲ፟ ፡ ሐሙ፟ሽተ
ን ፡ ዐዲ፟ብ-ነገርኒ ፡ አብ ፡ ጐዳይፍኒ ፡ ገጅረትኒ ፡ አለ፟ውዎ፟ም ።

## ወለዶ ፡ ደቂ ፡ ብሩሕ ። 63.

ብሩሕ ፡ ንሐደምበስኒ ፡ ቴድሮስኒ ፡ ጋብስታን ፡ ንኽንቲባ ፡ ገርግሽኒ ፡ 1.
ንወራስን ፡ ወለደ ፤ ካብኦም ፡ ግና ፡ ወራሲ ፡ ዘርኢ ፡ ዘይብሉ ፡ ጠፍኤ ።
ዘርኢ ፡ ሐደምበስኒ ፡ ጋብስታን ፥ ገለ ፡ ቕሩብ ፡ ድማ ፡ ኻብ ፡ ደቂ ፡ ቴድ 2.
ሮስ ፡ ኣብ ፡ እንዳ ፡ ኣቦኦም ፥ ኣብ ፡ ዐዲ ፡ ቼንጺ ፥ ኣለዉ ። ወዲ ፡ ቴድሮ
ስ ፥ ተኽለንኪኤል ፡ እተባህለ ፥ ግና ፡ ንዐዲ ፡ ጓዕዳድ ፡ ከደ ፤ ዘርኡ ፡ ድ
ማ ፡ ኽሳዕ ፡ ሕጂ ፡ ናብኡ ፡ ኣለዉ ። ከንቲባ ፡ ገርግሽ ፡ ድማ ፡ ባዕሎም ፡ 3.
ንምስጓግ ፡ ኣተዉ ። ነሶም ፡ ኣብኡ ፡ ኹይኖም ፡ ንገረ-ኽስቶስ ፥ ጋላ ፡ እ
ተባህለ ፥ ንወለሎ ፥ ንስሜናይ ፥ ንብሩሕ ፡ ወለዱ ። ካብኦም ፡ ድማ ፡ ብሩ 4.
ሕ ፡ ክትመውልዕ ፡ ከደ ፤ ዘርኡ ፡ ኽኣ ፡ ናብኡ ፡ ኣለዉ ። ዘርኢ ፡ ስሜና 5.
ይ ፡ ከኣ ፥ ዐዲ ፡ ሐማሴናይ ፡ እናተባህሉ ፥ ናብ ፡ ጽልማን ፡ ኣብ ፡ ቋላን ፡
ፋሕ ፡ ይሎም ፡ ኣለዉ ። ዘርኢ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ጋላ ፡ ድማ ፥ ገለን ፡ ኣብ ፡ 6.
ምስጓግ ፡ ኣለዉ ፥ ገለ ፡ ግና ፡ ንዐዲ ፡ ቼንጺ ፡ ተመልሾም ፡ እዮም ፡ ዘለ
ዉ ። ዘርኢ ፡ ወለሎ ፡ ድማ ፥ ዝርከቦም ፡ ኣብ ፡ ምስጓግ ፡ ኣለዉ ። 7.

ደቂ ፡ ብሩሕ ፡ ከምዚ ፡ ይሎም ፡ ተዘርግሑ ። ደቂ ፡ መንቄሮስ ፡ ግና ፥ 8, 9.
ናብ ፡ ካልእ ፡ ዝወጸ ፡ የብሎምኒ ፤ ስለዚ ፡ ሕጂ ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡ ቼንጺ ፡ ነሳ
ቶም ፡ ይበዝሑ ። – –

ደቂ ፡ ራውያ ፡ ኽኣ ፥ ኣብ ፡ ወኽድባ ፡ ጥራይ ፡ እዮም ፡ ዘለዉ ። ከም 10.
ኡ ፡ ኽኣ ፡ ደቂ ፡ ያዕቆብኒ ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡ ያዕቆብ ፥ ደቂ ፡ ሙሳን ፡ ኣብ ፡
ዐዲ ፡ ሙሳ ።

III.

# ዐድ-ደገ፟ዝማቲ ።

64. ሀብ-ስሉ፟ስ ፡ ዐባቕ፟ኒ ፡ እም፟ሓን ።

1. ከንቲባ ፣ ገረ ኽስቶስ ፡ ምስ ፡ ሞቱ ፣ እቲ ፡ ሸመቶም ፣ ኣብ ፡ ወጆ፟ም ፣ ኣብ ፡ እም፟ሓ ፣ ተመልሰ ።

2. በዚ ፣ እዋ፟ንዚ ፣ ኣቢ፟ሉ ፡ ድማ፟ ፡ ሓደ ፡ ግዜ ፡ ገረ-ስላ፟ሰ ፡ ወዲ፟ ፣ ተስ
ፋላ፟ሰ ፡ ምስ ፡ ሀብ-ስሉ፟ስ ፡ ወዱ፟ ፡ ኹይኑ ፣ ካብቲ ፡ ተቓ፟ሚጥዎ፟ ፡ ዝነበረ ፡
ዐዲ፟ ፣ ካብ ፡ ጽላለ ፣ ኣብ ፡ ወዲ፟ ፡ ሐወቡ፟ኡ ፡ ምኽ፟ትኒ ፡ መዓርኒ ፡ ሕጁ ፡
3. ናብ ፡ ጸዐዘ፟ጋ ፡ መጸ ። እም፟ሓ ፡ ድማ፟ ፡ ንኡ ፡ ኸነ ፡ ንሀያ፟ቡ ፡ ኣይተቐበ፟ሎ
ን ። ሳልስቲ ፡ ዝኣኽ፟ል ፡ ደገ፟ ፡ ቤቱ ፡ ምስ ፡ ጸንዔ ፣ ቀብጬ ፡ ንገዝኡ ፡ ተ
4. በ፟ገሰ ። ክኸዱ ፡ ኸለ፟ዉ ፡ ኸአ ፣ ሀብ-ስሉ፟ስ ፣ « እም ፣ እም ፣ እም ፣ » የለ ።
ኣቡ፟ኡ ፡ ኸአ ፣ « ደሐንካ ፤ » የሎ ። ነሱ፟ ፡ ኸአ ፣ « ኣቻ፟ ፡ ኣቦ፟ ፤ ነጋሪት ፡
5. ዊን ፣ ይሉኒ፟ ፣ » የለ ። ኣቡ፟ኡ ፡ ኸአ ፡ ጐሀዩ ፡ የሎ ፤ « ወደ፟ይ ፤ ሰብ ፡ ነጋ
ሪት ፡ ንዐይኖም ፡ እና፟ጸልኡና ፣ ነጋሪት ፡ ኣበይ ፡ ንረኽቦ ፤ ትም ፡ በል ፤ »
ይሉ ፡ ኹረ፟የሉ፟ ።

6. ድሕርዚ ፡ ሀብ-ስሉ፟ስ ፣ « ካብ ፡ ምስዚኣቶም ፡ ምቕ፟ማጥሲ ፡ ምጥፋእ ፡
ይሐይ፟ሽ ፣ » ይሉ ፣ ካብ ፡ ጽላለ ፣ ካብ ፡ ቤት ፡ ኣቡ፟ኡ ፣ ለቒቑ ፣ ንዐደ፟ም
ሓራ ፡ ኸደ ፤ ጬዋ፟ ፣ ሰራር ፡ ፈረስ ፣ ምኳኑ ፡ መታን ፡ ከፍል፟ጥ ፡ ከአ ፣ ል
7. ጓም ፡ ዓረብ ፡ ተማልኤ ። እሞ፟ ፣ ኣብ ፡ ኣደ፟ባባይ ፡ ኲይኑ ፣ ኣብ ፡ ዝረኸ

በ ፡ ፋንድያ ፡ እኛወዓለን ፡ እኛሐደረን ፣ ብዓበቕ ፡ ቴንደፍደፍ ፡ ይሉ ፡ ነ
በረ ፤ ስለዚ ፡ ገዘበዝሕ ፡ ሽሙ ፡ እኳ ፡ ሀብ-ስሉስ ፡ ዐባቕ ፡ ይበሀል ፡ ነበረ ።
በዚ ፡ ኸምዚ ፡ ዝአመሰለ ፡ ተዋርዶን ፡ ጸበባን ፡ ሾብዐተ ፡ ዓመት ፡ ተቐ 8.
መጠ ።

አብ ፡ መንጎዚ ፡ እምሓ ፡ ድማ ፣ ሀብ-ስሉስ ፡ ዐባቕ ፡ አብ ፡ ግቢ ፡ 9.
ኸም ፡ ዘሎ ፣ ምስ ፡ ሰምዔ ፣ « እዚ ፡ ዐባቕ ፡ አብ ፡ ቤተ-ንጉስ ፡ ከይሐልፈ
ኒ ፣ » ይሉ ፣ ካብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ገስግሹ ፡ ንዐደምሓራ ፡ ኸደ ። አብኡ ፡ እም 10.
ሓ ፡ አብ ፡ ቤተ-ንጉስ ፡ አታዊን ፡ ወጻእን ፡ ገባርን ፡ ሐዳግን ፡ ነበረ ፣ ሀ
ብ-ስሉስ ፡ ግና ፡ ሓደ ፡ ግዳም-ሀደር ፣ በላዕ ፡ ግብሪ ።

## ሀብ-ስሉስ ፡ ምስ ፡ ልጓሙ ። 65.

ድሕርዚ ፡ ሓደ ፡ እዋን ፡ ከምዚ ፡ ኾነ ። 1.

ሐጸይ ፡ ፋሲል ፣ ሓደ ፡ ዕቡድ ፡ ዝኾነ ፡ ፈረስ ፡ ነበሮም ፤ ካብ ፡ ሰራ 2.
ዊቶም ፡ ሓደ ፡ ዝደፍሮ ፡ ተሳእነ ። ብዘረባ-ዘረባ ፡ ገ፥መጸ ፣ ንጉስ ፡ ንእም 3.
ሓ ፡ የልዎ ፤ « አታ ፤ ገለዶ ፡ ኻብዘም ፡ ሐማሴን ፣ ፈረስ ፡ ምስራር ፡ ዝኽ
እል ፣ አሎ ፤ » ይሎም ፡ ሐተትዎ ። ነሱ ፡ ኸአ ፡ ትገ፥ ፡ አቢሉ ፣ « ጐይታ
ይ ፤ ሓደ ፡ ጐበዝ ፣ ወዲ ፡ ሐወቦይ ፡ ዝኾነኒ ፣ ሀብ-ስሉስ ፡ እተባህለ ፣ አብ
ዚአ ፡ ለም-ቅነ ፡ ርእየዮ ፡ ነበርኩ ፤ ነሱ ፡ ግርም ፡ ይሰርር ፡ እዩ ፣ » የሎም ።
ንጉስ ፡ ድማ ፣ « ተሎ ፡ ይልኩም ፡ ጸውዕዎ ፣ » ይሎም ፡ አምጽእዎ ። – – 4.
እምሓ ፡ ኸአ ፣ ብሐቂ ፡ ምስራር ፡ ፈረስ ፡ ስለ ፡ ዝኽአለ ፣ አይኮነን ፡ ንንጉ 5.
ስ ፡ ዝነገሮም ፤ እንተ-ኾነ ፡ እቲ ፡ ፈረስ ፡ ጽጉብ ፣ ሀብ-ስሉስ ፡ ከአ ፡ ሕማ
ቕ ፡ ነበረ ፡ እሞ ፣ « አብኡ ፡ ይመውት ፣ » ሓሲብዎ ፡ እዩ ።

ሀብ-ስሉስ ፡ ከአ ፡ ጨርቂ ፡ ተኸዲኑ ፣ እታ ፡ ልጓሙ ፡ ናብ ፡ ትሕቲ ፡ 6.
ጨሌርቁ ፡ ናብ ፡ ከሳዱ ፡ አእትዩ ፣ አብ ፡ ንጉስ ፡ መጸ ። ንጉስ ፡ ከአ ፣ ምስ ፡ 7.
ረአይዎ ፣ ብጨሌርቁን ፡ ብዓበቑን ፡ ነዓቕዎ ፤ ተገሪሞም ፡ ድማ ፣ « እምበር
ዶ ፡ ፈረስ ፡ ምስራር ፡ ትኽእል ፡ ኢኻ ፤ » ይሎም ፡ ሐተትዎ ። ሀብ-ስሉ

ስ ፡ ከአ ፣ « እሺ፟ ፡ እምበር ፣ ጐይታይ ፤ ካበሉንስ ፣ እፍች፟ን ፣ » የሎም ።
8. ሽዑ ፡ ነቲ ፡ ፈረስ ፡ ጽዒኖም ፡ ሃብዎ፟ ፤ ነሱ፟ ፡ ኸአ ፣ ቀስ ፡ እና፟በ፟ለ ፣ ካብኡ
ም ፡ ተዐዝረ ።

9. ደሐር ፡ ግና ፡ ወሪዱ ፡ እታ ፡ አብ ፡ ክሳዱ ፡ ዝነበረት ፡ ልጓም ፡ ለው፟
10. ጠሎ፟ ። ካብኡ ፣ ደም ፡ እና፟ዕፈረ ፣ ከጋልበ ፡ ወዓለ ፣ እቲ ፡ ፈረስ ፡ ብድኻ
ምኒ ፡ ብረሃጽኒ ፡ ፈጥፈጥ ፡ ክሳዕ ፡ ዝብል ። ክም፟ለስ ፡ ከሎ፟ ፡ ኸአ ፣ እታ ፡
11. ልጓም ፡ ቀደሙ ፡ ለጕሙ ፡ ተወጥ፟ሐ ። ሰብ ፡ ኵሎ፟ ፤ « አበይ ፡ ኮን ፡ ደር
ብይዎ፟ ፡ ይኸው፟ን ፤ » ክብል ፣ ምስ ፡ ወዓለ ፣ እም፟ሓ ፡ ኸይተረረፈ ፤ « ሞይ
ቱ ፡ ይኸው፟ን ፣ » ይሉ ፡ ምስ ፡ ቀበጸ ፣ ሀብ-ስሉ፟ስ ፡ ምስ ፡ ፈረሱ ፡ ድርግ
ም ፡ ይሉ ፡ አቶ ። አብኡ ፡ ዝነበረ ፡ ሀዝቢ ፡ ኹሎ፟ ፡ ተገ፟ረመ ።

12. ሀብ-ስሉ፟ስ ፡ ከአ ፡ ካብዛ ፡ መዓልትዚኣ ፡ ሕጁ ፡ አብ ፡ ቤተ-ንጉስ ፡ ፍ
ሉጥ ፡ ኮነ ፤ እንተኸነ ፡ ኸም ፡ እም፟ሓ ፡ አይኮነን ።

## 66. ካልኣይ ፡ ጥቢ፟ ፡ እም፟ሓ ።

1. ድሕሪ ፡ ቕሩብ ፡ እዋ፟ን ፡ ከአ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘማት ፡ ወዲ፟ ፡ ኸፍለ ፣ በዓ
ል ፡ ዐድ-ተኸ፟ሌ-ዛን ፣ ካብ ፡ ንጉስ ፡ ክንትብ፟ነት ፡ ምስ ፡ ተቐበ፟ለ ፣ ንዐዱ፟ ፡ ተ
2. በ፟ገሰ ። ሐጻይ ፡ ፋሲል ፡ ከአ ፣ « መ'ን ፡ አሎ፟ ፡ ሀብሮም ፣ ንዘማት ፡ ዐዱ፟ ፡
አብጺሒዎ፟ ፡ ዝም፟ለስ ፤ » ይሎም ፡ አሕተቱ ። እም፟ሓ ፡ ኸአ ፣ « ጐይታይ ፤ ካ
3. ብ ፡ ሀብ-ስሉ፟ስ ፡ ዝነፍ፟ዕ ፣ መን ፡ ክርከ፟ብ ፤ ንኡ ፡ ስደዱ ፣ » የሎም ። ንጉስ ፡
ከአ ፤ « ሐቂ፟ ፡ እዩ፟ ፤ » ይሎም ፡ አጸዊ፟ዖም ፡ ሐተትዎ፟ ፤ « ንዘማት ፡ ዐዱ፟ ፡ አ
ብጺሒካ ፡ ኽትም፟ለስዶ ፡ ይኽነልካ ፤ » ይሎም ። ነሱ፟ ፡ ኸአ ፡ ኸምታ ፡ ቐዳ
መይቲ ፡ ቓል ፤ « እሺ፟ ፡ እምበር ፤ ጐይታይ ፤ ካብ ፡ አዘ፟ዙንስ ፤ » የሎም ።
4. ንጉስ ፡ ከአ ፡ ንዘማት ፡ ቀለቤት ፡ ወርቂ ፡ ሂቦም ፡ የልዎ፟ ፤ « ብሐቂ፟ ፡
ሀብ-ስሉ፟ስ ፡ ዐዱ፟ኻ ፡ ምስ ፡ አብጽሐካ፟ ፣ ነዛ ፡ ቐለቤት ፡ ወርቂ ፡ ሂብካ ፡ ስ
ደዶ፟ ፤ ንኣ ፡ ሕጁ ፡ እንተ ፡ መጸኒ፟ ፣ ዐዱ፟ኻ ፡ ኸም ፡ ዝአቶኻ ፡ እአም፟ን ፤ ጥ
ራዩ ፡ እንተ ፡ መጸኒ፟ ፡ ግና ፣ አይ፟ቐበ፟ሎን ፡ እየ፟ ፡ » ይሎም ፡ ሐበ፟ርዎ፟ ።

ድሕርዚ ፡ እምሓ ፡ ኸአ ፡ ንጸዐዘጋ ፡ ልኡኻት ፡ ሰደደ ፤ « ሀብ-ስሉ 5.
ስ ፡ ዐባቕ ፡ ንኸንቲባ ፡ ዘማት ፡ ሕጁ ፡ ይመጸኹም ፡ አሎ ፤ እሞ ፥ አይተ
ሕልፍዎ ፥ ቅተልዎ ፥ » ዝብሉ ። ሀብ-ስሉስ ፡ ከአ ፡ ኽፍአት ፡ ሐዉ ፡ ሸዓ ፡ 6.
ፈሊጡ ፥ ንኸንቲባ ፡ ዘማት ፡ ብዋልቃይት ፡ ጌሩ ፥ ብባርያ ፡ አቢሉ ፥ ዐጆ
ም ፡ አእተዎም ። እቶም ፡ ንአ ፡ ኽቐትሉ ፡ ዝደለዩ ፡ ከአ ፡ ብሰራየን ፡ 7.
ብእሖለ-ጕዛይኒ ፡ ኽሳድ ፡ ሕጆም ፡ ነበሩ ፤ እሞ ፥ ሀብ-ስሉስ ፡ ብበረኻ ፡ አ
ቢሉ ፡ ዐድ-ተኽሌ-ዛን ፡ ከም ፡ ዝአቶ ፥ ምስ ፡ ሰምዑ ፥ « ክምለስ ፡ ክሎ ፥ ክ
ንረኽበ ፥ » ይሉም ፡ ብሸነኽ ፡ በረኻ ፡ ኽሳውዲ ፡ ሓዙሉ ። ነሱ ፡ ኸአ ፡ ኽ 8.
ም ፡ ብሐድሽ ፡ ብባሕሪ ፡ አቢሉ ፥ ብዐጋሜ ፡ ጌሩ ፥ ነታ ፡ ቐለቤት ፡ ወር
ቂ ፡ ሕጁ ፡ ዐጀምሓራ ፡ አቶ ።

ሐጸይ ፡ ፋሲል ፡ ከአ ፥ « እምበርዶ ፡ ንዘማት ፡ ዐጁ ፡ አብጺሕኮ ፡ 9.
ኢኻ ፤ » ይሎም ፡ እንተ ፡ ሐተቱ ፥ « እዌ ፥ ጐይታይ ፤ ከም ፡ ዝአዘዙኒ ፥
ጌረ ፥ » ይሉ ፡ የለ ። ሽዑ ፡ ሐጸይ ፥ « እምብአርስኼ ፥ ገለ ፡ መፈለጥታዶ ፡ 10.
ተማሊእካ ፡ አሎኻ ፤ » ይሎም ፡ ሐተትዎ ። ነሱ ፡ ኸአ ፥ « የብለይኒ ፥ » ይ
ሉ ፡ ትም ፡ የለ ። በዚ ፡ ንጉስ ፡ ኰርዮም ፥ « ገለ ፡ እኳዶ ፡ አይሃበካን ፤ » 11.
ይሎም ፡ ካልአይ ፡ ሐተትዎ ። ነሱ ፡ ኸአ ፥ « ዝሃቡኒስ ፡ የብሎምኒ ፥ ብጀ
ኻ ፡ እዛ ፡ ቐለቤት ፥ » ይሉ ፡ ንንጉስ ፡ እታ ፡ ቐለቤት ፡ አርአዮም ። ሽዑ ፡ 12.
ንጉስ ፡ ብዙሕ ፡ ተሐጐሱ ፤ ተሎ ፡ ይሎም ፡ ድማ ፡ ንሀብ-ስሉስ ፡ ሰሊሞ
ም ፡ ቀምሽ ፡ አልበስዎ ።

ካብኡ ፡ ኋሎም ፡ ሂቦም ፡ ሸይሞም ፡ ሰደድዎ ። 13.

## ሀብ-ስሉስ ፡ ንጓል ፡ ሐጸይ ፡ ቀተላ ። 67.

ከምዚ ፡ ይሎም ፡ ሐጸይ ፡ አለም-ሰገድ ፡ ንሀብ-ስሉስ ፡ ኋሎም ፡ አመ 1.
ርዓዉሉ ፤ እሞ ፥ አቤቶ ፡ አበልዎ ። ድሕርዚ ፡ ግገዝአት ፡ ባምቦሎ-ምላሽ ፡
ሂቦም ፡ አፋነውዎ ።

ሀብስሉስ ፡ ከአ ፥ ካብ ፡ ዐጀምሓራ ፡ ምስ ፡ ተበገሰ ፥ ጌና ፡ ናብ ፡ መገ 2.

3. ዺ ፡ ኸሎ ፥ ሰበይቱ ፡ ነዓቖቖ ። ድሕርዚ ፡ ነሹ ፥ « ደሐን ፡ አሎኹ ፥ » ይ
ሉ ፥ ከም ፡ ንብረት ፡ ሰብአይኒ ፡ ሰበይትን ፡ ክራኽብ ፡ እንተ ፡ ደለ ፥ ነሳ ፡
ግና ፡ አበየቖ ። ነሹ ፡ ኸአ ፡ ብሐረቓት ፡ አንጸርጺሩ ፥ ወስ ፡ አቢሉ ፡ ግ
4. ብ ፡ አበላ ። ሸው ፡ ብኣ-ብኣ ፡ ኸረፍ ፡ ይላ ፡ ሞተት ።
5, 6. ድሕርዚ ፡ ሀብ-ስሉስ ፡ ንዐጀምሓራ ፡ ተመልሰ ። ናብ ፡ ንጉስ ፡ አት
ዩ ፡ ኢድ ፡ ነስኤ ፧ አብ ፡ ኢዱ ፡ ኸአ ፡ ሴፍኒ ፡ ምራንኒ ፡ ሕጁ ፡ ኸምዚ ፡
የለ ፧ « ጐይታይ ፧ ነሶም ፡ ብዐቢ ፡ ለውሃቶም ፡ ኻሎም ፡ ሂበም ፡ አፉነዉ
ኒ ፧ ኣነ ፡ ኸአ ፡ ኸም ፡ ንቡር ፡ ግቡእ ፥ ሰበይተይ ፥ ይለ ፡ እንተ ፡ መጻእ
ኩ ፥ ምቕራብ ፡ ከልኣኒ ፧ ነገር ፡ ሰይጣን ፡ ኰይኑ ፡ ኸአ ፥ ወስ ፡ እንተበል
ኩ ፥ ሀረምክወን ፧ ሸው ፡ ናብ ፡ ኢደይ ፡ ሐወያኒ ፧ በዚ ፡ ድንገትዚ ፡ እኔ
ኹ ፥ ኣብ ፡ ቅድሚኦም ፥ » ይሉ ፡ ሴፉን ፡ ምራኑን ፡ ኣብ ፡ ቅድሚኦም ፡
አውደቐ ።
7. ድሕርዚ ፡ ንጉስ ፡ ሖሉ ፡ ሰሚያም ፡ ነታ ፡ ባርይኤን ፡ ሐተትዋ ፧ ነሳ ፡
ኸአ ፥ « ሖሉ ፡ ሐቒ ፡ እዩ ፥ እዚ ፡ ሀብ·ስሉስ ፡ ዝብሎ ፡ ዘሎ ፥ » ያላ ፡ መ
8. ስከረት ። ንጉስ ፡ ከአ ፡ ነቶም ፡ መማህር ፥ « እንተ ፡ መሓርክዎዶ ፥ ሐጥያ
9. ት ፡ ይኸነኚ ፡ እዩ ፧ » ይሎም ፡ ሐተትዎም ። « ሐጥያት ፡ የብሉን ፥ » የሉ ።
10. ሸው ፡ ሐጸይ ፥ « ሕራይ ፡ ገበርካያ ፥ » ይሎም ፡ ምሒሮም ፡ ሰደድዎ ። እ
ንተኸነ ፡ ካብ ፡ ግዝኣት ፡ ባምቦሎ-ምላሽ ፡ ስዒሮም ፡ ንመረብ-ምላሽ ፡ ጥ
ራይ ፡ ግዲኡ ፡ መቐሉሉ ፧ ከምኡ ፡ ድማ ፥ « አቤቶ ፡ ምቢልሲ ፡ ነሕጻይ ፡
እዩ ፡ ገዘበቕዕ ፥ » ይሎም ፥ እቲ ፡ መአርግ ፡ አቤቶ ፡ ቀንጢጦም ፥ ኣብ ፡ ክ
ንድኡ ፡ ደገዝመትቲ ፡ ኽበሃሉ ፡ ፈረዱሎም ።

## 68. ሸመት ፡ ዐድ-ደገዝማቲ ።

1. ድሕርዚ ፡ ደግያት ፡ ሀብ·ስሉስ ፥ ካብ ፡ ንጉስ ፡ ምስ ፡ ወጹ ፥ ብደሐን ፡
ኣብ ፡ ሀገሮም ፡ ተመልሾም ፥ ግዝኣት ፡ መረብ-ምላሽ ፡ ጠቕሊሎም ፡ ሓ
2. ዙ ። ድሕሪ ፡ እዚ ፡ ኸሉ ፡ ታዕብን ፡ ድሕሪ ፡ እዚ ፡ ኸሉ ፡ ተጋድሎን ፡

ጻዕርን ፡ ብብዙሕ ፡ ምህላኽ ፡ አብ ፡ መወዳእትኡ ፡ ሽመትኒ ፡ መአርግኒ ፡
ሕጅም ፡ ዐጁም ፡ አተዉ ።

ነዚ ፡ ኽሳዕ ፡ ክንድዚ ፡ ጽዒሮም ፡ ዝረኸብዎ ፡ ሽመት ፥ ክሳዕ ፡ ሎ 3.
ም ፡ ካብ ፡ ዘርኦም ፡ አይጠፍኤን ፤ ነሶም ፡ ብዝተኸልዎ ፡ ዐድ-ደገዝማቲ ፡
ይበሃሉ ። እሞ ፥ ብዛዕባዚ ፡ ነዞም ፡ ሕጂ ፡ ዘለዉ ፡ ኻብ ፡ ዘርኢ ፡ ደግያ 4.
ት ፡ ሀብ-ስሉስ ፤

« እዛ ፡ ሀገር ፡ ንኣኹም ፡ ትሐርስ ፤
ይፍጠረልኩም ፡ ናይ ፡ አባት ፡ ዝመልስ ፤
ርሑስ ፡ እዩ ፡ ኹታ ፥ ክንደይ ፡ ከይበርስ ፤ »

ይብልዎም ።

ደግያት ፡ ሀብ-ስሉስ ፡ ዝገዝእዎ ፡ ዘበን ፡ አርብዓ ፡ ዓመት ፡ ምሉእ ፡ 5.
እዩ ።

ደቂ ፡ ደግያት ፡ ሀብ ስሉስ ። 69.

ደግያት ፡ ሀብ-ስሉስ ፡ ሸድሽተ ፡ ደቂ ፡ ወለዱ ። ሽሞም ፡ ከአ ፡ እ 1.
ዚ ፡ እዩ ፤ ባሕር-ነጋስ ፡ እያሱን ፡ ደግያት ፡ ገረ-ኽስቶስኒ ፡ ኻብ ፡ ሐንቲ ፡
ሰበይቲ ፥ ዐንደንኪኤልኒ ፡ ወልደ-ገርግሽኒ ፡ አኵሎምኒ ፡ ቴድሮስኒ ፡ ኸ
አ ፡ ኻብ ፡ ሐንቲ ፡ ኻልእ ።

ካብኦም ፡ ወልደ-ገርግሽ ፡ አብ ፡ ዐዲ ፡ ነኹዮ ፡ ወጸ ፥ አኵሎም ፡ ከ 2.
አ ፡ ናብ ፡ ደቂ ፡ ጽንዓ ፥ ቴድሮስ ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡ ሐዮ ። አኵሉም ፡ 3.
ንኸንቲብ ፡ ብኢዳት ፡ ወለደ ፤ ዘርኡ ፡ ኸአ ፡ ኽሳዕ ፡ ሕጂ ፡ ብሽም ፡ ወዱ ፡
ዐዲ ፡ ብኢዳት ፡ ይበሃሉ ። ካብኦም ፡ ዝበዝሑ ፡ ሕጂ ፡ ናብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ተ
መልሾም ፡ አለዉ ።

ባሕር-ነጋስ ፡ እያሱን ፡ ደግያት ፡ ገረ-ኽስቶስኒ ፡ ደቂ ፡ ሐማ ፡ እዮም ፤ 4.
አዲኦም ፡ ድማ ፡ በዓልቲ ፡ ዐረዛ ፡ እያ ። ካብኦም ፡ ባሕር ነጋስ ፡ እያሱ ፡ 5.
ናብ ፡ ሕምብርቲ ፡ ወጸ ። ሽመት ፡ አቦኦም ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ደግያት ፡ ገረ-
ኽስቶስ ፡ ሐለፈ ።

## 70. ምሽም ፡ ደግያት ፡ ገረ-ኽስቶስ ።

1. ባሕር-ነጋስ ፡ እያሱ ፣ በኹረ ፡ ቤት ፡ እዩ ፡ እሞ ፣ አቡኡ ፣ ደግያት ፡
ሀብ-ስሉስ ፣ አብ ፡ ጃንሆይ ፡ ከእትውዎ ፡ ይሎም ፣ ግብሪ ፡ ናብ ፡ ንጉስ ፡
ክውፈ ፣ አብ ፡ ዐደምሓራ ፡ ሰደድዎ ። ባሕር-ነጋስ ፡ እያሱ ፡ ግና ፣ « አብ ፡
መገዲ ፡ ገለ ፡ ኸይረኽበኒ ፣ » ይሉ ፡ ፈርሂ ፤ ነቡኡ ፡ ኸአ ፣ « ኣነስ ፡ ሐሚ
2. መ ፣ » የሎም ፤ እሞ ፣ ምኻድ ፡ አበ ። ካብኡ ፡ እቲ ፡ ንእሽቶዩ ፡ ወዶም ፣
ደግያት ፡ ገረ-ኽስቶስ ፣ « ነሱ ፡ እንድሕሪ ፡ አቤስ ፣ ኣነ ፡ ኽሸየም ፣ » ይ
ሉ ፡ ኸደ ።
3. ድሕርዚ ፡ ነሱ ፣ እናኸደ ፣ እናተመልሰ ፣ ንደገ ፡ ንጉሰ ፡ ጸኒዑ ፣ ናብ ፡
ቤተ-መንግስቲ ፡ ፍሉጥ ፡ ኮነ ። አብ ፡ መወዳእትኡ ፡ ኸአ ፡ ኻብ ፡ ሐጸይ ፡
4. እያሱ ፡ ድግዝምነት ፡ ተቐበለ ። ጃንሆይ ፡ ከአ ፡ ንኡ ፡ ብፍቕርን ፡ ብመን
ፍዓት ፡ አቡኡን ፡ ኋሎም ፣ ሰበነ-ገርግሽ ፡ አተባህለት ፣ ሃብዎ ፤ አብ ፡ ልዕ
ሊኡ ፡ ኸአ ፣ « ዝሐደረቶን ፡ ዝደቀሰቶን ፡ ንርስት-ጕልቲ ፡ ይኹንካ ፣ ን
ኣኻን ፡ ንደቅኻን ፡ ንደቅ-ደቅኻን ፣ » ይሎም ፡ መረቑሉ ። ግዝኣት ፡ ባም
በሎ-ምላሽ ፡ ድማ ፡ ሃብዎ ።

## 71. ዋዕላ ፡ ማይ ፡ መንካዕ ።

1. ደግያት ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ክመጹ ፡ ኸለዉ ፣ ንዐዶም ፣ « አእትዉኒ ፣ »
ይሎም ፡ ልኡኻት ፡ ሰደዱ ። ዐበይቲ ፡ ሐማሴን ፡ ከአ ፣ እዚ ፡ ምስ ፡ ሰም
2. ዑ ፣ « ዋዕላ ፡ ንግበር ፣ » ይሎም ፡ አብ ፡ ማይ ፡ መንካዕ ፡ ተአከቡ ። አብ
ኡ ፡ ኸምዚ ፡ ይሎም ፡ መኸሩ ፤ « አቡኡ ፡ ኸሎ ፣ ሸመት ፡ ሕጁ ፡ ኻብ ፡
3. ዝመጽእ ፣ አይንቀበሎ » ። በዛ ፡ ዘረባዚኣ ፡ ኹሎም ፡ ተሳማምዑ ። ደሐ
ር ፡ ግና ፣ « እንታይ ፡ ይልና ፡ እሞ ፡ ነመኸኒ ፤ » የሉ ። ገለ ፣ « እምቢ ፡
ጥራይ ፡ ንበል ፣ » የሉ ፤ ገለ ፡ ኸአ ፣ « እምበስ ፡ አየዋጽአናን ፡ እዩ ፤ አ
ይውሉድናን ፡ ደኣ ፡ ንበሎ ፣ » የሉ ፤ ገለ ፡ ኸአ ፣ « ንጉስ ፡ ወለዱኒ ፣ እ

ንተለኛኼ ፣ ይሔሸኖዶ ፡ ኹይኑ ፤ » የሉ ። ኣብ ፡ መንጎዚ ፣ እንታይ ፡ ከ 4.
ም ፡ ዘመኽነዩ ፡ ምስ ፡ ሰኣኑ ፣ ኰሎም ፤ » መንካዕ ፡ ዝኸነ ፡ ዘረባ ፣ » ይሎ
ል ፡ ነንዐዶም ፡ ከዱ ። በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡ ሽም ፡ እታ ፡ ዝወዓሉላ ፡ ርባ ፡
ኽሳዕ ፡ ሎም ፡ ማይ ፡ መንካዕ ፡ ትበሀል ፡ አላ ።

እዚ ፡ ወሬዚ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ደግያት ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ በጽሔ ። ነሶም ፡ 5, 6.
ድማ ፡ ልኡኻት ፡ ኣብ ፡ አቦኦምኒ ፡ ናብ ፡ ዐዶምኒ ፡ ሰዲዶም ፡ ከምዚ ፡ የ
ልዎም ፤ « ሐንትስ ፡ ብታሕጓስ ፡ ደኣ ፡ ተቐበሉኒ ፡ እምበር ፣ ካብ ፡ ፍቓ
ድ ፡ አቦይኒ ፡ ፍቓድ ፡ ዐደይኒ ፡ ኸቶ ፡ አይወጽእኒ ፣ » ይሎም ፡ ተማባጽ
ው ። እዚ ፡ ዘረባዚ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፣ ብሐማሴኖም ፡ ከቲቶም ፡ ተቐበልዎ
ም ። ዐዶም ፡ አትዮም ፡ ከአ ፡ ጥንትግ ፡ አብ ፡ ትሕቲ ፡ አቦኦም ፡ ከፍ ፡ ይ 7.
ብሉ ፡ ነበሩ ።

## ስርዓት ፡ ሀብ-ስሉስ ፡ ገረ-ኽስቶስ ። 72.

ካብቲ ፡ ግዝያትቲ ፡ ሕጁ ፡ ዋዕላ ፡ ናብ ፡ ማይ-በላ ፡ ተገብረ ። ካብዚ ፡ 1.
እተላዕለ ፣ ክሳዕ ፡ ሎሚ ፣

ፍርድን : ኣብ : ሰቐላ ፣
ዋዕላን : ኣብ : ማይ-በላ ፣

ይበሀል ።

ሽዑ ፡ ኸአ ፣ ናብኡ ፡ ኽውዕሉ ፡ ኸለዉ ፣ ደግያት ፡ ሀብ-ስሉስ ፡ አ 2.
ብ ፡ ክብ ፡ ዘለ ፡ ዙፋን ፣ ደግያት ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ታሕቲ ፡ ኹ
ይኖም ፡ ይውዕሉን ፡ ይሰርዑን ፡ ነበሩ ። እቲ ፡ ሽዑ ፡ ናብኡ ፡ እተሰርዔ 3.
ን ፡ እተሐገገን ፣ ምንም ፡ እኳ ፡ በብዘበኑ ፡ እንተ ፡ ጸረን ፡ እንተ ፡ ትሐደ
ሰን ፣ ነሳቶም ፡ ስለ ፡ ዝኾኑ ፡ ፈለምቱ ፣ ክሳዕ ፡ ሕጂ ፡ « ስርዓት ፡ ሀብ-ስ
ሉስ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ » ይበሀል ።

## 73. ግዝኣት ፡ ደግ፟ያት ፡ ገረ-ኽስቶስ ።

1. ደግ፟ያት ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከም ፡ መብጽዕኦም ፣ ካብ ፡ ፍቓድ ፡ አቦ፟ኦም
ኒ ፡ ዐጆ፟ምኒ ፡ ከይወጹ ፣ ጸንሑ ። አቦ፟ኦም ፡ ምስ ፡ ሞቱ ፡ ድማ፟ ፣ ብድሕሪ
2. ኦም ፡ በይኖም ፡ ገዝኡ ። ነሶ፟ም ፡ እዮ፟ም ፡ መጀመ፟ርያ ፡ ንገዛ ፡ ደገ፟ ፡ ዝሰር
ሑ ፤ ባዕሎም ፡ ከአ ፡ ናብኡ ፡ ተቐመ፟ጡ ። እቶም ፡ ብድሕሪኦም ፡ ዝገዝ
3. ኡ ፡ ዘበ፟ሉ ፡ ኸአ ፣ ክሳዕ ፡ ልጅ ፡ አበሩ፟ ፣ ኣብኣ ፡ ይአትዉ ፡ ነበሩ ። ደግ፟
ያት ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ድማ፟ ፣ ናብቲ ፡ ቕድሚ ፡ ገዝኦም ፡ ዘሎ፟ ፡ ጎልጎል ፣
ዕዳጋ ፡ ገበርዎ፟ ፣ ንቐዳመ-ቐዳም ፤ ሓደ ፡ ኻልእ ፡ ዕዳጋ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ዐዲ፟ ፡
መንጐንቲ ፡ ንሰኑየ-ሰኑይ ፤ ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ሓደ ፡ ኻልእ ፡ ኣብ ፡ ድባርዋ ። – –
4. ደግ፟ያት ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፡ ንሰበይቶም ፣ ንሰበነ-ገርግሽ ፡ ሕጅም ፣
ንጉስ ፡ ከም ፡ ዝመረ፟ቑሎም ፣ ፍቕዲ ፡ ዘይብሉ፟ ፡ ጒልቲ ፣ ካብ ፡ ጎንደር ፡
ጆሚ፟ሩ ፡ ሐያ፟ሎ ፡ መኻን ፡ የማነ-ጸጋም ፣ ሰበነ-ገርግሽ ፡ ዝሐደረቶ፟ን ፡ ዝረ
ገጸቶ፟ን ፡ ዘበ፟ለ ፣ ክሳዕ ፡ ሐማሴን ፤ ከምኡ ፡ ድማ፟ ፡ ኻብ ፡ ጸዐዘ፟ጋ ፡ እና፟ኸደ
ት ፣ ኣብ ፡ ሐያ፟ሎ ፡ ዐዱ፟ታት ፡ ዝሐደረቶ፟ን ፡ ዝወዓለቶ፟ን ፡ ዘበ፟ለ ፡ ኹሉ፟ ፣
ጒልቶም ፡ ገበርዎ፟ ። ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ብድሕሪኦም ፡ ጒልቲ ፡ ደቆ፟ም ፡ ኮነ ።
5. ብበ፟ንእሽቶይ ፡ ድማ፟ ፡ ብዙሓት ፡ ደቂ፟ ፡ ጸዐዘ፟ጋ ፡ ኸም ፡ ሰብ ፡ ጒልቲ ፡ ኾ
6. ይኖም ፡ ኣተውዎ፟ ። ሕጂ ፡ ግና ፡ ጣልያን ፡ ብዘበኑ ፣ « እዚ ፡ ጒልትዚ ፡
ቐደም ፡ ናይ ፡ ሸየ፟ምቲ ፣ ናይ ፡ ዐድ ደገ፟ዝማቲ ፣ እዩ፟ ፤ ሕጂ ፡ ኸአ ፡ ንኣና ፣
ንገዛእቲ ፣ ይምሰ፟ለና ፣ » ይሉ ፣ ኣብ ፡ ዘሎ፟ ፡ ኣል፟ዩ ፡ ጒልቲ ፡ ሰበነ-ገርግ
7. ሽ ፡ እተ፟ባህለ ፡ ዝኸነ ፡ ኹሉ ፡ ናብ ፡ ኢዱ ፡ መልሸዎ፟ ፡ ኣሎ፟ ። ነሱ፟ ፡ ድ
ማ፟ ፡ ብሐቂ፟ ፡ ኸም ፡ ርስቲ ፡ መንግስቲ ፡ ደኣ ፡ እምበር ፣ ከም ፡ ጒልቲ ፡ ጌ
ሩ ፡ አይወሰዶን ፤ ምድሪ ፡ ጠፍን ፡ ምድሪ ፡ ጒልትን ፡ ኵሉ፟ ፡ ኸም ፡ ሓ
8. ደ ፡ ስለ ፡ ዝመሰሎ ። ንሕናስ ፡ ሐይሊ ፡ ስኢንና ፣ ዝኸልክሎም ፡ የብሎ፟
ምኒ ። – –

ደግያት ፡ ገረ-ኽስቶስ ፥ ግዝኣቶም ፡ ሡሉ ፡ ሰላሳን ፡ ሸሞንተን ፡ ዓመ
ት ፡ እዩ ።

## ደቂ ፡ ደግያት ፡ ገረ-ኽስቶስ ። 74.

ደግያት ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፡ ኻብ ፡ ጓል ፡ ንጉስ ፥ ካብ ፡ እምቤት ፡ ሰ 1.
በነ-ገርግሽ ፥ ንደግያት ፡ ተስፉ-ጼንኒ ፡ ደግያት ፡ ማሞን ፡ ደግያት ፡ ርእሰ-
ሃይማኖትኒ ፡ ራእስ ፡ ዐንደ-ሃይማኖትኒ ፡ ንሐንቲ ፡ ሐብቶም ፡ ድማ ፥ ወ
ዘሮ ፡ ሙዚት ፡ እትባህላን ፥ ንሐሙሽቲኦም ፡ ወለዱ ። ካብ ፡ ሐንቲ ፡ ኻ 2.
ልእ ፡ ከአ ፡ ንባሕር-ነጋስ ፡ ተኽሊትኒ ፡ ንባሕር-ነጋስ ፡ ተስፉ-ገርግሽኒ ፡ ን
ባሕር-ነጋስ ፡ ገዘወልደ-ማርያምኒ ፡ ወለዱ ።

ካብዚኣቶም ፡ ደግያት ፡ ተስፉ-ጼንኒ ፡ ደግያት ፡ ማሞን ፡ ደግያት ፡ 3.
ርእሰ-ሃይማኖትኒ ፡ ራእስ ፡ ዐንደ-ሃይማኖትኒ ፡ ደድሕሪ ፡ ሐድሕድ ፡ ገዝ
ኡ ። ካብ ፡ አርባዕቲኦም ፡ ድማ ፡ ደግያት ፡ ተስፉ-ጼን ፡ ንዐድ-ደግያት ፡ 4.
ሃይሉ ፡ ዝፈረዩ ፡ እዮም ። ደግያት ፡ ማሞን ፡ ደግያት ፡ ርእሰ-ሃይማኖት 5.
ኒ ፡ ሐድጊ ፡ ዘይብሎም ፡ ጠፍኡ ። ራእስ ፡ ዐንደ-ሃይማኖት ፡ ዝፈረይዎ 6.
ም ፥ ብዝሖም ፡ አብ ፡ ከልከልቲ ፥ ጕልቶም ፡ ነበረት ፡ እሞ ፥ አብኡ ፡ ሰ
ፈሮም ፡ አለዉ ። ነሶም ፡ ንአይተ ፡ ተስፉ-ጼን ፡ ወለዱ ፤ አይተ ፡ ተስፉ-ጼ
ን ፡ ንአይተ ፡ ስሄል ፡ ወለዱ ፤ አይተ ፡ ስሄል ፡ ንፊተውራሪ ፡ ገረ-መድ
ህን ፡ ወለዱ ፤ ፊተውራሪ ፡ ገረ-መድህን ፡ ድማ ፡ ንፊተውራሪ ፡ በለው ፡
ወለዱ ። – – እተን ፡ ሐብቶም ፡ ከአ ፥ ወዘሮ ፡ ሙዚት ፥ ንሓደ ፡ በዓል ፡ ቄ 7.
ጽሊ ፡ ዝነበረ ፡ በዓል ፡ ዐዲ ፡ ኳላ ፥ አይተ ፡ ኽፍሌት ፡ እትባህለ ፥ ተአት
ዋ ። ካብ ፡ ዘርኤን ፡ ሕጂ ፡ ዐድ-ደግያት ፡ ተስፉ-ማርያም ፡ አለዉ ። እቲ ፡ 8.
ቐዳማይ ፡ ሕምኝት ፡ ከይርሳዕ ፡ ተብሂሉ ፡ እኳ ፡ ሕጂ ፡ ጓል ፡ ደግያት ፡ ጕ
ብሳ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ገረ-ማርያም ፡ ንወዲ ፡ ደግያት ፡ ተስፉ-ማርያም ፡ ሂ
በምዋ ፡ አለዉ ። – –

ካብቶም ፡ ሰለስተ ፡ ባሕር-ነጋስታት ፡ ከአ ፡ እቶም ፡ ክልተ ፡ ናብ ፡ 9.

10. ጐቮልቲ፡ እንዳ፡ አቦኦም፡ ከይዶም፡ ሰፈሩ። ባሕር-ነጋስ፡ ተኽሊት፡
ንዐድ-ተኽላይ፡ ከደ፤ ክሳዕ፡ ሕጂ፡ ኽአ፡ ዘርኡ፡ ናብ፡ ዐድ-ተኽላይ፡ አለ
ዉ። ነሹ፡ ንአይተ፡ ዘርኡን፡ ንባሕር-ነጋስ፡ ክፍለ-ስላሰን፡ ወለደ፤ ካብ
ኦም፡ አይተ፡ ዘርኡ፡ ኽአ፡ ንአይተ፡ ገርግሽ፡ ወለደ፤ አይተ፡ ገርግሽ፡
11. ድማ፡ ንባሕር-ነጋስ፡ አሚነ፡ ወለደ። ባሕር-ነጋስ፡ ተስፉ-ገርግሽ፡ ከአ፡
ንጽልማ፡ ኸይዱ፡ ናብ፡ አማድር፡ ተቐመጠ፤ ክሳዕ፡ ሕጂ፡ ኽአ፡ ዘር
ኡ፡ ኣብ፡ አማድር፡ አለዉ። ነሹ፡ ንባሕር-ነጋስ፡ ወልደ-ገሪማን፡ ንባ
ሕር-ነጋስ፡ ዘገርግሽኒ፡ ንአይተ፡ አቡን፡ ወለደ፤ ካብኦም፡ ባሕር-ነጋስ፡
ወልደ-ገሪማ፡ ንፊተውራሪ፡ ስርያል፡ ወለደ፤ ፊተውራሪ፡ ስርያል፡ ድ
12. ማ፡ ንአይተ፡ ብሂል፡ ወለደ። -- እቲ፡ ሳልሳዮም፥ ባሕር-ነጋስ፡ ዝወል
ደ-ማርያም፥ ግና፥ ናብ፡ ጸዐዘጋ፡ ተረፈ። ዘርኡ፡ ሕጂ፡ ኽንድቲ፡ ብዙ
ሓት፡ አይኮኑን፤ ገለ፡ ተረፍ፡ ካብኦም፡ ኣብ፡ ገዛ፡ ዐዲ፡ ኽንቲባ፡ ኽፍ
ለ፡ ይርከቡ።

75. ደግያት፡ ተስፉ-ጼንኒ፡ ደግያት፡ ማሞን፡ ተሸሙ።

1. አብ፡ መንጎዚ፥ ደግያት፡ ገረ-ኽስቶስ፡ አብ፡ ጸዐዘጋ፡ ኹይኖም፡
ንባምቦሎ-ምላሽ፡ ክገዝኡ፡ ኸለዉ፥ ሓደ፡ እዋን፡ ንበኾሪ፡ ወጾም፡ ደ
ግያት፡ ተስፋ-ጼን፥ «ግብሪ፡ ሕድካ፡ ኺድ፥» ይሎም፡ አብ፡ ንጉስ፡ ለ
2. ኣኽዎም። ሽዑ፥ ከምቲ፡ ቐደም፡ ደግያት፡ ገረ-ኽስቶስ፡ ባዕሎም፡ ዝ
ገበርዎ፥ ነሶም፡ ድማ፡ ናብ፡ ክንድኡ፡ ንደገ፡ ንጉስ፡ ጸኒዖም፥ አቦኦ
ም፡ ከለዉ፡ ብቑመንኦም፥ ሽመት፡ ለመኑ። ንጉስ፡ ከአ፥ «ወዲ፡ ሐ
ብተይ፡ እዩ፥» ይሎም፥ ድግዝምነት፡ ሸይሞም፥ ንግዝአት፡ አቦኦም፡
3. ሃብዎም። ድሕርዚ፡ ኽአ፡ ደግያት፡ ተስፋ-ጼን፡ አብ፡ ጸዐዘጋ፡ ኹይኖ
ም፡ ሐያሎ፡ እዋን፡ ንባምቦሎ-ምላሽ፡ ገዝኡ። --
4. ብድሕርዚ፡ እቶም፡ ካልኣይ፡ ሐዎም፥ ደግያት፡ ማሞ፥ ብፍቓድ፡
ንጉስ፡ ጋላ-ቤት፡ ክዋግኡ፡ ኸዱ። ንጋላ፡ ስዒሮም፡ ድማ፥ አገቢሮም፡

አጠሚቕም ፣ ግዝኣቶም ፡ ገበርዎ ። ንጉስ ፡ ከአ ፡ ተሐኾሾም ፣ ደገዝማ 5.
ቲ ፡ አቢሎም ፣ ብዙሕ ፡ ሰለምዎ ።

## ማሕረዲ ፡ ደባስ ። 76.

ድሕሪ ፡ እዚ ፡ እዋንዚ ፡ ደግያት ፡ ተስፉ-ጼን ፡ ሐመሙ ፤ እሞ ፣ 1.
ነዊሕ ፡ አብ ፡ ዐራቶም ፡ ደቕሾም ፡ ጸንሑ ። አዲአም ፣ እምቤት ፡ ሰበ 2.
ኑ-ገርግሽ ፣ ደማ ፣ ወደን ፡ ከይሞቱ ፡ ፈሪሄን ፣ አብ ፡ ሐንጊ ፡ ፈላጢት ፡
ከይደን ፡ ሐተትአ ። ነሳ ፡ ኸአ ፣ ሓደ ፡ ባርይኤን ፣ ደባስ ፡ እተባህለ ፣ ነበ 3.
ረ ፡ እሞ ፣ « በጃ ፡ ደገገዝማቲ ፡ ይልኩም ፡ ሕረድዎ ፣ » የለትን ። ሽው ፡ ን
ደባስ ፡ ሕጆም ፣ አዚሮም ፡ ሐረድዎ ። ብድሕርዚ ፡ ደግያት ፡ ተስፉ-ጼን ፡ 4.
ንሽው ፡ ሐወዩ ።

ደባስ ፡ ከአ ፡ ሕድስ ፡ ጋኔን ፡ ኰይኑ ፡ ናብ ፡ ገዛ ፡ ደገ ፡ ይነብር ፡ አ 5.
ሎ ። ካብ ፡ እንዳ ፡ ደገዝማቲ ፡ ወዲ ፡ እናተወልደ ፣ ነሱ ፡ መጺኡ ፡ የሕም
ሞ ፤ ግና ፣ አይቐትሎን ፣ ንምቕታልሲ ፡ ሐይሊ ፡ የብሉን ። -- ንኻልአት ፡ 6.
ደቂ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ግና ፡ ገለ ፡ አይገብሮምኒ ፣ ንእንዳ ፡ ደገዝማቲ ፡ ጥራይ ፡
ደአ ፡ እምበር ፤ እንተኸነ ፡ ግዳ ፡ ብለይቲ ፣ « ደባስ ፡ ይመጽእ ፣ » እንተ ፡
ተባህለ ፣ ቈልዑ ፡ ዘበሉ ፡ ይፈርሁ ።

## ትውልዲ ፡ ገዛ ፡ ስድራ ። 77.

በዚ ፡ እዋንዚ ፡ አቢሉ ፡ ኸአ ፡ ዘርኢት ፡ እተባህለ ፡ ጨወታይ ፣ በ 1.
ዓል ፡ ክትመውልዕ ፣ ንዐደ-ደገዝማቲ ፡ ተኸቲሉ ፡ ናብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ መጺ ።
ንእኡ ፡ ገረድ ፡ ሰበነ-ገርግሽ ፡ አመርዓዉሉ ። ካብኣ ፡ ወዲ ፡ ምስ ፡ ወለደ ፣ 2.
ነቲ ፡ ወዱ ፣ « ክንዲ ፡ ደባስ ፣ » ይሎም ፡ ብሽም ፡ እቲ ፡ ዝሐረድዎ ፡ ባር
ይኤን ፡ ጸውዕዎ ።

እዚ ፡ ደባስዚ ፡ ንገዛ ፡ ደቂ ፡ ደባስ ፡ ዝወለደ ፡ እዩ ። ነሱ ፡ ነሰላፍ ፡ 3.

ወልደ-ኽስቶስኒ ፡ ንገብሩን ፡ ተኸሎን ፡ ወልደንስኤን ፡ ንሐንቲ ፡ ሐብቶ
ም ፡ ድማ ፣ ምሕሩ ፡ እተባህለት ፣ ወለደ ። ካብኦም ፡ አሰላፍ ፡ ወልደ-ኽስ
4. ቶስ ፡ ንዐዲ ፡ አገልድም ፡ ፈረ ። እታ ፡ ሐብቶም ፣ ምሕሩ ፣ ከአ ፡ ናብ ፡
ክንፉ ፡ ወዲ ፡ ማርያም ፡ ተአቶት ፣ ነሱ ፡ ፈራይ ፡ ዐዲ ፡ ኽንፈ ። አቡኡ ፣
ማርያም ፣ ካብ ፡ ዝባን ፡ አንጉበ ፡ መጺኡ ፡ ነበረ ፣ ንዐድ-ደገዝማቲ ፡ ኽ
ኽተል ።

## 78. ማርያም ፡ ዐሰልዳይት ።

1. ደግያት ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ከአ ፣ ሽመቶም ፡ ምስ ፡ ተቐበሉ ፣ አብ ፡ ክን
ዲ ፡ ኽም ፡ ወላድን ፡ ውሉደኒ ፡ ኽነብሩ ፣ ነቦኦም ፡ ብትሕቲኦም ፡ ጌሮም ፣
2. ብሓኒቶም ፡ ሓዝዎ ። በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡ አቦኦም ፡ ደግያት ፡ ገረ-ኽስቶስ ፣
ኰርዮም ፣ ብልቦም ፡ ጒህዮም ፣ ካብ ፡ ብሽዑ ፡ ኽም ፡ ወዶም ፡ አይረአይዎ
ምኒ ፣ ሽመቶም ፡ ስለ ፡ ዝወሰዱሎም ።

3. ክጸንሑ ፡ ኽጸንሑ ፣ ደግያት ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ካልአይ ፡ ሐመሙ ፤ ሕ
4. ማሞም ፡ ከአ ፡ እናኖሐ ፡ ኸደ ። እሞ ፣ ብዛዕባዚ ፡ ዋጥኦም ፡ ከምዚ ፡ ይ
ሉ ፡ ደረሰሎም ፤

« ከመ-ዓልካ ፤ ከመ-አሎኻ ፤ ዛራ ፤
ጽላል ፡ ንጉስ ፣ ወርቂ ፡ ዝዘፈራ ፤
እንተ ፡ ሞትስ ፣ ናይ ፡ አብርሃ-ሳራ ፤
ሕማም ፡ እዩ ፡ ኽፉእ ፡ መከራ ፤ »

5. የሎም ። አቦኦም ፣ ደግያት ፡ ገረ-ኽስቶስ ፣ ከአ ፣ « እንተ ፡ ሞተስ ፣ አነ ፡ ኽሽየ
ም ፣ » ይሎም ፡ ብሕማም ፡ ወዶም ፡ ብዙሕ ፡ ተሐጐሱ ፤ አብ ፡ ማርያም ፡ ዐሰ
6. ልዳይት ፡ ከይዶም ፡ ድማ ፣ « ቅተልዎ ፣ » ይሎም ፡ ተማባጽዑ ። ማርያም ፡
ከአ ፡ ብአፉ ፣ « ሕራይ ፣ ኪድ ፡ በል ፤ ሕጅስ ፡ ሞይቱ ፡ ይጸንሐካ ፤ እሞ ፣
ሬስኡ ፡ አርክብ ፣ » ይላ ፡ መለሰትሎም ። ደግያት ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፣ እ
ዚ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፣ « ደሐን ፡ አሎኹ ፣ » ይሎም ፡ አብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ተመል

ሱ ። አብቲ ፡ ጥቓ ፡ ዐዲ ፡ ምስ ፡ በጽሑ ፣ ቍዝማ ፡ ሰምዑ ፤ ሰብ ፡ ዙሉ ፡ 7.
ኸአ ፡ ኽመልጡን ፡ ክበኽዩን ፡ ጸንሕዎም ። ሽዑ ፡ ሞት ፡ ወዶም ፡ ፈለ
ጡ ፤ እሞ ፣ ተጠዓሱ ። ተጥዕሾም ፡ ድማ ፣ ናብ ፡ ዐሰልዳይት ፡ ተመልሾ
ም ፣ « መሓርለይ ፣ » የሉ ። ማርያም ፡ ከአ ፡ ብኣፉ ፣ « ኣነ ፡ ሓደ ፡ ግዜ ፡ 8.
ተዛሪበ ፤ ኪዱ ፡ ደኣ ፣ ኣቕብር ፡ ወድኻ ፤ እዚኣስ ፡ ኣይትኾነለይኒ ፣ » ይላ ፡
ሰደደቶም ። ሽዑ ፡ ተመልሾም ፡ ቀበርዎ ።

## ሞት ፡ ደግያት ፡ ገረ-ኽስቶስኒ ፡ እምቤት ፡ ሰበነ-ገርግሽኒ ። 79.

ብድሕሪ ፡ ሞት ፡ ደግያት ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ኣዲኣም ፡ እምቤት ፡ ሰበነ-ገ I.
ርግሽ ፣ ካብ ፡ ብዙሕ ፡ ሓዘን ፡ እተላዕለ ፣ መንኵሸን ፣ ካብ ፡ ኣደራሸን ፡ ወ
ጺኤን ፡ ኣብ ፡ ሐንቲ ፡ ንእሽቶይ ፡ ቤት ፡ ተቐመጣ ። እታ ፡ ቤታ ፡ ድማ ፡ 2.
ኽሳዕ ፡ ሎም ፡ ጠጠው ፡ ይላ ፡ ኣላ ፤ ኣብኣ ፡ እኳ ፡ ሕጂ ፡ ወዘሮ ፡ መርሻ ፡
ጓል ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ፈላሲት ፡ ኰይነን ፣ ኣብኣ ፡ ሰፈረን ፡ ይነብራ ፡
ኣለዋ ።

ደግያት ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ድማ ፡ ድሕሪ ፡ ሞት ፡ ወዶም ፡ ሽመት ፡ ቀደ 3.
ሞም ፡ ተመልሰሎም ። እንተኾነ ፡ ብጓህን ፡ ብምጥዓስኒ ፣ ከብዶም ፡ ተቐ
ርጬም ፣ ተሎ ፡ ሞቱ ። ነሶምኒ ፡ ኣቦኦም ፡ ደግያት ፡ ሀብ-ስሉስኒ ፡ ናብ ፡ 4.
ዐዲ ፡ ኽፈለት ፣ ጕልቶም ፡ ነበረት ፡ እሞ ፣ ኣብኣ ፡ ተቐብሩ ።

እምቤት ፡ ሰበነ-ገርግሽ ፡ ድማ ፡ ናብታ ፡ ንእሽቶይ ፡ ቤተን ፡ ኰይነን ፣ 5.
እናሐዘና ፣ ጸሎት ፡ እናገበራ ፣ ንቤተኽስያን ፡ እናሰዓማ ፣ ክይሞታ ፣ ሐያ
ሎ ፡ ዓመት ፡ ጸንሓ ።

## ግዝኣት ፡ ደግያት ፡ ርእሰ-ሃይማኖት ። 80.

ደግያት ፡ ገረ-ኽስቶስኒ ፡ ደግያት ፡ ተስፋ-ጼንኒ ፡ ምስ ፡ ሞቱ ፣ ባሕር- I.
ነጋስ ፡ ሰለሙን ፡ ወዲ ፡ ደግያት ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ጌና ፡ ንእሽቶይ ፡ ስለ ፡ ዝ

2. ነበሩ ፣ ግዝኣት ፡ ባምበሎ-ምላሽ ፡ ኣብ ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፡ ሐለፈ ። እንተ
ኸነ ፡ በቲ ፡ እዋንቲ ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፡ ጋላ-ቤት ፡ ከይዶም ፡ ነበሩ ፤ እሞ ፣
ነሶም ፡ ክሳዕ ፡ ዝመጹ ፣ ኣብ ፡ ክንድኦም ፡ ሐዎም ፣ ደግያት ፡ ርእሰ-ሃይ
ማኖት ፣ ኣብዚ ፡ ገዝኡ ።

3. ደግያት ፡ ርእሰ-ሃይማኖት ፡ ከአ ፡ ብፍቓድ ፡ ንጉስ ፡ ንደግያት ፡ ሃይ
ሉ ፡ ወዲ ፡ ወልደ-መንቋሮስ ፣ ሹም ፡ ዋልድባ ፣ ኣብ ፡ ጸለምቲ ፡ ተዋጊኦ
4. ም ፡ ሰዓርዎ ። ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ብፍቓድ ፡ ንጉስ ፡ ንደግያት ፡ ወልደ-ህይወ
ት ፡ እተባህለ ፣ ናብ ፡ ወጀራት ፣ ተዋጊኦም ፡ ሰዓርዎ ። ናብ ፡ መወጻእታ ፡
ግና ፡ ምስኡ ፡ ዕርቂ ፡ ገበሩ ፤ ጓል ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፡ ድማ ፡ ንወዲ ፡ ደ
ግያት ፡ ወልደ-ህይወት ፡ ሃብዎ ።

5. ስዒሮም ፡ ዕዶም ፡ ምስ ፡ አተዉ ፣ ንደግያት ፡ ርእሰ-ሃይማኖት ፡ ከም
ዚ ፡ ይሎም ፡ ደረሱሎም ፤

ካብ ፡ ምጽዋዕ ፡ እንድክን ፡ ቀምሽን ፤
ካብ ፡ ጸዐዝጋ ፡ ሻኹራን ፡ ቍራዕ ፡ ርእስን ፤
ካብ ፡ ዓድዋ ፡ ኵረሻን ፡ ግላስን ፤
ከብ ፡ ጐንደር ፡ ሻቡንን ፡ ንጉስን ፤
ትሰምዕይ ፣ ገናሕን ፡ መላስን ፤

## 81. ሞት ፡ ደግያት ፡ ርእሰ-ሃይማኖት ።

1. ድሕሪ ፡ ቅሩብ ፡ እዋን ፡ ከአ ፣ ደግያት ፡ ማሞ ፡ ንነጀው ፡ ምምጻእ ፡
2. ምስ ፡ ሓሰቡ ፣ ደግያት ፡ ርእሰ-ሃይማኖት ፡ ከድዎም ። ድሕርዚ ፡ ደግያት ፡
ማሞ ፡ ምቕማጥ ፡ ንደግያት ፡ ርእሰ-ሃይማኖት ፡ ሐዲጎም ፡ ካብ ፡ ጋላ-ቤ
ት ፡ ንነጀው ፡ መጹ ፤ ብድሕሪኦም ፡ ግና ፡ ጋላ-ቤት ፡ ተንሲኦም ፡ ንደግያ
3. ት ፡ ርእሰ-ሃይማኖት ፡ ቀተልዎም ። እዚ ፡ ወሬዚ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ጸዐዝጋ ፡
በጽሐ ። ደግያት ፡ ማሞ ፡ ድማ ፣ ሞት ፡ ሐዎም ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፣ ሕነ ፡ ኽ
4. ፈደዩ ፡ ብገስጋስ ፡ ዐዲ ፡ ጋላ ፡ ኸዱ ። በዚ ፡ እዋንዚ ፣ አሰላፍ ፡ ቃለ-ኽስ

ቶስ ፡ እተባህለ ፣ ወዲ ፡ ደግያት ፡ ገረ-ኽስቶስ ፣ ካብ ፡ ገረድ ፡ እምቤት ፡ ሰ
በነ-ገርግሽ ፡ ዝወለድዎ ፣ ንሓዎም ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፡ ሓደ ፡ እሙን ፡ ፈታ
ዊኦም ፡ ነበረ ፡ እሞ ፣ ንኡ ፡ ምቕማጥ ፡ ኣብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ሓደጉ ። ብድሕር 5.
ዚ ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፡ ንጋላ-ቤት ፡ ክፉእ ፡ ጌሮም ፡ ዘመትዎ ፤ ዘሎ ፡ ሰቡ
ን ፡ ማሉን ፡ ዝቕተል ፡ ቀቲሎም ፣ ዝማረኽ ፡ ማሪኾም ፣ ዐዲ ፡ ኣህዲኦም ፣
ዐዶም ፡ ተመልሱ ።

## ህያብ ፡ ደግያት ፡ ናይዝጊ ። 82.

ብድሕርዚ ፡ ሓደ ፡ ግዜ ፣ ናብ ፡ ቤተ-መንግስቲ ፡ ግብሪ ፡ መኳንንቲ ፡ 1.
ወዲቑ ፡ ኸሎ ፣ ሓደ ፡ ደገዝማቲ ፣ ናይዝጊ ፡ ዝሽሙ ፤ ገዛእ ፡ ዋልቃይት ፡
ዝነበረ ፣ ብዘረባ-ዘረባ ፡ ዝመጸ ፣ ምስ ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፡ ተኳርዮም ፣ « ኣ
ቻ ፣ ሕማቕ ፣ በላዕ ፡ ቀጫ ፡ እንጣጢዕ ፤ ንዓ ፡ እንደሞ ፣ ኣነን ፡ ነስኻን ፡ ኣ
ይንወሀሀብኒ ፤ » ይሉ ፡ ኣብ ፡ ቅድሚ ፡ ኹሎም ፡ ኣዋረዶም ። ነሶም ፡ ከ
ኣ ፣ « በል ፤ ንቋጸር ፣ » የልዎ ። ንጉስ ፡ ከኣ ፡ ባዕሎም ፡ ዘረባ ፡ ኽልቲኦ 2.
ም ፡ ሰሚዖም ፤ « በሉ ፤ ቄጸራ ፡ ኽኽንደይ ፡ ትደልዩ ፤ » የልዎም ። ደግያ
ት ፡ ናይዝጊ ፡ ብንዕቀት ፣ « መንፈቕ ፣ » የሉ ፤ ደግያት ፡ ማሞ ፡ ድማ ፣
« ዓመት » ። ድሕርዚ ፡ ኽኽም ፡ ቄጸርኦም ፡ ሄህያቦም ፡ ክህቡ ፣ ተፋጸጺ 3.
ሞም ፡ ከዱ ።

ደግያት ፡ ናይዝጊ ፡ ኽኣ ፡ ድሕሪ ፡ መንፈቕ ፡ ህያቦም ፡ ኣብ ፡ ቅድ 4.
ሚ ፡ ቤተ-መንግስቲ ፡ ኣቕረቡ ፤ ነሱ ፡ ኽኣ ፡ መቑሎ ፣ ጡጥ ፣ ፈርጊ ፣ ነ
ፍጢ ፣ ቅርሺ ፣ መጋርያ ፡ ጸዕዳ ፡ ላም ፣ መጋርያ ፡ ጸላም ፡ ላም ፣ መጋርያ ፡
ጣላ ፡ ላም ፣ ቋረ ፤ ከምዚ ፡ በብዐይነቱ ፡ ምስ ፡ ሃቡ ፣ « ኣብጻሕኩ ፣ » የ
ሉ ። ደግያት ፡ ማሞ ፡ ኽኣ ፣ ነዚ ፡ ኹሉ ፡ ብዙሕ ፡ ህያብ ፡ ምስ ፡ ረኣዩ ፣ 5.
« ትረትዐኒ ፡ ዶኾን ፡ እያ ፤ » ይሎም ፡ ንዐዶም ፡ ተመልሱ ።

ሽው ፡ ንብሀገሩ ፡ ዝኸበረን ፡ ዝሔሸን ፡ ኣቕሓ ፡ ኾነ ፡ ማል ፣ ንንጉስ ፡ 6.
ዝበቕዐ ፣ « ተሎ ፡ ይልኩም ፣ ርኢኹም ፡ ኣምጽኡለይ ፣ » ይሎም ፡ ኣዘዙ ።

## 83. ወርቂ ፡ ደቂ ፡ ሕድርትና ።

1\. ድሕርቲ ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፡ ሓደ ፡ እዋን ፡ ፈረስ ፡ ሰሪሮም ፥ ምስ ፡ ሐ
2\. ያሎ ፡ ሰብ ፡ ኰይኖም ፡ አብ ፡ መሮር ፡ ወፈሩ ። ተተሓሕጆም ፡ ክሳድ ፡ ሐ
ርኦም ፡ ምስ ፡ ወጹ ፥ ሸኾና ፡ ፈረሶም ፡ አብ ፡ ምድሪ ፡ ተዋሕጠ ። ስር ፡
ይሎም ፡ ወሪዶም ፥ « እንታይ ፡ ረኸበ ፤ » ይሎም ፡ እንተ ፡ ረአዩ ፥ እታ ፡
3\. ዝረገጸ ፡ ሀሊላ ፡ ጸንሐቶም ። « ንኹዐታ ፥ » ይሎም ፡ እንተ ፡ ኰዓትዋ ፥
ቤት ፡ ደቂ ፡ ሕድርትና ፡ ኰይኑ ፡ ተረኸበ ።
4\. እንተ ፡ ረአዩ ፥ ቅድም ፡ ወርቂ ፡ አንጭዋ ፡ ረኸቡ ፤ ቅርብ ፡ እንተሉ ፡
ኸአ ፥ ወርቂ ፡ ቍርያብ ፤ ከምኡ ፡ እናሉ ፥ ምጭልቆት ፡ ወርቅን ፡ ጠበ
5\. ቕ ፡ ጠርቅን ፡ ገበል ፡ ወርቅን ፡ ከምኡ ፡ ድማ ፡ በብዐይነቱ ፡ ረኸቡ ። ነ
ዚ ፡ ኹሉ ፡ አኪቦም ፡ ምስ ፡ ወድኡ ፥ « ንቕረብ ፡ ደአ ፥ » ይሎም ፡ እን
ተ ፡ ቐረቡ ፡ ድማ ፥ ግርም ፡ ኰይኑ ፡ ብግምጃ ፡ እተነጽፈ ፡ ዐራት ፡ ወርቂ ፡
6\. ረኸቡ ። « ነልዕሎ ፥ » ይሎም ፡ ከአ ፥ ኸልዕልዎ ፥ ነነይ ፡ እንተበልዎ ፥
ኰብቲ ፡ ዐራት ፡ ደሃይ ፡ ሰምዑ ፥ ከምዚ ፡ ዝብል ፤

« ዕቍባኻ ፡ እባ ፡ ማሞ ፤
ሕጅስ ፡ ይእክልካ ። »

7\. « መን ፡ እዩ ፡ እተዛረበ ፤ » እንተሉ ፥ « በዓልቲ ፡ ቤት ፡ እያ ፤ ሕደጉ ፤ ይ
አኽለና ፥ » ተበሃሂሎም ፥ ዝሓዙ ፡ ሕጆም ፥ ወጺኦም ፡ ዐዶም ፡ አተዉ ።

## 84. ህያብ ፡ ደግያት ፡ ማሞ ።

1\. ድሕርዚ ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፥ ቈጸርኦም ፡ ምስ ፡ ቀረበ ፥ እቲ ፡ ኻብ ፡ ሀ
ገር ፡ ዝረኸብዎ ፡ ኹሉ ፥ አቕሑን ፡ ማልኒ ፥ ብዙሕ ፡ ካልእ ፡ ድማ ፡ ኻብ
ቲ ፡ ናብ ፡ ጕድጓድ ፡ እተረኸበ ፡ ወርቂ ፡ ጌሮም ፡ ወሲኾም ፡ አባቕል ፡ ጽ
ዒኖም ፡ ተበገሱ ። እቶን ፡ አጋሰሶም ፥ ካብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ እተጻዕና ፥ ቀዳማየ

ን ፡ ማይ ፡ ጸዕዳ ፡ ክ፟ራገፍ ፡ ክ፟ሎ ፣ ዳሕራየን ፡ ዐዲ፟ ፡ ባሮ ፡ ነበረ ። እንዳ ፡ 2.
ንጉስ ፡ ምስ ፡ አተዉ ፣ ህያ፟ቦም ፡ ክፈትሑ ፡ ጀመ፟ሩ ።

እቲ ፡ ቐዳማይ ፡ ዘውጽእዎ፟ ፡ ጥራይ ፡ ግምጃን ፡ ጅኹኒ ፡ ነበረ ፤ ደሓ 3.
ር ፡ ከአ ፡ አቡ-ጀዲድ ፣ ምንጻፍ ፣ ጐምቦ ፡ ብር፟ለ ፣ ብር፟ለ ፣ ፋኑስ ፣ ነፍጢ ፣
ፈርጊ ፤ ከምኡ ፡ ኸአ ፡ መጋርያ ፡ ጻዕዳ ፡ ላም ፣ መጋርያ ፡ ጻላ፟ም ፡ ላም ፣
መጋርያ ፡ ጣላ ፡ ላም ፣ መጋርያ ፡ በርሃ ፡ ላም ፣ መጋርያ ፡ ዐዶልዋይት ፡
ላም ፣ መጋርያ ፡ ጫብላይት ፡ ላም ፣ ሓደ ፡ መጓሰ ፡ አድጊ ፣ ብጀኻ፟ ፡ አጋሰ
ስ ፡ ሓደ ፡ መጓሰ ፡ በቕሊ ፤ ሀም፟ን ፡ ጀነቶ፟ን ፣ አዕናቑ ፣ ወረጦ ፣ መራፍእ ፣
አቕራሽ ። እዚ ፡ ኹሉ፟ ፡ ምስ ፡ ሃቡ ፣ « እሂ ፣ ጐይታይ ፣ » የልዎ፟ም ። 4.

ንጉስ ፡ ከአ ፣ « ወሲድካ ፣ » የልዎ፟ም ፤ ኵሎ፟ም ፡ አብኡ ፡ ዝነበሩ ፡ 5.
መኳንንቲ ፡ ድማ፟ ፣ « ወሲድካ ፣ ወሲድካ ፣ » የልዎ፟ም ። ነሶ፟ም ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ 6.
መወጻ፟እትኡ ፣ « ምሳሕ ፡ መኳንንቲ ፣ » ይሎም ፡ ደሃብ ፡ ጥራይ ፡ አፍሰ
ሱሎም ፤ ጸኒሖም ፡ ከአ ፣ « ምሳሕ ፡ ሰይቲ ፡ ንጉስ ፣ » ይሎም ፣ ከብ ፡ ወር
ቂ ፡ እተ፟ሰርሓ ፡ ድሙ፟ን ፡ ደርሆን ፡ ሃቡ ፤ ደሓር ፡ ከአ ፣ « ምሳሕ ፡ ንጉ
ስ ፣ » ይሎም ፣ ኩብ ፡ ወርቂ ፡ እተ፟ሰርሔ ፣ አዒንቱ ፡ ግና ፡ ኻብ ፡ ሉል ፣ ም
ስሊ ፡ ገበ፟ል ፡ አውጺኦም ፡ ሃቡ ። በዚ ፡ ኹሉ፟ ፡ ህያ፟ብ ፡ ንጉስ ፡ አዝ፟ዮም ፡ 7.
ተገ፟ረሙ ።

## ስዕረት ፡ ደግ፟ያት ፡ ናይዝጊ ። 85.

ደግ፟ያት ፡ ናይዝጊ ፡ ኸአ ፡ ብሐረቖት ፡ ንደግ፟ያት ፡ ማሞ፟ ፣ « ብውግ፟ 1.
እ ፡ ንዓ ፣ » የልዎ፟ም ። ድሕርዚ ፡ ናብ ፡ ጸገዳ ፡ ዝበ፟ሀል ፡ ተዋግኡ ። አብ 2.
ኡ ፡ ደግ፟ያት ፡ ማሞ፟ ፡ ሰዓሩ ፤ ንደግ፟ያት ፡ ናይዝጊ ፡ አሲሮም ፡ አምጽእዎ፟
ም ፤ አብ ፡ ዐዲ፟ ፡ አቤቶ ፣ ጕልቶም ፡ ነበረት ፡ እሞ፟ ፣ አብኣ ፡ ብዐይን-ቈረ
ኛ፟ ፡ ሐል፟ዮም ፡ አቐመ፟ጥዎ፟ም ። አብኡ ፡ ኸአ ፣ በታ ፡ ቐደም ፡ « በላዕ ፡ ቅ
ጫ፟ ፡ እንጣጢዕ ፡ » ዘልዎ፟ም ፣ « ነሱ፟ ፡ እዩ፟ ፡ ቐለ፟ብና ፣ » ይሎም ፡ ዓመት ፡
ምሉእ ፡ ቅጫ፟ ፡ እንጣጢዕ ፡ ጥራይ ፡ ቀለ፟ብዎ፟ም ። ግዝኣቶም ፣ ብዘሎ፟ ፡ ኸ 3.

አ ፡ ናብ ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፡ ሐለፈ ፤ እሞ ፣ ንዋልቃይት ፡ ሾብዐተ ፡ ዓመ
ት ፡ ገዝእዎ ።

4. ድሕሪ ፡ ሐያሎ ፡ ግዝያት ፡ ከአ ፡ ሐጸይ ፣ ንደግያት ፡ ናይዝጊ ፡ ለመ
ኑሎም ፤ « ግዝኣቱ ፡ ናብ ፡ ኢድካ ፡ ይኹን ፤ ንደግያት ፡ ናይዝጊ ፡ ግና ፡
ፍትሐዮ ፣ » ይሎም ። ሽዑ ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፡ ናብ ፡ ንጉስ ፡ አበርከትዎ
5. ም ። ንጉስ ፡ ከአ ፡ ተቐቢሎም ፣ « በረኸት ፡ እዝግን ፡ ንጉስኒ ፡ ይሃበለይ ፣ »
ይሎም ፣ አብ ፡ እምባ ፡ ድርኩታ ፡ ዝበሀል ፣ ጥቓ ፡ ጋላ-ቤት ፣ ሰዲዶም ፣
6. ሐላዊኡ ፡ ገበርዎም ። ብድሕሪኡ ፡ ኸአ ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፡ ንግዝኣቶም ፡
መለሱሎም ፤ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ንወዲ ፡ ደግያት ፡ ናይዝጊ ፣ አጅማት ፡ ዘም
7. ንኪኤል ፡ ዝሽሙ ፣ ጓሉም ፡ ሃብዎ ። ካብ ፡ ብሽዑ ፡ ደግያት ፡ ናይዝጊ ፡
ብትሕቲ ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፡ ኾይኖም ፡ አብ ፡ ዐዶም ፡ ይገዝኡ ፡ ነበሩ ።
8. በዚ ፡ ኸምዚ ፡ ምስ ፡ ዋልቃይት ፡ ዕርቂ ፡ ገበሩ ።

86. ደግያት ፡ ማሞ ፡ ኻብ ፡ ርእሶም ፡ ግብሪ ፡ ሀገሮም ፡ ፈደዩ ።

1. ብዘበን ፣ ደግያት ፡ ማሞ ፡ አምበጣ ፡ ንኸሎ ፡ ሐማሴን ፡ አጥፍአ ፤ ሀ
2. ገር ፡ ከአ ፡ ንርእሱ ፡ ጠምዩ ፣ ንግብርን ፡ ፈሰስኒ ፡ ዝፈድዮ ፡ ሰኣነ ። ደግ
ያት ፡ ማሞ ፡ ኸአ ፣ ብዙሕ ፡ ሕያዋይ ፡ ነበሩ ፡ እሞ ፣ አብ ፡ ክንዲ ፡ ሀገሮ
3. ም ፡ ግብሪ ፡ ፈድዮም ፡ ናጻ ፡ አውጽእዎም ። ድሕርዚ ፡ ኸአ ፡ ደጊሞም ፡
ንጋላ-ቤት ፡ ከይዶም ፣ ቈጽሪ ፡ ዘይብላ ፡ ማል ፡ ዘሚቶም ፡ ንኸሎ ፡ ሐማ
ማሴን ፡ አጽገብዎ ።

4. እዚ ፡ ምስ ፡ ረአዩ ፣ ህዝቢ ፡ ሐማሴን ፡ ንደግያት ፡ ማሞ ፡ ብዙሕ ፡
5. አመስገንዎም ። ከምዚ ፡ ኸአ ፡ ደረሱሎም ፤

ሐማሴናይ ፡ በለካ ፤ ክበር ፣ ንበር ፤
ትግራዋይ ፡ በለካ ፤ ክበር ፣ ንበር ፤
ነፍጢ ፡ ደሞ ፡ የቐትል ፤ ሐሞት ፡ እምበር ፤

III: 85-86

ጐልበት ፡ ደሞ ፡ የጕዪ ፤ ሕሊና ፡ እምበር ፤
ዘለዎይ ፡ የልግስ ፤ ኣመል ፡ እምበር ፤
ኦብ ፡ ዑናኻ ፡ ትመውት ፡ ከም ፡ ገበል ።

## መድፍዕ ፡ ደግያት ፡ ማሞ ። 87.

ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ናብቲ ፡ ዓመቱ ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፡ አርባዕተ ፡ ሚእቲ ፡ 1.
ሰብ ፡ ዘየልዕልዎ ፡ መድፍዕ ፡ ብባሕሪ ፡ አውጺአም ፥ ብእሑለ-ጐዛይ ፡ ጌ
ሮም ፥ ዐደምሓራ ፡ ወሲዶም ፡ አብ ፡ ንጉስ ፡ አበርከትዎ ። ንጉስ ፡ በዚ ፡
ህያብዚ ፡ ብዙሕ ፡ ተሐጐሱ ።

ደግያት ፡ ማሞ ፡ ኸአ ፥ ንጉስ ፡ ባህ ፡ ከም ፡ ዘሎም ፥ ርእዮም ፥ ብድ 2.
ድ ፡ ይሎም ፡ ተዐጢቖም ፥ « ጐይታይ ፤ ክዣረብ ፥ » የሉ ። ንጉስ ፡ ከአ ፥
« ተዞረብ ፥ » የልዎ ። ሽው ፡ ኸምዚ ፡ የሉ ፤ « እንሆ ፤ እዚ ፡ መድፍዕዚ ፡ 3.
ናተይ ፡ እዩ ፤ እንተ ኸነ ፡ ብሳላ ፡ ሀገረይ ፡ ዘጥሬኽዎ ፡ እዩ ፤ ሕጂ ፡ ድማ ፥
ብሐቂ ፡ እዚ ፡ ህያበይ ፡ እንተ ፡ አሐጐሹኹም ፥ ኣነ ፡ ኸአ ፡ ሓደ ፡ ነገር ፡
ከተሐጕሱኒ ፡ እልምነኩም ፥ » የልዎም ። ንጉስ ፡ ከአ ፥ « እሺ ፥ » የልዎ ።
ድሕርዚ ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፥ « ጐይታይ ፤ ሀገረይ ፡ በምበጣ ፡ ጠፊኡ ፡ እ 4.
ዩ ፤ ስለዚ ፥ ግብርን ፡ ፈሰስኒ ፡ ይትረፍ ፥ ንቐለቡ ፡ ዝአኽል ፡ እኳ ፡ የብሉ
ን ፤ እሞ ፥ ክትምሕሩለይ ፥ እልምነኹም ፡ አሎኹ ፥ » የልዎም ። ንጉስ ፡
ከአ ፡ ብታሕጓስ ፡ መሓርዎም ።

## ምውዳእ ፡ ገዛ ፡ ስድራ ። 88.

እምቤት ፡ ሰበነ-ገርግሽ ፡ ከአ ፥ አቦኤን ፥ ሐጸይ ፡ አእላፍ-ሰገድ ፥ ሽሕ 1.
ኒ ፡ ሐሙሽተ ፡ ሚእትን ፡ ባሮት ፡ ሂበምወን ፡ ነበሩ ። እዚኣቶም ፥ ብዝሐ
ም ፡ አብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ናብ ፡ ላዕላይ ፡ ገዛ ፥ ሐልሐሊፎም ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ሐ
ያሎ ፡ ኻልእ ፡ ዐዲ ፥ ከም ፡ ስድራ ፡ ቤቶም ፡ ንዐድ-ደገዝማቲ ፡ ኹይኖ
ም ፡ ተቐመጡ ።

2. ብድሕርዚ ፣ ደግያት ፡ ማሞ ፡ ናብ ፡ ሐጸይ ፡ ዳዊት ፡ ኣብ ፡ ዐደምሓ
ራ ፡ ኸለዉ ፣ ገዛ ፡ ስድራ ፡ ኸአ ፡ ነቲ ፡ ምቕማጦም ፣ ነሰላፍ ፡ ቃለ-ኽስቶ
ስ ፣ ንዒቕም ፣ « እዚኣስ ፣ ብእንታይ ፡ ትበልጽ ! » ይሎም ፡ ምግዛእ ፡ አ
3. በይዎ ። ነሱ ፡ ኸአ ፡ ንሐዉ ፡ ናብ ፡ ዐደምሓራ ፡ ልኢኹ ፣ « ከመይ ፡ ን
ግበር ! » ይሉ ፡ ሐተቶም ። ደግያት ፡ ማሞ ፡ ኸአ ፡ ኽንዲ ፡ ወረቐት ፡ አ
4. ብ ፡ ሓደ ፡ ለቜጣ ፡ ሰቲ ፡ ቐርዲዶም ፣ ካራ ፡ ጌሮም ፣ ሰደዱሉ ። አሰላፊ ፡
ኸአ ፣ ነዚ ፡ ምላሽዚ ፡ ምስ ፡ ረኸበ ፣ ገዚፍ ፡ ዳስ ፡ ተኸለ ፤ ደሐር ፡ ከም ፡
በዓል ፡ ደሐን ፡ ተመሲሉ ፡ ነቶም ፡ ባሮት ፡ ዙሎም ፡ ገዝኡ ፡ ጸዉዖም ።
5. ዳስ ፡ አእትዩ ፡ ድማ ፡ ሜስ ፡ አስተዩዎም ። ብድሕርዚ ፣ ዙላቶም ፡ ምስ ፡ ሰ
ኽሩ ፣ ነቲ ፡ ዳስ ፡ ብለይቲ ፡ ኸቢቡ ፣ ብወጀራት ፣ ሰብ ፡ ሸቶል ፣ ጌሩ ፡ ሐ
ረድዎም ።

6. በዚ ፡ ኸምዚ ፡ ገዛ ፡ ስድራ ፡ ተወድኡ ።

89. ## ሽፍትነት ፡ ደግያት ፡ ድብልዬስ ።

1. ኣድከመ-ምልጋእ ፡ ከአ ፡ ነታ ፡ ናይ ፡ ቀደም ፡ ቂሞም ፡ ዘኺሮም ፣
2. ጽልኦም ፡ አይዐረፈን ። ብዛዕባዚ ፡ ጥንትግ ፡ ምስ ፡ ደቐተሸም ፡ ይዋግኡ ፡
ነበሩ ። ንድሩይ ፡ ፍጋጋ ፡ ዝበሀል ፡ ካብ ፡ ዐዲ ፡ ባሪ ፣ ብድሕሪኡ ፡ ድማ ፡
ንዮሀንስ ፡ ሐካይ ፣ በዓል ፡ ዐዲ ፡ መንጐንቲ ፣ ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ንአይተ ፡ አ
ርዓዶም ፡ እተባህለ ፡ ኸብ ፡ ክሳድ ፡ ዳዕሮ ፣ በዓል ፡ ቄጽሊ ፡ ጌሮም ፣ ይ
ገጥሙሎም ፡ ነበሩ ።
3. ደግያት ፡ ድብልዬስ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ አርዓዶም ፡ ከአ ፡ ንጓል ፡ ተስፋ
ይ ፡ ገረብ ፡ ካብ ፡ መደባይ ፡ አእቶ ፣ ካብ ፡ ጓል-ጓሎም ፡ ንሐጸይ ፡ መለኽ-ሰገ
4. ድ ፡ እቸውለድ ። ነሱ ፡ ድማ ፣ አርብዓን ፡ አርባዕተን ፡ ጐልቲ ፡ ነበሮ ። እሞ ፣
ምስናይዚ ፡ ኾሉ ፡ ኸአ ፡ ገባር ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፡ ምኻን ፡ ውርደት ፡ ኰይ
5. ኑ ፡ ተራእዩ ። ስለዚ ፡ ሓደ ፡ እዋን ፣ እቲ ፡ ምቕማጥ ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፡

ናብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኸሎ ፥ ደግያት ፡ ድብልዬስ ፡ ከአ ፥ « ብጀካ ፡ ሐጸይ ፡ ጐይ
ታ ፡ የብለይኒ ፥ » ይሉ ፡ ሸፈተ ። ሰራዩ ፡ ኸአ ፡ ብዘሎ ፡ ሻርኡ ፡ ነበረ ።
6. አሰላፌ ፡ ኸአ ፥ እዚ ፡ ምስ ፡ ፈለጠ ፥ ብኣ-ብኣ ፡ ናብ ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፡
ልኡኻት ፡ ሰደደ ። ደግያት ፡ ማሞ ፡ ኸአ ፡ ወረቐት ፡ ካብ ፡ ሐጸይ ፡ መካ
ኗ ፡ አምጺኦም ፥ ሰራዊት ፡ ሰዲዶም ፥ ንሰራዩ ፡ ኻብ ፡ ላዕሊ ፡ ንታሕቲ ፡
7. ዘሚቶም ፡ አጥፍኦዎ ። ደግያት ፡ ድብልዬስ ፡ ከአ ፡ ምስ ፡ አሰላፌ ፡ ተዋ
ጊኡ ፡ ሞተ ።
8. ካብኡ ፡ ኣድከመ-ምልጋእ ፡ ንደግያት ፡ ማሞ ፡ ትም ፡ ይሎም ፡ ተገ
ዝኡሎም ።

## 90. ሞት ፡ ደግያት ፡ ማሞ ።

1. ደግያት ፡ ማሞ ፥ ግዝኣቶም ፡ ዅሉ ፥ ዐሰርተው ፡ ክልተ ፡ ዓመት ፡ አ
ብ ፡ ጋላ-ቤት ፡ ጥራይ ፡ ዝገዝእዎ ፤ ነዚ ፡ ባምቦሎ-ምላሽ ፡ ምስ ፡ ወሰኹ ፡
ኸአ ፥ ትሽዐተ ፡ ዓመት ፤ አብ ፡ ልዕሊኡ ፡ ኸአ ፡ ንዋልቃይት ፡ ምስ ፡ ወሰ
ኹ ፥ ሾብዐተ ፡ ዓመት ፤ ስለዚ ፡ ብግዝኣት ፡ አስታት ፡ ዕስራን ፡ ሸሞንተ
ን ፡ ዝአክል ፡ ዓመት ፡ ነበሩ ።
2. ደግያት ፡ ማሞ ፡ ናብ ፡ ሰፈር ፡ ንጉስ ፥ ቀሓ ፡ ናብ ፡ ዝበሀል ፡ መኻ
ን ፥ ሞቱ ። ንጉስ ፡ ከአ ፡ ብነጋሪትኒ ፡ ብሰንደቕ ፡ ዕላማን ፡ ብብዙሕ ፡ ዓ
3. ጀብኒ ፡ ጌሮም ፡ ቀበርዎም ። ብድሕሪኦም ፡ እቶም ፡ ራብዓይ ፡ ሐዎም ፥
ራእስ ፡ ዐንደ-ሃይማኖት ፡ እትባህሉ ፥ አብ ፡ ባምቦሎ-ምላሽ ፡ ተሸሙ ።

## 91. ዓድዋ ፡ ተሰርሔ ።

1. ራእስ ፡ ዐንደ-ሃይማኖት ፡ ከአ ፥ ርእስኖቶም ፡ ምስ ፡ ተቐበሉ ፥ አብ ፡
2. ክልእ ፡ ሀገር ፥ አብ ፡ ትግራይ ፥ ተቐመጡ ። እታ ፡ እትቐመጡላ ፡ መኻ
ን ፡ ቀደም ፡ ደግያት ፡ ሀብ-ስሉስ ፡ ተተምንዮምዋ ፥ « ንዐዲ ፡ ኽትከውን ፥ »
ይሎም ፥ ዱራ ፡ ቀስቅሾምዎ ፡ ነበሩ ። በዚ ፡ እዋንዚ ፡ ራእስ ፡ ዐንደ-ሃይ

ማኖት ፡ ከተምአም ፡ ገበርዋ ፤ አብኣ ፡ ኸአ ፡ ቤተኽስያን ፡ እንዳ ፡ ማርያ
3. ም ፡ ሰርሑ ። እዛ ፡ በዚ ፡ ኸምዚ ፡ እተሰረተት ፡ ከተማ ፡ ብድሕሪ ፡ እዚ ፡
እዋንዚ ፡ ኸተማ ፡ መንግስቲ ፡ ኾነት ፤ ሽማ ፡ ኸአ ፡ ዓድዋ ፡ ተባህለት ።
4. ራእስ ፡ ዐንደ-ሃይማኖት ፡ ከአ ፡ ናብኣ ፡ ኹይኖም ፡ ነዊሕ ፡ ዘበን ፡
ንባምበሎ-ምላሽ ፡ ገዝኡ ።

## 92. ሽፍትነት ፡ ብላታ ፡ ምንኪኤል ።

1. ብድሕርዚ ፡ ኸአ ፡ ራእስ ፡ ዐንደ-ሃይማኖት ፡ ሓደ ፡ ዝአምንዎ ፡ ብላ
ታንጌታ ፡ ነበሮም ፥ ብላታ ፡ ምንኪኤል ፡ ዝበሀል ። ስለዚ ፥ ንኡ ፡ ምቕ
ማጥ ፡ እናሐደጐ ፥ ከም ፡ ሐዎም ፡ ጌሮም ፡ ረኣይዎ ።
2. ሓደ ፡ ግዜ ፥ ነሶም ፡ አብ ፡ ሐማሴን ፡ ወሪዶም ፡ ከለዉ ፥ ክሀድኑ ፥
ብላታ ፡ ምንኪኤል ፡ ከአ ፥ « አብ ፡ ጐይታይ ፡ ክበጽሕ ፥ » ይሉ ፡ ናብ ፡
3. ዐሸረፈቶ ፡ አርከቦም ። አብኡ ፡ መጺኡ ፡ ኸሎ ፥ ራእስ ፡ ዐንደ-ሃይማኖ
ት ፡ ምስ ፡ ገለ ፡ ጐረዙን ፡ ኣንስትን ፡ ክስዕስዑ ፡ ኸለዉ ፥ ብላታ ፡ ምንኪ
4. ኤል ፡ ርእዩ ፡ ብልቡ ፡ ነዓቖም ። « ጐይታይሲ ፡ እንካ ፤ ዐሬቶምሲ ፡ ዝቕ
በሎም ፡ ደኣ ፡ ሊኢኖም ፡ እምበር ፥ ደርብዮምዋ ፡ እዮም ፥ » ይሉ ፡ ንዓድ
ዋ ፡ ተመልሰ ። አብኡ ፡ ኹይኑ ፡ ባዕሉ ፡ ኸም ፡ ዋና ፡ ደልደለ ።
5. ወረ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ በጽሔ ፥ « ብላታ ፡ ምንኪኤል ፡ ሸፊቱ ፡
6. እዩ ፥ » ዝብል ። ብዛዕባዚ ፡ ዋጣ ፡ ራእስ ፡ ዐንደ-ሃይማኖት ፡ ከምዚ ፡ ይ
ሉ ፡ ደረሰሎም ፤

ደርመን ፥ ከመ-ዓልካ ፥ ደርመን ፤
ከዳዕ ፡ እያ ፥ ጠላም ፡ እያ ፡ ዘበን ፤
« ሐወይ ፥ » ይልካ ፥ ሰብ ፡ አይእመንዎን ፤
ድሙኻ ፡ እኳ ፡ ተምጽአልካ ፡ ተመን ።

## ውግ፟እ ፡ ጋሻ፟-ወርቀ ። 93.

ራእስ ፡ ዐንደ-ሃይማኖት ፡ ከአ ፣ ካብዚ ፡ ተልዒሎም ፡ እንተ ፡ ኸዱ ፣ 1.
አብ ፡ ጋሻ፟-ወርቀ ፡ ኽበጽሑ ፡ ኽለ፟ዉ ፣ እቲ ፡ አሚኖምዎ ፡ ዝነበሩ ፣ ም
ቕማ፟ጥ ፡ ዝሐደግዎ፟ ፡ ግልይኦም ፣ ሰቡ ፡ አኽቲቱ ፣ ክሳድ ፡ ሕጁ ፡ ጸኒሑ ፡
ተዋግኦም ። አብኡ ፡ ብላቓ፟ ፡ ምንኪኤል ፡ ሰዓረ ። ራእስ ፡ ዐንደ-ሃይማ 2.
ኖት ፡ ከአ ፡ ተማረኹ ፧ እሞ ፣ ብድሕሪ ፡ እቲ ፡ ውግ፟እ ፡ አብ ፡ ቅድሚ ፡
ብላቓ፟ ፡ ምንኪኤል ፡ ተደብደቡ ። ወዲ፟ ፡ እንዳ ፡ ነብሪድ ፡ ከአ ፡ ናብኡ ፡ 3.
ተደብደበ ። ተኾሉ ፡ ሐበ፟ል ፡ እተ፟ባህለ ፡ ግና ፣ ወዲ፟ ፡ አይተ ፡ ኽፍሌት ፣ 4.
ካብ ፡ ወዘሮ ፡ ሙዚት ፡ ዝውለ፟ድ ፣ ምስ ፡ አኹ፟ኡ ፡ ናብኡ ፡ ውዒሉ ፡ ነበ
ረ ፡ እሞ፟ ፣ ምስ ፡ ሐያ፟ሎ ፡ ኻልእ ፡ ሰብ ፡ ኰይኑ ፡ ሀዲሙ ፡ ወጸ ።

ብላቓ፟ ፡ ምንኪኤል ፡ ከአ ፣ ንራእሲ ፡ ዝቐች፟ል ፣ ራእሲ ፡ ኽበ፟ሀል ፡ 5.
ከም ፡ ዝግብ፟አ ፣ ነሱ፟ ፡ ንራእስ ፡ ዐንደ-ሃይማኖት ፡ ቀቲሉ ፡ ራእስ ፡ ምን
ኪኤል ፡ አበ፟ለ ። ካብ ፡ ብሽው ፡ ናብ ፡ ዓድዋ ፡ ኾይኑ ፡ ንትግራይ ፡ ገዝኤ ።

## ግዝኣት ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ሰለሙን ። 94.

ባሕር-ነጋስ ፡ ሰለሙን ፡ ወዲ፟ ፡ ደግ፟ያት ፡ ተስፉ-ጼን ፡ ከአ ፡ ብድሕሪ ፡ 1.
ሞት ፡ ሐወቦ፟ኦም ፡ አብ ፡ ጸዐዘ፟ጋ ፡ ኾይኖም ፡ ይገዝኡ ፡ ነበሩ ። እንተኸ 2.
ነ ፡ ነሶ፟ም ፣ እቲ ፡ ናይ ፡ አቦ፟ታቶም ፡ ግዝኣት ፡ ካብ ፡ ኢድ ፡ ራእስ ፡ ምን
ኪኤል ፡ ምእንቲ ፡ ኽምልሱ ፣ ንሀገር ፡ አኽቲቶም ፡ አብ ፡ ዕዳጋ ፡ ረቡዕ ፡
ምስ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ሽድ፟ሽተ ፡ መዓልቲ ፡ ተዋግኡ ፣ ካብ ፡ ሰሉስ ፡
ጀሚ፟ሮም ፡ ክሳዕ ፡ ሰምበት ። ምስ፟ዕዓር ፡ ምስ ፡ ሰኣኑ ፣ ካህናትኒ ፡ ፈለስት 3.
ን ፡ መስቀል ፡ ሒጆም ፡ መጺኦም ፡ ዐረቕዎ፟ም ። ባሕር-ነጋስ ፡ ሰለሙን ፡
መረብ-ምላ፟ሽ ፡ ጥራይ ፡ ክገዝኡ ፣ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ከአ ፡ ንትግራይ ፧
በዚ ፡ ዕርቅዚ ፡ ነን፟ገዝኦም ፡ ተመልሱ ። ካብዘም ፡ ክልተ፟ ፡ ገዛእትዚኣቶም ፡ 4.
ጀሚ፟ራ ፡ መረብ ፡ ደረት ፡ ኮነት ፣ ክሳዕ ፡ ለይት-ሎም ።

5. ብድሕሬ ፡ እዚ ፡ እዋንዚ ፡ ኸአ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ሰለሙን ፡ ዐሰርተው ፡ ክልተ ፡ ዓመት ፡ ገዝኡ ። ብዘበኖም ፡ ሐጻይ ፡ እያሱ ፡ ናብ ፡ ሐማሴን ፡ መጺኦም ፡ ንሀገር ፡ አገበርዎ ።

## 95. ውግእ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ምስ ፡ ናይብ ፡

1. ብዘበን ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ሰለሙን ፡ ናይብ ፡ ንርእሱ ፡ ግዝአት ፡ ሐማሴን ፡ ደለ ። እንትኸነ ፡ ነሶም ፥ ክዋግእዎ ፡ ስለ ፡ ዘይደለዩ ፥ ካብ ፡ ግዝአቶም ፡ ሐልሐሊፎም ፥ እኒ ፡ አስመራ ፥ ቤት ፡ ምኻእ ፥ እምባ-ደርሆ ፥ ድባርዋ ፥ እምኒ ፡ ጻሊም ፥ ነጐላት ፡ ሂቦም ፡ ተዓረቅዎ ።
2. ድሕርዚ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ክረድኡ ፡ መጺኦም ፡ ምስ ፡ ናይብ ፡ አብ ፡ እኾለ-ጐዛይ ፡ ተዋግኡ ። ራእሲ ፡ ስዒሮም ፡ ንሐያሎ ፡ ዐድታት ፡
3. ዘመቱ ፤ ድግሳ ፡ ግና ፥ ጽንዕቲ ፡ እምባ ፡ ስለ ፡ ዝነበረት ፥ ፈርህዋ ። ሸው ፡ እቲ ፡ ፍሉጥ ፡ ጅግና ፥ ዕቍባላሰ ፡ ወዲ ፡ ሕድረንኪኤል ፡ እተባህለ ፥ በዓል ፡ ጨዓረሺ ፥ ሳልሳይ ፡ ርእሱ ፡ ኸነሱ ፡ ደየበ ፥ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ባ
4. ዕሎም ፡ አብ ፡ እግሪ ፡ ተሪፎም ፡ ከለዉ ። ወዲ ፡ ሕድረንኪኤል ፡ ድማ ፡ አትዩ ፥ « ኣነ ፡ ወዲ ፡ ሕድረንኪኤል ፥ » እናለ ፥ አብ ፡ ማእከል ፡ ከተማ ፡
5. ፈኸረ ። ሸው ፡ ደቂ ፡ እታ ፡ ዐዲ ፡ ተሸቢሮም ፥ ብሓደ ፡ ሸነኽኒ ፡ ሀደሙ ፥ ብሓደ ፡ ሸነኽኒ ፡ አውየዩ ። ኣውያት ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፡ ኸአ ፥ ወትሀደር ፡ ራእሲ ፡ ደይቦም ፡ ዘመትዋን ፡ ተኾስዋን ።
6. ድሕሪ ፡ እዚ ፡ ውግእዚ ፡ ግና ፡ ናይብ ፡ ምስ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ተዐርቀ ። ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ድማ ፡ አመንዎ ፤ ነቲ ፡ ናብ ፡ ከበሳ ፡ ገዝነበረ ፡ አጐላቱ ፡ ኸአ ፡ መረቈሉ ።

## 96. ደቂ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ሰለሙን ።

1. ባሕር-ነጋስ ፡ ሰለሙን ፡ ከአ ፥ ሰበይቶም ፥ እምቤት ፡ ጐይተን ፥ በዓልቲ ፡ ቃኝብጻ ፡ እየን ፥ ጓል ፡ ቀሊት ፡ ወዲ ፡ ፈቶ ፡ እተባህለ ። ካብኤን ፡

ንአይተ ፡ ደብረ-ጼንኒ ፡ ንባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩን ፡ ወለዱ ። አይተ ፡ ደብረ- 2.
ጼን ፡ ንዐድ-ደብተራ ፡ ባርይኡ ፡ ዝፈረ ፡ እዩ፟ ። እታ ፡ ግዝኣት ፡ አቦ፟ኦም ፡
ድማ፟ ፡ ናብ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ሐለፈት ።

ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ብንእሽቶኦም ፡ ዛቕናይ ፡ ነበሩ ፤ ቀሺ፟ ፡ በኹ 3.
ሩ ፡ ኸአ ፡ ተባህሉ ። አቦ፟ኦም ፡ ምስ ፡ ሞቱ ፡ ግና ፥ ብኡ-ብኡ ፡ ዐራት ፡ ሓ 4.
ዙ ፥ ነጋሪት ፡ ጸዓኑ ። ካብኡ ፡ ደግ፟ያት ፡ በኹሩ ፡ ተባህሉ ። ጸኒሖም ፡ ድ 5.
ማ፟ ፡ ንብሕር-ንግስነ፟ት ፡ ድባርዋ ፡ ወሰ፟ኹ ፤ እሞ፟ ፥ ባሕር-ነጋሲ ፡ አበ፟ሉ ።

ነሶ፟ም ፡ ከአ ፥ ብሽሞም ፡ መረብ-ምላ፟ሽ ፡ ዕስራን ፡ አርባዕተን ፡ ዓመ 6.
ት ፡ ተገዝኤት ።

IV.

# ሰለስተ ፡ መንግስታት ፡ ደቀተሸም ።

97\. ዘርኢ ፡ ተኽለ-ታትዮስ ።

1\. አብ ፡ ተኽሌ-ዐገባ ፡ እንዳ ፡ ተኽለ-ታትዮስ ፡ ብትሕቲ ፡ ዐድ-ደገዝማ
ቲ ፡ መኳንንትን ፡ ምርኡያትኒ ፡ ነበሩ ። ነሳቶም ፡ ብዘበን ፡ ደግያት ፡ ገረ-
ኽስቶስ ፡ ኮነ ፡ ኽምኡ ፡ ድማ ፡ ብደቆም ፡ ሐያሎ ፡ እዋን ፡ ንምሉእ ፡ ዐን
ሰባን ፡ ለጎ-ጨዋን ፡ ገዝኡ ።
2\. ተኽለ-ታትዮስ ፡ ንባሕር-ነጋስ ፡ ዘኽስቶስኒ ፡ ንመንዓይኒ ፡ ንሰመረ-
3\. ኽስቶስኒ ፡ ንበረኽተ-ኣብኒ ፡ ወለደ ። ባሕር-ነጋስ ፡ ዘኽስቶስ ፡ ከአ ፡ ጓል-
ጓሎም ፡ ንሐጻይ ፡ መለኽ-ሰገደ ፡ ካብ ፡ እምሓ ፡ ጨንገር ፡ በዓል ፡ መራጕ
ዝ ፡ እቶውለድ ፡ አእቶ ። ካብኣ ፡ ንዐብገዝግን ፡ ከንቲባ ፡ ቡላን ፡ ብእምነት
ኒ ፡ አቢብኒ ፡ ወለደ ።
4\. ከንቲባ ፡ ቡላ ፡ ኸአ ፡ ንአቤቶ ፡ ወልደ-ገርግሽ ፡ ወለዱ ። አቤቶ ፡ ወ
5\. ልደ-ገርግሽ ፡ ከአ ፡ ንባሕር-ነጋስ ፡ ዕቍባት ፡ ወለዱ ። እዚኣቶም ፡ ኩሎ
ም ፡ ነዚ ፡ ናቶም ፡ ግዝኣት ፡ ጠቕሊሎም ፡ ሓገዞ ።
6\. ባሕር-ነጋስ ፡ ዕቍባት ፡ ከአ ፡ ንባሕር-ነጋስ ፡ ታቦትኒ ፡ ንአይተ ፡ ተስ
ፋ-ጼንኒ ፡ ወለዱ ።

## እንዳ ፡ ህብተ-ልዑል ። 98.

አብ ፡ ቤት ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፡ እንዳ ፡ ህብተ-ልዑል ፡ ፍሉጣት ፡ 1.
ዐበይቲ ፡ ነበሩ ።

ህብተ-ልዑል ፡ ንዕቍብ-ኽስቶስ ፡ ወለደ ። ዕቍብ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፡ ን 2.
አውዓሎም ፥ ድናስ ፥ ደ-ስላሰ ፥ ትንሳኤ-ኽስቶስ ፥ ፍቕሮይ ፡ ንተባህሉ ፡
ሐሙሽተ ፡ ወለደ ። ካብአም ፡ አውዓሎም ፡ ንዐዲ ፡ ሰጕዶ ፡ ኽደ ፤ ዘርኡ ፡ 3.
ኽአ ፡ ኽሳዕ ፡ ሕጂ ፡ ዐዲ ፡ ሰጕዶ ፡ እዮም ። ዝተረፉ ፡ ግና ፡ ናብ ፡ እንዳ ፡
አቦአም ፥ አብ ፡ ጻዕዳ-ኽስታን ፥ ጸንሑ ።

ፍቕሮይ ፡ ከአ ፡ ንዐዲ ፡ ኽንቲባ ፡ ዝፈረ ፡ እዩ ። ነሱ ፡ ንኽንቲባ ፡ ግ 4, 5.
ዴን ፡ ንደመ-ኽስቶስኒ ፡ ንገረ-ኽስቶስኒ ፡ ወለደ ። ካብአም ፡ ደመ-ኽስቶስ ፡
ንዐዲ ፡ ሐሙሽተን ፡ ንዐደብ-ነገርኒ ፡ ፈረ ፤ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፡ ንጐዳ
ይፍ ፡ ፈረ ። ከንቲባ ፡ ግዴ ፡ ግና ፡ ናብ ፡ ጻዕዳ-ኽስታን ፡ ተረፉ ። ነሶም ፡ 6.
ከአ ፡ ንኽንቲባ ፡ ገረ-ማርያምኒ ፡ ንትንሱእኒ ፡ ወለዱ ። ካብአም ፡ ትንሱ
እ ፡ ንገጅረት ፡ ዝፈረ ፡ እዩ ።

ድናስ ፡ ወዲ ፡ ዕቍብ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፥ ነሱ ፡ ንአይጠበ ፡ ወለደ ። አይ 7, 8.
ጠበ ፡ ኽአ ፡ ንኽንቲባ ፡ ተኽለ-ገርግሽኒ ፡ ኽንቲባ ፡ ዐንደንኪኤልኒ ፡ ኽን
ቲባ ፡ ስእላትኒ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ዕቍቢትኒ ፡ ወለደ ። ነሱ ፡ ፈራይ ፡ ዐደይ
ጠበ ፡ እዩ ። – –

ከንቲባ ፡ ግዴ ፡ ወዲ ፡ ፍቕሮይ ፡ ብዘበን ፡ ደግያት ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ብ 9.
ትሕቲ ፡ ዐድ-ደገዝማቲ ፡ ኹይኖም ፡ አብ ፡ ምሉእ ፡ ቤት ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡
ሹም ፡ ነበሩ ። ድሕሪ ፡ ሞቶም ፡ ግና ፥ ወዶም ፡ ከንቲባ ፡ ገረ-ማርያም ፡ ን
እሽቶይ ፡ ነበሩ ፡ እሞ ፥ እቲ ፡ ሽመት ፡ ንቕሩብ ፡ እዋን ፡ አብ ፡ ዐደይጠበ ፡
ሐለፈ ። ከምዚ ፡ ይሎም ፡ እዞም ፡ ክልተ ፡ ጨንፈር ፡ እንዳ ፡ ህብተ-ልዑ 10.
ል ፡ በብተርአም ፡ ምስሌንነት ፡ ሓዙ ። እናሐንሳእ ፡ ከአ ፡ ነንሐድሕዶም ፡
ይበኣሱ ፡ ነበሩ ።

## 99. « ምህዳም ፡ ደ፟ቒ ፡ ዐ፟በይቲ ። »

1. ካብዚ ፡ ዘበንዚ ፡ ሕጂ ፡ ናብ ፡ መንጎ ፡ ጸዐ፟ዘጋን ፡ ጸዕዳ-ኽስታንኒ ፡
ፈትሓ ፡ ኸነ ። እቲ ፡ አመጻጽእኡ ፡ ኸአ ፡ ኸምዚ ፡ እ፟ዩ ።
2. ሓደ ፡ እ፟ዋን ፣ እዘም ፡ ክል፟ተ ፡ ዐ፟ዲ ፡ ኽ፟በአሱ ፡ ኸ፟ለዉ ፣ ጸዐ፟ዘጋ ፡ ኸ
አ ፣ « ዋዕላ ፡ ንግበር ፣ ዐዐ፟በይቲ ፡ ጥራይ ፡ ኳንና ፡ ን፟ራኽብ ፣ » ይሎም ፡
3. ንጻዕዳ-ኽስታን ፡ ለኣኹሎም ። ኸው ፣ አብ ፡ ዐ፟ዲ ፡ አውሊያ ፡ ምስ ፡ ተራ
ኽቡ ፣ ጸዐ፟ዘጋ ፡ ብሰልፊ ፡ መጺኦም ፡ ንዐ፟በይቲ ፡ ጸዕዳ-ኽስታን ፡ ወ፟ድእ፟
4. ም ። አብኡ ፡ ተኸ፟ኤ ፡ እ፟ተባህለ ፣ ወ፟ዲ ፡ ደ-ስ፟ላሰ ፣ ወ፟ዲ ፡ ሐወ፟ቦኦም ፡ ን
ኽንቲባ ፡ ግዴ ፣ « አነስ ፡ አ፟ቦ ፡ አዋልድ ፡ እ፟የ ፤ አይትቕተሉኒ ፣ » እ፟ናለ ፣
5. ክህ፟ድም ፡ ክ፟ሎ ፣ ቀተል፟ዎ ። -- እቲ ፡ እ፟ተራኽቡሉ ፡ መኻን ፡ ክሳዕ ፡ ለ
ይት-ሎም ፡ « ምህዳም-ደ፟ቒ-ዐ፟በይቲ ፡ » ይ፟በሀል ።

## 100. ማእሰርቲ ፡ ኽንቲባ ፡ ገረ-ማርያም ።

1. ክንቲባ ፡ ገረ-ማርያም ፣ ምስ ፡ አርከቡ ፣ ሽመት ፡ አ፟ቦታቶም ፡ ሓዙ ።
2. ነ፟ሶም ፡ ብሽመቶም ፡ ከ፟ለዉ ፣ ደ፟ቀ፟ቦ ፡ ተንሲኦም ፡ አብ ፡ ዐድ-ደ፟ገዝ
ማቲ ፡ ከ፟ሰስ፟ዎም ። ጸዐ፟ዘጋ ፡ ኸአ ፣ « ስ፟ሳ ፡ ዳብር ፡ አምጽእ ፣ » የል፟ዎም ።
3. ክንቲባ ፡ ገረ-ማርያም ፡ ግና ፡ አበዩ ። በዚ ፡ ምኽንደትዚ ፡ ጸዐ፟ዘጋ ፡ ሐደጋ ፡
ወደቕ፟ዎም ፤ አምጺኦም ፡ ድማ ፣ ዕድኦም ፡ ክሳዕ ፡ ዝፈድዩ ፣ አሰር፟ዎም ።
ቅሩብ ፡ ጸኒሖም ፡ ግና ፣ ዋሕስ ፡ ጌሮም ፡ ካብ ፡ ማእሰርቶም ፡ ወጹ ።
4. ብድሕርዚ ፡ ቤት ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ዘ፟በሉ ፡ ናብ ፡ ማይ ፡ ከብዲ ፡ ወፈሩ ።
5. ክንቲባ ፡ ገረ-ማርያም ፡ ከአ ፣ አብ ፡ ማእከል ፡ ተንሲኦም ፣ « ከምዚ ፡ ዝ
አመ፟ሸለ ፡ ጕድ ፡ ረኺቡ፟ኒ ፡ እ፟ሞ ፣ ከም ፡ ክእለትኩም ፡ ደ፟ግፉኒ ፣ » የል፟ዎ
6. ም ። በዚ ፡ ኸምዚ ፡ ኽል፟ተ ፡ ሽሕ ፡ ቀርሺ ፡ አ፟ከቡ ። ድሕርዚ ፡ ኸአ ፡ ነ፟ሶ
ም ፡ ነዚ ፡ ገንዘብ ፡ ሕጆም ፣ አብ ፡ ከንዲ ፡ ዕድኦም ፡ ክፈድዩ ፣ ብሕቡእ ፡
ካብ ፡ ዐ፟ዶም ፡ ለቒቖም ፡ አብ ፡ ጐንደር ፣ አብ ፡ ንጉስ ፣ አተዉ ፣ ክጠር

ው ። ንጉስ ፡ ከአ ፡ ዘረብአም ፡ ሰሚያም ፥ ናጻ ፡ ይሎም ፡ ሰደድዎም ፤ ሽ
መቶም ፡ ድማ ፡ መለሱሎም ። ––
ገለ ፥ « እዚ ፡ ብዘበን ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፡ እዩ ፥ » ይብሉ ። « ነሶም ፡ ም 7.
ስ ፡ ደግያት ፡ ናይዝጊ ፥ ንማጻጻእ ፥ ተበሃሂሎም ፡ ምስ ፡ ተቛጸሩ ፥ ከንቲ
ባ ፡ ገረ-ማርያም ፥ አይናተይኒ ፥ ይሎም ፥ ከም ፡ ዦሉ ፡ ሰብ ፡ ንጐይ
ትአም ፡ ከድግፍዎም ፡ አበዩ ፤ ደግያት ፡ ማሞ ፡ ኸአ ፡ በዚ ፡ ኈርዮም ፡
አሰርዎም ። » –– ገለ ፡ ኸአ ፥ « አይፋል ፤ ብድሕሪ ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፡ እዩ ፥ » 8.
ይብሉ ።

## ምራድ ፡ ቤተ ኽስያን ፡ ጻዕዳ-ኽስታን ። IOI.

ከንቲባ ፡ ገረ-ማርያም ፡ ድማ ፥ አብ ፡ ዐዶም ፡ ሓደ ፡ ዐቢ ፡ መዐላ ፡ ዝ I.
ወዓልዎ ፡ አሎ ። ነሱ ፡ ኸምዚ ፡ እዩ ። ነቲ ፡ ቐደም ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ አብቲ ፡ 2.
ኸርባ ፥ ርእሲ ፡ ዐዲ ፡ ዘሎ ፥ ሰሪሕዎ ፡ ዝነበረ ፡ ቤተ ኽስያን ፡ ቅድስቲ ፡
ማርያም ፡ ነሶም ፡ አብዚ ፡ ሎሚ ፡ ዘለዎ ፡ አውሪዶም ፡ ሰርሕዎ ።
ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ኸንቲባ ፡ ገረ-ማርያም ፡ አብ ፡ ጕንደር ፥ አብ ፡ ሰፈር ፡ 3.
ንጉስ ፡ ከለዉ ፥ ካብቲ ፡ ኽልተ ፡ ሽሕ ፡ ቅርሺ ፡ ጌሮም ፥ ጽቡቕ ፡ መስቀ
ል ፥ ጽቡቕ ፡ ድባብ ፥ ጽቡቕ ፡ ክዳውንቲ ፥ ንቤተ ኽስያን ፡ ዝበቕዕ ፥ ተሻ
የጡ ፤ ተመልሾም ፡ ድማ ፡ ንእንዳ ፡ ማርያም ፡ ሃብዎ ። በዚ ፡ ምኽንያት 4.
ዚ ፡ እኳ ፡ በቲ ፡ ናብቲ ፡ ቤተ ኽስያን ፡ ዘሎ ፡ መጽሕፍቲ ፡ ሽሞም ፡ ብዙ
ሕ ፡ ሳዕ ፡ ይስመ ።

## ሐይሊ ፡ ኸንቲባ ፡ ዕቑባንኪኤል ። IO2.

አብ ፡ ሀዘጋ ፡ ኸአ ፡ እቶም ፡ በዚ ፡ እዋንዚ ፡ ሰልጢኖም ፡ ዝነበሩ ፡ I.
ቅድም ፡ ከንቲባ ፡ ተስፋንኪኤል ፥ ወዲ ፡ እቶም ፡ ዐቢ ፡ ዐዲ ፥ ወዲ ፡ ዕ
ቑባ-ሐንስ ፥ ወድ-ወዱ ፡ ንደብረ-ጮን ፥ ነበሩ ። ነሶም ፡ ድማ ፡ ኸም ፡ ዦ
ሉ ፡ ናብ ፡ ትሕቲ ፡ ዐድ-ደገዝማቲ ፡ ኈይኖም ፡ ንሚናበ-ዘርአይኒ ፡ ንኻ

2. ርንሽምኒ ፡ ገዝኡ ። ብድሕሪኡ ፡ ግና ፡ ናብ ፡ ክንቲባ ፡ ዕቍባንኪኤል ፡
ሐለፈ ፣ ወዲ ፡ ተኽለ-ሓርያት ፣ ካብ ፡ ገዛ ፡ ዐዲ ፡ ፍሬ-ምኻእ ፡ ዝነበሩ ።
3. ነሶም ፡ ሓደ ፡ ብርቱዕ ፡ ሰብ ፡ ነበሩ ። ደቂ ፡ ኽንቲባ ፡ ተስፋንኪኤል ፡ ግ
ና ፣ ዐራቶም ፡ ተገምጠሉ ፣ ክንድቲ ፡ ዝአኽል ፡ ስልጣን ፡ አይነበሮምኒ ።
ስለዚ ፡ ኽንቲባ ፡ ዕቍባንኪኤል ፡ ንደቂ ፡ ኽንቲባ ፡ ተስፋንኪኤል ፡ ብዙ
ሕ ፡ ይገፍዕዎም ፡ ነበሩ ።
4. ካብኡ ፡ እኳ ፡ ገለ ፡ እንተ ፡ ዘኸርና ፣ ሓደ ፡ እዋን ፡ ጣዕዋ ፡ ኽንቲባ ፡
ገደደ ፡ ወዲ ፡ ኽንቲባ ፡ ተስፋንኪኤል ፡ አብ ፡ ግራት ፡ ክንቲባ ፡ ዕቍባን
5. ኪኤል ፡ አትዩ ፡ ተዘርጌ ። ክንቲባ ፡ ገደደ ፡ ኽአ ፡ ኽም ፡ ንቡር ፡ መጺአ
ም ፣ « አዕቍበኒ ፣ » የልዎም ። ሽው ፡ ኽንቲባ ፡ ዕቍባንኪኤል ፡ አብ ፡ ክ
ንዲ ፡ ብስርዓት ፡ ደቀተሽም ፡ ዘዕድይዎ ፣ « እንተ ፡ ደሌኻ ፣ ክልተ ፡ ዐይ
በት ፡ አድሪ ፡ አምጽእ ፤ ካብኡ ፡ ተረፈ ፣ ዕቍባ ፡ አይደሊ ፣ ስሩዕ ፡ አይ
6. ደሊ ፣ » የልዎም ። ብድሕርዚ ፡ ኽንቲባ ፡ ገደደ ፡ ኽአ ፡ ኽም ፡ ትእዛዘ
ም ፣ ከይተማገሙቱን ፡ ከይተሳርውን ፣ ክልተ ፡ ዐይበት ፡ አድሪ ፡ ሂቦም ፡
7. ንጣዕውኦም ፡ አውጽኡ ። እምብአር ፣ ነሶም ፡ እኳ ፡ ብቐንዶም ፡ ወዲ ፡
ኽንቲባ ፡ ተስፋንኪኤል ፡ ክነሶም ፣ ክሳርው ፡ አይከአሉን ።
8. አብ ፡ መወዳእትኡ ፡ ኽንቲባ ፡ ዕቍባንኪኤል ፣ ክዘምቱ ፡ ይሎም ፣
ባሕሪ ፡ ወረዱ ። ሽው ፡ ሰብ ፡ ጽንዓ-ደግለ ፣ አድብዮም ፡ ጸኒሖም ፣ አብ ፡
9. ሐፍሎት ፡ ንኽንቲባ ፡ ዕቍባንኪኤል ፡ ቀተልዎም ። ደቂ ፡ ኽንቲባ ፡ ተስ
ፋንኪኤል ፡ ከአ ፣ ነዚ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፣ አብ ፡ ክንዲ ፡ ዝሕጐሱ ፣ ብዙሕ ፡
10. ጕሃዩ ። ጕህዮም ፡ ክንዲ ፡ ዝተርፉ ፡ ኽአ ፣ « ደም ፡ ሐውና ፡ ኽይከፈል
ናዶ ፤ » ይሎም ፣ ክንቲባ ፡ ገደደን ፡ ክንቲባ ፡ ሕድሪትኒ ፡ ኽንቲባ ፡ ጊላ-
ስሉስኒ ፡ ሰለስቲኦም ፡ ኲይኖም ፣ ጽንዓ-ደግለ ፡ ኽይዶም ፣ ሕነ ፡ ኽንቲባ ፡
11. ዕቍባንኪኤል ፡ ከፊሎም ፡ ተመልሱ ። — — ክንቲባ ፡ ገደደ ፡ ኽአ ፡ ብዕጨይ
ቲ ፡ መስቀል ፡ ጌሮም ፣ ካብ ፡ ጽንዓ-ደግለ ፡ ተማሊኦም ፡ አብ ፡ ቅድሚ ፡ ቤተ
ኽስያን ፡ ተኽልዎ ፤ እቲ ፡ መስቀል ፡ ክሳዕ ፡ ሕጂ ፡ ናብ ፡ ደጌ-ሰላም ፡ አሎ ።

ካብዚ ፡ ንነጀው ፡ እዚ ፡ ኸምዚ ፡ ዝአመሰለ ፡ ሀብቲ ፡ ኻብ ፡ ዐዲ ፡ 12.
ኸንቲባ ፡ ዕቑባንኪኤል ፡ ዘምበለ ፥ ስልጣኖም ፡ ከአ ፡ ዘሕተለ ፤ እዚ ፡ ኹ
ሉ ፡ ተአኪቡ ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ገደደ ፡ ኸነ ።

## ለበዋ ፡ ኸንቲባ ፡ ገደደ ። 103.

ከንቲባ ፡ ገደደ ፡ ኸአ ፡ ነርባዕተ ፡ ደቂ ፡ ወለዱ ፤ ከንቲባ ፡ ዘሙይኒ ፡ 1.
ኸንቲባ ፡ ቐለተን ፡ ከንቲባ ፡ ሒላ-ኽስቶስኒ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ገብራትኒ ፡ እ
ተባህሉ ። ካብአም ፡ ከንቲባ ፡ ቐለተ ፡ ብጕብዝንአም ፡ ንትግራይ ፡ ከይዶም ፡ 2.
አብ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ አተዉ ፤ እሞ ፥ ናብ ፡ ሐያሎ ፡ ኹናት ፥ ምስ
አም ፡ ዝወዓሉሉ ፥ ፍሉጥ ፡ ጅግና ፡ ኸኑ ። ነሶም ፡ ካብ ፡ ራእሲ ፡ ኽንትብ 3.
ነት ፡ ተቐቢሎም ፡ ክመጹ ፡ ኸለዉ ፥ አቦአም ፥ ከንቲባ ፡ ገደደ ፥ መኺኖ
ም ፥ ብዜን ፡ ከይዶም ፡ ፈለሱ ፤ ብሐድሽ ፡ ሽም ፡ ድማ ፡ አባ ፡ ገብረ-ስላ
ሰ ፡ ተባህሉ ።

ብድሕርዚ ፡ እቶም ፡ ዝተረፉ ፡ ሰለስተ ፡ ደቆም ፥ « ንሕና ፡ ድማ ፡ 4.
ሽመት ፡ ደአ ፡ ኸነምጽእ ፥ » የሉ ። ሽው ፡ አባ ፡ ገብረ-ስላሰ ፡ ንደቆም ፡ 5.
አብ ፡ ብዜን ፡ ጸዊዖም ፥ ከምዚ ፡ ይሎም ፡ ተላበውዎም ፤ « ደቀይ ፥ ኵል
ኹም ፡ ከነተብ ፡ አይትኹኑ ፤ ገለ ፡ ኻባኹምሲ ፡ ባሕር-ነጋሲ ፡ ሽም ፡ እተ
ኸኑ ፡ ደአ ፡ ግበሩ ፥ » የልዎም ። ደሐር ፡ ከም ፡ ፍቓድ ፡ አቦአም ፡ እቶ 6.
ም ፡ ክልተን ፡ ከነተብ ፥ እቲ ፡ ሳልሳዮም ፡ ባሕር-ነጋሲ ፡ ኸኑ ።

## ሞት ፡ ሐጻይ ፡ እዮአስ ። 104.

በዚ ፡ ዘበንዚ ፡ አቢሉ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ስሑል ፡ ብንየው ፡ ካ 1.
ብ ፡ ትግራይ ፡ ጀሚሮም ፡ ክሳዕ ፡ ጋላ-ቤት ፡ ገዝኡ ። እቶም ፡ ነገስታት ፡
ግና ፥ ንሽም ፡ ጥራይ ፡ አሕጻይ ፡ ይበሃሉ ፡ ነበሩ ፡ እምበር ፤ ናይ ፡ ሐቂ ፡
ገዛእስ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ እዮም ፡ ዝነበሩ ። ካብኡ-ኻብኡ ፡ ምስ ፡ ሐ 2.
ጻይ ፡ እዮአስ ፡ ብገለ ፡ ነገር ፡ እንተ ፡ ተሓራረቑ ፥ ከይዶም ፡ ሕጆም ፥ አ

3. ምጺኦም ፥ ብሻሸ ፡ ሐኒቖም ፡ ቀተልዎ፟ም ። ሽው ፡ ሰብ ፡ ኵሎ፟ ፡ ሰምበደ ። ወዲ፟ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ከአ ፡ ነቡ፟ኡ ፡ ኸምዚ ፡ የሎም ፤

« ንንጉስይ ፡ አልዒልኩም ፡ ትቕትሉ ፤
ቀዳማይ ፡ እዝግይ ፡ ኸምዚ ፡ ጌሩ ፤
ዳሕራይ ፡ እዝገ ፡ ደኣ ፡ ተፈጢሩ ፤ »

የሎም ።

4. ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ድማ፟ ፡ ብነጆ፟ው ፡ ከአ ፥ ንሐማሴን ፡ ክጥቕልሉ ፡ ይሎም ፥ ሐያ፟ሎ ፡ እዋ፟ን ፡ ብርቱዕ ፡ ዘመተ ፡ ገበሩ ።

5. ግዝኣቶም ፡ ኵሉ፟ ፡ አርበዓ ፡ ዓመት ፡ እዩ፟ ።

## 105. ግዝኣት ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ።

1. ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ወዲ፟ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ሰለሙን ፡ ከአ ፥ ከም ፡ አ
ቦ፟ኦም ፡ ግዝኣቶም ፡ መረብ-ምላ፟ሽ ፡ ጥራይ ፡ ነበረ ። ነሱ፟ ፡ ድማ፟ ፡ ኻብ ፡
አቦ፟ኦም ፡ ዝወረስዎ፟ ፡ ደአ ፡ እምበር ፡ ፥ ካብ ፡ ንጉስ ፡ እተ፟ቐበ፟ልዎ፟ ፡ አይነ
2. በረን ። አብ ፡ ልዕሊኡ ፡ ኸአ ፡ እዞም ፡ ናእሽቱ ፡ መኳንንቲ ፡ ደቀ፟ተሸ፟ም ፥
እኚ፟ ፡ እንዳ ፡ ህብተ-ልዑል ፥ እኚ ፡ ዐዲ፟ ፡ ኸንቲባ ፡ ገደደ ፥ ካብ ፡ ዘበን ፡ ራ
እስ ፡ ምንከኤል ፡ ሕጆም ፡ ርእሶም ፡ ከልዕሉ ፥ ሸመት ፡ ጸዐዘ፟ጋ ፡ ኸአ ፡
ኽወስዱ ፥ ደለዩ ። ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ኻብ ፡ ደቂ፟ ፡ ጸዐ፟ዘጋ ፡ ሐያ፟ሎይ ፡ ንባሕር-
3. ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ይጸልእዎ፟ም ፡ ነበሩ ። ስለዚ ፡ ነሶ፟ም ፥ ምን፟ም ፡ ካብ ፡ ራእ
4. ስ ፡ ምንኪኤል ፡ ዕረፍቲ ፡ እንተ ፡ ረኸቡ ፥ ብኻልኣት ፡ አይደቐ፟ሱን ። ብ
ዛዕባዚ ፥

ዋንጫ ፡ ዳዕዶ ፥ ብርሰ፟ ፡ ደበ፟ነ ፤
ወዴ፟ ፡ መን ፡ ይጽላ፟እ ፤ – እተሸ፟መ ፤
ወዴ፟ ፡ መን ፡ ይፍቶ፟ ፤ – ዝደኸመ ፤

ይሎም ፡ ደረሱሎም ። – –

ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ደማ ፥ ባዕሎም ፡ ከነ ፡ ሐደው ፡ ብመኻንንቶም ፡ 5.
እናለኣኹ ፥ ንምድሪ ፡ ሐማሴን ፡ ካብ ፡ ላዕሊ ፡ ንታሕቲ ፡ ኣዝመትዎ ። ባ 6.
ሕር-ነጋስ ፡ በኾሩ ፡ ኸአ ፥ እምብኣር ፡ መረብ-ምላሽ ፡ እኻ ፡ ይገዝኡ ፡ ኔ
ሮም ፥ ሕጂ ፡ ግና ፥ ዘመትቲ ፡ ብዝመጹላ ፡ መጠን ፥ ንበረኻ ፡ ይሕብኡ ፡
ነበሩ ፤ ጸላእቲ ፡ ድሕሪኦም ፡ ምልስ ፡ ምስ ፡ ኣበሉ ፡ ኸአ ፥ ኣስኣሰሮም ፡
እናመጹ ፥ ዐዶም ፡ ኣትዮም ፡ ግዝኣቶም ፡ ይሕዙ ፡ ነበሩ ። ሓደ ፡ ግዜ ፡ ግ 7.
ዳ ፡ ሓደ ፡ ሹም ፡ ናይ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፥ ክንፍየ ፡ እተባህለ ፥ መጺኡ ፡
ነበረ ፤ እሞ ፥ ነዚ ፡ ጐልጐል ፡ ዞሉ ፡ ተዅሑ ፡ ኽምለስ ፡ ከሎ ፥ ባሕር-ነጋ
ስ ፡ በዞሩ ፡ ኸአ ፡ ደድሕሪኦም ፡ ስዒቦም ፥ ኣብ ፡ ስምልተ ፡ ዝበሀል ፡ ም
ድሪ ፡ ጽልማ ፡ ኣርኪቦም ፥ ተዋጊኦም ፡ ሰዓርዎ ።

ብፍላይ ፡ እተን ፡ ዐበይቲ ፡ ኣዝየን ፡ ፍሉጣት ፥ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ 8.
ባዕሎም ፡ ንምድሪ ፡ ሐማሴን ፡ ወሪዶም ፡ ዝዘመቱለን ፥ ክልተ ፡ ግዜ ፡
እየን ።

## ሐይሊ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኾሩ ። 106.

ባሕር-ነጋስ ፡ በኾሩ ፡ ሓደ ፡ ርጉም ፡ ብዙሕ ፡ ክፉእ ፡ ንጉስ ፡ ነበሩ ፤ 1.
ከም ፡ ሐይሎም ፡ እምበር ፥ ከም ፡ ፍቓድ ፡ ዐዶም ፡ ዘይገብሩ ፡ ነበሩ ።
« ተኻእለኒ ፥ » ይሎም ፡ ንምድሪ ፡ ኣሕዋቶም ፡ ወሰዱ ፤ ንዝጠርዕ ፡ ቀጥ ፡ 2.
ኣቢሎም ፡ ኣሲሮም ፥ ኣብ ፡ መቕሕ ፡ ለበድዎ ። ካብዚ ፡ ዘበንዚ ፡ ሕጀ 3.
ም ፡ ደቂ ፡ ኣቢብኒ ፡ ደቂ ፡ እምሓን ፡ ካብ ፡ ላዕላይ ፡ ተኸለ ፥ « እዚ ፡ ም
ድርና ፡ ኸይጠፍኣና ፥ » ይሎም ፡ ኣብዚ ፡ ሕጂ ፡ ዘለውዎ ፡ ወረዱ ። ሐያ
ሎ ፡ ኻብ ፡ ደቂ ፡ ተኸለ ፡ ኸአ ፡ ሀዘጋ ፡ ናብ ፡ ከንቲባ ፡ ቐለተ ፡ ኸይዶም ፡
ተማዕቄቡ ።

በዚ ፡ ዘበንዚ ፡ ኣርባዕተ ፡ ደቂ ፡ ደባስ ፡ ካብ ፡ ክትመውልዕ ፡ ኣሕዋ 4.
ቶም ፡ ሰደድዎም ፤ እሞ ፥ ሀዲሞም ፡ ኣብ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኾሩ ፡ ኣተ
ዉ ፤ « ዕቕባኹም ፥ » የልዎም ። ነሶም ፡ ድማ ፡ ምስ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኸንድቲ ፡ 5.

ብዙሕ ፡ ፍቕሬ ፣ አይነበሮምኒ ፤ እሞ ፣ ንደቂ ፡ ደበስ ፡ ብጽሑቕ ፡ ገጽ ፡ ተ
6. ቐቢሎም ፡ አዘዝቲ ፡ ቤቶም ፡ ገበርዎም ። ክንፉ ፡ እተባህለ ፡ ኸአ ፡ ንሐ
7. ውቲ ፡ ደቂ ፡ ደበስ ፡ አእትዩ ፡ ናብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ሰዓበ ። – አቶም ፡ ብድሕ
ሪ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኸሩ ፡ ዝገዝኡ ፡ ኸላቶም ፡ ድማ ፡ አይጸልእዎምኒ ።
እዚኣቶም ፡ ጐይተት ፡ እዮም ፣ ጽሩያት ፡ ጐይተት ።

## 107. ውግእ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኸሩ ፡ ምስ ፡ ዐዲ ፡ ብኢዳት ።

1. ባሕር-ነጋስ ፡ በኸሩ ፡ ኸአ ፡ ቕድሚ ፡ ኹሉ ፡ ምስ ፡ ደቂ ፡ ሐወቦታ
ቶም ፣ እኒ ፡ ዐዲ ፡ ኽንቲባ ፡ ብኢዳት ፣ ሰብ ፡ ደቂ ፡ ጽንዓ ፣ ካብ ፡ ዘርኢ ፡
ደግያት ፡ ሀብ-ስሉስ ፣ እኒ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ክፍለ ፣ ወዲ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ተኽ
ሊት ፣ በዓል ፡ ዐድ-ተኽላይ ፣ ምስ ፡ ሐያሎ ፡ ኻልአትኒ ፡ ውግእ ፡ ነበሮ
ም ፣ ነሳቶም ፣ « እቲ ፡ ግዝኣት ፡ ዐድ-ደገዝማቲ ፡ ይምሰለና ፡ እዩ ፣ »
ይሎም ።

2. ሓደ ፡ ግዜ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኸሩ ፣ ግብሪ ፡ ኽገብሩ ፣ ናብ ፡ መንሳዕ ፡
3. ወረዱ ። ደቂ ፡ ብኢዳት ፡ ከአ ፡ ነቶም ፡ ሐሻክሮም ፣ አብ ፡ ዑና ፡ ኹሕ
ሎ ፡ ደቐሾም ፡ ነበሩ ፡ እሞ ፣ ሐደጋ ፡ ወዲቖም ፡ አጥፍእዎም ። በዚ ፡ ኸ
4. ምዚ ፡ ዑና ፡ ኹሕሎ ፡ ኽሳዕ ፡ ለይት-ሎም ፡ ዑና ፡ ኸነ ። ጸዐዘጋ ፡ ኸአ ፡
ምስ ፡ አይተ ፡ ደብረ-ጼን ፡ ኰይኖም ፣ ብኣውያት ፡ መጺኦም ፡ ተሳዕሩ ።
5. ባሕር-ነጋስ ፡ በኸሩ ፡ ኸአ ፣ ነዚ ፡ ወሬዚ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፣ ተቓላጢ
ፎም ፡ ወጹ ፤ እሞ ፣ ሰቦም ፡ ሕጆም ፣ አብ ፡ ደቂ ፡ ጽንዓ ፡ አርኪቦም ፡ ተ
6. ዋግእዎም ፤ እሞ ፣ ሥስትር ፡ አበልዎም ። ሽዑ ፡ ዐዲ ፡ ብኢዳት ፡ አብ ፡
ሰራየ ፣ አብ ፡ ዐዲ ፡ ጕረቆ ፣ ሀደሙ ፤ ባሕር-ነጋስ ፡ በኸሩ ፡ ኸአ ፡ ስዒሮ
ም ፡ ንዐዶም ፡ ተመልሱ ።

7. እንዳ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ተስፉ-ገርግሽ ፣ ሰብ ፡ አማድር ፣ ድማ ፡ ሻራ ፡ ባ
8. ሕር-ነጋስ ፡ በኸሩ ፡ ነበሩ ። ስለዚ ፡ ዐዲ ፡ ብኢዳት ፣ ንባሕር-ነጋስ ፡ በኸ
ሩ ፡ ዝረኸቡ ፡ መሸልዎም ፣ ካብ ፡ ሰራየ ፡ ተመልሾም ፣ ሰቦም ፡ አደልዲ

ሎም ፥ ንአማድር ፡ ክወድቅዎም ፥ ደለዩ ። አማድር ፡ ከአ ፥ « ርድኡና ፥ »
ይሎም ፡ አውያት ፡ አብ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኾሩ ፡ ሰደዱ ። ባሕር-ነጋስ ፡ በ 9.
ኹሩ ፡ ኸአ ፡ ንጸዐዘጋ ፥ « ደግፉኒ ፥ » የልዎም ። እንተኾነ ፡ ነሳቶም ፥
« አብ ፡ ዐድናን ፡ አብ ፡ ምድርናን ፡ እንተ ፡ ዝመጹና ፥ እዝጊ ፡ ዘሎ ፡ ም
ኽነ ፤ ናብ ፡ ዐዶምኒ ፡ ናብ ፡ ምድሮምኒ ፡ ኼድና ፡ ግና ፡ አይንዋጋእኒ ፥ »
ይሎም ፡ አበይዎም ። ሽዑ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኾሩ ፡ ዝርኻቦም ፡ ሕጆም ፡ 10.
አብ ፡ አማድር ፡ ገስገሱ ፤ አብ ፡ ዕዳጋ ፡ ደሕና ፡ ድማ ፡ ተራኺቦም ፡ ገጠ
ሙ ። እንተኾነ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኾሩ ፡ ተሳዕሩ ፤ እሞ ፥ ተታሕዙ ።

ዐዲ ፡ ብኢዳት ፡ ከአ ፡ ንባሕር-ነጋስ ፡ በኾሩ ፡ አሲሮም ፡ አብ ፡ ደቂ ፡ 11.
ጽንዓ ፡ ወሰድዎም ። ናብ ፡ ውሻጠ ፡ አሕሊፎም ፡ ከአ ፥ ከም ፡ ቤተ-ሰብ ፡
ተመሲሎም ፡ መአዲ ፡ አውደቑሎም ። መታን ፡ አሚኖም ፡ ክበልዑን ፡ 12.
ክሰትዩን ፡ ከአ ፥ ሐንቲ ፡ እቾቕረቦም ፡ ካብ ፡ እንዳ ፡ እኖአም ፥ ምስአም ፡
ክትበልዕ ፡ ተጸዊዓ ፥ መጺአ ፡ ነበረት ፤ እሞ ፥ ነሳ ፡ ኸአ ፡ ብርለ ፡ ሜስ ፡
ተቐቢላ ፥ ክትህቦም ፥ ሃብዋ ። እንተኾነ ፡ ነሳ ፥ ስሚ ፡ ኽም ፡ ዘለዎ ፡ ፈሊ
ጣ ፥ ከይሰተይዎ ፡ አመተትሎም ። ባሕር-ነጋስ ፡ በኾሩ ፡ ኸአ ፥ ከምዚ ፡ ዝ 13.
ሰትይዎ ፡ ዘለዉ ፡ አምሲሎም ፥ ብትሕቲ ፡ ቐምሾም ፡ አፍሰስዎ ። ቅድም ፡
ጥዕም ፡ አቢሎምዎ ፡ ነበሩ ፤ እሞ ፥ በቲ ፡ ስሚ ፡ እታ ፡ ስኖም ፡ ተመቐ
ሚቓ ፡ ወጸት ።

ደቂ ፡ ብኢዳት ፡ ከአ ፥ ከም ፡ ዘይሞቱ ፥ ምስ ፡ ረአዩ ፥ « እምብአረይ 14.
ስኼ ፥ እንድሕሪ ፡ ዘይሞተስ ፥ ናብ ፡ ንጉስ ፡ ነውድቖ ፥ » ይሎም ፡ አብ ፡
ንጉስ ፡ አበርከትዎም ። ሽዑ ፡ ንጉስ ፥ « አንታ ፤ ንሐውካዶ ፡ ኸምዚ ፡ ይ
ግበር ፤ » ይሎም ፥ ፈቲሖም ፡ አብ ፡ ሽመቶም ፡ መለስዎም ።

ውግእ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኾሩ ፡ ምስ ፡ ናይብ ። 108.

ባሕር-ነጋስ ፡ በኾሩ ፥ ጽልአም ፡ ጥራይ ፡ ምስ ፡ ቤተ-ሰቦም ፡ አይነበ 1.
ረን ፤ ድማ ፡ ምስ ፡ ናይብ ፡ እምበር ። ቅድሚ ፡ ኹሉ ፡ ነሶም ፡ ነቲ ፡ ቐደ 2.

3. ም ፡ አቦአም ፡ ንናይብ ፡ ዝሃበ ፡ አጐላት ፡ ሕጂ ፡ ኽልአዎ ። በዚ ፡ ነገር
ዚ ፡ ናይብ ፡ ሐያሎ ፡ እዋን ፡ ተኻራኽሮም ። ካብ ፡ ሁሉ ፡ እቲ ፡ ፍሉጥ ፥
ሐለቓ ፡ ሰራዊት ፡ ኰይኑ ፡ ዝመጸ ፡ ዝነበረ ፥ ናይብ ፡ ሕያ ፡ ወዲ ፡ ሽቶል-
በትሩ ፡ ይበሀል ።

4. እቲ ፡ ሓደ ፡ ምስኡ ፡ እትቀዋግኡሉ ፡ ናብ ፡ መዓልዲ ፥ አብ ፡ ምድሪ ፡

5. ደቂ ፡ መሓረ ፡ እዩ ። አብኡ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ሰዓሩ ። ከምኡ ፡ ድ
ማ ፡ ድሕሪ ፡ ቕሩብ ፡ እዋን ፡ ናይብ ፡ ካብ ፡ ትርከኑ ፡ ተሐግጁ ፡ መጸ ፤ ባ
ሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ኽአ ፡ ናብ ፡ ክሳድ ፡ ዛግር ፡ ጸኒሐም ፡ ትብይኡ ፡ ለ

6. ሓጽዎ ። ብድሕሪኡ ፡ ኽአ ፡ ሓደ ፡ ሳልሳይ ፡ ሳዕ ፡ ነሱ ፥ ወዲ ፡ ሽቶል-በ
ትሩ ፥ ምስ ፡ ሐያሎ ፡ ሰራዊት ፥ « ዐዶም ፡ ከለዉ ፥ ኽወድቆም ፥ » ይሉ ፡
ብገስጋስ ፡ መጸ ፤ ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ኽአ ፡ ዝሓዙ ፡ ሕጆም ፡ አብ ፡
ጭፋእከላ ፡ ተቐበልዎ ። አብኡ ፡ ኽአ ፡ ኽም ፡ ልማዶም ፡ ባሕር-ነጋስ ፡

7. በኹሩ ፡ ሰዓሩ ። ብድሕርዚ ፡ ግና ፡ ናይብ ፥ « ምስ ፡ እዝስ ፡ አይኽነልናን ፡
እዩ ፥ » ይሉ ፡ ንሐያሎ ፡ እዋን ፡ ዐረፈ ።

## 109. ቀዳማይ ፡ ዘመተ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ።

1. ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ግዝኣቶም ፡ ክድምሩ ፡ ኽለዉ ፥ ራእስ ፡ ምንኪ
ኤል ፡ ባዕሎም ፡ ብሓደ ፡ አፉ ፡ ሰብ ፡ ዝስኽሐሉ ፡ ሰራዊት ፡ ሕጆም ፡ መ

2. ጹ ፥ ሩርን ፡ ፋሩርን ፡ ከም ፡ ዝበሀል ። ካብ ፡ ብዝሒ ፡ ህዝቢ ፡ እትላዕለ ፡
እኳ ፥ ዛግራን ፡ ዐገዜንኒ ፡ ስቕ ፡ ይላ ፡ ተታሕዘት ። ፊተውራሪአም ፡ ኢራ ፡
ሰፊሩ ፡ ኽሎ ፥ ድንጓን ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ግና ፡ ጽልማ ፡ ናብ ፡ አረጊ

3. ት ፡ ድባርዋ ፡ ተተኽለ ። መራሒ ፡ ንወዲ ፡ ሕድረንኪኤል ፡ ጌሮም ፥ በ
ዚ ፡ ኽሳዕ ፡ ሰፍአ ፥ በዚ ፡ ድማ ፡ ኽሳዕ ፡ ዐሳወርታ ፡ መሊኦም ፡ ንብሐማ
ሴኑ ፡ ዘመትዎ ። በቲ ፡ እዋንቲ ፡ ወዲ ፡ ሕድረንኪኤል ፡ ነቲ ፡ ጽኑዕ ፡ ዐ
ሳወርታ ፥ ካብኡ-ኻብኡ ፡ ንሰሶብ ፥ መሪሑ ፡ አዝመቶም ።

4. ብድሕርዚ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ንሐማሴን ፡ ገፊጦም ፡ ምስ ፡ ሓዝ

ዎ፟ ፥ ንወዲ፟ ፡ ሕድረንኪኤል ፥ አብ ፡ ክንዲ ፡ ዝመርሖም ፥ ሽመ፟ት ፡ እንተ ፡
ደለ ፡ ሐደው ፡ ገንዘብ ፥ ይሎም ፥ « ዝደሌኻዮ፟ ፡ ተተምነ ፥ ክህበኻ፟ ፥ » የ
ልዎ፟ ። ነሱ፟ ፡ ኸአ ፥ « ጐይታይ ፤ ንህገረይ ፡ ክትመልሱለይ ፡ እትምነ ፥ » 5.
የሎም ። ነሶ፟ም ፡ ከአ ፡ መሓሩሉ ። ሰብ ፡ ሐማሴን ፡ ከአ ፥ ዐዶ፟ዐዶ፟ም ፡ ም 6.
ስ ፡ ተመልሱ ፥ ንወዲ፟ ፡ ሕድረንኪኤል ፡ ከም ፡ ከምዚ ፡ ዝመሰ፟ል ፡ ሐላይ ፡
ሐለዩሉ ፤

ወ፟ዲ : ሕድረንኪኤለ ፤
ስ፟ኒ : ጸባ : ጤለ ፤
« ከመ-ዓልካ ፤ » ይብላኻ : አዋልድ : ድንጌለ ፤
ኣብ : ርሑብ : ዘማቲ ፤
ኣብ : ጸቢብ : ዐጋቲ ፤
እንዳ : ንጉስ : ተማጓቲ ፤
« ከመ-ዓልካ ፤ » ይብላኻ : ሹ፟ሉን : ኣንስቲ ።

## ከንቲባ ፡ ቐለተ ፡ ንስድርአም ፡ አውዓልዎ፟ም ። 110.

ሰብ ፡ ሐማሴን ፡ ከአ ፥ « ስሑል ፡ መጸ ፥ » ምስ ፡ ሰምዑ ፥ ነኝ፟በረኽአ 1.
ም ፡ ሀደሙ ።

ከንቲባ ፡ ቐለተ ፡ ወዲ፟ ፡ ኽንቲባ ፡ ገደደ ፡ ሽዑ ፡ ምስ ፡ ጐይትአም ፥ 2.
ምስ ፡ ራእሲ ፡ መጹ ፤ በዚ ፡ ኸአ ፡ ንባሕሪ ፡ መራሕ ፡ መገዲ፟ ፡ ኽንዎ፟ም ።
ነሶ፟ም ፡ አብ ፡ ዐይኒ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ምርኡይ ፡ ነበሩ ፤ ጓሎም ፡ ድ 3.
ማ፟ ፡ ሂቦምዎም ፡ ነበሩ ። በቲ ፡ እዎ፟ንቲ ፡ ምስ ፡ ስድርአም ፡ ተጻሊኦም ፥
ክዘምትዎ፟ም ፡ ሓሰቡ ፤ ናብዚ ፡ ምስ ፡ በጽሑ ፡ ግና ፥ ተጥዕሾም ፥ « ሰብ ፡
ሕሜት ፡ እዮ፟ም ፡ ዘበ፟ኣሱና ፥ » ይሎም ፥ ከድሕንዎ፟ም ፡ ደለዩ ። ደቒ፟ ፡ ሚ 4.
ናበ-ዘርኣይ ፡ ከአ ፡ ኸም ፡ ኵሎ፟ ፡ ሰቦም ፡ ሀዲሞም ፥ ማሎም ፡ አኺ፟ቦም ፥
ንባሕሪ ፡ ኸይዶም ፡ ነበሩ ።

ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ከአ ፡ ደድ፟ሕሪ ፡ እቶም ፡ ዝሀደሙ ፡ ስዒቦም ፥ 5.

ንባሕሪ ፡ ኽዘምቱ ፡ ተበገሱ ። ሽው ፡ « እዚ ፡ ኹሉ ፡ ሰራዊተይ ፡ እንተ ፡
ጨንጕያ ፤ ሐንሳእ ፡ አይጸንሕኒ ፦ ቀላይ ፡ ባሕሪ ፡ እኳ ፡ ኽዐግተኒ ፡ አይ
6. ኽእልኒ ፤ » ይሎም ፡ ፈከሩ ። ጓሎም ፡ ግና ፡ በዚ ፡ ነገርዚ ፡ ኽምዚ ፡ ይላ ፡
ገጠመትሎም ፦

« ስራ-ቤትካ ፡ ደኣ ፡ ኽይጕዳእ ፣
ዓቕይታይካ ፡ ደኣ ፡ ኽይጕዳእ ፣
ቀላይ ፡ ባጽዕይ ፡ ቀዲሕካ ፡ ይውዳእ ፣ »

የለቶም ።

7. ድሕርዚ ፡ ናብ ፡ ገምገም ፡ ካርንሽም ፡ ኰይኖም ፤ ግመ ፡ ባሕሪ ፤ ቀ
ላይ ፡ ክመስል ፡ በጥ ፡ ይሉ ፤ ረአይዎ ። ሽው ፡ ሐተቱ ፦ « እዝስ ፤ ብላዕሊ ፡
አቢልካዶ ፡ ይኸየድ ፤ ሐደው ፡ ብታሕት-ታሕቲ ፡ መሕለፊ ፡ አለዎ ፧ »
8. ይሎም ። ከንቲባ ፡ ቐለተ ፡ ኸአ ፤ ስድርኦም ፡ አብ ፡ ባሕሪ ፡ ስለ ፡ ዝነበሩ ፤
« ጕይታይ ፦ እዚ ፡ እቸርእይዎ ፡ ዘሎኹም ፤ ነሱ ፡ ደይኮነን ፤ ቴድሮስ ፤
9. ጠማም ፡ ከተማ ፡ ዝበሀል ፧ » የልዎም ። ነሶም ፡ ከአ ፤ ነዚኣ ፡ ምስ ፡ ሰም
ዑ ፤ « ሰበይዶ ፡ ደኣ ፡ ኽጥምም ፡ እየ ፧ » ይሎም ፤ ምላሽ ፡ አቢሎም ፤ ባ
ሕሪ ፡ ኽይወረዱ ፤ ንዐዶም ፡ ተመልሱ ።
10. ከምዚ ፡ ጌሮም ፡ ከንቲባ ፡ ቐለተ ፡ ንስድርኦም ፡ ካብ ፡ ዘመተ ፡ አው
ዓልዎም ።

## III. ማእሰርቲ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ።

1. ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ኸአ ፡ ብማዕዶ ፡ ፈሪሆም ፤ ካብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ሀ
ዲሞም ፡ ነበሩ ። ሽው ፡ ብወገሪቖ ፡ አቢሎም ፡ አብ ፡ ባምብቖ ፤ እንዳ ፡ ሓት
ኖአም ፤ እንዳ ፡ ኺዳነ ፡ ወዲ ፡ ወልዱ ፤ አተዉ ፦ ካብኡ ፡ ንበረኸ ፡ ውሻ
ጠ ፡ ወረዱ ።
2. ካብ ፡ ሰራየ ፡ ግና ፡ እኒ ፡ ተኹሉ ፡ ሐበል ፤ ሐያሎ ፡ ኸአ ፡ ኻልአት ፡

አብ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ አትዮም ፡ ኢድ ፡ ነስኡ ። ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ኻ
ብ ፡ ብሐማሴኖም ፡ ሐያሎ ፡ መኳንንቲ ፡ ኸድዎም ። ባሕር-ነጋስ ፡ ዝወል 3.
ደ-ማርያም ፡ ድማ ፥ ወዲ ፡ ደግያት ፡ ገረ-ኽስቶስ ፥ ሐወቦአም ፡ ንባሕር-ነ
ጋስ ፡ በኾሩ ፥ አብ ፡ ሰፈር ፡ ራእሲ ፡ ኸይዶም ፥ አተውዎም ፤ ነሶም ፡ ድ
ማ ፡ ብብሩህ ፡ ገጽ ፡ ተቐበልዎም ።

እዚ ፡ ወሬዚ ፡ ኸአ ፡ ንባሕር-ነጋስ ፡ በኾሩ ፡ በጽሔ ። እዚ ፡ ምስ ፡ 4.
ሰምዑ ፥ ንርእሶም ፡ ክሳዝዩ ፡ ጀመሩ ፤ ካብ ፡ በረኻአም ፡ ተመልሾም ፡ አ
ብ ፡ ራእሲ ፡ አተዉ ። ካብኡ ፡ ጻላእቶም ፥ እኚ ፡ ዐዲ ፡ ብኢዳት ፥ መጺአ 5.
ም ፡ ከሰስዎም ፤ በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ንቕሩብ ፡ እዋ
ን ፡ አሰርዎም ። ደሐር ፡ ብኡ-ብኡ ፡ ፈትሕዎም ፤ ተፈቲሖም ፡ ግና ፡ ሾብ
ዐተ ፡ ዓመት ፡ አብ ፡ ሰፈር ፡ ንጉስ ፡ ተቐመጡ ።

ብድሕሪአም ፡ ራእሲ ፡ ንባሕር-ነጋስ ፡ ዝወልደ-ማርያም ፡ አብ ፡ ሐ 6.
ማሴን ፡ ሸምዎም ። ባሕር-ነጋስ ፡ ዝወልደ-ማርያም ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ጸዐዘጋ ፡
ኾይኖም ፡ ሰለስተ ፡ ዓመት ፡ ገዝኡ ። ነሶም ፡ ምስ ፡ ሞቱ ፥ አይተ ፡ ገረ- 7.
ኽስቶስ ፡ ወዲ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኾሩ ፡ ኸም ፡ ምቕማጥ ፡ አቦአም ፡ አብ ፡
ጸዐዘጋ ፡ ገዝኡ ። – –

ካብቶም ፡ ሰብ ፡ ሀዘጋ ፡ ኸአ ፡ ሕጂ ፡ ብዛዕባ ፡ ኸንቲባ ፡ ቐለተ ፥ ሰብ 8.
ኣይ ፡ ኋሎም ፡ ንራእስ ፡ ምንኪኤል ፥ « ነሶም ፡ ድማ ፡ በዚ ፡ ዘበንዚ ፡ ሰለ
ስተ ፡ ዓመት ፡ ገዝኡ ፥ » ይብልዎም ። ገሊኦም ፥ መረብ-ምላሽ ፡ ከም ፡ ዝ
ገዝኡ ፥ ይብሉ ፤ ገለ ፡ ኸአ ፥ « ምሑዓው-ቄሎ-ምላሽ ፡ እባ ፡ ደኣ ፡ እዩ ፥ »
ይብሉ ። ካልአት ፡ ሐያሎ ፡ ግና ፥ « አይፋል ፤ ግዝአቶምሲ ፡ ሚናበ-ዘር 9.
ኣይ ፡ ጥራይ ፡ ደኣ ፡ እዩ ፤ እንተኾነ ፡ ግዳ ፡ ኻብ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡
እዮም ፡ እተቐበልዎ ፥ » ይብልዎም ። ዝኾነ ፡ እንተ ፡ ኾነ ፡ ግና ፥ ብድሕሪአ 10.
ም ፡ ሸመት ፡ ሚናበ-ዘርኣይ ፡ አብ ፡ ከንቲባ ፡ ተስፉ ፡ ወዲ ፡ እቶም ፡ ረ
በዓይ ፡ ሐዎም ፥ ወዲ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ገብሩት ፥ ሐለፈ ፤ ነሶም ፡ ድማ ፥ ሸ
መቶም ፡ ካብ ፡ ዐድ-ደገዝማቲ ፡ እዩ ።

## 112. ባሕር-ነጋስ ፡ በኾሩ ፡ ተመልሱ ።

1. ብድሕሪ ፡ ሾብዐተ ፡ ዓመት ፡ ንጉስ ፡ ንራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ አሰርዎ
ም ። ሽው ፡ ንባሕር-ነጋስ ፡ በኾሩ ፥ « ግዝኣት ፡ አቦኻ ፡ ግዛእ ፥ » ይሎም ፥
2. ብሕር-ንግስነት ፡ ድባርዋ ፡ ሂቦም ፡ አፋነውዎም ። በቲ ፡ እዋንቲ ፡ ባሕር-
ነጋስ ፡ በኾሩ ፡ ናብ ፡ ንጉስ ፡ ለሚኖም ፡ ንወልደ-ገሪማ ፡ ወዲ ፡ ባሕር-ነ
ጋስ ፡ ተስፋ-ገርግሽ ፥ ብሐያሎ ፡ ነገር ፡ ሓደ ፡ እሙን ፡ ጅግንኦም ፡ ዝነበ
3. ረ ፥ ብሕር-ንግስነት ፡ አውሃብዎ ። ድሕርዚ ፡ ዐጆም ፡ አትዮም ፥ መረብ-
ምላሽ ፡ ቀጥ ፡ አቢሎም ፡ ገዝኡ ።

4. ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ድማ ፡ ኻብ ፡ ማእሰርቶም ፡ ሸዓ ፡ ተፈትሑ ፤ ከ
ም ፡ ቀደሞም ፡ ግዝኣቶም ፡ ሓዙ ። ሽው ፡ ኸአ ፡ ምስ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኾ
ሩ ፡ ኽሳዕ ፡ ሐያሎ ፡ እዋን ፡ ብሰላም ፡ ተቐመጡ ፤ አንተኾነ ፡ ኽሳዕ ፡ መ
ወዳእታ ፡ አይጸንሔን ።

## 113. ጻዕዳ-ኽስታን ፡ ተዘምተት ።

1. አብ ፡ ጻዕዳ-ኽስታን ፡ ድማ ፥ ከንቲባ ፡ ገረ-ማርያም ፡ ምስ ፡ ሞቱ ፥ እ
ታ ፡ ሽመት ፡ አብ ፡ ከንቲባ ፡ ተኽለ-ገርግሽ ፡ ናይ ፡ ዐደይጠበ ፡ ተመልሰ
2. ት ። ነሶም ፡ በዚ ፡ እዋንዚ ፡ አረጎም ፡ ነበሩ ፤ ደቆም ፡ ግና ፡ ነበርዎም ፥ ከ
ንቲባ ፡ ተኽላትኒ ፡ ኣቶ ፡ ወልዳትኒ ፡ ከንቲባ ፡ ወልዱን ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ክ
ንፋትኒ ፡ እተባህሉ ።

3, 4. ጻዐዘጋን ፡ ጻዕዳ-ኽስታንኒ ፥ ጽልኦም ፡ አይዐረፈን ። ኣብ ፡ መንጎዚ ፡
ሓደ ፡ እዋን ፡ ከንቲባ ፡ ዘርአ-ጼን ፡ እተባህሉ ፡ በዓል ፡ አባርዳእ ፥ ሓደ ፡
እሙን ፡ ግልያ ፡ ዐድ-ደገዝማቲ ፡ ነበሩ ፡ እሞ ፥ አብ ፡ ጻዐዘጋ ፡ እንዳ ፡ ባ
ሕር-ነጋስ ፡ በኾሩ ፡ ኽበጽሑ ፡ ይሎም ፥ ምስ ፡ ተበገሱ ፥ ካብ ፡ ጻዕዳ-ኽስ
5. ታን ፡ አብ ፡ ምድሪ ፡ ዛርጠናይ ፡ ጸኒሖም ፡ ቀተልዎም ። ባሕር-ነጋስ ፡ በ
ኾሩ ፡ ኸአ ፥ እዚ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፥ ብሐረቐት ፡ ንኸንቲባ ፡ ተኽለ-ገርግ

ሽ ፥ « ተሎ ፥ ሐምሳ ፡ ዳብር ፡ አምጽኡ ፥ » ይሎም ፡ አዘዝዎም ። ብድሕር 6.
ዚ ፥ ነሶም ፡ ምስ ፡ አበዩ ፥ ሰቦም ፡ አኪቦም ፥ ንጻዕዳ-ኽስታን ፡ ወዲቆም ፡
ዘመትዎም ፤ አቕሓ ፡ ቤቶም ፡ ከይተረፈ ፥ ክሳዕ ፡ ቄራብቶም ፡ ገፈጦም ፡
ወሰድዎ ።

## ጅግንነት ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ክንፋት ። 114.

እዚ ፡ ኽኽውን ፡ ከሎ ፥ አርባዕቲኦም ፡ ደቂ ፡ ኽንቲባ ፡ ተኽለ-ገርግ 1.
ሽ ፡ ባሕሪ ፡ ነበሩ ። አብኡ ፡ ኽለዉ ፥ ሰብ ፡ ሀዲሙ ፡ መጸም ፤ « ዐድና ፡
ተተኹሹ ፥ » ዝብል ፡ ወረ ፡ ሰምዑ ። ሽዑ ፥ « ጠፊእና ፡ ኢና ፤ ንህደም ፡
ደአ ፥ » የሉ ። እቲ ፡ እሙን ፡ ዋጥኦም ፡ ግና ፥ 2.

« ከአ ፡ ትብሉ ፡ አሎኹም ፡ ቋላይ-ማላይ ፤
ኦብ ፡ መትካሉ ፡ ይሙት ፡ ሽማግላይ ፤ »

ይሉ ፡ ደረሰሎም ፤ ነሳቶም ፡ ከአ ፥ እዚአ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፥ « ንሙት ፥ »
የሉ ። ካብኡ ፡ ዕጭ ፡ አውዲቆም ፥ ነቲ ፡ ንእሽቶኦም ፥ ንባሕር-ነጋስ ፡ ክ 3.
ንፋት ፥ በዓል ፡ ቄጽሎም ፡ ገበርዎ ።

ድሕርዚ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ክንፋት ፡ ዝሓዘ ፡ ሕጆም ፥ ዐዶም ፡ አትዮ 4.
ም ፡ ተዳለዉ ። ሰብ ፡ ጻዕዳ-ኽስታን ፡ ብዐዶም ፡ ከቲቶም ፡ ወጺ ፤ ከምኡ ፡
ኽአ ፡ ኻብ ፡ ጐደቦታት ፡ ወሰኹ ። ጻዐዘጋ ፡ ኽይዶም ፡ ድማ ፡ አብ ፡ ማእከል ፡
ዐዲ ፡ አተውዎም ። ሽዑ ፡ ደቂ ፡ ጻዐዘጋ ፡ ተአኪቦም ፡ ወጺኦም ፡ አብ ፡ 5.
ደጋድግ ፡ ተዋግኡ ። አብኡ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ክንፋት ፡ ሰዓሩ ፤ ካብ ፡ ደቂ ፡
ጻዐዘጋ ፡ ኽአ ፡ ስሳ ፡ ዝአኽሉ ፡ ሰብ ፡ ማርዳ ፡ ቐተሉ ። አብኡ ፡ ንሓደ ፡ 6.
ኻብ ፡ ደቂ ፡ ጻዐዘጋ ፥ « አነስ ፡ አቦ ፡ አዋልድ ፡ እየ ፤ አይትቕተሉኒ ፥ » ዘ
ሎም ፥ ጻዕዳ-ኽስታን ፥ « ሕነ ፡ አቦ ፡ አዋልድ ፥ » ይሎም ፡ ቀተልዎ ። ሾ
ብዐቶ ፡ አሕዋት ፡ ከአ ፥ ደቂ ፡ ሓደ ፡ ሰብአይ ፥ አብኡ ፡ ሞቱ ።

ብዛዕባዚ ፡ ንባሕር-ነጋስ ፡ ክንፋት ፡ ከምዚ ፡ ይሎም ፡ ደረሱሎም ፤ 7.

ወዲ፟ ፡ ተኽለ-ገርግሽ ፣ አቦ፟ ፡ እዮ፟ቡ ፤
ቤተኽስያን ፡ ትወስዶም ፡ ከም ፡ ዝቈርቡ ።
ወዲ፟ ፡ ተኽለ-ገርግሽ ፣ ወርቂ ፡ ርፍርፍ ፤
ባይራ ፡ አሎ፟ኺ፟ ፣ ብስሳ፟ዕ ፡ ዝገር፟ፍ ።
ወዲ፟ ፡ ተኽለ-ገርግሽ ፣ ብተይ ፡ ግ፟ኒ ፤
ክንዲ ፡ ስሳ፟ ፡ ቈ፟ርበት ፡ ስሳ፟ ፡ በድኒ ። – –

8\. ብድሕርዚ ፡ ጸዐዘ፟ጋ ፡ ኸአ ፣ ነቲ ፡ ቐዳማይ ፡ ስዕረቶም ፡ ሕነ ፡ ኽፈ
ድዩ ፡ ይሎም ፣ መጺኦም ፡ ኣብ ፡ ጸጸር ፡ ምስ ፡ ጻዕዳ-ኽስታን ፡ ተዋግኡ ።
ኣብኡ ፡ ኸአ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ክንፋት ፡ ሰዓሩ ፤ ክሳዕ ፡ ውና ፡ ኸተሕሎ፟ ፡ ሰ
9\. ጕጕዎ፟ም ። ናብ ፡ ውና ፡ ኸተሕሎ፟ ፡ ኻልኣይ ፡ ገጠሙ ። ጸዐዘ፟ጋ ፡ ተሳዕሩ ፤
ካብኡ ፡ ንጠቐራ ፡ ሀደሙ ። ባሕር-ነጋስ ፡ ክንፋት ፡ ከአ ፡ ስዒሮም ፡ ንዐ
ዶ፟ም ፡ ተመልሱ ።

## 115\. ማእሰርቲ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ዕቍባት ።

1\. በዚ ፡ ዘበንዚ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ዕቍባት ፡ ወዲ፟ ፡ አቤቶ ፡ ወልደ-ገርግ
ሽ ፣ በዓል ፡ ዐዲ፟ ፡ ገብሩ ፣ ብዙሕ ፡ ሀብቲ ፡ ነበሮም ። ነሶ፟ምኒ ፡ ብሀብቶም ፣
ባሕር-ነጋስ ፡ በኸተሩን ፡ ብሸመቶም ፡ ተዓራረኽም ፣ « አይንጣ፟ለም ፣ » ተ
በሀሃሉ ።

2\. ኣብ ፡ መንጎዚ ፡ ብቕንኣት ፡ ንባሕር-ነጋስ ፡ ዕቍባት ፡ ሐየ፟ሎ ፡ ናብ ፡
ባሕር-ነጋስ ፡ በኸተሩ ፡ ኸሰ፟ስዎ፟ም ። ነሶ፟ም ፡ ከአ ፣ ክአስርዎ፟ም ፡ ደልዮም ፣
« ዋዕላ ፡ ንግበር ፣ ኣብ ፡ ማይ ፡ ሽምብቡ ፤ እንተኾነ ፡ ብዙሕ ፡ ሰብ ፡ አይ
3\. ንማ፟ላእ ፣ » ይሎም ፡ ጠበ፟ርዎ፟ም ። ካብኡ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ዕቍባት ፣ ሓምሳ
ይ ፡ ሳድሳይ ፡ ርእሶም ፡ ክነሶ፟ም ፣ ባሕር-ነጋስ ፡ በኸተሩ ፡ ግና ፡ ሰቦም ፡ አ
4\. ኽቲቶም ፡ አብኡ ፡ ወረዱ ። ሽዐ ፡ ናብኡ ፡ አሰርዎ፟ም ። ድሕርዚ ፡ ጸዐዘ፟
ጋ ፡ ተመልሾም ፣ ንዐይን-ቈረኛ፟ ፡ ገብሩ ፡ ወዲ፟ ፡ ደበ፟ስ ፡ ጌሮም ፡ ኣብ ፡ ላ
ዕላይ ፡ ገዛ ፡ አቐመ፟ጥዎ፟ም ።

አብ ፡ መንኈዚ ፣ ባሕር-ነጋስ ፡ ዕቍባት ፡ ብዐይን-ቈረኛ ፡ ኽሕለዉ ፡ 5.
ኽለዉ ፣ ማለዎም ፡ ከአ ፡ ኻብ ፡ በረኻ ፡ ተዘሚቱን ፡ መጻ ። ሽዑ ፡ እቶም ፡ 6.
ባሮቶም ፣ ክሳድ ፡ ሕጆም ፡ ጸኒሖም ፣ ንስድራ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ና
ብ ፡ ግራት ፡ ዓገብ ፡ ተዋጊኦም ፡ ሰዓርዎም ። አሕኦም ፡ አምልሾም ፡ በረ
ኻ ፡ አተዉ ። አሰላፍ ፡ ወልደ-ኽስቶስ ፡ እተባህለ ፡ ሐው ፡ ገብሩ ፣ ነሹ ፡ 7.
ሐለቓ ፡ ኹይኑ ፡ ናብኡ ፡ ተሳዕረ ፤ ሀዲሙ ፡ ጸዐዘጋ ፡ አቶ ።
ባሕር-ነጋስ ፡ ዕቍባት ፡ ከአ ፡ ነቲ ፡ ሐላዊኦም ፣ « ዝደሌኻዮ ፡ ኽህበ 8.
ካ ፤ ስደደኒ ፣ » የልዎ ። ነሱ ፡ ኽአ ፣ « እምብአርሲ ፡ ጓልኩም ፡ ሃቡኒ ፣ »
የሎም ። ነሶም ፡ ድማ ፡ መሓሉሉ ። በዚ ፡ ኽምዚ ፡ ጌሮም ፣ ማእሰርቶም ፡ 9.
ፈቲሖም ፡ አብ ፡ ናይብ ፡ ከዱ ። ሽዑ ፡ ንናይብ ፣ « ንዐናይ ፤ መሬሔ ፡ ን
ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ናብ ፡ ኢድካ ፡ ኽውደቐልካ ፣ » የልዎ ።

## ውግእ ፡ ዐዲ ፡ ገብራይ ። 116.

ብድሕርዚ ፡ ናይብ ፡ ብብዙሕ ፡ ሐገዝኒ ፡ ብዙሕ ፡ ጭፍራን ፡ ከቲቱ ፡ 1.
መጸ ፣ ምናዳ ፡ ኻብ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ። ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ኽአ ፣ ነ 2.
ዚ ፡ ኹሉ ፡ ምስ ፡ ፈለጡ ፣ ፈጊዶም ፣ « ዐርኪ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ካ
ብ ፡ ዝኽውንሲ ፣ አይኽእሎን ፡ እየ ፣ » ይሎም ፣ ጸዐዘጋ ፡ ሐዲጎምሉ ፡
ንዝባን ፡ ጠቐራ ፡ ሀደሙ ። ናይብ ፡ ድማ ፡ ንጸዐዘጋ ፡ ተኹሱ ፣ ናብ ፡ ዘለ
ውዎ ፡ ሰዓቦም ።
ሽዑ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፣ « ንሙት ፡ ደአ ፣ » የሉ ። ዝርኻቦም ፡ 3.
አኪቦም ፡ ኩብ ፡ ጠቐራ ፡ መጽዎ ፤

« ኣነ ፡ በሹሩ ፣
ኣነ ፡ አባ ፡ ቦር ፣ »

ይሎም ፡ እናፈኸሩ ፣ ናብ ፡ ዐዲ ፡ ገብራይ ፡ ገጠሙሉ ። አብኡ ፡ አሰላፍ ፡ 4.
ወልደ-ኽስቶስ ፡ ወዲ ፡ ደባስ ፡ ጕራደ ፡ ዓረብ ፡ ሕጁ ፡ ድርግም ፡ የሎም ፤
ሰስ ፡ እናለ ፡ ኽም ፡ በርቂ ፣ ዞስተር ፡ አበሎም ። ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ 5.

ኸአ ፡ ሰዓሩ ፤ ካብ ፡ ዝባን ፡ ጠቐራ ፡ ጀሚሮም ፡ ክሳዕ ፡ ጐልጐል ፡ ጻዕዳ-
ኽስታን ፡ ሰጒጎዎም ። ካብኡ ፡ ተመልሾም ፡ ነታ ፡ ተተኾሻ ፡ ዝነበረት ፡
ጻዕዘጋ ፡ መልሾም ፡ ሰርሕዋ ።

6. ሸው ፡ ድማ ፡ ኸም ፡ ከምዚ ፡ ዝአመሰለ ፡ ሕላይ ፡ ተሐለ ፤

ሕድርተይ ፡ እዮም ፥ በዓል ፡ ሐጂ ፡ እድሪሲ ፤
ሖብ ፡ ሆፍየቶም ፡ ዝርከቦም ፡ ቅርሺ ፤
ሕድርተይ ፡ እዮም ፥ በዓል ፡ ሒየ ፡ ጐቦ ፤
ሖብ ፡ ሆፍየቶም ፡ ሖቕራሽ ፡ ዝርከቦ ።

## 117. ከልአይ ፡ ዘመተ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ።

1. ዶሐር ፥ ናይብ ፡ ምስ ፡ ተሳዕረ ፥ ባሕር-ነጋስ ፡ ዕቑባት ፡ አብ ፡ ራእ
ስ ፡ ምንኪኤል ፡ ከይዶም ፡ ከአ ፡ ንባሕር-ነጋስ ፡ በኸሩ ፡ አመሓጥእዎ
2. ም ። ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ድማ ፥ ባሕር-ነጋስ ፡ በኸሩ ፡ ንናይብ ፡ ስዒሮ
ም ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፥ ከም ፡ ሐመድ ፡ ዝኸነ ፡ ሰራዊት ፡ ሒዞም ፡ ወጹ ፥ ን
ባሕር-ነጋስ ፡ በኸሩ ፡ አሲሮም ፡ ክወስድዎም ። ነሶም ፡ ከአ ፥ ምምጻእ ፡
ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፥ ከም ፡ ማንም ፡ ከይኖም ፡ ንሐባብ ፡
3. ሀደሙ ። ሸው ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ብጽልማ ፡ አቢሎም ፥ ብጻዕዘጋ ፡ ጌ
ሮም ፥ ጐልጐል ፡ አኸራት ፡ አብ ፡ ዝበሀል ፡ ምድሪ ፡ ደቂ ፡ ዳሽም ፡ ድ
4. ንኳኖም ፡ ተኸሉ ። አብኡ ፡ ኸይኖም ፡ ሰራዊት ፡ ሰዲዶም ፥ ሐልሐለ-በ
ጎስ ፡ ዝወሰኑ ፡ ዘሎ ፡ ምድሪ ፡ ሐማሴን ፡ ዘመትዎ ። ጻዕዘጋን ፡ ዐዲ ፡ ን
አምንኒ ፡ ምላዛናይኒ ፡ ሐያሎ ፡ ኸአ ፡ ኻልአት ፡ ዐድታትኒ ፡ ተተኰሱ ።
5. እዚ ፡ ጌሮም ፡ አብ ፡ ዐዶም ፡ ተመልሱ ።
6. ሸው ፥ ዝበዝሕ ፡ ሰራዊት ፡ ምስ ፡ ሐለፈ ፥ ሰብ ፡ ምላዛናይ ፥ ከምኡ ፡
ድማ ፡ ኻብ ፡ ዐዲ ፡ ንአምን ፥ ካብ ፡ ደቂ ፡ ሽሃይ ፡ ወሳሲኽም ፥ አብ ፡ ክ
ሳድ ፡ መላው ፡ ኻብ ፡ ስድራ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ሐያሎ ፡ አፍለሱሎ
7. ም ። ራእስ ፡ ምንኪኤል ፥ እዚ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፥ አብ ፡ እንዳባ ፡ መጣዕ ፡

ሰፈሮም ፡ እቲ ፡ ዝሞተ ፡ ሰብ ፡ እንተ ፡ ቼጸሩ ፣ ክንዲ ፡ መስለስ ፡ ባልደን
ጓ ፡ ናብኡ ፡ ኸም ፡ ዝተረፉ ፣ ተባህለ ።

## « ገለብ ፡ ከንቲባ ። » 118.

ንጉስ ፡ ካብ ፡ ትግራይ ፡ ወሪዱም ፣ ንሐማሴን ፡ ከዘምቱ ፣ ሀገር ፡ አ 1.
ውረሩ ። ከንቲባ ፡ ኽፍለ-ገርግሽ ፡ ወዲ ፡ ኽፍሎም ፡ ከአ ፡ ሰቦምኒ ፡ ማ 2.
ሎምኒ ፡ ናብ ፡ ኢራ ፡ አህዲሞም ፣ ባዕሎም ፡ ምስ ፡ ሒደት ፡ ሰብ ፡ ኰይ
ኖም ፣ ሐንቲ ፡ እምኒ ፡ ኸም ፡ ገለብ ፡ መኸወሊቶም ፡ ጌሮም ፡ ነቲ ፡ ወራ
ር ፡ ደው ፡ አበልዎም ። ሐንቲ ፡ ነፍጢ ፡ ቋድ ፡ ነበረቶም ፡ እሞ ፣ ብኣ ፡ 3.
እናተኰሱ ፣ ነቶም ፡ ዘመትቲ ፡ ዐገትዎም ። አማስይኦም ፡ እቶም ፡ ወረር
ቲ ፡ ተሐሊሎም ፡ ተመልሱ ።

በዚ ፡ ኸምዚ ፡ ኸንቲባ ፡ ኽፍለ-ገርግሽ ፡ ሰቦምኒ ፡ ማሎምኒ ፡ አው 4.
ጽኡ ፤ እሞ ፣ እቲ ፡ ኽሳድ ፡ ከአ ፡ ኽሳዕ ፡ ሎሚ ፡ ገለብ-ከንቲባ ፡ ትበሀ
ል ፡ አላ ።

## ባሕር-ነጋስ ፡ በሹሩ ፡ ምስ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ተዐርቁ ። 119.

ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ተመልሾም ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፣ ባሕር-ነጋስ ፡ በሹ 1.
ሩ ፡ ኻብ ፡ ሐባብ ፡ አብ ፡ ዐድ-ተኸሌ-ዛን ፡ ገዓዙ ። ንኸንቲባ ፡ ኽፍሎም 2.
ኒ ፡ ንኤሎስኒ ፡ ኸአ ፣ « ንዑ ፡ በጃኹም ፣ ደግፉኒ ፤ እሞ ፣ ንራእስ ፡ ምን
ኪኤል ፡ ስዒብና ፡ ንዋግአዮ ፣ » የልዎም ። ነሳቶም ፡ ግና ፣ « አይዐቅም
ናን ፣ » ይሎም ፡ አበይዎ ። ነሶም ፡ ድማ ፡ ፈረስ ፡ ቡላ ፡ ኾይኖም ፣ አብ ፡ 3.
ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ አብ ፡ ዓድዋ ፡ አተዉ ፤ እሞ ፣ ዕርቂ ፡ ለመኑ ። ሽዑ ፡ 4.
ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ብጽቡቕ ፡ ተቐበልዎም ፤ እሞ ፣ ሽመቶም ፡ መለሱ
ሎም ። ደሐር ፡ ከአ ፡ ጓሎም ፡ ንበሹሪ ፡ ወዱም ፣ ንአይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡
ሃብዎም ። ብድሕርዚ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በሹሩ ፡ ኽሳዕ ፡ ሞቶም ፣ አብ ፡ ት 5.
ሕቲ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ክነሶም ፣ ንመረብ-ምላሽ ፡ ገዝኡ ።

6, 7. ሀገር ፡ ምስ ፡ ተጣየሰ ፥ ባሕር-ነጋስ ፡ በዅሩ ፡ ዐጀ፟ም ፡ አተዉ ። ናብ ፡
ጸዐዘ፟ጋ ፡ ምስ ፡ ተመልሱ ፥ « እዛ ፡ ዐደ፟ይ ፡ ወርትግ ፡ ዝዝመ፟ትኒ ፡ ዝትኰ፟
ስኒ ፡ ጕልጕል ፡ ኰይኑ ፡ እዩ፟ ፤ እሞ፟ ፥ ናብ ፡ ካልእ ፡ ዐዲ፟ ፡ ደአ ፡ ኽዘብ፟
ል ፥ » ይሎም ፥ በረኽ ፡ መኻን ፡ ደልዮም ፡ አብ ፡ ሸርምባ ፡ ገዓዙ ። እን
8. ዳ ፡ ኺዳነ-ምሕረት ፡ ድማ፟ ፡ ናብኡ ፡ ሰርሑ ። ድሕርዚ ፥ ነዊ፟ሕ ፡ ነይጸን
ሑ ፥ ሞቱ ።

## 120. ደቂ፟ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በዅሩ ።

1. ባሕር-ነጋስ ፡ በዅሩ ፡ ኽአ ፡ ኻብ ፡ አርባዕተ ፡ አንስቲ ፡ ንአይተ ፡ ገ
ረ-ኽስቶስኒ ፡ አቤቶ ፡ ተስፋ-ጼንኒ ፡ አይተ ፡ ጸጓ፟ይኒ ፡ አይተ ፡ ናቡተን ፡
2. ወለዱ ። ካብዘም ፡ አርባዕተ ፡ ኽአ ፡ አቤቶ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ወዲ፟ ፡ ሔማ ፡
እዮ፟ም ፤ አዲ፟አም ፡ ወዘሮ ፡ ቕዱ፟ሳን ፥ ጓል ፡ ከንቲባ ፡ ሰመረ-አብ ፥ ሹ፟ም ፡
ደቂ፟ ፡ ሸሃይ ፥ እየ፟ን ። እቶም ፡ በኹሪ ፡ ወጆ፟ም ፥ አይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ግ
ና ፥ አዲ፟አም ፡ ሐንቲ ፡ ሰይት-ወሰን ፡ ትግራወይቲ ፡ እያ፟ ።
3. ብዛዕባዚ ፡ እቲ ፡ ሽመት ፡ አቦ፟አም ፡ አብ ፡ አቤቶ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ሐለ
4. ፈ ። አይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ግና ፡ ሽመት ፡ ንርእሶም ፡ ደልዮም ፡ አብ ፡ መ
ገዲ፟ ፡ አባርዳእ ፡ ተዋግእዎ፟ም ፤ እንተ ኸነ ፡ አቤቶ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ሰዓሩ ።
5. ድሕርዚ ፡ አይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ሀዲሞም ፡ ንዐዲ፟ ፡ ጓዕዳድ ፡ ዘመትዎ፟ ።
6. ኸው ፡ ሐምም ፡ አቤቶ ፡ ተስፋ-ጺን ፡ ሕላይ ፡ ሐለዩሎም ፥ ከምዚ ፡ ይሎም ፤

አታ፟ ፥ ዘማት ፡ ዐዲ፟ ፡ ጓዕዳድ ፥ ዘማት ፡ ከፈር ፤
አረ ፥ ኣነስ ፡ ሐፈርኩልካ ፤ ከማይ ፡ ሕፈር ፤
አረ ፥ ኣነስ ፡ ሐፈርኩልካ ፤ ከማይ ፡ ሕፈር ።

7. አይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፥ ንዐዲ ፡ ጓዕዳድ ፡ ምስ ፡ ዘመቱ ፥ ንዐጀ፟ምሓ
ራ ፡ ሀደሙ ፤ ሐምም ፡ አቤቶ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ድማ፟ ፡ ኽሳዕ ፡ ናይዖ ፡ አባ፟
ረርዎ፟ ።

## ተስፋ-ጼን ፡ አላዊላ ። 121.

ብድሕርዚ ፡ አቤቶ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ብሒቶም ፡ መረብ-ምላሽ ፡ ገዝኡ ። 1.
ነሶም ፡ ሽሕኒ ፡ ሐሙሽተ ፡ ሚእትን ፡ ፈረስ ፡ አብ ፡ ቤት ፡ የቐልቡ ፡ 2.
ነበሩ ። አብ ፡ መንጎዚ ፡ ንኹዶ-ፈላሲ ፡ ምግባር ፡ ስለ ፡ ዝአበዩ ፡ ብሐሙ 3.
ሽተ ፡ ሚእቲ ፡ ፈረስ ፡ ዘመትዋ ። ከይዶም ፡ አብ ፡ ጐዱፍ ፡ ወዲ ፡ ሐጺ
ር ፡ ተዋጊኦም ፡ ሰዓርዎም ፤ ብድሕርዚ ፡ ወሪኡ ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡ « አበይ ፡
ኔሮም ፧ » ከይተባህለ ፡ ንኹዶ-ፈላሲ ፡ ዘሚቶም ፡ ተመልሱ ። እዚ ፡ ምስ ፡ 4.
ገበሩ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ አላዊላ ፡ ተባህሉ ።

አቤቶ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ዝገዝእዎ ፡ ዘበን ፡ ዐሰርተው ፡ ሐሙሽተ ፡ ዓ 5.
መት ፡ እዩ ። ነሶም ፡ ንገብይታና ፡ አይተ ፡ ተወልደ-መድህንኒ ፡ ንአይተ ፡
ገረ-ኺዳንኒ ፡ ወለዱ ።

## ከንቲባ ፡ ማሞን ፡ ከንቲባ ፡ ባድጎን ። 122.

እቶም ፡ ካብ ፡ ደቀተሸም ፡ ከም ፡ መኳንንቲ ፡ ዝነበሩ ፡ ብዘበን ፡ አ 1.
ቤቶ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ሐያሎ ፡ አለዉ ። ካብአም ፡ አብ ፡ ዐዲ ፡ ጉብሩ ፡ ባሕር- 2.
ነጋስ ፡ ታቦት ፡ ወዲ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ዕቍባት ፡ እዮም ፤ ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ና
ብ ፡ ሀዘጋ ፡ ኸንቲባ ፡ ተስፋ ፡ ወዲ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ገብሬት ።

አብ ፡ ጻዕዳ-ኽስታን ፡ ድማ ፡ ድሕሪ ፡ ሞት ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ክንፉት ፡ 3.
ደቂ ፡ ኸንቲባ ፡ ገረ-ማርያም ፡ ከንቲባ ፡ ማሞን ፡ ከንቲባ ፡ ባድጎን ፡ እቶባ
ህሉ ፡ አርኪበም ፡ ሽመት ፡ አበታቶም ፡ ሓዙ ። እሞ ፡ ነሳቶም ፡ ሐያላት ፡
ነበሩ ፡ የማን ፡ ጸጋም ፡ አብዚ ፡ መትሕት ፡ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ በረኻ ፡
ይዘምቱ ፡ ነበሩ ። ብዛዕባዚ ፡ ኸምዚ ፡ ተደርፈ ፤ 4.

ማሞ ፡ ኽደልየካ ፤
ባድጎ ፡ ኽደልየካ ፤
ቡሊት ፡ ክትጐየካ ፤
ደው ፡ በል ፡ በዓለጌ ፤ ምት ፡ ነይቐርየካ ።

## 123. አይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ንሐዎም ፡ ወረሱ ።

1. አይተ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ነዊ፟ሕ ፡ ሐሚሞም ፡ ሞቱ ፤ ደቆ፟ም ፡ ድማ፟ ፡ ሸ
2. ው ፡ ጌና ፡ ናእሸቱ ፡ ነበሩ ። እቶም ፡ እሙናት ፡ ሐሻኽሮም ፡ አሰላ፟ፍ ፡ ወ
ልደ-ኽስቶስኒ ፡ አሰላ፟ፍ ፡ ክንፋ፡ን ፡ ግና ፡ ብታሕት-ታሕቲ ፡ ሐቢኦም ፡ ቀ
በሮ፟ም ፤ « አለ፟ዉ ፡ » እና፟በ፟ሉ ፡ ኽአ ፡ ዐሬት ፡ ሕጆም ፡ ይገዝኡ ፡ ነበሩ ።
3. ሰብ ፡ ከአ ፡ እና፟መጸ ፡ « ጐይታይ ፡ ከመይ ፡ ይሎም ፡ አለ፟ዉ ፤ » እንተ ፡ ሐ
4. ተተ ፡ « ይመ፟ስገን ፤ አለ፟ዉ ፡ ደአ ፡ » እና፟ሉ ፡ የዛ፟ርብሞ፟ም ፡ ነበሩ ። እዚ ፡
ዝገበሩ ፡ ኽአ ፡ አይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ሐያ፟ል ፡ ርጉም ፡ ነበሩ ፡ እሞ፟ ፡ « መ
ታን ፡ ዐሬት ፡ ሐዎም ፡ ከይ፟ወርሱ ፡ » ይሎም ፡ እዮ፟ም ።
5. እንተኾነ ፡ አይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡

ሰብ ፡ ዝገበሮ ፤
ምድሪ ፡ ነገሮ ፤

እዩ፟ ፤ እሞ፟ ፡ ሞት ፡ ሐዎም ፡ ሰምዑ ። ተቓላጢፎም ፡ ከአ ፡ መጺኦም ፡ አ
ብ ፡ ዕዳጋ ፡ ጸዐዘ፟ጋ ፡ ቓንዳ ፡ ቲ-ቲ-ቲ ፡ አበ፟ሎም ፡ አብ ፡ ዐጆ፟ም ፡ አተ
6. ዉ ። አብ ፡ እንዳ ፡ ሐዎም ፡ ከአ ፡ ኽአትዉ ፡ እንተ ፡ ደለዩ ፡ ከምዚ ፡ ይ
ሎም ፡ ከልከልዎ፟ም ፤ « ጐይታይ ፤ አብ ፡ እንዳ ፡ ሕሙም ፡ ብጐያ-ጐያ ፡ ይ
እቶ፟ ፤ » — ነሰ፟ም ፡ ከአ ፡ « ሐወይ ፡ እዮ፟ም ፡ እምበር ፤ ሐውኩምዶ ፡ ኾይና
7. ም ፤ » የልዎ፟ም ። ምስ ፡ ሰአንዎ፟ም ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ዐሬት ፡ ሐዎም ፡ ከፍ ፡
የሉ ፤ እሞ፟ ፡ ግዝአት ፡ ሐዎም ፡ ሐዙ ።
8. ወዘሮ ፡ ለተ፟-ኖብ ፡ ከአ ፡ ሰይቲ ፡ አይተ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ አብቲ ፡ ውሽ
ጢ ፡ በይና ፡ ቍሊሕሊሕ ፡ ትብል ፡ ጸንሐቶ፟ም ፤ ምስ ፡ ረአይዋ፟ ፡ ድማ፟ ፡
አብ ፡ ልቦ፟ም ፡ ጠብላሕ ፡ የለቶ፟ም ። እሞ፟ ፡ ቅሩብ ፡ እዋ፟ን ፡ ድሕርዚ ፡ ንአ ፡
ኽአ ፡ ወረስዋ፟ ።

## ሞት ፡ አባ፟ ፡ ብኢዶ-ማርያም ። 124.

አይተ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ብጥቕ፟ምቲ ፡ ዝሞቱ ፥ አይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከ 1.
አ ፡ ድሕሪ ፡ ሰለስተ ፡ ወርሒ ፡ እዮ፟ም ፥ ዐጆ፟ም ፡ ዝአተዉ ። ክሳዕ ፡ ፋስ
ጋ ፡ ኽይ፟ጽበ፟ዩ ፡ ኽአ ፥ ብጸም ፡ አርብዓ ፡ ላም ፡ ሐሪዶም ፥ ዳስ ፡ ተኺሎ
ም ፥ ንሰይቲ ፡ ሐዎም ፡ ወረሱ ።

በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡ አባ፟ ፡ ብኢዶ-ማርያም ፡ እት፟ባህሉ ፡ ፈላሲ ፥ በዓ 2.
ል ፡ ክትመውልዕ ፥ « አይ፟ግ፟ብአ፟ካን ፥ ንሰይቲ ፡ ሐውካ ፡ ኽትወ፟ርስ ፥ » ይ
ሎም ፡ ገ፟ዘ፟ትዎ፟ም ። እንተኾነ ፡ አይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ አይሰምዕዎ፟ምኒ ፤ አ 3.
ብ ፡ ክንዲ ፡ ኽሰምዕዎ፟ም ፥ ሰብ ፡ ሰዲዶም ፡ አሰርዎ፟ም ። « አፍትሐለ፟ይ ፥ »
ይሎም ፡ ሐያ፟ሎ ፡ ግዜ ፡ ለመ፟ንዎ፟ም ፤ አባ፟ ፡ ብአ፟ዶ-ማርያም ፡ ግና ፥

« እሱር ፣ ከም ፣ ዳብሎስ ፣
ውጉዝ ፣ ከም ፣ ኣርዮስ ፣

ኢኻ ፥ ንሰይቲ ፡ ሐውካ ፡ ኽሳዕ ፡ እ፟ችሐ፟ድግ ፥ » እ፟ናሉ ፡ አበርትዖሎም ።
አይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፥ ብፍቕሪ ፡ እታ ፡ ሰይቲ ፡ ሐዎም ፡ እሱር ፡ ስ 4.
ለ ፡ ዝነበሩ ፥ ብኾራ ፡ መጺአም ፥ « አ፟ታ ፥ ፈላሲ ፤ ተሎ ፡ ፍትሐ፟ኒ ፤ እን
ተ ፡ ዘየ፟ሎ ፥ ክቐትለ፟ኻ ፡ እየ፟ ፥ » የልዎ፟ም ። አባ፟ ፡ ብኢዶ-ማርያም ፡ ግና ፡
ጸንዖ ። ድሕርዚ ፡ ፈልጺ ፡ ጌሮም ፡ ከትከትዎ፟ም ፤ ነሶ፟ም ፡ ከአ ፥ « ውጉ 5.
ዝ ፥ » እ፟ናሉ ፥ አብ ፡ መንጎዚ ፡ ዐረፉ ።

## ጅግን፟ነት ፡ ክንቲባ ፡ ተስፋ ። 125.

በዚ ፡ እዋ፟ንዚ ፡ ኽንቲባ ፡ ተስፋ ፡ ዋና፟ ፡ ሚናበ-ዘርአይ ፡ ነበሩ ። 1.

ንአይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፡ ልሙድ ፡ አምበሳ ፡ ነበሮም ፤ እሞ፟ ፥ 2.
« በዚ ፡ አምበሳይ ፡ ድምብርጽ ፡ ዘይ፟ብል ፡ ዶኾን ፡ ይርኸ፟ብ ፤ » ይሎም ፡
ተዛረቡ ። ሽዑ ፡ ናብኡ ፡ ዝነበሩ ፡ መኳንንቲ ፥ « ጐይታይ ፤ ክንቲባ ፡ ተ 3.
ስፋ ፡ እንተ ፡ ዘይኮነ ፡ ኾይኑ ፥ ካልእ ፡ መን ፡ ክንብል ፤ » የልዎ፟ም ። አ

ይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፥ « እስኬ ፡ በሉ ፥ ጸው፟ዕዎ፟ ፥ » ይሎም ፡ አምጽእ
4. ዎ፟ም ። አብ ፡ ቤት ፡ አትዮም ፡ አብ ፡ ዐራት ፡ ከፍ ፡ ምሰሉ ፥ ብድሕሪኦም ፥
ነቲ ፡ አምበሳ ፡ ፈነ፟ዉሎም ። ሽው ፡ ነሶ፟ም ፥ ልቦ፟ም ፡ ድምብርጽ ፡ ከየ፟ለ ፥
ቍሊሕ ፡ ከየ፟ልዎ፟ ፥ ብህለንጎም ፡ ጌሮም ፡ ቀብ ፡ አቢ፟ሎምዎ ፡ ትም ፡ የሉ ።
5. ካብኡ ፥ « እንታይ ፡ ደአ ፡ ጕዳ፟ይ ፡ ጌርኩም ፡ ዝጸዋ፟ዕኩም፟ኒ ፤ » የልዎ፟ም ።
አይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፥ « ሐወይ ፤ አነስ ፡ ጕዳ፟ይ ፡ ነይብለ፟ይ ፤ ኪድ ፡
6. ገዛኻ ፥ » ይሎም ፡ አፋ፟ነውዎ፟ም ። ከንቲባ ፡ ተስፉ ፡ ኸአ ፥ « ጕዳ፟ይ ፡ ዘይ
ብሎ፟ም ፡ ጸዊ፟ዖምኒ ፡ ኸም ፡ ቈልዓ ፥ » ይሎም ፥ ብልቦ፟ም ፡ ጕህዮም ፡ ወጹ ።
7. ሽው ፡ ናብ ፡ ዝባን ፡ ፈረሶም ፡ ኰይኖም ፥ ንጸዐ፟ዘጋ ፡ ዘይሮም ፥ ሰል፟
ዮምዋ ፥ ካብኡ ፡ ናብ ፡ ጐልጐል ፡ ዕዳጋ ፡ ኹይኖም ፡ ዘንጎም ፡ አንቀጥቀ
8. ጡ ። እዚ ፡ ነገርዚ ፡ ዝረአዩ ፡ ሰብ ፡ ጸዐ፟ዘጋ ፡ ንአይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ነገር
ዎ፟ም ፤ ነሶ፟ም ፡ ከአ ፥ « ገለ ፡ ደልዩ ፡ እዩ፟ ፥ እዚ ፡ ጠንቃም ፥ » ይሎም ፡
ጸንሑ ።

126. ምኽሪ ፡ ኸንቲባ ፡ ተስፉ ።

1. ሽው ፡ ኸአ ፡ ኸም ፡ አጋ፟ጣሚ ፡ ንኸንቲባ ፡ ተስፉ ፡ ሰብ ፡ ዐድ-ደበነይ ፥
ኣሓ ፡ ሕጆም ፡ አብ ፡ አይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከኸዱ ፥ አብ ፡ ዐዲ፟ ፡ ያዕቆብ ፡
2. ተጓነፍዎ፟ም ። ነሶ፟ም ፡ ድማ፟ ፥ « ደው ፡ በሉ ፥ አቱ፟ም ፡ ሕማ፟ቓት ፡ ሰብ ፡ ዐ
3 ድ-ደበነይ ፤ ኰበሮ ፡ እንተ ፡ ሀረምኩሎ፟ም ፥ ዘይ፟ስዕስው ፥ » የልዎ፟ም ። ነሳ፟
ቶም ፡ ከአ ፥ « ደይነ፟ስኹም ፡ ሕማ፟ቕ ፡ ኳንኩም ፥ ወዲ፟ ፡ ጐይታና ፥ እምበ
ር ፤ ኰበሮ ፡ ዝሀርመልና ፡ እንተ ፡ ንረኽ፟ብሲ ፥ አባ፟ ፡ ምተቛጸጼናሉ፟ ፥ » የ
4. ልዎ፟ም ። ሽው ፡ ምስአም ፡ ምኽሮም ፡ ጌሮም ፥ « በሉ ፥ ንዑናይ ፡ ደአ ፤
ሎምስ ፡ ሐንቲአ ፡ እያ፟ ፥ » ይሎም ፥ ሕጆምዎም ፡ ተመልሱ ። – –
5. ድሕርዚ ፡ ኸአ ፡ ተቓላጢፎም ፡ ከንቲባ ፡ ተስፉ ፡ ኻብ ፡ ናይብ ፡ ገ
ለ ፡ ሐገዝ ፡ ደልዮም ፡ ሰላምታ ፡ ሰደዱሉ ። ናይብ ፡ ከአ ፡ ሰላምትኦም ፡
ተቐቢ፟ሉ ፥ ደሐር ፡ ከአ ፡ ምላ፟ሽ ፡ ሰላምታ ፡ ኸምዚ ፡ ዝብል ፡ ሰደደ ፤ « ከ

መ-ዓልካ ፤ ደሐን ፡ ዲኻ ፣ ከንቲባ ፡ ተስፋ ፡ ወዲ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ገብራት ፤ »
ይሎም ፤ ምስኡ ፡ ኸአ ፡ ሰለስተ ፡ ሚእቲ ፡ ቕርሺ ፡ ጌሩ ፡ ሰደደሎም ። ስ 6.
ለዚ ፡ በዘን ፡ ሰለስተ ፡ ሚእቲ ፡ ቕርሺ ፡ ጌሮም ፡ ሐያሎ ፡ ፈተውትን ፡ ሐ
ገዝትን ፡ አከቡ ፣ ምናዳ ፡ ኻብ ፡ ከርንሽም ። እዚ ፡ ቕርሽዚ ፡ ቕርሺ ፡ እ 7.
ቲ ፡ ዘበንቲ ፡ ባህለት ፡ እዩ ፤ በዚ ፡ ናይ ፡ ሎሚ ፡ ሽሕኒ ፡ ሐሙሽተ ፡ ሚ
እትን ፡ ዝአክል ፡ ምኾነ ።

ከምዚ ፡ ጌሮም ፡ ከንቲባ ፡ ተስፋ ፡ ደለቱ ። 8.

## ውግእ ፡ ዐሽማግለ ። 127.

ብድሕርዚ ፡ አይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ንኣሎም ፡ ከመርዕዉ ፡ ደልዮም ፣ 1.
ንሐገዝ ፡ መርዕአም ፡ ዝኸውን ፡ ከአ ፡ ንኹሉ ፡ ግዝአቶም ፣ « መዓርኒ ፡
ጠስምን ፡ አቕራሽኒ ፡ አምጽእ ፣ » ይሎም ፡ አዘዝዎም ። በዚ ፡ ምኽንያ
ትዚ ፡ ሐያሎ ፡ ሰብ ፣ « ከይፈቶኻዶ ፡ ናብ ፡ መርዓ ፡ ትሰደም ፤ » ይሎም ፡
ጕሃዩ ። ሽው ፡ በቲ ፡ ትእዛዝ ፡ አይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ዘስካሕክሑ ፣ ከም 2.
ኡ ፡ ድማ ፡ ኻልእ ፡ ቅሓር ፡ ስለ ፡ ዝነበሮም ፣ ከንቲባ ፡ ማሞን ፡ ከንቲባ ፡
ባድጎን ፡ ምስ ፡ ከንቲባ ፡ ተስፋ ፡ ተሓባበሩ ፣ ንአይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ክዋ
ግእዎም ። አብ ፡ ልዕሊኡ ፡ ኸአ ፡ እቲ ፡ ጕሁይ ፡ ልቢ ፡ ዝነበሮ ፡ ዝኾነ ፡ 3.
ናብ ፡ ምኽሪ ፡ እቶም ፡ ሰለስተ ፡ ኸንችብ ፡ ተሑሰ ።

ከምዚ ፡ ይሎም ፡ ሰብ ፡ ሐማሴን ፡ ክዋግኡ ፡ ቍርጺ ፡ ምስ ፡ ገበሩ ፣ 4.
አይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፡ ነቶም ፡ ወፈርቲ ፡ መርዓ ፣ ሰብ ፡ ቈሓይን ፣ ጓ
ል ፡ ክወስዱ ፡ ዝመጹ ፣ « ከምዚ ፡ ዝአመሰለ ፡ ድንገት ፡ ረኺቡኒ ፤ እሞ ፣
ንውናይ ፣ ቅድም ፡ ንኣታቶም ፡ ንግበር ፤ ካብኡ ፡ ተመልሽና ፡ መርዓናን ፡
ገዝምናን ፡ ክንዐዩ ፣ » ይሎም ፣ አኪበምዎም ፡ ከዱ ። ሽው ፣ ናብ ፡ ዐ 5.
ሽማግለ ፡ ክዋግኡ ፡ ምስ ፡ ተሳላለፉ ፣ አብቲ ፡ አንፌ ፡ ውግእ ፡ ስድራ ፡ እ
ቶም ፡ ሰለስተ ፡ ኸንችብ ፣ « ዎ ፣ አባ ፡ ብኢደ-ማርያም ፣ » ይሎም ፡ ጨደ
ሩ ። ነፍሲ ፡ ኸአ ፡ ነፍሲ ፡ እያ ፤ እሞ ፣ ይትረፍ ፡ ደም ፡ ጻድቕ ፣ ደም ፡ 6.

ሐጥእ ፡ እኳ ፡ ድቃስ ፡ አይትሀብኒ ። ስለዚ ፡ አይተ ፡ ገረ-ክስቶስ ፥ በታ ፡
ክፍእቲ ፡ መዓልቲ ፡ ዝወዓልዎ ፥ ሽም ፡ አባ ፡ ብኢደ-ማርያም ፡ ክስሙ ፥
7. ምስ ፡ ሰምዑ ፥ ጌና ፡ ክይተዋግኡ ፥ ብፍርሃት ፡ ሀደሙ ። ካብቶም ፡ መሰ
8. ነይትኦም ፡ ከአ ፡ ሐያሎ ፡ ናብቲ ፡ ውግእ ፡ ሞቱ ። – ስለ ፡ አባ ፡ ብኢደ-
ማርያም ፡ ክሳዕ ፡ ሕጂ ፡ ሓደ ፡ ቓል ፡ ተሪፉ ፡ አሎ ፤ ዝፈለጠን ፡ ዘይፈለ
ጠን ፥ « ደም ፡ አባ ፡ ብኢደ-ማርያም ፡ ይግበረልካ ፥ » ይብል ።
9. 10. አይተ ፡ ገረ-ክስቶስ ፡ ድማ ፡ ሀዲሞም ፡ ንትግራይ ፡ ከዱ ። አብኡ ፡
ነቶም ፡ ክልተ ፡ ደቆም ፥ ክንፉን ፡ ሐደራን ፡ አተባህሉ ፥ ሐዲጎም ፡ ሞቱ ።
ነሶም ፡ ዝገዝእዎ ፡ ዘበን ፡ ሰለስተ ፡ ዓመት ፡ እዩ ።

## 128. ስዕረት ፡ ወዲ ፡ መርኬድዮስ ።

1. ቅሩብ ፡ እዋን ፡ ድሕርዚ ፡ ወዲ ፡ መርኬድዮስ ፡ እተባህለ ፡ ትግራዋ
ይ ፥ ወዲ ፡ ጓሎም ፡ ንዐድ-ደግዝማቲ ፥ ጓል-ጓሎም ፡ ንደግያት ፡ ማሞ ፡ እቶ
ወልዶ ፥ ብሰራየ ፡ አቢሉ ፥ ንሐማሴን ፡ ክዘምት ፡ ይሉ ፥ ወጸ ። ካብ ፡ ጸዐ
2. ዘጋ ፡ ኸአ ፡ ሐያሎ ፡ ምስ ፡ ወዲ ፡ መርኬድዮስ ፡ ወዓሉ ። ሽው ፡ ሰብ ፡
እዚ ፡ ጐልጐል ፡ ኵሉ ፥ « ከም ፡ ክንፍየዶ ፡ ክገብረልና ፤ » ይሎም ፡ ብ
ኣውያት ፡ ተኣኻኸቡ ።
3. ከንቲባ ፡ ባድጎ ፡ ኸአ ፡ ንብዘሎ ፡ እንዳ ፡ ገረ-ክስቶስ ፡ አኪቦም ፡ አ
ኽቲቶም ፥ ክዋግእዎ ፡ ተሰለፉ ። ከንቲባ ፡ ተስፉ ፡ ድማ ፡ ምስ ፡ ሚናበ-ዘ
4. ርኣይ ፡ ከይኖም ፡ መጽዎም ። ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ኻብ ፡ ብሐማሴኑ ፡ ወሳሲ
ኽም ፡ ንወዲ ፡ መርኬድዮስ ፡ ኡብ ፡ ዐሻ-ጐልጐል ፡ ገጠሙሉ ፤ እሞ ፥
ሰዓርዎ ። ወዲ ፡ መርኬድዮስ ፡ ከአ ፡ ናብኡ ፡ ሞተ ፤ ስግኡ ፡ ድማ ፡ ንመ
5. ሰሓቕ ፡ ወኻሩ ፡ ገበርዎ ። ሽው ፡ ኽምዚ ፡ ተደርፈ ፤

ወኻርዩ ፡ ዐሻ-ጕልጕል ፥ ጸጊብክዶ ፤ –
ከብደይ ፡ መሲኤ ፥ ድማ ፡ ጉዶ ፤
ብስነይ ፡ ሐዷገ ፥ ብገሊዶ ።

## ዐራት ፡ ኣርባዕተ ። 129.

ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ድማ ፥ ሐው ፡ ከንቲባ ፡ ተስፋ ፥ እምብኣር ፡ ኣብ 1.
ቲ ፡ ውግእ ፡ ዐሸማግለ ፡ ምስቶም ፡ ሰለስተ ፡ ኸነችብ ፡ ዘይወዓሉ ፡ ኸ
ነሶም ፥ ብምስጢር ፡ ብታሕት-ታሕቲ ፡ ስለ ፡ ዝሐበርዎም ፥ ብድሕሪ ፡ ኣይ
ተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ነሶም ፡ ዝራብዓዮም ፡ ኰይኖም ፡ ሰለስተ ፡ ዓመት ፡ ዝ
ኣኽል ፡ ከንቲባ ፡ ማሞን ፡ ከንቲባ ፡ ባድጎን ፡ ከንቲባ ፡ ተስፉን ፡ ከንቲባ ፡
ዘርኣይን ፡ ሐቢሮም ፡ ኣርባዕቲኦም ፡ ገዝኡ ። እዘን ፡ ዝገዝኡለን ፡ ሰለስ 2.
ተ ፡ ዓመት ፡ ክሳዕ ፡ ለይቲ-ሎም ፡ ሸመት ፡ ኣርባዕተ ፡ ኣሕዋት ፡ ይስመያ ።
ኣብ ፡ መንጎዚ ፡ ኸአ ፡ ኣርባዕቲኦም ፡ ኰይኖም ፥ ጋማ ፡ ኽአስሩ ፡ 3.
ይሎም ፥ ንድባርዋ ፡ ኸዱ ። ኣብኡ ፡ ድማ ፡ ብዙሓት ፡ ዐበይትን ፡ ናእሽ
ቱን ፡ ተኣኪቦም ፡ ነበሩ ። ሽዑ ፡ ናብኡ ፡ ኣብ ፡ ሐንቲ ፡ ዐራት ፡ ከንቲባ ፡ 4.
ተስፉን ፡ ከንቲባ ፡ ባድጎን ፡ ከንቲባ ፡ ማሞን ፡ ከፍ ፡ ይሎም ፡ ነበሩ ። ከ
ምኡ ፡ ኸአ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ብድሕሪኦም ፡ ኣተዉ ። እቶም ፡ ኣብ ፡ 5.
ዐራት ፡ ከፍ ፡ ይሎም ፡ ዝጸንሑ ፡ ኸአ ፥ « ንዑ ፡ በዚኣ ፥ » እንተልዎም ፥
ነሶም ፡ ግና ፡ እንተ ፡ ብጽልኣት ፥ እንተ ፡ ብትሕትና ፥ « ዐራት ፡ ኣርባዕተ ፡
ኽንድቲ ፡ ደሐን ፡ ኣይኮነትን ፥ » ይሎም ፥ ንኣም ፡ ኣብዮም ፥ ኣብ ፡ ታሕ
ቲ ፡ ኣጐዛ ፡ ኣንጺፎም ፡ ከፍ ፡ የሉ ። ሽዑ ፡ እቶም ፡ ከነችብ ፥ እንተሎ ፡ 6.
ኸንቲባ ፡ ተስፉ ፥ ብኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፥ « ንዒቓትና ፡ ድያ ፤ » ይሎም ፡
ኣዕዘምዘሙ ። ኩብኡ ፡ ምስ ፡ ወጹ ፡ ኸአ ፥ ብምኽሪ ፡ ተኣኪቦም ፡ ንኸን
ቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ተጻረርዎም ።

## ማእሰርቲ ፡ ኸንቲባ ፡ ተስፋ ። 130.

ድሕርዚ ፡ ኣብ ፡ መንጎ ፡ እቶም ፡ ክልተ ፡ ደቂ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ገብሩ 1.
ት ፥ ከንቲባ ፡ ተስፉን ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይን ፥ ባእሲ ፡ ኾነ ፤ እሞ ፥ ብ « ኣነ ፡
ይበልጽ ፡ » ከም ፡ ኣሕዋት ፡ ኣይተረአኣዩን ። በዚ ፡ ኹሉ ፡ ምኽሪ ፡ ኸን 2.

ቲባ ፡ ተስፉ ፥ ምስ ፡ ጻዕዳ-ኽስታን ፡ ምሕባሮም ፥ ምኽንያቱ ፥ ከንቲባ ፡
ማሞን ፡ ከንቲባ ፡ ባድጎን ፥ መዓልቲ ፡ አርኪብዎም ፥ ብእርጋን ፡ ዐዲ ፡
ውዒሎም ፡ ነበሩ ፤ ስለዚ ፡ እቶም ፡ ቅሩብ ፡ ዝዋሳወሱ ፡ ዝነበሩ ፡ ደቆም ፡
ጥራይ ፡ ነበሩ ፤ እሞ ፥ « እንድሕሪ ፡ ሐወይ ፡ ትስዒሩ ፡ ሽመት ፡ ብዝኸነ ፡
ባዕለይ ፡ እየ ፡ ዝጥቕልል ፥ » ይሎም ፡ እዮም ።
3. ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ከአ ፥ እዚ ፡ ኹሉ ፡ ምኽሪ ፡ ሐዎም ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፥
« ኣነስ ፡ እዚ ፡ ሽመት-ማሕበርዚ ፡ ከም ፡ ሽመትዶ ፡ ይለዎ ፡ እየ ፤ » ይሎ
ም ፡ ምስ ፡ ሚናበ-ዘርኣይ ፡ ሻራ ፡ ኣብቀዑ ፤ እሞ ፥ « ኣታ ፤ እቲኣተንሲ ፡
ኹታ ፥ እንታይ ፡ ከየምጽኣ ፤ » ይሎም ፥ ተቓዳዲሞም ፡ ነሐዎም ፥ ንከ
4. ንቲባ ፡ ተስፉ ፥ ኣብ ፡ መቐሕ ፡ ለበድዎም ። ሽዑ ፡ ምሉእ ፡ ሚናበ-ዘርኣ
ይ ፥ ብምእሳር ፡ ከንቲባ ፡ ተስፉ ፡ ከየዕገርግሩ ፥ ሀዲኦም ፡ ንኸንቲበ ፡ ዘር
5. ኣይ ፡ ተገዝኡ ። ሰብ ፡ ጻዕዳ-ኽስታን ፡ ድማ ፥

ምስ ፡ ቈልዓን ፡ አይትምከር ፤
ምስ ፡ ከልብን ፣ አይትተሓባእ ፤

ከም ፡ ዝበሀል ፥ ምኽሮም ፡ ተጋሂዱ ፡ ተጸየቖም ።
6. ከንቲባ ፡ ተስፉ ፡ ኽአ ፡ ነዊሕ ፡ ዘበን ፡ ተአሲሮም ፡ ነበሩ ። ደሓር ፡
ግና ፡ ናብ ፡ እርጋኖም ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፥ « ዝገብር ፡ የብሉን ፥ » ይሎም ፡
ፈትሕዎም ።

## 131. ናይብ ፡ ንኽንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ አሰሮም ።

1. ሐመድ-ናይብ ፡ ከአ ፡ ቕድም ፡ ንኽንቲባ ፡ ተስፉ ፡ ደጊፍዎም ፡ ነበ
ረ ፤ እሞ ፥ ገንዘቡ ፡ ዘይረኸበ ፡ ጕህዩ ፡ ንኽንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ልኡኽ ፡ ሰደ
ደሎም ፥ ከምዚ ፡ ዝብል ፤ « ምኽሪ ፡ አሎኒ ፤ እሞ ፥ ክንድዚኦም ፡ ዝአኽ
ሉ ፡ ሰብ ፡ ሕጅካ ፡ ናብ ፡ ፈልሒት ፡ ጽንሐኒ ፤ ኣነ ፡ ድማ ፡ ኽንዲ ፡ እቶ
ም ፡ ናትካ ፡ ጥራይ ፡ ዝአኽሉ ፡ ሰባት ፡ ሒጀ ፡ እየ ፡ ዝመጸካ ፥ » ይሉ ፡ ለ
2. አኸሎም ። ነሶም ፡ ከአ ፥ መማን ፡ መሽልዎም ፥ ከምቲ ፡ ነሱ ፡ ዘሎም ፥

ሒደት ፡ ሰብ ፡ ጥራይ ፡ ሕጆም ፡ ንፈልሒት ፡ ወረዱ ። ሐመድ-ናይብ ፡ ከ
አ ፡ ኻብቲ ፡ ዘሎ ፡ ዐሰ፟ርተ ፡ ዕጽፊ ፡ ዝአኽ፟ል ፡ ሰባት ፡ ሕጂ ፡ መጸ ። ሽው ፡ 3.
ኸቢቦም ፡ ንኸንቲ፡ባ ፡ ዘርኣይ ፥ « ተተሐዝ ፥ » የልዎ፟ም ፤ ነሶ፟ም ፡ ከአ ፥ ዘ
መርአም ፡ ስለ ፡ ዝነበረ ፥ « ሐሳ፟ይ ፥ » የሉ ። ድሕርዚ ፡ ሓደ ፡ ወዲ፟ ፡ ና 4.
ይብ ፡ ሳእኑ ፡ አውጺኡ ፡ ንኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ጐንዲ ፡ ዐይኖም ፡ አጨል
ገሞም ፤ ብኡ ፡ ምኽንያት ፡ ሐንቲ ፡ ዐይኖም ፡ ሐበ፟ለት ። ካብኡ ፡ ናይብ ፡ 5.
አሲሩ ፡ ዐዱ፟ ፡ ወሰዶም ።

ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ድማ፟ ፥ አብቲ ፡ ማእሰርቶም ፡ ነዊ፟ሕ ፡ ገበሩ ። 6.

ው፟ግእ ፡ ማይ ፡ ፋሎ ። 132.

ቅሩብ ፡ እዋ፟ን ፡ ድሕርዚ ፡ እንዳ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከቲ፡ቶም ፥ « ሎሚ ፡ 1.
ኢና ፡ እን፟ረኽበን ፤ እንቋዕ ፡ ደኣ ፡ ኸንቲ፡ባ ፡ ዘርኣይ ፡ ተአስረ ፥ » ይሎም ፥
ምስ ፡ ሀዘ፟ጋ ፡ ኽዋ፟ግኡ ፥ ተዳለዉ ። ካብ ፡ ጸዐዘ፟ጋ ፡ ኸአ ፡ ሐያ፟ሎ ፡ መጽ
ዎ፟ም ፤ ክሕግ፟ዝዎ፟ም ።

ሰብ ፡ ሀዘ፟ጋ ፡ ኸአ ፡ ብኹናት ፡ ተሰሊ፟ፎም ፡ ወጹ ። ሽዑ ፥ እቲ ፡ ዝ 2, 3.
በዝ፟ሕ ፡ ሰብ ፡ ምስ ፡ ሀብቶ-ጼን ፡ ወዲ፟ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ብሓደ ፡ ኻል
እ ፡ ክሳድ ፡ ክሕሉ፟ ፡ ኸሎ፟ ፥ ጓለ ፡ ንማይ ፡ ፋሎ ፡ ወረዱ ። ጸዕዳ-ኽስታን ፡
ድማ፟ ፡ አቕኒዖም ፡ ናብአ ፡ መጹ ። ሀዘጋ ፡ ኸአ ፥ « አታ፟ ፤ ሓደ ፡ በዓል ፡ 4.
ቈጽሊ ፡ ንግበር ፥ » ይሎም ፡ ንኸንቲ፡ባ ፡ ዘርአ-ሐን፟ስ ፡ ወዲ ፡ ኸንቲ፡ባ ፡
ዘሙይ ፡ ቈጽሊ ፡ አውደቑ ። ሽው ፡ ናብኡ ፡ ናብ ፡ አጓዱ ፡ ዝበ፟ሀል ፡ ገ 5.
ጠሙ ። ከንቲ፡ባ ፡ ዘርአ-ሐን፟ስ ፡ አብኡ ፡ ሞቱ ፤ ነቶም ፡ አብኡ ፡ ዝነበሩ ፡
ሒደት ፡ ጭፍራ ፡ ኸአ ፡ ጸዕዳ-ኽስታን ፡ ሰዓርዎ፟ም ። እንተኾነ ፥ እቲ ፡ ዝ 6.
በዝ፟ሕ ፡ ኩናት ፡ ምስ ፡ አይተ ፡ ሀብተ-ጼን ፡ አድብዩ ፡ ኸም ፡ ዘሎ፟ ፥ ስለ ፡
ዝፈለጡ ፥ « እንቋዕ ፡ ደኣ ፡ ነዚኤን ፡ ተበለጽናለ፟ን ፡ እምበር ፤ ንዑናይ ፥
ንመ፟ለስ ፥ » ይሎም ፡ ንዐዶ፟ም ፡ ተመልሱ ። – –

7. ካብ ፡ ጸዐዘ፟ጋ ፡ ኸአ ፡ አሰላ፟ፍ ፡ ያጊን ፡ እተ፟ባህለ ፡ ፍሉጥ ፡ ጅግና ፤
ወዲ፟ ፡ አሰላ፟ፍ ፡ ወልደ-ኽስቶስ ፤ አብቲ ፡ ውግ፟እ ፡ ሞተ ።

## 133. ክንቲባ ፡ ወልደ-ልዑል ።

1, 2. ብድሕርዚ ፡ ኽንቲባ ፡ ባደጎ ፡ ሸዓ ፡ ሞቱ ። ክንቲባ ፡ ወልደ-ልዑል ፡
ከአ ፤ ወዲ፟ ፡ ተስፉ ፤ ወዲ፟-ወዶ፟ም ፡ ንኽንቲባ ፡ ተኽላት ፤ ካብ ፡ ዐደ፟ይጠበ ፤
ንኽንቲባ ፡ ማሞ፟ ፤ « ደጊምሲ ፡ አሪግካ ፤ አይትጠቕ፟ምኒ ፡ ኢኻ ፤ » ይሎ
ም ፡ ሸመቶም ፡ አግደፍዎ፟ም ። ክንቲባ ፡ ማሞ፟ ፡ ኸአ ፡ ዐዲ፟ ፡ ለቒቑም ፡ አ
ብ ፡ እምኒ-ጻሊ፟ም ፡ ተቐመ፟ጡ ።
3, 4. አብኡ ፡ ኸለ፟ዉ ፡ ኸአ ፤ ሐሚሞም ፡ ሞት ፡ በጽሑ ። ሸው ፤ ልኢኾ
ም ፡ ንኽንቲባ ፡ ወልደ-ልዑል ፤ « ተቐበ፟ሉኒ ፤ አብ ፡ ዐደ፟ይ ፡ ክቕበ፟ር ፤ »
የልዎ፟ም ። ክንቲባ ፡ ወልደ-ልዑል ፡ ከአ ፡ ሕሩ፟ይ ፡ ይሎም ፤ ሰቦም ፡ አኺ
5. ቦም ፡ አብ ፡ ዐሸ፟-ጐልጐል ፡ ተቐበ፟ልዎ፟ም ። እሞ፟ ፤ ምስ ፡ ተራኸቡ ፤ ክሸ፟
ዐዓሙ ፡ ኸለ፟ዉ ፤ እቲ ፡ ትንፋስ ፡ ክንቲባ ፡ ማሞ፟ ፡ ናብ ፡ አፍ ፡ ክንቲባ ፡
ወልደ-ልዑል ፡ አቶ ። ሸው ፡ ኸአ ፤ መጥፍኢቶም ፡ ኰይና ፤ ብኣ-ብኣ ፡ ሐ
6. ሚሞም ፡ ሞቱ ፤ ክንቲባ ፡ ማሞ፟ ፡ ግና ፡ ተር ፡ ይሎም ፡ ሐወዩ ። ክንቲባ ፡
ወልደ-ልዑል ፡ ከአ ፡ አብቲ ፡ ንኽንቲባ ፡ ማሞ፟ ፡ እተ፟ኻዕተ ፡ መቓብር ፡
ተቐብሩ ።
7. ካብኡ ፡ ሸመት ፡ እንዳ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ናብ ፡ ኢድ ፡ ክንቲባ ፡ ማሞ፟ ፡
ተመልሰ ። ድሕሪ ፡ ሞቶም ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ወዶ፟ም ፤ አብ ፡ አይተ ፡ ሐጐስ ፤
ሐለፈ ።

## 134. ናይብ ፡ ንኽንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ ፈትሐም ።

1. አብ ፡ መንጎዚ ፡ ሐመድ-ናይብ ፡ ንኽንቲባ ፡ ዘርአይ ፤ « ክንድዝን ፡
ክንድዝን ፡ ገንዘብ ፡ እንተ ፡ ሀብካ፟ኒ ፤ ይፈትሐልካ ፤ » ይሉ ፡ የሎም ። « እ
ንተኾነ ፡ ኽሳዕ ፡ እቲ ፡ ገንዘብ ፡ እተ፟ሀበ፟ኒ ፤ ወዲ፟ኻ ፡ ዝሆ ፡ አትሕዘ፟ኒ ፤ »
ከአ ፡ የሎም ።

ሽው ፡ ኽንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ናብ ፡ ዐዶም ፡ ልኡኽ ፡ ልኢኾም ፡ ነቲ ፡ 2.
በኹሪ ፡ ወዶም ፥ ንኣይተ ፡ ሰለሙን ፥ ጸውዕዎም ። ኣይተ ፡ ሰለሙን ፡ ግ
ና ፥ « እምብለይ ፥ » ይሎም ፡ ኣበዩ ። ኣይተ ፡ ሀብተ-ጼን ፡ ከአ ፥ እዚ ፡ 3.
ምስ ፡ ሰምዑ ፥ ልቦም ፡ ምግባር ፡ ኣብይዎም ፥ ነቦኣም ፡ ብዙሕ ፡ ይፈትውዎም ፡ ነበሩ ፡ እሞ ፥ ከይተጸውዑ ፥ ባዕሎም ፡ ወረዱ ። ሽው ፡ ነሶም ፡ ኣ
ብ ፡ ክንዲ ፡ ኣቦኣም ፡ ጸለኽ ፡ ሐለፉ ። ክንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ድማ ፡ ንወዶ 4.
ም ፡ ምስ ፡ ኣትሓዙ ፥ ናይብ ፡ ፈቲሑ ፥ « ኪድ ፥ ሽመትካ ፡ ሐዝ ፧ ንወ
ድኻ ፡ ኻብ ፡ እትትሕዘኖስ ፥ » ይሉ ፡ ሰደዶም ።

ብኡ-ብኡ ፡ ድማ ፡ ኽንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ንወዶም ፡ ገንዘብ ፡ ዐድዮም ፡ 5.
ኣውጽእዎም ።

## ጻዕዳ-ኽስታን ፡ ሐደጋ ፡ ተወድቀት ። 135.

ኣብ ፡ መንጎዚ ፡ ኸአ ፥ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ካብ ፡ ማእሰርቶም ፡ ምስ ፡ 1.
ወጹ ፥ ንጻዕዳ-ኽስታን ፡ ክዘምቱ ፡ ይሎም ፥ ብምሸት ፡ ሐደጋ ፡ ወደቕዎ
ም ። ኣይተ ፡ ባርያኡ ፡ ወዲ ፡ ኽንቲባ ፡ ባድጎ ፡ ዐዲ ፡ ሐዲጎም ፥ ገይሾ 2.
ም ፡ ነበሩ ፧ ኣይተ ፡ ሐጐስ ፡ ግና ፥ « ዝመጸኒ ፡ የልቦን ፥ » ይሎም ፡ ኣብ ፡
ቤቶም ፡ ደቒሾም ፡ ከለዉ ፥ ስድራ ፡ ኽንቲባ ፡ ዘርኣይ ፥ ገለን ፡ ብዝባን ፡
ናሕሲ ፡ ገለን ፡ ብዐንቀጽ ፡ ከበብዎም ። ነሶም ፡ ድማ ፥ 3.

« ኣነ ፣ ሐጐስ ፧
ኣነ ፡ ኣባ ፡ ጠንቀስ ፣ »

ይሎም ፡ እናፈኸሩ ፥ መታኑ ፡ ኣብ ፡ ዐዶምኒ ፡ ናብ ፡ ቤቶምኒ ፡ ኽሞቱ ፥
ወጹ ። ሰብ ፡ ጻዕዳ-ኽስታን ፡ ከአ ፥ ዐደይጠበ ፡ ሰብ ፡ ቄጽሎም ፡ ኰይኖ 4.
ም ፥ በብዘለውዎ ፡ ኣጸጽዋሮም ፡ ኣልዒሎም ፥ ደሊቶም ፡ መጽዎም ። ሽ
ው ፡ ንኽንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ተዋጊኦም ፡ ሰዓርዎም ፧ ከሳሰ ፡ ጭፉእከላ ፡ ድ
ማ ፡ ሰጐጕዎም ። በዚ ፡ ኽምዚ ፡ እታ ፡ ዐዲ ፡ ካብ ፡ ምዝማት ፡ ደሓነት ። 5.

ዐዲ ፡ ኣውሊያ ፡ ኣብ ፡ ዝበሀል ፥ ምድሪ ፡ ዘርጠናይ ፥ ከንቲባ ፡ ዘር 6.

ኣይ ፡ ምስ ፡ ሰበም ፡ ኵናት ፡ ኣምልሾም ፡ ከም ፡ ብሐድሽ ፡ ገጠሙ ፤ እ
ሞ ፣ ተሳዕሩ ። ኣይተ ፡ ሰርጸ ፡ ወዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ተስፉ ፡ ኸአ ፡ ኣብኣ ፡
ሞቱ ።

## 136. ውግእ ፡ ዐዲ ፡ መርዓዊ ።

1. ድሕርዚ ፡ ኣይተ ፡ ሐጐስ ፡ ምስ ፡ ምሉእ ፡ እንዳ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ኰ
ይኖም ፡ ንኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፣ « ንሕና ፡ ኣይንኣምነኻን ፤ እሞ ፣ ሃብ ፡ ዝሆ ፣
2. ኣትሕዘና ፣ » ይሎም ፡ ለኣኹሎም ። ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ከአ ፣ « እንተ ፡
ደሌኹም ፣ ነሳትኩም ፡ ድማ ፡ ሃቡ ፡ ዝሆ ፤ ሓደ ፡ ኻባኹም ፡ ኣትሕዙ
ኒ ፣ » የልዎም ። ነሳቶም ፡ ከአ ፣ « ንወድኻ ፡ ሀብተ-ጼን ፡ ደኣ ፡ ሃበና ፡ እ
3. ምበር ፤ ንህብ ፣ » የሉ ። ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ግና ፣ « እንተ ፡ ደሌኹም ፣ ን
ሰለሙን ፡ ደኣ ፡ ውሰዱ ፣ እምበር ፤ ንሀብተ-ጼን ፡ ወደይሲ ፡ ኣይህበኒ ፤
ካብ ፡ ንኡ ፡ ዝህብሲ ፣ እኺ ፡ እዋጋእ ፡ ደኣ ፣ » ይሎም ፡ ብቍርጺ ፡ መለ
ሱሎም ፣ ሶሎም ፡ ደቆም ፡ ክነሶም ፣ ፈልዮም ፡ ግና ፡ ልዕሊ ፡ ኹሎም ፡
ንኣይተ ፡ ሀብተ-ጼን ፡ ይፈትውዎም ፡ ስለ ፡ ዝነበሩ ። — —

4. ካብኡ ፡ ኣይተ ፡ ሐጐስ ፡ ንጻዕዳ-ክስታንኒ ፡ ንብዘለዉ ፡ እንዳ ፡ ገረ-
ኽስቶስኒ ፡ ኣኽቲቶም ፣ ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ኻብ ፡ ብሀገሩ ፡ ኣጣረቒቦም ፣ ሐ
5. ያሎ ፡ ኻብ ፡ ደቂ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኸአ ፡ ሕጅም ፡ ዐጠቑ ። ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡
ከአ ፡ ዝርካቦም ፡ ኣኽቲቶም ፡ ተሰለፉ ። ደጊም ፡ ካብ ፡ ሀዘጋ ፡ ብዐዲ ፡ ያ
6. ዕቖብ ፡ ኣቢሎም ፡ ኣብ ፡ መንጽር ፡ ማይ-በላ ፡ ተዓጣጠቑ ። ኣማዕድዮም ፡
ከአ ፡ እንተ ፡ ረኣዩ ፣ « እዚኣቶም ፡ ኣይኸኣሉን ፡ እዮም ፣ » ይሎም ፡ ፈ
ርሁ ። ልኡኽ ፡ ሰዲዶም ፡ ድማ ፣ « ንግሆ ፡ እንተ ፡ ተዋጋእኩስ ፣ መታን ፡
7. ስድራይ ፡ ከይውድኡ ፣ » ይሎም ፣ « ምሸት ፡ ንዋጋእ ፣ » የልዎም ። ሽ
ው ፣ ጸሓይ ፡ ክትዐርብ ፡ ከላ ፣ ኣብ ፡ ጥቓ ፡ ዐዲ ፡ መርዓዊ ፡ ገጠሙ ። ኣ
8. ብኡ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ሰዓሩ ። ምስ ፡ ሰዓሩ ፡ ኸአ ፣ « ዋይ ፤ ሕጅስ ፡ ን
ግሆ ፡ ዘይኾነለይ ፣ » ይሎም ፡ ተጠዓሱ ፤ እንተኾነ ፡ ካብ ፡ ምሕላቕ ፡ ሰብ ፡

ጽቡ፟ቕ ፡ መኸሩ ። እቶም ፡ ጸላእቶም ፡ ሀዲሞም ፡ ምስ ፡ ወጹ ፥ ክንቲባ ፡ 9.
ዘርኣይ ፡ ከአ ፥ « ንኣይ ፡ ዘልክዋ፟ስ ፥ ንአም ፡ ኮነት ፥ » የሉ ። – –

ኡብኡ ፡ አይተ ፡ ሐገሞስኒ ፡ ሐዎም ፡ አይተ ፡ ወልደ-ኺዳንኒ ፥ ከም 10.
ኡ ፡ ደማ፟ ፡ አይተ ፡ ባርይኡን ፡ አይተ ፡ ግዴን ፡ አይተ ፡ እሴትኒ ፥ ሰለስ
ተ ፡ ደቂ፟ ፡ ኸንቲባ ፡ ባድጎ ፥ ሀዲሞም ፡ ወጹ ። ካብ ፡ ዐጀ፟ይጠበ ፡ ኸአ ፡ እ
ኒ፟ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘጉ፟ ፡ ወዲ፟ ፡ ኸንቲባ ፡ ተኽላት ፥ ክንቲባ ፡ መስመርኒ ፡ ኸን
ቲባ ፡ ሕድሩን ፥ ክልተ፟ ፡ ደቂ፟ ፡ ወልዳት ፥ ምስኦም ፡ ሀደሙ ። ክንቲባ ፡ ሸ 11.
ለንደኸ ፡ ከአ ፥ ወዲ፟ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ክንፋት ፥ ሀዲሞም ፡ ከለ፟ዉ ፥ ሓደ ፡
በዓል ፡ ሀዘ፟ጋ ፥ « ኡብ ፡ ክንዲ ፡ ደም ፡ ክንቲባ ፡ ዘርአ-ሐን፟ስ ፥ » ይሉ ፥ ተ
መልኪቱ ፡ ናዕ ፡ አበ፟ሎ ። ክንቲባ ፡ ምንኪኤል ፡ እተ፟ባህሉ ፡ ኸአ ፥ ሓደ ፡ 12.
ዐቢ ፡ ሰብ ፥ በዓል ፡ ገጅረት ፥ ኡብኡ ፡ ሞቱ ።

ካብዚ ፡ ንነጀ፟ው ፡ ክንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ንሐማሴን ፡ ጠቕሊሎም ፡ ሓገዞ፟ ። 13.

V.

# ዐዲ፟ ፡ ኽንቲባ ፡ ዘርኣይ ።

137. ## ግዝኣት ፡ ክንቲባ ፡ ዘርኣይ ።

1. ክንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ዝገዝኦ፟ ፡ ዘበን ፡ ኣርብዓን ፡ ኣርባዕተን ፡ ዓመት ፡
እዩ፟ ። ምዅዓው-ቈሎ-ምላ፟ሽ ፡ ብዘሎ፟ ፡ ገዚኡም ፡ ክነሶ፟ም ፥ ብኽንትብነ፟ት ፡
ጥራይ ፡ ኣሕለፍዎ፟ ።
2. ክንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ሃጥርኒ ፡ ዕቡ፟ይኒ ፡ ነበሩ ፤ እሞ፟ ፥ ብድሕሪኡም ፡ ክ
ምዚ ፡ ዝኣመሰ፟ለ ፡ ምስ፟ላ ፡ ኣውጽኡሎም ፤

ምስ ፡ ኣባ፟ ፡ ገረ-ወልዷ ፡ ዝወዓለ ፡ ይም፟ንን ፤

ምስ ፡ ክንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ዝወዓለ ፡ ይፋንን ።

3. ደቂ፟ ፡ ኽንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ እዚኣቶም ፡ እዮ፟ም ፤ ኣይተ ፡ ሰለሙን ፡ በ
4. ዅሪ ፥ ድሕሪኦም ፡ ኣይተ ፡ ሀብተ-ጼንኒ ፡ ኣይተ ፡ መንግስቱን ። እንተ ኾ
ነ ፡ ኣዴ፟ታቶም ፡ ብበይነን ፡ እየ፟ን ። እምቤት ፡ ምሕሩ ፥ ኣዴ፟ ፡ ኣይተ ፡ ሰ
ለሙን ፥ ካብ ፡ እገ፟ላ ፡ ሐጺን ፡ እያ፟ ።

138. ## ተረኸ፟ብ ፡ ዘረባ ፡ ኽንቲባ ፡ ዘርኣይ ።

1. ሓደ ፡ ኻህን ፡ ተጸሪፉ ፥ ጸረፍቱ ፡ ሕጂ ፥ ንኽንቲባ ፡ ዘርኣይ ፥ « ዳን
2. ዩኒ ፡ » ኽብሎም ፥ መጺ ። ነሶ፟ም ፡ ክአ ፡ ምስቶም ፡ ሰብ ፡ ነገሩ ፡ ሰሚዖም

ዎ ፣ ነቶም ፡ ነባሮ ፣ « ካህን ፡ ዝጸረፈ ፣ እንታይ ፡ ይኽሕስ ፤ » ይሎም ፡
ሐተቱ ። እቶም ፡ ነባሮ ፡ ኸአ ፣ « ላም ፡ ሐሪድካ ፡ እቲ ፡ ሐድ፟ሽ ፡ ቈርበ 3.
ት ፡ አብ ፡ ሑጻ ፡ ትሰጥሐ ፤ እሞ፟ ፣ ክንዲ ፡ እቲ ፡ ቈርበት ፡ ዘልዓሎ ፣ ክን
ዲኡ ፡ ቕርሺ ፡ ይኽሕስ ፣ ጐይታይ ፣ » የልዎ፟ም ። « ካህን ፡ ዝቐተለኼ ፣ 4.
ክንደይ ፡ ይኽሕስ ፤ » ደጊሞም ፡ ሐተቱ ። እቶም ፡ ነባሮ ፡ ኸአ ፣ « ሚእ
ትን ፡ ዕስራን ፣ ክም ፡ ሰቡ ፣ » የልዎ፟ም ። ሽዑ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ « ተደ 5.
በ፟ቡ ፤ እሞ፟ ፣ ካብ ፡ ምጽራፉስ ፡ ምቕታሉ ፡ ደዪ፟ሐዪ፟ሽኒ ፤ » የሉ ።

## ለውሃት ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ። 139.

ሓደ ፡ መዓልቲ ፡ ሐንቲ ፡ ድኻ ፣ ዘመድ ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፣ « ቅለ 1.
ቱኒ ፣ ጐይታይ ፣ » ክትብል ፣ አብ ፡ ሀዘ፟ጋ ፡ መጸት ። እቶም ፡ ዓቀ፟ይቲ ፡ 2.
ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፣ ነፍሳ ፡ ሐሽኩራ ፣ ርእሳ ፡ ሐሲኡ ፣ ገጻ ፡ ዐጢሩ ፣ እን
ተ ፡ ረኣዩ ፣ ምእታው ፡ ከልእዋ፟ ። ነሳ፟ ፡ ኸአ ፡ « አእትዉኒ ፡ ደኣ ፤ ንኸን
ቲባ ፡ ዘመዶም ፡ እየ፟ ፣ » ይላ ፡ ደገ፟ ፡ ትጸን፟ዕ ፡ ነበረት ።

ሓደ ፡ መዓልቲ ፣ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ደገ፟ ፡ ምስ ፡ ወጹ ፣ እታ ፡ ድኻ ፡ 3.
ሰበይቲ ፡ ድማ፟ ፡ ኸም ፡ ቀደማ ፣ « አእትዉኒ ፣ » ክትብል ፡ አብቲ ፡ አፍ ፡
አደ፟ባባይ ፡ ደው ፡ ይላ ፡ ነበረት ። እቲ ፡ አጋ፟ፋሪ ፡ ኸአ ፣ « ካብዚ ፣ አልግ 4.
ሲ ፣ አንቲ ፣ ሰበይቲ ፤ ይሔሸኺ፟ ፣ » የላ ። ነሳ፟ ፡ ኸአ ፣ « ዘመድ ፡ ከንቲባ ፡
እየ፟ ፤ አእትዉኒ ፡ ደኣ ፣ » የለቶ፟ ። ነሱ፟ ፡ ድማ፟ ፣ « ጨርቂ ፡ ድር፟ዕቶ ፡ እቸ፟
ኽደ፟ንዶ ፡ ኹይና ፡ ዘመዶም ፤ » ይሉ ፡ ደፍኣ ። ከንቲባ ፡ ኸአ ፡ እቲ ፡ ም 5.
ድፍኣ ፡ ርእዮም ፣ « አቻ፟ ፤ እንታይ ፡ ትገብሩ ፤ አቻ፟ ፤ እንታይ ፡ ትገብ
ሩ ፤ » የሉ ። እቶም ፡ ዓቀ፟ይቲ ፡ ድማ፟ ፡ « ደሐን ፣ ጐይታይ ፤ ግዝ፟ዕ ፡ እኳ፟ ፡
አይኮነን » የልዎ፟ም ። ከንቲባ ፡ ኸአ ፣ « አቻ፟ ፣ ንገሩኒ ፤ እንታይ ፡ ደኣ ፡ 6.
እዩ፟ ፤ » ይሎም ፡ አንጸርጸሩ ። ሽዑ ፡ ሓደ ፡ ኻብቶም ፡ ዓቀ፟ይቲ ፡ የለ ፤
« ጐይታይ ፤ ሐንቲ ፡ ብላ፟ይ ፡ ድር፟ዕቶ ፡ እቸ፟ኽድነት ፡ ድኻ ፡ ሰበይቲ ፣ ዘ
መድ ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ እየ፟ ፣ ይላ ፤ እሞ፟ ፣ ከልኪልናያ፟ ፣ » ይሉ ፡ ተዛረ

7. በ ። ነሰም ፡ ከአ ፡ « አእትዉዋ ፡ » ይሉም ፡ ቋረን ፡ ጥልፍን ፡ አኽደንዋ ፤
እሞ ፡ የሉ ፤ « ከላ ፡ ተደበቡ ፤ እታ ፡ ሰበይቲ ፡ እምበር ፡ እቲ ፡ ብላይ ፡ ድ
ርዕቶዶ ፡ መሽሉኹም ፡ ዘመደይ ፤ » ይሉም ፡ ተዛረቡ ።

140. መሽሐዳር ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ።

1. ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ከአ ፡ ድሕሪ ፡ ኹናት ፡ ዐዲ ፡ መርዓዊ ፡ ንአይተ ፡
ሐጐስ ፡ ኢዶም ፡ እግሮም ፡ ሕጆም ፡ ትም ፡ ስለ ፡ ዘሉ ፡ ገለ ፡ አይገበር
ዎምኒ ። እንተ ኸነ ፡ ጽልኢ ፡ አብ ፡ መንጎ ፡ ኽልቲአም ፡ አይተረፈን ።
2. ሓደ ፡ እዋን ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ መታን ፡ መሽሐዳር ፡ ከበልው ፡ ን
3. ዐዲ ፡ ንአምን ፡ ወረዱ ። ሰብ ፡ ዐዲ ፡ ንአምን ፡ ድማ ፡ ዝበላዕኒ ፡ ዝስተ
ን ፡ ሕሩድ ፡ ከይተረፈ ፡ ሃብዎም ። ሐቢአም ፡ ግና ፡ ንበገስ ፡ ልኡኻት ፡
ሰዲዶም ፡ « ንዑ ፤ ለም ፡ ንዘርኣይ ፡ አብ ፡ ኢድኩም ፡ ከነውድቐልኩ
4. ም ፡ » የልዎም ። እቲአቶም ፡ ከአ ፡ ወያ ፡ ናይ ፡ ቀደም ፡ ጽልኢ ፡ ኤራቶ
5. ም ፡ ተልዒሎም ፡ መጹ ። ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ከአ ፡ ወሪአም ፡ ምስ ፡ ሰም
ዑ ፡ « አቻ ፤

ብላዕልን ፡ ሐጐስ ፤
ብታሕትን ፡ በጐስ ፤

እንካ ፡ ደአ ፡ አጽገቡኒ ፡ » ይሉም ፡ ንዐዶም ፡ ተመልሱ ።

141. ሞት ፡ አይተ ፡ ናቡተ ።

1. በዚ ፡ እዋንዚ ፡ አቢሉ ፡ ኸአ ፡ አይተ ፡ ናቡተ ፡ እቶም ፡ ምንኣስ ፡
ኮሎም ፡ ካብ ፡ ደቂ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኾሩ ፡ ካብ ፡ ትግራይ ፡ ተመልሾም ፡
ምስ ፡ ጻዕዳ-ኽስታን ፡ ድማ ፡ ተመሓሒሎም ፡ ንተኸለን ፡ ዐገባን ፡ ሕጆም ፡
2. ነበሩ ። ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ከአ ፡ መጺአም ፡ አብ ፡ ማእከል ፡ ጻዐዘጋ ፡ አ
3. ተውዎም ። ሽዑ ፡ አይተ ፡ ሐጐስ ፡ ከም ቲ ፡ ማሕልአም ፡ ንአይተ ፡ ናቡ

ተ ፡ ኽድግፍዎም ፡ ደለዩ ፤ እንተኸነ ፡ ኣይተ ፡ ባርያኡ ፣ ወዲ ፡ ሐወቦኦ
ም ፣ ወዲ ፡ ኸንቲብ ፡ ባድጎ ፣ « ሕደግ ፤ እንታይ ፡ ገበርናኻ ፤ » ይሎም ፡
ከልእዎም ። ዝበዝሑ ፡ ኻብ ፡ ደቂ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኸአ ፣ ጸዐዘጋ ፡ ርጉማት ፡ 4.
እዮም ፡ እሞ ፣ ንኣይተ ፡ ናቡቶ ፡ ጠሊሞም ፡ ምስ ፡ ከንቲብ ፡ ዘርኣይ ፡
ወዓሉ ።

ኣይተ ፡ ናቡተ ፡ ግና ፡ ንገዛ ፡ ስድራን ፡ ገለ ፡ ሓደ ፡ ኽልተ ፡ ኸአ ፡ 5.
ኻብ ፡ ዐዲ ፡ ሕጆም ፡ ብመዓልቲ ፡ ዐርቢ ፡ ንግሆ ፡ ገጠሙ ። ኣብኡ ፡ ኣይ 6.
ተ ፡ ናቡተን ፡ ከንቲብ ፡ ዘሩባቤል ፡ ወዲ ፡ መልክጻድቕኒ ፡ ከምኡ ፡ ድ
ማ ፡ ሐያሎ ፡ ኻልኦት ፡ ክሳዕ ፡ ሰላሳ ፡ ዝአኽሉ ፡ ሞቱ ፤ ከንቲብ ፡ ዘርኣይ ፡
ድማ ፡ ሰዓሩ ።

ሸው ፡ ኸምዚ ፡ ተደኾዔ ፤ 7.

ሕድርተይ ፡ እዮም ፣ ዘሩባቤል ፣ ናቡተ ፤
እኽሊ ፡ ደሞ ፡ ይምንከል ፣ ከይሰወተ ፤
ጸዋማይ ፡ ደሞ ፡ ይመውት ፣ ከየስዓተ ፤

## ግዝኣት ፡ ኣገልድም ፡ ወልደ-ስላሰ ። 142.

ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ምስ ፡ ሞቱ ፣ መንግስቶም ፡ ኣብ ፡ ወዶም ፣ ኣ 1.
ብ ፡ ደጊያት ፡ መልደ-ገብሪኤል ፣ ሐለፈ ። ደጊያት ፡ ወልደ-ገብሪኤል ፡ ከ
አ ፡ ሾብዐተ ፡ ዓመት ፡ ገዝኡ ። ካብኡ ፡ ራእስ ፡ ወልደ-ስላሰ ፡ ዐሪት ፡ ሓ 2.
ዙ ። ነሶም ፡ ድማ ፡ ዕስራን ፡ ትሸዐተን ፡ ዓመት ፡ ገዝኡ ።

በዚ ፡ ግዜዚ ፡ ኣቢሉ ፡ ኸአ ፡ ኣገልድም ፡ ወልደ-ስላሰ ፡ እተባህሉ ፡ 3.
ወዲ ፡ በኸሩ ፣ ሓደ ፡ ዐቢ ፡ ሰብ ፣ በዓል ፡ ሡዶ-ፈላሲ ፣ ሐሙኦም ፡ ንራ
እስ ፡ ወልደ-ስላሰ ፣ ካብ ፡ ሰብኣይ ፡ ጓሎም ፣ ካብ ፡ ራእሲ ፣ ግዝኣት ፡ ሰራ
የን ፡ ሐማሴንኒ ፡ ተቐበሉ ። ነዚ ፡ ኣገልድምዚ ፡ እዩ ፡ እተባህለ ፤ 4.

### አገልድም ፡ ወዲ ፡ በሹሩ ፤
### ዐናጕሰ ፡ ዝመስል ፡ ዐረሩ ። – –

5. እኺ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ ናብ ፡ አገልድም ፡ አተዉ ።
6. ለጎ-ጬዋ ፡ ግና ፡ አብዮም ፡ አብ ፡ ሕምብርቲ ፡ ሰለፉ ። ሽዑ ፡ አገል
ድም ፡ ወልደ-ስላሰ ፡ ንኸንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ ጸውዕዎም ፥ መታን ፡ ክፍችን
7. ዎም ። ነሰም ፡ ከአ ፡ ዝርኻባም ፡ ሰቦም ፡ አኽቲቶም ፡ አብኦም ፡ አተዉ ።
አገልድም ፡ ድማ ፡ ብለጎ-ጬዋ ፥ « መን ፡ ዐቢ ፡ ሕጅም ፡ ደአ ፡ እዮም ፡
8. ቀርሕንቲ ፡ ጌሮም ፡ ዘለዉ ፤ » የሉ ። ካብኡ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ በይኖ
ም ፡ ሕምብርቲ ፡ አትዮም ፥ « አጀኹም ፤ ደፈርኩም ፡ ደአ ፡ ተዋግኡ ፡
እምበር ፤ ንዒቕኹም ፤ ክንድቲ ፡ ዝአኽል ፡ አይተዳሎን ፥ » ይሎም ፥ አጻ
ናኒዖምዎም ፡ አብ ፡ ሰፈሮም ፡ ተመልሱ ። አገልድም ፡ ወልደ-ስላሰ ፡ ኸ
9. አ ፡ ሕምብርቲ ፡ አትዮም ፡ ተዋግአዎም ፤ እሞ ፥ ተሳዕሩ ። ካብኡ ፥ ነቲ ፡
ምኽሪ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ ዘይፈለጡ ፥ ካብ ፡ ናይ ፡ ቀደሞም ፡ አመ
ንዎም ። – –

10. ድሕሪ ፡ እዚ ፡ ግዚዚ ፡ ኸአ ፡ ራእስ ፡ ወልደ-ስላሰ ፡ ባዕሎም ፡ ንሡ
11. ዶ-ፈላሲ ፡ መጹ ። ሽዑ ፡ አገልድም ፡ ንኸንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ አብ ፡ ራእስ ፡
ወልደ-ስላሰ ፡ አእተዊዎም ፤ ነሰም ፡ ከአ ፡ ብትሕቲ ፡ ሐሙኦም ፥ ብትሕ
ቲ ፡ አገልድም ፥ ንዖምሹዓወ--ቄሎ-ምላሽ ፡ ክገዝኡ ፥ ሃብዎም ።

## 143. ምግባር ፡ ደቀተሽም ።

1. ደቀተሽም ፡ ቀደም ፡ ግብሪ ፡ ሐጸይ ፡ እያሱ ፡ ዘይፈደዩ ፡ ነበሩ ።
2. ደሐር ፡ ራእስ ፡ ወልደ-ስላሰ ፥ ሀገር ፡ ከገብሩ ፥ ሡዶ-ፈላሲ ፡ ሰፈሩ ።
3. « ፈረሰኛታትኒ ፡ ጭቃታትኒ ፥ እተዊኒ ፥ » ይሎም ፡ አዋጁ ፤ ዐቢ ፡ ዘበ
ለ ፡ ኸአ ፡ መጸም ። ነሰም ፡ ድማ ፡ በብሓደ ፥ « ክንደይ ፡ እዩ ፡ ግብሪ ፡
4. ሐጸይ ፡ እያሱ ፡ እችፈድይዎ ፤ » ይሎም ፡ ሐተቱ ። ካርንሽም ፡ ድማ ፥ ጐ

ርሓት ፡ እዮም ፡ እሞ ፣ « ሰለስተ ፡ ሚእትን ፡ ሐምሳን ፡ እዩ ፡ ግብርና ፣ »
የሉ ። ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ከአ ፣ « እገዘስ ፡ ሐሶትኩም ፡ እዩ ፤ ሽሕኒ ፡ ሐሙ
ሽተ ፡ ሚእትን ፡ እዩ ፡ ግብርኹም » ፣ የልዎም ። ነሳቶም ፡ ድማ ፣ « ካብ ፡ 5.
እንርታዕሲ ፣ » « ነሳትኩም ፡ ድማ ፡ ማዕሬና ፡ ኽትፈድዩ ፡ ትኽእሉን ፡
ይግብአኩምኒ ፡ እዩ ፣ « የሉ ። ራእስ ፡ ወልደ-ስላሰ ፡ ድማ ፡ በቲ ፡ ኻርንሽ
ም ፡ ዘልዎ ፡ ግብሪ ፡ አውደቑ ።

ክነብሩ ፡ ኽነብሩ ፣ ደቀተሽም ፣ ብናይ ፡ ግብሪ ፡ አገባብራ ፡ ኽወዐዓሉ ፣ 6.
ኣብ ፡ ማይ ፡ ከብዲ ፡ ወፈሩ ፤ እሞ ፣ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ዋና ፡ ሀዘጋን ፡ ጐ
ደበታታን ፣ አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ተስፉ-ጼን ፡ ዋና ፡
ጸዐዘጋን ፡ ጐደበታታን ፡ አይተ ፡ ባርይኡ ፡ ወዲ ፡ ኽንቲባ ፡ ባድጎ ፡ ዋና ፡
ጻዕዳ-ኽስታንኒ ፡ ጐደበታታን ፡ ኩይኖም ፡ መጹ ። አይተ ፡ ባርይኡ ፡ ኽ 7.
አ ፣ አሓ ፡ እንዳ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ በዚሔንኒ ፡ ዐሚረንኒ ፡ ነበራ ፡ እሞ ፣ « መ
ታን ፡ ከይፍቀዳ ፣ » ይሎም ፣ ተቓዳዲሞም ፣ « ንሕና ፡ ፈረቕኡ ፡ ንፈዲ ፤
እንተኽነ ፡ ወኽ-ድባ ፡ ምሳና ፡ ይፈቐዱ ፣ ዐዲ ፡ ቼንጽን ፡ ዐዲ ፡ ያዕቖብኒ ፡
ምሳኹም ፣ » የሉ ። ከንቲባ ፡ ዘርኣይኒ ፡ አይተ ፡ ተወልደ-መድህንኒ ፡ ኽ
አ ፣ « ጽቡቕ ፡ እምበር ፣ እንታይ ፡ ከፈኡ ፤ » የሉ ። እቲ ፡ ሓደ ፡ ፍርቂ ፡ 8.
ኽአ ፡ ጸዐዘጋን ፡ ሀዘጋን ፡ ክፈድይዎ ፣ በዚ ፡ ሰለስቲኦም ፡ ተመሐሓሉ ።

## ሾብዐተ ፡ ኽነችብ ፡ ጐዳይፍ ፣ ሰበርቲ ፡ ዐራት ። 144.

ብዘበን ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ኣብ ፡ ዐዲ ፡ ጓዕዳድ ፡ ሓደ ፡ ዐቢ ፡ ሰብ ፡ 1.
ሞተ ። ኣብ ፡ መዓልቲ ፡ ቐብሩ ፡ ኽአ ፡ ብዙሓት ፡ መኳንንቲ ፡ ተአከቡ ፤ 2.
ከምኡ ፡ ድማ ፡ ብዙሕ ፡ ሰብ ፡ ተአኪቡ ፡ ወዓለ ። ካብ ፡ ጐዳይፍ ፡ ጥራ
ይ ፡ ሾብዐተ ፡ ኽነችብ ፡ መጺኦም ፡ ነበሩ ።

እዚኣቶም ፡ ክንትብንቶም ፡ ካብ ፡ ናይብ ፡ አተቐበሉ ፡ ነበሩ ፤ እሞ ፣ 3.
በዚ ፡ ግዜዚ ፡ ብዙሕ ፡ ዕቤት ፡ አይነበሮምኒ ፤ እንተኽነ ፡ ኒሕ ፡ አይተረ

4. ፈን ። አብቲ ፡ አጆራሽ ፡ ቀባሮ ፡ ዝአትዉሉ ፡ ሐንቲ ፡ ዐራት ፡ ጥራይ ፡
ስለ ፡ ዝነበረት ፡ ንኣ ፡ ቐረቡሎም ፤ ሾብዐቲኦም ፡ ከአ ፡ « ስጋይ ፡ ስጋኻ ፡ »
5. ዘይብሉ ፡ ተቐመጥዋ ። ብድሕሪኦም ፡ ከአ ፡ እቶም ፡ ዐቢ ፡ ገዛኢ ፡ ከንቲ
ባ ፡ ዘርኣይ ፡ መጹ ፤ ነሶም ፡ ድማ ፡ ዐራት ፡ ብዙሓት ፡ ብቐደሞም ፡ ስለ ፡
ዘይፈተዉዋ ፡ ምስኦም ፡ ከፍ ፡ ምባል ፡ አበዩ ። ድሕርዚ ፡ እቶም ፡ ሰብ ፡
ቤት ፡ ንኡም ፡ ዝኸውን ፡ ዐራት ፡ ስለ ፡ ዘይነበረ ፡ መምበር ፡ ቀረቡሎም ።
6. እቶም ፡ ሾብዐተ ፡ ኽነችብ ፡ ከአ ፡ ምዕይዕይ ፡ ክብሉ ፡ እታ ፡ ኽፍ ፡ ይሎ
ሙላ ፡ ዝነበሩ ፡ ዐራት ፡ ኰረም ፡ ይላ ፡ ተሰብረት ።
7. በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡ ንሰብ ፡ ጐዳይፍ ፡ « ሰበርቲ ፡ ዐራት ፡ » ይሎም ፡
8. የላግጹሎም ። አብ ፡ ሆሉ ፡ ሐማሴን ፡ ድማ ፡ አብ ፡ ሐንቲ ፡ ዐራት ፡ ክል
ተ ፡ ሰለስተ ፡ ኽፍ ፡ እንተልዋ ፡ ካልእ ፡ ሰብ ፡ « አታ ፤ ዐራት ፡ ሰብ ፡ ጐዳ
ይፍ ፡ ትገብርዋ ፡ ኢኹም ፡ » ይብሎም ። እዚ ፡ ኽሳዕ ፡ ለይት-ሎም ፡ ይ
በሀል ፡ አሎ ።

## 145. አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ መጹ ።

1. አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ተስፉ-ጼን ፡ ከአ ፡ ሸዓ ፡
2. ድሕሪ ፡ ግዝኣት ፡ አቦኦም ፡ ንዐጋሜ ፡ ኽይዶም ፡ ኣብኡ ፡ ዐበዩ ። ደሐር ፡
አገልድም ፡ ወልደ-ስላሰ ፡ ምስ ፡ ሞተ ፡ ራእስ ፡ ወልደ-ስላሰ ፡ ነቲ ፡ ቕድ
ም ፡ ንኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ሂቦምዎ ፡ ዝነበሩ ፡ ሕጂ ፡ ንአይተ ፡ ተወልደ-
መድህን ፡ ሃብዎ ። ነሶም ፡ ከአ ፡ ሽመት ፡ አቦታቶም ፡ ክሕዙ ፡ አብ ፡ ሐማ
3. ሴን ፡ መጹ ። ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ግና ፡ « አነ ፡ ኽሎኹ ፡ » ይሎም ፡ አይ
ተገዝኡሎምኒ ። – –
4. በቲ ፡ መጀመርያ ፡ ምምጽኦም ፡ ንአይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ አይ
ተ ፡ ገረ-መስቀል ፡ እተባህሉ ፡ ወዲ ፡ ሳምሩ ፡ ሓደ ፡ ዐቢ ፡ ሰብ ፡ በዓል ፡
ዐረዛ ፡ « ምስ ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ከተዓርቐኹም ፡ እየ ፡ » ይሎም ፡ እሞ ፡
5. ጓሎም ፡ ሂቦም ፡ አመርዓዉሎም ። ካብኡ ፡ « ሚናበ-ዘርኣይ ፡ ንኸንቲባ ፡

ዘርኣይ ፡ ይኹን ፥ ተኸሌ-ዐገባ ፡ ድማ ፡ ንአይተ ፡ ተወልደ-መድህንኒ ፤ በ
ዚ ፡ ተዓረቑ ፥ » ይሎም ፡ ፈረዱሎም ። አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ግና ፥ 6.
እዚኣ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፥ ብልቦም ፡ ጕህዮም ፥ « ኣታ ፤ የላግጹለይ ፡ ደኣ ፡
እዮም ፡ ዘለዉ ፥ » ይሎም ፡ ነዚ ፡ ዕርቅዚ ፡ ነዓቕዎ ። ኩርዮም ፡ ድማ ፥
« ኅልኩም ፡ ሰዱ ፥ » ይሎም ፡ ሰደድዎ ።

ካብኡ ፡ ንነጀው ፡ ዐረዛ ፡ ሻራ ፡ ሀዚጋ ፡ ኸኑ ። 7.

## ውግእ ፡ አይት ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ምስ ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ። 146.

አይተ ፡ ተወልደ-መድህንኒ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይኒ ፡ ጥንትግ ፡ ይዋግ 1.
ኡ ፡ ነበሩ ። ካብ ፡ ብዝሒ ፡ ውግኦም ፡ እተላዕለ ፡ እኳ ፥ መኻኑን ፡ መዓል
ቱን ፡ ክቼጽር ፡ ዝኽእል ፡ የልበን ። እንተኸነ ፡ እቲ ፡ ሐድሓደ ፡ ዝወዓሉ 2.
ሉ ፡ መኻን ፥ ምንም ፡ ብተርትኡ ፡ ደኣ ፡ አይኸውንኒ ፡ እምበር ፤ ካብኡ ፡
ገለ ፡ ኽስመዩ ፡ ዝኽእሉ ፡ አለዉ ።

ካብኡ-ኻብኡ ፡ አብ ፡ ዐደባ-ዝሐንስ ፤ አብ ፡ በረንተንቲ ፤ አብ ፡ ዐሰ 3.
ልዳይት ፤ ሓደ ፡ ግዜ ፡ ኸአ ፥ ሓደ ፡ ጅግና ፥ በዓል ፡ ዐዲ ፡ ቼንጺ ፥ ሐሸከ
ሮም ፡ ንኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፥ ሐጐስ ፡ ወዲ ፡ ልብሱ ፡ እተባህለ ፡ ዝሞተሉ ፥
ሽም ፡ እታ ፡ መኻን ፡ ክሳዕ ፡ ለይቲ-ሎም ፡ « ሙማት-ወዲ-ልብሱ ፡ » ትበ
ሀል ፡ ዘላ ፤ አብ ፡ ማይ-በላ ፤ አብ ፡ ዕዳጋ ፡ ጸዐዘጋ ፤ አብ ፡ ማይ ፡ ኅይላ ፤
አብ ፡ ምድሪ ፡ ስግር ፤ አሰላፍ ፡ ወልደ-ኽስቶስ ፡ ዝሞተሉ ፡ ኸአ ፥ አዝሒ
ቶ ፡ አብ ፡ ዝበሀል ፤ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ብዙሕ ፡ ካልእ ፡ ስፍራ ፡ ተ
ዋግኡ ።

በዚ ፡ ኾሉ ፡ ኸአ ፡ ድል ፡ ብዐብዩ ፡ አብ ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ነበረ ። 4.
አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ግና ፥ ተስዒሮም ፡ ክነሶም ፥ አይተገዝኡን ፤
እቲ ፡ ናይ ፡ አቦታቶም ፡ እኖዘከሩ ፥ ፈርገጽገጽ ፡ ይብሉ ፡ ነበሩ ። ብዛዕባ 5.
ዚ ፡ ሓደ ፡ ገጣሚ ፥

« ሰኑይ ፡ ተዋጊኡ ፡ ዘይፈግድ ፤
ሰሉስ ፡ ተዋጊኡ ፡ ዘይፈግድ ፤
ረቡዕ ፡ ተዋጊኡ ፡ ዘይፈግድ ፤
ሐሙስ ፡ ተዋጊኡ ፡ ዘይፈግድ ፤
ዐርቢ ፡ ተዋጊኡ ፡ ዘይፈግድ ፤
ቀዳም ፡ ተዋጊኡ ፡ ዘይፈግድ ፤
ሰምበት ፡ ተዋጊኡ ፡ ዘይፈግድ ፤ »

የሎም ።

## 147. ጋሮ ፡ ውና ፡ ጠወቕ ።

1. አይተ ፡ ተወልደ-መድህንኒ ፡ አይተ ፡ ሐጐስኒ ፡ ብፍቕርን ፡ ሰላምኒ ፡
2. ነበሩ ። ሓደ ፡ ግዜ ፡ ጥራይ ፡ ካብ ፡ ጸዐዘጋን ፡ ጻዕዳ-ኽስታንኒ ፡ ብጋሮ ፡ ተ
ራኸቡ ፤ እሞ ፥ ሰብ ፡ ጸዐዘጋ ፥ « ጻዕዳ-ኽስታን ፡ ወደቑና ፥ » ሰብ ፡ ጻዕዳ-
ኽስታን ፡ ድማ ፥ « ጸዐዘጋ ፡ ወደቑና ፥ » ተበሃሂሎም ፥ ብኣውያት ፡ ወጺ
3. ኦም ፡ ኣብ ፡ ውና ፡ ጠወቕ ፡ ተዋግኡ ። ኣብኡ ፡ ተስፉ ፡ ወዲ ፡ ኽንቲባ ፡
4. ተኽላት ፡ ካብ ፡ ዐደይጠበ ፡ ሞተ ፥ አቦ ፡ ኽንቲባ ፡ ወልደ-ልዑል ። ጸዐዘ
ጋ ፡ ግና ፡ ተሳዕሩ ፤ አሰላፍ ፡ ዳንግሽ ፡ ወዲ ፡ አሰላፍ ፡ ክንፉ ፡ ኸአ ፡ ናብ
5. ኡ ፡ ሞተ ። ጻዕዳ-ኽስታን ፡ ድማ ፡ ስዒሮም ፥ ካልእ ፡ ጕድኣት ፡ ከይገበ
ሩ ፥ ንዐዶም ፡ ተመልሱ ።

## 148. ውግእ ፡ ድባርዋ ።

1. ራእስ ፡ ወልደ-ስላሰ ፡ ምስ ፡ ሞቱ ፥ ደግያት ፡ ገረንኪኤል ፡ እተባህ
2. ሉ ፡ ተምቤናይ ፡ ሽድሽተ ፡ ዓመት ፡ ገዝኡ ። ኣብ ፡ መንጕኡ ፡ ኽንቲባ ፡
ዘርኣይ ፡ ናብኦም ፡ አተዉ ፤ እሞ ፥ ግብሪ ፡ ኽህቡ ፥ ብቕነ ፡ መስቀል ፡ ን
ትግራይ ፡ ከዱ ። ደግያት ፡ ገረንኪኤል ፡ ድማ ፡ ብጸቡቕ ፡ ተቐቢሎም ፡
ሽመት ፡ ምኽዓው-ቈሎ-ምላሽ ፡ መለሱሎም ።

ካብኡ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፥ ተሐኾሾም ፡ ክምለሱ ፡ ኸለዉ ፥ ኣብ ፡ 3.
ዐዶም ፡ ልኡኽ ፡ ሰዲዶም ፡ ንደቆም ፥ « ኣብ ፡ ድባርዋ ፡ ተቐበሉኒ ፤ ጋ
ማ ፡ ኸእሰር ፡ እየ ፥ » ይሎም ፡ ለኣኹሎም ። ደቆም ፡ ከኣ ፥ ሰቦም ፡ ኣኽ 4.
ቲቶም ፡ ንድባርዋ ፡ ኸሐልፉ ፡ ኸብሉ ፥ ኣይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ድ
ማ ፡ ዝርኸቦም ፡ አኪቦም ፥ ብገስጋስ ፡ መጺኦም ፥ ኣብተ ፡ ጥቓ ፡ ዐዲ ፡ ኽ
ሳደ ፡ ሕጆም ፡ ከረፍዎም ። ሽዑ ፥ ኣብ ፡ ድባርዋ ፡ እተዋግኡሉ ፥ ኣይተ ፡ 5.
ተወልደ-መድህን ፡ ሰዓሩ ፤ ሰለስቲኦም ፡ ደቂ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ድማ ፡
ሀዲሞም ፡ ወጹ ።

ኣይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ከኣ ፥ « ረኺብክዎ ፥ » ይሎም ፥ ንሀዘጋ ፡ 6.
ኸዘምቱ ፥ ሰዓቡ ። እንተኾነ ፡ ሓደ ፡ ጅግና ፥ ሸሪፍ ፡ እተባህለ ፡ ወዲ ፡ ሕ 7.
ድሪት ፥ ካብ ፡ ገዛ ፡ ዐዲ ፡ ፍሬ ፡ ምኻእ ፥ « ኣነ ፡ ሸሪፍ ፥ » እናለ ፥ ሀዘጋ ፡
ኣቶ ፤ እሞ ፥ ንሰብኡትኒ ፡ ኣንስትን ፡ አረጋውትን ፡ ቀለውዕኒ ፡ ዘበሉ ፡
ብኣውያት ፡ አኪቡ ፡ ተዋግኦም ። ኣብኡ ፡ ሀዘጋ ፡ ሰዓረ ። —— ጸዐዘጋ ፡ ኸ 8.
ኣ ፥ ክሀድሙ ፡ ኸለዉ ፥

« ሸሪፍ ፡ ሕብ ፡ ሀዘጋ ፤
ሸሪፍ ፡ ሕብ ፡ ጸዐዘጋ ፤ »

የሉ ።

ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ከኣ ፥ ደቆም ፡ ኣብ ፡ ድባርዋ ፡ ከም ፡ ዘይተቐበል 9.
ዎም ፥ ምስ ፡ ረኣዩ ፥ « እንታይ ፡ ኮን ፡ ረኺብዎም ፤ » ይሎም ፡ ኣቕኒዖም ፡
ሽከቲ ፡ ኣተዉ ። ኣብኡ ፡ ኸኣ ፥ ደቆም ፡ ተዋጊኦም ፡ ከም ፡ እተሳዕሩ ፥
ሰምዑ ። ድሕርዚ ፡ ነሶም ፡ ጕህዮም ፥ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ፈሪሆም ፥ ከም ፡ 10.
ህድምድሞት ፡ ጌሮም ፥ መገዲ ፡ ጸይቖም ፥ « ኣሕ ፤ ዐደይ ፡ ከኣ ፡ ተተኹ
ሻ ፡ ትኸውን ፥ » እናሉ ፥ ብዐዲ ፡ መርዓዊ ፡ ጌሮም ፡ ዐዶም ፡ ኣተዉ ። ሽ
ዑ ፡ ግና ፥ ኣማዕድዮም ፡ ምስ ፡ ረኣዩ ፥ ከም ፡ ዘይተተኰሰ ፥ ምስ ፡ ፈለጡ ፥
ተሰፉ ፡ ገዝኡ ። ሽዑ ፥ « ኣብ ፡ ድባርዋ ፡ ተሰዓርና ፤ እንተኾነ ፡ ብግምባር 11.
ኩም ፡ ከኣ ፥ ክዘምቱና ፡ ይሎም ፥ እንተ ፡ መጹና ፥ ኣብዛ ፡ ዕዳጋ ፡ ናይ ፡

ዐድና ፡ ሰብአይና ፡ ሰበይትና ፡ አረጊትና ፡ ቈልዓና ፡ ሰሊፍና ፥ ተዋጊእና ፡
ሰዓርናዮም ፥ » የልዎም ። – –
12. ድሕርዚ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ አብ ፡ ናይብ ፡ አትዮም ፥ ካብኡ ፡ ሐ
ያሎ ፡ ብረትኒ ፡ አጽዋርኒ ፡ ሒጆም ፡ መጹ ። አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡
ድማ ፥ እዚ ፡ ምስ ፡ ረአዩ ፥ ብማዕዶ ፡ ፈሪሆም ፡ ንትግራይ ፡ ሀደሙ ። ብ
13. ድሕሪኡም ፡ ከአ ፡ ኸንቲባ ፡ አልመዶም ፡ ወዲ ፡ አይቶ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ወ
ዶ-ወዶም ፡ ንባሕር-ነጋስ ፡ ዕቍባት ፥ ካብ ፡ እንዳ ፡ ተኸለ-ታትዮስ ፥ ምስ
ሌንነት ፡ ተኸለን ፡ ዐገባን ፡ ምስ ፡ ሾብዐተ ፡ ዐንሰባ ፡ ጠቕሊሎም ፡ ሓዘ ።

## 149. ሞት ፡ አይተ ፡ ሐጐስ ።

1. ክንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ከአ ፡ ኸም ፡ ንቡር ፡ በብመስቀል ፥ ገጽ ፡ ጕይትአ
ም ፡ ክርእዩ ፥ ኢድ ፡ ድማ ፡ ኸነስኡ ፥ ንትግራይ ፡ ይኸዱ ፡ ነበሩ ። ብድሕ
ሪኡም ፡ ድማ ፡ ደቆም ፥ እኒ ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ፥ አብ ፡ ክንዲ ፡ አቦኡም ፡
ሀገር ፡ የስታናብሩ ፡ ነበሩ ።
2. ሓደ ፡ እዋን ፥ ክንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ አብ ፡ ጕይትኡም ፡ ከለዉ ፥ አይተ ፡
ሐጐስ ፡ ከአ ፥ « ግበርዎ ፥ » ይልዎም ፥ ካብ ፡ ጻዕዳ-ኸስታን ፡ ዐልዮም ፡
አብ ፡ እምኒ ፡ ጻሊም ፡ ተሰለፉ ። አይተ ፡ ሰለሙን ፡ ድማ ፡ ሰቦም ፡ አኸቲ
3. ቶም ፥ ገ[illegible]ሓዘ ፡ ሒጆም ፥ ክዋግእዎም ፥ መጹ ። ምስ ፡ ገጠሙ ፥ አይተ ፡ ሐ
ጐስ ፡ ተወግኡ ፤ እሞ ፥ ሐይሎም ፥ ልቦም ፡ ጠፍኤ ፤ እቲ ፡ ሕዛብ ፡ ከአ ፡
አብ ፡ ኰረሻ ፡ አቶ ። ወያ ፡ ብዝራ ፡ ኸአ ፡ ዝገትኣላ ፡ ስኢና ፡ አብ ፡ መገ
4. ዲ ፡ አጽንሐቶ ። እቶም ፡ ጻላእቲ ፡ ድማ ፥

« ፈረሰይ ፡ ዻዕዳ ፤
እዝገይ ፡ ጸዓዳ ፤ »

ይሎም ፥ አርኪቦም ፡ አዳገምዎም ፤ እሞ ፥ ሞቱ ።
5. ካብኡ ፡ አይተ ፡ ባርይኡ ፡ ወዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ባድጎ ፡ ንሸመት ፡ እንዳ ፡
6. ገረ-ኽስቶስ ፡ ብሒቶም ፡ ሓዝዋ ። መወዳእትኡ ፡ ድማ ፥ ካህናት ፡ መጺአ

ም ፡ ንዐዲ፟ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርአይኒ ፡ ደቂ፟ ፡ አይተ ፡ ሐጐስኒ ፡ ዐረቕ፟ዎም ። ጓ
ል ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ፡ ከአ ፥ ወዘሮ ፡ ተመርጸ ፡ እተ፟ባህለት ፥ ኣብ ፡ አይ
ተ ፡ ወልደ-ገብሪኤል ፡ ወዲ፟ ፡ አይተ ፡ ሐጐስ ፡ ተአቶት ።

## ደግ፟ያት ፡ ሽባጋድሽ ፡ ገዛኢ ፡ ኸኑ ። 150.

አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ከአ ፡ ዐጋሜ ፡ ኸይዶም ፡ ኣብ ፡ ደግ፟ያት ፡ 1.
ሽባጋድሽ ፡ አተዉ ። ነሶ፟ም ፡ ድማ፟ ፡ ብጽቡ፟ቕ ፡ ገጽ ፡ ተቐበ፟ልዎ፟ም ።
ከጸንሑ ፡ ኽጸንሑ ፥ ደግ፟ያት ፡ ሽባጋድሽ ፡ ምስ ፡ ደግ፟ያት ፡ ገረንኪ 2.
ኤል ፡ ተዋጊኦም ፡ ሰዓር፟ዎም ፥ ቀተል፟ዎም ፡ ድማ፟ ። ካብኡ ፡ ነሶ፟ም ፡ ዐራ
ት ፡ ትግራይ ፡ ሕጆም ፡ ትሽዐተ፟ ፡ ዓመት ፡ ገዝኡ ። አይተ ፡ ተወልደ-መ 3.
ድህን ፡ ከአ ፡ ምስኦም ፡ ኣብቲ ፡ ውግ፟እ ፡ ውዒሎም ፡ ነበሩ ። በዚ ፡ ኹ
ሎ፟ ፡ ደግ፟ያት ፡ ሽባጋድሽ ፡ ንአይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ብዙሕ ፡ ፈተው
ዎ፟ም ፤ ሽመት ፡ አበ፟ታቶም ፡ ከአ ፡ መለሱሎም ፤ ጓሎም ፡ ድማ፟ ፡ ሃብዎ፟ም ፥
ወዘሮ ፡ ሳህሉ ፡ እተ፟ባህለት ።
አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ከአ ፡ ንኣ ፡ ሕጆም ፡ ዐጆ፟ም ፡ መጹ ። 4.

## ማእሰርቲ ፡ አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ 151.

ድሕሪ ፡ ገለ ፡ አዋርሕ ፡ ደግ፟ያት ፡ ሽባጋድሽ ፡ ንአይተ ፡ ተወልደ-መ 1.
ድህን ፡ ጸወ፟ዐዎ፟ም ። ሽዑ ፡ ነሶ፟ም ፥ አስሒትዎ፟ም ፥ ምኻድ ፡ አበዩ ። ሰበ 2.
ይቶም ፥ ወዘሮ ፡ ሳህሉ ፥ ግና ፡ ኸም ፡ ንቡር ፡ ከም ፡ ግቡር ፡ ንእንዳ ፡ አ
ቦ፟ኤን ፡ ተመልሳ ፤ አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ከአ ፡ ጸኒሖም ፡ ሰዓብዎ፟ን ።
ደግ፟ያት ፡ ሽባጋድሽ ፡ ድማ፟ ፥ ቅድ፟ም ፡ ጸዊ፟ዖምዎም ፥ ኣብዮም ፡ ስለ ፡ ዝነ 3.
በሩ ፥ ሕጂ ፡ ብምኽንያት ፡ ሰበይቶም ፡ ምስ ፡ መጹ ፥ አሰር፟ዎም ። ኣብ ፡ 4.
መንጎዚ ፡ ኸአ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ ኣብ ፡ እንዳ ፡ ደግ፟ያት ፡ ሽባጋድሽ ፡
አተዉ ፤ እሞ ፥ « ዐድ፟ኻ ፡ ግዛእ ፥ » ይሎም ፡ ሰደድ፟ዎም ።

5. አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ከም ፡ እተኣስሩ ፡ ኸአ ፡ ወረ ፡ ናብ ፡ ሰ
በይቶም ፡ በጽሔ ። ሽው ፡ ወዘሮ ፡ ሳህሉ ፡ ኸይደን ፡ ነቦኤን ፡ « ሐቑ ፡ ድ
6. ዩ ፤ ነሸኻን ፡ ኣሳሪ ፡ ኣነን ፡ ተኣሳሪት ፤ » የልኣዎ ። በዚ ፡ ኽምዚ ፡ አይ
ተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ወርሒ ፡ ዝኣኽል ፡ ምስ ፡ ተኣስሩ ፡ ተፈትሑ ፤ ድ
7. ሕሪ ፡ ምፍትሖም ፡ ከአ ፡ ንዐዶም ፡ ተመልሱ ። ሽመት ፡ ግና ፡ ም'ሹዓወ-
ቄሎ-ምላሽ ፡ ኣብ ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ነበረ ፤ ነሶም ፡ ድማ ፡ ኸም ፡ ቀደሞ
ም ፡ ግዝኣቶም ፡ አጽንዑ ።
8. ወዘሮ ፡ ሳህሉ ፡ ኸአ ፡ ኣብ ፡ እንዳ ፡ አቦኤን ፡ ከለዋ ፡ ወዲ ፡ ወለዳ ፡
ኣላ ፡ እተባህለ ። ኣብኡ ፡ ምስ ፡ ተጠመቐ ፡ ንዐዲ ፡ ሰብኣየን ፡ መጸ ።

152. ደቂ ፡ አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ።

1. ደቂ ፡ አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ደግያት ፡ ሃይሉን ፡ አይተ ፡ ገረ-
ማርያምን ፡ አይተ ፡ ወልደ-ገብሪኤልን ፡ አይተ ፡ ኣላን ፡ እዮም ።
2. ካብኦም ፡ አይተ ፡ ኣላ ፡ ወዲ ፡ ሔማ ፡ እዩ ፡ ወዲ ፡ ወዘሮ ፡ ሳህሉ ፡
3. ወዲ ፡ ጓሎም ፡ ንደግያት ፡ ሽባጋድሽ ። አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ከአ ፡
ኻብ ፡ ወዘሮ ፡ ሳህሉ ፡ ኽልተ ፡ አዋልድ ፡ ደገሙ ፤ እታ ፡ ሐንቲ ፡ ብንእ
ሽቶኣ ፡ ሞተት ፡ እታ ፡ ሐንቲ ፡ ግና ፡ ወዘሮ ፡ እሌን ፡ አበለት ።
4. ከምኡ ፡ ኸአ ፡ አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ካብ ፡ ሐንቲ ፡ ኻልእ ፡
ጼኑ ፡ እተባህለት ፡ ከም ፡ ሰይተ-ወሰን ፡ ዝነበረት ፡ ንአይተ ፡ ገረ-ማርያም
ን ፡ ንአይተ ፡ ወልደ-ገብሪኤልን ፡ ወለዱ ።
5. ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ድቓላ ፡ እዮም ።

153. እንዳ ፡ እኖ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ።

1. አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ አብ ፡ ዐጋሜ ፡ ኸለዉ ፡ ብጐብዝንኦም ፡
ካብ ፡ ጓል ፡ አይተ ፡ ወልደ-ገርግሽ ፡ እተባህሉ ፡ በዓል ፡ ብኸት ፡ ሰበይቲ ፡
2. ሰብኣይ ፡ ክነሳ ፡ ወዲ ፡ ወለዱላ ፡ ሃይሉ ፡ እተባህለ ። አቡኡን ፡ አዲኡን ፡

ክአ ፡ ቕድም ፡ ወዲ ፡ እቲ ፡ ሰብኣያ ፡ አምሲሉም ፡ ሐቢኦምዎ ፡ ነበሩ ፤
እንተኸነ ፡ ኽልቲኣቶም ፡ ብልቦም ፡ ወዲ ፡ መን ፡ ምኳኑ ፡ ይፈልጡ ፡ ነ
በሩ ። ደሐር ፣ አደ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ምስ ፡ ሞተት ፣ አይተ ፡ ተወልደ- 3.
መድህን ፣ « እዚ ፡ ወደይ ፡ ዘኽተሙ ፡ ኽጠፍአኒ ፡ እዩ ፣ » ይሉም ፣ « ሃ
ቡኒ ፡ ወደይ ፣ » እናሉ ፣ አብ ፡ አቦታት ፡ እታ ፡ ሰበይቲ ፡ ይልእኩ ፡ ነበ
ሩ ። እንተኸነ ፡ እቶም ፡ ወለዳ ፣ « ንዐበዩ ፡ ጨና ፡ ደአ ፡ ይኸና ፣ » ይሎ 4.
ም ፡ ይኽልእዎም ፡ ነበሩ ።

ብድሕርዚ ፡ ሐጂ ፡ መሐመድ ፡ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኻብ ፡ እንደ ፡ እ 5.
ኖአም ፡ አምጽአም ።

## ሐበላ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ። 154.

ምኽንያት ፡ እቲ ፡ ሐቢል ፡ መቢሊኦም ፡ እዚ ፡ እዩ ። 1.

ደግያት ፡ ሃይሉ ፣ ብንእሽቶኦም ፡ ከለዉ ፣ ናይ ፡ ደቂ ፡ ሐመሙ ። ዝ 2, 3.
ናብዮም ፡ ዘይብሎም ፡ ኰይኖም ፡ ከአ ፣ ዐይኖም ፡ እንተ ፡ አሰሓዮም ፣
ማይ ፡ ወሪዶም ፣ ብገሊዶ ፡ ጌሮም ፡ ክሐኹ ፡ ኽብሉ ፣ ሐንቲ ፡ ዐይኖም ፡
አንትዑ ።

## ሐጂ ፡ መሐመድ ፡ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ናብ ፡ እንዳ ፡ አቦአም ፡ አምጽአም ። 155.

ሐጂ ፡ መሐመድ ፡ እተባህለ ፡ ሰብኣይ ፣ አብ ፡ መንሳዕ ፣ ከምዚ ፡ ይ 1.
ሉ ፡ የዀርብ ፡ ነበረ ።

ንደግያት ፡ ሃይሉ ፣ ብንእሽቶኦም ፡ አብ ፡ ዐጋሜ ፡ ናብ ፡ እንዳ ፡ እኖ 2.
ኦም ፡ ከለዉ ፣ አቦኦም ፡ አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፣ « መን ፡ ሀብሮም ፣
ንወደይ ፡ ካብ ፡ ዐጋሜ ፣ ካብ ፡ እንዳ ፡ እኑኡ ፣ ዘምጽአለይ ፤ » የሉ ። ሐ
ጂ ፡ መሐመድ ፡ ከአ ፣ ዕሉል ፡ ጕሒላ ፡ ነበረ ፡ እሞ ፣ « አነ ፡ ሰሪቐ ፡ አም 3.
ጽአልኩም ፣ ጐይታይ ፣ » የለ ። « ሕራይ ፣ ኪድ ፤ እግዚአብሄር ፡ ይደግ

ፍከ ፥ » የልዎ ፤ እሞ ፥ « መታን ፡ ከተለልየ ፥ እታ ፡ ሐንተ ፡ ዐይኑ ፡ ሐበ
4. ል ፡ እያ ፥ » የልዎ ። ነሱ ፡ ኽአ ፡ ሳእኑ ፡ ቐጺው ፥ ኩናቱ ፡ ሕጁ ፡ ናብ ፡ ዐ
ጋሜ ፡ ኽደ ።

5. በታ ፡ ዝሐበሉሉ ፡ ኽአ ፡ ናብታ ፡ ልጅ ፡ ሃይሉ ፡ ዘለውዋ ፡ ገዛ ፡ መ
6. ጺኡ ፡ ተጐሓሎ ፤ እሞ ፥ ሓደ ፡ ሐባል ፡ ዄልዓ ፡ መጸ ። ነሱ ፡ ኽአ ፥ « ወ
ዲ ፡ መን ፡ ኢኺ ፥ ወደይ ፤ » የሎ ። ልጅ ፡ ሃይሉ ፡ ኽአ ፥ « ወዲ ፡ አይ
7. ተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ሐማሴናይ ፡ እየ ፥ » የልዎ ። ሐጂ ፡ መሐመድ ፡
ከአ ፡ ማዕተብ ፡ ምስ ፡ ቀለቤት ፡ ብሩሩን ፡ ምሴንኒ ፡ ተማሊኡ ፡ ነበረ ፤ እ
8. ሞ ፥ « እዚ ፡ ኽህበካ ፤ ጽባሕ ፡ አብዛ ፡ ኽምዚኣ ፡ ምጸኒ ፥ » የሎም ። ነሶ
ም ፡ ከአ ፡ ሕራይ ፡ ይሎም ፥ ምድሪ ፡ ምስ ፡ ወግሔ ፥ አብታ ፡ እተበሀሃል
ዋ ፡ መጹ ። ሐጂ ፡ መሐመድ ፡ ድማ ፥ እናዛናግዔ ፥ አርሓቖም ፤ ደሐር ፥
እቲ ፡ ማዕተብ ፡ ምስ ፡ ቀለቤት ፡ ብሩሩን ፡ እቲ ፡ ምሴንኒ ፡ ሂቡ ፥ ሐጅል
9. ዎም ፡ ተበዄሰ ። ደሐር ፡ አብ ፡ ርባ ፡ ሰብ ፡ ረኸቦ ፤ እሞ ፥ « ንእንዳ ፡ አበ
ሐጎ ፡ ሃይሉ ፥ ወዲ ፡ ጠፊኡና ፥ ይልኩም ፡ ከይትደልዩ ፥ ናብ ፡ አቡኡ ፥
ናብ ፡ አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ሐማሴናይ ፥ ወሲደዮ ፥ የለኹም ፡ መሐ
መድ ፥ ይልካ ፡ አስምዐለይ ፥ » ይሉ ፡ ለኣኽ ።

10. ንልጅ ፡ ሃይሉ ፡ ኽአ ፡ እናሐዘለን ፡ እናሳለን ፡ አብ ፡ አቦአም ፡ አ
ብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ አብጽሖም ። አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ከአ ፡ ተሐጐሾም ፡
አሓን ፡ በቕልን ፡ አቕራሽኒ ፡ ሃብዎ ።

11. ክጸንሑ ፡ ኽጸንሑ ፥ ልጅ ፡ ሃይሉ ፡ ዐብዮም ፥ በዓል ፡ ነጋሪት ፡ ኰ
ይኖም ፥ ክዘምቱ ፥ በረኻ ፡ ወረዱ ፤ እሞ ፥ አሓ ፡ ሐጂ ፡ መሐመድ ፡ ከአ ፡
12. አብኡ ፡ ኔረን ፡ ተዘምታ ። ሽው ፡ ሐጂ ፡ መሐመድ ፡ ተዓጢቑ ፥ ሴፉን ፡
ገለቡን ፡ ሕጁ ፡ ናብ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ አቶ ፥ ክጠርዐ ፤ እሞ ፥ ከምዚ ፡
13. የሎም ፤ « እግዚአብሔር ፡ የርኢኹም ፥ ክርስቶስ ፡ የመልክትኩም ፥ ጐይ
ታይ ፤ ከመዮ ፥

ዘዐቤኽዎ ፡ ኽልበይኒ ፡ ነኽሰኒ ፤
ዝአመንክዎ ፡ ፈረስይኒ ፡ አውደቐኒ ፤
ዝሐዘልክዎ ፡ ውሉደይ ፡ ቀተሉኒ ፤

ዝብልዎ ፡ በጽሐኒ ፥ » የሎም ። ነሶም ፡ ከአ ፥ « እንታይ ፡ ኴንካ ፤ » የልዎ ። 14.
ነሱ ፡ ኸአ ፥ « ብቈልዓኻ ፡ ኽሎኻ ፥ ሃይሉ ፡ ሐቢል ፤ ሐዚለን ፡ አሳልየን ፡
ካብ ፡ ዐጋሜ ፡ ናብ ፡ ዐድኻ ፥ አብ ፡ ጸዐዘጋ ፥ አእቶኹኻ ፤ ሎሚ ፡ ዐቢኻ ፥
ነጋሪት ፡ ሒድካ ፥ አሓይ ፡ ዘመትካየን ፥ » የሎም ። ነሶም ፡ ከአ ፥ « ቀደም ፡ 15.
ቈልዓ ፡ ኔረ ፥ እዚ ፡ ኹሉ ፡ አይፈለጥክዎን ፤ ሒጅን ፡ ከአ ፡ አሓኻ ፡ አለ
ሊኻ ፡ ውሰድ ፥ ካብተን ፡ ናተይ ፡ እኳ ፡ ሐሪኻ ፡ ወስኽ ፥ » የልዎ ። ሽው ፡ 16.
አሕኡ ፡ ሒጁ ፡ ዐዱ ፡ ተመልሰ ።

ባድጎ ፡ ንኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ወግአ ። 156.

በዚ ፡ እዋንዚ ፡ አቢሉ ፡ ኸአ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ንሓደ ፡ በዓል ፡ ዐ 1.
ዲ ፡ ረዓዳ ፡ አሰርዎ ። ተአሲሩ ፡ ኸሎ ፥ ካብ ፡ ሀዘጋ ፡ መሊቑ ፡ ዐዜን ፡ አ
ቶ ፤ አብ ፡ እንዳ ፡ ሳምሩ ፡ ወዲ ፡ ዕቝባ-ገርግሽ ፡ እቶባህለ ፡ ዐቢ ፡ ሰብኣ
ይ ፡ ተማዕቈበ ። ሳምሩ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ከይዱ ፥ « እሱ 2.
ር ፡ አብ ፡ ቤተይ ፡ አትዩ ፤ እሞ ፥ ምሓሩለይ ፥ » ይሉ ፡ ለመነ ። ነሶም ፡ ከ
አ ፥ « አምጽአዮ ፡ ደኣ ፥ » ይሎም ፡ መለሱሉ ፤ ነሱ ፡ ግና ፥ « ካብ ፡ ዕቝ
ባ ፡ ገዘህብሲ ፥ ሞት ፡ ይሔሸኒ ፥ » ይሉ ፡ ኸልኡም ። በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡ 3.
ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ምስ ፡ ዐዜን ፡ ተዋግኡ ፥ ተሳዕሩ ፡ ኸአ ። ነሶም ፡ ሀዲ
ሞም ፡ ዐዶም ፡ አተዉ ፤ ሳምሩ ፡ ኸአ ፡ ፈሪሁ ፥ ዐዱ ፡ ሐዲጉ ፡ ዐዲ ፡ ሐ
ውሻ ፡ ተቐመጠ ።

ድሕርዚ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፥ « ንሳምሩ ፡ ዝቐተለለይ ፡ መጋርያ ፡ ላ 4.
ም ፡ እህበ ፥ » ይሎም ፡ አልፈፉ ። ሓደ ፡ ባድጎ ፡ እቶባህለ ፡ ኸአ ፥ ሐኸከ 5.
ሮም ፡ ንኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፥ « አነ ፡ ኽቐትሎ ፥ » ይሉ ፡ ኸደ ። ናብ ፡ ዐዲ ፡
ሐውሻ ፡ ኸይዱ ፥ ከም ፡ ጋሻ ፡ ተመሲሉ ፡ እንዳ ፡ ሳምሩ ፡ አቶ ፤ ከም ፡ ግ

6. ልዩኦም ፡ ኰይኑ ፡ ቐኘ ። ሓደ ፡ ግዜ ፥ ሳምሩ ፡ ግዳም ፡ ክወጽእ ፡ ከሎ ፥
ባድጎ ፡ ሴፉ ፡ ተሸኺሙሉ ፡ ወጸ ፤ ሳምሩ ፡ ተዘንጊዑ ፡ ኸሎ ፥ ብሴፉ ፡ ጌ
7. ሩ ፡ ቐተሎ ። ንኡ ፡ ቐቲሉ ፥ አብ ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ መጺኡ ፥ « ባህ ፡ ይ
በልኩም ፤ ንሳምሩ ፡ ቐቲለዮ ፡ መጺኤ ፤ እንሆ ፡ ኸአ ፡ ሴፉ ፡ ማሪኸ ፥ »
8. የሎም ። ነሶም ፡ ከአ ፥ ከም ፡ ውዑሎም ፥ ይትረፍ ፡ መጋርያ ፥ ምራኽ ፡ እ
ኺ ፡ ኸልእዎ ።
9. ባድጎ ፡ ኸአ ፡ ጕህዩ ፥ ኩብኦም ፡ ክንዲ ፡ ዘልግስ ፥ ጋሻ ፡ ጃግሪኦም ፡
ኮነ ፤ ምስኦም ፡ ኰይኑ ፡ ኸአ ፡ ዝጥዕሞ ፡ እዋን ፡ ይጽበ ፡ ነበረ ። ሐደ ፡ ግ
ዜ ፡ ሰብ ፡ ጽምው ፡ ምሰለሉ ፥ ሴሮም ፡ አልዒሉ ፡ ክትክት ፡ አበሎም ፤
10. « ሞይቶም ፥ » ይሉ ፥ ሐዲግዎም ፡ ወጸ ። ስድርኦም ፡ መጺኦም ፡ እንተ ፡
ረኣዩ ፥ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ክሞቱ ፡ ይሎም ፡ ጸንሕዎም ፤ እሞ ፥ አልዒሎ
ም ፥ አብ ፡ ዐራት ፡ ጌሮም ፡ ተኻናኸንዎም ። – –
11. ኩብኡ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ በቲ ፡ ባድጎ ፡ ዘቘሰሎምኒ ፡ ብእርጋንኒ ፡
ሐሙሽተ ፡ ዓመት ፡ ተረምሾም ፡ ጸንሑ ፤ ድሕሪኡ ፡ ኸአ ፡ ሞቱ ።

## 157. ሞት ፡ ባድጎ ።

1. ባድጎ ፡ ኸአ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኸይዱ ፡ ናብ ፡ አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ አ
ቶ ፤ « ይፈትዉለይ ፥ » ይሉ ፡ ኸአ ፥ « ንኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ቀቲለ ፥ » የ
2. ሎም ። አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ከአ ፥ እዚ ፡ ወሬዚ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፥
ብዙሕ ፡ ሰምቢዱ ፤ ንባድጎ ፡ ኸአ ፥ « በል ፤ ባዕልኻ ፡ ኸንዲ ፡ ዝመጻእካ
ኒ ፥ ክቐትለካ ፡ አይግብአን ፤ እንተኾነ ፡ ድሕሪ ፡ ሕጂ ፥ ኣነ ፡ አብ ፡ ዘይ
ርእየካ ፡ መኻን ፡ አርሒቕካ ፡ ህደም ፥ » ይሎም ፡ ካብ ፡ ገጾም ፡ አባረርዎ ።
3. ባድጎ ፡ ኸአ ፡ ኸይዱ ፡ ማዕረባ ፡ ተቐመጠ ።
4, 5. ወረ ፡ ኸአ ፥ ባድጎ ፡ ናብ ፡ ማዕረባ ፡ ኸም ፡ ዘሎ ፥ ተሰምዔ ። ሽዑ ፡
አይተ ፡ ሰለሙንኒ ፡ አይተ ፡ ሀብተ-ጼንኒ ፡ አይተ ፡ መንግስቱን ፥ ሰለስቲ
ኦም ፡ ደቂ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፥ ደም ፡ አቦኦም ፡ ክብቀሉ ፥ ምስ ፡ ገለ ፡ ሰ

ባት ፡ ከይዶም ፡ንባድጎ ፡ ቐተልዎ፟ ። ርእሱ ፡ ቈርጮም ፡ ከአ ፡ ሀዘ፟ጋ ፡ አ
አተውዎ፟ ፤ ነታ ፡ ርእሲ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ቅርዓት ፡ ሰቐልዋ፟ ። ካብ ፡ ጨንአ ፡ 6.
አተ፟ላዕለ ፡ ኸአ ፣ ብፌራ ፡ ኻብ ፡ ሰብ ፡ ሀዘ፟ጋ ፡ አስታት ፡ ሰብዓ ፡ ሰማንያ ፡
ዝአኽሉ ፡ ነፍሳት ፡ ተኾስተሩ ። ሐያ፟ሎ ፡ ዐበ፟ይትን ፡ መኋንንትን ፡ ሽዑ ፡ 7.
ሞቱ ፤ አይተ ፡ ሀብተ-ጼን ፡ ድማ፟ ፣ ወዲ፟ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ሞቱ ፤ ቈል
ዓ ፡ ሰበይቲ ፡ ሐያ፟ሎ ፡ ተወድ፟ኤ ። – –

ብዛዕባዚ ፡ እዩ፟ ፡ እተ፟ባህለ ፤ 8.

« ይበል፟ዕ ፣ » ዘለ ፡ ይብልዕዩ፟ ፤
« ዘ፟ይበል፟ዕ ፣ » ዘለ ፡ ናብ ፡ ኣፉ ፡ አ፟ይደዩ፟ ።

## ውግ፟እ ፡ እቼ፟ታብ ። 158.

ደቂ፟ ፡ አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ከአ ፣ እዞም ፡ ዳሕሮት ፡ ዝኾኑ ፣ 1.
ብሕንቃቐ ፡ ናብ ፡ ቤት ፡ አቦ፟አም ፡ ዐበዩ ። እቶም ፡ ቅድሚ ፡ ኹሎ፟ም ፡ እ 2.
ተ፟ወልዱ ፡ ዐቢ ፡ ሐዎም ፡ ግና ፡ ናብ ፡ ቤት ፡ አቦ፟አም ፡ ክንድቲ ፡ ዝአኽ፟
ል ፡ ሞገስ ፡ አይረኸቡን ፤ ወዲ፟ ፡ አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ምባ፟ል ፡ ግ
ና ፡ አይተረፎምኒ ። ሃይሉ ፡ ሐባ፟ል ፡ እና፟ተባህሉ ፣ ፍቕዳ ፡ ቤት ፡ እና፟አተ 3.
ዉ ፣ ዐበዩ ። እንተኾነ ፡ ግና ፣ ምስ ፡ እዚ ፡ ኹሉ፟ ፡ ኽነሶ፟ም ፣ ግምባሮም ፡
ከቢድ ፡ ነበረ ።

ሓደ ፡ ግዜ ፡ ሰብ ፡ ጸዐዘ፟ጋ ፣ « እዚ ፡ ቈልዓዚ ፡ በዓል ፡ ግምባር ፡ ከይ 4.
ኮነ ፣ አይ፟ተሮ፟ፍኒ ፡ እዩ፟ ፣ » ይሎም ፡ ንደግ፟ያት ፡ ሃይሉ ፣ ወዲ፟ ፡ ዐሰ፟ርተው ፡
ክልተ፟ ፡ ዓመት ፡ ክነሶ፟ም ፣ ቈጽሊ ፡ አውደቑሎም ። አብ ፡ መንጎዚ ፣ « ስ 5.
ድራ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ነሓ ፡ ጸዐዘ፟ጋ ፡ ኻብ ፡ እቼ፟ታብ ፡ ዘመትወ፟ን ፣ »
ዝብል ፡ ወረ ፡ ተሰምዔ ። አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ከአ ፣ « ንኺድ ፣ »
ይሎም ፡ አኽተቱ ፤ ሰብ ፡ ጸዐዘ፟ጋ ፡ ግና ፣ « ሃይሉ ፡ ይሔሸና፟ ፣ » ይሎም ፣
ንልጅ ፡ ሃይሉ ፡ ናብ ፡ በቕሊ ፡ አወጢ፟ሖም ፣ ሕጆምዎም ፡ ከዱ ። « ሎ 6.

ሚ፡ መዓልቲ፡ ሃይሉ፡ እምበር፥ መዓልቲ፡ አይተ፡ ተወልደ-መድህንሲ፡
አይኮነትኒ፥» ይሎም፡ ቀዳም፡ አብ፡ እቼ፟ታብ፡ ተዋግኡ። ሽው፡ ጻዐዘ፟
7. ጋ፡ ሰዓሩ። ኵሎ፟ም፡ ከአ፥ «ግምባር፡ ሃይሉ፡ እዩ፟፥» ይሎም፡ ዐይኖ
ም፡ አብ፡ ሃይሉ፡ ጥራይ፡ አውደቑ። – –

8. ልጅ፡ ሃይሉ፡ ኸአ፥ ንስድራ፡ ኸንቲባ፡ ዘርኣይ፡ ምስ፡ ሰዓሩ፥ ስ
9. ዒቦም፡ ሀዘ፟ጋ፡ እንዳ፡ ኸንቲባ፡ አተዉ። ከንቲባ፡ ዘርኣይ፡ ከአ፡ ባዕሎ
ም፡ ብእርጋን፡ ዐዲ፟፡ ውዒሎም፡ ነበሩ፤ ጠሚ፟ቶም፡ ምስ፡ ረአይዎ፟ም፡
ድማ፟፥ «አታ፟፥ ሐባ፟ል፤ ንደቀ፟ይ፡ ስዒርካ፡ መጻእካኒ፟፤ ለይቲ፡ ብሕልመ
10. ይ፡ አብ፡ በቕሊ፡ ትጕርበተኒ፟፡ ኔርካ፥» ይሎም፡ ጐሃዩ። ልጅ፡ ሃይሉ፡
ኸአ፡ ኢድ፡ ነሲኦም፡ ካብኦም፡ ወጹ።

## 159. ውግ፟እ፡ ጠባብቖ።

1. ድሕርዚ፡ አይተ፡ ተወልደ-መድህን፡ ንልጅ፡ ሃይሉ፡ ኻብ፡ ቀዳማ
2. ይ፡ ዝገደደ፡ ጌሮም፡ ጸልእዎ፟ም። ጻዐዘ፟ጋ፡ ግና፡ ንኦም፡ ፈተዉ። ስለ
ዚ፥ «ካብ፡ ጋጽ፡ አቦ፟ኦም፡ ንኸው፟ሎም፥» ይሎም፥ ሐያ፟ሎ፡ ሰብ፡ ንሃ
ይሉ፡ ሕጆም፡ አብ፡ ሀርጐድ፡ ከዱ፤ እሞ፟፥ ናብኡ፡ ሐያ፟ሎ፡ ግዝያት፡
ተቐ፟መጡ።

3. አብኡ፡ ኸለ፟ዉ፥ ስድራ፡ ኸንቲባ፡ ዘርኣይ፡ ከአ፡ ናብ፡ ዐዲ፟፡ ገረ
ድ፡ ሰፈሩ። አይተ፡ ተወልደ-መድህን፡ ድማ፟፥ እዚ፡ ወሬዚ፡ ምስ፡ ሰ
4. ምዑ፥ ጻዐዘ፟ጋ፡ ሕጆም፡ አብ፡ ልጅ፡ ሃይሉ፡ አተዉ። ጻዐዘ፟ጋን፡ አብ፡
ሀርጐድ፥ ሀዘ፟ጋን፡ አብ፡ ዐዲ፟፡ ገረድ፥ «ክንዋ፟ጋእ፡ ኢና፥» ክበሉ፥ ሐ
ደሩ። ሀዘ፟ጋ፡ ግና፥ «ሃይሉ፡ ናብኡ፡ አሎ፟፥» ክብሉ፥ እንተ፡ ሰምዑ፥
5. ብለይቲ፡ ሀደሙ። ልጅ፡ ሃይሉ፡ ኸአ፡ ምስ፡ ስድርኦም፡ ቀዳም፡ አብ፡
ጠባብቖ፡ አርከብዎ፟ም፤ እሞ፟፥ ሰዓርዎ፟ም። አብኡ፡ ሓደ፡ ፍሉጥ፡ ጅግ
ና፡ ዝነበረ፥ እዛዝ፡ እተ፟ባህለ፡ ወዲ፟፡ በሹሩ፥ ሀዘ፟ጋ፟ታይ፥ ሞተ። እዚኣ፡
6. ኻልአይቲ፡ መዓልቶም፡ እያ፟፥ ደጊ፟ያት፡ ሃይሉ፡ ዝሰዓሩላ። ከንቲባ፡ ዘ

ርኣይ ፡ ከአ ፥ ስድርኦም ፡ ሀዲሞም ፡ ምስ ፡ አተውዎ፟ም ፥ « ሞት ፡ እዛዝ
ኒ ፡ ስዕረትኒ ፤ ፎእ ፥ ተደበ፟ቡ ፥ » የልሞ፟ም ። —

ቅሩብ ፡ እዎ፟ን ፡ ድሕርዚ ፡ ደግ፟ያት ፡ ሐጐስ ፡ ወዲ፟ ፡ ደግ፟ያት ፡ ኸባጋ 7.
ድኸ ፡ አብ ፡ ሐማሴን ፡ መጹ ፤ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ከአ ፡ ብዐራት ፡ ተጸይሮ 8.
ም ፡ ከድዎ፟ም ፤ እሞ፟ ፥ ብጽሑ፟ቕ ፡ ተቐበ፟ልዎ፟ም ። ኸዑ ፡ ምኹዓው-ቈሎ-
ምላ፟ሽ ፡ ብዘሎ፟ ፡ ናብ ፡ ኢዶም ፡ ተመልሰ ።

## ምሻም ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ። 160.

በዚ ፡ ግዝያትዚ ፡ አይተ ፡ ዳይር ፡ ወዲ፟ ፡ ኸንቲባ ፡ ተስፉ ፥ « ሸመት ፡ 1.
ከምጽ፟እ ፥ » ይሉ ፡ ንትግራይ ፡ ከደ ። ጸዐዘ፟ጋ ፡ ግና ፡ ናብ ፡ ድባርዋ ፡ ክሳ
ድ ፡ ሕጆም ፡ ጸኒሖም ፥ ቀቶልዎ፟ ። — —

ድሕርዚ ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ፡ አብ ፡ ደግ፟ያት ፡ ኸባጋድኸ ፡ ኢተዉ ፤ 2.
ደግ፟ያት ፡ ኸባጋድኸ ፡ ከአ ፡ ተቐቢ፟ሎም ፡ ሸመት ፡ አቦ፟ኦም ፡ ሃብዎ፟ም ። ካ
ብኡ ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ፡ አብ ፡ ሀዘ፟ጋ ፡ ኹይኖም ፡ ሾብዐ፟ተ ፡ ዓመት ፡
ገዝኡ ።

ሰበይቲ ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ፡ እምቤት ፡ እሌ፟ን ፥ ጓል ፡ ፍስሓ ፡ ወዲ፟ ፡ 3.
ስልጣን ፥ በዓልቲ ፡ ዛግር ፡ እየ፟ን ። ካብኤን ፡ ንራእስ ፡ ወልደንኪኤልኒ ፡ 4.
ደግ፟ያት ፡ መርእድኒ ፡ ንወዘሮ ፡ ተመርጻን ፡ ወለዱ ።

## ለበዋ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ። 161.

ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ነቶም ፡ በኹሪ ፡ ወዶ፟ም ፥ ንአይተ ፡ ሰለሙን ፥ አ 1.
ይ፟ፈትውዎ፟ምኒ ፡ ነበሩ ፥ ፈለማ ፡ ሓደ ፡ ጀጓኑ ፡ ስለ ፡ ዝነበሩ ፥ አብ ፡ ልዕ
ሊኡ ፡ ኸአ ፥ ነሶ፟ም ፡ ብህይወቶም ፡ ከሎ፟ዉ ፥ ካብ ፡ ደግ፟ያት ፡ ኸባጋድኸ ፡
ቀምሽ ፡ ስለ ፡ ዘምጽኡ ። ንወዶ፟-ወዶ፟ም ፥ ንአይተ ፡ ገብሩይ ፡ ወዲ፟ ፡ አይ 2.
ተ ፡ ሀብተ-ጼን ፡ ግና ፥ ብዙሕ ፡ ይፈትውዎ፟ም ፡ ነበሩ ፤ እሞ፟ ፥ ካብዚ ፡ እ

ቾላዕለ ፥ ዘሎ ፡ ናይ ፡ ቤቶም ፡ ጥሪትኒ ፡ ሀብትን ፥ እንተሎ ፡ ባሮቶም ፥ ን
ኦም ፡ ሃብዎም ። በዚ ፡ ኹሉ ፡ ድማ ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ፡ ቀኒኦም ፡ ጢቖ
ጢቖ ፡ የሉ ።

3. ስለዚ ፥ አቦኦም ፥ ከንቲባ ፡ ዘርአይ ፥ ምስ ፡ ሞቱ ፥ አብ ፡ መንጎ ፡ ኽ
4. ልቲኦም ፡ ጽልኢ ፡ ኾነ ። ሽመት ፡ አቦኦም ፡ አብ ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ፡ ነ
5. በረ ፤ ሀብቶም ፡ ግና ፡ አይተ ፡ ገብራይ ፡ ሓዘ ። ሓደ ፡ ግዜ ፡ አይተ ፡ ገብ
ራይ ፡ ነቶም ፡ ዝወረስዎም ፡ ባሮት ፡ ሕጆም ፥ ንሐወቦኦም ፡ ክወድቅዎም ፡
6. ሓሰቡ ። እንተ ኾነ ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ፡ ከአ ፡ እዚ ፡ ምኽርዚ ፡ ሸዓ ፡ ፈሊ
ጦም ፥ ዝበዝሖ ፡ ሰራዊት ፡ ሕጆም ፡ ተዳለዉ ፤ እሞ ፥ አብ ፡ ማእከል ፡
ዐዲ ፡ ኽዋግኡ ፥ አይተ ፡ ሰለሙን ፡ ንወዲ ፡ ሐዎም ፡ ሰዓርዎም ፥ አሰርዎ
7. ም ፡ ድማ ። ድሕርዚ ፡ አይተ ፡ ገብራይ ፡ ዕርቂ ፡ ለመኑ ፤ አይተ ፡ ሰለሙ
ን ፡ ከአ ፡ ፈቲሖም ፡ ተዓረቕዎም ። ካብኡ ፡ አይተ ፡ ገብራይ ፡ ክሳዕ ፡ ሞ
ት ፡ ሐወቦኦም ፡ አብ ፡ ሀዞጋ ፡ ኹይኖም ፡ ስቕ ፡ ይሎም ፡ ተገዝኡ ።

162. ዐራት ፡ አብ ፡ ደግያት ፡ ውበ ፡ ሐሰፈ ።

1. አብ ፡ መንጎዚ ፡ ደግያት ፡ ሽባጋድሽ ፥ ገዛእ ፡ ትግራይ ፥ ከአ ፡ ምስ ፡
ራእስ ፡ ማርዬን ፡ ራእስ ፡ ኢማምኒ ፥ ገዛእቲ ፡ ጋላ ፥ አብ ፡ ማይ ፡ አስላማ
2. ይ ፡ ተዋግኡ ፤ እሞ ፥ ተሳዕሩ ። ነሶም ፡ ተአስሩ ፤ ሰቦም ፡ ሀደመ ። ወጆ
ም ፡ ደግያት ፡ ሐጎስ ፡ ግና ፥ አቦኦም ፡ ከም ፡ አተአስሩ ፥ ምስ ፡ ሰምዑ ፥
ብለይቲ ፡ ተመልሾም ፡ ከም ፡ ማንም ፡ ዓቀይታይ ፡ ጋላ ፡ መሸሎም ፥ አ
ብ ፡ እንዳ ፡ ራእስ ፡ ማርዬ ፡ አትዮም ፥ ምስ ፡ ራእስ ፡ ኢማም ፡ ብሐንሳእ ፡
3. ከለዉ ፥ ብገዛእ ፡ ሴፎም ፡ ንኽልቲኦም ፡ ቀተልዎም ። ድሕርዚ ፡ አብኡ ፡
ዝነበሩ ፡ መኳንንቲ ፡ ብዘይ ፡ ሐሳብኒ ፡ ብዘይ ፡ ምኽርን ፡ ንአምኒ ፡ ነቦአ
ምኒ ፡ ኸአ ፡ ብኡ-ብኡ ፡ ቐተልዎም ። – –
4. ደግያት ፡ ሽባጋድሽ ፥ ተአሲሮም ፡ ክነሶም ፥ « ሐጎስ ፡ አሎ ፥ » ይሎ
5. ም ፡ እናፈከሩ ፥ ሐደሩ ፥ ክሳዕ ፡ ምድሪ ፡ ዝወግሕ ። ሽዑ ፥

« ምድሪ ፡ ጸብሔ ፡ ደኣ ፤
ሐጕስ ፡ ሞት ፡ ደኣ ፤ »

ይሎም ፡ ብሹሉ ፡ ተስፉ ፡ ቀበጹ ። ኣብ ፡ መንጉኡ ፡ ጸላእቲ ፡ ኣትዮም ፡
ሐረድዎም ።

ድሕርዚ ፥ ገዛእቲ ፡ ጋላን ፡ ገዛእቲ ፡ ትግራይኒ ፡ ብሓደ ፡ መዓልቲ ፡ 6.
ምስ ፡ ተወድኡ ፥ ዐራት ፡ ኣብ ፡ ደግያት ፡ ውብ ፡ ሐለፈ ።

## ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ተሸሙ ። 163.

ድሕሪ ፡ ውግእ ፡ ጠባብቆ ፡ ብገለ ፡ እዋን ፥ ምሉእ ፡ ተከሌ-ዐገበ ፡ ን 1.
ኣይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ሐዲጎም ፡ ንልጅ ፡ ሃይሉ ፡ ሸይሞም ፡ ነበሩ ።
ስለዚ ፡ ነሶም ፡ ብዘይ ፡ ድሌቶም ፥ ኣቦኦም ፡ ከለዉ ፥ ግዝኣት ፡ ኣብ ፡ ኢ
ዶም ፡ ከነ ። ኣብ ፡ ርእሲኡ ፡ ኸአ ፡ ደግያት ፡ ውብ ፡ ንኣይተ ፡ ሃይሉ ፡ ድ 2.
ግገዝምንት ፡ ሸምዎም ፤ ኣብኡ ፡ ኸለዉ ፡ ኸአ ፥ ግዝኣት ፡ መረብ-ምላሽ ፡
መረቑሎም ። ከምዚ ፡ ይሉ ፡ ብደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ግዝኣት ፡ ዐድ-ደገገዝማ
ቲ ፡ ተመልሰ ። በዚ ፡ እዋንዚ ፡ ዐበይቲ ፡ ጺዐዘጋ ፡ ብዝደለይዎን ፡ ብዝ 3.
መኸርዎን ፡ ይቐንዐሎም ፡ ነበረ ፥ ምናዳ ፡ እቶም ፡ ክልተ ፡ ዐበይቲ ፡ ጀጋ
ኑ ፥ ገረ-ኽስቶስ ፥ ሐበል-ጋላ ፡ እተባህለ ፥ ወዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ገረድኒ ፡ ዝዋበ
ና ፡ ወዲ ፡ ተኽሌስኒ ።

ኣይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ድማ ፥ ከምዚ ፡ ይሉ ፡ ሹሉ ፡ ተኣኻኺ 4.
ቡ ፡ ንወዶም ፥ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፥ ከም ፡ እተኻናወነሎም ፥ ምስ ፡ ረኣዩ ፥
ብቕንኣት ፡ ከብዶም ፡ ሐሚሞም ፡ ሞቱ ። ኣብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ድማ ፡ ተቐብሩ ።

## ሰኑይ ፡ ዕዳጋ ። 164.

እንተኸነ ፡ ኣይተ ፡ ሰለሙን ፡ ድማ ፥ በቲ ፡ ናይ ፡ ኣቦኦም ፡ ኒሕ ፡ ስ 1.
ለ ፡ ዘለዎም ፥ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኣይተገዝኡሎምኒ ፤ ኣብ ፡ ክንድኡስ ፡
ብጽልእን ፡ ብውግእኒ ፡ ይኸራኸርዎም ፡ ነበሩ ፡ እምበር ።

2. ሓደ ፡ ግዜ ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ፡ ንሐያሎ ፡ ኻብ ፡ ካርንሽምኒ ፡ ኻብ ፡
ግዝኣት ፡ ዘማትኒ ፡ አኽቲቶም ፥ ንጸዐዘጋ ፡ ኸዘምቱ ፡ ይሎም ፥ ሐደሩ ።
3. ንግሆ ፡ ተንሲኦም ፡ ንሰበይቶም ፥ « ክዋጋእ ፡ ክኸይድ ፡ እየ ፡ እሞ ፥ ምስ
ሔይ ፡ ሃብኒ ፥ » የልወን ። ነሰን ፡ ከአ ፥ ከም ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይኒ ፡ አይተ ፡
ተወልደ-መድህንኒ ፡ መሽልወን ፥ « ኪድ ፤ ጸዐዘጋ ፡ ተመሲሕካ ፡ ትመጽ
4. እ ፥ » ይለን ፡ አፋነውኦም ። ድሕርዚ ፡ ነሶም ፡ ምስ ፡ ስድርኦም ፡ ኰይኖ
ም ፥ « ምኽሪ ፡ መኸርና ፤ ንጸዐዘጋ ፡ ብኽልተ ፡ ሸነኽ ፡ ንእተዋ ፥ » ይሎ
ም ፡ አብ ፡ ክልተ ፡ ተገዚዖም ፡ መጹ ፥ ገለ ፡ ብኸበሳ ፥ ገሊኦም ፡ ብማይ ፡
5. ጓይላ ፡ ጌሮም ። እንተኸነ ፥ ነቶም ፡ ብማይ ፡ ጓይላ ፡ ዝመጹ ፡ ኣንስትን ፡
6. ቈልዑን ፡ በእማን ፡ እንተ ፡ ደርበዩሎም ፥ ሀዲሞም ፡ ከዱ ። እዛም ፡ ብኸ
በሳ ፡ ዝመጹ ፡ ኸአ ፡ ባዕሎም ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ምስ ፡ ፍጅፍርኦም ፡ አ
ብ ፡ ዕዳጋ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ሰኑይ ፡ መዓልቲ ፡ ተዋግእዎም ። አብኡ ፡ አርብዓ ፡
7. ዝአኽሉ ፡ ኻብ ፡ ሀዘጋ ፡ ሞቱ ፤ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ሰዓሩ ። ኸው ፡ ሰ
ብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ናቶም ፡ ሐዲጎም ፡ ሀዘጋ ፡ ኸይዶም ፡ ተመስሐ ፤ ካልእ ፡ ጕ
ድኣት ፡ ከይገበሩ ፡ ግና ፥ ንዐዶም ፡ ተመልሱ ።
8. አይተ ፡ ሰለሙን ፡ ድማ ፡ ንጕራዕ ፡ ሀደሙ ። ኵሎም ፡ ሰብ ፡ ሀዘጋ ፡
ኸአ ፡ ኽሳዕ ፡ ግዚኡ ፡ ነንበረኽኦም ፡ ሀደሙ ፤ እንተኸነ ፡ ድሕሪ ፡ ቕሩብ ፡
እዋን ፡ ብዕርቂ ፡ ተመልሱ ።

## 165. ውግእ ፡ ምብካይ-ደቕናይ ።

1. እምቤት ፡ እሌን ፡ ድማ ፥ ሰበይቲ ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ፥ ሀብሮም ፥ በዓ
ልቲ ፡ ኒሕ ፡ ነበራ ፡ እሞ ፥ ንሰብኣይን ፡ ክሕግዛ ፡ ይለን ፥ ንኻርንሸም ፡ ወ
ጻ ። አብኡ ፡ ኹይነን ፡ ንሐያሎ ፡ ፈተውቲ ፡ ዐዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ዝ
ነበሩ ፥ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ንሐያሎ ፡ ፈተውተን ፡ ኩብ ፡ እንዳ ፡ አቦኤን ፥ « ሎ
2. ሚ ፡ እያ ፤ አይተቕትሉኒ ፥ » ይለን ፡ አብ ፡ ገረሚ ፡ ደለታ ። አይተ ፡ ሰለ

ሙን ፡ ድማ ፡ ንምሉእ ፡ ሚናበ-ዘርኣይ ፡ ኣኽቲቶም ፡ ዝወሰኹ ፡ ወሳሲ
ኽም ፡ ከድወን ። ሽው ፡ ኽልቲኦም ፡ ኰይኖም ፡ ተሰለፉ ።
ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኽአ ፡ ወሪኦም ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፡ ጭፍርኦም ፡ ሕጆ 3.
ም ፡ ንገረሚ ፡ ኽዱ ፤ እሞ ፡ ኣብ ፡ ምብካይ-ደቅናይ ፡ ዝብልዎ ፡ ብመዓል
ቲ ፡ ዐርቢ ፡ ተዋግእዎም ፡ ሰዓርዎም ፡ ድማ ። ሽው ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸ 4.
ምዚ ፡ ይሎም ፡ ፈኸሩ ፤

አምበሳ ፡ ማይ ፡ ደሰ ፤
ዓቕብ ፡ ማይ ፡ ቀልቀለ ፤
ጉማ ፡ ወዲ ፡ ጉማ ፡ ናባይ ፡ ተኸተለ ፤
ንፋስ ፡ ደርሆ-ነቀ ፤
ደመና ፡ ሰማይ ፤
ሰርብ-ደ ም ፡ ሐው ፡ እሌን ፤
አጆኻ ፡ ድኻ ።

በዚ ፡ ግዜዚ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ብዙሕ ፡ ኰረዩ ። ስለዚ ፡ ንሀዘጋ ፡ ብሐረ 5.
ቓት ፡ አንደድዋ ፤ ቅድምዚ ፡ ግና ፡ አብ ፡ መንጎ ፡ ውግእ ፡ ጸዐዚጋን ፡ ሀዘ
ጋን ፡ ምትኳስ ፡ አይተጀመረን ፡ ነበረ ።
ሽዑ ፡ ኽአ ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ፡ ንጐራሰ ፡ ሀደሙ ፤ እሞ ፡ አብኡ ፡ 6.
ሐያሎ ፡ ግዝያት ፡ ተቐመጡ ። ዝተረፉ ፡ ሰብ ፡ ሀዚጋ ፡ ግና ፡ ሸዓ ፡ ይሎ
ም ፡ ተመልሶም ፡ ዐዶም ፡ ሰርሑ ።

## ሞት ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ። 166.

አብ ፡ መንጎዚ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ዝባን ፡ ደብሪ ፡ ኸይዶም ፡ ከለዉ ፡ 1.
አይተ ፡ ሰለሙን ፡ ከአ ፡

ሞትን ፡ ክራማትን ፤
አይተርፍን ፤

ብማለት ፡ «ከምኡ ፡ እንተ ፡ ኾነ ፡ ዐደይ ፡ ክቕበር ፡ » ይሎም ፡ ካብ ፡ እኹ

ለ-ጕዛይ ፡ ዕዶም ፡ ክአትዉ ፥ ዕዶንስተ፡ ፡ ምስ ፡ በጽሑ ፥ ሰብ ፡ ሀዘጋ ፡ ወ
2. ረ ፡ ሰምዑ ። ስለዚ ፡ ንቀሺ ፡ አብርሃም ፡ እተባህሉ ፥ « ገዛባን ፡ ደብሪ ፡ ኼ
3. ድኩም ፡ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ንገርዎም ፥ » ይሎም ፡ ለአኽዎም ። ብድሕ
ሪኦም ፡ ድማ ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ፡ አተዉ ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ምስ ፡ መጹ ፡
4. ኸአ ፥ « ተሎ ፡ ውጻእ ፥ » የልዎም ። አይተ ፡ ሰለሙን ፡ ከአ ፥ ንሽዑ ፡ ባ
ሀ ፡ ከብልዎም ፡ ጥራይ ፥ አብቲ ፡ ቐልቀል ፡ ዕዲ ፡ ቢደል ፡ ብጽሕ ፡ ይሎ
ም ፡ ተመልሱ ። ድሕርዚ ፡ አብ ፡ ሀዘጋ ፡ ሞቱ ፤ አብኡ ፡ ድማ ፡ ተቐብሩ ።
5. ድሕሪ ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ፡ ከአ ፥ ደቆም ፡ ጌና ፡ ናእሽቱ ፡ ስለ ፡ ዝነበ
ሩ ፥ ሽመት ፡ ሚናበ-ዘርአይ ፡ አብ ፡ ወዲ ፡ ሐምም ፥ አብ ፡ አይተ ፡ ገብራ
6. ይ ፥ ሐለፈ ። እቶም ፡ ሳልሳዮም ፡ ድማ ፥ አይተ ፡ መንግስቱ ፡ ወዲ ፡ ኸን
ቲባ ፡ ዘርአይ ፥ ሽመት ፡ ክልምኑ ፥ ናብ ፡ ንጉስ ፡ ክኸዱ ፥ አብ ፡ ትግራይ ፡
ምስ ፡ በጽሑ ፥ ሐመሙ ፤ አብ ፡ ደብረ-በርበረ ፡ ኸአ ፡ ሞቱ ።

167. ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ጓራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ አውዓልዎም ።

1. እምቤት ፡ እሌን ፡ ከአ ፥ ሰበይቲ ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ፥ ካብ ፡ አይተ ፡
ገብራይ ፡ ሀዲመን ፡ ምስ ፡ ደቀን ፡ ጸዐዘጋ ፡ ናብ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ አተ
ዋ ፤ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ተቐቢሎም ፡ አቐመጥወን ። ክጸንሓ ፡ ኽጸን
ሓ ፥ ካብአም ፡ ጓል ፡ ወለዳ ።
2. አብ ፡ መንጎዚ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ንልጆ ፡ ወልደንከኤል ፡ ወዲ ፡ እምቤት ፡
እሌን ፡ ክቐትልዎም ፡ ይደልዩ ፡ ነበሩ ። እንተኾነ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፥ አ
3. ብ ፡ ትሕቲ ፡ ዐራቶም ፡ እናሐብእዎም ፥ አውዓልዎም ። እሞ ፥ ሓደ ፡ መ
ዓልቲ ፡ ዐንደ-ጼን ፡ ወዲ ፡ ቀሺ ፡ አብርሃም ፡ አብ ፡ መርዓ ፡ ኽምዚ ፡ ይ
ሉ ፡ ኣውሎ ፡ የለ ፤

« እዚ ፡ ቕይሕ ፡ ጣዕዋ ፥ እተዐብየ ፤
ክቕትል ፡ እምበር ፥ ክምሕርዶ ፡ ይልካየ ፤ »

የሎም ።

## ቀዳም ፡ ኣብ ፡ ገዛ ፡ ቐሺ፝ ፡ ስቤንሶን ። 168.

ድሕሪ ፡ ሐያ፝ሎ ፡ ግዜ ፡ ኸአ ፥ ኣብ ፡ ሰራየን ፡ ኣብ ፡ ማይ ፡ ጻዕዳን ፡ ገ 1.
ለ ፥ « ንደ፝ግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኣይንግብ፝ርኒ ፥ » ይሉዎም ፡ ዝነበሩ ፥ ንኣም ፡ ክጽ
ርዩ ፡ ይሉዎም ፥ ክዱ ። ሽዑ ፡ ንማይ ፡ ጻዕዳ ፡ ብዙሕ ፡ ጠቕዕዋ፝ ።
ኣብኡ ፡ ኸለ፝ዉ ፡ ኸአ ፥ ኣይተ ፡ ገብራይ ፡ ካብ ፡ ሀዘ፝ጋ ፡ ኸቲቶም ፥ 2.
« ደ፝ግያት ፡ ሃይሉ ፡ የሉ፝ን ፥ » ይሉዎም ፥ ንጸዐዘ፝ጋ ፡ ኽዘምቱ ፡ መጹ ፤ እሞ፝ ፥
በዚ ፡ ሎሚ ፡ ገዛ ፡ ቐሺ፝ ፡ ስቤንሶን ፡ ኰይኑ ፡ ዘሎ፝ ፡ ተሰለ፝ፉ ። ገለ ፡ ናብ ፡ 3.
ጸዐዘ፝ጋ ፡ ተሪፎም ፡ ዝነበሩ ፡ ሰባት ፡ ከአ ፡ ምስ ፡ ብላታ፝ ፡ ዐርኩን ፡ ብላታ፝ ፡
ኣገልድም ፡ ወዲ፝ ፡ ኣሰላ፝ፍ ፡ ያጊንኒ ፡ ኰይኖም ፡ ንልጅ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ወ
ዲ፝ ፡ ደ፝ግያት ፡ ሃይሉ ፥ ወዲ፝ ፡ ሐሙ፝ሽተ ፡ ዓመት ፡ ክነሶ፝ም ፥ ሒጅምዎም ፥
ኣብ ፡ በቕሊ ፡ ኣወጢ፝ሖም ፥ ብምራን ፡ ኣሲሮምዎም ፡ ምስኦም ፡ ወሰድዎ፝
ም ። ቀዳም ፡ ኣብ ፡ ገዛ ፡ ቐሺ፝ ፡ ስቤንሶን ፡ ክዋ፝ግኡ ፥ ባሕር-ነጋስ ፡ መር 4.
ዱ ፡ እቶ፝ባህሉ ፡ ኻብ ፡ ዐድ-ተኽላይ ፡ ኣብታ ፡ ኹናት ፡ ሞቱ ፥ እንተኸ
ነ ፡ ጸዐዘ፝ጋ ፡ ሰዓሩ ።
እዚ ፡ ወሬዚ ፡ ደ፝ግያት ፡ ሃይሉ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፥ ዐዲ፝ ፡ ገረድ ፡ ሐዲ 5.
ሮም ፡ ኔሮም ፥ ክረድኡ ፡ መጹ ። ሽዑ ፡ ስድርኦም ፡ ሰዒሮም ፡ ጸንሕዎ፝ም ።
ደ፝ግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ንሀዘ፝ጋ ፡ ዘሚቶም ፡ ዐዶ፝ም ፡ ተመልሱ ፤ እንተኸ 6.
ነ ፡ ድሕሪ ፡ ቕሩብ ፡ እዋ፝ን ፡ ነቲ ፡ ዝዘመትዎ፝ ፡ ባዕሎም ፡ መለስዎ፝ ። ሀዘ፝ጋ ፡ 7.
ኸአ ፥ « ንግዛ፝እ ፥ » ይሉዎም ፡ ዕርቂ ፡ ለሙ፝ኑ ፤ እሞ፝ ፥ ኣይተ ፡ ገብራይ ፡ ከ
ም ፡ መራሒኦም ፡ ኰይኖም ፡ ሰጥ ፡ ይሉዎም ፡ ተገዝኡ ።

## ዐርቢ ፡ ወኽ፝-ድባ፝ ። 169.

ሰበይቲ ፡ ደ፝ግያት ፡ ሃይሉ ፥ ወዘሮ ፡ እሌ፝ን ፡ ጓል ፡ ኣይተ ፡ ሐጐስ ፥ በ 1.
ዓልቲ ፡ ጻዕዳ-ኽስታን ፡ እየ፝ን ። ካብኤን ፡ ንኣይተ ፡ ተስፋ-ጼንኒ ፡ ንወዘሮ ፡
መርሻን ፡ ወዘሮ ፡ ኣበራ፝ሽኒ ፡ ወለዱ ።

2. እንተኾነ ፡ ድሕሪ ፡ ሐያሎ ፡ እዋን ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ንወዘሮ ፡ እሌ
ን ፡ ክሐድግወን ፡ ደልዮም ፡ ንጓል ፡ አይተ ፡ ተስፉ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ገረ-
ማርያም ፤ ወዘሮ ፡ ዋርካ ፡ ዝሽመን ፥ በዓልቲ ፡ ማይ ፡ ጻዕዳ ፥ ካብ ፡ ዘርኢ ፡
3. ወዘሮ ፡ ሙዚት ፥ ብታሕት-ታሕቲ ፡ አሕጸይወን ። እቶም ፡ ዘማታቶም ፥
ደቂ ፡ አይተ ፡ ሐጐስ ፥ ድማ ፥ አይተ ፡ አስገዶምኒ ፡ አይተ ፡ ወልደ-ገብረ
ኤል ፥ ሰብአይ ፡ ጓሎም ፡ ንአይተ ፡ ሰለሙንኒ ፡ ብብዙሕ ፡ ነገር ፡ ሻራ ፡ ሀ
4. ዞጋ ፡ ኹይኖም ፡ ነበሩ ። ስለዚ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፥ ንሐብቶም ፡ ክሐድግ
ወን ፡ ከለዉ ፥ ገንዘብ ፡ ምስ ፡ መቐልወን ፥ አይተ ፡ ወልደ-ገብሪኤል ፡ ከ
አ ፤ « ጠበናጁ ፡ ኸአ ፡ ምቐሉና ፥ » የልዎም ። በዚ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡
ኲርዮም ፥ « በል ፦ ተሎ ፡ ይልካ ፥ አቦይ ፡ ነቦኻ ፡ ዝሃብዎም ፡ ጠበንጃ ፡ አ
5. ምጽአያ ፥ » ይሎም ፡ አሰርዎም ። ብዓይን-ቌረኛ ፡ አብ ፡ ላዕላይ ፡ ገዛ ፡ ኽ
ሕለዉ ፡ ኽለዉ ፥ አይተ ፡ ወልደ-ገብሪኤል ፡ ድማ ፡ ልኡኽ ፡ ንዐዶም ፡ ሰ
ዳዶም ፥ « በዚ ፡ ግዜዚ ፡ ፈረስ ፡ አብ ፡ ኮዶ-ጸዋሪት ፡ አጽንሑለይ ፥ » የ
6. ልዎም ። ደሐር ፡ በቃ ፡ ዝደለይዋ ፡ እዋን ፡ ነቲ ፡ ዓይን-ቌረኛአም ፥ « ን
ዐናይ ፡ ቀልቀል ፥ » ይሎምዎ ፡ ወጹ ። ካብኡ ፡ ነቲ ፡ ዓይን-ቌረኛአም ፡ አ
ሲሮም ፥ ብፈረሶም ፡ ጸሊቖም ፡ ዐዶም ፡ ከዱ ።
7. ብዛዕባዚ ፡ ደቂ ፡ አይተ ፡ ሐጐስ ፡ ብፍጹም ፡ ምስ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡
ኽዋግኡ ፡ ደለዩ ፦ እንተኾነ ፡ አይተ ፡ ባርይኡ ፥ ወዲ ፡ ሐወቦአም ፥ ወዲ ፡
ኸንቲባ ፡ ባድጎ ፥ ምስ ፡ ሐያሎ ፡ ፈተውቶም ፡ ከይኖም ፡ አብቲ ፡ ምኽ
8. ሪ ፡ አይአተዉን ። አይተ ፡ አስገዶምኒ ፡ አይተ ፡ ወልደ-ገብሪኤልኒ ፡ ግና ፡
ዝርኸቦም ፡ ሕጆም ፥ ወጺአም ፥ ካብ ፡ ጐደቦታት ፡ ድማ ፡ ወሳሲኽም ፡ አብ ፡
9. ወኸ-ድባ ፡ ተሰለፉ ። ሓደ ፡ ሐጐስ ፡ እተባህለ ፡ ኸአ ፥ በዓል ፡ ኳንደባ ፥
ወዲ ፡ ዐዲ ፡ ፍርፋር ፥ ስሳ ፡ ቅርሺ ፡ ስለ ፡ ዘዕደይዎ ፥ ገለ ፡ ኻብ ፡ ካርንሸ
ም ፡ ሕጁ ፥ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኽዋግአም ፡ ይሉ ፥ ናብኡ ፡ አተዎም ።
10. ድሕርዚ ፡ ሐቢሮም ፡ አብ ፡ ወኸ-ድባ ፡ ሐጹር ፡ ጨዓ ፡ ሐጺሮም ፥
11. « ከይንህድም ፥ » ይሎም ፡ ዐርቢ ፡ መዓልቲ ፡ ተዋግኡ ። አብኡ ፡ አይተ ፡

አስገዶምኒ ፡ አይተ ፡ ወልደ-ገብሪኤልኒ ፡ ኽልቲኦም ፡ ሞቱ ፤ ሐጐስ ፣ እ
ቲ ፡ በዓል ፡ ኳንደበ ፣ ስሳ ፡ ቕርሺ ፡ ዐድዩ ፡ ዝነበረ ፣ ከአ ፡ አብኡ ፡ ሞተ ።
ብዛዕብኡ ፣ « ስሳኻን ፡ ሬሳኻን ፣ ወዲ ፡ ዐዲ ፡ ፍርፋር ፥ » ተባህለ ። አብ 12.
ኡ ፡ ብዙሓት ፡ ቈልዓን ፡ ሰበይትን ፡ ከአ ፡ ሞቱ ። በዚ ፡ ነገርዚ ፡ ኽሳዕ ፡ 13.
ሕጂ ፡ ነወኽ-ድብ ፣

« ሐጹር ፡ ጨዓ ፡ ዝዕርዮም ፣ »

ይሎዎም ፡ የላግጹሎዎም ።

## ወተር ፡ ሕሻል ። 170.

ድሕርዚ ፡ ኹሉ ፡ ዋጣ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፣ ሕሻል ፡ እተባህለ ፣ ከም 1.
ዚ ፡ ይሉ ፡ ደረሰ ፤

እንተ ፡ ነቐለ ፡ ሰርብ-ደም ፤
ኣብ ፡ ቅድሚ ፡ ዐረር ፡ ዝሹደም ፤
« ንዋጋእ ፣ » ይሉ ፣ ዘይንህደም ፤
ዋይልኻ ፣ በዓል ፡ ደም ።

እንተ ፡ ነቐለ ፡ ኣባ-ሰርቢ ፤ 2.
ኣድራጋ ፡ ኢዱ ፡ ዝድርቢ ፤
ስዒኑ ፡ ኣሎ ፡ ብዐይቢ ፤
ሕተቱ ፡ ብኽልተ ፡ ዐርቢ ።

እንተ ፡ ነቐለ ፡ ደም-ሸንቱ ፤ 3.
ሰማይኒ ፡ ምድርን ፡ ገቢቱ ፤
ኣብ ፡ ወኽ-ድባ ፡ ሕተቱ ፤
ሰብኣይኒ ፡ ሰበይትን ፡ ክሞቱ ።

VI.

# ዘበን ፡ ጭቃታት ።

171.

## ውግእ ፡ ፈረስ-ማይ ።

1. ደግያት ፡ ክሐሳይ ፡ ወዲ ፡ ደግያት ፡ ሽባጋድሽ ፡ ድሕሪ ፡ ሞት ፡ ኣቦ
ኦም ፡ ኣብ ፡ ዐጋሜ ፡ ኾይኖም ፤ ኣብ ፡ ትሕቲ ፡ ደግያት ፡ ውብ ፡ ኽነሶም ፤
2. ይገዝኡ ፡ ነበሩ ። እንተኾነ ፡ ናብ ፡ ትሕቲ ፡ ደግያት ፡ ወብ ፡ ኽኾኑ ፡ ኣይ
ፈተዉን ። እሞ ፤ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ለሚኖም ፡ ኪዳን ፡ ኣእተውዎም ፤
3. መታን ፡ ንውብ ፡ ምውጋእ ፡ ክሕግዞም ። ስለዚ ፡ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ምር
ኩስ ፡ ጌሮም ፤ ንውብ ፡ ኽገጥሙሎም ፡ ደለዩ ።
4. ደግያት ፡ ውብ ፡ ድማ ፡ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፤ « እቶ ፤ » ይሎም ፡ ለኣ
5. ኹሎም ። ነሶም ፡ ግና ፡ ንኣም ፡ ጠሊሞም ፤ ንደግያት ፡ ክሐሳይ ፡ ክሕግ
6. ዞ ፤ ሰበም ፡ ኣኽተቱ ። ሽዑ ፡ እቶም ፡ ዐበይቲ ፡ ተኸሌ-ዐገባ ፤ እዚ ፡ ም
ስ ፡ ረኣዩ ፤ « ሕደጉ ፤ » የልዎም ፤ « ካብ ፡ ምስ ፡ ደግያት ፡ ክሐሳይ ፡ መዓ
ልሲ ፡ እኳ ፡ ምስ ፡ ደግያት ፡ ውብ ፡ መዓል ፡ ይሐይሽ ፤ ካብ ፡ ኵሉ ፡ ገዘበ
ለጸ ፡ ግና ፤ ሰብና ፡ ኣኽቲትና ፡ ዐድና ፡ ምሕላው ፤ ንዝመጸና ፡ ምውጋእ ፡
እዩ ፤ » ይሎም ፡ መኽርዎም ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ግና ፤ « ሐንሳእ ፡ እኳ ፡
ምሒለ ፤ » ይሎም ፡ ከዱ ።

ድሕርዚ ፡ ደግያት ፡ ካሕሳይ ፡ ምስ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኈይኖም ፥ ከ 7.
ምኡ ፡ ድማ ፡ ንኻልኣት ፡ ሐያሎ ፡ ፈተውቲ ፡ አኪቦም ፥ አብ ፡ ፈረስ-ማ
ይ ፡ ብቕነ ፡ ጾም ፡ አርብዓ ፡ ምስ ፡ ደግያት ፡ ውብ ፡ ተዋግኡ ። አብኡ ፡ ደ
ግያት ፡ ውብ ፡ ሰዓሩ ። ካብኡ ፡ ደግያት ፡ ካሕሳይ ፡ ሀዲሞም ፡ ንእምባ-ጼ 8.
ን ፡ ሐኈሩ ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ንዐጆም ፡ ሀደሙ ። – አብ ፡ መንጎ 9.
ዚ ፡ ወዘሮ ፡ ዋርካ ፥ ሰበይቲ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፥ ወዲ ፡ ወለዳ ፥ ኢማም ፡
እትባሀለ ።

ደግያት ፡ ውብ ፡ ኸአ ፡ ንደግያት ፡ ካሕሳይ ፥ « ንዓ ፥ ውረድ ፤ አጆኻ ፤ 10.
ግዝአትካ ፡ ድማ ፡ ኸም ፡ ቀደምካ ፥ » ይሎም ፡ አተስፈውዎም ። ነሶም ፡
ከአ ፥ ሐቒ ፡ መሽልዎም ፥ ወረዱ ። ደግያት ፡ ውብ ፡ ኸአ ፥ ምእንቲ ፡ ንደ 11.
ግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኽልኸሙ ፥ ንደግያት ፡ ካሕሳይ ፡ ከይአሰርዎም ፥ ቅሩብ ፡
እዋን ፡ ጸንሑ ።

ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ተአስሩ ። 172.

ደግያት ፡ ውብ ፡ ኸአ ፥ ጽንሕ ፡ ይሎም ፥ ከምስሉ ፥ ንደግያት ፡ ሃይ 1.
ሉ ፥ « ደሐን ፥ አጆኻ ፤ ንኻሕሳይ ፡ አይአሰርክዎን ፤ ንኣኻ ፡ ኸአ ፡ አይአ
ስረኻን ፡ እየ ፤ ግዝአትካ ፡ ድማ ፡ ንኣኻ ፥ » ይሎም ፡ አበድዎም ። ምስኡ ፥ 2.
ከመይ ፡ ጌሮም ፡ ከም ፡ ዝአሰርዎም ፥ ሓደ ፡ ጥበብ ፡ ተጣበቡ ።

ሐልሐል ፡ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ድኂ ፡ ፈተውቶም ፡ ነበሩ ፤ እሞ ፥ 3.
« ዒራ ፡ አይትብሮን ፡ » ይሎም ፥ ንሐልሐል ፡ ክዘምቱ ፥ አዘዝዎም ። ደግ
ያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ አበዩ ። ድሕርዚ ፡ ደግያት ፡ ውብ ፡ ኸአ ፥ « በል ፤ ነ 4.
ስኻ ፡ ኹብ ፡ እትአቢ ፥ ንፌተውራሪ ፡ እንግዳ-ወርቁ ፡ ንሐልሐል ፡ ክዘም
ት ፡ ክሰዶ ፡ እየ ፤ እሞ ፥ አብ ፡ ዐድኻ ፡ ጸቡቕ ፡ ጌርካ ፡ ተቐበሎ ፥ ንሐል
ሐል ፡ ከአ ፡ መራሕ ፡ መገዲ ፡ ሀበ ፥ » ይሎም ፡ ለኣኹሎም ። ድሕርዚ ፡ 5.
ብወርሒ ፡ ሐምለ ፡ ፌተውራሪ ፡ እንግዳ-ወርቁ ፡ ምስ ፡ ሐመድ ፡ ዝኸነ ፡
ሰራዊት ፡ ተልዒሎም ፡ አብ ፡ ሰራየ ፡ በጽሑ ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፥ 6.

እዚ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፥ ልቦም ፡ ተሸበረ ፤ እተ ፡ ግብሮም ፡ ወቕሸዎም ፥ ዘረ
ባ ፡ ደግያት ፡ ውበ ፡ ምእማን ፡ ሰኣኑ ። ስለዚ ፡ ንወጆም ፡ ተስፋ-ጼን ፡ አ
ብ ፡ በረኻ ፡ ሐቢኣም ፥ በይኖም ፡ ንፊተውራሪ ፡ እንግዳ-ወርቁ ፡ ናብ ፡ እ
7. ንዳበ-መጣዕ ፡ ተቐበልዎም ። ሽዑ ፡ ኸአ ፡ ንኢማም ፡ ወዲ ፡ ወዘሮ ፡ ዋር
ካ ፥ ወዲ ፡ መንፈቕ ፡ ክነሱ ፥ ናብ ፡ መሶብ ፡ ጌሮም ፡ በረኻ ፡ ወሰድዎ ።
8. ደግያት ፡ ሃይሉን ፡ ፊተውራሪ ፡ እንግዳ-ወርቁን ፡ ድማ ፡ ኸም ፡ ፊተ
ውተ ፡ ኹይኖም ፡ ጸዐዘጋ ፡ አተዉ ። ፊተውራሪ ፡ እንግዳ-ወርቁ ፡ ናብ ፡
9. ሰፈር ፡ አምሓራ ፡ ሰፈሩ ። ካብኡ ፡ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፥ « ወድኹም ፡ ተስ
ፋ-ጼን ፡ ዝሆ ፡ ሃቡና ፤ አምጽእዎ ፥ » የልዎም ። ነሶም ፡ ድማ ፥ ብዙሕ ፡
10. ስለ ፡ ዘይአመኑ ፥ ቅድም ፡ አመኽነዩ ። ፊተውራሪ ፡ እንግዳ-ወርቁ ፡ ግና ፥
መታን ፡ አጸቢቖም ፡ ክአምኑ ፡ ይሎም ፥ እቲ ፡ ገለ ፡ ዓቕይቲ ፡ ንጠልቀፍ
ቀፍ ፡ ዝዘመትዎ ፥ « እንኩም ፥ ናይ ፡ ግዝኣትኩም ፤ ምለሱሎም ፥ » የል
ዎም ፤ ክምኡ ፡ ድማ ፡ አዋጅ ፡ አንገሩሎም ፥ « መረብ-ምላሽ ፡ ግዝኣት ፡
ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ እዩ ፡ ኸም ፡ ቀደሙ ፥ አይብቓለይኒ ፥ ብቓል ፡ ውበ ፥ »
11. ይሎም ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ድሕሪ ፡ እዚ ፡ ኹሉ ፡ ምእባድ ፡ ንወጆ
ም ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ካብ ፡ በረኻ ፡ አምጽእዎ ።
12. ሽዑ ፡ ብኡ-ብኡ ፡ ፊተውራሪ ፡ እንግዳ-ወርቁ ፡ ንኽልቲኦም ፥ አቦን ፡
ወድን ፥ አሲሮም ፥ ሐልሐል ፡ ክይዘመቱ ፥ አብ ፡ ክንድኡ ፡ ግና ፡ ሐሐሊ
13. ሮም ፡ ካብ ፡ ሐማሴን ፡ ዘማሚቶም ፥ ሕጅምዎም ፡ ዐዶም ፡ ተመልሱ ። ብ
ኡ-ብኡ ፡ ኸአ ፡ ደግያት ፡ ውበ ፡ ንደግያት ፡ ክሕሳይ ፡ ጠሊፎም ፡ ሓዝዎ
14. ም ። ክምዚ ፡ ጌሮም ፡ ንሰለስቲኦም ፡ ብደሐን ፡ ዝመስል ፡ ምኽሪ ፡ ጠራ
ኒቦም ፥ አብ ፡ ስሜን ፥ ደግያት ፡ ክሕሳይ ፡ አብ ፡ እምባ ፡ ቴዜን ፥ ደግያት ፡
ሃይሉ ፡ ምስ ፡ ወዶም ፡ አብ ፡ እምባ ፡ ሓይ ፥ ክሳዕ ፡ መዓልቶም ፡ አሰር
ዎም ። – –
15. አብ ፡ ሐማሴን ፡ ከአ ፡ ብድሕሪ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ስርያል ፡ እቸባህ
ለ ፡ ዋጣ ፡ ኸምዚ ፡ ይሉ ፡ ደኾዐሎም ፤

ትበኪ ፡ አባ ፥ ሃይሉ ፥ ዋርካ ፥ ሰበይትኻ ፣
ትበኪ ፡ አባ ፡ አጽብሃ ፥ እታ ፡ ጓልካ ፣
ርሔኻዶ ፥ ሃይሉ ፥ ምኽሪ ፡ ደቀቦኻ ፣
እምባ ፡ ስሜንዶ ፡ ገበርካ ፡ ገዛኻ ፣
ዘይትአቱ ፡ ገርገር ፥ በረኻኻ ፣
ብጥሜት ፡ ፈለስና ፡ ሕጃይ ፥ ስድራ ፡ እንዳኻ ።

## ጭቃታት ። 173.

ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ምስ ፡ ተአስሩ ፥ ግዝአት ፡ መረብ-ምላሽ ፡ አብ ፡ ወ 1.
ዲ ፡ ደግያት ፡ ውበ ፥ ደግያት ፡ እሸቱ ፡ ዝበሀል ፥ ሐለፈ ። ነሶም ፥ ከተምኦ
ም ፡ አብ ፡ ጕራዕ ፡ ነበረ ።
ሐማሴን ፡ ከአ ፡ በብምስለኒኡ ፡ ይእዘዝ ፡ ነበረ ። ሽው ፡ አይተ ፡ ተ 2, 3.
ኽላይ ፡ ወዲ ፡ ኸንቲባ ፡ አልመዶም ፥ በዓል ፡ ዐዲ ፡ ጉበሩ ፥ ብድሕሪ ፡ ደ
ግያት ፡ ሃይሉ ፡ ንተኸለን ፡ ዐገባን ፡ ሓዘ ። አይተ ፡ ገብራይኒ ፡ እምቤት ፡
እሌንኒ ፡ ድማ ፡ ዋናታት ፡ ሚናበ-ዘርአይ ፡ ነበሩ ። አብ ፡ ምሉእ ፡ እንዳ ፡
ገረ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፥ አይተ ፡ ንጉሰ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ባርያኡ ፡ ድሕሪ ፡ ሞ
ት ፡ አቦኦም ፡ ዋንኦም ፡ ነበሩ ። ክምኡ ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ግዝአት ፡ ዘማት ፡ 4.
ከንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ፡ ወዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ቴድሮስ ፡ ካብ ፡ ዐዲ ፡ ኤሉስ ፤
አብ ፡ ካርንሽም ፡ ከአ ፡ አቦይ ፡ ባህረ ፡ ወዲ ፡ ዕቍብ-ገርግሽ ፥ በዓል ፡ በለ
ዛ ፤ ከከምዚ ፡ ኹይኑ ፡ በብዐዱ ፡ ብሽም ፡ ደግያት ፡ እሸቱ ፡ ይግዝእ ፡ ነበረ ።
አቦይ ፡ ደብሩ ፡ እተባህለ ፡ ኸአ ፥ ወዲ ፡ ወልደ-አብ ፥ በዓል ፡ መስፍ 5.
ንቶ ፥ ሻራ ፡ ሀዘጋ ፡ ዝነበረ ፥ ብሽም ፡ እምቤት ፡ እሌን ፡ አብ ፡ ደግያት ፡
ውበ ፡ ኸደ ፥ « ዐዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ አሎ ፥ » ይሉ ። ሽው ፡ ደግያት ፡
ውብ ፡ ኸአ ፡ ንእምቤት ፡ እሌንኒ ፡ ንአይተ ፡ ገብራይኒ ፡ ብትሕቲ ፡ ደግያ
ት ፡ እሸቱ ፡ ምስለኔታት ፡ ሐማሴን ፡ አበልዎም ።

## 174. አይተ ፡ አላ ፡ ተሸሙ ።

1. ደግያት ፡ እሸቱ ፡ ኸአ ፡ ድሕሬ ፡ ሐያሎ ፡ እዋን ፡ ኣብ ፡ አቦአም ፥ ኣብ ፡
2. ደግያት ፡ ውብ ፥ ንሐውዜን ፡ ከዱ ። በዚ ፡ ወርሓትዚ ፡ ደግያት ፡ ውብ ፥
3. ምስ ፡ ራእስ ፡ ዓሊ ፡ ኽዋግኡ ፥ ዐደምሓራ ፡ ኸዱ ። ሸዑ ፡ በዓል-ጋዳ ፡ አር
ኣያ ፡ ወዲ ፡ ደግያት ፡ ድምጹ ፥ ወዲ ፡ ሐብቶም ፡ ንደግያት ፡ ሸባጋድሸ ፥
ንደግያት ፡ ውብ ፡ ጠሊሞም ፡ ባዕሎም ፡ ግዝኣት ፡ ዐዶም ፡ ሓዘ ።
4. ብድሕርዚ ፡ እምቤት ፡ እሌን ፡ ድማ ፡ ንደቀን ፡ ሕጀን ፥ ኣብ ፡ ራእስ ፡
5. አርኣያ ፡ ኸይደን ፡ ንወልደንኪኤል ፡ ሸመት ፡ ለመናሉ ። በቲ ፡ እዋንቲ ፡
ወዘሮ ፡ ሳህሉ ፡ ጓል ፡ ደግያት ፡ ሸባጋድሸ ፡ ምስ ፡ ወደን ፥ ምስ ፡ አላ ፥ ኣብ ፡
6. እንዳ ፡ አቦኤን ፥ ኣብ ፡ ትግራይ ፥ ነበራ ። ዐበይቲ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኸአ ፥ « እም
ቤት ፡ እሌን ፡ ከዳ ፥ » ምስ ፡ ሰምዑ ፥ ኣብ ፡ ራእስ ፡ አርኣያ ፡ አትዮም ፥ ን
ወዘሮ ፡ ሳህሉን ፡ ንአይተ ፡ አላን ፡ ሒዞም ፥ « ሸመት ፡ ንኣና ፡ እዩ ፡ ዝግ
ባእ ፤ በዚ ፡ ደቂ ፡ ሸባጋድሸ ፡ ኢና ፥ ብጸዐዘጋ ፡ ኸአ ፡ ደቂ ፡ ተወልደ-
መድህን ፥ ደቂ ፡ ማሞ ፡ ኢና ፤ ስለዚ ፡ ንአላ ፡ ሸሙልና ፥ » የልዎም ። ራ
እስ ፡ አርኣያ ፡ ኸአ ፡ በዚ ፡ ዘረባዚ ፡ ተሐጒሶም ፡ ግዝኣት ፡ መረብ-ምላ
7. ሽ ፡ ንኣላ ፡ ሃብዎ ። አይተ ፡ አላ ፡ ኸአ ፡ በዚ ፡ ግዜዚ ፡ ጌና ፡ ንእሽቶ ፡ ቈ
ልዓ ፡ ነበሩ ።
8. ነሶም ፡ ተሸይሞም ፡ ጸዐዘጋ ፡ ምስ ፡ አተዉ ፥ ብድሕሪኦም ፡ ራእስ ፡ አር
ኣያ ፡ ኸአ ፥ ንምድሪ ፡ አልገዴን ፡ ክዘምቱ ፥ ኣብ ፡ ሐማሴን ፡ መጹ ፤ ምስ ፡
ዘመትዎ ፡ ድማ ፥ ንዐዶም ፡ ተመልሱ ።

## 175. ውግእ ፡ ምስጓግ ።

1. ራእስ ፡ አርኣያ ፡ ምስ ፡ ከዱ ፥ አይተ ፡ ገብራይኒ ፡ እምቤት ፡ እሌንኒ ፡
ንአይተ ፡ አላ ፡ ምግዛእ ፡ አበዩ ፤ ሐያሎ ፡ ሻርአም ፡ ዝነበሩ ፡ አኺቦም ፡
2. ኣብ ፡ ምስጓግ ፡ ሰፈሩ ። አይተ ፡ አላ ፡ ኸአ ፥ እዚ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፥ ሰቦም ፡

ሕጆም ፣ ገስግሾም ፤ ብዳዕሮ-ቓውሎስ ፡ ተጠውዮም ፤ ጸሓይ ፡ ድሕሪት ፡
ጌሮም ፡ አብታ ፡ ጥቓ ፡ ዐዲ ፡ ዘላ ፡ ኽሳድ ፡ ቀዳም ፡ መዓልቲ ፡ ንግሆ ፡ ተ
ዋግእዎም ፦ ሽዑ ፡ አይተ ፡ አላ ፡ ሰዓሩ ። ካብ ፡ ሰብ ፡ ሀዘጋ ፡ ሓደ ፡ ዐቢ ፡ 3.
ጅግና ፤ ግዴ ፡ ወዲ ፡ ወልደ-ሐንስ ፤ ወድ-ወዱ ፡ ንኸንቲባ ፡ ዘሙይ ፤ አብ
ኡ ፡ ሞተ ፤ ዝበዝሕ ፡ ሰብ ፡ ግና ፡ ሀዲሙ ፡ ወጸ ። ደቂ ፡ እምቤት ፡ እሌ 4.
ን ፤ ወልደንከኤልኒ ፡ መርእድኒ ፤ አብኡ ፡ ምስ ፡ አዲአም ፡ ወዓሉ ።

## ደግያት ፡ ውበ ፡ ወረዱ ። 176.

በዚ ፡ እዋንዚ ፡ አቢሉ ፡ ደግያት ፡ ውበ ፡ ምስ ፡ ራእስ ፡ ዓሊ ፡ ተዓሪ 1.
ቖም ፡ ከም ፡ ቀደሞም ፡ ግዝአቶም ፡ ሓዙ ። ከምኡ ፡ ድማ ፡ ራእስ ፡ አር
ኣያ ፡ ብዕርቂ ፡ ናብ ፡ ደግያት ፡ ውበ ፡ አተዉ ። ወዘሮ ፡ ሰህሉ ፡ ኸአ ፤ ነ 2.
ዚ ፡ ወሬዚ ፡ ምስ ፡ ሰምዓ ፤ ንወደን ፤ ንአላ ፤ ሕጅን ፡ አብ ፡ ዐደምሓራ ፡
ሀደማ ። ሐማሴን ፡ ከአ ፤ ከም ፡ ቀደሙ ፡ ናብ ፡ ደግያት ፡ ውበ ፡ ምስ ፡ ተ 3.
መልሰ ፤ ከምኡ ፡ ድማ ፡ እቶም ፡ ቀዳሞት ፡ አሽማት ፡ በብገዝነበርዎ ፡ ተ
መልሱ ። ሽዑ ፡ ኸአ ፡ አይተ ፡ ገብረይኒ ፡ እምቤት ፡ እሌንኒ ፡ ዐዶም ፡
ሓዙ ።

ደግያት ፡ ውበ ፡ ኸአ ፤ ካብ ፡ ዐደምሓራ ፡ ምስ ፡ ተመልሱ ፤ ሰቦም ፡ 4.
ዘሎም ፡ አኽቲቶም ፡ ብቕነ ፡ ቐውዒ ፡ ናብ ፡ ሐማሴን ፡ መጹ ። ነዚ ፡ ም 5.
ድርዚ ፡ ብሰብ ፡ መሊአም ፡ ደሐር ፡ ንመትሕት ፡ ገዝኸነ ፡ ኽሳዕ ፡ ሐልሐለ-
በጐስ ፡ ዘመትዎ ። አብዚ ፡ ዘመቴዚ ፡ እቲ ፡ ዐቢ ፤ ፍሉጥ ፡ ዝነበረ ፡ ሹ
ም ፡ በጐስ ፤ ሃኪን ፡ ወዲ ፡ መዲን ፡ ሞተ ። በዚ ፡ ነገርዚ ፡ ኸምዚ ፡ ተ 6.
ባህለ ፤

አበዮ ፡ ጭንድቕ ፤
ምድሪ ፡ ኽንደቕድቕ ፤
ሃኪን ፡ ካወድቕ ።

VI: 175-176

7. አበዮ ፡ ሐልሐል ፤
ጕራዴ ፡ ስሐል ፤
አዳም ፡ ክደሐል ፡፡
8. አበዮ ፡ ገተን ፤
ጃዊ ፡ ገበተን ፤
ምስ ፡ አግነተን ፡፡

9. ደግያት ፡ ውበ ፡ ኸአ ፥ ነዚ ፡ ኵሉ ፡ ዘሚቶም ፡ ምስ ፡ አእከሉ ፥ ንደግያ
ት ፥ እሸቱን ፡ ንሓደ ፡ መኹንኖም ፡ ከአ ፥ ብላቻ ፡ ኰኰበ ፡ እቶባህለን ፥ አ
ብ ፡ እንዳበ-መጣዕ ፡ ሐዲጎም ፡ ንዐዶም ፡ ተመልሱ ።
10. ብድሕርዚ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ዐዓመት ፡ ኵሉ ፡ ግዜ ፡ ብቕነ ፡ ቐውዒ ፡ ነ
ዚ ፡ መትሕት ፡ ዝኾነ ፡ ደግያት ፡ ውበ ፥ ሐድሓደ ፡ ሹም ፡ በብእዋኑ ፡ እ
11. ኖሰዱዎ ፥ ይዘምትዎ ፡ ነበሩ ። ድሕሪ ፡ ሐሙሽተ ፡ ዓመት ፡ ባዕሎም ፡ ደ
ግያት ፡ ውበ ፡ ኸአ ፡ ኻልኣይ ፡ ሳዕ ፡ ኩበ ፡ ሰምሃር ፡ ጀሚሮም ፡ ክሳዕ ፡ ሐ
ባብ ፥ ከብኡ ፡ ኸአ ፡ ንሐልሐለ-በጕስ ፡ ዘሚቶም ፡ አጥፍእዎ ። ኣብቲ ፡
ንዓመቱ ፡ ኸአ ፡ ወዶም ፡ ደግያት ፡ እሸቱ ፡ ኩበ ፡ ሐልሐል ፡ ጀሚሮም ፡ እ
ንተሎ ፡ ሚን-ዓመር ፡ ክሳዕ ፡ ኸሰላ ፡ ዘመቱ ።
12. እዚ ፡ ላዕሊ ፡ ዝኾነ ፡ ግና ፡ በብሹመኞኡ ፥ ግብርን ፡ ፈሰስኒ ፡ አናው
ጽኤ ፡ ንዝመጸ ፡ ሹም ፡ እናሃቡ ፥ ነበሩ ።

177. ጅግንነት ፡ ከንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ።

1. ከንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ፡ ወዲ ፡ ቴድሮስ ፡ ሓደ ፡ ዐቢ ፡ ዘማታይ ፡ ነበ
2. ሩ ፤ በዚ ፡ ኵሉ ፡ ዘመተ ፡ ደግያት ፡ ውበ ፡ ነሶም ፡ መራሒኦም ፡ ነበሩ ። ብ
ዛዕባዚ ፡ ሰንጋል ፡ ወዲ ፡ አንግሽ ፥ በዓል ፡ ጸዐዘጋ ፥ ንኸንቲባ ፡ ወልደ-ጋ
ብር ፡ ከምዚ ፡ የሎም ፤

ካብ ፡ ዓመት ፡ ሐርሸ ፥ ተጕምብሸ ፤
ሐንቲ ፡ ለይቲ ፡ ምስ ፡ ወልዱ ፡ ገስግሸ ።

## « በኺት ፡ ክቕ፟ረጽ ። » 178.

ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ሓደ ፡ ግዜ ፡ ሰብ ፡ ካርንሸ፟ም ፥ ክዘምቱ ፡ ይሎም ፥ በ 1.
ረኻ ፡ ወረዱ ። ሽዑ ፡ በኺት ፡ ወዲ፟ ፡ ተወልደ-መድህን ፥ በዓል ፡ እምባ-
ደርሀ ፥ ካብ ፡ ገዛ ፡ ዐዲ፟ ፡ ሰዛር ፥ በቲ ፡ እዋ፟ንቲ ፡ ኽንትብ፟ነት ፡ አይነበሮ
ን ፡ እሞ፟ ፥ ከም ፡ ኹሉ፟ ፡ ሰብ ፡ ብኽተት ፡ ምስ ፡ አቦ፟ይ ፡ ባህረ ፡ ኸደ ። ብድ 2.
ሕርዚ ፥ ናብ ፡ ክሳድ ፡ ወገሬቕ ፡ ምስ ፡ በጽሑ ፥ ነሱ፟ ፥ « ከብደይ ፡ ተቘር
ጬ ፥ » ይሉ ፡ ተረፈ ። ሽዑ ፡ እንዲቱ ፡ ወዲ፟ ፡ ወልደ-ልዑል ፥ ሐሙ ፡ በ 3.
ኺት ፥ ከአ ፥ « በኺት ፡ ክቕ፟ረጽ ፥ ዘይ፟ቕ፟ረጽ ፥ ተኻ፟ል ፡ ርጉም ፡ ይኹን ፥ »
ይሉ ፡ ተረፈ ። እዛ ፡ ቓልዚአ ፡ ኽሳዕ ፡ ለይት-ሎም ፡ መመሰ፟ሊት ፡ ኰይ
ና ፡ አላ፟ ። — ካብቶም ፡ መሰ፟ነይትኦም ፡ ከአ ፡ ሐያ፟ሎ ፥ እዚአ ፡ ምስ ፡ ረአ 4.
ዩ ፥ ነ፟ንዐዶ፟ም ፡ ተመልሱ ። ካብቶም ፡ አብ ፡ ዘመተ ፡ ዝኸዱ ፡ ግና ፡ ብዙ
ሓት ፡ አብ ፡ በረኻ ፡ ጠፍኡ ።

## ስደ፟ት ፡ ሰብ ፡ ሐማሴን ። 179.

ብዘበን ፡ ደግ፟ያት ፡ ውበ ፡ ሐማሴን ፡ ብፈሰስኒ ፡ ግብርን ፡ መኸ፟ራ ፡ ጸ 1.
ጊበም ፡ ነበሩ ። በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡ ብዙሕ ፡ ሰብ ፡ ዐዐዶ፟ም ፡ ሐዲጎም ፥
ካብ ፡ ሀገሮም ፡ ለቒ፟ቖም ፡ ከዱ ። በዚ ፡ ዘበንዚ ፡ ዕቍባይ ፡ ወዲ፟ ፡ ገብረ ፡ 2.
ኻብ ፡ ዐደ፟ይጠበ ፡ ብዙሕ ፡ ሀብታም ፡ ነበረ ፤ እንተኾነ ፡ ናብ ፡ መወዳ፟እት
ኡ ፥ « እዝስ ፡ አይኸ፟አለ፟ንን ፡ እዩ፟ ፥ » ይሉ ፥ ነሱ፟ ፡ ድማ፟ ፡ ናብ ፡ ስደ፟ት ፡ ሰ
ዓበ ።

ብዛዕባዚ ፡ ደቒ፟ ፡ እዚ ፡ ሀገር ፡ ሐያ፟ሎ ፡ ናይ ፡ ጓሂ ፡ ደርፌ ፡ ደረፉ ፥ 3.
ከም ፡ ከምዚ ፡ ዝአመሰ፟ለ ፤

ሰምበሊ ፤ ሰምበሊ ፤
ፈርጊ ፡ ኳንኪ ፡ ተጠመሪ ፤
ቅርሺ ፡ ኳንኪ ፡ ተዐሸሪ ፤
ንሕናስ ፡ ኬድና ፤ ደ ሐን ፡ ዓሊ ፤
ምስ ፡ አምሓራይ ፡ ተማሰሊ ፡፡

4. ሓደ ፡ ኸምኡ ፡ ዘለ ፡ ኸአ ፡ እዚ ፡ እዩ ፤

ሰምበለ ፤ ሰምበለ ፤
ዕጕባይ ፡ እኳ ፡ እተታለለ ፤
አሻሕ ፡ አሻሕ ፡ ዝኸፈለ ፤
ንሕናስ ፡ ኬድና ፤ ደሐን ፡ ዓለ ፡፡

180. መጻልኢ ፡ እምቤት ፡ እሌንኒ ፡ ኸንቲባ ፡ ወልደ-ጋብርኒ ።

1, 2. አይተ ፡ ገብራይኒ ፡ እምቤት ፡ እሌንኒ ፡ ብፍቕሪ ፡ አይነበሩን ። ከም
ኡ ፡ ኸአ ፡ እምቤት ፡ እሌን ፡ ምስቶም ፡ ሹም ፡ ናይ ፡ ግዝኣት ፡ ዘማት ፤ ምስ ፡
ከንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ፤ ንአይተ ፡ ገብራይ ፡ ድማ ፡ ዘምአም ፡ ዝነበሩ ፤
3. ብሐያሎ ፡ ነገር ፡ ብልቢን ፡ ተቐሐሓሩ ። ቅድምዚ ፤ ብፍቕሪ ፡ ኸለዉ ፤ ኃ
ለን ፡ ሂበንኦም ፡ ነበሩ ፤ ነሶም ፡ ግና ፡ ናብ ፡ ክንዲ ፡ ጽቡቕ ፡ ክፉእ ፡ ፈደ
4. ዩ ፤ ነታ ፡ ኃለን ፡ ብበዙሕ ፡ ክፉእ ፡ ነገር ፡ ጸያይቖም ፡ ሰደድዋ ። በዚ ፡
ጕህየን ፤ መኸ ፡ ይለን ፡ ከለዋ ፤ ኣብ ፡ ልዕሊኡ ፡ ኸአ ፡ ሓደ ፡ ኻልእ ፡ ነ
5. ገር ፡ ተወሰኸን ። አይተ ፡ ሰለሙን ፡ ክሞቱ ፡ ኸለዉ ፤ ንኸንቲባ ፡ ወልደ-
ጋብር ፡ ጠበናጁን ፡ ሐያሎ ፡ አጽዋርኒ ፡ ሐደሩ ፡ አምቢሮምሎም ፡ ነበሩ ።
እምቤት ፡ እሌን ፡ ድማ ፤ ኃለን ፡ ምስ ፡ ተሐድገት ፤ ደቀን ፡ ልኢኸን ፡ ን
ኸንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ፤ « እተን ፡ እቸፈልጥወን ፡ ገንዘብ ፡ ሐደራስ ፡ ም
6. ለሱለይ ፤ » የልኣም ። ነሶም ፡ ከአ ፤ ቀደም ፡ ንደግያት ፡ ውበ ፡ ገጽ-በረኸ
ት ፡ ስለ ፡ ዝሃብዎ ፤ ሰምቢዶም ፤ « እንታይ ፡ ዘረብኡ ፡ እዩ ፡ እዚ ፤ ኣነስ ፡
ጠበንጃኹም ፡ አይርኤኹ ፡ አጽዋርኩም ፤ » የልዎም ። ደቂ ፡ ኸአ ፡ እ

ዚ ፡ ሕጆም ፡ ኣብ ፡ ኣዲኦም ፡ ተመልሱ ። እምቤት ፡ ኣሌን ፡ ከአ ፥ እዚ ፡ 7.
መርድእዚ ፡ ምስ ፡ ሰምዓ ፥ ኣብ ፡ ልዕሊ ፡ እቲ ፡ ቆዳማይ ፡ ሐዘንን ፡ መል
ሸን ፡ ጕሃያ ።

ነሸን ፡ ከአ ፡ በዚ ፡ ዥሎ ፡ ቍስሊ ፡ ልበን ፡ ንዥናት ፡ ጥራይ ፡ ቈረ 8.
ጻ ። ስለዚ ፡ ንሓደ ፡ ፈታዊኦም ፡ ዝነበረ ፡ ሰብኣይ ፥ « ሃምሕጽንቲ ፡ ወል
ደ-ጋብር ፥ » እናለ ፥ ኣብ ፡ መቐሕ ፡ ለበድአ ። ከንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ፡ ከ 9.
አ ፥ እዚ ፡ ወሬዚ ፡ ምስ ፡ ሰምዐ ፥ ዘሎ ፡ ሰበም ፡ ኣኽቲቶም ፥ ኣብ ፡ ካርን
ሸም ፡ ከይዶም ፡ ደፈረ ፡ ሰፈሩ ። እምቤት ፡ ኣሌን ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ጥቕኡ ፡
ናብ ፡ ዐዜን ፡ ሰፈራ ። ሽዑ ፥ እትን ፡ በቲ ፥ እትን ፡ በቲ ፡ ምስ ፡ መጹ ፥ ኣ 10.
ብ ፡ ዐዲ ፡ ሸኻ ፡ ተናቈቱ ። ኣብኡ ፡ ድማ ፡ እምቤት ፡ ኣሌን ፡ ስዒረን ፡ ቀ 11.
ሩብ ፡ ተደፍአ ፤ እንተኸነ ፡ በዚ ፡ ጌና ፡ ልበን ፡ ኣይዐረፈለንኒ ፤ ንሽዑ ፡ ግ
ና ፡ ዐደን ፡ ተመልሳ ። ከንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ፡ ከአ ፡ ሀዲሞም ፡ ዐዶም ፡
ኣተዉ ።

## ኣይተ ፡ ገብራይ ፡ ንሚናበ-ዘርኣይ ፡ ሐዙ ። 181.

ብድሕርዚ ፡ ኸአ ፡ ኣይተ ፡ ገብራይ ፡ ኣብ ፡ ልዕሊ ፡ እቲ ፡ ናይ ፡ ቀደ 1.
ም ፡ ጽልኦም ፡ በዚ ፡ ናይ ፡ ዘምኦም ፡ ከአ ፡ ብዙሕ ፡ ጕሃዩ ። ብጀኽኡ ፡ 2.
ኸአ ፡ ሓደ ፡ ውዑይ ፡ ምኽንያት ፡ ረኸቡ ። ዐድ-ደግያት ፡ ውብ ፡ ግብሪ ፡
ኣውጺኦም ፡ ምስ ፡ ከዱ ፥ ብኡ-ብኡ ፡ ኸአ ፡ እምቤት ፡ ኣሌን ፡ ካልኣይ ፡
ፈሰስ ፥ ሰላሳን ፡ ሐሙሽተን ፡ ዝአኽል ፡ ፈርጊ ፥ ካብ ፡ ሚናበ-ዘርኣይ ፡ ኣ
ውጽኣ ። ብዚ ፡ ነገርዚ ፡ ደቒ ፡ ሚናበ-ዘርኣይ ፡ ብእምቤት ፡ ኣሌን ፡ ጕሃዩ ።

ስለዚ ፡ ኣይተ ፡ ገብራይ ፡ ከአ ፡ ምስኦም ፡ ምኽሪ ፡ ጌሮም ፥ ልጅ ፡ ወል 3.
ደንኪኤል ፡ ብሰምበት ፥ ቤተኽስያን ፡ ክስሰሙ ፡ ይሎም ፥ ምስ ፡ ወጹ ፥ ለፍ ፡
ኣቢሎም ፡ ሓዝዎም ። ብድሕርዚ ፡ እምቤት ፡ ኣሌን ፡ ካብ ፡ ዐደን ፡ ጸሊቖ 4.
ን ፥ ጸዐዘጋ ፡ ኸይደን ፡ ኣብ ፡ ብላታ ፡ ኣገልድም ፡ ኣተዋ ። ልጅ ፡ መርእድ ፡
ከአ ፡ ናብ ፡ ዐንሰባ ፡ ጌሾም ፡ ኤሮም ፤ እሞ ፥ ካብኡ ፡ ንጸዐዘጋ ፡ ሰዓቡ ። ሰ

5. ብ ፡ ጸዕዘጋ ፡ ኸአ ፡ አሰንዮም ፥ ጽልማ ፡ አሕሊፎምዎም ፡ ተመልሱ ። ሽ
ው ፡ ናብ ፡ ተራ-እምኒ ፥ አብ ፡ እንዳ ፡ አይተ ፡ ገረ-ኺዳን ፥ አተዉ ፥ ካብ
ኡ ፡ ብሐንሳእ ፡ አብ ፡ ደግያት ፡ ውበ ፡ ንሐውዜን ፡ ከዱ ።
6. አይተ ፡ ገብራይ ፡ ከአ ፡ ንልጅ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ዓመተ-መንፈቕ ፡
7. ዝአኽል ፡ አብ ፡ መቐሕ ፡ አሲሮም ፡ አቐሚጥዎም ። ሽው ፡ ራእስ ፡ አርአያ ፡
ኽም ፡ ብሐድሽ ፡ ሸፈቶም ፡ ነበሩ ፤ እሞ ፥ ዕድ-ደግያት ፡ ውበ ፡ ኸአ ፡ በ
ተ ፡ እዋንቲ ፥ ከይመጹ ፥ ተረፉ ። ደሐር ፡ ግና ፥ ነሶቶም ፡ ምስ ፡ መጹ ፥ አ
ይተ ፡ ገብራይ ፡ ብኡ-ብኡ ፡ ፈትሕዎም ። ድሕርዚ ፡ ኸአ ፡ ልጅ ፡ ወልደንኪ
8. ኤል ፡ አብ ፡ ሐውዜን ፡ ሰዓበ ። – –

በዚ ፡ እዋንዚ ፡ እምቤት ፡ እሌን ፡ ካብ ፡ አገው-ወልደንኪኤል ፥ ዘ
ምአም ፡ ንደግያት ፡ ውበ ፥ ጓል ፡ ወለዳ ። ድሕርዚ ፡ ኸአ ፡ ምስ ፡ ደቀን ፡
ሐያሎ ፡ እዋን ፡ አብኡ ፡ ጸንሓ ።

182\. ## አይተ ፡ አላ ፡ ተመልሱ ።

1. አይተ ፡ አላ ፡ ኸአ ፡ በቲ ፡ እዋንቲ ፡ ምስ ፡ ዕድ-ደግያት ፡ ውበ ፡ መ
2. ጹ ። ቀደም ፡ ምስ ፡ አዲአም ፥ ወዘሮ ፡ ሳህሉ ፥ አብ ፡ ዕዶምሓራ ፡ ሀዲሞ
ም ፡ ነበሩ ፤ እሞ ፥ አብ ፡ ጐንደር ፡ አብ ፡ እንዳ ፡ አውና ፡ ሰላማ ፡ አትዮም ፡
ሐያሎ ፡ ዓመት ፡ ተቐመጡ ። ደሐር ፡ ግና ፥ ሐያሎ ፡ ምስ ፡ ኮነ ፥ አውና ፡
ሰላማ ፡ ምስ ፡ ደግያት ፡ ውበ ፡ ዕረቕዎም ፤ ሽመት ፡ ሀገሮም ፡ ከአ ፡ ለሚ
ኖም ፡ ንአይተ ፡ አላ ፡ አውሃብዎም ።
3. አይተ ፡ አላ ፡ ኸአ ፥ ሽመቶም ፡ ምስ ፡ ተቐበሉ ፥ ዕዶም ፡ አትዮም ፡
ብትሕቲ ፡ ዕድ-ደግያት ፡ ውበ ፡ ሐያሎ ፡ እዋን ፡ ንምኸዓው-ቈሎ-ምላሽ ፡
4. ገዝኡ ። አይተ ፡ ገብራይ ፡ ድማ ፡ ሽው ፡ ብሰርቂ ፡ ምስ ፡ አይተ ፡ አላ ፥ ክ
ልቲኦም ፡ ከም ፡ አዕሩኽ ፡ ኰይኖም ፡ ጸንሑ ።

## ኩናት ፡ ጕራዕ ። 183.

አብ ፡ መንጎዚ ፡ ሓደ ፡ ግዜ ፡ ብቕነ ፡ ቐውዒ ፥ ስድራ ፡ ደግያት ፡ ው 1.
በ ፡ ኸም ፡ ልማዶም ፡ ክመጹ ፡ ኸለዉ ፥ እምቤት ፡ እሌን ፡ ድማ ፡ ምስኦ
ም ፡ ወጻ ። አብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኸአ ፡ ቐብሪ ፡ ሐጎስ ፡ ወዲ ፡ ወልደንኪኤል ፡ 2.
ካብ ፡ ተኸለ ፡ ታሕታይ ፡ ነበረ ፤ ናይ ፡ ብሀገሩ ፡ መኳንንቲ ፡ ድማ ፡ ናብ
ኡ ፡ ተአኪቦም ፡ ነበሩ ። ሽዑ ፡ አይተ ፡ ገብራይ ፥ « ንው ፡ ግዳ ፤ ሓደ ፡ በ 3.
ዓል ፡ ቈጽሊ ፡ ጌርና ፡ ነዘም ፡ አምሓራ ፡ አይንቐበሎም ፤ ንዋጋእ ፥ » የ
ሎም ። ሐሳቡ ፡ ግና ፡ ፍርሃት ፡ እምቤት ፡ እሌን ፡ እዩ ፡ እምበር ፤ ጽልኣ
ት ፡ አምሓራ ፡ አይኮነን ። አብኡ ፡ ዝነበሩ ፡ መኳንንቲ ፡ ኵሎም ፡ ግና ፡ 4.
ብልቦም ፡ ነዚ ፡ ዘረባዚ ፡ ፈተውዎ ፤ ክዋግኡ ፡ ኵሎም ፡ ሕራይ ፡ ተብ
ሀሉ ።

ስድራ ፡ ደግያት ፡ ውበ ፡ ኸአ ፥ እኒ ፡ ብላታ ፡ ኰኰበ ፡ ምስ ፡ ደግያ 5.
ት ፡ ገረንኪኤልኒ ፡ ደግያት ፡ ወለላን ፡ ኰይኖም ፥ አብ ፡ ጕራዕ ፡ ወጹ ። ሸ
ዑ ፡ መኳንንቲ ፡ ሐማሴን ፡ ከም ፡ ውዕሎኦም ፡ ክዋግኡ ፡ ኸተቱ ። እን 6.
ተኸነ ፡ አይተ ፡ አላ ፥ ብውሽጢ ፡ ጕርሓት ፡ አይተ ፡ ገብራይ ፡ ስለ ፡ ዘለለ
ዩ ፥ « ዘኽብሩንን ፡ ዘዕብዩንን ፡ ነሳቶም ፡ እዮም ፡ እሞ ፥ ኣነስ ፡ አይዋጋእ
ኒ ፡ እየ ፥ » ይሎም ፡ ካብ ፡ መገዲ ፡ ተመልሱ ። ንግሆ ፡ ብኸተት ፡ ካብ ፡
ጸዐዘጋ ፡ ተበገሱ ፤ ለይቲ ፡ ብጸልማት ፡ ምስ ፡ ሐያሎ ፡ ፈተውቶም ፡ ኰይ
ኖም ፡ ዐዶም ፡ አተዉ ። ዝተረፉ ፡ መኳንንቲ ፡ ግና ፥ እኒ ፡ አይተ ፡ ገብራ 7.
ይ ፥ እንዳ ፡ አይተ ፡ ተኽላይ ፥ ከንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ፥ ባሕር-ነጋስ ፡ አስ
ገዶም ፡ [በዓል ፡ ዐዲ ፡ ፈለስቲ] ፥ ካብ ፡ ካርንሽም ፡ ክአ ፡ ሐያሎ ፥ ተአኪ
በም ፡ ከይዶም ፥ ሰኑይ ፡ መዓልቲ ፡ ናብ ፡ ጕራዕ ፡ ምስ ፡ ብላታ ፡ ኰኰበ ፡
ተዋግኡ ። አብኡ ፡ ብላታ ፡ ኰኰበ ፡ ሰዓረ ። ካብዞም ፡ ሐማሴን ፡ ከአ ፡ 8.
ሐያሎ ፡ ተማረኹ ፤ ገለ ፡ ኸአ ፡ ሀደመ ። መኳንንቲ ፡ ዝኸኑ ፡ ሀሀዲሞም ፡
ተመልሱ ።

9. አብኡ ፡ ሓደ ፡ ጅግና ፣ በዓል ፡ ጸዐዘጋ ፣ ደባስ ፡ ወዲ ፡ ወልደ-ጋብር ፡
ተማረኸ ። ኸው ፡ ሰይቲ ፡ ደባስ ፣ ሰብአያ ፡ ዝሞተ ፡ መሽልዋ ፣ ሐዘነት ፤
ከምዚ ፡ ይላ ፡ ኸአ ፡ አልቀሰት ፤

« አታ ፣ ደብሽዋ ፣ ደብሽዋ ፤
ከመ-ይልካ ፡ ሐደርካ ፡ ብዘይ ፡ ስዋ ፡
ሜስ ፡ እንተ ፡ ሰኣንካስ ፣ እኹ ፡ ስዋ » ።

10. ደሐር ፡ ግና ፡ ደባስ ፣ አምሓራ ፡ አሲሮምዎ ፡ ኔሮም ፣ ብደሐን ፡ ንዐጁ ፡
አቶ ። – –
11. ብላታ ፡ ኾኾበ ፡ ኸአ ፡ ንአታቶም ፡ ስዒሩ ፣ አብ ፡ እንዳባ-መጣዕ ፡
12. ተቀመጠ ። ካብኡ ፡ ነቶም ፡ መኳንንቲ ፡ ኹላቶም ፣ አብ ፡ ክንዲ ፡ ዝቐጽ
ዖም ፣ « ደሐን ፣ አጅኹም ፤ ምሒረኹም ፡ አሎኹ ፣ » ይሉ ፡ ጸውዖም ።
13. ኸው ፡ ኹላቶም ፡ ተአከቡ ፤ አይተ ፡ ገብራይ ፡ ጥራይ ፡ ሸፈቱ ። ድሕርዚ ፡
ብላታ ፡ ኾኾበ ፡ ነቶም ፡ ዝአተዉ ፡ መኳንንቲ ፡ ኹላቶም ፡ መሓሮም ፤
ሸመት ፡ ሚናበ-ዘርአይ ፡ ከአ ፡ ንእምቤት ፡ እሌን ፡ ሃበን ።
14. በኺት ፡ ወዲ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ድማ ፡ ድሕሪ ፡ እታ ፡ ኹናት ፡
15. አብ ፡ ባሕሪ ፡ ሀዲሙ ፡ ነበረ ። ካብኡ ፡ ባዕሉ ፡ ናብ ፡ ናይብ ፡ አቶ ፤ ናይ
ብ ፡ ግና ፡ አሲሩ ፡ ናብ ፡ ደግያት ፡ ውበ ፡ አሕሊፉ ፡ ሃቦም ። ድሕርዚ ፡ ደግ
ያት ፡ ውበ ፡ ንኡ ፡ ኸአ ፡ ምሒሩ ፡ ዋንነት ፡ ካርንሽም ፡ ብድሕሪ ፡ አቦይ ፡
ባህረ ፡ ሃብዎ ።

184.

## ዋሕስ ፡ አይተ ፡ ገብራይ ።

1. አይተ ፡ ገብራይ ፡ ከአ ፡ ንደቂ ፡ ዐንዱ ፡ ሀዲሞም ፡ ነበሩ ። አብቲ ፡
ኽረምቱ ፣ ብላታ ፡ ኾኾበ ፡ ንትግራይ ፡ ምስ ፡ ተመልሰ ፣ ካብኡ ፡ ንዐዜ
ን ፡ መጺአም ፡ እንዳ ፡ ኺዳኑ ፡ ወዲ ፡ ሳምሩ ፡ ሰፈሩ ።
2. ብላታ ፡ ኾኾበ ፣ ክኸይድ ፡ ከሎ ፣ ድማ ፡ ኸምዚ ፡ ይሉ ፡ አውጁ ፡
ነበረ ፤ « ነዚ ፡ ሸፍታ ፣ ንገብራይ ፣ ዀልኹም ፡ መኳንንቲ ፡ ናብታ ፡ ዘለ

ዋ ፡ ኼድኩም ፡ ከም ፡ እቶአስርዎ ፡ ግበሩ » ። በዚ ፡ ነገርዚ ፥ እንተሎ ፡
እምቤት ፡ እሌን ፥ ዡሎም ፡ መኳንንቲ ፡ ተአኪቦም ፡ አብ ፡ ጸባቦ ፡ ሰፈ
ሩ ። ሽው ፡ ዐረቕተ ፡ ናብ ፡ መንጎኦም ፡ አትዮም ፡ ንአይተ ፡ ገብራይ ፡ ከ 3.
ምዚ ፡ የልዎም ፤ « ሐንቲስ ፡ ንሎሚ ፡ ደአ ፡ ሕራይ ፡ ይልኩም ፥ እዞም ፡
መኳንንቲ ፡ ዐድ-ዐዶም ፡ ከም ፡ ዝኸዱ ፡ ግበሩ ፡ እምበር ፤ ዳሕራይ ፡ ግዜ ፥
መን ፡ ንኣኹም ፡ ክሕዝ ፡ ይሉ ፥ ከይመጽእ ፤ እምቤት ፡ እሌን ፡ እንተ ፡ ኾ
ነት ፡ በይና ፥ እንታይ ፡ ክይተምጽእ ፤ » ይሎም ፡ መኸርዎም ። ነሶም ፡ ከ
አ ፡ ሕራይ ፡ ይሎም ፡ አርባዕተ ፡ ዋሕሳት ፡ ተኸሉ ። ደሐር ፡ ግና ፥ መኳ 4.
ንንቲ ፡ ዐድ-ዐዶም ፡ ምስ ፡ ከዱ ፥ አይተ ፡ ገብራይ ፡ ከም ፡ ቀደሞም ፡ ሸ
ፈቱ ። እምቤት ፡ እሌን ፡ ድማ ፡ ኽልተ ፡ ኻብቶም ፡ ዋሕሳት ፡ አሰሩ ፤ ክ
ልእ ፡ ክገብርኦም ፡ ግና ፡ አይከኣላን ።

አብቲ ፡ ንዓመቱ ፡ ድማ ፥ ስድራ ፡ ደግያት ፡ ውብ ፡ ናብ ፡ እንዳባ- 5.
መጣዕ ፡ ምስ ፡ ተመልሱ ፥ ደግያት ፡ እሸቱ ፡ ናብ ፡ ክንዲ ፡ ብላታ ፡ ኾኾ
በ ፡ ተሸይሞም ፡ ነበሩ ፤ እሞ ፥ ንአይተ ፡ ገብራይኒ ፡ ንእምቤት ፡ እሌንኒ ፡
ጸዊዮም ፡ ዐረቕዎም ። አይተ ፡ ገብራይ ፡ ከአ ፡ ብዕርቂ ፡ ዐዶም ፡ አተ
ወ ። — ካብቲ ፡ ንንየው ፡ እምቤት ፡ እሌን ፡ ፈለሳ ፤ አደራሽን ፡ ሐዲገን ፡ 6.
አብ ፡ ሐንቲ ፡ ንእሽቶ ፡ አጕዶ ፡ ናብ ፡ ጥቓ ፡ ቤተ ፡ ኽስያን ፡ ተቐመጣ ።

## ቶርዓ ፡ ንአይተ ፡ ተኽላይ ፡ ቀተልዎ ። 185.

በዚ ፡ እዋንዚ ፡ አቢሉ ፡ ኽአ ፡ መኳንንቲ ፡ ሐማሴን ፥ አይተ ፡ አላ ፡ 1.
ዝዋንኦም ፥ ዡላቶም ፡ ሐቢሮም ፡ ንምድሪ ፡ ሰምሃር ፥ ንዐዲ ፡ ናይብ ፥ ዘ
መቱ ። ሽው ፡ ኽአ ፡ ነቲ ፡ ጽኑዕ ፡ እምባ ፡ ናይብ ፡ አፍረሱ ፤ ዘሎ ፡ አቕ
ሕኦምኒ ፡ ማሎምኒ ፡ አኪቦምዎ ፡ ወጹ ። ካብኡ ፡ ኽምለሱ ፡ ኽለዉ ፥ ቶ 2.
ርዓ ፡ ብረዳት ፡ መጺኦም ፡ ወደቕዎም ። አብኡ ፡ አይተ ፡ ተኽላይ ፡ ወዲ ፡
ኽንቲባ ፡ አልመዶምኒ ፡ ብላታ ፡ አገልድምኒ ፡ ኽምኡ ፡ ድማ ፡ ሐያሎ ፡
ኻልኣት ፡ ሞቱ ።

3. ሽው ፡ ንአይተ ፡ ተኽላይ ፡ ከምዚ ፡ ይሉዎም ፡ አልቀሱሉዎም ፧
አይበህልኒ ፡ አይተ ፡ ተኽላይ ፡ ብሽሃይ ፡ ሞይቶም ፤
ናይ ፡ ሕልሚ ፡ ደኣ ፡ ኰይኑ ፥ ናይ ፡ ሀተምተም ።

## 186. ሞት ፡ ከንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ።

1. ቅድም ፡ ከም ፡ ዘልና ፥ አይተ ፡ ሰለሙን ፡ ንኸንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ፡
ብተላበዉዎም ፡ ነገር ፡ ንእምቤት ፡ እሌን ፡ ስለ ፡ ዝጠለምወን ፥ አብ ፡ ል
ዕሊኡ ፡ ኸአ ፡ ሻሩ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ስለ ፡ ዝኸኑ ፥ እምቤት ፡ አሌን ፡ ምስ ፡ ደቀ
ን ፡ ኲይነን ፡ ንኸንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ፡ ተቐየምአም ። እምብኣር ፡ ቀ
ደምሲ ፡ እኳ ፡ ውሽምኤን ፡ ኔሮም ።
2. አብ ፡ መንጎዚ ፡ ኸንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ፥ ንአይተ ፡ አላ ፡ ኽበጽሑ ፥
3. ጸዐዘጋ ፡ መጹ ። ክመጹ ፡ ኸለዉ ፥ ብታሕቲ ፡ ብዐንሰባ ፡ ጌሮም ፡ ንጸዐዘጋ ፡
አተዉ ። አብኡ ፡ ቐንዮም ፡ ክምለሱ ፡ ኸለዉ ፡ ግና ፥ አቕኒዮም ፡ ብመገ
ዲ ፡ ሀዘጋ ፡ ኽኸዱ ፡ ደለዩ ። አቶም ፡ ስድርአም ፡ ግና ፥ ቂም ፡ እምቤት ፡
እሌን ፡ ዝፈለጡ ፥ « ንው ፤ ብዝመጻእናዮ ፡ ምምላስ ፡ ይሐሸና ፥ » የልዎ
4. ም ። ነሶም ፡ ግና ፡ አበዩ ። ድሕርዚ ፡ አይተ ፡ አላ ፡ ኸአ ፡ ንሐዎም ፡ አይ
ተ ፡ ወልደ-ገብሪኤልኒ ፡ ንብላታ ፡ ገረ-መድህን ፡ ወዲ ፡ ብላታ ፡ አገልድ
5. ምኒ ፡ ከሰንይዎም ፡ ሂቦም ፡ አፋነውዎም ። ካብኡ ፥ ሀዘጋ ፡ ኽበጽሑ ፡ ኸ
ለዉ ፥ እምቤት ፡ እሌን ፡ ሰባት ፡ ልኢኸን ፥ « ከመይ ፡ የአ ፥ ከመይ ፤ ዘይ
ትበጽሑኒ ፥ ዘይተልግሱ ፤ » የልአም ። ከንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ፡ ከአ ፡ አልገ
6. ሱ ። አቶም ፡ መሰነይትአም ፡ አብ ፡ ሓደ ፡ ቤት ፡ አተዉ ፤ ነሶም ፡ ከአ ፡
ምስ ፡ እምቤት ፡ እሌን ፡ አብታ ፡ ንእሽቶ ፡ አጕዶኤን ፡ አተዉ ።
7. ምሸት ፡ ምስ ፡ ኮነ ፥ ደቂ ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ፡ ንኸንቲባ ፡ ወልደ-ጋብ
ር ፥ « ንዑናይ ፡ በሉ ፥ አብቲ ፡ አድራሽ ፥ » ይሉዎም ፡ አብ ፡ እንዳ ፡ መርእ
8. ድ ፡ አእተውዎም ። አብኡ ፡ ድማ ፡ አሰርዎም ። ሽዑ ፡ ሰብ ፡ ዘበለ ፡ ተና
ወጸ ፤ ገሊአም ፡ ከአ ፥ « ፍትሕዎ ፥ » ይሉዎም ፡ አሸገርዎም ። ነሳቶም ፡ ግ

ሩ፦ ፡ ሸው ፡ ለይቲ ፡ ሐቢኦም ፡ ወሲዶም ፡ ኣብ ፡ ርባ ፡ ማይ ፡ ፈለጋ ፡ ቐተ
ልዎም ። እቶም ፡ መሰንይትኦም ፥ ሰብ ፡ ጸዐዝጋ ፥ ዝኾነ ፡ ኽይፈለጡ ፥ 9.
« ብሊሞሙና ፥ » ይሎም ፡ ንዐዶም ፡ ተመልሱ ።

## ሞት ፡ እምቤት ፡ እሌንኒ ፡ ደቕ-ደቕንኒ ። 187.

ድሕርዚ ፡ ኣይተ ፡ ወልደንኪኤልኒ ፡ ኣይተ ፡ መርእድኒ ፡ ንዐንሰባ ፡ 1.
ኣቪሎም ፡ ሀደሙ ፤ ብኡ ፡ ጌሮም ፡ ኣብ ፡ ደግያት ፡ ውበ ፡ ኣተዉ ። እም 2.
ቤት ፡ እሌን ፡ ከአ ፡ ነቶም ፡ ናእሽቱ ፡ ደቕ-ደቕን ፥ ወዲ ፡ ወልደንኪኤል ፥
ጉብረ-ጻድቕ ፡ ዝበሀል ፥ ወዲ ፡ መርእድ ፡ ከአ ፥ ገብራት ፡ እተባህለ ፥ ሕ
ድጎ ፥ ንእምባ-ደርሆ ፡ ኽይደን ፡ ኣብ ፡ በኺት ፡ ወዲ ፡ ተወልደ-መድህን ፡
ተማሃዕቌባ ። ሸው ፡ ሰብ ፡ ኳዜን ፡ መጺኦም ፡ ንበኺት ፡ « ንዑናይ ፤ ኣባና ፡ 3.
ኣሕልፍዎም ፥ እዘም ፡ ቀለውዕ ፡ ምስ ፡ ኣዲኦም ፤ ንሕና ፡ ኽነድሕኖም ፥ »
የልዎ ። ነሱ ፡ ግና ፡ ኽልኦም ። — ኣይተ ፡ ጉብራይ ፡ ከአ ፡ ሸው ፡ ድሕሪ ፡ 4.
ሞት ፡ ክንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ፡ ንሽም-ጅምንቓ ፥ ሀዲሞም ፡ ነበሩ ፤ ደሓ
ር ፡ ግና ፥ ዝኾነ ፡ ነገር ፡ ምስ ፡ ረአዩ ፥ ዐዶም ፡ ኣተዉ ። ኣይተ ፡ ኣላ ፡ ድ 5.
ማ ፥ እምቤት ፡ እሌን ፡ ኣብ ፡ ክንቲባ ፡ በኺት ፡ ከም ፡ እተዐቍባ ፥ ምስ ፡
ሰምዐ ፥ ንምሉእ ፡ ተኸለን ፡ ዐገባን ፡ ኣኽተተ ፥ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ኣይተ ፡
ገብራይ ፡ ንምሉእ ፡ ሚናበ-ዘርኣይ ። ድሕርዚ ፡ ተተሓሕዶም ፡ ንእምባ-
ደርሆ ፡ ኽይዶም ፥ ንእምቤት ፡ እሌን ፡ ምስ ፡ ቀለውዔን ፡ ኩብኡ ፡ ኣው
ጺኦም ፥ ንዐዲ ፡ ኤሎስ ፡ ኣሕሊፎም ፡ ሃብዎም ።

ክንቲባ ፡ ግልወት ፡ ወዲ ፡ ቴድሮስ ፥ ሐው ፡ ክንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ፥ 6.
ከአ ፡ ተቐቢሎም ፥ ንእምቤት ፡ እሌንኒ ፡ ነቶም ፡ ክልተ ፡ ቐለውዔንኒ ፡ እ
ኖጥመዩ ፡ እናጽምኡ ፥ ካልእ ፡ ቀጽዓት ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ልዕሊኡ ፡ እናወሰ
ኹ ፥ ኣጽንሕዎም ። ኣብ ፡ መንጉኡ ፡ ነቶም ፡ ክልተ ፡ ቐለውዕ ፥ « በሉ ፥ 7.
ማይ-እንጌራ ፡ ኽንህበኩምሲ ፤ ነበና ፡ መን ፡ እዩ ፡ ዝቐተሎ ፤ » ይሎም ፡ ይ
ሐትዎም ፡ ነበሩ ። ነሳቶም ፡ ከአ ፥ እቲ ፡ ሓደ ፡ ቕድም ፡ ኣቢሉ ፥ « ኣበ

ይ ፥ » እንተለ ፥ ከምኡ ፡ ኸአ ፡ እቲ ፡ ሓደ ፥ « አይፋሉ ፤ አቦይ ፡ ደአሉ ፡
8. ዝቐተሎ ፥ » ይብሉ ፡ ነበሩ ። እዚ ፡ ኸአ ፥ ምእንቲ ፡ መዓጎ ፡ ማይ ፡ ክረኽ
ቡ ፡ እምበር ፥ አቦ ፡ እቲ ፡ ይኹን ፡ አቦ ፡ እቲ ፡ ስለ ፡ ዝፈለጡ ፥ አይኮኑ
9. ን ። እምቤት ፡ አሌን ፡ ከአ ፥ ነዚ ፡ ምርምርዚ ፡ እናሰምዓ ፥ « ደቐይ ፤ ዝ
ህቡኹም ፡ ነይብሎም ፤ ዘርባዕባዕ ፡ አይትበሉ ፥ » እናላ ፥ አጻናንዕኦም ፤ ን
ርእሰን ፡ ግና ፡ ኸም ፡ ሐዊ ፡ ኹይኑ ፡ ይበልዔን ፡ ነበረ ።
10. አብ ፡ መንጎዚ ፡ ወልደንኪኤልኒ ፡ መርእድኒ ፡ ናብ ፡ ደግያት ፡ ው
በ ፡ ጠርዑ ። ደግያት ፡ ውበ ፡ ኸአ ፡ ንኸንቲባ ፡ ግልወት ፥ « ተሎ ፡ ንዓ ፥ »
11. ይሎም ፡ ጸውዖም ። ሽዑ ፡ ኸንቲባ ፡ ግልወት ፡ ንእምቤት ፡ አሌን ፡ ብ
ሴፍ ፡ ቀተልወን ፤ ነቶም ፡ ክልተ ፡ ቖለውዕ ፡ ግና ፥ « ዕድኦም ፡ ከይብርት
ዐኒ ፥ » ይሎም ፡ አብ ፡ ቄፎ ፡ ሐቢኦም ፥ ከይጸግቡን ፡ ከይሞቱን ፡ ይሎ
ም ፥ ንስድርአም ፡ ተላበዩም ፡ አብ ፡ ደግያት ፡ ውበ ፡ ኸዱ ።
12. አብኡ ፥ ኸንቲባ ፡ ግልወትኒ ፡ አይተ ፡ ወልደንከኤልኒ ፡ ተማጎቱ ።
ሽዑ ፡ አይተ ፡ ወልደንከኤል ፥ ብሐቂ ፡ ንኸንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ፡ ከም ፡
ዝቐተሉ ፥ ተአመኑ ፤ ከንቲባ ፡ ግልወት ፡ ከአ ፥ ብሐቂ ፡ ንእምቤት ፡ አሌ
13. ን ፡ ምስ ፡ ክልቲኦም ፡ ደቀን ፡ ከም ፡ ዝቐተልዎም ፥ ተአመኑ ። ድሕርዚ ፡
ደግያት ፡ ውበ ፥ « ከንቲባ ፡ ወልደ-ጋብርኒ ፡ እምቤት ፡ አሌንኒ ፡ መዳላይ
ልቲ ፡ ይኹኑ ፤ ስለ ፡ እቶም ፡ ክልተ ፡ ቖለውዕ ፡ ግና ፡ ኸንቲባ ፡ ግልወት ፡
ክልተ ፡ ሰብ ፡ ክትህብ ፥ » ይሎም ፡ ፈረዱሎም ። ሽዑ ፡ ኸንቲባ ፡ ግልወ
ት ፡ ንሐዎም ፡ ጋብርኒ ፡ ንወዲ ፡ ሐብቶም ፡ ሃይሉ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ገብራ
14. ይኒ ፡ አሕለፉ ። ነሳቶም ፡ ተትሕጆም ፥ ብዘብዔኛ ፡ ተኸቢቦም ፥ ክድብደ
ቡ ፡ ኽወጹ ፡ ኸለዉ ፥ ካብ ፡ ሐያሎ ፡ አድባራትኒ ፡ ቤተኽስያናትኒ ፡ መሳ
ቕልኒ ፡ ድባባትኒ ፡ አምጺኦም ፥ ካህናት ፥ « እዝግዮ ፥ » ይሎም ፡ ንአይ
ተ ፡ ወልደንኪኤልኒ ፡ ንአይተ ፡ መርእድኒ ፡ ለመንዎም ፥ « ሰብ ፡ አይተ
15. ሕልፉ ፤ እንተ ፡ ደሌኹም ፥ ጋርኩም ፡ ተቐበሉ ፥ » ይሎም ። ሽዑ ፡ አይ
ተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ተሎ ፡ ይሎም ፥ « ጋር ፡ እንተ ፡ ኸነስ ፥ እንታይ ፡ ክ

ዑብሰለይ ፡ ይሉ ፤ መዓልቲ ፡ ደአ ፡ የምጽአለይ ፥ ብኢደይ ፡ ዝከሓሰሉ ፥ »
ይሎም ፡ መሓርቶም ። አይተ ፡ መርእድ ፡ ድማ ፡ ቅድም ፡ አብዮም ፡ ኔሮ
ም ፤ ደሐር ፡ ግና ፡ ብብዙሕ ፡ ልማኖ ፡ ሕራይ ፡ የሉ ።

ድሕርዚ ፡ ኸንቲብ ፡ ግልወት ፥ ብቐደም ፡ ድማ ፡ ልቢ ፡ ጐይታና ፥ 16.
« ነሹ ፡ በዓል ፡ ኒሕ ፡ እዩ ፥ ክንደይ ፡ ዝአኽል ፡ ጋር ፡ ኮነ ፡ ሕኑቕ ፡ ኮነ ፡
ኸይቕበለኒ ፥ » ይሎም ፡ ስለ ፡ ዝፈለጡ ፥ ሽዑ ፡ ተሎ ፡ ይሎም ፡ ተሐኾሾ
ም ፥ ንዐዶም ፡ ልኡኻት ፡ ሰደዱ ፤ ነቶም ፡ ተሪፎም ፡ ዝነበሩ ፡ ኽልተ ፡ ቐ
ለውዕ ፡ ድማ ፡ አቓበጽዎም ።

ራእስ ፡ ወልደንኪኤልኒ ፡ ደግያት ፡ መርእድኒ ፡ ተመልሱ ። 188.

ድሕሪ ፡ ሐያሎ ፡ እዋን ፡ አይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ምስ ፡ ሐዎም ፥ ም 1.
ስ ፡ አይተ ፡ መርእድ ፥ ካብ ፡ ደግያት ፡ ውበ ፡ ዋንነት ፡ ሕጆም ፡ ንሐማሴ
ን ፡ ተመልሱ ። አይተ ፡ ገብራይ ፡ ግና ፡ ኸም ፡ ቀደሞም ፡ ሸፈቱ ። ነሳቶ 2.
ም ፡ ክመጹ ፡ ኽለዉ ፥ ወረ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፥ ንምሉእ ፡ ሚናበ-ዘርአይ ፡
ሕጆም ፡ ንደቒ ፡ ዐንዱ ፡ ሀደሙ ። አይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ምስ ፡ ሐዎ
ም ፡ አቕኒዮም ፡ ዐዶም ፡ አተዉ ፤ ሰብ ፡ ዘይብላ ፡ ጸንሐቶም ። ሽዑ ፡ ስ 3.
ድራ ፡ አይተ ፡ ገብራይ ፡ ሓደ ፡ ደርፊ ፡ ደረፉ ፥ ከምዚ ፡ ዝብል ፤

እኒ ፡ መርእድ ፥ እኒ ፡ ወልዱ ፤
ንሕናስ ፡ ኬድና ፡ ደቒ ፡ ዐንዱ ፤
ካብ ፡ መን ፡ እሞ ፡ ኽትወለዱ ፤

ስድራ ፡ ወልደንኪኤልኒ ፡ መርእድኒ ፡ ኸአ ፡ ኸምዚ ፡ መለሱሎም ፥ 4.

እንተ ፡ ኸድኩም ፡ ደቒ ፡ ዐንዱ ፤
ፈረስ ፡ ጃዊ ፡ ናበይ ፡ ከይዱ ፤
የምጽአኩም ፡ ብገመዱ ።

አይተ ፡ ገብራይ ፡ ከአ ፡ ኻብ ፡ ደቒ ፡ ዐንዱ ፡ ንምላዛናይ ፡ ሐለፉ ። 5.
ካብኡ ፡ ድማ ፥ ንዐዜን ፡ ክአትዉ ፡ ይሎም ፥ ካርንሽም ፡ ወጹ ። ሰብ ፡ ዐዜ 6.

ን ፡ ግና ፡ ሸዑ ፡ ተአኪቦም ፣ « ሐወይ ፤ ንሕና ፡ ብኣኹም ፡ ላሕ ፡ የልና ፤
ስለዚ ፡ ሎምስ ፡ አይነእትወኹምኒ ፣ » ይሎም ፡ ተኻላኸሉ ። አይተ ፡ ጉብ
7. ራይ ፡ ከአ ፡ ኽልተ ፡ ሰብኣይ ፡ ቀቲሎም ፡ አተዉ ። ድሕርዚ ፣ አብኡ ፣ ነ
ዊሕ ፡ ከይጸንሑ ፣ ነቶም ፡ ምስአም ፣ ዝነበሩ ፡ ሰብ ፡ ሀዘጋ ፣ ከም ፡ ፍቓዶ
ም ፡ ዐዶም ፡ ይእተዉ ፣ ሰደድዎም ፣ ነሳቶም ፡ በቲ ፡ ዅሉ ፡ ግዜ ፡ ምሸፋ
ትኒ ፡ ምውጋእኒ ፡ ተመሪሮም ፡ ዕርቂ ፡ ጥራይ ፡ ስለ ፡ ዝለመኑ ። – –
8. አብ ፡ መንጎዚ ፡ አይተ ፡ ወልደንኪኤልኒ ፡ አይተ ፡ መርእድኒ ፡ ንኸ
ንቲበ ፡ ግልወት ፣ « ዐጽሚ ፡ አጄናን ፡ ደቅናን ፡ ሃቡና ፤ ናብ ፡ ዐድና ፡ ኽ
9. ንቀብር ፣ » ይሎም ፡ ለመንዎም ። ነሶም ፡ ከአ ፣ « ብኡ ፡ ዶኸን ፡ እቲ ፡ ደ
ም ፡ ሰይቲ ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ፡ ይማራስዐለ ፤ » ይሎም ፡ ፈቒዱሎም ። ሸ
ዑ ፡ ሬሳውቶም ፡ ንዐዶም ፡ አኺብዎ ።

## 189. አውሎ ፡ ዐንደ-ጼን ።

1. በዚ ፡ ግዜዚ ፡ ናብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ መርዓ ፡ ልጅ ፡ ኢማም ፡ ወዲ ፡ ደግያ
ት ፡ ሃይሉ ፡ ኸነ ፤ እተን ፡ መርዓዉም ፡ ድማ ፡ እምቤት ፡ ምሕሩ ፡ ጓል ፡ ሰለ
2. ሙን ፡ ወዲ ፡ ደብሩ ፣ ካብ ፡ ዝበን ፡ ደቂ ፡ ሸሃይ ፣ እየን ። ሰብ ፡ ጸዐዘጋ ፡
ኸአ ፣ ግዝአት ፡ አይቶ ፡ አላ ፡ በርቲዕዎም ፡ ስለ ፡ ዝነበረ ፣ መኺሮም ፣ ን
ኦም ፡ ክአስሩ ፣ አብ ፡ ክንድኦም ፡ ንኢማም ፡ ክሽሙ ፣ ሓሰቡ ። ሰብ ፡ ዐ
3. ዲ ፡ ገብሩ ፡ ኸአ ፣ እኒ ፡ እንዳ ፡ አይቶ ፡ ተኸላይ ፣ ምስአም ፡ መኸሩ ። ል
ጅ ፡ ኢማም ፡ ግና ፡ ነዲአም ፣ ንወዘሮ ፡ ዋርካ ፣ ሰሚዖም ፡ አብዚ ፡ ምኽር
ዚ ፡ አይአተዉን ።

4. አብ ፡ መንጎዚ ፡ ሓደ ፡ መዓልቲ ፣ አብቲ ፡ ዳስ ፡ ሜስ ፡ ክሰትዩ ፡ ኸ
ለዉ ፣ ዐንደ-ጼን ፡ ወዲ ፡ ቐሺ ፡ አብርሃም ፡ ንልጅ ፡ ኢማም ፡ ከምዚ ፡ ገ
ብል ፡ አውሎ ፡ የሎም ፤

ቈላሕልሓ ፣ ኢማም ፣ ቈላሕልሓ ፤
ይወልዳ ፡ እምበር ፤ ይዋግኣዶ ፡ አሓ ፤

ሓደ ፡ ኻብቶም ፡ ሰብ ፡ ጸዐዘ፟ጋ ፡ ድማ፟ ፡ ኻብቲ ፡ ሰቲ፟ ፡ ኸም ፡ መቐሕ ፡ ዝ 5.
መሸ፟ል ፡ ጌሩ ፡ ናብ ፡ ክዳን ፡ አይቶ ፡ አላ፟ ፡ ሰንደዶ፟ሎም ። ነሶ፟ም ፡ ከአ ፥ ነ
ቲ ፡ ምኽሪ ፡ ሸዓ ፡ ፈሊጦም ፥

« ሓነ ፡ ሓሱላ ፣
ሓነ ፡ አ፟ባ ፡ ጪጎ ፣ »

ይሎም ፥ ክዳኖም ፡ ነጊፎም ፥ ካብቲ ፡ ዳስ ፡ ተንሲኦም ፡ ከዱ ። ሸው ፡ ዐን 6.
ደ-ጄን ፡ ከምዚ ፡ ይሉ ፡ ኣውሎ ፡ የለ ፤

እዛ ፡ ዛግራ ፥ እዛ ፡ ዛግራ–ዛግራ ፣
እንተ ፡ ትሰብራ ፡ እግረ-እግራ ፣
ነፊራ ፡ ኽትከ፟ይድ ፡ ንሀገራ ። — —

ብድሕሪኡ ፡ ግዝኣት ፡ አይቶ ፡ አላ፟ ፡ ኸም ፡ ብሐ፟ድሽ ፡ ጸንዔ ፤ እቲ ፡ 7.
ምኽሪ ፡ ኸአ ፡ ዐረፈ ። ዐንደ-ጄን ፡ ድማ፟ ፡ ፈሪሁ ፥ ዐዲ፟ ፡ ገብሩ ፡ ኸይዱ ፡ 8.
ተማዕቈበ ። እንተኸነ ፡ አይቶ ፡ አላ፟ ፡ ባዕሎም ፡ ፈረስ ፡ ሰሪሮም ፥ ዐዲ፟ ፡
ገብሩ ፡ ናብ ፡ እንዳ ፡ አይተ ፡ ተኸላይ ፡ አትዮም ፥ ሕጆምዎ ፡ ተመልሱ ፤
አብ ፡ መቐሕ ፡ ለቢዶም ፡ አብ ፡ ቤቶም ፡ አቐመ፟ጥዎ፟ ። ካብኡ ፡ ሓደ ፡ መ 9.
ዓልቲ ፥ ብዙሕ ፡ ሰብ ፡ ተአኪ፟በምዎ ፡ ኸለ፟ዉ ፥ ዐንደ-ጄን ፡ አብ ፡ እሱሩ ፡
ንአይተ ፡ አላ፟ ፡ ኸምዚ ፡ የሎም ፤

አ፟ታ ፣ አ፟ባ ፡ ሐመር ፡ ዲኻ ፥ አ፟ባ ፡ ዳልሽ ፣
አ፟ታ ፣ አ፟ባ ፡ ሐመር ፡ ዲኻ ፥ አ፟ባ ፡ ዳልሽ ፣
« ረኺብክዎ፟ ፥ » ይልካ ፡ እምብዛ ፡ አይትኹ፟ልስ ፣
ንጸላኢኻ ፡ ናብ ፡ ኢድካ ፡ እ፟ትመ፟ልስ ።

አይቶ ፡ አላ፟ ፡ ኸአ ፡ ስሒቖም ፡ ፈትሕዎ፟ ። 10.

## ወዘሮ ፡ ዋርካ ፡ ንሰብአየን ፡ በጽሕአም ። 190.

ወዘሮ ፡ ዋርካ ፡ ኸአ ፥ ሰይቲ ፡ ደጃ፟ያት ፡ ሃይሉ ፥ ድሕሪ ፡ ማእሰርቶ 1.
ም ፡ አብ ፡ ጸዐዘ፟ጋ ፡ ይቕመ፟ጣ ፡ ነበራ ፤ ጐሀየን ፡ ድማ፟ ፥ ከም ፡ ፈላሲት ፡

ኵይነን ፡ ውዓ.ለን ፡ ነበራ ፥ ብናፍቖት ፡ ሰብኣየን ፥ ብጸምኒ ፡ ብጸሎትኒ ።
2. ዐሰርተው ፡ አርባዕተ ፡ ዓመት ፡ ጸኒሔን ፥ ንሰብኣየን ፡ ክበጽሓ ፡ ይለን ፥
ካብ ፡ ደግያት ፡ ውበ ፡ ለሚነን ፥ ብቕነ ፡ ታህሳስ ፡ አብ ፡ ስሜን ፡ ክይደን ፥
3. አብታ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ዘለውዋ ፡ እምባ ፡ ኖብኦም ፡ አደየብወን ። ብ
ዘዕባዚ ፡ ደሐር ፥ ምስ ፡ ተፈ.ትሐ. ፥ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ዘመሩሎም ፥ ከም
ዚ ፡ ይለም ፤

ምስታ ፡ ዋርካ ፥ ሰበይትኹም ፤
ባላ ፡ ጌሮም ፡ ተንከፉኹም ፤
ገመድ ፡ ጌሮም ፡ ሰሓቡኹም ፤
ቈንጭን ፡ ትኽኒ ፡ አብልዑኹም ።

4. ጠዘሮ ፡ ዋርካ ፡ ኸአ ፡ ናብኡ ፡ ወርሒ. ፡ ገበራ ፤ ብድሕርዚ ፡ ናብ ፡ ጸ
ዐዘጋ ፡ ተመልሳ ። ኩበኡ ፡ ብጥቕምቲ ፡ ንወዘሮ ፡ ጥሩ ፡ ወለዳ ።

191. ሞት ፡ አይተ ፡ ንጉሰ ።

1. ወዘሮ ፡ መርሻ ፡ ጓል ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፥ ጓል-ጓሎም ፡ ንአይተ ፡ ሐ
ጐስ ፥ ቅድም ፡ ብንእሽቶኤን ፡ አብ ፡ ደግያት ፡ መርእድ ፡ ተአትየን ፡ ነበራ ፤
2. እንተኸነ ፡ ተሐድጋ ። አብ ፡ መንጎዚ. ፡ ኸንቲብ ፡ ግልወት ፡ ንአይተ ፡ አ
ላ ፥ « ንወዘሮ ፡ መርሻ ፡ ሃቡና ፥ » ይለዎ ፡ ለመንዎም ። ነሶም ፡ ከአ ፥ « ት
ብጻሕኩም ፥ » የለ ። ሽው ፡ ናብ ፡ ትወልዳይ ፡ ወዲ ፡ ኽፍለ ፡ ኻብ ፡ ዐድ-
ተኽለ-ሃይማኖት ፡ ተሐጸያ ።
3. በቲ ፡ መዓልቲ ፡ መርዓ ፡ ኸአ ፡ ሀዘጋ ፥ « አይነሕልፍኒ ፥ » ይለዎም ፡
4. ተሰለፉ ። እንተኸነ ፡ አይተ ፡ አላ ፡ ንጻዕዳ-ኽስታን ፥ « ጓልኩም ፡ እያ ፤
አሰኒኹም ፡ ኣሕልፍዋ ፥ » የልዎም ። አይተ ፡ ንጉሰ ፡ ኸአ ፡ ሕራይ ፡ ይ
5. ሎም ፥ ሰብ ፡ ጌሮም ፡ አብ ፡ አስመራ ፡ አሕለፍወን ። ባዕሎም ፡ ከአ ፥ ሒ
ደት ፡ ርእሶም ፡ ኰይኖም ፡ ደድሕሪት ፡ ክስዕቡ ፡ ኸለዉ. ፥ ደቒ ፡ ሐወቦኦ
ም ፥ ደቒ ፡ አይተ ፡ አስገዶም ፥ አይተ ፡ ጸጋይኒ ፡ አይተ ፡ ገረ-ስላሰን ፥ ሽ

መት ፡ ደልዮም ፥ ምስ ፡ ሀዘጋ ፡ አሻርዮም ፡ ነበሩ ፡ እሞ ፥ አዝሒቶ ፡ ማ
ይ-በላ ፡ ተሐቢኦም ፡ ጸኒሖም ፡ ቀተልዎም ።

እንተኾነ ፡ ኸንቲባ ፡ ግልወት ፡ ነተን ፡ መርዓት ፡ ሰብ ፡ ሰዲዶም ፡ አ 6.
ብ ፡ ዐድ-ተኸሌ-ዛን ፡ አእተውወን ።

## ነገር ፡ አይተ ፡ ገብራይ ። 192.

አይተ ፡ ገብራይ ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ዐዜን ፡ ሰፈሩ ። ስድራ ፡ ዐድ-ደግያት ፡ 1.
ውብ ፡ ኸአ ፥ ካብ ፡ ንየው ፡ ምስ ፡ መጹ ፥ ነዘም ፡ መኳንንቲ ፡ ሐማሴን ፡
አኽቲቶም ፥ ንአይተ ፡ ገብራይ ፡ ክቐትሉ ፥ ዐዜን ፡ ከዱ ። ሽዑ ፡ ነሶም ፡ 2.
ዝሓዘ ፡ ሕጅም ፥ አብ ፡ ዐዜን ፡ ብመዓልቲ ፡ ቐዳም ፡ ብወርሒ ፡ ለካቲት ፡
ተዋጊኦም ፡ ሰዓሩ ። እንተኾነ ፥ ኰናተ-ገልበጠ ፥ ስዒሮም ፡ ክነሶም ፥ ሀዲ
ሞም ፡ ዝባን ፡ ደቂ ፡ ዐንዱ ፡ ወጹ ። ካብኡ ፡ ዐድ-ደግያት ፡ ውብ ፡ ኸአ ፥ 3.
ምስ ፡ ተሐለሉ ፥ ከም ፡ ልማዶም ፡ ዐዶም ፡ ተመልሱ ። አይተ ፡ ገብራይ ፡
ድማ ፡ ብኡ-ብኡ ፡ ዐዜን ፡ ተመልሱ ።

ሽዑ ፡ በኺት ፡ ወዲ ፡ ተወልደ-መድህን ፥ ንዐድ-ደግያት ፡ ውብ ፡ ኸ 4.
ሐኹስ ፡ ይሉ ፥ ተጻናትዩ ፡ ንአይተ ፡ ገብራይ ፡ ክቐትሎም ፥ መኸረ ። ከምኡ ፡
ድማ ፡ ሐያሎ ፡ ተጻናጸንቲ ፡ ሰደደሎም ። አይተ ፡ ገብራይ ፡ ከአ ፥ እዚ ፡ 5.
ምስ ፡ ረአዩ ፥ « አይሰደኝን ፡ እዩ ፥ » ይሎም ፡ ካብ ፡ ዐዜን ፡ ዐድ-ተኸሌ-ዛ
ን ፡ ወሪዶም ፡ ንኸንቲባ ፡ ግልወት ፡ ሐገዝኒ ፡ ማእቶትኒ ፡ ለመኑ ። ነሶ 6.
ም ፡ ግና ፥ « አይፋለ ፥ ሓየ ፤ በዝን ፡ ጻላእ ፡ ደቂ ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ፥ በት
ን ፡ ዐለወኛ ፡ ንጉስ ፤ አነስ ፡ ዝረድአካ ፡ ብለ ፥ ዝቕበለካ ፡ ብለ ፥ » ይሎም ፡
አባረርዎም ። ስለዚ ፡ አይተ ፡ ገብራይ ፥ ማእቶት ፡ ምስ ፡ ሰአኑ ፥ ተመልሾ 7.
ም ፡ ሽማንጉስ ፡ ታሕታይ ፡ አተዉ ።

## 193. ሞት ፡ ክንቲባ ፡ ግልወት ።

1. ድሕርዚ ፡ ኽንቲባ ፡ ግልወትኒ ፡ በኺት ፡ ወዲ ፡ ተወልደ-መድህንኒ ፣
« ንገብራይ ፡ ሰምበት ፡ ንውደቖ ፣ » ይሎም ፡ ተበሀሃሉ ፤ እሞ ፣ ንሽማንጉስ ፡
2. ታሕታይ ፡ ክኽዱ ፣ ተዳለዉ ። አይተ ፡ ገብራይ ፡ ከአ ፣ እዚ ፡ ምስ ፡ ሰም
ዑ ፣ ብኡ-ብኡ ፡ ሰብ ፡ ሰዲዶም ፡ ብኽምዚ ፡ ዝመሰል ፡ ዘረባ ፡ ምስ ፡ ደ
ቂ ፡ ሐወቦኦም ፡ ዕርቂ ፡ ደለዩ ፤ « ኣነን ፡ ነሳትኩምኒ ፡ ቅድሚ ፡ ኹሎ ፡
ሓደ ፡ ደምኒ ፡ ሓደ ፡ ስጋን ፡ ኢና ፤ ስለዚ ፡ በዚ ፡ ቅድሚ ፡ ሕጂ ፡ ዝገበር
ናዮ ፣ አብ ፡ ላዕሊ ፡ ዘሎን ፡ ንፋስ ፣ አብ ፡ ታሕቲ ፡ ዘሎን ፡ ውሕጅ ፡ ይሰ
ዶ ፣ ይልና ፡ ንተዓረቕ ፤ አብ ፡ ልዕሊኡ ፡ ድማ ፣ ንዑ ፤ ሉሚ ፡ ደም ፡ አ
3. ደኹምኒ ፡ ደቅኹምኒ ፡ ሐቢርና ፡ ንኽፈሎ ፣ » ይሎም ። ራእስ ፡ ወልደ
ንኪኤልኒ ፡ ደግያት ፡ መርእድኒ ፡ ድማ ፡ በዛ ፡ ነገርዚአ ፡ ተሐኾሾም ፡ ሕራ
ይ ፡ የሉ ። ሽዑ ፣ « ንግልወት ፡ ቀዳም ፡ ንውደቖ ፣ » ይሎም ፡ ተበሀሃሉ ።
4. ካብኡ ፣ ደቂ ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ፡ ንምሉእ ፡ ሚናበ-ዘርኣይ ፡ አኽቲ
ቶም ፣ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ኻብ ፡ ካርንሽም ፡ ወሲኾም ፣ አይተ ፡ ጉብራይ ፡ ድ
ማ ፡ ኽም ፡ ምኽሮም ፡ ካብ ፡ ሽማንጉስ ፡ ታሕታይ ፡ ምስኦም ፡ ሐቢሮም ፣
ቀዳም ፡ ብቅነ ፡ ቅዱስ ፡ ሐንስ ፡ አብ ፡ ዐድ-ተክሌ-ዛን ፡ ከይዶም ፡ ምስ ፡
5. ክንተ፡ባ ፡ ግልወት ፡ ተዋግኡ ። ደቂ ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ፡ አብኡ ፡ ሰዓሩ ፤
ክንቲባ ፡ ግልወት ፡ ከአ ፡ ምስ ፡ ሐያሎ ፡ ኻብ ፡ ቤተ-ሰቦም ፡ አብኡ ፡ ሞ
6. ቱ ። ሽዑ ፡ ኽንቲባ ፡ ግልወት ፡ ዝወደቑሉ ፡ ኽሳዕ ፡ ለይት-ሉም ፡ ፍሉ
ጥ ፡ እዩ ፤ አብ ፡ ጐልጐል ፡ ዐድ-ተክሌ-ዛን ፡ ሓደ ፡ ጩርሒ ፡ አሎ ፣ « ም
ዳቕ-ግልወት ፡ » ዝበሀል ። – –
7. መወዳእትኡ ፡ ግና ፣ ካህናት ፡ ተአኪቦም ፡ ንዐዲ ፡ ኤሎስኒ ፡ ንደቂ ፡
አይተ ፡ ሰለሙንኒ ፡ ዐረቕዎም ። አይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ድማ ፡ ጥሩ ፡
እተባህለት ፡ ጓሉም ፡ ንወዲ ፡ ሐዎም ፡ ንኽንቲባ ፡ ግልወት ፣ ወልዱ ፡ እ

ቾባህለ ፣ ወዲ ፡ ዐይላይ ፣ ሃብዎ ። ኸመት ፡ ዐድ-ተኸሌ-ዛን ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ 8.
ከንቲባ ፡ ዐንደንኪ.ኤል ፡ ወዲ ፡ ኸንተ:ባ ፡ ወልደ-.ጋብር ፡ ተመልሰ ። – –
ኩብኡ ፡ ንነጀው ፡ አይተ ፡ ገብራይ ፡ ምስ ፡ ደቂ ፡ ሓወቦኦም ፡ ብዕር 9.
ቂ ፡ ናብ ፡ ዐዶም ፡ ተቐመጡ ።

## ጸዐዘጋ ፡ ተተኹሰት ። 194.

ድሕርዚ ፡ ኸአ ፡ አይተ ፡ ወልደንኪ.ኤል ፡ ምስ ፡ ሓዎም ፡ ኲይኖም ፡ 1.
በቲ ፡ ናይ ፡ ቀደም ፡ ቂሞም ፡ ንአይተ ፡ አላ ፡ ተጻረርዎም ። እንተኾነ ፣ ብ 2.
ሓይሎም ፡ ጥራይ ፡ ገለ ፡ ጕድኣት ፡ ክገብርዎም ፡ ስለ ፡ ዘይከኣሉ ፣ ዐዲ ፡
ናይብ ፡ ከይዶም ፡ አብ ፡ ልዕሊ ፡ እቲ ፡ ናይ ፡ ቀደም ፡ ጽልኢ ፡ ሕጂ ፡ ኸ
አ ፡ ንአይተ ፡ አላ ፡ አጣቔስዎም ። ኸው ፡ ብሓንሳእ ፡ ኲይኖም ፡ ምሒሎ
ም ፣ « ንአላ ፡ ኽንቀትሎ ፣ » ይሎም ፡ ንዐዶም ፡ ተመልሱ ።
ድሕርዚ ፡ ብወርሒ ፡ ጥቅምቲ ፡ ዐዲ ፡ ናይብ ፡ ብዐዲ ፡ ናይቦም ፣ እ 3.
ሾለ-ጕዛይ ፣ ቆርዓ ፣ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ሰሐርቲ ፡ ኾይኖም ፣ ሩርን ፡ ፋ.ሩርን ፡
ተአኪ.ቦም ፡ አብ ፡ ሰሐርቲ ፡ ሰፈሩ ። አይተ ፡ ወልደንኪ.ኤል ፡ ምስ ፡ ሐዎ
ም ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ሀዘጋ ፡ ተዳለዉ ።
ኸው ፣ « ንአላ ፡ ለይቲ ፡ ኽንወድቆ ፡ ኢና ፣ » ክብሉ ፡ ኸለዉ ፣ አይ 4.
ተ ፡ አላ ፡ ግና ፡ ምስ ፡ ዐዶም ፡ አቕሕኦም ፡ ሐቢኦም ፣ ሰቦምኒ ፡ ማሎምኒ ፡
ሒዞም ፡ ነንበረኽኦም ፡ ሀደሙ ። ባዕሎም ፡ አይተ ፡ አላ ፡ ዝባን ፡ ጠቐራ ፡
ሰፈሩ ፤ ወዘሮ ፡ ዋርካ ፡ ምስ ፡ ጥሩ ፡ ናብ ፡ ደብረ ፡ ኣውና ፡ መንቈርዮስ ፡
ተማዕቈባ ፤ እታ ፡ ዐዲ ፡ ሰብ ፡ ዘይብላ ፡ ጸንሐቶም ። ካብኡ ፡ አይተ ፡ ወ 5.
ልደንኪ.ኤል ፡ ድማ ፡ ንናይብ ፡ መሪሖም ፣ መጺኦም ፡ ንጸዐዘጋ ፡ አተኰስ
ዋ ፤ ደሐር ፡ ግና ፡ ዝገብርዎ ፡ ሰኣኑ ።
ብድሕርዚ ፡ ቕሩብ ፡ ጸኒሑ ፡ ናይብ ፡ ንቤተ-ሰቡ ፡ አኪ.ቡ ፡ ናብ ፡ ዐ 6.
ዱ ፡ ተመልሰ ።

195. ## ምኽሪ ፡ ሐባል-ጋላ ።

1. « ናይብ ፥ ቆርዓ ፥ እኹለ-ጕዛይ ፡ ይመጹኹም ፥ » ዝብል ፡ ወረ ፡ ም
ስ ፡ ሰምዑ ፥ አይተ ፡ አላ ፡ ንኹሎም ፡ ዐበይቲ ፡ ጸዐዛጋ ፡ አኪቦም ፥ « ከ
2. መይ ፡ ንግበር ፤ » ይሎም ፡ መኸሩ ። ዝዋበናን ፡ ሐያሎ ፡ ኻልኦትኒ ፡ ኸ
ኦ ፥ « ንኺድ ፤ ኦብኣ ፡ ኸለዉ ፥ ንዋጋእ ፤ ከመይ ፤ ሰሐርቲ ፡ ጽንዕቲ ፡ ስ
ፍራ ፡ እያ ፡ እሞ ፥ ኣብኣ ፡ ትሔሸና ፥ » ይሎም ፡ መኸሩ ። ስለዚ ፡ ዝዋበ
ና ፡ ብተዘረበ ፡ ቓል ፡ ብዐዱ ፡ ሕራይ ፡ የሉ ።
3. ሐባል-ጋላ ፡ ግና ፡ ኸም ፡ በዓል ፡ ደሐን ፥ ሐንቲ ፡ ቓል ፡ ከይተዛረ
4. በ ፥ ስቕ ፡ ይሉ ፡ ጸንሔ ። ደሐር ፡ አብ ፡ አይተ ፡ አላ ፡ ኸይዱ ፥ « ከም
ዚ ፡ ዝመኸርኩምዎ ፥ ካብዚ ፡ ኼድና ፡ ምስ ፡ ዐዲ ፡ ናይብ ፥ ምስ ፡ ቆር
ዓ ፥ ምስ ፡ እኹለ-ጕዛይ ፡ ክንዋጋእ ፥ በዚ ፡ ኸአ ፥ ብድሕሬና ፥ ዝሓዙ ፡
ሕጆም ፡ እዞም ፡ ጸላእትና ፡ ክኸቡና ፥ እዚ ፡ ኸቶ ፡ ዘይኸውን ፡ ነገር ፡ እ
ዩ ፤ አብ ፡ ክንድኡ ፡ ግና ፡ ሕጂ ፡ ዘሎና ፡ ሰብናን ፡ ማልናን ፡ አቕሓናን ፡
ነህድም ፤ ንሕና ፡ ኸአ ፥ ሰብኡት ፡ ዝኾንና ፥ ንየው ፡ ዝባን ፡ ጠቐራ ፡ ን
ጻእ ፤ አብኡ ፡ ኼድና ፡ ዝገብርዎ ፡ ንርኢ ፤ እንተ ፡ ገበሩ ፡ ኸአ ፥ ነባይቲ ፡
አንዲዶም ፥ ደሐር ፡ ረብረቦም ፡ ረብረቦም ፥ እቶም ፡ ሰብ ፡ ርሑቕ ፡ ዐ
ዲ ፡ ዝኾኑ ፡ ኹሎም ፡ ነንዐዶም ፡ ይኸዱ ፤ ሽዑ ፡ ንሕና ፡ ምስ ፡ መቓርፍ
ትና ፡ ንተርፍ ፤ እሞ ፥ ስብእነትና ፡ ሽዑ ፡ ንግበር ፥ » ይሉ ፡ ምኽሩ ፡ ወ
5. ድኤ ። አይተ ፡ አላ ፡ ኸአ ፡ ነዚኣ ፡ ተቐበሉ ።
6. ዝዋበና ፡ ድማ ፥ ፍቓዱ ፡ ስለ ፡ ዘይኮነ ፥ ኰረ ። ሽዑ ፡ ሐባል-ጋላ ፥
« ዐርከይ ፡ ዝዋበና ፤ በዚ ፡ ዝመኸርካዮ ፥ እንተ ፡ አብዛሕካ ፥ ክልተ ፡ ኢ
ኻ ፡ እትቕትል ፤ በዚ ፡ ኣነ ፡ ዝመኸርክዎ ፡ ግና ፥ ክትርኢ ፡ ኢኻ ፥ ክል
ተ ፡ ሽሕ ፡ ክቕትል ፤ እሞ ፥ አይትኹረ ፥ ዝሓል ፡ ደአ ፥ » ይሉ ፡ አበዶ ። ––
7, 8. ካብ ፡ ደቂ ፡ ጸዐዛጋ ፡ ግና ፡ ብዙሓት ፡ ነዚ ፡ ምኽርዚ ፡ ነዓቕዎ ። ሽ

ው ፥ ፌልቖሲ ፡ እቸባህለት ፡ ሐንቲ ፡ አመንዝራ ፥ በዓልቲ ፡ ዐዜን ፥ ጓል ፡
ገረ-ገርግሽ ፥ አብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ዝነበረት ፥ ከምዚ ፡ ይላ ፡ ደረፈት ፤

ኣሉላየ ፥ አባ ፡ ጫጎ ፤
ጕያ-ጕያ ፡ ምድሪ ፡ ሰጎ ፤
አይተረኽበን ፡ ጨዓይ ፡ ጕጎ ።

ከምኡ ፡ ድማ ፡ ኻልእ ፤ 9.

ሐባል-ጋላ ፥ ርእስ-ምልጦ ፤
ምትካል ፡ ዋልታ ፡ ዘይፈልጦ ፤
ባሕሪ ፡ አውሪድካ ፡ እንተ ፡ ትሸጦ ።

ውግእ ፡ ዐድ-ሀብ-ስሉስ ። 196.

ድሕርዚ ፥ እቲ ፡ ዝኸተተ ፡ ኵሉ ፡ ዐዱ-ዐዱ ፡ ምስ ፡ ከደ ፥ አይተ ፡ 1.
አላ ፡ ንለጎ-ጨዋ ፡ አኽቲቶም ፥ ጸዐዘጋ ፡ ኸይአተዉ ፥ ንዐድ-ንፋስ ፡ ሰፈ
ሩ ። አይተ ፡ ወልደንከኤልን ፡ አይተ ፡ መርእድን ፡ ኸአ ፡ ዝሓዙ ፡ ሕጅ
ም ፡ አብ ፡ ዐድ-ሀብ-ስሉስ ፡ ሰፈሩ ። ሽው ፡ አይተ ፡ ወልደንከኤል ፡ ንአ 2.
ይተ ፡ አላ ፡ ኸምዚ ፡ ይለዎም ፡ ለአኸሎም ፤ « እንዳባ-ገረ-ወልዲ ፡ እ
ቸወርደሲ ፡ ኽትምንንዶ ፡ ይልካ ፤ » — አይተ ፡ አላ ፡ ኸአ ፡ ኸምዚ ፡ ይለ
ዎም ፡ መለሱሎም ፤ « ወልዱ ፥ ወዲ ፡ ሐወቦይ ፤ እትስ ፡ ይትረፍ ፤ ከም ፡
አቦታትና ፡ ኸመ-ዓላትኩም ፡ ሐዲግና ፥ ከመ-ሐደርካ ፡ ደአ ፡ እንተ ፡ ኸነ
ልና » ።

ድሕርዚ ፡ አይተ ፡ አላ ፡ ኻብ ፡ ዐድ-ንፋስ ፡ ገስግሾም ፡ መጺኦ 3.
ም ፥ ማይ ፡ ምኹዓት-መሬት ፡ አብ ፡ ዝበሀል ፡ ጥቓ ፡ ዐድ-ሀብ-ስሉስ ፡
ሐሙስ ፡ መዓልቲ ፡ ብወርሒ ፡ ታህሳስ ፡ ተዋግኡ ። ሓደ ፡ ፍሉጥ ፡ ጅግ 4.
ና ፥ ሐሸከር ፡ ዐድ-ደገዝማቲ ፥ ባርይኡ ፡ እቸባህለ ፥ ካብ ፡ ዐዲ ፡ በላዕ-ቀኍ
ማል ፥ አብኡ ፡ ሞተ ፤ አይተ ፡ አላ ፡ ግና ፡ ሰዓሩ ። ካብ ፡ ደቂ ፡ ሀዘጋ ፡ ኸ 5.
አ ፡ ብዙሓት ፡ አብኡ ፡ ሞቱ ። ብላታ ፡ ዘርአይ ፡ ወዲ ፡ ግዴ ፡ ኸአ ፡ ሞ
ተ ። ንኡ ፡ እዮም ፥

ሳልሳይና ፡ ወዲ ፡ ግዴ ።

ሉብ ፡ መንጎና ፡ ሱብ ፡ ሉይንዴ ።

6. ዘልዎ ። ሀዘጋ ፡ ምስ ፡ ሽድሽተ ፡ ጐዳቦታታ ፡ ተተኰሰት ። አይተ ፡ ወ
ልደንኪኤልኒ ፡ አይተ ፡ መርእድኒ ፡ ድማ ፡ ሀዲሞም ፡ ወጹ ። – –
7. ሽው ፡ ናብኡ ፡ ዝወዓለ ፡ ሓደ ፡ ሀዘገታይ ፡ ከምዚ ፡ ይሉ ፡ የድግም ፤
« እቲ ፡ ምስ ፡ ተሰዓርና ፣ ኡብ ፡ ሐንቲ ፡ ዐሙስ ፡ ተሐቢኤ ፡ ኸሎኹ ፣ ሓ
ደ ፡ ናብታ ፡ ጥቓይ ፡ ኰዖኑ ፣ « ክልተ ፣ ክልተ ፣ ክልተ ፣ ክልተ ፤ » ክብል ፣
ሰማዕክዎ ፤ ሽው ፡ መዐንጣ ፡ ኸብደይ ፡ ተበረዘ ፤ « ኪዲ ፡ በሊ ፤ ኣነ ፡ ኸአ ፡
ናብዚ ፡ አሎኹ ፡ ሳልሳዮም ፣ » ክብል ፡ ከሎኹ ፣ ሕደግ ፡ አቢሉኒ ፡ ሕል
ፍ ፡ የለ ።
8. ነዚ ፡ ኹናትዚ ፡ ኸአ ፡ አይተ ፡ ገብራይ ፡ ቀድም ፡ ምስ ፡ አይተ ፡ አ
ላ ፡ ምኽሪ ፡ ጌሮም ፡ ኔሮም ፣ ሽው ፡ ጌና ፡ ናብ ፡ አንፈ ፡ ውግእ ፣ « አታ ፤
9. ተስዒርና ፡ ደይኮንናን ፤ » ይሎም ፡ ክሀድሙ ፡ ተበገሱ ። ስለዚ ፡ ሰብ ፡ ሀዘ
ጋ ፣ አይተ ፡ ገብራይ ፡ በዚ ፡ ነገርዚ ፡ ኸም ፡ ዘስዓርዎ ፣ ይብሉ ። ደቂ ፡ ጸ
ዐዘጋ ፡ ግና ፡ ብዛዕባዚ ፡ ብኣውሎ ፣

ወዮ ፡ ዐቢ ፡ ዓሳ ፣ መቑሰብ ፡ ሓዘ ።

ይብሉ ። – –
10. እዚ ፡ ምስ ፡ ኮነ ፣ ሐበል-ጋላ ፡ ንዝዋበና ፣ « ትርኢ ፡ ደሎኻ ፤ ክልተ ፡
ሽሕ ፡ ዘልክዎ ፣ ክልተ ፡ እልፊ ፡ ኰዖኑ ፣ » ይሉ ፡ አዝመረ ። ሽው ፡ አይ
ተ ፡ አላን ፡ ዐበይቲ ፡ ጸዐዘጋን ፣ « እማኑ ፣ » ይሎም ፡ መልኡሉ ።

197\. አይተ ፡ አላ ፡ ዐጆም ፡ አተዉ ።

1. ድሕሪ ፡ ኹናት ፡ ዐድ-ሀብ-ስሉስ ፡ አይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ብጻዕዳ-
ኽስታን ፡ ጌሮም ፡ ብሕምብርቲ ፡ አቢሎም ፡ ሀደሙ ። ካብኡ ፡ ናብ ፡ ጕ
2. ራዕ ፡ ተቐመጡ ። አይተ ፡ መርእድ ፡ ከአ ፡ ብእሾለ-ጕዛይ ፡ ጌሮም ፡ ንዐ

ደምሓራ ፡ ኸዱ ፤ ምስ ፡ ሓጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ሓቢሮም ፡ ሸፈቱ ። ኸመት ፡ 3.
ሚናበ-ዘርኣይ ፡ ብድሕሪኦም ፡ ኣብ ፡ ኣይተ ፡ ገብራይ ፡ ተመልሰ ።

ኣይተ ፡ ኣላ ፡ ኸአ ፡ ዐዶም ፡ ሰሪሖም ፡ ክሳዕ ፡ ምፍታሕ ፡ ሐዎም ፡ 4.
ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ገገዘኡ ። ስዒሮም ፡ ዐዶም ፡ ክአትዉ ፥ ደቂ ፡ ጸዐዘጋ ፡ 5.
ኸአ ፡ ነቲ ፡ ናይ ፡ ቀዳማይ ፡ ደርፌ ፡ በዚ ፡ ኸምዚ ፡ ለወጥዎ ፤

ኣሉላየ ፥ ኣባ ፡ ጫጎ ፤
ጕራዴኻ ፡ ሰብ ፡ በሃጎ ፤
ከም ፡ ኣንስቲ ፡ ኣስራሕካዮም ፡ ሕሩንጎ ፤
ገዛእካዮ ፡ ፈራህ ፡ ዝሐደገ ። – –

ሰበይቲ ፡ ኣይተ ፡ ኣላ ፡ እምቤት ፡ ተመርጸ ፡ ጓል ፡ ከንቲባ ፡ በኺት ፡ 6.
እየን ። ካብኤን ፡ ንእድማት ፡ ተኽለ-ሃይማኖትኒ ፡ ንልጅ ፡ ኣባይኒ ፡ ንል
ጅ ፡ ሸፋረን ፡ ወለዳ ።

VII.

# ውግ፟እ፡ ደጃ፟ያት፡ ሃይሉ፡ ምስ፡ ደቂ፟፡ እምቤት፡ እሌ፟ን።

198.

## ደጃ፟ያት፡ ሃይሉ፡ ወረዱ።

1. ሐጸይ፡ ቴድሮስ፡ አብ፡ ሽፍትነ፟ት፡ ከለ፟ዉ፣ ራእስ፡ ዓሊ፣ ብዙሕ፡
ግዜ፡ ሰራዊት፡ እና፟ሰደዱ፣ ይዋ፟ግአዎ፟ም፡ ነበሩ፤ እንተኸነ፡ ኹሉ፟፡ ሳዕ፡
2. ሐጸይ፡ ቴድሮስ፡ ይስዕሩ፡ ነበሩ። ክምኡ፡ እና፟ሉ፣ እና፟ዐበዩ፡ ኸዱ። ደ
ሐር፡ ራእስ፡ ዓሊ፡ ባዕሎም፡ ምስ፡ ሐጸይ፡ ቴድሮስ፡ ተዋግኡ፤ ሐጸ
3. ይ፡ ቴድሮስ፡ ክአ፡ ስዒሮም፡ ግዝኣት፡ አምሓራ፡ ሓዙ። ክምኡ፡ ኸ
አ፡ ምስ፡ ደጃ፟ያት፡ ውብ፡ ናብ፡ ስሜን፣ ደብረ-እዝጊ፡ ናብ፡ ዝበ፟ሀል፣
4. ተዋግኡ። ሐጸይ፡ ቴድሮስ፡ ሰዓሩ። ሽው፡ እሱራት፡ ዝነበሩ፡ ኹላ፟ቶ
ም፡ ተፈትሑ፤ ክምኡ፡ ድማ፟፡ ደጃ፟ያት፡ ሃይሉ፡ ምስ፡ ወዶ፟ምኒ፡ ደጃ፟ያ
ት፡ ክሕሳይኒ፣ ዐሰ፟ርተው፡ ሽድ፟ሽተ፡ ዓመት፡ ተአሲሮም፡ ኔሮም፣ ሽው፡
ወጹ። ንደጃ፟ያት፡ ሃይሉን፡ ንደጃ፟ያት፡ ክሕሳይኒ፡ ኸአ፡ ሐጸይ፡ ቴድሮ
ስ፡ ገጃ፟ዝኣት፡ ቀደሞም፡ መለሱሎም።

ወረ ፡ ውግእ ፡ ደብረ-እዝጊ ፡ ናብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ምስ ፡ ተሰምዔ ፥ ሰብ ፡ 5.
ዘበለ ፡ ኵሉ ፡ ተደነቐ ፥ « ብሐቂ ፡ ንውበ ፡ ኽስዕር ፡ ዝኽእል ፡ ዶኸን ፡ ይር
ክብ ፤ » እናተባህለ ። እንተ ኸነ ፥ ብሐቂ ፡ ኸም ፡ እተሳዕረ ፥ በቲ ፡ ወረ ፡ ም
ምጻእ ፡ ጐይትኦም ፡ አስተብሃሉሉ ። አይተ ፡ አላ ፡ ኸአ ፥ ደግያት ፡ ሃይ 6.
ሉ ፡ ተሸይሞም ፡ ይመጹ ፡ አለዉ ፥ ምስ ፡ ሰምዑ ፥ « ሸመተይ ፡ ወሲዶ
ም ፥ » ይሎም ፡ አብ ፡ ክንዲ ፡ ዝጕህዩ ፥ ብታሕጓስ ፡ ነቶም ፡ ዐበይቲ ፡ ጸ
ዐዘጋ ፡ አኪቦም ፡ ብምፍታሕ ፡ ሐዎምኒ ፡ ኸምኡ ፡ ድማ ፡ ብምስዓሮምኒ ፡
ብምንጋሶምኒ ፡ ንሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ እናዕለሉ ፥ ይሰሓቑ ፡ ነበሩ ። በዚ ፡ 7.
እዋንዚ ፡ ሐባል-ጋላ ፡ ሓደ ፡ ዘገርም ፡ አውሎ ፡ የለ ፥ ከምዚ ፡ ይሉ ፤ « ና
ይ ፡ ሎሚ ፡ መዓልትስ ፥

አይዛረብዎን ፥ ትም ፡ ደኣ ፡ ይብልዎ ፤
በዓል ፡ ስሜን ፡ ባዕሉ ፡ መጺእዎ » ።

ድሕርዚ ፡ አይተ ፡ አላ ፡ ሰቦም ፡ አኽቲቶም ፡ ንሐዎም ፡ ክቃባበልዎም ፡ 8.
ከዱ ። ብቕነ ፡ ጾም ፡ አርብዓ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኻብቲ ፡ ነዊሕ ፡ ማእሰር
ቶም ፡ ዐጆም ፡ አተዉ ።

ሸዑ ፡ እዞም ፡ ናእሽቱ ፡ መኳንንቲ ፡ ሐማሴን ፡ ዘበሉ ፡ ናብኦም ፡ አ 9.
ተዉ ። ደቂ ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ፡ ድማ ፡ ምስ ፡ ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ውዒሎ 10.
ም ፡ ነበሩ ፤ ሸመት ፡ አብ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸም ፡ እተመልሰ ፥ ምስ ፡ ረ
ኣዩ ፥ አይተ ፡ መርእድ ፡ ብቕንኣት ፡ ንበረኻ ፡ ሐባብ ፡ ሸፈቱ ፥ አይተ ፡ ወ
ልደንኪኤል ፡ ግና ፡ አቕኒዖም ፡ አብ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ አተዉ ። ደግያ 11.
ት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ንአይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ከም ፡ ዐቢ ፡ ሰብ ፡ ተቐበል
ዎም ፤ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ባዕሎም ፡ ክእዝዝዎም ፡ ሐያሎ ፡ ዐድታት ፡ ከም ፡
እኒ ፡ ዐዲ ፡ ሐንስ ፥ እኒ ፡ ዐዲ ፡ ንአምን ፥ እኒ ፡ ዐድ-ንፋስ ፡ ሃብዎም ። ሸ 12.
መት ፡ ሚናበ-ዘርአይ ፡ ግና ፡ ጌና ፡ ኽሳዕ ፡ እዚ ፡ እዋንዚ ፡ ናብ ፡ አይተ ፡
ገብራይ ፡ ጸንሔ ፤ ብድሕሪኦም ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ወዶም ፥ አብ ፡ ከንቲባ ፡ ሃ
ይሉ ፥ ሐለፈ ።

13. ድሕርዚ ፡ ኸአ ፡ ደግያት ፡ ካሕሳይ ፡ ወዲ ፡ ደግያት ፡ ሽባጋድሽ ፡ ጓሎም ፥ ወዘሮ ፡ አበራሽ ፡ እተባህለት ፥ ንአይተ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ወዲ ፡ ዐርኮም ፡ ሃብዎ ።

## 199. ሰሉስ ፡ አብ ፡ ዐዲ ፡ ቍስሞ ።

1. አብ ፡ መንጎዚ ፡ አይተ ፡ ገረ-አምላኽ ፡ ወዲ ፡ እሙሓ ፥ በዓል ፡ ማይ ፡
ጻዕዳ ፥ ካብ ፡ ዘርኢ ፡ አይተ ፡ ኽፍሌት ፥ ምስ ፡ አይተ ፡ ገረ-ጻድቕ ፡ ወዲ ፡
አይተ ፡ ገረ-መስቀል ፡ ተዋጊኡ ፡ ቐተሎ ።
2. ድሕርዚ ፡ ሰብ ፡ ማይ ፡ ጻዕዳ ፡ ኸም ፡ ልማዶም ፡ ገበር ፡ ደግያት ፡ ሃ
ይሉ ፡ ምኽንያት ፡ አበዩ ። ስለዚ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ሰቦም ፡ አኽቲቶም ፥ ም
3. ስ ፡ ሐዎም ፡ አይተ ፡ አላ ፡ ኹይኖም ፥ ክዋግእዎም ፡ ከዱ ። ሽው ፡ ኸአ ፡ አ
ይተ ፡ ወልደንኪኤልኒ ፡ አይተ ፡ ገብራይኒ ፡ አይተ ፡ ጸጋይ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡
4. አስገዶምኒ ፡ ኸም ፡ ሆሎ ፡ ብኽተት ፡ ከይዶም ፡ ነበሩ ። ማይ ፡ ጻዕዳ ፡ ኸ
አ ፡ ምስ ፡ አይተ ፡ ገረ-አምላኽ ፡ ከቲቶም ፡ ሰሉስ ፡ መዓልቲ ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡
5. ቍስሞ ፡ ተዋግኡ ። አብኡ ፡ አባ-ገፊ ፡ እተባህለ ፡ ጅግና ፥ ሐው ፡ አይተ ፡
ገረ-አምላኽ ፥ ሞተ ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ሰዓሩ ፤ አገቢሮምዎም ፡ ተ
መልሱ ። – –
6. በዚ ፡ እዋንዚ ፡ አቢሉ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ንበጕስኒ ፡ ኽልተ ፡ መንሳዕኒ ፡ ደቂ ፡ ተዐውቀን ፡ አገበርዎም ። ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ሰለስተ ፡ መፍለስኒ ፡ ሚን-ዓመር ፡ ዐድ-ድግለልኒ ፡ አቶውዎም ።

## 200. ሞት ፡ ክንፈ ።

1, 2. በዚ ፡ ዘበንዚ ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ሰፍአ ፡ ሓደ ፡ ዕግርግር ፡ ኮነ ። ባሕር-ነጋስ ፡ አስገዶም ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ሙሴ ፡ ነቶም ፡ ደቂ ፡ ዐዲ ፡ ብዙሕ ፡ ስለ ፡ ዝሐየሎም ፥ ገበር ፡ ተንሲኦም ፡ ንፍስሓ ፡ ወዲ ፡ ዕዉር ፡ በዓል ፡ ቁ

ጽሊ ፡ ጌሮም ፡ አብ ፡ ባምብቖ ፡ ተዋግእዎ፟ ፤ እንተኸነ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ አስ
ገዶም ፡ ሰዓረ ። ፍስሓ ፡ ግና ፥ ሰላሳ ፡ ቍስሊ ፡ ተወጊኡ ፡ ኸነሹ፟ ፥ ፈተው 3.
ቲ ፡ አልዒሎም ፡ ፈወ፟ስዎ፟ ፤ እሞ፟ ፥ ምስ ፡ ሐዌ ፥ ጸዐዘ፟ጋ ፡ ኸይዱ ፡ ናብ ፡
ደጃ፟ያት ፡ ሃይሉ ፡ አቶ ። ሽው ፡ አይተ ፡ ተስፉ-ጼን ፥ በኹሪ ፡ ወዶ፟ም ፡ ን 4.
ደጃ፟ያት ፡ ሃይሉ ፥ አብ ፡ ዐዲ፟ ፡ ገብራይ ፡ ኰይኖም ፡ ብትሕቲ ፡ አቦ፟ኦም ፡
ንለጎ፟-ጨዋ፟ን ፡ ቋላ፟ን ፡ ይገዝኡ ፡ ነበሩ ። ደጃ፟ያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ንፍስሓ ፡
ናብ ፡ ወዶ፟ም ፡ ሰደድዎ፟ ፥ በዓል ፡ ደረባ ፡ ኰይኖም ፡ ምስኦም ፡ ከጽንሕዎ፟ ።

ድሕርዚ ፡ አይተ ፡ ተስፉ-ጼን ፡ ንፍስሓ ፡ ሕጆ፟ም ፡ አብ ፡ ሰፍኣ ፡ ወ 5.
ረዱ ፥ ከበልው ። ሓደ ፡ እዋ፟ን ፥ አብ ፡ ዐዲ፟ ፡ ዐንጸላ ፡ ኸ፟ለዉ ፥ አብ ፡ መን 6.
ጎ ፡ ስድራ ፡ አይተ ፡ ተስፉ-ጼንኒ ፡ እቶም ፡ ደቂ፟ ፡ ዐድ፟ን ፡ ባእሲ ፡ ኾነ ። ከ 7.
ንፈ ፡ ወዲ፟ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ አስገዶም ፡ ከአ ፡ ኻብ ፡ ዐዲ፟ ፡ ፈለስቲ ፡ ሰብ ፡
ሕጂ ፡ መጸ ፥ ነቶም ፡ ደቂ፟ ፡ ዐዲ ፡ ኸረድኦም ። አብ ፡ መንጎዚ ፡ ኹ፟ሉ ፡ ከ
ንፈ ፡ ተፈጊኡ ፡ ሞተ ፤ ጸላም ፡ ስለ ፡ ዝነበረ ፡ ድማ፟ ፥ ፈጋኢኡ ፡ አይተፈ
ልጠን ። ባሕር-ነጋስ ፡ አስገዶም ፡ ድማ፟ ፥ ሞት ፡ ወዶ፟ም ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፥ 8.
ካብ ፡ ዐዶ፟ም ፡ ሀዲሞም ፡ ብዐዲ፟ ፡ ጕረቖ፟ ፡ አቢ፟ሎም ፡ አብ ፡ ለጎ፟-ሳርዳ ፡ አ
ተዉ ። አብኡ ፡ ሐያ፟ሎ ፡ እዋ፟ን ፡ ተቐመ፟ጡ ።

## አገው-ንጉሰ ፡ ወረዱ ። 201.

አገው-ንጉሰ ፡ ወዲ፟ ፡ አገው-ወልደንኪኤል ፥ ወዲ፟ ፡ ሐብቶም ፡ ንደ 1.
ጃ፟ያት ፡ ውበ ፥ ከአ ፡ ድሕሪ ፡ ሞት ፡ አኮ፟ኦም ፡ ካብ ፡ ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ አ
ብ ፡ ትግራይ ፡ ሸፈ፟ቱ ። ካብኡ ፡ ንትግራይ ፡ አኖ፟ዒቦም ፡ ብእኸ፟ለ-ጕዛይ ፡
ጌሮም ፡ አብ ፡ ሐማሴን ፡ መጹ ። አይተ ፡ መርእድ ፡ ከአ ፡ ኻብ ፡ በረኻ ፡ 2.
ሐባብ ፡ ተመልሾም ፡ አብኦም ፡ አተዉ ፤ ሸመት ፡ ዐዶ፟ም ፡ ለመ፟ኑ ። ሰብ ፡ 3.
ሐማሴን ፡ ግና ፡ በብ፟ዘለ፟ውዎ፟ ፡ ሀደሙ ፤ ከምኡ ፡ ድማ፟ ፡ ደጃ፟ያት ፡ ሃይሉ ፥
እንተሎ፟ ፡ አይተ ፡ አላ፟ ፥ ንምድሪ ፡ በጕስ ፡ አብ ፡ ሸነኽ ፡ ደብረ-ሲና ፡ ወረ
ዱ ። ከንቲባ ፡ ሃይሉን ፡ አይተ ፡ ወልደንኪኤልኒ ፡ ኸአ ፥ ንባሕሪ ፡ አ 4.

ቢ፟ሎም ፡ ከይዶም ፡ ኤሮም ፤ ካብኡ ፡ ኸንቲባ ፡ ሃይሉን ፡ አብ ፡ ደ፟ግያት ፡
ሃይሉ ፡ አይተ ፡ ወልደንኪኤልኒ ፡ ናብ ፡ አገው-ንጉሰ ፡ አተዉ ። ብድሕ
ሪኦም ፡ አይተ ፡ መርእድ ፡ ዐዶ፟ም ፡ ሓዙ ።
5. አገው-ንጉሰ ፡ ኸአ ፡ መታን ፤ « ከደ ፤ » ኸብ፟ሉ ፤ ንእኸ፟ለ-ጕዛይ ፡ ገ
ጾም ፡ ገበ፟እ ፡ የሉ ። ደ፟ግያት ፡ ሃይሉ ፡ ድማ፟ ፤ « ከይዱ ፡ እዩ፟ ፤ » ይሎም ፡
6. ምስ ፡ አይተ ፡ መርእድ ፡ ተመሓሒሎም ፡ ንዐዶ፟ም ፡ ተመልሱ ። አብ ፡ መ
ንጎዚ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ አስገዶም ፤ ሕነ ፡ ወዱ፟ ፡ ኽፈዲ፟ ፡ ይሉ ፤ ካብ ፡ ለጎ፟-ሳ
ርዳ ፡ ወጺኡ ፡ ናብ ፡ አገው-ንጉሰ ፡ ተኸተ፟ለ ። አገው-ንጉሰ ፡ ኸአ ፡ መራ
ሒ ፡ ንባሕር-ነጋስ ፡ አስገዶም ፡ ጌሮም ፤ ብገስጋስ ፡ ካብ ፡ ድግሳ ፡ መጺኦ
7. ም ፡ ንደ፟ግያት ፡ ሃይሉ ፡ ናብ ፡ ጸዐዘ፟ጋ ፡ ሐደጋ ፡ ወደቅ፟ዎም ። ደ፟ግያት ፡ ሃ
ይሉ ፡ ድማ፟ ፡ ዝሓዙ ፡ ሕጆም ፡ ሐሙስ ፡ መዓልቲ ፡ ብቅ፟ነ ፡ መስቀል ፡ አ
8. ብ ፡ ጕልጕል ፡ ዕዳጋ ፡ ተዋግኡ ፤ እንተኸነ ፡ አገው-ንጉሰ ፡ ሰዓሩ ። አብ
ኡ ፡ አይተ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ወዲ፟ ፡ ደ፟ግያት ፡ ሃይሉ ፡ ተማረኹ ፤ እቲ ፡ ው፟ግ
እ ፡ ምስ ፡ ተወድ፟ኤ ፡ ኸአ ፤ አብ ፡ ቅድሚ ፡ አገው-ንጉሰ ፡ ተደብደቡ ።
አይተ ፡ አላ፟ ፡ ኸአ ፡ ንደብረ-ብዜን ፤ ደ፟ግያት ፡ ሃይሉ ፡ ንበረኻ ፡ ናብ ፡ አ
9. ልገዴን ፡ ሀደሙ ። ኸው ፡ ጸዐዘ፟ጋ ፡ ተተኾ፟ሰት ፤ ብዕራይ ፡ ጸሚዶም ፡ ድ
ማ፟ ፡ አሕረስዎ፟ ።

202. ሞት ፡ አይተ ፡ አላ፟ ።

1. ደሐር ፡ አገው-ንጉሰ ፤ ንጸዐዘ፟ጋ ፡ ምስ ፡ ተኾ፟ሱ ፤ አብ ፡ ሰራየ ፡ ኸ
2. ዱ ፤ አብ ፡ እንዳበ፟-መጣዕ ፡ ከአ ፡ ተቐመ፟ጡ ። አብኡ ፡ ኸለ፟ዉ ፡ ኸአ ፤ አ
ይተ ፡ አላ፟ ፡ ኻብ ፡ ደብረ-ብዜን ፤ ሸመት ፡ ክልም፟ኑ ፤ አብኦም ፡ አተዉ ።
አገው-ንጉሰ ፡ ኸአ ፡ ብጽቡ፟ቕ ፡ ተቐቢ፟ሎም ፡ ንለጎ፟-ጨዋ፟ን ፡ ሊባንኒ ፡ ሾብ
3. ዐቶ፟ ፡ ዐንሰባን ፡ በጕስኒ ፡ ሸምዎ፟ም ። አይተ ፡ አላ፟ ፡ ኸአ ፡ ኻብኡ ፡ ዐድ-
ተኽላይ ፡ ከይዶም ፡ ሰፈሩ ። አብኡ ፡ ኸለ፟ዉ ፡ ግና ፤ ብናይ-ደቂ፟ ፡ ሐሚ

ሞም ፡ ሞቱ ። ካብኡ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ወሲዶም ፡ ቀበርዎም ። ሽው ፡ አባ ፡ ፈን 4.
ዘ ፡ እተባህለ ፡ ሐሽከሮም ፣

« ኣቡን ፡ ጠፍኤ ፣ ክህነት ፡ ደንቊረ ፤
ብዘይ ፡ ጫጎ ፡ ዘይዕጠቅ ፡ ስረ ፤ »

ይሉ ፡ አልቀሰሎም ።

አገው-ንጉሰ ፡ ኸአ ፣ ሞት ፡ አይተ ፡ አላ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፣ ንአይተ ፡ 5.
መርእድ ፡ ክንትብነት ፡ ሂቦም ፡ ብምሉእ ፡ ምኹዓው-ቈሎ-ምላሽ ፡ ሸምዎ
ም ። ካብኡ ፡ ኸንቲባ ፡ መርእድ ፡ ብላሰሊ ፡ ገዛኢ ፣ አይተ ፡ ወልደንኪኤ 6.
ል ፡ ግና ፡ ብትሕቲአም ፡ ኰይኖም ፡ ነበሩ ።

## ቀዳም ፡ አብ ፡ ዐዲ ፡ ገብሩ ። 203.

ድሕሪ ፡ ቕሩብ ፡ እዋን ፡ ከአ ፡ ደጃያት ፡ ሃይሉ ፡ ኻብ ፡ በረኻ ፣ ካብ ፡ 1.
አልገዴን ፣ ሐያሎ ፡ ጭፍራ ፡ አኪቦም ፣ ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ንድግለል ፡ ዐዲ ፡
ዓሊ-በኺት ፡ ለሚኖም ፡ ንነጀው ፡ ወጹ ። ሽው ፡ ኸአ ፡ ኻብቶም ፡ አብ ፡ 2.
በረኻ ፡ ዘለዉ ፡ ደቂ ፡ ዘርኣይ ፣ አሕዋት ፡ ሀዘጋ ፣ ካብ ፡ አላቢዓ ፣ ሐያሎ ፡
ብኸተት ፡ ምስ ፡ ድግለል ፡ መጹ ። ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ሐያሎ ፡ ፈተውቲ ፡ ዐ
ድ-ደገዝማቲ ፡ ኻብ ፡ ሐማሴን ፡ ተወሰኽዎም ።

ከንቲባ ፡ መርእድ ፡ ከአ ፡ ዘሎ ፡ ሰቦም ፡ አኸቲቶም ፡ ቀዳም ፡ ብወር 3.
ሒ ፡ ሰነ ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡ ገብሩ ፡ ገጠሙሎም ። አብኡ ፡ ኸንቲባ ፡ መርእድ ፡
ሰዓሩ ። አብኡ ፡ ድማ ፡ ሐለቃ ፡ እቶም ፡ ሰብ ፡ ድግለል ፡ ዝነበረ ፡ ዐቢ ፡ 4.
መኾንን ፡ በዬድ ፡ ወዲ ፡ እኽት ፡ ሞተ ። ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ኸንቲባ ፡ ዐንደ
ንኪኤል ፡ ወዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ፣ ሹም ፡ ዐድ-ተኽሌ-ዛን ፣ አብኡ ፡
ሞቱ ። ደጃያት ፡ ሃይሉ ፡ ባዕሎም ፡ ተማረኹ ። ወደም ፣ ልጅ ፡ ኢማም ፣ 5, 6.
ፈረሶም ፡ ተወግአም ፤ እንተኾነ ፡ ሓደ ፡ ሐሽከሮም ፡ ንሓደ ፡ ኻብቶም ፡
ስድራ ፡ ኸንቲባ ፡ መርእድ ፡ ቀቲሉ ፣ ፈረሱ ፡ ማሪኹ ፡ ሃቦም ፤ ንኡ ፡ ተ
ወጢሖም ፡ ወጹ ። ካብኡ ፡ ሕጂ ፡ ልጅ ፡ ኢማም ፡ አባ ፡ ሰንጋ ፡ ተባህለ ።

7. ከንቷብ ፡ መርእድ ፡ ከአ ፡ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡ አሲሮም ፡ አብ ፡ አገ
ውንጉሰ ፡ አበርከትዎም ። ካብኡ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ብአሱሮም ፡ ክልተ ፡
8. ዓመትኒ ፡ መንፈቕኒ ፡ ዝአክል ፡ ምስ ፡ አገውንጉሰ ፡ ዘሩ ። ከንቷብ ፡ መ
ርእድ ፡ ድማ ፡ ድሕርዚ ፡ ኻብ ፡ አገውንጉሰ ፡ ድግዝምንት ፡ ተቐበሉ ፥ ከ
ምኡ ፡ ኸአ ፡ ግዝአት ፡ መረብ-ምላሽ ። በዚ ፡ እዋንዚ ፡ ኸምዚ ፡ ደረሱ
ሎም ፤

ናይ ፡ ሐሙስኒ ፡ ሰኑይኒ ፡ ዝነበረ ፡ ዕዳ ፤
ገበርካየን ፡ ብሐንሳእ ፡ ክኸዳ ፡፡

## 204. ግዝአት ፡ ደግያት ፡ መርእድ ።

1. ደግያት ፡ መርእድ ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ዐሸ-ጕልጕል ፡ ከተሙ ፤ ነጋሪቶ
ም ፡ ድማ ፡ ናብኡ ፡ ጸዓኑ ።
2. አብ ፡ መንጎዚ ፡ ንሐዎም ፡ አይተ ፡ ወልደንኪኤል ፥ « አነኼ ፥ » ብ
ማለት ፡ ስለ ፡ እተዐበዩ ፥ አሰርዎም ። ደሐር ፡ ግና ፡ ብዕርቂ ፥ ክልተ ፡ ሰ
ሙን ፡ ዝአክል ፡ ምስ ፡ ተአስሩ ፥ ፈትሕዎም ፤ ብትሕቲአም ፡ ድማ ፡ ንም
ሉእ ፡ ደቐተኸምኒ ፡ ዐንሰባን ፡ ድምበዛንኒ ፡ ኻርንሽምኒ ፡ ዘበለ ፡ ምስሌ
3. ንነት ፡ ሃብዎም ። ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ደግያት ፡ መርእድ ፡ ንአይተ ፡ ጺጋይ ፡
ወዲ ፡ አይተ ፡ አስገዶም ፥ « ሻራ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ እዩ ፥ » ይሎም ፡ አ
ይአመንዎምኒ ። ስለዚ ፥ እቲ ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡ ገብሩ ፡ ኸዋግኡ ፥ ጸዊዮም ፡
አሰርዎም ፤ ጸኒሖም ፡ ድማ ፥ ሽመት ፡ እንዳ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ብድሕሪአም ፡
ንወዲ ፡ ሐብቶም ፡ ጕብሳ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ወልደ-ገብሪኤል ፥ ካብ ፡ ወዘ
4. ሮ ፡ ተመርጸ ፡ ገዘውለድ ፥ ሃብዎ ። በዚ ፡ እዋንዚ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ግዝአት ፡ ዘ
ማት ፡ ብድሕሪ ፡ ኸንቷብ ፡ ዐንደንኪኤል ፡ ንሐሙአም ፥ ንኸንቷብ ፡ ልጃ
ም ፡ ወዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ወልደ-ገርግሽ ፡ ካብ ፡ ዐዲ ፡ ኽፍሎም ፥ ሸምዎም ።--
5. በዚ ፡ ወርሓትዚ ፡ ወረ ፡ ናብ ፡ ብሀገሩ ፡ ተሰምዔ ፥ « ልጅ ፡ ኢማ

ም ፡ ከአ ፡ ሞይቱ ፡ እዩ ፥ » ዝብል ። ሽዑ ፡ ይኹኑሎም ፡ እተባህለ ፡ ሓሜ 6.
ን ፥ በዓል ፡ ዐዲ ፡ ቈንጺ ፥ ንደግያት ፡ መርእድ ፡ ከምዚ ፡ የልዎም ፤

ይሎሙኻ ፥ ተስፋ-ጼን ፡ ከየሎ ፤
ይሎሙኻ ፥ ሃይሉ ፡ ከየሎ ፤
ይሎሙኻ ፥ ኢማም ፡ ከየሎ ፤
አባ-ዳኞ ፡ ኽሰፍር ፡ መጥቃዕሎ ፤
በዓል ፡ እልፊ ፡ ፈረስ ፥ እልፊ ፡ ጕሎ ።

## ተገብር ፡ ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ። 205.

አገው-ንጉሰ ፡ ኸአ ፥ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኽቕበሉ ፡ ኸለዉ ፥ አብ ፡ 1.
ዑና-ሐየላ ፡ ጥቓ ፡ መን-ደፈራ ፡ ሰፈሩ ። ካብኡ ፡ ንቈሓይን ፡ ከዱ ። ሸ 2.
ዑ ፡ ኸአ ፡ ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ካብ ፡ ዐደምሓራ ፡ መጺኦም ፡ አብ ፡ ዐዲ ፡
ዳዕሮ ፡ ናይ ፡ አድያቦ ፡ ሰፊሮም ፡ ነበሩ ። አገው-ንጉሰ ፡ ኸአ ፥ እዚአ ፡ ም
ስ ፡ ሰምዑ ፥ ካብ ፡ ቈሓይን ፡ ንሰራየ ፡ ተመልሾም ፡ ከም ፡ ቀደሞም ፡ አ
ብ ፡ እንዳባ-መጣዕ ፡ ተቐመጡ ። ደግያት ፡ መርእድ ፡ ከአ ፡ ኻብ ፡ ዐሻ- 3.
ጐልጐል ፥ « ጐይታይ ፡ መጺአም ፥ » ይሎም ፡ ምስ ፡ ሐደት ፡ ርእሶም ፡
ክቕበልዎም ፡ ከዱ ።

ቅድምዚ ፡ ግና ፡ ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ንደግያት ፡ መርእድ ፡ አምሲሎ 4.
ም ፡ ሓደ ፡ ደብዳበ ፡ ጽሒፎም ፡ ነበሩ ፤ « ወደይ ፡ መርእድ ፤ አነ ፡ አጸቢ
ቑ ፡ ይፈልጥ ፥ ነስኻ ፡ ብሐቂ ፡ ፈታውየይ ፡ ከም ፡ ዝኾንካ ፤ ሐድሽ ፡ እኳ ፡
አይኮነን ፥ ናይ ፡ ቀደም ፡ እምበር ፤ ስለዚ ፥ አነ ፡ ምስዚ ፡ ሽፍታ ፥ ምስ ፡
ንጉሰ ፥ ክዋጋእ ፡ ይደሊ ፡ አሎኹ ፡ እሞ ፥ ነስኻ ፡ ኸአ ፡ ኻብቲ ፡ ኹናት ፡
ኡብ ፡ ሸነኽ ፡ የማን ፡ ዝብል ፡ ይልካ ፡ አይትዋጋእ ፥ » ዝብል ። ሐጸይ ፡ 5.
ቴድሮስ ፡ እዚ ፡ ዝሓሰቡ ፥ ደግያት ፡ መርእድ ፡ ሕጂ ፡ ብሐቂ ፡ ፈታዊአ
ም ፡ ስለ ፡ ዝኾኑ ፡ አይኮኑን ፤ እንተ ፡ ኾነ ፡ ኽምኡ ፡ ጌሮም ፥ ልቢ ፡ እቶም ፡

6. ክልቲ ፡ ዝፋነተዉ ፡ መታን ፡ ክፈልዩ ፣ ደልዮም ፡ እዮም ፡ እምበር ። ስለ
ዚ ፡ ነቲ ፡ በዓል ፡ ደብዳበ ፣ « ነዛ ፡ ደብዳበ ፡ ናብ ፡ ደግያት ፡ መርእድ ፡
አይተብጽሓያ ፤ እንተኸነ ፡ ናብኡ ፡ ኸም ፡ እትሓልፍ ፡ ተመሲልካ ፡ ናብ ፡
ኢደ ፡ አገው-ንጉሰ ፡ ኸም ፡ እትወድቅ ፡ ደአ ፡ ግበራ ፣ » ይሎም ፡ ሰደ
ድዎ ።

7. እቲ ፡ በዓል ፡ ደብዳበ ፡ ኸአ ፡ ነታ ፡ ደብዳቢኡ ፡ ኸም ፡ ስርዓት ፡ አ
ጻውራ ፡ ደብዳበ ፡ ጌሩ ፡ ናብ ፡ ሓደ ፡ ዘንጊ ፡ ሰኺዑ ፣ ብሰፈር ፡ አገው-ን
ጉሰ ፡ ኽሐልፍ ፡ ክሎ ፣ ሓዝዎ ። እንተ ፡ ተርኤት ፡ ከአ ፣ አብ ፡ ደግያት ፡
8. መርእድ ፡ እትብል ፡ ከነት ። አገው-ንጉሰ ፡ ኸአ ፣ ነታ ፡ ወረቐት ፡ ምስ ፡
አምበቡ ፣ ጕህዩም ፡ ምስቶም ፡ መኳንንቶም ፣ « እንታይ ፡ ንግበር ፤ » ይ
ሎም ፡ መኸሩ ።

9. አብ ፡ መንጎዚ ፡ ኸም ፡ አጋጣሚ ፡ ደግያት ፡ መርእድ ፡ አተውዎም ።
አገው-ንጉሰ ፡ ድማ ፡ ኸም ፡ ቀደሞም ፡ ብብሩህ ፡ ገጽ ፡ አይተቐበልዎም
10. ኒ ፤ ስለዚ ፡ ኸአ ፡ ደግያት ፡ መርእድ ፡ ብጕይትአም ፡ ጕሃዩ ። አገው-ንጉ
ሰ ፡ ኸአ ፣ ብምኽሪ ፡ መታን ፡ ክፍትንዎም ፣ « ንዓ ፤ በዚ ፡ ሸነኽዚ ፡ ሕ
ልዋ ፡ ውጻእ ፣ » ይሎም ፡ አዘዝዎም ። ነሶም ፡ ከአ ፡ ነቲ ፡ ትእዛዞም ፡ ባ
ሀ ፡ ይልዎም ፡ አይተአዘዝዎን ፤ አሎቶም ፡ ድማ ፣ ንምህዳም ፡ ጥራይ ፡ ከ
11. ም ፡ ዝኸኑ ፣ ተራእዩ ። ስለዚ ፡ አገው-ንጉሰ ፣ እቲ ፡ ደብዳበ ፡ ሐጻይ ፡ ቴ
ድሮስ ፣ ንደግያት ፡ መርእድ ፡ እተጻሕፈ ፣ ፍጁም ፡ ሐቂ ፡ መሸልዎም ፣ ነ
12. ሶም ፡ ግና ፣ ብልሓቱ ፡ እኳ ፡ ዘይፈልጡ ፡ ኽነሶም ፣ አሰርዎም ። በዚ ፡ ኸ
ምዚ ፡ ደግያት ፡ መርእድ ፣ ድግዝምንት ፡ ካብ ፡ ዝቕበሉ ፣ ድሕሪ ፡ መንፈ
ቕ ፡ ተአስሩ ።

13. አይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ድማ ፣ ወረ ፡ ምእሳር ፡ ሐዎም ፡ ምስ ፡
ሰምዑ ፣ ብኡ-ብኡ ፡ ዐዲ ፡ ዳዕሮ ፡ ኸይዶም ፡ አብ ፡ ሐጻይ ፡ ቴድሮስ ፡
አተዉ ።

206.

## ደግያት ፡ ኢማም ፡ ተሸሙ ።

ልጅ ፡ ኢማም ፡ ወዲ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ድሕሪ ፡ ስዕረት ፡ አቦ 1.
ኦም ፡ አብ ፡ ዝባን ፡ ደብሪ ፡ ናብ ፡ እንዳ ፡ ሐሙኦም ፤ እንዳ ፡ ሰለሙን ፡
ወዲ ፡ ደብሩ ፤ አተዉ ። ተወጊኦም ፤ ዐሶ ፡ ሕጅዎም ፡ ነበረ ፧ ሐሚሞም ፡
አብኡ ፡ ቐንዩ ። ምስ ፡ ሐወዩ ፤ አብ ፡ ደብሪ ፡ እንዳ ፡ መንቋርዮስ ፡ አተ
ዉ ፧ ካብኡ ፡ ናብ ፡ ኰዓቲት ፡ ተቐመጡ ።

ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ዐደምሓራ ፡ ኽምለሱ ፡ ደለዩ ። ሽዑ ፡ 2, 3.
በቲ ፡ ቐድሚ ፡ ምምላሶም ፡ አይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ አተውዎም ፧ ሽመ
ት ፡ ሐማሴን ፡ ከአ ፡ ለሙኑ ። ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ግና ፤ « ሽመት ፡ ዝግብ 4.
አ ፡ ኻብ ፡ ዐድ-ደግያት ፡ ሃይሉ ፤ መን ፡ አሎ ፧ » ይሎም ፡ ሐተቱ ። አይተ ፡
ገረ-ማርያም ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ድማ ፡ ናብኡ ፡ ጸኒሖም ፤
« እኔኹ ፤ » ይሎም ፡ አብ ፡ ንጉስ ፡ አተዉ ። ንጉስ ፡ ከአ ፤ ሽመት ፡ ንአ 5.
ም ፡ ክህብዎም ፡ እንተ ፡ ደለዩ ፤ « አይፋል ፤ ጎይታይ ፧ ካብ ፡ ንአይሲ ፡
ወዲ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፤ ኢማም ፡ አተባህለ ፡ አሎ ፧ ንኡ ፡ ኽትህብዎ ፡ ይ
ሐይሽ ፤ » የሉ ። ደሐር ፤ ተሎ ፡ ተብሂሉ ፤ ልጅ ፡ ኢማም ፡ ካብቲ ፡ ተሐ 6.
ቢኦምሉ ፡ ዝነበሩ ፤ ካብ ፡ ኰዓቲት ፤ አብ ፡ ንጉስ ፡ ከዱ ። ንጉስ ፡ ከአ ፤
ምስ ፡ ረአይዎም ፤ ተሐኾሾም ፤ ድግዝምንት ፡ ሸይሞም ፡ ግዝአት ፡ አቦአ
ም ፡ ሃብዎም ። ድሕርዚ ፡ ናብ ፡ ዐደምሓራ ፡ ተመልሱ ። 7.

ሽዑ ፤ ግዝአት ፡ መረብ-ምላሽ ፡ አብ ፡ ደግያት ፡ ኢማም ፡ ምስ ፡ ኮነ ፤ 8.
እቲ ፡ ናይ ፡ ደግያት ፡ መርእድ ፡ ዝነበረ ፡ ጠበንጃ ፡ ኸነ ፡ ዓቀይታይ ፡ አ
ብኦም ፡ ተመልሰ ። ነጋሪት ፡ ደግያት ፡ መርእድ ፡ ድማ ፤ ሰብ ፡ ሀዘጋ ፡ ጽ
ዒኖም ፡ አብ ፡ ደግያት ፡ ኢማም ፡ አእተውዎ ። ስለዚ ፡ ደግያት ፡ ኢማ 9.
ም ፡ ክልተ ፡ ዓመት ፡ ምሉእ ፡ ንመረብ-ምላሽ ፡ ገዝኡ ።

## 207. ምርቓ ፡ ቀሺ ፡ እዮኣስ ።

1. ደግያት ፡ ኢማም ፡ ድግዝምንት ፡ አሲሮም ፥ ክምረቑ ፥ አብ ፡ ዐንሰባ ፡
ወረዱ ፤ እሞ ፥ አብ ፡ ምላዛናይ ፡ መጺኦም ፥ ንቀሺ ፡ እዮኣስ ፥ ዐቢ ፡ ዐዲ ፡
ነበሩ ፡ እሞ ፥ « ድግዝምንት ፡ አሲረ ፤ እሞ ፥ ዐዲ ፡ አክቡለይ ፥ ክምረቕ ፥ »
2. የልዎም ። እቶም ፡ መኳንንቲ ፥ ምስ ፡ ኦም ፡ ዝነበሩ ፡ ኸአ ፥ መታን ፡ ክበል
ዑ ፡ ደልዮም ፥ « ንኸብካብ ፡ ዝኸውን ፡ እንፍቕቲ ፡ መዓር ፡ ክህቡና ፥ ነ
ቶም ፡ ዐዲ ፡ ንገሩልና ፥ » የልዎም ። ቀሺ ፡ እዮኣስ ፡ ከአ ፡ ሕራይ ፡ ይሎ
3. ም ፡ ዐዲ ፡ አከበ ። ዐዲ ፡ ምስ ፡ ተአከበ ፥ « መረቑ ፤ ክንዛረብ ፥ ቀሺ ፡ እ
4. ዮኣስ ፥ » የልዎም ። ነሶም ፡ ከአ ፥ ክኣል ፡ ዘረባ ፡ ነበሩ ፡ እሞ ፥ ክምዚ ፡
ይሎም ፡ መረቑ ፤ « ይምህረኒ ፥ ይሳህለኒ ፤ ጽቡቕኒ ፡ ዝጠቕምኒ ፡ የዛርበና ፤
ኢማም ፡ ከአ ፥

> ሀገር ፡ ከተልምዕ ፡ እንተ ፡ ኾንካ ፥
> ይሽምካ ፤
> ሀገር ፡ ከተጥፍእ ፡ እንተ ፡ ኾንካ ፥
> ይሽመምካ ፤ »

5. ይሎም ፡ መረቑ ። « እንታይ ፡ የልኩም ፥ እንታይ ፡ የልኩም ፥ አቱም ፥
ቀሺ ፡ እዮኣስ ፤ » የልዎ ። « ዬ ፤ ሀገር ፡ ብሽመት ፡ ይጠፍእ ፡ ደኣ ፡ ርእ
የ ፥ » የሉ ።
6. ደግያት ፡ ኢማም ፡ ከአ ፥ « ዝደሌኹም ፡ ሃቡኒ ፤ እንፍቕቲ ፡ አይደል
ን ፥ » ይሎም ፡ ካዕቦ ፡ መዓር ፡ ተቐበሉ ።

## 208. ጥፍኣት ፡ አገውንጉሰ ።

1. አገውንጉሰ ፡ ኸአ ፡ ብፍርሃት ፡ ካብ ፡ ሰራየ ፡ ንምድሪ ፡ ባርያ ፡ ወረ
ዱ ። ካብኡ ፡ ብዋልቃይት ፡ አቢሎም ፡ ንወጀራ ፡ ንስሜን ፡ ዘሩ ፤ ደሐር ፥
« ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ከዱ ፥ » ምስ ፡ ሰምዑ ፥ ንትግራይ ፡ ተመልሱ ። በ

ዚ ፡ ኹሉ ፡ መገጆም ፡ ደግያት ፡ ሃይሉን ፡ ደግያት ፡ መርእድኒ ፡ ምስኦ
ም ፡ ኰለል ፡ ይብሉ ፡ ነበሩ ።

ብድሕርዚ ፡ ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ድማ ፡ ኸም ፡ ብሐድሽ ፡ ካብ ፡ ዐደም 2.
ሓራ ፡ ንትግራይ ፡ መጹ ። ቅድሚ ፡ እዚ ፡ እዎንዚ ፥ ንአገው-ንጉሰ ፡ ብው 3.
ግእ ፡ እኳ ፡ እንተ ፡ ሰዓርዎ ፥ መሓዞ ፡ ስኢኖም ፡ ነበሩ ። ሕጂ ፡ ግና ፡ ሓ
ደ ፡ ጥቡብ ፡ ተጣበቡ ። በዚ ፡ እዎንዚ ፡ አገው-ንጉሰ ፡ ናብቲ ፡ ኸተማ ፡ 4.
ዐዲ ፡ ኣቡን ፡ ሰፈሩ ፤ ሰብዓ ፡ ዝአኽሉ ፡ ሰብ ፡ ቀምሽ ፡ ድማ ፡ ብትሕቲኦ
ም ፡ ነበርዎም ። ክምኡ ፡ ኸአ ፡ ኸም ፡ ሐመደ-ግዳም ፡ ዘይፍቀድ ፡ ሰራዊ
ት ፡ ነበሮም ። አገው-ንጉሰ ፡ ምስናይዚ ፡ ኹሉ ፡ ኽነሶም ፥ ሐጸይ ፡ ቴድ 5.
ሮስ ፡ ከምዚ ፡ ይሎም ፡ አወጁ ፤ « ሎሚ ፡ በዘን ፡ ክልተ ፡ መዓልቲ ፥ ነፍ
ሲ ፡ ዝቐተልካ ፥ ዝሸፈትካ ፥ ዝኸተርካ ፥ አብ ፡ ገዳም ፡ እንተ ፡ አቶኻ ፥ አ
ብ ፡ በረኻ ፡ ዘሎኻ ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ቤትካ ፡ እንተ ፡ አቶኻ ፥ ምሒረካ ፡ አሎ
ኹ ፥ » የሉ ። ሽዑ ፡ ብአ-ብኣ ፡ ነዚ ፡ አዋጅዚ ፡ ዝሰምዔ ፡ ኹሉ ፡ አብ ፡ 6.
በቤቱ ፡ አቶ ። ሰራዊት ፡ አገው-ንጉሰ ፡ ኸአ ፡ በብዘለውዎ ፡ ጠለምዎም ፤
በዓል ፡ ቀምሽ ፡ አይተረፈ ፡ በዓል ፡ ጠበንጃ ፥ ጋሻ ፡ ጃግሪኡ ፡ አይተረፈ ፡
መማኸሪ ፤ ኵሉ ፡ ጠሊምዎም ፡ ከደ ። ድሕርዚ ፡ ሐጸይ ፡ ቴድርስ ፡ ንአገ 7.
ው-ንጉሰ ፥ በይኑ ፡ ምስ ፡ ተረፈ ፥ አብ ፡ ድንኳኑ ፡ ኸሎ ፥ ሓዝዎ ። ሽዑ ፡
ቼራርጮም ፡ ስግኡ ፡ ነኽላባት ፡ ሃብዎም ።

ብዛዕባዚ ፤ 8.

« አባ ፡ ታጠቕ ፥ » ክብለካ ፡ ቴድሮስ ፤
ሰብዶ ፡ ወሲዱኺ ፥ ዘይስሓሰ ፤
ወዲ ፡ አገው ፡ መሸልካ ፥ ንጉሰ ፤

ተባህለ ።

## 209. ሽመት ፡ አብ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ተመልሰ ።

1. ድሕሪ ፡ ሞት ፡ አገው-ንጉሰ ፡ ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡
ሽመቶም ፡ መለሱሎም ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ሽመቶም ፡ ተቐቢሎ
ም ፡ ንዐዶም ፡ ተመልሱ ። — —
2. ደግያት ፡ መርእድ ፡ ግና ፥ ካብ ፡ መቕሕ ፡ አገው-ንጉሰ ፡ ምስ ፡ ወ
3. ጹ ፥ አብ ፡ ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ከይረአዩ ፥ አብ ፡ ደብረ-ብዜን ፡ አተዉ ። ድ
ሕርዚ ፡ ደግያት ፡ ሳህሉ ፡ እተባህሉ ፡ ሐረመቻይ ፥ ወዲ ፡ ደግያት ፡ ተኹ
ሉ ፥ ብልዕሊ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ተኸዜ-ምላሽ ፡ ገዝኡ ። ደግያት ፡ መርእ
ድ ፡ ከአ ፡ ተመልሾም ፡ አብ ፡ ደግያት ፡ ሳህሉ ፡ አተዉ ። ሽዑ ፡ ደግያት ፡
ሳህሉ ፡ ተቐቢሎም ፥ ንደግያት ፡ መርእድ ፡ አሲሮም ፡ አብ ፡ ንጉስ ፡ አሕ
4. ለፍዎም ። ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ መቕደላ ፡ አቐመጥዎም ፤ አብ
5. ኡ ፡ ኸአ ፡ ሞቱ ። አይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ግና ፡ በዚ ፡ ግዝያትዚ ፡ ና
ብ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ አትዮም ፥ ካብኦም ፡ ሽመት ፡ ሚናበ-ዘርአይ ፡ ብጆ
ኻ ፡ ዓመጺ ፡ ተቐቢሎም ፥ ከም ፡ ልኡኽ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኾይኖም ፡
አብ ፡ ዐዶም ፡ ፡ ተቐመጡ ። — —
6. በዚ ፡ እዋንዚ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ንበኺት ፡ ወዲ ፡ ተወልደ-መድህ
ን ፥ ዕዛረቻይ ፥ በዓል ፡ እምባ-ደርሆ ፥ ካብ ፡ ንጉስ ፡ ክንትብኖት ፡ አውሃ
7. ብዎ ። ከምዚ ፡ ይሉ ፡ እዩ ፡ ሽመትኒ ፡ ኽንትብኖትኒ ፡ ናብ ፡ ካርንሸም ፡ ዝ
ጀመረ ፤ ሎም ፡ ግና ፡ ብወዶም ፡ አብ ፡ ድግዝዎኘት ፡ በጺሑ ፡ አሎ ።
8. ድሕሪ ፡ ሞት ፡ ወዘሮ ፡ ዋርካ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ንጓል ፡ ከን
ቲባ ፡ በኺት ፥ ወዘሮ ፡ ሄዋን ፡ እተባህለት ፥ አእተዉ ።

## 210. ብላቻ ፡ ውብ ፡ ናብ ፡ ክንዲ ፡ ጐይትአም ፡ ሐለፈ ።

1. አገው-ንጉሰ ፡ ምስ ፡ ተሳዕረ ፥ ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ንደግያት ፡ ሳህሉ ፥
ተኸዜ-ምላሽ ፡ ክገዝእ ፥ ሸምዎ ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ብትሕቲ ፡ ደግ

ያት ፡ ሳህሉ ፡ ገዛኢ ፡ ነበሩ ። አብ ፡ መንጎዚ ፡ ደግያት ፡ ሳህሉ ፡ ንደግያ 2.
ት ፡ ሃይሉ ፥ « ግብሪ ፡ ንጉስ ፡ ናባይ ፡ አእትዉ ፥ » የልዎም ። ነሶም ፡ ድማ ፥
« ንጉስ ፡ ስለ ፡ ዝሸሙኹም ፥ ልዕለይ ፡ ኢኹም ፤ እንተኸነ ፡ ግብሪ ፡ ና
ብ ፡ ኢድ ፡ ንጉስ ፡ እምበር ፥ አብ ፡ ኢድ ፡ ካልእ ፡ አይህበን ፡ እየ ፥ » የ
ሉ ። ስለዚ ፡ ምስ ፡ መኳንንቶም ፥ እንተሎ ፡ አይተ ፡ ወልደንኪኤል ፥ ኰ 3.
ይኖም ፥ አብ ፡ ደብረ-ታቦር ፡ አብ ፡ ንጉስ ፡ ከዱ ። ሐጻይ ፡ ቴድሮስ ፡ ከ
አ ፡ ዘረብኦም ፡ ሰሚዖም ፥ « ግብርስ ፡ አባይ ፡ ጥራይ ፡ አእቱ ፥ » የል
ዎም ።

ባሕር-ነጋስ ፡ አስገዶም ፥ በዓል ፡ ሰፍሐ ፥ ከአ ፡ ሸዑ ፡ ናብኡ ፡ ጸን 4.
ሔ ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፥ « ብጥንቲ ፡ ገባረይ ፥ ገባር ፡ አበሐጎይ ፥ ኢ
ኻ ፥ » የልዎ ። ነሱ ፡ ኸአ ፥ « አይፋለይ ፤ ንንጉስ ፡ ሐማሴንሲ ፡ አይግብር
ኒ ፥ ገባርኩም ፡ ከምዘይኸውን ፥ » ይሉ ፡ እልፍን ፡ አንገትን ፡ ቋጸረሎም ።
እኒ ፡ አይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ መስከሩ ፤ « ንደብረ-እንድርያስ ፡ እምበር ፥ 5.
እንዳ ፡ ደገዝማችስ ፡ አይግብሩን ፥ » ይሎም ፡ አርትዕዎም ። ሸዑ ፡ ብላ 6.
ታ ፡ ውበ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ኣውሳቤስ ፥ ሓደ ፡ ትግራዋይ ፥ ሐሽከር ፡ ደግ
ያት ፡ ሃይሉ ፥ « አብ ፡ ክንዲ ፡ ጐይታይ ፡ ኣነ ፡ ይሐልፈሎም ፥ » ይሉ ፡
ሐለፈ ። ሐጻይ ፡ ቴድሮስ ፡ ከአ ፡ እዚ ፡ ርእዮም ፥ « ከምዚ ፡ ዝአመሰለ ፡ እ 7.
ሙን ፡ ግልያ ፡ ክብረትኒ ፡ ሸመትኒ ፡ ስልማትኒ ፡ ይግብአ ፤ አኽብሮ ፡ ኢ
ኻ ፥ ብላታንጌታ ፡ ግበሮ ፥ » ይሉም ፥ ደማስ ፡ አልብሾም ፡ መሓርዎ ። –
እቲ ፡ ግብሪ ፡ ሰፍሓ ፡ ኸአ ፥ « ከምቲ ፡ ቓል ፡ ሃይሉ ፡ ይኹን ፤ በቲ ፡ ዘ
ሎ ፡ ይዓለሉ ፥ » የሉ ።

ብዛዕባዚ ፡ ዋጣ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ንብላታ ፡ ውበ ፡ ኸምዚ ፡ የሎ ፤ 8.

ወድኻ ፥ ኣውሳቤስ ፥ ወርቂ ፡ ርፍርፍ ፤
እንታይ ፡ አበለካ ፡ ንጉስ ፡ ካሌፍ ፤
ክንዲ ፡ ጐይትኡ ፡ ኽሳዱ ፡ ዘሕልፍ ፤
ነስኻ ፡ ጻዕዳ ፡ ጣፍ ፥ ካልእ ፡ ቋርፍ ።

## 211. ተረኽብ ፡ ዘረባ ፡ ቐሺ ፡ ገረ-ሓርያት ።

1. ሓደ ፡ መዓልቲ ፡ ናብ ፡ እንዳ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸምዚ ፡ ኾነ ።
2. ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ናብ ፡ ቤቶም ፡ ሒደት ፡ ሜስ ፡ ጥራይ ፡ ነበሮም ፤
እሞ ፡ ንባሕር-ነጋስ ፡ ጕራደ ፡ ሹም ፡ አስመራ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ዘርአይ ፡
ይፈትውዎ ፡ ስለ ፡ ዝነበሩ ፡ « ሐዩ ፡ እስኬ ፤ ርእይ ፡ እናበልካ ፡ ሜስ ፡ ዐ
ድል ፡ » የልዎ ። « እሺ ፡ ጐይታይ ፡ » ይሉ ፡ ድማ ፡ ነሱ ፡ ቛሪኡ ፡ ዐጢ
3. ቑ ፡ ክዕድል ፡ ተንስኤ ። ቀሺ ፡ ገረ-ሓርያት ፡ ከአ ፡ ዐቢ ፡ ኻህን ፡ አብኡ ፡
4. ነበሩ ፤ ንባሕር-ነጋስ ፡ ጕራደ ፡ ኸአ ፡ ገስጮምዎ ፡ ነበሩ ። ነሱ ፡ ኸአ ፡ ክ
ዕድል ፡ ከሎ ፡ መታን ፡ ሕኒኡ ፡ ኽፈጺ ፡ ሐንቲ ፡ ብርሌ ፡ ጥራይ ፡ ሂብዎ
5. ም ፡ ነቶም ፡ ካልኦት ፡ ዐበይቲ ፡ ኸክልተ ፡ ሃበ ። ነሶም ፡ ከአ ፡ እቲ ፡ ሜ
ስ ፡ ይውዳእ ፡ ምስ ፡ ረአዩ ፡ ከምዚ ፡ የሉ ፤ « ጕራደ ፡ ጕራደ ፡ » የሉ ።
ነሱ ፡ ኸአ ፡ « አቤት ፡ አቤት ፡ » የለ ። ነሶም ፡ ድማ ፡ « በታ ፡ ሽምካ ፡ ደ
አ ፡ ወጺይ ፡ » የልዎ ።

## 212. እንዳ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ።

1. ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ቅድም ፡ ንወዘሮ ፡ አብሰራ ፡ በዓልቲ ፡ ኮር-
ባርያ ፡ ጓል ፡ አይተ ፡ ትኩእ ፡ አእተዊ ። ካብኤን ፡ ንወዘሮ ፡ ውባ ፡ ወለ
2. ዱ ። ንወዘሮ ፡ ውባ ፡ ደረፉለን ፡ ከምዚ ፡ ይሎም ፤

ፈረስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ እቲ ፡ ሐመረ ፤  
« ውረር ፡ » እንተልካዮ ፡ ዘወርረ ፤  
« ተደበር ፡ » እንተልካዮ ፡ ዝድበረ ፤  
ውባ ፤ ምስዋን ፡ ነውሪ ።

3. ነሸን ፡ አብ ፡ አይተ ፡ ጕድም ፡ በዓል ፡ ግራት ፡ ገብሩ ፡ ተአትዋ ። ወዘሮ ፡
አብሰራ ፡ ኸአ ፡ ካብ ፡ ራእሲ ፡ ምስ ፡ ተሐድጋ ፡ አብ ፡ አይተ ፡ ገረ-

ስላሰ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ አስገዶም ፡ ተአትዋ ፤ እሞ ፣ ክሳዕ ፡ ሕጂ ፡ ናብ ፡
ጻዕዳ-ኽስታን ፡ ይነብራ ፡ አለዋ ።
ነሶም ፡ ከአ ፡ ድሕሪኤን ፡ ንወዘሮ ፡ አብርሃ-ጽዮን ፡ ጓል ፡ አይተ ፡ አ 4.
ብርሄ ፣ ካብ ፡ ዐዲ ፡ አውልዕ-ጸሩ ፣ አእተዉ ። ካብኤን ፡ ንበዂሪ ፡ ወጆ 5.
ም ፣ ደግያት ፡ መኰንን ፣ ወለዱ ፣ አብ ፡ ውግእ ፡ ሰኑይ ፡ ምስ ፡ ደግያት ፡
ሃይሉ ፡ ገዘሞተ ። ንደግያት ፡ መኰንን ፡ ምስ ፡ ወለዳ ፣ ፈተሑዎ ፡ ንበዓል ፡
ዐጀስፈዳ ፡ አመርዓውዎን ። ነሰን ፣ አርባዕተ ፡ ደቂ ፡ ወሊደን ፡ ካብተ ፡ 6.
በዓል ፡ ዐጀስፈዳ ፣ ክሳዕ ፡ ሎሚ ፡ አለዋ ።
ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ንወዘሮ ፡ ዂላ-ደሃብ ፣ በዓ 7.
ልተ ፡ ዐዲ ፡ ንአምን ፣ ጓል ፡ ጀሚል ፡ ወዲ ፡ ስብሃት-ለአብ ፣ ካብ ፡ ዐዲ ፡
ሰጀል ፣ አእተዉ ። እንተኸነ ፡ ቐዳመይተ ፡ ሕጽይቶም ፡ ነሰን ፡ እየን ፡ ዝ 8.
ነበራ ፤ ተብእሶም ፣ ብዂራ ፡ እዮም ፡ ንወዘሮ ፡ አብሰራ ፡ ዘእተውዎን ።
ከምኡ ፡ ኸአ ፣ ነሰን ፡ ብመርዓተን ፡ ተሐዲገን ፡ ከለዋ ፣ እዮም ፡ ንወዘሮ ፡
አብርሃ-ጽዮን ፡ ዘእተዉ ፤ ደሐር ፡ ተመልሶም ፡ ምስ ፡ ወዘሮ ፡ ዂላ-ደሃ
ብ ፡ ተዐርቁ ። ካብኤን ፡ ንደግያት ፡ መስፍን ፡ ወለዱ ። ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ወ 9.
ዘሮ ፡ ዂላ-ደሃብ ፡ ንወዘሮ ፡ ለምለም ፣ ንወዘሮ ፡ ደስታ ፣ ንወዘሮ ፡ ለቱ
ልዑልኒ ፡ ወለዳ ፤ እዚኣተን ፡ ሰለስቲኤን ፡ አብ ፡ ሰራየን ፡ ማይ ፡ ጻዕዳን ፡
ተአትዋ ። ወዘሮ ፡ ዂላ-ደሃብ ፡ ክሞታ ፡ ኸለዋ ፣ 10.

ተቐቢርክዶ ፣ ብነጋሪት ፡ ዋሕሳ ፤

ተባህለ ።

ደሕሪ ፡ ዂለን ፡ ንወዘሮ ፡ አለጣሽ ፣ በዓልቲ ፡ ተምቤን ፣ ጓል ፡ ሐወ 11.
ቦኦም ፡ ንሐጸይ ፡ ዮሀንስ ፣ አእተዉ ። ንሰን ፡ አይወለዳን ። – –
ልጅ ፡ ሃይለ-መለኮትኒ ፡ ወዘሮ ፡ ጥሩን ፡ ደቂ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤ 12.
ል ፡ ካብ ፡ ሐንቲ ፡ ሰይት-ወሰን ፡ እዮም ፤ ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ልጅ ፡ ውበ ።

## 213. ነገር ፡ ዓመጺ ።

1. ድሕሪ ፡ ሞት ፡ ኣገው-ንጉሰ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ኣርባዕተ ፡ ዓመት ፡ ዝኣኽል ፡ ብትሕቲ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኹይኖም ፡ ትም ፡ ይሎም ፡ ተገዝኡ ።

2. ኣብ ፡ መንጎዚ ፡ ፊተውራሪ ፡ ገብረ-ኣብ ፡ ኰረሪ ፡ ወዲ ፡ ብላታ ፡ ገረ መድህን ፣ ነሱ ፡ ንዓመጺ ፡ ኻብ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ተቐቢሉ ፡ ይገዝእ ፡ ነበረ ፡ እሞ ፣ ብኣውሎ ፡ ኸምዚ ፡ የለ ፤

ኣቲ ፣ ዓመጺ ፣ ዓመጺ ፤
ዐዲ ፡ ዻዕዳ ፡ ጣፍ ፣ ዐዲ ፡ ነጪ ፤
ነስኽንዶ ፡ ነገር ፡ እትምጺ ።

3. እዚ ፡ ኣውሎ ፡ ንራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ተሰምዮም ፤ ኣብ ፡ ልቦም ፡ ኣ
4. ትዩ ፡ ቐልውልው ፡ ኣበሎም ። እሞ ፣ ብጓሂ ፣ « ለካ ፤ እዚ ፡ ኣሎ ፡ እዩ ፣ »
ይሎም ፡ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፣ « ብምንታይ ፡ ነገር ፡ ንምሉእ ፡ ሚናበ-ዘርኣ
ይ ፡ ሂብኩምኒ ፡ ኸሎኹም ፣ ንዓመጺ ፡ ትኸልኡኒ ፣ » የልዎም ። ደግያ
ት ፡ ሃይሉ ፡ ኸኣ ፣ « እቲኣስ ፡ ጕልቲ ፡ ሰበነ-ገርግሽ ፡ እያ ፤ እሞ ፣ ኣይሀ
5. በካን ፣ » የልዎም ። ነሶም ፡ ድማ ፣ « ይትረፍ ፡ ዓመጺ ፡ ጥራይሲ ፤ ምሉ
እ ፡ ሚናበ-ዘርኣይ ፡ ከነ ፡ ኣነ ፡ ኸንከ ፣ ደይናትኩም ፡ ኢና ፤ ሕጂ ፡ ኸ
ኣ ፡ ንሚናበ-ዘርኣይ ፡ እንተ ፡ ኸላእኩምኒ ፣ እንታይ ፡ ዝብል ፡ ከይነ ፤
ኵሉስ ፡ ንኣኹም ፡ እየ ፡ ዘግዝእ ፡ ዘሎኹ ፡ እምበር ፤ ንኣይዶ ፡ ኹይኑ ፤
ሕጂ ፡ ድማ ፡ ኸም ፡ ፍቓድኩም ፡ ግበሩ ፣ » ይሎም ፡ ንዐዶም ፡ ተመ
ልሱ ።

6. ድሕርዚ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፣ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ጬኺኖም ፡ ከም ፡ ዝኸልእዎም ፡ ምስ ፡ ረኣዩ ፣ ብልቦም ፡ ተናዲዶም ፡ ካብ ፡ ሀዘጋ ፡ ሸፈቱ ። ሸፊቶም ፣ ብሰሐርቲ ፡ ኣቢሎም ፡ ኣብ ፡ ዐሳወርታ ፡ ወረዱ ፤ ደ

ሐር ፡ ክ·ብኡ ፡ ተመልሾም ፡ አ·ብ ፡ እኹ፟ለ-ጕዛይ ፡ መጺኦም ፡ አ·ብ ፡ ኮር-ባ
ርያ ፡ እንዳ ፡ ወዲ፟ ፡ ሐብቶም ፣ ባሕር-ነጋስ ፡ ወልደ-ስላ፟ሰ ፡ ወዲ፟ ፡ ባሕር-ነ
ጋስ ፡ ዐንደንኪኤል ፣ አተዉ ።

## ረቡ·ዕ ፡ አብ ፡ ዳዕሮ-መ·ኻን ። 214.

አብ ፡ መንጎዚ ፡ ደግ፟ያት ፡ ኢ·ማም ፡ ወዲ፟ ፡ ደግ፟ያት ፡ ሃይሉ ፡ ሐሚሞ 1.
ም ፡ ጥምቀት ፡ መዓልቲ ፡ ሞቱ ፤ አ·ብ ፡ ጸዐዘ፟ጋ ፡ ተቐብሩ ። ድሕርዚ ፡ ደ
ግ፟ያት ፡ ሃይሉ ፡ ሐገዝ ፡ ንተስካር ፡ ወዶ፟ም ፡ ደልዮ·ም ፡ ንሰራየ ፡ ኸዱ ።

አይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ድ·ማ፟ ፣ ደግ፟ያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸይዶም ፡ ምስ ፡ 2.
ሰምዐ· ፣ ካብ ፡ ኮር-ባርያ ፡ ንባሕር-ነጋስ ፡ ወልደ-ስላ፟ሰ ፡ ሕጆም ፣ ካብ ፡ ኰ
ዓቲት ፡ ከአ ፡ ምስ ፡ ደግ፟ያት ፡ ገረ-መድህን ፡ ወዲ፟ ፡ አይተ ፡ ሀብተንኪኤ
ል ፡ ተሓባቢሮም ፣ ከምኡ ፡ ድ·ማ፟ ፡ ኻ·ብ ፡ ወቐርቲ ፡ ምስ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡
ፍሬ-እዝጊ ፡ ወዲ፟ ፡ አይ·ተ ፡ ተኽ፟ኤ ፡ ኾ·ይኖም ፣ ተአ·ኻኺቦም ፡ አ·ብ ፡ ሐ
ማሴን ፡ ወጹ ። ክ·ብ ፡ ዐረ፟ዛ ፡ ኸአ ፡ አይ·ተ ፡ ወንደፍራሽ ፡ ወዲ፟ ፡ አይተ ፡
ገረ-ጻድቕ ፣ ቀደም ፡ ክ·ብ ፡ አገው-ንጉሰ ፡ ሽመት ፡ ሰራየ ፡ ምስ ፡ ደቒ፟ ፡ ተ
ስፋ· ፡ ተቐቢ፟ሎም ፡ ነበሩ ፡ እሞ፟ ፣ ሕጂ ፡ ምስ ፡ አይ·ተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ተ
ማኺሮም ፣ ሰቦም ፡ ነ·ሎ፟ም ፡ አኽ·ቲቶም ፡ ና·ብ ፡ ሐማሴን ፡ ከድዎ፟ም ። በዚ ፡ 3.
ኸምዚ ፡ አይ·ተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ብገስጋስ ፡ መጺኦም ፣ ሰምበት ፡ መዓል
ቲ ፡ ቕድሚ ፡ አርብዓ-ጾም ፡ ንጸዐዘ፟ጋ ፡ ወዲቖም ፡ ተኾ፟ስዋ፟ ። ሽዑ ፡ ብዙ
ሕ ፡ ማልኒ ፡ አቕሓን ፡ ተዘምተ ፤ ክ·ብ ፡ ደቒ፟ ፡ ጸዐዘ፟ጋ ፡ ዝበዝሐ· ፡ ንቃሕ
ቲ ፣ ዐንሰባ ፣ ሀደሙ ።

ክ·ብኡ ፡ ንሰኑዩ ፡ አይ·ተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ምስ ፡ ስድርኦም ፡ ኰይኖ 4.
ም ፣ ሀዘ፟ጋ ፡ ኸይዶም ፣ ዐሪፎም ፣ ክበልዑ·ን ፡ ክሰትዩን ፡ ክፍኽ፟ሩን ፡ ወዓ
ሉ ። ንጽብ፟ሒቱ ፣ ብሰሉስ ፣ አ·ብ ፡ ሞት ፡ ደግ፟ያት ፡ ኢ·ማም ፣ አ·ብ ፡ ሐዘኖ 5.
ምኒ ፡ ናብ ፡ ቀብሮምኒ ፣ ዝሐገ፟ዙ ፡ ሰባት ፡ አ·ብ ፡ ዐድ-ንፋ·ስ ፡ ነበሩ ፡ እ
ሞ፟ ፣ አይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ከአ ፣ « ሻራ· ፡ ደግ፟ያት ፡ ሃይሉ ፡ እንካ ፡ እየ፟

ን ፤ » ይሎም ፤ ካብ ፡ ሀዘጋ ፡ ኸይዶም ፡ ምስ ፡ ዐዲ-ንፋስ ፡ ተዋግኡ ። ኸ
6. ው ፡ ሰብኣ ፡ ዝኣኽል ፡ ነፍሲ ፡ ኻብኦም ፡ ተቐትሉ ። — ቅሩብ ፡ ቅድሚ ፡ እ
ዚ ፡ እዋንዚ ፤ ኣባ ፡ ገረ-ወልዲ ፡ እተባህሉ ፡ ፈላሲ ፡ ናብቲ ፡ ገምገም ፡ ት
ሕቲ ፡ ዐዲ-ንፋስ ፡ ንበር ፡ ኔሮም ፤ ካብ ፡ ዐዲ-ንፋስ ፡ ድማ ፡ ብገለ ፡ ነገር ፡
ምስኦም ፡ ተሓራረቖም ፤ ኣብቲ ፡ ብብሕትውና ፡ ዘለዎ ፡ ወዲቖም ፡ ቀ
ተልዎም ። በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡ ኣይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ንሐያሎ ፡ ኻብ
ቶም ፡ እተማረኹ ፡ ሰብ ፡ ዐዲ-ንፋስ ፤ « ሕነ ፡ ኣባ ፡ ገረ-ወልዲ ፤ » ይሎ
ም ፡ መልሓሰም ፡ ቈረጽዎም ።
7. ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፤ ወረ ፡ ምትኳስ ፡ ዐዶም ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፤ ብ
ኡ-ብኡ ፡ ገስግሶም ፡ መጺኦም ፤ ምስ ፡ ኣይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ክዋግ
ኡ ፤ ምሸት ፡ ሰሉስ ፡ ኣብ ፡ ኣስመራ ፡ ሰለፉ ። ሽው ፡ ገዛህደመ ፡ ኾሎ ፡
ተመልሰ ፦ ሰብ ፡ እዚ ፡ ጎልጎል ፡ ድማ ፤ ፈተውቲ ፡ ዐዲ-ደግያት-ሃይሉ ፡
ዝኾኑ ፤ ምስ ፡ ኣይተ ፡ ጺጋይ ፡ ወዲ ፡ ኣይተ ፡ ኣስገዶም ፡ ከይዶም ፡ ኣብ
8. ኣም ፡ ኣተዉ ። ድሕርዚ ፡ ረቡዕ ፡ ንግሆ ፡ ብወርሒ ፡ ጥሪ ፡ ናብ ፡ ኣስመ
9. ራ ፤ ዳዕሮ-መኻን ፡ ኣብ ፡ ዝበሃል ፤ ተዋግኡ ። ሽዑ ፡ ናብ ፡ ኣንፈ ፡ እቲ ፡
ውግእ ፤ እቲኣቶምኒ ፡ እቲኣቶምኒ ፡ ምስ ፡ ተቓራረቡ ፤ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡
ኸምዚ ፡ ይሎም ፡ ፈኸሩ ፦

የማን ፡ ግልጽ ፡ እንተለ ፤ ምድሪ ፡ ዝጐብእ ፦
ጸጋም ፡ ግልጽ ፡ እንተለ ፤ ምድሪ ፡ ዝጐብእ ፦
ጕይታኹም ፡ ይመጽእ ፦ ኣጆኹም ፤ ኣዛብእ ፦
ሽሻይ ፡ ኣሞራ ፦
ሐው ፡ እሌን ፤ ኈመራ ።

10. ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ናብኡ ፡ ሰዓሩ ። ኣይተ ፡ ወንደፍራሽኒ ፡ ባሕር-
ነጋስ ፡ ፍሬ-እዝግን ፡ ሞቱ ። ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ኻብቶም ፡ ሰብ ፡ ሀዘጋ ፡ ጺጋይ ፡
ወዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ተስፋ ፡ ናብቲ ፡ ውግእ ፡ ሞተ ። ልጃም ፡ ድማ ፤ ወዲ ፡ ሐ
ዉ ፡ ንጺጋይ ፤ ተማረኸ ፦ ድኅሪ ፡ እቲ ፡ ውግእ ፡ ከአ ፡ ብትእዛዝ ፡ ደግያ

ት ፡ ሃይሉ ፡ ተደብደበ ። ኩብ ፡ ጻዕዳ-ኽስታን ፡ ድማ ፡ ባርይኡ ፡ ወዲ ፡ ዘ
ዳይ ፥ ወዲ ፡ ሐዎም ፡ ን'ኽንቲባ ፡ ወልደ-ልዑል ፥ ካብ ፡ ዐደይጠበ ፥ ምስ ፡
አይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ውዒሉ ፡ ነበረ ፤ እሞ ፥ ኣብኡ ፡ ሞተ ። ገተረፉ ፡ 11.
መኻንንቲ ፥ እንተሎ ፡ አይተ ፡ ወልደንኢኤል ፥ ሀዲሞም ፡ ወጹ ። – –
ልጅ ፡ ስብሃቱ ፡ ወዲ ፡ ኽንቲባ ፡ በኺት ፡ እቶም ፡ ሻሩ ፡ አበኡ ፡ ሐ 12.
ዲጉ ፡ ብረቡዕ ፡ ምስ ፡ አይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ወዓለ ። አይተ ፡ ወልደን 13.
ኪኤል ፡ ተስዒሮም ፥ ልጅ ፡ ስብሃቱ ፡ ኸአ ፡ ተማሪኹ ፡ አቶ ። አቡኡ ፡
ኸአ ፡ ባዕሎም ፡ ክቐትልዎ ፡ ደለዩ ፤ እሞ ፥ « ሃባ ፤ ኣነ ፡ ኽወግኦ ፥ ኣነ ፡
ኽወግኦ ፥ እዚ ፡ ተኻል ፥ » ይሎም ፥ ኩናት ፡ ሕጅም ፡ ተወጠጡ ። ደግያ
ት ፡ ሃይሉ ፡ ግና ፥ « ሕደጉ ፥ ሕደጉ ፥ » ይሎም ፡ መሓርዎ ። – –
ድሕርዚ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ስዒሮም ፡ ዐዱም ፡ አትዮም ፥ መልሾም ፡ 14.
ሰርሕዋ ።

## ምድብዳብ ፡ ልጃም ። 215.

ልጃም ፡ ወዲ ፡ ስብሃቱ ፥ ወዲ-ወዲ ፡ ን'ኽንቲባ ፡ ተስፉ ፥ ድሮ ፡ ረቡ 1.
ዕ ፡ ኣብ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ አቶ ፤ እሞ ፥ ምስኦም ፡ ኰይኑ ፡ ኽዋጋእ ፡ መ
ሓለ ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ፈረስ ፡ ሃብዎ ። እንተ'ኸነ ፡ ደቂ ፡ ጸዐዘጋ ፥ 2.
« ይጠልመና ፥ » ይሎም ፡ አይአመንዎን ፤ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ግና ፥ « ባዕ
ለይ ፡ እፈልጥ ፤ ደሓን ፥ » የሉ ። ምሸት ፡ ክድረሩ ፡ ኸለዉ ፥ ደግያት ፡ 3.
ሃይሉ ፡ ሳዕሪ ፡ ቐንጢቦም ፥ « ልጃም ፥ » የልዎ ፤ « ንኣይ ፡ እንተ ፡ ጠለ
ምካዮ ፥ እዚኣ ፡ ትሓንነቶልካ ፤ » የልዎ ። ነሱ ፡ ኸአ ፥ « ትሓንነቶለኒ ፥ »
የለ ።

ደሓር ፡ ዐጢቖም ፡ ኣብ ፡ ኲናት ፡ ነቐሉ ። ነሱ ፡ ኸአ ፡ ብፈረሱ ፡ 4.
ጸሊቑ ፥

« አደይ ፡ ትሕሸኒ ፥ » ቢሉ ፤
« አደይ ፡ ተሕሸኒ ፥ » ቢሉ ፤

5. እኛ̈ለ ፥ አብ ፡ ሐወ ፡ አቶ ። እ'ንተ'ክነ ፥ መታ'ን ፡ አዥ̈ዩ ፡ ኽእመ̈ን ፥ ኩብ ፡
ፈረስ ፡ ወሪዱ ፡ ብእግሬ ፡ ናብ ፡ ኩናት ፡ አቶ ። ኩናት ፡ ሀዠ̈ጋ ፡ ምስ ፡ ተ
ሳዕረ ፥ ልጃም ፡ ሕንቁቕ ፡ ነበረ ፡ እሞ̈ ፥ ብእግሬ ፡ ምጉያይ ፡ ስኢኑ ፡ ዕንክ
6. ይክይ ፡ የለ ። ሽው ፡ በጅርወንዲ ፡ ቢልዎ ፡ እተ̈ባህለ ፡ ሐሽከር ፡ ደግ̈ያ
ት ፡ ሃይሉ ፡ አርኪቡ ፡ ሓዞ ። ቀድ̈ም ፡ ምስኣም ፡ ዝወዓለ ፡ መሸልዎ̈ ፡ ነ
በረ ፤ ደሐር ፡ ጠሊሙ ፡ ኸም'ዝነበረ ፥ ነገርዎ̈ ፤ እሞ̈ ፥ ሕጅዎ̈ ፡ ናብ ፡ ደገ̈
7. ዝማተ ፡ አቶ ። ደግ̈ያት ፡ ሃይሉ ፡ ድማ̈ ፥ « እታ ፡ ሮማድዶ ፡ ሐንኩላት
ኻ̈ ፥ ልጃም ፤ » የልዎ̈ ። ሽው ፥ « በሎ̈ ፥ » ይሎም ፡ ደብደብዎ̈ ።

## 216. ሞት ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ጉራደ ።

1. ካብ ፥ ስድራ ፡ ደግ̈ያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ጉራደ ፥ ሹም ፡
2. አስመራ ፡ ዝነበረ ፥ አብተ ፡ ውግ̈እ ፡ ሞተ ። አማውትኡ ፡ ግና ፥ ምስ ፡ ሓ
ደ ፡ ቢልዎ ፡ እተ̈ባህለ ፡ ጅግና ፥ [በዓል ፡ ሕምብርተ ፥ ወዲ̈ ፡ ጓል ፡ ዐዲ̈ ፡
ኽንፉ ፥] « በል ፤ ካባይኒ ፡ ኻብ'ኻ'ን ፥ መ'ን ፡ ተበ̈ዕ ፡ ከም ፡ ዝ'ኾነ ፥ ክር̈ኤ ፥
3. ጠኒንና ፡ ናብ ፡ ማእከል ፡ ጸላእትና ፡ ንእቶ ፥ » ይሎም ፡ ተቓተዉ ። ሽ
ው ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ጉራደ ፡ ብድፍረት ፡ አብ ፡ ማእከል ፡ አቶ ፤ እሞ̈ ፥ ቀተ
4. ልዎ̈ ። ቢልዎ ፡ ግና ፡ ስግጥ ፡ ይሉ ፡ ንድሕሪት ፡ ተመልሰ ። ድሕርዚ ፡ ጓ
ል ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ጉራደ ፡ ኸምዚ ፡ ይላ ፡ ቆጐ̈ዘማ ፡ ቔዘ̈መት ፡

« ቢልዎ ፥ ቢልዎ ፤
ነቦ̈ይ ፡ አቕቲልዎ̈ ፤
ንዋጋእ ፡ ይልዎ̈ ፤ »

የለት ። ከም ፡ ከምኡ ፡ ዝአመሸ̈ለ ፡ ድማ̈ ፡ ሐያ̈ሎ ፡ ኻልእ ፡ ዝሐለየቶ̈ ፡
አሎ̈ ።

5. እዚ ፡ ደርፍዚ ፡ ናብ ፡ በሀገሩ ፡ ወጸ ። ደግ̈ያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፥ ቢል
ዎ ፡ ሓደ ፡ ንፉዕ ፡ ግልይኣም ፡ ነበረ ፡ እሞ̈ ፥ ሕነ ፡ ጉራደ ፡ ተብሂሉ ፡ ሰ

ብ ፡ ከይቐትሎ ፣ ፈሪሆም ፣ ነታ ፡ ጓል ፣ « ሕደጊ ፣ አቲ ፣ ጓል ፤ ቀኈዝማስ ፡
ይትረፍ ፤ ገዝሚ ፡ ኽህበኪ ፣ ሐሙሽተ ፡ ሚአቲ ፣ » የልዋ ። ነሳ ፡ ግና ፣
« ገንዘብኩም ፡ አይደልን ፣ » ይላ ፡ አበየቶም ።

## « ነገር ፡ ማንትለ ። » 217.

ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ከአ ፡ ረቡዕ ፡ ኩብ ፡ አስመራ ፡ ሀዲሞም ፣ 1.
በይኖም ፡ ነፍሬሞም ፡ ኣብ ፡ ጐንዲ ፡ ጨዓ ፡ ተሐብኡ ። ሽው ፣ ድቓስ ፡ ም 2.
ስ ፡ ወሰዶም ፣ ማንትለ ፡ መጺአ ፣ ዝሞቱ ፡ መሽልዋ ፣ እዝኖም ፡ ጨረመቶ
ም ። ሽው ፡ ባህሪሮም ፡ ተንስኡ ። በዚ ፡ ምኽንያትዝን ፣ ኣብ ፡ ልዕሊኡ ፡ 3.
ኸአ ፡ ነገር ፡ ጥዑም-እዝጊ ፡ ምስ ፡ ተወሰኸም ፣ ሓደ ፡ ቓል ፣ ክሳዕ ፡ ሕ
ጂ ፡ ተሪፉ ፡ ዘሎ ፣ ተዛረቡ ፤ « ነገር ፡ ጥዑም-እዝግን ፡ ነገር ፡ ማንትለን
ሲ ፡ ሕደግዋ ፡ ደአ ፣ » ይሎም ። –
ደሐር ፡ ብዐዲ ፡ ጕረቶ ፡ ኣቢሎም ፡ ንትግራይ ፡ ሀደሙ ። 4.

## ሞት ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ አስገዶም ። 218.

ባሕር-ነጋስ ፡ አስገዶም ፡ ድማ ፡ ብዕርቂ ፡ ናብ ፡ ደጊያት ፡ ሃይሉ ፡ አ 1.
ትዩ ፡ ነበረ ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ንመቶዓረቒ ፡ ጓሎም ፡ ወዘሮ ፡ ጥ 2.
ሩ ፣ ኩብ ፡ ወዘሮ ፡ ዋርካ ፡ እቶውለድ ፣ ንባሕር-ነጋስ ፡ አስገዶም ፡ ሃብዎ ።
ብቕነ ፡ ግርዘት ፡ ንቤተ-ሰቦም ፡ አኪቦም ፡ ጓሎም ፡ አመርዓዉሉ ።
እንተኾነ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ አስገዶም ፡ ምስቶም ፡ ደቂ ፡ ዐዲ ፡ ተብእ 3.
ሹ ፣ ብዕርቅን ፡ ብሰላምኒ ፡ ኽነብር ፡ አይከኣለን ። በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡ ገባ
ር ፡ ከአ ፣ « ንቕተሎ ፣ » ይሎም ፡ መኸሩሉ ። ባሕር-ነጋስ ፡ አስገዶም ፡ ድ 4.
ማ ፣ ነዚ ፡ ምኽሮም ፡ ከይፈለጠ ፣ ብድሮ ፡ ፋስጋ ፣ ካልኣይ ፡ ሳልሳይ ፡ ርእ
ሱ ፣ ንቤተኽስያን ፡ ክስዕም ፡ ሐደረ ። ሽው ፣ ምድሪ ፡ ኽወግሕ ፡ ክሎ ፣ እ
ኒ ፡ ብላታ ፡ ሰለሙን ፡ ወዲ ፡ እምበሬም ፡ ሐያሎ ፡ ኻልአትኒ ፣ ሰብ ፡ ዐዲ ፡

5. ፈለስቲ ፡ መጺኦም ፡ ኩብ ፡ ቤተኽስያን ፡ ኣውጺኦም ፡ ቀተልዎ ። እቶም ፡
ደቂ ፡ ዐዲ ፡ ኸአ ፡ ብሞት ፡ ጕይትኦም ፡ ተሐጕሾም ፡

« ሹማየ ፤
ሹማየ ፤ ደሆ ፡ ሹማ ፤
ኣይትገደር ፡ ጉማ ፤ »

6. ደረፉ ። እዚ ፡ ደርፍዚ ፡ ኽሳዕ ፡ ሎሚ ፡ ኣብ ፡ ሰፍሒ ፡ ይድረፍ ፡ ኣሎ ።
7. ሎሚ ፡ ድማ ፡

ዘይሕመ ፡ ሰብ ፡ ኣበይ ፡ ኣሎ ፤

ከም ፡ ዝበሀል ፡ ገለ ፡ ብትእዛዝ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸም ፡ ዝቐተልዎ ፡ ዝ
ብሉ ፡ ኣለዉ ። እንተኾነ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ነዚ ፡ ምኽንዚ ፡ ኣይፈለጥ
ዎን ፡ ኣይፈተውዎን ፤ ሰብኣይ ፡ ጓሎም ፡ ደይኮኑን ፤ — ወዘሮ ፡ ጥሩ ፡ ኸአ ፡
ሕነ ፡ ሰብኣየን ፡ ፈደየ ።

## 219. ጥቢ ፡ ልጅ ፡ ብሩ ።

1. ልጅ ፡ ብሩ ፡ ወዲ ፡ ኣይተ ፡ ገረ-ኣምላኽ ፡ እናሸፈተ ፡ ንደግያት ፡ ሃ
ይሉ ፡ ሐሳረ-መከራ ፡ ኣጽጊብዎም ፡ ነበረ ፤ ኣብ ፡ መረብ ፡ ኰይኑ ፡ ንሐ
2. ለፍቲ ፡ መገድን ፡ ንነጋድኒ ፡ ይኸትር ፡ ነበረ ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡
መሓዝ ፡ ምስ ፡ ሰኣንዎ ፡ « ዕረቑኒ ፡ » የሉ ፤ « ንኣይሲ ፡ እምብኣር ፡ ዝገ
ብረኒ ፡ የብሉን ፤ እንተኾነ ፡ ድኻ ፡ ኸይጕዳእ ፡ ተዓረቑ ፡ እንተ ፡ ኣቶ ፡ እ
3. ምሕሮ ፡ » የሉ ። ነሱ ፡ ኸአ ፡ « ዕርቅስ ፡ ሕራይ ፡ » የለ ፤ « እንተኾነ ፡ ገጽ ፡
ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኣይርእን ፡ ኣብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ድማ ፡ ኣይኣቱን ፡ » የለ ። ደ
ገዝማቲ ፡ ኸአ ፡ « መታን ፡ ዕርቂ ፡ ኽኸውን ፡ » ይሉም ፡ « ሕራይ ፤ ኣብ ፡
ዐዱ ፡ ይቕመጥ ፡ » የሉ ።
4. ደሐር ፡ መኳንንቲ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ምስ ፡ ደገዝማቲ ፡ ኰይኖም ፡ መታ
5. ን ፡ ክሕገዎን ፡ ክእስርዎን ፡ ከምዚ ፡ ጌሮም ፡ ተጣበቡ ። ድሕሪ ፡ ሐያሎ
ይ ፡ ግዜ ፡ ኣዛናጊዮም ፡ ወዘሮ ፡ ጥሩ ፡ ጓል ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ናብ ፡ ወ

ዷ፟ ፡ ሙሰ ፡ ኽትምርያ ፡ ኸላ፟ ፣ ንልጅ ፡ ብሩ፟ ፡ ኸምዚ ፡ ይሎም ፡ ለኣኹሉ ፤
« ጥሩ ፣ ሐውትኻ ፣ ግርዘት ፡ ክትምርያ ፡ እ፟ያ ፤ እሞ፟ ፣ ብርሃን ፡ ሐውትኻ ፡
ኽትርኢ ፣ ምሳይ ፡ ውዓል ፡ » የልዎ፟ ። ነሱ፟ ፡ ኸአ ፣ « እሺ፟ ፤ ገጽ ፡ ጐይታ
ይኒ ፡ ብርሃን ፡ ሐውተይኒ ፡ ዝርእየሉ፟ ፣ ጽቡ፟ቕ ፡ እምበር ፣ እመጽ፟እ ፣ » የ
ለ ። ሽዑ ፡ መዓርኒ ፡ ጠስምን ፡ ቅርሽን ፡ ሰባብሕትን ፡ ካብ ፡ ማይ ፡ ጸዕ 6.
ዳ ፣ ንመርዓ ፡ ዝኸ፟ውን ፣ አውጽኤ ፤ እሞ፟ ፣ ኣብ ፡ ደገ፟ዝማቲ ፡ ሰደዶ ፤ « ባ
ዕለይ ፡ ብርእሰይ ፡ ከአ ፡ ሐሙስ ፡ መዓልቲ ፡ ኽመጽ፟እ ፡ እየ፟ ፣ » የለ ። ተ 7.
ሐኾ፟ሾም ፣ ክአስርዎ፟ ፡ ተጻልየዎም ፣ ጸንሐ ። ነሱ፟ ፡ ኸአ ፡ ድሮ፟ ፡ ሐሙስ ፣
« ኣሐ፟ሙ፟ኒ ፣ » ይሉ ፡ ደቀ፟ሰ ። ንሓደ ፡ ግልይኡ ፡ ኸምዚ ፡ ይሉ ፡ ለኣኸ ፤ 8.
« ተሐኾ፟ሸ ፣ ኵሉ፟ ፡ ኣጻ፟ልየ ፣ ክመጽ፟እ ፡ ምስ ፣ ቀረብኩ ፣ ኣሐ፟ሙ፟ኒ ፡ ተረ
ፈ ፤ እሞ፟ ፣ ኣብ ፡ ክንዳይ ፡ ኴንካ ፡ ናብቲ ፡ መርዓ ፡ ሐውተይ ፡ ጥሩ ፡ ተዓ
ጠቕ ፣ ይሎም ፡ ሰዲዶምኒ ፣ በል ፣ » የሎ ።

እቲ ፡ ግልያ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ጸዐ፟ዘጋ ፡ መጺኡ ፣ ነቲ ፡ ህ፟ያብ ፡ ወፍ፟ዩ ፣ 9.
« ጐይታይ ፡ ሒም፟ዎ፟ም ፣ ተሪፎም ፣ » ይሉ ፡ ነገረ ። ደገ፟ዝማትን ፡ መኻን
ንትን ፡ ተገዐ ፡ ይሎም ፡ ጐሃዩ ። ደሐር ፡ ነቲ ፡ ግልያ ፡ ኽበ፟ልዕኒ ፡ ኽሰ፟ች 10.
ን ፡ ቀረቡሉ ፤ እሞ፟ ፣ ሜስ ፡ ክሰትዩ ፡ ኸለ፟ዉ ፣ ደገ፟ዝማቲ ፡ ኸምዚ ፡ ይሎ
ም ፡ ሐተትዎ፟ ፣ « ኣቻ፟ ፤ እዚ ፡ ወዲ፟ ፡ ጐይታይሲ ፡ እንታይ ፡ እዩ፟ ፡ ዘሕም
ሞ ፡ ዘሎ፟ ፤ » የልዎ፟ ። እቲ ፡ ግልያ ፡ ኸአ ፣ ዝብሎ ፡ ጠፊእዎ፟ ፣ « ልበ፟ይ ፣
ደኣ ፡ ይብሉ ፤ ልበ፟ም ፡ እዩ፟ ፡ ዘሕምሞም ፣ » የለ ። ደገ፟ዝማቲ ፡ ኸአ ፣ « እ 11.
ዚ ፡ ወዲ፟ ፡ ጐይታይሲ ፣ ከምኣ ፡ ይላኸ ፡ እታ ፡ ልቡ፟ ፡ ብሕምምታ ፡ ኣ
ላ፟ ፤ » የሉ ።

## ኣባ፟ ፡ በዝብዝ ፡ ካሳ ። 220.

ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ድማ፟ ፡ ንትግራይ ፡ ከይዶም ፡ ነበሩ ። በቲ ፡ 1, 2.
እዋ፟ንቲ ፡ ናብ ፡ ትግራይ ፣ ሐጻይ ፡ ቴድሮስ ፡ ከም ፡ ገዛኢ ፡ ጌሮምዎ ፡ ዝ
ነበሩ ፡ ራእስ ፡ ባርይኡ ፡ እዩ፟ ፣ ደጃ፟ያት ፡ ተኽለ-ገርግሽ ፣ ሐምም ፣ ከአ ፡

ብትሕተ፡ኦም ። ሽዑ ፡ ግና ፡ አባ ፡ በገዛብዝ ፡ ካሳ ፡ ወዲ ፡ ሹም-ተምቤን ፡
ምርጫ ፡ ምስቶም ፡ ሰለስተ ፡ አሕዋቶም ፥ ጕብሳን ፡ ማሩን ፡ ሐጐስኒ ፡ እ
ቶባህሉ ፥ ካብ ፡ ዐዶም ፥ ተምቤን ፥ ጀሚሮም ፡ ንብዘሎ ፡ ትግራይ ፥ ካብ ፡
ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ሸፊቶም ፥ አናውጮምዎ ፡ ነበሩ ። ስለዚ ፡ አይተ ፡ ወ
ልደንኪኤል ፡ አቕኒዮም ፡ አብአም ፡ አተዉ ።

3\. ሽዑ ፡ ኸአ ፡ ጕብሳ ፥ ሐው ፡ ልጅ ፡ ካሳ ፥ ንአይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡
ሕጆም ፥ ምስ ፡ ደጃዮት ፡ ደረስ ፡ እተባህለ ፡ ኸይኖም ፥ ክልቲኦም ፡ ብሐ
ንሳእ ፡ ከይዶም ፡ አብ ፡ አስገደ ፥ ምድሪ ፡ አድያቦ ፥ ምስ ፡ ደጃያት ፡ ተ
4\. ኽለ-ገርግሽ ፡ ተዋግኡ ። አብኡ ፡ ደጃያት ፡ ተኽለ-ገርግሽ ፡ ሰዓሩ ። ወዘ
ሮ ፡ ስላስ ፥ ሐብቲ ፡ ራእስ ፡ አርኣያ ፥ [አደ ፡ ሐጸይ ፡ ዮሀንስ ፥] ምስ ፡ ወደ
ን ፥ ምስ ፡ ጕብሳ ፥ ውዒለን ፡ ነበራ ፡ እሞ ፥ ሽዑ ፡ እኒ ፡ አይተ ፡ ጻድቕ ፥
ሹም ፡ አድያቦ ፥ ማሪኾም ፡ ሐረድዎን ። ልጅ ፡ ጕብሳን ፡ አይተ ፡ ወልደ
ንኪኤልኒ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ በዐቲ ፡ አተዉ ፤ አብኡ ፡ ኸለዉ ፥ አሰርዎም ።
5\. እንተኾነ ፡ በዚ ፡ ወርሓትዚ ፡ ልጅ ፡ ካሳ ፡ ንሓደ ፡ ሹም ፡ ናይ ፡ ሐጸ
6\. ይ ፡ ቴድሮስ ፡ ቀቲሎም ፥ በረምበረስ ፡ አቢሎም ፡ ነበሩ ። ድሕርዚ ፡ በረ
ምበረስ ፡ ካሳ ፡ ኻብ ፡ በረኻ ፡ መጺኦም ፡ ምስ ፡ ደጃያት ፡ ተኽለ-ገርግሽ ፡
አብ ፡ ጕሬ ፡ ተዋግኡ ። አብኡ ፡ ኸአ ፡ በረምበረስ ፡ ሰዓሩ ፤ ደጃያት ፡ ተ
ኽለ-ገርግሽ ፡ ድማ ፡ ናብኡ ፡ ሞቱ ። በዚ ፡ ኸምዚ ፡ በረምበረስ ፡ ካሳ ፡
7\. ደገዝማቲ ፡ አበሉ ። ድሕርዚ ፡ ደጃዮት ፡ ካሳ ፡ ብኡ-ብኡ ፡ ንሐዎምኒ ፡ ን
አይተ ፡ ወልደንኪኤልኒ ፡ ኻብ ፡ በዐቲ ፡ አውጺኦም ፡ ፈትሕዎም ።

221\. ደጃያት ፡ ሃይሉ ፡ ናብ ፡ ደጃያት ፡ ካሳ ፡ አተዉ ።

1\. ድሕርዚ ፡ ናብቲ ፡ ኽረምቱ ፡ ሐያሎ ፡ መኳንንቲ ፡ ናይ ፡ ሐጸይ ፡ ቴ
ድሮስ ፥ እኒ ፡ አጅማት ፡ ባርይኡ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ምሕጹን ፥ በዓል ፡ ነኻ
ስ-አድጊ ፥ ከይኖም ፥ ብእኸለ-ጕዛይ ፡ አቢሎም ፡ አብ ፡ ደጃያት ፡ ሃይሉ ፡
2\. መጺኡ ፤ « አብዚ ፡ ኽንከርም ፥ » ይለዎም ፡ ለመንዎም ። ደጃያት ፡ ሃይሉ ፡

ኸአ ፥ « ስድራ ፡ ሐጸይዶ ፡ ደአ ፡ ዘበርር ፡ ኰይኑ ፤ » ይሎም ፥ መኽረሚኦ
ም ፥ « ምኹዓው-ቈሎ-ምላሽ ፡ ደአ ፡ ኣይትረዱ ፡ እምበር ፤ ብኡ ፡ ንንየ
ው ፡ ብልዑን ፡ ስተዩን ፥ » ይሎም ፡ ኣብሓትዎም ። ካብኡ ፡ መስቀል-ብ 3.
ራቕ ፡ ኣብ ፡ ጐይትኦም ፥ ኣብ ፡ ንጉስ ፥ ክኸዱ ፥ ደግያት ፡ ካሳ ፡ ናብ ፡ ማ
ርያም-ሰዊቶ ፡ ኣኳሊሞም ፥ ተዋጊኦም ፡ ሰዓርዎም ። እዚ ፡ ወሬዚ ፡ ድ
ማ ፡ ናብ ፡ ልዕሊ ፡ እቲ ፡ ቐዳማይ ፡ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ልቦም ፡ ካብ ፡ ሐ
ጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ፈለዮም ።

በዚ ፡ እዋንዚ ፡ ኣቢሉ ፡ እንግሊዝ ፡ ብዙላ ፡ ወጺኡ ፥ ምስ ፡ ሐጸይ ፡ 4.
ቴድሮስ ፡ ክዋጋእ ፥ ተዳሉ ። ሽዑ ፡ ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ደብዳበ ፡ ናብ ፡ ደ 5.
ግያት ፡ ሃይሉ ፡ ሰዲዶም ፥ « ከመይ ፡ እትጠልም ፤ ንእንግሊዝ ፡ ኣይተሕ
ልፎ ፤ እዛም ፡ ጸላእተይ ፡ ንዓ ፥ ተዋጋእ ፥ » ይሎም ፡ ኣዘዝዎም ። ደግያ
ት ፡ ሃይሉ ፡ ግና ፥ « በዚ ፡ እናመጹኒ ፥ » ይሎም ፥ ከም ፡ ዘይኸነሎም ፡ ር
እዮም ፡ ኣበዩ ። ኣብ ፡ ክንዲ ፡ ዝእዘዙ ፥ ልኡኽ ፡ ኣብ ፡ እንግሊዝ ፡ ሰዲዶ 6.
ም ፡ ዕርቂ ፡ ለመኑ ።

ኣብ ፡ መንጎዚ ፡ ደግያት ፡ ካሳ ፡ ጓል ፡ ሐወቦኦም ፥ ጓል ፡ ደግያት ፡ 7.
ዋህድ ፥ ኣሰጣሽ ፡ እትባሀለት ፥ ንኣይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ሃብዎም ፤ ኣ
ሞ ፥ ኣብ ፡ ዓድዋ ፡ ኸቲቶም ፡ ተዳለዉ ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፥ እዚ ፡ ወ 8.
ሬዚ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፥ ምስቶም ፡ ዐበይቶም ፡ ኰይኖም ፡ መኸሩ ። ሽዑ ፡
ገለ ፥ « ኣብዚ ፡ ተሰሊፍና ፡ ንጽንሐዮም ፥ » ገለ ፥ « ኣብቲ ፡ እባ ፡ ደአ ፡
ኼድና ፡ ተዋጊእና ፡ ንስዐሮም ፥ » የሉ ። በቲ ፡ እዋንቲ ፡ ዐንደ-ጼን ፡ ወ 9.
ዲ ፡ ቀሺ ፡ ኣብርሃም ፡ ብኣውሎ ፡ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸምዚ ፡ የሎም ፤

እዛ ፡ ዓድዋ ፥ እዛ ፡ ዓድዋ ፤
ክትመጸኩም ፡ ድያ ፤ ክትከድዋ ፤
እንዳ ፡ ሕምበሳይ ፡ ይእቱ ፡ ጣዕዋ ፤
እንዳ ፡ ድሙይ ፡ ትእቱ ፡ እንጭዋ ፤

10. ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ግና ፤ « እዝስ ፡ ትኽነሉ ፡ ደኣ ፡ ኣላ ፤ » ብማለት ፤ ብቕ
ነ ፡ ቐውዒ ፡ ሰበም ፡ ኣኺበም ፡ ኣብ ፡ ዓድዋ ፡ ናብ ፡ ደግያት ፡ ካሳ ፡ ኣተ
ዉ ። ንሶም ፡ ድማ ፡ ብጽቡቕ ፡ ተቐቢሎም ፤ « ይጥበቐልካ ፤ » ይሎም ፡
11. ኣብ ፡ ግዝኣቶም ፡ መለስዎም ። በዚ ፡ እዋንዚ ፡ ኸአ ፡ ደግያት ፡ ካሳ ፤
« ሽመት ፡ ሚናበ-ዘርኣይነ ፡ ኻርንሽምኒ ፡ ንወልደንኪኤል ፡ ሀበ ፤ » ይሎ
ም ፡ ኣውሃብዎም ። ሽው ፡ ንኣይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ንዐዶም ፡ ሰደድ
ዎም ።
12. ሰብ ፡ ሐማሴን ፡ ግና ፡ ብዛዕባዚ ፡ ሓደ ፡ ደርፌ ፡ ደረፉ ፤ ከምዚ ፡ ይ
ሎም ፤

ሃይለየ ፤ ሃይሉ ፤
ተገዛኢ ፡ በገዛእ ፡ ሐይሉ ፡፡

## 222. ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ተሸሙ ።

1. ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ምስ ፡ ደግያት ፡ ካሳ ፡ ጽቡቕ ፡ ውዲት ፡ ጌ
2. ሮም ፤ ተኣማሚኖም ፡ ተመልሱ ። ሽው ፡ ግና ፡ ደግያት ፡ ካሳ ፡ ሓደ ፡ ዝኣ
መንዎ ፤ ደግያት ፡ ገረ-ተኽለ ፡ እተባህለ ፤ ካብ ፡ ደቂ ፡ ደግያት ፡ ድምጹ ፤
ብሕቡእ ፡ ከም ፡ ዓይን-ቜረኛ ፤ ሐደው ፡ በዚ ፡ እዋንዚ ፡ ኸም ፡ ዝበሀል ፤
3. ቄንስል ፡ ጌሮም ፤ ምስኦም ፡ ሰደድዎ ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፤ ኣብ ፡ ዐ
ዶም ፡ ከይኣተዉ ፤ ኣብ ፡ መራጕዝ ፤ ዐዲ ፡ ወደል ፡ እተባህለት ፤ ሐገዩ ፤
4. ንስድርኦም ፡ ግና ፡ ዝበገዞሑ ፡ ንዐዶም ፡ ሰደድዎም ። ንሶም ፡ ኣብኡ ፡ ኸ
ለዉ ፤ ሐያሎ ፡ ስድራ ፡ ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፤ ከም ፡ ኣጅማት ፡ ባርይኡን ፤
ከም ፡ ኣባ ፡ ኸይሲ ፡ እተባህለ ፡ ኸአ ፡ ደግያት ፡ ካሳ ፡ ወዲ ፡ ኣይተ ፡ ጐል
ጃ ፤ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ኻልኣት ፤ እኖመጹ ፤ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ልበም ፡ ካ
5. ብ ፡ ጐይትኦም ፡ ኣዘምበልዎም ። ኣብዚ ፡ ምኽርዚ ፡ ኸአ ፡ እቲ ፡ ናይ ፡
ውሽጢ ፡ ዓይን-ቜረኛ ፡ ኸም ፡ ብሐዊዮም ፡ ተመሲሉ ፡ ኣትዩ ፡ ነበረ ፤ ብሕ
ቡእ ፡ ግና ፡ ልኡኽ ፡ ኣብ ፡ ደግያት ፡ ካሳ ፡ ሰዲዱ ፡ ዝኾነ ፡ ኹሉ ፡ ነገሮ

ም ። ብድሕርዚ ፡ ኸም ፡ ኣጋጣሚ ፥ እንግሊዝ ፡ ንሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ዐር 6.
ቢ ፡ ስቕለት ፡ መዓልቲ ፡ ዝቐተልዎም ፥ ደግያት ፡ ካሳ ፡ ኸአ ፡ ካብ ፡ ዓድ
ዋ ፡ ገስግሾም ፥ ዐዲ ፡ ወደል ፡ መጺኦም ፡ ሰኑይ ፡ ትንሳኤ ፡ ንደግያት ፡
ሃይሉ ፡ ወደቕዎም ። ነሰም ፡ ተኣስሩ ፤ እቶም ፡ ዝተረፉ ፡ መኸርቲ ፡ ግና ፡
ሀሀዲሞም ፡ ነንበረኽኦም ፡ ኣተዉ ።

በዚ ፡ ግዜዚ ፥ ኣብኡ ፡ ኸለዉ ፥ ደግያት ፡ ካሳ ፡ ንኣይተ ፡ ወልደንኪ 7.
ኤል ፡ ግዝኣት ፡ ምኹዓው-ቈሎ-ምላሸ ፡ ወሰኽዎም ። ኣይተ ፡ ወልደን
ኪኤል ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ዐድ-ንፋስ ፡ ኰይኖም ፥ ክገዝኡ ፡ ኸረሙ ። ኣብ 8.
ቲ ፡ ንመስቀሉ ፡ ድማ ፡ ድግዝምነት ፡ ተቐቢሎም ፡ ነጋሪት ፡ ጸዓኑ ። ካብ
ኡ ፡ ንዐድ-ንፋስ ፡ ሐዲጎም ፡ ቅድም ፡ ኣብ ፡ እምባ-ደርሆ ፡ ሰፈሩ ፥ ድሕ
ሪ ፡ ቕሩብ ፡ እዋን ፡ ግና ፡ ንሀዘጋ ፡ ኣትዮም ፡ ተቐመጡ ። በዚ ፡ እዋን 9.
ዚ ፡ ኣይተ ፡ ገረ-ማርያም ፡ ካብ ፡ ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ምስሌንነት ፡
ተኸለን ፡ ዐገባን ፡ ሕጆም ፡ ነበሩ ።

## ውርደት ፡ ዐዲ ፡ ኸንቲባ ፡ በኺት ። 223.

እንተኾነ ፡ ሐያሎ ፡ ካብ ፡ ሐማሴን ፥ ደም ፡ ምስ ፡ ደግያት ፡ ወልደን I.
ኪኤል ፡ ዝነበሮም ፥ ዝኾነ ፡ ፈሪሆም ፡ ነንበረኽኦም ፡ ሀደሙ ። ዐዲ ፡ ኸ
ንቲባ ፡ በኺት ፡ ከአ ፡ በታ ፡ ናይ ፡ ቀደም ፡ ደሞም ፡ ብማዕዶ ፡ ካብ ፡ ደግ
ያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ፈሪሆም ፡ ንምድሪ ፡ ቶርዓ ፡ ሀደሙ ። ደግያት ፡ ወ 2.
ልደንኪኤል ፡ ከአ ፡ ናብኡ ፡ ስዒቦም ፥ ኣብ ፡ ጥቓ ፡ ደብረ-ብዜን ፡ ዘሎ ፡
በረኻ ፡ ኣርኪቦም ፡ ንኣውዓሎምኒ ፡ ነባ ፡ ቡላን ፥ ደቂ ፡ ኸንቲባ ፡ በኺት ፥
ቀተልዎም ። ክንቲባ ፡ በኺትኒ ፡ ዝተረፉ ፡ ስድርኦምኒ ፡ ሀዲሞም ፡ ወጹ ።

እዚ ፡ ጌሮም ፡ ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ዐጆም ፡ ምስ ፡ ተመልሱ ፥ 3.
ልጅ ፡ ስብሃቱ ፡ ወዲ ፡ ኸንቲባ ፡ በኺት ፡ ሸው ፡ ዐዲ ፡ ተሪፉ ፡ ነበረ ፤ እ
ሞ ፥ ወረ ፡ ምውጻእ ፡ ስድርኡ ፡ ምስ ፡ ሰምዔ ፥ ንርእሱ ፡ ኸይድገም ፡ ከ
አ ፥ ፈርሄ ። ስለዚ ፡ ሓደ ፡ ጥበብ ፡ ተጣበበ ። ኣሕዋቱ ፡ ሞይቶም ፡ ክነ 4.

ሶም ፥ መታን ፡ ንደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ከሐኾስ ፥ ርእሱ ፡ ለኻይ ፡ ለ
ኸዩ ፥ ግሩም ፡ ዝኸነ ፥ ጸዓዲት ፡ ክዳውንቲ ፡ ተኸዲኑ ፥ ከምዛ ፡ ዘይሐዘነ ፡
መሲሉ ፥ አብ ፡ ዐድ-ንፋስ ፡ መጺኡ ፥ ንደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ኢዱ ፡
5. ነስኤ ። ነሶም ፡ ከአ ፥ « ኣየ ፥ ስብሃቱ ፤ ከም ፡ ሐቆ ፡ ትግበረልካ ፤ መታን ፡
ንኣይ ፡ ከተሐኾስ ፡ ይልክዶ ፥ እዚኣ ፡ ጌርካ ፤ በል ፤ ኪድ ፡ ደኣ ፤ ሕዘን ፡
እምበር ፤ ነገርካ ፡ ርኢናዮ ፥ » ይበሎም ፡ መሓርዎ ።
6. ድሕርዚ ፡ ኸአ ፥ ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ንብምድሩ ፡ አናውጮ
ም ፡ ምስ ፡ ሓገዞ ፥ ከንቲብ ፡ በኺት ፡ ከአ ፥ « ድሕሪ ፡ ሕጅኺ ፥ አበይ ፡
ከአቱ ፤ » ይበሎም ፥ መጺኦም ፥ አብ ፡ ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፥ ገመድ ፡
አብ ፡ ክሳዶም ፡ አንጠልጢሎም ፥ እምኒ ፡ ናብ ፡ እንግድዕኦም ፡ ሐዚሎ
7. ም ፥ መጺኦም ፡ ኢዱ ፡ ነስኡ ። ሽዑ ፡ ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ዋጣ ፡
ደው ፡ አቢሎም ፥ ከምዚ ፡ ይበሎም ፡ መርሕዎ ፤

« ወልደንኪኤል ፥ ወልደንኪኤል ፥ ወዲ ፡ ሊታይ ፤
ሊታ ፤ ሰሚዱ ፥ ሰሚዱ ፥ እዚ ፡ ዐዛረታይ ፤
ሊታ ፤ አበይኬ ፡ ሰመይ ፥ እቲ ፡ « ጐይታይ ፥ ጐይታይ » ፤

8. « አረ ፤ በኺትኬ ፥ እንታይ ፡ ገደሶ ፤
ሐሐቆኑ ፡ ዘይሰቲ ፡ ዐውሶ ፤
ብተዩ ፡ ሐሪድካ ፥ ዓረሙ ፡ ትልሕሶ ፤ »

9. የሉ ። ድሕርዚ ፡ ነቲ ፡ እምኒ ፡ ኾብ ፡ ገዘባኑ ፡ አውረድዎ ፤ እቲ ፡ ገመድ ፡
10. ከአ ፡ ኾብ ፡ ክሳዱ ፡ ፈትሐሉ ፤ መሓርዎ ፡ ኸአ ። እንተኸነ ፥ « ክንትብ
ኸት ፥ ናይ ፡ አቦታተይ ፥ ክሳዕ ፡ ክንድዚ ፡ መላገጺ ፡ ኾይኑ ፥ ስለዚ ፥ ንእ
ልፊ ፡ ሕማቕ ፡ ካርንሽመቻይ ፡ ከንቲባ ፡ ኽበሀል ፡ ጽኑዕ ፡ ነገር ፡ እዩ ፡
እሞ ፥ ድሕሪ ፡ ሕጂ ፡ ንበኺት ፡ ኣያ ፡ ደኣ ፡ እምበር ፥ ከንቲባ ፡ አይትበ
ልዎ ፥ » ይበሎም ፡ አወጁ ።

ድሕርዚ ፡ ኸንቲባ ፡ በኺት ፣ እንተ ፡ ብግዲ፟ ፣ እንተ ፡ ብውዲ፟ ፣ ግል 11.
ይአም ፡ ኮኑ ።

## አውሎ ፡ ኸንቲባ ፡ በኺት ። 224.

ብድሕርዚ ፡ ብግዝኣት ፡ ደግ፟ያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ከንቲባ ፡ ጣዕማ 1.
ይ ፡ ወዲ፟ ፡ አበ፟ይ ፡ ባህረ ፣ በዓል ፡ በለዛ ፣ ምስሌን፟ነት ፡ ከርንሽ፟ም ፡ ሓዙ ።
አብ ፡ መንጎዚ ፡ ኸንቲባ ፡ ጣዕማይ ፡ ከምዚ ፡ ይሎም ፡ አውሎ ፡ የሉ ፤ 2.

አያ፟ ፡ በኺት ፣ ጻዕዳ ፡ ሰዓተ ፤
አርኪብናካ፟ ፣ ዝራብዓተ ።

ከንቲባ ፡ በኺት ፡ ከአ ፣ እዚአ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፣ ከምዚ ፡ መለሱሎም ፤ 3.

እንተ ፡ አርከብኩም ፣ ዝራብዓት ፤
አይሰብ-ሐሞት ፣ አይሰብ-ስርዓት ፤
አይሰብ-ልቢ፟ ፣ አይሰብ-ሰዓት ፤
ነጽብበልኩም ፡ ቈራብዓት ።

## ማእሰርቲ ፡ አይተ ፡ ጸጋ፟ይ ። 225.

አይተ ፡ ጸጋ፟ይ ፡ ወዲ፟ ፡ አይተ ፡ አስገዶም ፡ ቅዱ፟ም ፡ አብ ፡ ደግ፟ያት ፡ 1.
ወልደንከኤል ፡ አተዉ ። ካብኡ ፡ ደግ፟ያት ፡ ወልደንከኤል ፣ ድሕሪ ፡ ው 2.
ግ፟እ ፡ ረቡዕ ፡ ሀዲሞም ፡ ከለ፟ዉ ፣ ዐዲ፟ ፡ ጕረቆ፟ ፡ አባ፟ሪሮምዎም ፡ ነበሩ ፡ እ
ሞ፟ ፣ ሰበም ፡ አኪ፟በም ፣ ሕኒኦም ፡ ክፈድዩ ፣ አብ ፡ ዐዲ፟ ፡ ጕረቆ፟ ፡ ኽዱ ።
ሽዑ ፡ ንአይተ ፡ ጸጋ፟ይ ፣ « ንዓ ፡ ብኽተት ፣ » ይሎም ፡ አዘ፟ዝዎ፟ም ፤ ነሶ፟ም ፤ 3.
ግና ፡ ደንጕዩ ። ድሕርዚ ፡ ደግ፟ያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ በይኖም ፡ ከይዶም ፣
ንዐዲ፟ ፡ ጕረቆ፟ ፡ ዘመትዎ፟ ። ምስ ፡ ዘመትዎ፟ ፡ ኽም፟ለሱ ፡ ኽለ፟ዉ ፣ አይተ ፡
ጸጋ፟ይ ፡ መጺኦም ፡ አብ ፡ ጽል፟ማ ፡ ተቐበ፟ልዎ፟ም ። ሽዑ ፡ ደግ፟ያት ፡ ወልደ 4.
ንኪኤል ፡ አሲሮም ፣ ምስሌን፟ነት ፡ እንዳ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ቀንጢጦም ፡ ንኮ

ብሳ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ወልደ-ገብሪኤልኒ ፡ ልጅ ፡ ሀብተ-ጼን ፡ ወዲ ፡ አይ
ተ ፡ ንጉሰን ፡ ሃብዎም ።

## 226. ደርፊ ፡ ጃውጅ ።

1. ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ድማ ፣ ዓመት ፡ ምሉእ ፡ አብ ፡ ዐድ-ንፋስ ፡
ምስ ፡ ተቐመጡ ፣ ዐዶም ፡ አትዮም ፡ ገዛውቶም ፡ ክሰርሑ ፡ ጀመሩ ። ሽ
2. ው ፡ ግዜ ፡ ብትእዛዝ ፡ ሰብ ፡ ጸዐዘጋ ፣ ክዐዩ ፣ ንሀዘጋ ፡ ኸዱ ። አብ ፡ መን
ጉኡ ፡ ሓደ ፡ ቈልዓ ፣ ጃውጅ ፡ እተባህለ ፣ ወዲ ፡ ወልደ-ጋብር ፣ ወድ-ወ
ዱ ፡ ንሐቢል-ጋላ ፣ ሐመድ ፡ እናተሸከመ ፣

« ንሰርሖ ፣ ንፍንጥሶ ፤
ንሰርሖ ፣ ንፍንጥሶ ፤ »

3. እናለ ፣ ደረፈ ። በዚ ፡ ደርፍዚ ፡ ኸአ ፡ ደግየት ፡ ወልደንኪኤል ፣ እቲ ፡
ቈልዓ ፡ በዓል ፡ ጸዐዘጋ ፣ ወድ-ወዱ ፡ ንሐቢል-ጋላ ፡ ምኻኑ ፡ ምስ ፡ ሰም
ው ፣ ተሐኾሾም ፣ « አገናዕ ፤ አምበሳ ፡ ወዲ ፡ አምበሳ ፣ » ይሎም ፣ ከም ፡
ዝሰዓምዎ ፣ ይበሀል ።

## 227. ስብእነት ፡ ከንቲባ ፡ ናሽሕ ።

1. ከንቲባ ፡ ልጃም ፡ አብ ፡ ሾብዐተ ፡ ግዝኣት ፡ ዘማት ፡ ይገዝኡ ፡ ነበ
2. ሩ ። ደሐር ፣ ምስ ፡ አረጉ ፣ ወልደንኪኤል ፡ ወዲ ፡ ዐይላይ ፣ ኩብ ፡ ዐዲ ፡
ኤሎስ ፣ ነኸላባት ፡ ሹት ፡ ይሉ ፡ ኸዳኖም ፡ አቕደደሎም ። ነሶም ፡ ከአ ፡
ነቲ ፡ ኸዳን ፡ አብ ፡ አፍ ፡ ደምበ ፡ ሰቐልዎ ፤ እሞ ፣ ብኹራ ፡ ኸምዚ ፡ የሉ ፤

« ኣነ ፡ ልጃም ፤
ተወለድኩ ፡ እምበር ፣ አይወለድኩን ፣ »

3. የሉ ። ደሐር ፡ ሜስ ፡ አሊኸም ፣ ነቶም ፡ ደቆም ፡ አኪበም ፣ « መን ፡ ሕነ ፡
ይፈዲ ፤ እሞ ፣ ነዛ ፡ ብርሊ ፡ ይሰቲ ፤ » የሉ ። ናሽሕ ፣ ጐበዝ ፡ ነበረ ፡ እ

ሞ ፣ « አነ ፡ እሰትይ ፣ » ይሉ ፣ ካብ ፡ ኢድ ፡ አቡኡ ፡ ተቐቢሉ ፡ ግልትይ ፡
አበላ ።

ክጸንሑ ፡ ኽጸንሑ ፣ ወልደንኪኤል ፡ ወዲ ፡ ዐይላይ ፡ አብዑር ፡ ሓ 4.
ደ ፡ ትግራይ ፡ ዐዲ ፡ ኽፍሎም ፡ ዘሪፉ ፡ ጸዓነ ። እቲ ፡ በዓል ፡ አብዑር ፡ ከ
አ ፣ « አብዑረይ ፡ ወሰደለይ ፣ » ይሉ ፡ ኣውያት ፡ ገበረ ። ናሽሕ ፡ ምስ ፡
ሐያሎይ ፡ ደቂ ፡ ዐዲ ፡ ኽፍሎም ፡ ረዲኡ ፡ አርከበ ። ወልደንኪኤል ፡ 5.
ጠበንጃ ፡ ሕጁ ፡ ነበረ ፡ እሞ ፣ ቂም ፡ ይላ ፡ አበየቶ ። ሽዑ ፡ ናሽሕ ፡ ብኹ
ናት ፡ ሰደርያ ፡ ልቡ ፡ ሃበ ፤ እሞ ፣ ዕልው ፡ የለ ። – በዚ ፡ ኽምዚ ፡ ናሽሕ ፡ 6.
ቀተለ ፣ ወልደንኪኤል ፡ ሞተ ።

## ማእሰርቲ ፡ ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ። 228.

በዚ ፡ እዋንዚ ፡ ደግያት ፡ ካሳ ፡ ምስ ፡ ሐጸይ ፡ ተኽለ-ገርግሽ ፡ ብዙ 1.
ሕ ፡ ጽልኢ ፡ ነበሮም ።

አብ ፡ መንጎዚ ፣ ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ አብ ፡ ዐዶም ፡ ኰይኖም ፡ 2.
ክገዝኡ ፡ ኸለዉ ፣ እቶም ፡ አብኦም ፡ ዝአተዉ ፡ ገላውኦም ፡ ከም ፡ እኒ ፡
ኽንቲባ ፡ በኺት ፣ ከም ፡ እኒ ፡ በጅርወንዲ ፡ ቢልዎ ፡ ዝአመሰሉ ፣ ጸቢ
ብዎም ፡ እምበር ፣ ፈትዮም ፡ ዘየገልገሉ ፣ ብታሕት-ታሕቲ ፡ ንጐይትኦ
ም ፣ ንደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፣ « ሻራ ፡ ሐጸይ ፡ ተኽለ-ገርግሽ ፡ እዮ
ም ፣ » ይሎም ፡ አብ ፡ ደግያት ፡ ካሳ ፡ ኽሰስዎም ። በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡ ደ 3.
ግያት ፡ ካሳ ፣ ከምዚ ፡ ዝአመሰለ ፡ ኽሲ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፣ ንደግያት ፡ ወል
ደንኪኤል ፣ « ተሎ ፡ ንዓ ፣ » ይሎም ፡ አምጽእዎም ። ነሶም ፡ ከአ ፣ ምኽ 4.
ሮምኒ ፡ ናይ ፡ ልቦምኒ ፡ ተጋሂዱ ፡ ኽም ፡ እተኸሱ ፣ ከይፈለጡ ፣ እንተኸ
ነ ፡ ጐይትኦም ፡ ክጽውዕዎም ፡ ከለዉ ፣ ከም ፡ ስርዓት ፡ መስቀል ፣ « ንዳ
ሜራን ፡ ንበዓልኒ ፡ ይኸውን ፣ » ብማለት ፣ ተአቢዶም ፡ ዓድዋ ፡ ኸዱ ።
ሽዑ ፡ ደግያት ፡ ካሳ ፡ ብብሩህ ፡ ገጽ ፡ ተቐበልዎም ፤ ደሐር ፡ ግና ፡ ብመዓ 5.
ልቲ ፡ መስቀል ፣ አብ ፡ እንዳ ፡ ቕዱስ ፡ ገብሪኤል ፡ ከለዉ ፣ አሰርዎም ።

6. ካብኡ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ናብቲ ፡ ናብ ፡ ውሽጢ ፡ ኸተማ ፡ ዝነበረ ፡
ቤተ-ንጉስ ፥ ሎም ፡ ግና ፡ እንዳ ፡ ስላሰ ፡ ተሰሪሕሞ ፡ ዘሎ ፥ ደግያት ፡ ወል
ደንኪኤል ፡ ከአ ፡ ናብቲ ፡ ናብ ፡ ጥቃ ፡ ማይ ፡ ደላታ ፡ ዘሎ ፡ ጐልጐል ፥
ከምዚ ፡ ይሎም ፡ ክልቲኦም ፡ መኳንንቲ ፡ ደቀተሸም ፡ ብሓደ ፡ ግዜ ፡
7. ተጠርኒፎም ፡ ነበሩ ። – ድሕርዚ ፡ ግዝኣት ፡ መረብ-ምላሽ ፡ ኣብ ፡ ዋኽሹ
ም ፡ ገብሩ ፡ ሐለፈ ።

229. ግዝኣት ፡ ዋኽሹም ፡ ገብሩ ።

1. ዋኽሹም ፡ ገብሩ ፡ ድማ ፥ ሽመቶም ፡ ምስ ፡ ተቐበሉ ፥ ብወርሒ ፡ ጥ
ቕምቲ ፡ ናብ ፡ ሐማሴን ፡ መጺኦም ፡ ኣብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ሰፈሩ ። ሽው ፡ ኸም ፡
ከምዚ ፡ ዝአመሰለ ፡ ተደርፈ ፧

እንዴት ፡ ሰነበትህ ፥
ገብሩ ፡ ውበት ፤

2. ብትሕቲኦም ፡ ኵይኖም ፡ ከአ ፡ ደቂ ፡ አይተ ፡ አላ ፡ ንተኸሌ-ዐገባ ፡ ዋና
ታት ፡ ነበሩ ። ከምኡ ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ሚናበ-ዘርኣይ ፡ ከንቲባ ፡ ሃይሉ ፡ ወ
ዲ ፡ አይተ ፡ ገብራይ ፥ ኣብ ፡ እንዳ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፡ አይተ ፡ ጸጋይ ፥
ከምኡ ፡ ኸአ ፡ በብዐዱ ፥ በብዐብዩ ። – –
3. ሽው ፡ ብድሕሪ ፡ ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ካርንሽም ፡ ድማ ፡ ናብ ፡
4. ኢድ ፡ ከንቲባ ፡ በኺት ፡ ተመልሰ ። በዚ ፡ እዋንዚ ፥ ዛግር ፡ ድጊ ፡ ፈተ
ውቲ ፡ ዐዲ ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ፡ እዮም ፡ እሞ ፥ በዓል ፡ ዐንደ-ጼን ፡ ንኸን
ቲባ ፡ በኺት ፡ ከምዚ ፡ ይሉ ፡ ኣውሎ ፡ የሎም ፧

ዛግር ፡ እዮም ፥ ዛግር ፡ እዮም ፤
ንጐይታና ፡ ዞፉን ፡ ቤቶም ፡ እዮም ፤
አይትግንሐዮም ፥ ቀስ ፡ ይልካ ፡ ግዝአዮም ። – –

5. እንተኾነ ፡ ዋኽሹም ፡ ገብሩ ፥ ንሐማሴን ፡ ብሐቂ ፡ ገዛኢ ፡ ኽነሶም ፥
ጥንትግ ፡ አብቲ ፡ ኸተምኦም ፥ አብ ፡ ጸዐዘጋ ፥ አይተቐመጡን ። ምቕማ

ጥ ፡ ንብላቓ ፡ ገረ-ኺዳንኒ ፡ ኸምኡ ፡ ዝአመሸሉን ፡ እኛሐደጉ ፣ ንትግራ
ይ ፡ ይኸዱ ፡ ነበሩ ። ኦብዚ ፡ ምሉእ ፡ ግዝኣቶም ፣ ሐሙሽተ ፡ ሽድሽተ ፡
ዝአኽል ፡ ዓመት ፣ ባዕሎም ፡ ክልተ ፡ ዓመት ፡ ጥራይ ፡ እዮም ፡ ግብሪ ፡
ዘውጽኡ ።

## ሽፍትነት ፡ ልጅ ፡ መኰንን ። 230.

ስለዚ ፡ ዋኽሹም ፡ ገብሩ ፡ እቲ ፡ መጀመርያ ፡ ምምጽአም ፡ ዓመት ፡ 1.
ዝአኽል ፡ ኦብዚ ፡ ተቐሚጦም ፣ ንፊተውራሪ ፡ ገረ-መድህን ፡ አባ ፡ ቦራ ፡
ምቕማጥ ፡ ሐዲጎም ፡ ንትግራይ ፡ ከዱ ። [ፊተውራሪ ፡ ገረ-መድህን ፡
ወዲ ፡ አይተ ፡ ስሄል ፡ እዩ ፣ በዓል ፡ ዐዲ ፡ ኽልከልቲ ፣ እንተኾነ ፡ ኻብ ፡
ዘርኢ ፡ ዐድ-ደገዝማቲ ።] ሽው ፡ ብድሕሪ ፡ ዋኽሹም ፡ ገብሩ ፡ ልጅ ፡ መኰ 2.
ንን ፡ ወዲ ፡ ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ምስ ፡ ሐዉ ፡ ልጅ ፡ መስፍን ፡ ኰ
ይኑ ፣ ሽፍታ ፡ ኽነሱ ፣ ብበረኻ ፡ አቢሉ ፡ ናብ ፡ ሐማሴን ፡ አቶ ። ፊተው 3.
ራሪ ፡ ገረ-መድህን ፡ ድማ ፡ ሰቡ ፡ አኽቲቱ ፡ ንሰራየ ፡ ሀደመ ፤ ከንቲባ ፡ በ
ኺትኒ ፡ ኸምኡ ፡ ኸአ ፡ ኻልአት ፣ ጸላእቲ ፡ ዐድ-ደግያት ፡ ወልደንኪኤ
ል ፡ ዝኮኑ ፣ ድማ ፡ ሰዓብዎም ። ዝተረፉ ፡ ዝኾኑ ፡ ግና ፡ ናብ ፡ ልጅ ፡ መ
ኰንን ፡ አተዉ ፣ ካብአም ፡ እኳ ፡ እቶም ፡ ምርኡያት ፤ እኒ ፡ ደቂ ፡ አይተ ፡
አላን ፡ አይተ ፡ ገረ-ማርያምኒ ፡ ዘለውዎም ። በቲ ፡ እዋንቲ ፡ አባ-ኸይ 4.
ሲ ፡ ኸአ ፣ ሽፍታ ፡ ኽነሱ ፣ አብ ፡ ሰራየ ፡ መጸ ። ሽው ፡ ናብ ፡ እምባ ፡ ዛር 5.
ብ ፡ እቶም ፡ ዝሀደሙ ፡ ሻራ ፡ ጸዐዘጋ ፣ እንተሎ ፡ ፊተውራሪ ፡ ገረ-መድ
ህን ፣ አብ ፡ አባ-ኸይሲ ፡ አተዉ ። ልጅ ፡ መኰንን ፡ ከአ ፡ ናብኡ ፡ ሰዓበ
ም ። በዚ ፡ ኸምዚ ፡ ናብ ፡ እምባ ፡ ዛርብ ፡ ቀዳም ፡ መዓልቲ ፡ ተዋግኡ ። 6.
ልጅ ፡ መኰንን ፡ አብኡ ፡ ሰዓረ ፤ አባ-ኸይሲ ፡ ተስዒሩ ፡ ንዛቓ ፡ ገንደ
ብታ ፡ ሀደመ ፤ ከንቲባ ፡ በኺት ፡ ምስ ፡ ወዶም ፣ ሰጊድ ፡ እተባህለ ፣ ሞ
ቱ ፤ ብዙሓት ፡ ደቂ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ተመረኹ ፤ ዝተረፉ ፡ ነንበረኽአም ፡ ሀደ

7. ሙ ። ካብዚ ፡ እዋንዚ ፡ ሕጁ ፡ ልጅ ፡ መኰንን ፡ ደግያት ፡ ተባህለ ፤ ክም
ለስ ፡ ክሎ ፡ ኸአ ፥ አብ ፡ ዐድ-ተኽላይ ፡ ነጋሪት ፡ ጸዓነ ።
8. ድሕርዚ ፡ ደግያት ፡ መኰንን ፡ ብጸዐዘጋ ፡ አቢሎም ፡ ዐዶም ፡ አተ
9. ዉ ። ሽዑ ፡ እተማረኹ ፡ ኵሎም ፡ ተፈትሑ ። ነቶም ፡ አብኡ ፡ ተአኪቦ
ም ፡ ዝነበሩ ፡ ኻብ ፡ ጸዐዘጋን ፡ ሀዘጋን ፡ ድማ ፡ ደግያት ፡ መኰንን ፡ ከም
ዚ ፡ ይሎም ፡ ተዛረብዎም ፤ « ንሕና ፡ ኻብ ፡ ክልተ ፡ እንዳ ፡ ተስፉ-ጼን ፡
አሕዋት ፡ ኢና ፥ ደቂ ፡ ሓደ ፡ ሰብኣይ ፤ እሞ ፥ ብፍቕርን ፡ ሕውነትን ፡ ኽ
ንነብር ፡ ይጥዕመና » ፤ ስለ ፡ ሽመት ፡ ድማ ፥ « ሽመት ፡ ናይ ፡ እግዚአብ
ሄር ፡ እዩ ፡ እሞ ፥ እግዚአብሄር ፡ ንዝሸሞ ፥ ካባኹም ፡ ኮነ ፡ ኻባና ፥ ኵል
ና ፡ ንቐበሎ ፤ ብዝተረፈ ፡ ግና ፥ ሀገርና ፡ ሐሊና ፡ ንጸላእትና ፡ ንዋጋእ ፥ »
10. የልዎም ። በዚ ፡ ነገርዚ ፡ ሰብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ንደግያት ፡ መኰንን ፡ ብዙሕ ፡
ፈተውዎም ።
11. ካብኡ ፡ ደግያት ፡ መኰንን ፡ መንፈቕ ፡ ዝአክል ፡ አብ ፡ ሀዘጋ ፡ ኰ
12. ይኖም ፡ ገዝኡ ። ድሕርዚ ፡ ግና ፡ ዋኽሹም ፡ ገብሩ ፡ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡
ኻብ ፡ ቤት ፡ ማእሰርቲ ፡ አውጺአም ፥ ተተሓሒጆም ፥ ንደግያት ፡ መኰን
ን ፡ ክአስሩ ፥ መጹ ። ደግያት ፡ መኰንን ፡ ከአ ፡ ሀዲሞም ፡ ንበረኻ ፡ ወረ
13. ዱ ፤ ክሳዕ ፡ ክረን ፡ ከአ ፡ ሰዓብዎም ፥ እንተኸነ ፡ አይረኸብዎምን ። ካብ
ኡ ፡ ደግያት ፡ መኰንን ፡ ሐልሐል ፡ ወጺአም ፥ ብበረኻ ፡ አቢሎም ፡ አ
ብ ፡ ሐጻይ ፡ ተኽለ-ገርግሽ ፡ አተዉ ፤ ዋኽሹም ፡ ገብሩ ፡ ኸአ ፡ ምስ ፡ ደ
ግያት ፡ ሃይሉ ፡ በዚ ፡ አቢሎም ፡ ንትግራይ ፡ ተመልሱ ።

231\. ሰኑይ ፡ ዓድዋ ።

1. ድሕርዚ ፡ ሐጻይ ፡ ተኽለ-ገርግሽ ፡ ከአ ፥ ምስ ፡ ደግያት ፡ ካሳ ፡ ኽዋ
ግኡ ፥ ንትግራይ ፡ መጹ ። እቲ ፡ ፈለማ ፥ አብ ፡ ማይ-ቈላዕ ፡ እተዋግኡ
2. ሉ ፥ ሐጻይ ፡ ተኽለ-ገርግሽ ፡ ሰዓሩ ። ድሕርዚ ፡ ሓርያ-ጉባኤ ፥ ሰኑይ ፡ መ
ዓልቲ ፡ ብወርሒ ፡ ሐምለ ፥ አብ ፡ ማእከል ፡ ዓድዋ ፡ ተዋግኡ ። ሽዑ ፡

ደግያት ፡ ካሳ ፡ ሰዓሩ ። ሐጸይ ፡ ተኽለ-ገርግሽ ፡ ተአሲሩ ፤ ደግያት ፡ መኰ
ንን ፡ ድማ ፡ ተአስሩ ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ቕድሚ ፡ እቲ ፡ ውግእ ፥ 3.
« ኵሎም ፡ ክፉኣት ፡ እዮም ፤ እሞ ፥ ኣነስ ፡ አይዋጋእኒ ፥ » ይሎም ፥ አ
ብዮም ፥ አብ ፡ አኸሱም ፡ አብ ፡ ገዳም ፡ አትዮም ፥ ከይተዋግኡ ፡ ስለ ፡
ዝወዓሉ ፥ ንአም ፡ ከአ ፡ አሰርዎም ። ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ከአ ፥ ሽ
ዓ ፡ ምስ ፡ ተአስሩ ፥ በዚ ፡ አዋንዚ ፡ ኸአ ፡ እሱር ፡ ነበሩ ።

ድሕርዚ ፡ ደግያት ፡ ካሳ ፥ ንሐጸይ ፡ ተኽለ-ገርግሽ ፡ ስዒሮም ፡ ምስ ፡ 4.
አሰርዎም ፥ ከም ፡ ስርዓት ፡ ሐጸይ ፡ ተባህሉ ። በዚ ፡ እዋንዚ ፡ ኸምዚ ፡ 5.
የልዎም ፤

ወዲ ፡ ሐብቶም ፡ ንጽላተ-ሙሰ ፤
በሹሪ ፡ ወይም ፡ ነርኣየ ፡ ስላሰ ፤
እንቋዕ ፡ ደኣ ፡ በዝብዝ ፡ ዝነገሰ ።

ካብዚ ፡ ንነጀው ፡ እቲ ፡ ሽሞም ፥ ካሳ ፡ ዝነበረ ፥ ዮሀንስ ፡ ተባህለ ።

## ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ተፈትሑ ። 232.

ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ከአ ፥ አብ ፡ እምባ ፡ አላጀ ፡ ተአሲሮም ፡ I.
ከለዉ ፥ ደግያት ፡ ወልደ-ዬሱስ ፡ እተባህሉ ፥ ሐላዊኦም ፡ ዝነበሩ ፥ ንደግ
ያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ፈቲሖም ፥ « ኪድ ፥ ንሐማሴን ፡ ሐዝ ፥ » ይሎም ፡
አፋነውዎም ። ባዕሎም ፡ ከአ ፡ ኻብ ፡ ደግያት ፡ ካሳ ፡ ዐልዮም ፡ አብ ፡ ሐ
ጸይ ፡ ተኽለ-ገርግሽ ፡ አተዉ ። ብኡ-ብኡ ፥ ውግእ ፡ ኰይኑ ፥ ሐጸይ ፡ ዮ 2.
ሀንስ ፡ ንሐጸይ ፡ ተኽለ-ገርግሽ ፡ ከም ፡ ዝሰዓርዎም ፥ ደግያት ፡ ወልደንኪ
ኤል ፡ ጌና ፡ ናብ ፡ ሐማሴን ፡ ከይአተዉ ፥ አብ ፡ እኵለ-ጕዛይ ፡ ከለዉ ፥ ወ
ረ ፡ መጸም ። ሽው ፡ ተመልሾም ፡ አብ ፡ ሐጸይ ፡ የሀንስ ፡ ኢድ ፡ ነስኡ ።
ነሶም ፡ ከአ ፥ እዚ ፡ ምስ ፡ ረአዩ ፥ መሓርዎም ፤ ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ድሕሪ ፡ ቕ 3.
ሩብ ፡ እዋን ፡ ንደቆም ፥ ደግያት ፡ መኰንንኒ ፡ ልጅ ፡ መስፍንኒ ፥ አፍት
ሖዎም ።

4. ድሕርዚ ፡ ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፣ እንተሎ ፡ ደቆም ፣ ምስ ፡ ሐጸ
ይ ፡ ሐቢሮም ፣ አብ ፡ ዐደምሓራ ፡ ኽዋግኡ ፣ ከዱ ።

## 233. ሸፍትነት ፡ አባ-ኸይሲ ።

1. ወዘሮ ፡ ጥሩ ፡ ጓል ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ድማ ፡ ድሕሪ ፡ ሞት ፡ ባሕር-
ነጋስ ፡ አስገዶም ፡ አብ ፡ ከንቲባ ፡ ያለው ፡ እተባህሉ ፡ ተአትየን ፡ ነበራ ። ድ
ሕርዚ ፣ እቲ ፡ ናብ ፡ ዓድዋ ፡ ኽዋግኡ ፣ አባ-ኸይሲ ፡ ኸአ ፡ መጺኦም ፣ ካብ ፡
2. ዐዲ ፡ መንጐንቲ ፡ አመርዓውወን ። ሸዑ ፡ ንኤን ፡ ሕጆም ፣ ጸዐዘጋ ፡ አትዮ
ም ፣ ሐያሎ ፡ እዋን ፡ አብኡ ፡ ሰልጠኑ ። ካብኡ ፣ ሐጸይ ፡ ዮሀንስ ፡ ንሐጸይ ፡
ተኽለ-ገርግሽ ፡ ስዒሮም ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፣ ብማዕዶ ፡ ፈሪሆም ፡ አብ ፡ መት
3. ሕት ፡ ወረዱ ፤ እሞ ፣ አብ ፡ ከረን ፡ ከረሙ ። ሸዑ ፡ ኸአ ፡ ሐያሎ ፡ ኻብ ፡
ዐበይቲ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ሀዲሞም ፡ ምስ ፡ አባ-ኸይሲ ፡ ኸዱ ።
4. ዋኽሹም ፡ ገብሩ ፡ ኸአ ፡ መጺኦም ፡ ስዒቦምዎም ፣ አብ ፡ መንሳዕ ፡
አብ ፡ ጥቓ ፡ ደብረ-ሲና ፡ ምስ ፡ አባ-ኸይሲ ፡ ተዋግኡ ። አብኡ ፡ ዋኽሹ
ም ፡ ሰዓሩ ፤ አባ-ኸይሲ ፡ ንምድሪ ፡ ሐልሐል ፡ ሀደሙ ፤ ካብ ፡ ዐበይቲ ፡
5. ጸዐዘጋ ፡ ሐያሎ ፡ ሞቱ ። ከንቲባ ፡ እሴትኒ ፡ ሐያሎ ፡ ኻልአትኒ ፡ ተማረ
ኹ ፤ ድሕርዚ ፡ ናብ ፡ ዕዳጋ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኢዶም ፡ እግሮም ፡ ተቘርጹ ።

VIII.

# ክልተ ፡ ሰኑይ ።

## ብላታ ፡ ገረ-ኪዳን ። 234.

ድሕርዚ ፡ ዋኽሹም ፡ ገብሩ ፡ ንብላታ ፡ ገረ-ኪዳን ፡ ምቕማጥ ፡ ሐዲ 1.
ጎም ፡ ንዐዶም ፡ ተመልሱ ። ካብኡ ፡ ብላታ ፡ ገረ-ኪዳን ፡ ኣብ ፡ ጸዐዘጋ ፡
ኹይኖም ፡ ሰለስተ ፡ ዓመት ፡ ዝኣክል ፡ ንሐማሴን ፡ ገዝኡ ።
ኣብ ፡ መንጎዚ ፡ ደግያት ፡ ካርነል ፡ እተባህለ ፥ ሓደ ፡ እንግሊዝ ፥ ግ 2.
ልያ ፡ ሐጸይ ፡ ዮሀንስ ፥ ንጉስ ፡ ንቤት ፡ ምኻእ ፡ ከም ፡ ጐልቲ ፡ ሂቦምዎ ፡
ነበሩ ፡ እሞ ፥ ኣብኡ ፡ ኹይኑ ፡ ሐያሎ ፡ እዋን ፡ ንባሕሪ ፡ ገዝኤ ። ካብኡ-
ኻብኡ ፡ ናብ ፡ ጊንዳዕ ፡ ቤት ፡ ሰሪሑ ፡ ዶጋና ፡ ገበሮ ። ኣብ ፡ መወዳእት 3.
ኡ ፡ ግና ፡ ትርኩ ፡ ወዲቕዎ ፡ ናብ ፡ ባጽዕ ፡ ወሲዱ ፡ ቐተሎ ።
ብላታ ፡ ገረ-ኪዳን ፡ ከኣ ፡ ቕድም ፡ ኣብቲ ፡ ሰፈር ፡ ዋኽሹም ፡ ገብ 4.
ሩ ፡ ተቐሚጠም ፡ ኔሮም ፤ ደሐር ፥ ምስ ፡ ጸመዎም ፡ ግና ፥ ማእከል ፡ ጸዐ
ዘጋ ፡ ኣትዮም ፥ ኣብ ፡ ገዛ ፡ ዐዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ስቕሎ ፡ ሰሪሖ
ም ፡ ኣብኡ ፡ ተቐመጡ ። ብዘበኖም ፡ ኣብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘሙይ ፡ 5.
ወዲ ፡ ኽፍሉ ፡ ምርኡይ ፡ ነበሩ ። ከምኡ ፡ ድማ ፡ ብላታ ፡ ገረ-መድህን ፡
ኣብ ፡ እንዳ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኣዛዝን ፡ ገባርን ፡ ነበረ ።

6. በዚ ፡ ዘበንዚ ፡ እዩ ፡ ናብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ትምህርቲ ፡ ኸንሻ ፡ በቶም ፡ ደ
ቂ ፡ ዐዲ ፡ ዝጀመረ ።

## 235. ክንትብነት ፡ ከንቲባ ፡ ናሽሕ ።

1. በዚ ፡ ወርሓትዚ ፡ ሐጻይ ፡ ዮሀንስ ፥ ሐርማዝ ፡ ክቐትሉ ፥ ኣብ ፡ ሐ
2. ማሴን ፡ ወረዱ ። ኣብቲ ፡ ምድሪ ፡ ሐረምዝ ፡ ዝርከብአ ፡ ምስ ፡ በጽሑ ፥
ሐርማዝ ፡ ርእዮም ፡ ተኸሎሱ ። እታ ፡ ሐርማዝ ፡ ከአ ፥ ክትዐብጦም ፥ መ
ጸት ። ናሽሕ ፡ ወዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ልጃም ፡ ከኣ ፥ ክመርሕ ፥ ምስኦም ፡ ወሪ
ዱ ፡ ነበረ ፡ እሞ ፥ ተቐቢሉ ፡ ነታ ፡ ሐርማዝ ፡ ንጐታ ፡ ብሴፍ ፡ ቈረጸ ። በ
3. ዚ ፡ ኸምዚ ፡ ንሐጻይ ፡ ዮሀንስ ፡ አውዓሎም ። ሽው ፡ ሐጻይ ፡ ዮሀንስ ፡ የ
ሉ ፤ « ኣታ ፤ እዛ ፡ ኣዲኡስ ፥ ናሽሕ ፡ ዝበለቶ ፥ ክንድ-ሽሕ ፡ ዘይትብሎ ፤ »
የሉ ፤ እሞ ፥ ዐዲ ፡ ምስ ፡ ኣተዉ ፥ « ክንትብነት ፡ ሂበካ ፡ ኣሎኹ ፥ »
የልዎ ።
4. ሐጻይ ፡ ከአ ፡ ሐርማዝ ፡ ቀቲሎም ፡ ክምለሱ ፡ ኸለዉ ፥ ካህናት ፡ ጸ
ዐዘጋ ፡ መስቀልኒ ፡ ድባብኒ ፡ ሒጆም ፡ ኣብ ፡ ማይ ፡ ሕጹር ፡ ተቐበልዎም ።
ተወልደ-መድህን ፡ ወዲ ፡ ቐሺ-ገበዝ ፥ ወዲ ፡ ሐብቶም ፡ ንኸንቲባ ፡ ናሽ
ሕ ፡ ከአ ፥ ግምጃ ፡ ለብሹ ፡ መስቀል ፡ ሒዙ ፡ ነበረ ፡ እሞ ፥ ንሐጻይ ፡ እቲ ፡
መስቀል ፡ አስዓሞም ።

## 236. ሞት ፡ ነበራይ ።

1. ኣብ ፡ መንጎዚ ፡ ነበራይ ፡ እትባህለ ፥ በዓል ፡ እምባ-ደርሆ ፥ ኣብ ፡ ት
2. ርኩ ፡ ሸቂሉ ፡ ዕስራ ፡ ቕርሺ ፡ ሓዘ ። እሞ ፥ ነተን ፡ ኣቕራሽ ፡ ኣብ ፡ ኢ
ዱ ፡ እናሳራሰረ ፥ ከምዚ ፡ የለ ፤

« እንታይ ፡ ክገብረክን ፤
ብዕራይ ፡ ጌሬዶ ፡ ኽናበረልክን ፤
ምስ ፡ ወዲ ፡ በኺትዶ ፡ ኽበኣሰልክን ፤ »

የለ። ሸው፡ ምስ፡ ዐዲ፟፡ ኸንቲባ፡ በኺት፡ ብርስቲ፡ ተተሐሓዘ፤ እሞ፟፥ 3.
ሐምሳ፡ በቕሊ፡ ቋጺሩ፡ ረትዖም።

ደሐር፡ ከንቲባ፡ ስብሃቱን፡ ልጅ፡ በራኽን፡ ልጅ፡ ምለሊኽኒ፡ ገይ 4.
ሾም፡ አብ፡ ሓደ፡ ዐዲ፟፡ አተዉ፤ እሞ፟፥ መታን፡ ድራር፡ ክረኽቡ፥ «ከ
ፈየ፟-ዓልኩም፡ ነ፟ብል፥» የሉ። ልጅ፡ ምለሊኽ፡ ከአ፥ ንእሽቶይ፡ ክነሹ፟፥
«ሰብ፡ ዐዲ፟፡ መን፡ ኢና፥ ክንብል፤» የሎም። «አ፟ታ፥ እዚ፡ ቼልዓ፡ 5.
እኳ፟፡ ዐዲ፟፡ ዘይብልና፡ ምኳንና፡ ተፈሊጥዎ፟፥» ይሎም፡ ገስግሾም፡ ን
ነበራይ፡ ቀቶልዎ፟።

## ምድብዳብ፡ ልጅ፡ ካሕሳይ። 237.

አብ፡ መንጎዚ፡ ኸአ፡ ኽልተ፟፡ ደቒ፟፡ አይተ፡ አ፟ላን፡ ልጅ፡ ካሕሳይ፡ 1.
ወዲ፟፡ አይተ፡ ገረ-ማርያምኒ፡ ሽመት፡ ደልዮም፥ ኩብ፡ ብላ፟ታ፡ ገረ-ኺ
ዳን፡ ሸፈ፟ቶም፡ ንበረኻ፡ ዐለዉ። ሸው፥ እቲ፡ ሀገር፡ ዕግርግር፡ ምስ፡ አብዝ 2.
ሔ፥ ብላ፟ታ፡ ገረ-ኺዳን፡ ከአ፥ ነፍሶም፡ ምእማን፡ አበዮም። ስለዚ፡ ግ
ብሪ፡ ንጉስ፡ አውጺኦም፥ ተቓላጢፎም፡ እቲ፡ ዘውጽእዎ፟፡ ግብሪ፡ ሕ
ጆም፥ «አብ፡ ጐይታይ፡ ኩብጽሖም፥» ይሎም፥ ሀገር፡ ገዲፎም፡ ንት
ግራዮም፡ ከዱ። ብዛዕባዚ፡ ጸዐ፟ዘጋ፡ ኸአ፡ ኸምዚ፡ ይሎም፡ አውሎ፡ 3.
የሉ፤

አ፟ታ፥ ስ፟ን-ሮጸ፥ ስ፟ን-ሮጸ፤
ቃፍላይ፡ ከደ፡ ሰኣን፡ ዝቕ፟ርጸ፤

የሉ።

አብ፡ መንጎዚ፥ ደቒ፟፡ አይተ፡ አ፟ላ፡ ምስ፡ ወዲ፟፡ ሐወ፟ቦኦም፡ 4.
ኩይኖም፡ ክኸትሩን፡ ክቐትሉን፡ ከ፟ለዉ፥ ልጅ፡ ካሕሳይ፡ አብ፡ ሸ
ኸ፟ቲ፡ ተታሕዘ። ደቒ፟፡ ኻዕቢ፥ ሰብ፡ ዐደ፟ባ-ዝሐ፟ንስ፥ ከአ፥ «ሐውና፡ ቐ 5.
ቲሉልና፥» ይሎም፡ ንመቐለ፡ ናብ፡ ሐጸይ፡ ዮሀ፟ንስ፡ ወሰድዎ፟። ሐጸ
ይ፡ ዮሀ፟ንስ፡ ከአ፥ «ፍርዲ፡ ይብቃ፥» አቢ፟ሎም፥ ክድብደብ፡ ፈረዱ

6. ሉ ። አይተ ፡ ገረ-ማርያም ፡ ድማ ፡ ናብኡ ፡ መጺኦም ፡ አብ ፡ ክንዲ ፡ ወ
ጆም ፡ ክሞቱ ፡ ለሙኑ ፤ እንተኸነ ፡ ደቂ ፡ ኻዕቢ ፥ « ልጅ ፡ ካሕሳይ ፡ ይሔ
ሸኖ ፥ » ይሎም ፡ ቀተልዎ ።
7. ካብኡ ፡ ደቂ ፡ አይተ ፡ አላ ፥ ልጅ ፡ ተኽለ-ሃይማኖትን ፡ ልጅ ፡ አባይ
ን ፥ ንኸረን ፡ ወረዱ ።

238. ቀዳማይ ፡ ትርኩ ።

1. ሸው ፡ ባሻይ ፡ ብሸንጅር ፥ ሓደ ፡ ሹም ፡ ናይ ፡ ትርኩ ፥ ከምኡ ፡ ኸ
አ ፡ ሓደ ፡ ሹም ፥ ደጋሽ ፡ እተባህለ ፥ በዓል ፡ ከረን ፥ ሐቢሮም ፥ ምስ ፡ ሐ
2. ጸይ ፡ ዮሀንስ ፡ ክዋግኡ ፡ መኸሩ ። አብ ፡ መንገኡ ፡ ደቂ ፡ አይተ ፡ አላ ፡
አብኦም ፡ አተዉ ፤ እሞ ፥ « ንዑናይ ፡ በሉ ፤ ንሕና ፡ ኽንመርሐኹም ፥ »
ይሎም ፥ ሕጆምዎም ፡ መጹ ። ሓደ ፡ ኻልእ ፡ ዐቢ ፡ ሹም ፡ ትርኩ ፥ ዐሊ-
ኸርበ ፡ እተባህለ ፥ ከአ ፡ ብባጽዕ ፡ ወጺኡ ፡ ናብ ፡ አስመራ ፡ ተቓባበሎም ።
3. ዋኽሹም ፡ ገብሩ ፡ ኸአ ፡ በዚ ፡ እዋንዚ ፡ ናብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ነበሩ ። ስ
ለዚ ፥ ትርኩ ፡ ኽምዚ ፡ ይሉ ፡ ብኽልተ ፡ ሸነኽ ፡ ከም ፡ ዝመጸም ፥ ምስ ፡
ፈለጡ ፥ ሰቦም ፡ አኪቦም ፥ ብለይቲ ፡ ኻብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ጸሊቖም ፡ ትግራ
4. ይ ፡ ተሳገሩ ። ሸው ፡ ነቲ ፡ ናይ ፡ ቀዳማይ ፡ ደርፊ ፡ ናብ ፡ ከምዚ ፡ ዝአመ
ሰለ ፡ ተመልሰ ፤

እንዴት ፡ ሰነበትህ ፥ ገብሩ ፡ ዕበት ፤
ናይ ፡ ደምበ ፡ ወዲእካ ፥ ናይ ፡ ዐይበት ።

5. ሐጸይ ፡ ዮሀንስ ፡ ከአ ፥ ምስ ፡ ትርኩ ፡ ኽዋግኡ ፥ ሰቦም ፡ አኽቲቶ
ም ፡ መጹ ። ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ፈቲሖም ፡ ምስኦም ፡ ተማልእዎም ፤ ደግ
6. ያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ደማ ፡ ምስኦም ፡ ነበሩ ። ድሕርዚ ፡ ዐሊ-ኸርበ ፥ ደ
ቂ ፡ አይተ ፡ አላ ፡ መሪሐምዎ ፥ አብ ፡ ጐዳጕዲ ፥ ክሳድ ፡ ዒቓ ፥ ዐርቢ ፡
መዓልቲ ፡ ብወርሒ ፡ ሕዳር ፡ ተዋግኡ ። ሐጸይ ፡ ዮሀንስ ፡ ሰዓሩ ፤ ዐሊ-ኸ
ርበ ፡ ኸአ ፡ ናብኡ ፡ ሞተ ። ካብ ፡ ደቂ ፡ አይተ ፡ አላ ፡ ልጅ ፡ አባይ ፡ ተ

አስሩ ፤ ልጅ ፡ ተኽለ-ሃይማኖት ፡ ድማ ፡ ሀዲሞም ፡ ወጹ ። ሽው ፡ ሐጺይ ፡ 7.
ዮሀንስ ፡ ከምዚ ፡ ይሎም ፡ ደረፉ ፤

ማፉሽ ፡ ዝበለኒ ፡ ማፉሽ ፡ ንሱ ፤
ሒዝካ ፡ እንዶ ፡ በሎ ፣ ርእስ-ርእሱ ።

## ምዕላው ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ አብ ፡ ትርኩ ። 239.

ድሕርዚ ፡ ንጉስ ፡ አብ ፡ ዐዲ ፡ ኳላ ፡ ሰፈሩ ። ደግያት ፡ ወልደንኪኤ 1, 2.
ል ፡ ከአ ፡ ደድሕሪ ፡ ትርኩ ፡ ስዒቦም ፡ ብዙሓት ፡ ማረኹን ፡ አሰሩን ፤ ነ
ቶም ፡ ዝማረኽዎም ፡ ድማ ፡ አኺቦም ፡ አምጺኦም ፣ አብ ፡ ንጉስ ፡ አበር
ከትዎም ። በዚ ፡ ሐጺይ ፡ ብዙሕ ፡ ፈተውዎም ፤ ግዝአት ፡ ሐማሴን ፡ ድ
ማ ፡ ንአም ፡ ሃብዎም ። ብድሕርዚ ፡ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ሕጆምዎም ፡ ከዱ ። 3.
ሽው ፡ ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ አብ ፡ ዝባን ፡ ጠቐራ ፡ ሰፈሩ ። አ 4. 5.
ብኡ ፡ ኸለዉ ፡ ድማ ፣ « ከምታ ፡ ናይ ፡ ቀደም ፡ ብዘይሓሰብክዎ ፡ ነገር ፡
ክእሰር ፡ እየ ፣ » ይሎም ፣ ብውሽጢ ፡ ንሐጺይ ፡ ዮሀንስ ፡ ጠሊሞም ፡ ም
ስ ፡ ትርኩ ፡ አሻረዉ ። ብኡ-ብኡ ፡ ኸአ ፡ ሓደ ፡ ልኡኽ ፡ ትርኩ ፣ ፍኻ 6.
ኽ ፡ እተባህለ ፡ ኻብ ፡ ዐዲ ፡ ናይብ ፣ መጸ ። ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ከ
አ ፣ ንኡ ፡ ኽቕበሉ ፣ አብ ፡ አስመራ ፡ መጹ ፤ አብኡ ፡ ምስ ፡ ተራኸቡ ፡ ኸ
አ ፣ ምስአም ፡ ማሕላ ፡ ተመሐሓሉ ።

እዚ ፡ ጌሩ ፡ ምስ ፡ ወረደ ፣ እቶም ፡ ካብ ፡ ስድራ ፡ ደግያት ፡ ወልደን 7.
ኪኤል ፣ እዛ ፡ ነገርዚአ ፡ ዘይፈተውዋ ፡ ዘበሉ ፣ ተአኪቦም ፣ « እንታይ ፡
ትገብሩ ፤ ምስ ፡ ትርኩዶ ፡ ኺዳን ፡ አቲኹም ፡ ኢኹም ፤ » ይሎም ፡ ሐተ
ትዎም ። ንሶም ፡ ከአ ፣ እዛ ፡ ነገርዚአ ፡ ኽም ፡ ዘኽፍአቶም ፣ ፈሊጦም ፣
« ያእ-ያእ ፣ አይፋለ ፤ እንታይ ፡ ከልዕል ፣ ንጐይታይ ፡ ዝጠልም ፤ » ይ
ሎም ፣ ከም ፡ ዘይገበርዋ ፡ አምሲሎም ፣ ተዛረቡ ። ደሐር ፡ ግና ፣ እቲ ፡ 8.
ኻልአይ ፡ ትርኩ ፡ ምስ ፡ ወጸ ፣ ሽው ፡ ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ሰቦም ፡
አኪቦም ፣ ካብ ፡ ዝባን ፡ ጠቐራ ፡ ነቒሎም ፡ አተውዎ ።

9. ትርኩ ፡ ኸአ ፡ ንደግያት ፡ ወልደንኪኤልኒ ፡ ርእሰነት ፡ ንደቆምኒ ፡
ድግዝምነት ፡ ሃቦም ።

240. ## ክልአይ ፡ ትርኩ ።

1. ትርኩ ፡ ኸአ ፡ ሐመደ-ግዳም ፡ ዝኾነ ፡ ሰራዊት ፡ ሕጂ ፡ ናብ ፡ ጕራ
ዕ ፡ ሰፈረ ። ወዲ ፡ በሻይ ፡ ምስሪ ፡ ድማ ፡ በዓል ፡ ነጋሪት ፡ ኰይኑ ፡ ወጸ ።
ጃንሆይ ፡ ድማ ፡ እዚ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፡ ሀገር ፡ አኽቲቶም ፡ ንደግያት ፡ ሃ
2. ይሉ ፡ ኸአ ፡ ሕጆም ፡ መጹ ። ኸዑ ፡ ሰሉስ ፡ መዓልቲ ፡ ብወርሒ ፡ ለካቲ
ት ፡ አብ ፡ ቅነ ፡ ጾም ፡ አርብዓ ፡ ኻልአይ ፡ ምስ ፡ ትርኩ ፡ ናብ ፡ ጕራዕ ፡
ተዋግኡ ፤ እሞ ፡ ሰዓሩ ።
3. ትርኩ ፡ ኸአ ፡ ምስ ፡ ተሳዕረ ፡ ምስ ፡ ሐጸይ ፡ ዮሀንስ ፡ ንመጃንሒ ፡
4. ዝኸውን ፡ ዕርቂ ፡ ገበረ ። ውዑሎም ፡ ከአ ፡ እዚ ፡ እዩ ፤ ወዲ ፡ በሻይ ፡
መዳፍዑን ፡ አናፍጥቱን ፡ ጠየይቱን ፡ ክሐድገሎም ፡ ሐጸይ ፡ ከአ ፡ ብደ
ሐን ፡ አፋንዮም ፡ ዐዱ ፡ ዝምለሰሉ ፡ መገዲ ፡ ኽህብዎ ።

241. ## « አባ-ቦራ ፡ ተአስረ ። »

1. ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ድማ ፡ ቅድም ፡ ምስ ፡ ትርኩ ፡ ንጊንዳዕ ፡
2. ወረዱ ። ካብኡ ፡ በይኖም ፡ ተፈንጭሎም ፡ አብ ፡ ሽከቲ ፡ ሐያሎ ፡ ናይ ፡
ንጉስ ፡ አቕሓ ፡ ኻብቶም ፡ ጸዓንቲ ፡ አግዲፎም ፡ ገፈፉ ። ብድሕርዚ ፡ ዐ
3. ዲ ፡ ገብራይ ፡ ሰፈሩ ። አብኡ ፡ ኸለዉ ፡ ኸአ ፡ « ንጉስ ፡ መጹ ፡ » ምስ ፡
ሰምዑ ፡ አብ ፡ ጥቕአም ፡ ንዝነበሩ ፡ ዐበይቲ ፡ ሐማሴን ፡ እንተሎ ፡ ፊተ
ውራሪ ፡ ገረ-መድህን ፡ አሳሲሮም ፡ ሕጆምዎም ፡ ንምድሪ ፡ ሐልሐለ-በጕ
ስ ፡ ሀደሙ ።

4. አብኡ ፡ ኸለዉ ፡ ኸአ ፡ ገለ ፡ ሰባት ፡ ከይዶም ፡ « ጐይታይ ፤ ጸዐ
ዘጋ ፡ ሞይታ ፡ እያ ፡ እሞ ፡ ነፍስኹም ፡ ሐልዉ ፡ » የልዎም ። ነሶም ፡ ከ
አ ፡ « ክላ ፤ እንቋዕ ፡ ደአ ፡

አባ-ቦራን ፡ ተአስረ ፤
ሐባል-ጋባን ፡ ተቐብረ ፤

ካልእ ፡ እንታይ ፡ ከይመጸኒ ፤ » ይሎም ፡ መለሱሎም ።

## ምሻም ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ። 242.

ንጉስ ፡ ከአ ፡ ካብ ፡ ጕራዕ ፡ መጺኦም ፡ አብ ፡ ጽልማ ፡ ወረዱ ። ሽ 1, 2.
ው ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡ ገጻ ፡ ፋስጋ ፡ አብዒሎም ፡ ሽመት ፡ መረብ-ምላሽ ፡ ንደግ
ያት ፡ ሃይሉ ፡ መለሱሎም ። ቀደም ፡ ብፋስጋ ፡ ተስዒሮም ፥ ከምኡ ፡ ኸ
አ ፡ ብመዓልቲ ፡ ፋስጋ ፡ ሸመቶም ፡ ተመልሰሎም ።
ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ሸዓ ፡ ይሎም ፡ ዐዶም ፡ አይአተዉን ፤ ንጉስ ፡ ጌ 3.
ና ፡ ናብዚ ፡ ኸለዉ ፥ ካብኦም ፡ አይተፈልዩን ። አብ ፡ ክንድኦም ፡ ግና ፡
ምቕማጦም ፥ ወዶ-ወዶም ፡ ልጅ ፡ ካሳ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ተስፉ-ጼን ፥ አብ ፡
ጸዐዘጋ ፡ ነበሩ ። ሽው ፡ ኸአ ፡ ልጅ ፡ ሽፋረ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ አላ ፥ አብ ፡ 4.
ገምዳጕዲ ፡ ዘይወዓለ ፡ ኽነሱ ፥ « ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ መጹ ፥ » ም
ስ ፡ ሰምዔ ፥ ተነዲኡ ፥ ምስ ፡ ትርኩ ፡ ንኸረን ፡ ሀዲሙ ፡ ኔሩ ፥ ሕጂ ፡ ና
ብ ፡ ወዲ ፡ ሐወቡኡ ፥ ናብ ፡ ልጅ ፡ ካሳ ፥ አቶ ። ልጅ ፡ ተኽለ-ሃይማኖት ፡
ድማ ፡ ሽው ፡ አቶ ። ከምኡ ፡ ድማ ፡ ነቲ ፡ ሳልሳዮም ፥ ንልጅ ፡ አባይ ፥ ደ 5.
ግያት ፡ ሃይሉ ፡ ንንጉስ ፡ ለሚኖም ፡ አፍትሕዎ ። ነሱ ፡ ኸአ ፡ በዚ ፡ ቕን
ያትዚ ፡ ንዐዱ ፡ መጸ ።
ደገዝማቲ ፡ ኸአ ፡ ባዕሎም ፡ ብወርሒ ፡ ሰነ ፡ ንጸዐዘጋ ፡ አተዉ ። 6.

## ጕዕዞ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ አብ ፡ ሐማሴን ። 243.

ድሕርዚ ፡ አብቲ ፡ ወርሑ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ከአ ፥ ብዙሕ ፡ 1.
አጽዋርኒ ፡ ብረትኒ ፡ ካብ ፡ ትርኩ ፡ ተቐቢሎም ፥ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ብዙ
ሕ ፡ ሰብ ፡ ካብ ፡ ምድሪ ፡ ሐልሐል ፡ አኽቲቶም ፥ ብኡ ፡ አቢሎም ፥ ማሻ-

ማሽ፟ ፡ ብባሕሪ ፡ አቢ፟ሎም ፡ ብእሹ፟ለ-ጕዛይ ፡ ጌሮም ፣ ንሰሐርቲ ፡ ወጹ ። በ
2. ዚ ፡ ኸሎ፟ ፡ ብዙሕ ፡ ሰብ ፡ እና፟ተአኸ፟ቦም ፣ ዐቢ ፡ ሰራዊት ፡ ገበሩ ። ካብኡ ፡
ኽአ ፡ ናብ ፡ ዳዕሮ-ቓውሎስ ፡ ሰፈሩ ። አብኡ ፡ ኸለ፟ዉ ፣ እና፟ለኣኹ ፣ ዘሎ፟ ፡
3. ፈታዊን ፡ ዘመድኒ ፡ ኸሎ፟ ፡ አኽተቱ ። ካብኡ ፡ ኽአ ፡ ናብ ፡ ቤት ፡ ምኻ
እ ፡ ቀረቡ ። ሽዑ ፡ ብዘሎ፟ ፡ ሚናበ-ዘርኣይኒ ፡ ኻርንሽ፟ምኒ ፣ ከምኡ ፡ ድ
ማ፟ ፡ ኻብ ፡ ድምበዛን ፣ ካብ ፡ ደቐ፟ተሽ፟ም ፡ ድማ፟ ፡ ኻብ ፡ ወወ፟ገኑ ፣ ተአኸ፟
ብዎ፟ም ።

4. አብ ፡ መንጎዚ ፡ ኽአ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ንወጆ፟ም ፡ ደጋ፟ያት ፡
መኰን፟ን ፣ « ነሽ፟ኻ ፡ በዓል ፡ ዲኖ ፡ ኢኻ ፡ እሞ፟ ፣ ነሽ፟ኻ ፡ በዓል ፡ ቈጽልና ፡
ኹን ፣ » ይሎም ፡ ሸምዎ፟ም ፣ ናቶም ፡ ምሽ፟ዓር ፡ አብ ፡ ዳዕሮ-መኻን ፣ ና
ይ ፡ ደጋ፟ያት ፡ መኰን፟ን ፡ ምስዓር ፡ አብ ፡ እምባ ፡ ዛርብ ፡ ስለ ፡ ዝዘከ፟ሩ ።

## 244. ምኽሪ ፡ ደጋ፟ያት ፡ ሃይሉ ።

1. ደጋ፟ያት ፡ ሃይሉ ፡ ኽአ ፡ ምስቶም ፡ ዐበ፟ይቶም ፡ ኰይኖም ፣ « ከመይ ፡
2. ንግበር ፤ » ይሎም ፡ መኽሩ ። ሽዑ ፡ እቶም ፡ ዐበ፟ይቲ ፡ ጸዐዘ፟ጋ ፣ « ንዋ፟ጋ
እ ፣ » የሉ ። ደጋ፟ያት ፡ ሃይሉ ፡ ግና ፣ « አይፋል ፧ ንዑ ፣ ካብ ፡ ምው፟ጋእ ፡
3. ዐዶ፟ና ፡ ሐዲግና ፡ ንዝባን ፡ ጠቐራ ፡ ንጻእ ፣ » የልዎ፟ም ። ሽዑ ፡ ግና ፡ ሐያ፟
ሎይ ፡ ፈኸራን ፡ ጕራ፟ን ፡ ጌሮም ፡ ንዘረባ ፡ ደጋ፟ያት ፡ ሃይሉ ፡ አቛ፟ናጭቦም ፣
4. « አጆ፟ኹም ፣ አይትፍርሁ ፣ » የልዎ፟ም ። ነሶ፟ም ፡ ከአ ፣

« ኣነ ፡ ሃይሉ ፤
ኣነ ፡ ሰርብ-ደም ፤
ኣነ ፡ ዐ፟ባይ ፡ ዳዕሮ ፤

ምስ ፡ ዝወድ፟ቕ ፣ ብዙሕ ፡ ጨነፍ፟ር ፡ ሐጀ ፡ እየ፟ ፡ ዝወድ፟ቕ ፣ » ይሎም ፣ « ክ
ላ ፣ ዕጠቕ ፤ » የሉ ።

## መብጽዓ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ። 245.

ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ሰራዊቶም ፡ አኽቲቶም ፥ ንውግእ ፡ ክስል 1.
ፍዎን ፡ ከባራትዕዎን ፥ አብ ፡ ጐልጐል ፡ ዕዳጋ ፡ አከብዎ ። ራእስ ፡ ወልደ 2.
ንኪኤል ፡ ድማ ፡ በቲ ፡ እዋንቲ ፥ « እስኬ ፤ ክስልዮ ፡ ደአ ፥ » ይሎም ፥
ካብ ፡ ሰቦም ፡ ተፈልዮም ፥ ካልኣይ ፡ ርእሶም ፡ ኰይኖም ፥ አብ ፡ ሓደ ፡ መ
ንጽር ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኸፍ ፡ ይሎም ፡ ነቲ ፡ ዥሉ ፡ ዓጀብኒ ፡ ነቲ ፡ ዥሉ ፡ ሽል
መን ፡ ነቲ ፡ ዥሉ ፡ ፈረሰኛ ፡ ርእይ ፡ ወዓልዎ ። እዚ ፡ ምስ ፡ ረአዩ ፥ ፈሪ 3.
ሆም ፥ « ብሐቂ ፡ እምበር ፡ ዶኸን ፡ ይኽእሎ ፡ እየ ፤ » የሉ ። ብኡ-ብኡ ፡
ኸአ ፡ ሓደ ፡ መብጽዓ ፡ ንቕዱስ ፡ ገርግሽ ፡ ተማባጽዑ ፥ « ብሐቂ ፡ ሎም ፡
ድል ፡ እንተ ፡ ሂብካኒ ፥ አነ ፡ ድማ ፡ ንአኻ ፡ ዝበቕዕ ፡ ህያብ ፡ ክህበካ ፡ እ
የ ፥ » ይሎም ።

እሞ ፥ ደሐር ፥ ምስ ፡ ሰዓሩ ፥ ንቕዱስ ፡ ገርግሽ ፡ ዝሃብዎ ፡ ጽቡቕ ፡ 4.
ምንጻፍ ፡ ክሳዕ ፡ ለይቲ-ሎም ፡ አብ ፡ ቤተኽስያን ፡ ጸዐዘጋ ፡ አሎ ። ሐያ 5.
ሎይ ፡ ካብ ፡ ደቂ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኸአ ፥ « ቅዱስ ፡ ገርግስሲ ፥ መታን ፡ ጽቡቕ ፡
ምንጻፍ ፡ ክረኽብ ፡ ይሉ ፥ ንጸላእትና ፡ አሕሊፉ ፡ ሃበና ፥ » ይሎም ፡ አስ
ቄርቄሩ ።

## ጥልመት ፡ ጸዐዘጋ ። 246.

ደቂ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኸአ ፥ አሮም ፡ እኳ ፡ እናፈከረን ፡ እናጐረረን ፥ ልቦ 1.
ምሲ ፥ « ንስዕር ፡ ኢና ፥ » ይሉ ፡ አይአመነን ። በዚ ፡ ግዜዚ ፡ ኸአ ፡ ገለ ፡ 2.
ኻብ ፡ ዐበይቲ ፡ ጸዐዘጋ ፥ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸይፈለጡ ፥ ብታሕት-ታሕ
ቲ ፡ ምኽሪ ፡ ጌሮም ፥ አብ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ አትዮም ፥ ምስኦም ፡
ከም ፡ እተዐርቁ ፥ ይበሀል ፤ እሞ ፥ አብ ፡ ውግእ ፡ ኸፍርሱሎም ፥ ገንዘብ ፡
ከም ፡ እተቐበሉ ። በዚ ፡ ነገርዚ ፡ ጸላእቲ ፡ ጸዐዘጋ ፡ « ሽየጥቲ ፡ ጐይተቶ 3.

4. ም ፡ ከም ፡ ይሁዳ ፣ » ይሎም ፡ የሽሟጥጥ፟ዎም ። ብዝተረፈ ፣ ካብቶም ፡ ዝ
መኽሩ ፡ እ፟ኳ ፡ ሐ፟ያሎይ ፡ አብቲ ፡ ው፟ግእ ፡ ሞቱ ፣ ይ፟በሀል ።

## 247. ንቕሎ ፡ ደ፟ግያት ፡ ሃይሉን ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤልን ።

1. ድሕርቲ ፡ ሰኑይ ፡ ንግሆ ፣ ደ፟ግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኻብ ፡ ዐ፟ዶም ፡ ክብ፟ገሱ ፡
ኸ፟ለዉ ፣ ካብቶም ፡ ፍልም ፣ « ን፟ዋጋእ ፣ » ዘሉ ፡ ዐ፟በይቲ ፡ ጸዐ፟ዘጋ ፡ ሽዑ ፡
ንደ፟ግያት ፡ ሃይሉ ፣ « ንዑ ፡ ኹ፟ታ ፣ ንትረፍ ፤ ሎምስ ፡ አይመዓልትናን ፡
እ፟ያ ፣ ብዙሕ ፡ ነገር ፡ ርኢና፟ላ ፡ አ፟ሎና ፣ » የል፟ዎም ። ነ፟ሶም ፡ ግና ፣ « ቀደ
2. ም ፡ አቢ ኹ፟ምንስ ፤ ሕጅስ ፡ ንኺድ ፡ ደአ ፣ » ይሎም ፡ መለሱሎም ። ከም
ኡ ፡ ድ፟ማ ፡ ናብ ፡ መገ፟ዲ ፡ ብዙሓት ፣ « ጐይታይ ፤ ንዑ ፡ ኹ፟ታ ፣ ን፟መለ
ስ ፤ ሎምስ ፡ አይዑፍናን ፡ እ፟ያ ፣ » የል፟ዎም ። ነ፟ሶም ፡ ከአ ፣ « ሕጅስ ፡ አ፟ይ
3. ኸ፟ውንኒ ፣ » ጥራይ ፡ ነበረት ፡ ም፟ላሾም ። ስለዚ ፣ « ራእስ ፡ ወልደንኪኤ
ል ፡ ካብ ፡ ቤት ፡ ምኻእ ፡ ንዐ፟ዱ ፡ ኸይአቶ ፣ ክንከርፎ ፣ » ይሎም ፡ መገ
፟ዲ ፡ ወ፟ክ-ድ፟ባ ፡ ሕጆም ፡ ከዱ ።

4. ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ድ፟ማ ፡ ቐ፟ዲሞም ፡ ካብ ፡ ቤት ፡ ምኻእ ፡ ገስ
ግሾም ፣ አንጊሆም ፡ ወ፟ክ-ድ፟ባ ፡ መጹ ። ደ፟ግያት ፡ ሃይሉ ፡ ምስ ፡ ጭፍር
ኦም ፡ ንማይ-በላ ፡ ምስ ፡ ተሰገሩ ፣ አማዕድዮም ፡ ረአይ፟ዎም ፤ ወሪዶም ፡
5. ድ፟ማ ፡ ናብቲ ፡ ኸርከስ ፡ አድበዩ ። ደ፟ግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፣ ነዚ ፡ ኹ፟ሉ ፡
ኸይፈለጡ ፣ ጌና ፣ « አ፟ሎና ፣ » ክብሉ ፡ ኸ፟ለዉ ፣ አማዕድዮም ፡ ከ፟ይርእዩ ፡
ኸአ ፣ ጸሓይ ፣ ብቕድሚአም ፡ ኰይናቶም ፡ እ፟ሞ ፣ ደጕሐ፟ቶም ፣ መገ፟ዶም ፡
ደፍኡ ።

## 248. ሞት ፡ ክል፟ተ ፡ ሰብ ፡ ነጋሪት ።

1. ከይሓሰብ፟ዎ ፡ ኸአ ፣ ጕብሳ ፡ ወ፟ዲ ፡ አይተ ፡ ወልደ-ገብሪኤል ፣ በዓል ፡
ጻዕዳ-ኽስታን ፣ አብ ፡ ዝባን ፡ ፈረስ ፡ ኰይኑ ፡ ኽዝምቢ ፣ ደ፟ቂ ፡ ጸዐ፟ዘጋ ፡ ረአ
ይ፟ዎ ። ሽዑ ፡ ኹ፟ሉ ፡ ሰብ ፡ ተነዓበ ፤ ተሎ ፡ ይሎም ፡ ድ፟ማ ፡ ድንኳን ፡ ደ፟ገዝማቲ ፡

ተኸሉ ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ዝባን ፡ በቕሎም ፡ ወጺኦም ፣ ን 2.
ሰራዊቶም ፣ « ከምዚ ፡ ኹኑ ፣ በዚ ፡ አብሉ ፣ » ክብሉ ፡ ኸለዉ ፣ ስድራ ፡
ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ አብ ፡ መዛግቦም ፡ ኰይኖም ፡ ተኰሱሎም ። ሽ
ው ፡ ብኡ-ብኡ ፣ አብቲ ፡ አንፈ ፡ ተሾሲ ፣ ደገዝማቲ ፡ ባዕሎም ፡ ተወግ
ኡ ። ስድርአም ፡ ድማ ፣ ምውግአም ፡ ምስ ፡ ፈለጡ ፣ ካብ ፡ በቕሎም ፡ አ 3.
ውሪዶም ፡ አብ ፡ ምንጻፎም ፣ አብ ፡ ቄርበት ፡ አምበሳ ፣ ከፍ ፡ አበልዎ
ም ። አብኡ ፡ ብኡ-ብኡ ፡ ዐረፉ ።

ካብ ፡ ደቂ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኸአ ፡ ብዙሓት ፡ ተኰሱ ። እንተኾነ ፡ ስድራ ፡ 4.
ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ጸሓይ ፡ ሐዚሎም ፣ አብ ፡ ጽኑዕ ፡ መዝግብ ፡ ተ
ዳልዮም ፡ ይታኾሱ ፡ ነበሩ ፤ ስድራ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ግና ፡ ጸሓይ ፡ ን
ዐይኖም ፡ እናደጕሐቶም ፣ ጸላእቶም ፡ ድማ ፣ « አብዚ ፡ አለዉ ፣ » ከየሉ ፣
ስለ ፡ ዝኾኑ ፣ ምንም ፡ እንተ ፡ ተኰሱ ፡ እኳ ፣ « አብዚ ፡ ወደቐ ፣ » አይበ
ሀልኒ ። እንተኾነ ፣ « አብ ፡ ዝወረደ ፡ ይረድ ፣ » ይሎም ፡ ክትኵሱ ፡ ኸለ 5.
ዉ ፣ ደግያት ፡ መኰንን ፡ ወዲ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤልኒ ፡ ሐያሎ ፡ ኻል
ኦት ፡ ድማኒ ፡ ናብኡ ፡ ሞቱ ።

## ጥፍአት ፡ ደቂ ፡ ጸዐዘጋ ። 249.

እቲ ፡ መጀመርያ ፣ ጸዐዘጋ ፡ ምስ ፡ ሀደሙ ፣ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ 1.
ብዙሕ ፡ ተሐጕሱ ፤ ሽው ፡ ድማ ፣ « ሰብ ፡ አይትቕተሉ ፣ ዝማረኽኩምዎ ፡
እሰሩ ፣ ሬሳ ፡ ኸአ ፡ ቕበሩ ፣ » ይሎም ፡ ብምሕረት-ገጽ ፡ ተዛረቡ ። ብኡ- 2.
ብኡ ፡ ግና ፣ ወዶም ፡ ከም ፡ ዝሞቱ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፣ ሰውነቶም ፡ ከም ፡
ሐዊ ፡ ተቓጸለ ። ካብ ፡ ብሽው ፡ ሕጆም ፡ ከአ ፡ ቓሎም ፣ « በሎም ፣ ቅተ
ሎም ፣ ቍረጾም ፣ » ጥራይ ፡ ኮነ ። ፈረሶም ፡ ጽዒኖም ፣ ንሰብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ 3.
ኽርክቡ ፣ ሰዓቡ ፤ ዘርከብዎ ፡ ዝኾነ ፡ ኹሉ ፡ ድማ ፡ ቐተልዎ ። ሽው ፡ ሬ
ሳ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኽም ፡ ቄጽሊ ፡ አብ ፡ ኩሉ ፡ ጐልጐል ፡ ረገፈ ።

ራእሲ ፡ ኸአ ፡ ጸዐዘጋ ፡ አትዮም ፣ ከምዚ ፡ ይሎም ፡ አወጁ ፤ « ወ 4.

5. ዲ ፡ ጸዐዘጋ ፣ ወዲ ፡ ጓል ፡ ጸዐዘጋ ፣ ዝረኸብካዮ ፡ ኽሉ ፡ ሕረዶ » ። ሽ
ው ፡ ባዕሎም ፡ ኣብ ፡ ማእከል ፡ ዐዲ ፡ ናብ ፡ ባይቶ ፡ ጨቔምጠ ፡ ኸፍ ፡ ይ
ሎም ፣ ዘዝመጸ ፡ ኽሉ ፡ ናብ ፡ ቅድሚኦም ፡ ኣብ ፡ ጕልጕል ፡ ዕዳጋ ፣
6. « በሎ ፣ » እናሉ ፣ ኣሕረድዎ ። በቲ ፡ እዋንቲ ፡ ኻብ ፡ ዘርኢ ፡ ጸዐዘጋ ፣
« እንዳ ፡ ኣቦይ ፡ እዩ ፣ » ካብ ፡ ዝብል ፣ « እንዳ ፡ እኖይ ፡ እዩ ፣ » ካብ ፡ ዝ
7. ብል ፣ ሓደ ፡ እኳ ፡ ኸም ፡ ዝተርፍ ፣ ኣይትመስልኒ ፡ ነበረት ። ሽው ፡ ሐን
ቲ ፡ ሰበይቲ ፣ በዓልቲ ፡ ጸዐዘጋ ፣ ሓደ ፡ ወዲ ፡ ሰለስተ ፡ ወርሒ ፡ ዝኣኽ
ል ፡ ሐዚላ ፡ ኸላ ፣ ሓደ ፡ ዓቀይታይ ፡ ካብ ፡ ዝባና ፡ ኣግዲፉ ፣ በዘን ፡ ክ
8. ልተ ፡ እግሩ ፡ ሕጁ ፡ ናብ ፡ ኣዝሒት ፡ ርእሱ ፡ ሐጠቕ ፡ ኣበሎ ። በዚ ፡
ኹሉ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኸም ፡ እቶጸንት ፣ መሰሎም ። – –

9. ሬሳ ፡ ሰብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኸአ ፡ ኻብታ ፡ ፈለማ ፡ ተኸሲ ፡ ዝጀመሩላ ፡
10. ሕጆም ፡ ክሳዕ ፡ ዐዶም ፡ ወዲቖም ፣ ንምድሪ ፡ ኸዲኖምዎ ፡ ነበሩ ። ምስ ፡
ሬሳ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ሬሳ ፡ ወድ-ወዶም ፡ ልጅ ፡ ካሳ ፡ ወዲ ፡ ኣይተ ፡
ተስፉ-ጼን ፣ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ኽልተ ፡ ደቂ ፡ ኣይተ ፡ ኣላ ፣ ልጅ ፡ ሽፋረን ፡
ልጅ ፡ ኣባይኒ ፣ ኣብ ፡ ስግር ፡ ማይ-በላ ፣ ኣብቲ ፡ ቐዳማይ ፡ እቶታ ኹሱላ ፣
ወዲቖም ፡ ተረኽቡ ። ከንቲባ ፡ ዘሙይ ፡ ወዲ ፡ ኽፍሉ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ኣፈ
11. ና ፡ ወደቐ ። ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ልጅ ፡ ኣስፍሃን ፡ ልጅ ፡ እምባየን ፡ ደቂ ፡ ኣ
ይተ ፡ ጸጋይኒ ፡ ልጅ ፡ ሐጐስ ፡ ወዲ ፡ ኣይተ ፡ ገረ-ስላሰን ፣ ሰብ ፡ ጸዕዳ-ኽ
12. ስታን ፣ ኣብቲ ፡ ውግእ ፡ ሞቱ ። ብጀኽኦም ፡ ድማ ፡ እኒ ፡ ቐሺ ፡ ገረ-መ
ድህን ፡ ወዲ ፡ ተስፋይ ፣ ተስፉ ፡ ወዲ ፡ ወልደንኪኤል ፣ ዕቝባይ ፡ ወዲ ፡
ተስፋንኪኤል ፣ ወልደ-ገብሪኤል ፡ ወዲ ፡ ሐባል-ጋላ ፣ ደብተራ ፡ ወልደ-
ስላሰ ፡ ኸአ ፣ በዓል ፡ ዐደምሓራ ፣ ምስ ፡ ብዙሓት ፡ ካልኣት ፡ ረገፉ ።

13. ሽው ፡ መዓልቲ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኻብ ፡ ታሕቲ ፡ ጀሚራ ፡ ኽሳዕ ፡ ላዕሊ ፡
ተተኹሰት ። ምስኣ ፡ ድማ ፡ ዐዲ ፡ ገብሩን ፡ ዐድ-ተኽላይኒ ፡ ነደዳ ፤ ዐዲ ፡
ኸፈለት ፡ ከአ ፣ ጐልቲ ፡ እንዳ ፡ ደግያት ፡ ተስፉ-ጼን ፡ ነበረት ፡ እሞ ፣ ብ
ሐዊ ፡ ኣንደድዋ ። – –

በዚ ፡ ኹሉ ፡ መዓልቲ ፡ ሰኑይ ፡ ንሰብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ጸላም ፡ ከኖም ። 14.
ድሕርዚ ፡ ሓደ ፡ ደጓዒ ፡ ኸምዚ ፡ ይሉ ፡ ደጕዔ ፤

አይትመለስ ፥ ናይ ፡ ሰኑይ ፡ መዓልቲ ।
ጸሓይ ፡ ተኸዲና ፥ ለይቲ ।
ርኢኹምዶ ፡ ሕልፈት ፡ ደገዘማቲ ।

## ሞት ፡ አይተ ፡ ላግርኒ ፡ ቐሺ ፡ ሐይለ-አብኒ ። 250.

ሽው ፡ ኸአ ፥ ሐያሎ ፡ ኻብ ፡ ደቂ ፡ ጸዐዘጋ ፥ ሀዲሞም ፡ አብ ፡ እንዳ ፡ 1.
ምንኪኤል ፡ ዐዲ ፡ ቜንጺ ፡ አትዮም ፡ ዝነበሩ ፥ ካብኡ ፡ እናውጽኡ ፥ ቀ
ተልዎም ።

ከምኡ ፡ ድማ ፥ አብ ፡ ውግእ ፡ ዘይወዓሉ ፥ አብ ፡ ምኽሪ ፡ ድማ ፡ ዘ 2.
ይተደምበሩ ፡ ሰለስተ ፡ ኸንሻ ፥ ክልተ ፡ ደቂ ፡ ጸዐዘጋ ፥ ቐሺ ፡ ሐይለ-አ
ብ ፡ ወዲ ፡ ተስፋይኒ ፡ ሀብተ-ገርግሽ ፡ ወዲ ፡ ቐሺ ፡ ትርፈን ፡ እተባህሉ ፥
ሳልሳዮም ፡ ድማ ፡ ሓደ ፡ ፈረንጂ ፥ አይተ ፡ ላግር ፡ እተባህለ ፥ ኰይኖም ፥
ቀደም ፡ አብ ፡ ማይ ፡ ውዑይ ፡ ይቕመጡ ፡ ኔሮም ፥ ንዕለታ ፡ ግና ፥ ጸዐዘ
ጋ ፡ ኽበጽሑ ፡ ይሎም ፥ መጺአም ፡ አብኡ ፡ ቐንዮም ፡ ነበሩ ፤ ሽው ፡ ድ
ማ ፡ ኸምዚ ፡ ኸነ ። ቀሺ ፡ ሐይለ-አብኒ ፡ ሀብተ-ገርግሽኒ ፥ « ንዓ ፤ ተተሓ 3.
ሒዅና ፥ ወረ ፡ ውግእ ፡ ከይሰማዕና ፥ ብድምበዛን ፡ አቢልና ፡ ንዐድና ፡ ን
መለስ ፥ ሐደው ፡ ኸምኡ ፡ ብዝመስል ፡ አብ ፡ ካልእ ፡ መኻን ፡ አልግሽና ፡
ንጽናሕ ፥ » ይሎም ፡ ንአይተ ፡ ላግር ፡ መኸርዎም ። ነሰም ፡ ግና ፥ ከም ፡ 4.
ስርዓት ፡ ዐዶም ፡ መሽልዎም ፥ « አነስ ፥ ዝኸአል ፡ እንተ ፡ ኾይኑስ ፥ ኩ
ናት ፡ ሐበሻ ፡ ኽርኢ ፡ ምፈቶኹ ፥ » የልዎም ። ነሳቶም ፡ ከአ ፥ « በል ፤ 5.
እዚ ፡ ኻብ ፡ ኮነስ ፡ ሕጃይ ፥ እቲ ፡ ዝሐይሽ ፡ መገዲ ፡ ኻብ ፡ አብዚ ፡ ናብ ፡
ጸዐዘጋ ፡ ምጽናሕ ፡ ዐዲ ፡ ቜንጺ ፡ ኼድና ፡ ናብ ፡ እንዳ ፡ ምንኪኤል ፡ ምእ
ታው ፡ ይሔሸና ፤ ከመይ ፤ – ነሱ ፥ ቤተኽስያን ፡ አበና ፡ አተሸም ፥ አብ ፡ ም

ሎእ ፡ ደቀተሸም ፡ ሕፉር ፡ እዩ ፤ እሞ ፣ አብኡ ፡ ንእቶ ፣ ብኡ-ብኡ ፡ ኸአ ፡
ሐጐስ ፡ ስድራናን ፡ ጓሂአምኒ ፡ ተሎ ፡ ይልና ፡ እንሰምዐሉ ፣ » ይሎም ፡
6. አርኣይዎም ። ሽው ፡ አይተ ፡ ላግር ፣ « በሉ ፤ እዚ ፡ ኻብ ፡ ኮነስ ፣ ብኡ-ብ
ኡ ፡ እቲ ፡ ዝኸውንኒ ፡ እንርእየሉ ፡ ወረን ፡ እንሰምዐሉ ፣ ጥቓ ፡ ስድራና
ን ፡ ሐጺር ፡ መገድን ፡ አብዚ ፡ ኻብ ፡ ዝርከብ ፣ ንዐዲ ፡ ቼንጺ ፡ ንኺድ ፣ »
የልዎም ።

7. እዚ ፡ ቼርጮም ፣ ሰኑይ ፡ ንግሆ ፡ ተተሓሕጆም ፡ ምስቶም ፡ ሰብ ፡
ውግእ ፡ ክሳዕ ፡ ዐዲ ፡ ቼንጺ ፡ ኸዱ ። ካብኡ ፡ ድማ ፡ በዓል ፡ ኩናት ፡ ዝ
ኸነ ፡ ኸሎ ፡ ምስ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ መገዲ ፡ ወኽ-ድባ ፡ ሕጆም ፡ ሐለ
8. ፉ ፤ አይተ ፡ ላግር ፡ ግና ፡ ሳልሳይ ፡ ርእሶም ፡ ተረፉ ። ሽው ፣ ኩናት ፡ ደግ
ያት ፡ ሃይሉ ፡ ምስ ፡ ተሳዕረ ፣ ሰለስቲአም ፡ አብ ፡ እንዳ ፡ ምንኪኤል ፡
አተዉ ። አብኡ ፡ ኸለዉ ፣ ሐያሎ ፡ ዓቀይቲ ፣ ሰብ ፡ ሀዘጋ ፣ አትዮም ፣ ር
9. እዮምዎም ፣ ዝፈልጥዎም ፡ ስለ ፡ ዝኾኑ ፣ ሐዲጎምዎም ፡ ከዱ ። ደሐር ፡
ግና ፡ ጐብሳ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ወልደ-ገብሪኤል ፣ እቲ ፡ በዓል ፡ ጻዕዳ-ኽስ
ታን ፣ አትዩ ፡ ምስ ፡ ረአዮም ፣ ሰስሒቡ ፡ አውጺኡ ፣ ንአይተ ፡ ላግርኒ ፡
ንቐሺ ፡ ሐይለ-ኣብኒ ፡ ንሀብተ-ገርግሽኒ ፣ « አብ ፡ ሎም ፡ በጺሕኩምዶ ፡
ንምንኪኤል ፣ ደሊኹምዎ ፤ » ይሉ ፡ ብጐራደ ፡ ንአይተ ፡ ላግርኒ ፡ ቐሺ ፡
10. ሐይለ-ኣብኒ ፡ ሽው ፡ ብኡ-ብኡ ፡ ቐተሎም ። ንሀብተ-ገርግሽ ፡ ግና ፣ አብ ፡
ሰለፉ ፡ ምስ ፡ ወግአ ፣ « ሞይቱ ፣ » ይሉ ፣ ሐዲግዎ ፡ ኸደ ። ነሱ ፡ ኸአ ፡ ዘ
ልዕሎ ፡ ሰብ ፡ ረኺቡ ፡ ሐዌ ።

11. ካብዚ ፡ መዓልትዚ ፡ ሕጁ ፣ ደም ፡ ጸዐዘጋን ፡ ደም ፡ ከንሻን ፡ ብሓ
ደ ፡ ወሓዘ ፡ እሞ ፣ ሞቶምኒ ፡ ህይወቶምኒ ፡ ሓደ ፡ ኾነ ።

251. ምእታው ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ አብ ፡ ዐጆም ።

1. ከምዚ ፡ ጌሮም ፡ ራእስ ፡ ወልደንከኤል ፣ ብወርሒ ፡ ሐምለ ፡ መ
በል ፡ ዐሰርተው ፡ ሓደ ፣ መዓልቱ ፡ ሰኑይ ፣ ንጸዐዘጋ ፡ ስዒሮም ፡ ምስ ፡ አ

ጥፍኡ ፥ አብ ፡ ሀዘጋ ፡ አትዮም ፡ ተቀመጡ ። እሞ ፥ ዐርቢ ፡ መዓልቲ ፥ 2.
ካብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ነቒሎም ፡ ዐጆም ፡ ክአትዉ ፡ ኸለዉ ፥ ካህናት ፡ ለብሾም ፥
ድባቦም ፡ መስቀሎም ፡ ሕጆም ፡ ተቐበልዎም ። ሓደ ፡ ጻዕዳ ፥ መኸልበ
ት ፡ እተባህለ ፥ ከአ ፡ ሓዝ ፡ ጽላል-አረንጓዲአም ፡ ጌሮምዎ ፡ ነበሩ ።

ሸው ፡ ዘሎ ፡ ፈታዊን ፡ ጸላእን ፡ አብአም ፡ አቶ ። ከንቲባ ፡ ሃይሉ ፡ 3.
ድማ ፥ እቲ ፡ ሸዓ ፥ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ንትርኩ ፡ ኸባርሩ ፡ ኸለዉ ፡
ድሕሪ ፡ ጐዳጐዲ ፥ ፈሪሆም ፡ ምስ ፡ ትርኩ ፡ ሀዲሞም ፡ ነበሩ ፡ ኸም ፡ ል
ጅ ፡ ሸፋረ ፤ ሕጂ ፡ ነሶም ፡ ብዕርቂ ፡ ናብ ፡ ወዲ ፡ ሐወቦአም ፥ አብ ፡ ራእ
ሲ ፥ አተዉ ።

በቲ ፡ ቕኔቲ ፡ ወጆም ፡ ደግያት ፡ መስፍን ፡ ከአ ፥ አብ ፡ ምስሪ ፡ ኽሞ 4.
ሃሩ ፡ ኔሮምሲ ፥ አብ ፡ ሀገሮም ፡ ተመልሾም ፡ አብ ፡ አቦአም ፡ መጹ ። ራ 5.
እሲ ፡ ኸአ ፥ « ንመስቀል ፡ መኰኝን ፡ ወጆይ ፡ ከተስክር ፡ እየ ፥ » ይሎ
ም ፡ ንሀገር ፡ አወጁ ።

## ብሸነት ፡ ቀሺ ፡ ሀብቱ ። 252.

ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ንጸዐዘጋ ፡ ምስ ፡ ሰዓሩ ፥ ነቲ ፡ ኸብዲ ፡ ዐ 1.
ዲ ፡ ጸዐዘጋ ፡ አሕርሾም ፡ ነበሩ ፤ እሞ ፥ « ግርሁ ፡ ኽርኢ ፥ » ይሎም ፡ ብ
ፈረስ ፡ አብ ፡ ዐዲ ፡ ያዕቆብ ፡ ከዱ ። ቀሺ ፡ ሀብቱ ፡ ኸአ ፥ በዓል ፡ ዛግር ፡ 2.
ካብ ፡ እንዳ ፡ እኖአም ፥ ነበረ ፤ እሞ ፥ ደድሕሪ ፡ እቲ ፡ ፈረስ ፡ እናጐየ ፥ አ
ርከቦም ። ሸው ፡ ራእሲ ፥ « ነስኻ ፡ ንብሸነት ፡ እምበር ፥ ንኽህነት ፡ አይተ 3.
ውሀቦኻን ፥ » ይሎም ፥ ጐራዲአም ፡ ሂቦም ፡ ብሸነት ፡ መረቑሉ ።

ቀሺ ፡ ሀብቱ ፡ ኸአ ፡ ኻብዚአ ፡ ሕጁ ፡ ዘማታይኒ ፡ ቐታላይኒ ፡ ኸነ ። 4.

## ቀብሪ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ። 253.

እቶም ፡ ካብዚ ፡ ሞትዚ ፡ ዝማለቑ ፡ ደቂ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኸአ ፥ መብዝሖ 1.
ም ፡ ንትግራይ ፡ ሀደሙ ፥ ገለ ፡ ኸአ ፡ ንባሕሪ ። ከምኡ ፡ ናብ ፡ ብሀገሩ ፡
ፋሕ ፡ የሉ ።

2. ግራዝማች ፡ ባህታ ፡ እት፟በህለ ፡ ኸአ ፥ ካብ ፡ ዐዲ፟ ፡ በላዕ-ቍማል ፥ ሐ
ሽከሮም ፡ ንደግ፟ያት ፡ ሃይሉ ፥ አብ ፡ ዐዱ፟ ፥ አብ ፡ መዝብር ፥ ንደግ፟ያት ፡ ሃ
3. ይሉን ፡ ንስድርአምኒ ፡ ቐብሪ ፡ ገበረሎ፟ም ። ሽዑ ፡ ናብቲ ፡ ቐብሪ ፡ ኸም
ዚ ፡ ዝብል ፡ ድኾ፟ዓ ፡ ተደኾ፟ዔ ፤

ኣረ ፥ ናይ ፡ ሀ፟ዘጋ ፡ ሰማዕኩ ፡ ጕዶም |
ምቕታል ፡ መኺንንቲ ፡ መን ፡ ኣልመዶም |
ወዲ፟ ፡ ሰበይትዶ ፡ ይኽነ፟ካ ፡ በዓል ፡ ደም |

4. ሬሳ ፡ ደግ፟ዝማቲ ፡ ድማ ፡ ቕድ፟ም ፡ ኣብ ፡ ወኸ፟-ድባ፟ ፡ ተቐብረ ፤ ደሐ
ር ፡ ግና ፥ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ምስ ፡ ተኣስሩ ፥ ደቂ፟ ፡ ጸዐ፟ዘጋ ፡ ድማ፟ ፡
ዐዶ፟ም ፡ ምስ ፡ ተመልሱ ፥ ሀገር ፡ ምስ ፡ ተጣየሰ ፥ ነዕጽምቲ ፡ ደግ፟ያት ፡ ሃ
ይሉ ፡ ኻብ ፡ ወኸ፟-ድባ፟ ፡ ናብ ፡ ጸዐ፟ዘጋ ፡ ኣግዓዝዎ፟ ።

## 254. ሐጸይ ፡ ዮሀ፟ንስ ፡ መጹ ።

1. መስቀል-ብራ፟ኽ ፡ ከአ ፡ ሐጸይ ፡ ዮሀ፟ንስ ፥ እዚ ፡ ዅሉ፟ ፡ ምስ ፡ ሰም
ዑ ፥ ኣብ ፡ ሐማሴን ፡ መጹ ። ኣይተ ፡ ገረ-ማርያምኒ ፡ ኣይተ ፡ ወልደ-ገብ
ሪኤልኒ ፡ ብላታ፟ ፡ ገረ-መድህንኒ ፡ ኸምኡ ፡ ድማ፟ ፡ ኻልኣት ፡ ሐያ፟ሎ ፡ ኻ
ብ ፡ ዐበ፟ይቲ ፡ ጸዐ፟ዘጋ ፡ መራሕቲ ፡ ኹይኖም ፡ ነበሩ ።
2. ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ከአ ፥ በዚ ፡ እዋ፟ንዚ ፡ ንወዶ፟ም ፡ ተስካር ፡
ክገብሩ ፡ ተቛጺሮም ፡ ከለ፟ዉ ፥ ኣብ ፡ መንጉኡ ፡ እዚ ፡ ወሬዚ ፡ ሰምዑ ።
ሽዑ ፥ ጌና ፡ መዓልቲ ፡ ቈጸርኦም ፡ ከይበጽሐ ፥ ተሎ ፥ ስዕዶ-ስዕዶ ፡ ይሎ
ም ፡ ጕዳ፟ዮም ፡ ገበሩ ። ደሐር ፡ ዘሎ፟ ፡ ሰቦምኒ ፡ ፈታዊኦምኒ ፡ ኣኪ፟ቦም ፥
3. መገዲ፟ ፡ ዋራ ፡ ሕጆም ፡ ሀደሙ ። ሽዑ ፥ ኣብ ፡ ኢራ ፡ ምስ ፡ በጽሑ ፥ ት
ኪ፟ ፡ ረኣዩ ፤ እሞ፟ ፥ ራእሲ ፡ ኸአ ፡ መነ፟ጸሮም ፡ ኣልዒሎም ፥ « ሕጅስ ፡ ዐ
4. ድ፟ና ፡ ተተኾ፟ሰ ፥ » የሉ ። ካብኡ ፡ ተቓላጢፎም ፡ ንሐልሐለ-በጐስ ፡ ተ
ሳገሩ ።

ንጉስ ፡ ከአ ፥ ከርከብዎ፟ም ፡ ይሎም ፥ ንሀዘ፟ጋ ፡ አንዲዶም ፥ ደድ፟ሕሪ 5.
ኦም ፡ ስዒቦም ፡ ክሳዕ ፡ ጐልጐል ፡ ዕመር ፡ እተ፟ባህለ ፡ ምድሪ ፡ ብሴን ፡ በ
ጽሑ ። ካብኡ ፡ ተመልሾም ፡ ኣብ ፡ ጕራዕ ፡ ሰፈሮም ፡ ከለ፟ዉ ፥ ንደ፟ግያት ፡ 6.
ተሰ፟ማ ፡ ወዲ፟ ፡ ደ፟ግያት ፡ ኢማም ፡ ድ፟ግዝም፟ነት ፡ ሂቦም ፥ ንኦምኒ ፡ ንሸለ
ቓ፟ ፡ ኣ፟ላን ፥ ንሐማሴን ፡ ክገዝኡ ፥ ኣብ ፡ ዐድ-ተኽላይ ፡ ሐዲጎምዎም ፡ ን
ትግራይ ፡ ተመልሱ ።

## መንግስቲ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ። 255.

ድሕርዚ ፡ ኽአ ፥ ደ፟ግያት ፡ ተሰ፟ማን ፡ ሸለ፟ቃ ፡ ኣ፟ላን ፡ ኣብ ፡ ዐድ-ተኽ 1.
ላይ ፡ ሐግዮም ፥ ኣብቲ ፡ ኽረምቱ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ሰራዊት ፡
ሰደዱሎም ፥ ክዋ፟ግእዎ፟ም ። ባዕሎም ፡ ከይ፟መጹ ፡ ግና ፥ ብፍንጣጣ ፡ ሐሚ
ሞም ፡ ተረፉ ። ኣብ ፡ ክንድኦም ፡ ንብላ፟ታ ፡ ተስፉ ፡ ወዲ፟ ፡ ነጸራይ ፥ በዓ 2.
ል ፡ ሕምብርቲ ፥ ሐለቃ ፡ ጌሮም ፥ ብትሕቲኦም ፡ ከአ ፡ እ፟ኒ ፡ ባሻ፟ይ ፡ ደ፟ባ
ስ ፥ ባሻ፟ይ ፡ ተስፉ ፥ ባሻይ ፡ ሀብቱ ፡ ኾይኖም ፥ ንሐማሴን ፡ ለኣኽዎ፟ም ።
ደ፟ግያት ፡ ተሰ፟ማን ፡ ሸለ፟ቃ ፡ ኣላን ፥ ምምጻእ ፡ እዚኣቶም ፡ ምስ ፡ ረኣዩ ፤ 3.
ብዙሕ ፡ ሰራዊት ፡ ስለ ፡ ዘይነበሮም ፥ ከምኡ ፡ ኽአ ፡ ኻብ ፡ ንጉስ ፡ ከይ፟
ሕገዙ ፥ ንጉስ ፥ ንርእሶም ፡ ክዋ፟ግኡ ፥ ንዐደ፟ምሓራ ፡ ኸይዶም ፡ ነበሩ ፡ እ፟ሞ ፥
ስለዚ ፡ ሐዲጎምሎም ፡ ንትግራዮም ፡ ተመልሱ ። ብድሕሪኦም ፡ ብሽም ፡ 4.
ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ብላ፟ታ ፡ ተስፉ ፡ ዓመት ፡ ዝኣኽ፟ል ፡ ምቕ፟ማጥ ፡
ራእሲ ፡ ኾይኖም ፡ ዐራት ፡ ሓዙ ። ሀገር ፡ ከኣ ፡ ብዘመተን ፡ ብተሰ፟ርን ፡
ጠፍኤ ።

ፈተውቲ ፡ ዐድ-ደ፟ግያት ፡ ሃይሉ ፡ ዘበ፟ሉ ፡ ኽአ ፥ እ፟ኒ ፡ ኣይተ ፡ ገረ-ስ 5.
ላ፟ሰ ፡ ወዲ፟ ፡ ኣይተ ፡ ኣስገዶም ፥ ከንቲባ ፡ ናሽሕ ፡ ወዲ፟ ፡ ኽንቲባ ፡ ልጃ
ም ፥ ደቒ፟ ፡ ኽንቲባ ፡ በኺት ፥ ከምኡ ፡ ድማ፟ ፡ ሐያ፟ሎይ ፡ ካልኦት ፡ ንትግራ
ይ ፡ ሰዓቡ ። ኣብ ፡ ብመ፟ላእ ፡ እንዳ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፡ ጕብሳ ፡ ወዲ፟ ፡ 6.
ኣይተ ፡ ወልደ-ገብሪኤልኒ ፡ ልጅ ፡ ሀብተ-ጼን ፡ ወዲ፟ ፡ ኣይተ ፡ ንጉሰን ፡

ብትሕቲ ፡ እንዳ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ አዘዝቲ ፡ ኹይኖም ፡ ነበሩ ።
አብ ፡ ግዝኣት ፡ ዘማት ፡ ድማ ፡ ኽንቲብ ፡ ገረ-ማርያም ፡ ወዲ ፡ ጋብር ፡ ካ
ብ ፡ ዐዲ ፡ ኽፍሎም ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ጓል-ጓሎም ፡ ጓል ፡ ወዘ
ሮ ፡ ውብ ፡ ሂበም ፡ አዘዝን ፡ ናዛዝን ፡ ጌሮምዎ ፡ ነበሩ ።

7\. ራእሲ ፡ ኸአ ፡ ብዕሎም ፡ አብ ፡ ሐልሐል ፡ ሰፊሮም ፡ አብቲ ፡ ጐልጐ
ል ፡ ትሕቲ ፡ ዐዲ ፡ ገብሻ ፡ ጽቡቕ ፡ ስቕሎ ፡ ንቤቶም ፡ ዝኸውን ፡ አስር
ሑ ፤ እሞ ፡ አብኡ ፡ ኸተሙ ።

## 256. ጥዑም-እዝጊ ፡ ናብ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ አተዉ ።

1\. ሽዑ ፡ እዋን ፡ እዩ ፡ ጥዑም-እዝጊ ፡ እቲ ፡ ፍሉጥ ፡ ዋጣ ፡ ደግያት ፡
ሃይሉ ፡ ሐልሐል ፡ ከይዱ ፡ ናብ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ዝአቶ ።

2\. ቀደም ፡ ንሱ ፡ ዋኸሹም ፡ ገብሩ ፡ ናብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ሰፊሮም ፡ ከለዉ ፡
ደቒ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ድማ ፡ ሸፊቶም ፡ አብ ፡ ሐልሐለ-በጐስ ፡
ምስ ፡ አተዉ ፡ አቓናጺቡ ፡ ረአዮም ፤ እሞ ፡ ንዋኸሹም ፡ ገብሩ ፡ ኸአ ፡

3\. ሰሓሎም ። እቲ ፡ መዋጥይቱ ፡ ኸአ ፡

« አታ ፤ ጽባሕ ፡ ከይትኾነካ ፡ ዐባይ ፡ ሰዓል ፤ »

ይሉ ፡ መዓዶ ።

4\. ጥዑም-እዝጊ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ሐልሐል ፡ አብ ፡ ራእሲ ፡ አትዩ ፡ ካሬ
ን ፡ ገመድኒ ፡ ሐጺ ፡ ከምዚ ፡ ይሉ ፡ ደረሰ ፤

« እኖትሰ ፡ ኻሬ ፡ መቝረጽየ ፤
እኖትሰ ፡ ገመድ ፡ መሕነቕየ ፤ »

5, 6. የለ ። ራእሲ ፡ ኸአ ፡ « በሎ ፡ በሎ ፤ ኣነ ፡ ሐው ፡ ተመርጻ ፡ » የሉ ። ጥዑ
ም-እዝጊ ፡ ኸአ ፡

« ይስበረ፟ኒ ፤
ይሸናጭረ፟ኒ ፤
ከምዚ ፡ ደ፟ሞ ፡ ዝኾን ፡ መሽሉ፟ኒ ፤
ይው፟ረየ፟ካ ፡ ሕ፟ሎ ፥ ጕሚዳ ፤ »

ይሉ ፡ ደረሰ፟ሎም ። ሽዑ ፡ ራእሲ ፡ ኸአ ፡ ስሒቖም ፡ መሓር፟ዎ ። 7.
በዚ ፡ ኸምዚ ፡ ጕሚዳ ፡ አውጽአ፟ሎም ። 8.

ራእስ ፡ ባርይኡ ፡ ናብ ፡ ሐማሴን ፡ ሰፈሩ ። 257.

አብ ፡ መንጉኡ ፡ ድ፟ማ ፡ ሐጸይ ፡ ዮሀ፟ንስ ፥ ንራእስ ፡ ባርይኡ ፡ ናብ ፡ 1.
ሐማሴን ፡ ሰደድ፟ዎም ። ሽዑ ፡ ነ፟ሶም ፡ ከአ ፡ ሰራዊት ፡ ሰዲዶም ፡ ብቕ፟ነ ፡ 2.
ቐውዒ ፡ ኽሳዕ ፡ ዐ፟ዲ ፡ ንአም፟ን ፡ አዝመት፟ዎ ። ካብኡ ፡ ሐጋይ ፡ ምሉእ ፡
አጸ፟ቢቖም ፡ ተዳለዉ ፤ ደሐር ፡ ብዐ፟የት ፡ ባዕሎም ፡ ከቲቶም ፡ አብ ፡ ሐማ
ሴን ፡ መጹ ። እቶም ፡ ስድራ ፥ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ከአ ፥ ምምጻእ ፡ 3.
ራእስ ፡ ባርይኡ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፥ አብ ፡ ጕይትኦም ፡ ተመልሾም ፡ ወረ
ዱ ፤ ራእስ ፡ ባርይኡ ፡ ኸአ ፡ መጺኦም ፡ ቤት ፡ ምኻእ ፡ ሰፈሩ ።
አብኡ ፡ ኸለ፟ዉ ፡ ኸአ ፥ « ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ መጹኹም ፥ » እ 4.
ንተልዎ፟ም ፤

« ሓነ ፡ አባ፟ ፡ ጋላ ፤
ሓነ ፡ ይመጽ ፡ እምበር ፤ ይመጻ፟ንዩ ፤ »

ይሎም ፡ ፈኸ፟ሩ ። አብ ፡ ልዕሊኡ ፡ ኸአ ፡ ፊተውራሪ ፡ ገብረ-ኣብ ፡ ወዲ፟ ፡ 5.
ብላታ፟ ፡ ገረ-መድህን ፡ ብሽም ፡ ጸዐ፟ዘጋ ፥ « ንዑ ፥ አይንዋ፟ጋእ ፤ ካብኡ-ኻ
ብኡ ፡ ንሕና ፡ ብሰላም ፡ ዐ፟ድና ፡ እ፟ንአቱ፟ ፡ መሰለና፟ ፡ እምበር ፤ ምስ ፡ ወል
ደንኪኤል ፡ ንዋ፟ጋእ ፡ ይልና ፥ አይሓሰብናን ፥ » ይሉ ፡ አመ፟ተሎ፟ም ። ነ፟ሶ 6.
ም ፡ ግና ፥ « ትም ፡ በል ፥ አይትፍራህ ፤ ብሐቕ፟ዶ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ምሳ
ይ ፡ ዝዋ፟ጋእ ፡ ዝኽእል ፡ ይመስለኻ፟ ፤ » ይሎም ፡ ነታ ፡ ዘረብኡ ፡ አቛ፟ና
ጸብዋ፟ ።

## 258. ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ መጺ ።

1. ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ከአ ፥ ወረ ፡ ምጐዓዝ ፡ ራእስ ፡ ባርይኡ ፡ ም
ስ ፡ ሰምዑ ፥ ዘሉ ፡ ሰራዊቶም ፡ አኪቦም ፥ ዝወሰኹ ፡ ወሳሲኾም ፡ ተለዓ
ሉ ። ሽዑ ፥ « አብዚ ፡ አለዉ ፥ » ከይተባህለ ፡ ጥራይ ፥ ክርንሸም ፡ በጽሑ ።
2. ንሰራዊቶም ፡ ሡሉ ፥ « አይትፈክሩ ፥ አይትጨድሩ ፥ አይትዝረቡ ፤ አብኣ ፡
ኸሉ ፥ መታን ፡ ሐደጋ ፡ ኽንወድቆ ፥ » የልዎም ።
3. ድሕርቲ ፡ ሰኑይ ፡ ንግሆ ፥ ብገስጋስ ፡ ካብ ፡ እምባ-ደርሆ ፡ ምስ ፡ ተ
በገሱ ፥ ሓደ ፡ ሰብኣይ ፥ በዓል ፡ ዐደኰሎም ፥ « ላለ ፡ ላለ ፥ ላለ ፡ ላለ ፥ »
የለ ። እቶም ፡ ሰባት ፡ ድማ ፥ « ትም ፡ በል ፥ ትም ፡ በል ፥ » የልዎ ። ራእ
4. ሲ ፡ ግና ፥ « ሕደግዎ ፥ ይግበር ፥ » የሉ ። ሽዑ ፡ እቲ ፡ ሰብኣይ ፡ ከምዚ ፡
ይሉ ፡ መልአ ፤

« ሰኑየ-ሰኑይ ፥ ሰኑይ ፡ ወክ-ድባ ፤
ድራርዶ ፡ ትኸልእ ፥ ምሳሕ ፡ ሂባ ! »

5. ራእሲ ፡ ኸአ ፥ እዚኣ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፥ « አጆኻ ፤ በቕሊ ፡ ኽህበኻ ፥ » ይ
ሎም ፡ አተስፈውዎ ።

## 259. ውግእ ፡ ቤት ፡ ምኻእ ።

1. ራእስ ፡ ባርይኡ ፡ ድማ ፥ ምምጻእ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ርግጽ ፡
2. ምስ ፡ ፈለጡ ፥ ተሎ ፡ ይሎም ፡ ብታህዋኽ ፡ ሰቦም ፡ አኽተቱ ። ራእስ ፡ ወ
ልደንኪኤል ፡ ከአ ፡ አንጊሆም ፥ ብዐድ-ንፋስ ፡ አቢሎም ፥ ንቤት ፡ ገርግ
ሽ ፡ ጺጋም ፡ ጌሮም ፥ ጸሓይ ፡ ሐዚሎም ፡ መንጎ ፡ አስመራን ፡ ቤት ፡ ምኻ
እኒ ፡ ገጠሙሎም ። አብኡ ፥ ሰኑይ ፡ መዓልቲ ፡ ብወርሒ ፡ ጕምበት ፥ በዓ
ል ፡ ቅዱስ ፡ ምንኪኤል ፥ ተዋግኡ ።
3. ሽዑ ፥ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ አብ ፡ ዝባን ፡ ፈረስ ፡ ኰይኖም ፡ ክ
ፍክሩ ፡ ኸለዉ ፥ ፊተውራሪ ፡ ገብረ-አብ ፡ አብ ፡ ማእከል ፡ ሰልፊ ፡ አትዩ ፥

ንኣም ፡ ዝደለዮም ፥ ንፈረሶም ፡ ተኹ፟ሹ ፡ ኣውደቕ ። እንተኸነ ፥ ስድራ ፡ 4.
ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ክደፍኡ ፡ ምስ ፡ ረኣዩ ፥ እቶም ፡ ኣብኡ ፡ ዝነበ
ሩ ፡ ሰብ ፡ ጸዐዘ፟ጋ ፥

ተመን ፡ ዝርኤ ፥

ብልሕጺ ፡ ተጻሕለ ፥

ከም ፡ ዝበ፟ሀል ፥ ነሳ፟ቶም ፡ ቅድሚ ፡ ኹሉ፟ ፡ ሀደሙ ። ራእስ ፡ ባርይኡ ፡ ኣ 5.
ብቲ ፡ ውግ፟እ ፡ ሞቱ ፤ ምስኦም ፡ ድማ፟ ፡ ብዙሓት ፡ መኳንንቶምኒ ፡ ወተ፟
ሀደ፟ሮምኒ ፡ ናብኡ ፡ ወደቑ ። ኣይተ ፡ ገረ-ስ፟ላሰ ፡ ኸአ ፥ በዓል ፡ ጻዕዳ-ኸስ
ታን ፡ ወዲ፟ ፡ ኣይተ ፡ ኣስገዶም ፥ ምስኦም ፡ ኣብ ፡ ኩናት ፡ ውዒሎም ፡
ኣብኣ ፡ ሞቱ ። ዘይተማረኸ ፡ ኻብ ፡ ስድራ ፡ ራእስ ፡ ባርይኡ ፥ ንትግራይ ፡ 6.
ሀደመ ። – –

ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ከአ ፥ « ንኹሉ፟ ፡ እዚ ፡ ሬሳታት ፡ ብጀ፟ኻ ፡ 7.
ናይ ፡ ራእስ ፡ ባርይኡ ፥ ቅበርዎ፟ ፥ » ይሎም ፡ ኣወ፟ጁ ። ሬሳ ፡ ራእስ ፡ ባር
ይኡ ፡ ግና ፥ ድራር ፡ ኣዛብእ ፡ ክኸው፟ን ፥ ገደፍዎ፟ ። ራእስ ፡ ወልደንኪኤ 8.
ል ፡ እዚ ፡ ዝገበሩ ፥ ራእስ ፡ ባርይኡ ፡ ቐደም ፡ ንወዲ፟ ፡ ሐብቶም ፥ ንባሕ
ር-ነጋስ ፡ ወልደ-ስላ፟ሰ ፡ ቐቲሎም ፡ ኣይቀበርዎ፟ምኒ ፤ እሞ፟ ፥ ሕነ ፡ ወዲ፟ ፡
ሐብቶም ፡ ክፈድዩ ፡ ይሎም ፥ እዮ፟ም ። እንተኸነ ፡ ወጆ፟ም ፡ ደግ፟ያት ፡ መ 9.
ስፍን ፥ ነቡ፟ኡ ፡ ኸየ፟ስምዔ ፥ ሐቢኡ ፡ ብለይቲ ፡ ነቲ ፡ ኻብ ፡ ኣዛብእ ፡ ዝተ
ረፈ ፡ ሬስኦም ፡ ቀበሮ ።

## ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ኣብ ፡ ሀዘ፟ጋ ። 260.

ራእሲ ፡ ኸአ ፡ ድሕሪ ፡ እቲ ፡ ውግ፟እ ፡ ኣብ ፡ እምባ-ደርሆ ፡ ሰፈሮም ፡ 1.
ኔሮም ፤ ደሐር ፡ ግና ፡ መራጉዝ ፡ ከይዶም ፡ ማዕድያ ፡ እተ፟ባሀለት ፡ ዐዲ፟ ፡
ኸረሙ ። ካብኡ ፡ ሐያ፟ሎ ፡ ወተ፟ሀደ፟ሮም ፡ ክሳዕ ፡ ዐደ፟ርባዕተ ፡ ወረሩ ፤ ሰ
ብ ፡ ዓድዋ ፡ ኸአ ፡ ፈሪሆም ፡ ሕምጅ፟ቅጅ፟ቅ ፡ ይብሉ ፡ ነበሩ ። ድሕርዚ ፡ 2.
መስቀል-ብራ፟ቕ ፡ ንዐዶ፟ም ፡ ተመልሱ ።

3. በቲ፡ እዋንቲ፡ ንራእስ፡ ወልደንኪኤል፡ ዘመሩሎም፥ ከምዚ፡
ይሎም፤

ወዲ፡ ሰለሙን፥ በዓል፡ ነፍስ-ዕዳ፤
ቀታል፡ ሽሬ፡ ምስ፡ ኵኹበ-ልዳ፤
ዕሰርተ፡ ነጋሪት፥ ዕስራ፡ ቓንዳ፤
አውደቐካዮም፡ አብዛ፡ ዐባይ፡ ሜዳ።

4. ከምኡ፡ ኸአ፡ ትርኩ፥ ነዚ፡ ኾሎ፡ ምስ፡ ሰምዔ፥ ተሐኾሹ፡ ሓደ፡
ጋማ፥ ራእስ-ወርቂ፡ ዝበሀል፥ ንራእሲ፡ ዝበቕዕ፥ ሰደደሎም።
5. በዚ፡ እዋንዚ፡ ኸአ፡ ንቤተኽስያን፡ ሀዘጋ፡ ኽሕድስዎ፡ ጀመሩ።
6. ከምኡ፡ ድማ፡ ሽው፡ ንርእሶም፡ ሓደ፡ ጽቡቕ፡ ቤት፡ ሰርሑ። ነቶም፡
ጐደቦታቶም፡ ከአ፥ ንሚናበ-ዘርኣይ፡ ብዘሎን፡ ከምኡ፡ ድማ፡ ኻልአ
ት፥ «ንው፤ ንዐደይ፡ አዐምሩለይ፥» ይሎም፡ ብግዲ፡ ናብ፡ ሀዘጋ፡ አ
7. ከብዎም። ሽው፡ ድማ፡ ንሐያሎ፡ መኳንንቲ፡ ዝኸውን፡ አባይቲ፥ «ስ
ርሑ፥» ይሎም፡ ንብሐማሴኑ፡ አዘዝዎ።

261. ዕርቂ፡ ራእስ፡ ወልደንኪኤል፡ ምስ፡ ንጉስ።

1. ሐጸይ፡ ዮሀንስ፡ ከአ፥ ሞት፡ ራእስ፡ ባርይኡ፡ ምስ፡ ሰምዑ፥ ብ
ኡብኡ፡ ናብ፡ መኻኖም፡ ንሸለቃ፡ አላ፡ ርእስነት፡ ሸይሞም፡ ተኽኡ
2. ሎም። ሽው፡ ራእስ፡ አላ፡ ኻብ፡ ዐዶም ሓራ፡ ንትግራይ፡ መጺኦም፡ ን
ኹናት፡ ራእስ፡ ባርይኡ፡ ኾሎ፡ ናብኦም፡ አከብዎ። ከምኡ፡ ድማ፡
ብዙሕ፡ ሰራዊት፡ አኪቦም፥ ንራእስ፡ ወልደንኪኤል፡ ክዋግእዎም፡ ደ
ለዩ።

3. ራእስ፡ ወልደንኪኤል፡ ከአ፥ እዚ፡ ወሬዚ፡ ምስ፡ ሰምዑ፥ ብዙ
ሕ፡ ጨነቖም። አብ፡ ዐዶም፡ ብዙሕ፡ ስራሕ፡ ነበሮም፤ ካብ፡ ሐማሴን፡
ዝጠቕም፡ ሐገዝ፡ ክይረኽቡ፥ ሽው፡ ጥሜት፡ ወሪዱዎም፡ ነበረ፤ ከም፡
ቀደሞም፡ ካብ፡ ትርኩ፡ ሐገዝ፡ ክይሳዝዩ፡ ኸአ፥ ትርኩ፡ ሸላ፡ ይሉ፡

ርእይዎም ፡ ነበረ ። በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡ ንራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፣ የማን ፡ 4.
እንተበሉ ፡ ጸጋም ፣ ላዕሊ ፡ እንተ ፡ ረአዩ ፡ ታሕቲ ፣ መገምጠሊ ፡ ሰአኑ ።
ሽው ፣ « ጥበብ ፡ ረኺብኩ ፣ » ይሎም ፡ ልኡኻት ፡ ኣብ ፡ ራእስ ፡ አ 5.
ላ ፡ ንትግራይ ፡ ሰዲዶም ፣ ንራእስ ፡ አላ ፣ « ምስ ፡ ንጉስ ፡ ኰቻ ፡ ዕረቑ
ኒ ፣ » ይሎም ፡ ለመንዎም ። ራእስ ፡ አላ ፡ ኸአ ፡ ነቶም ፡ ልኡኻት ፡ ጽቡ 6.
ቕ ፡ ጌሮም ፡ ተቐቢሎም ፣ « ይኹን ፡ እምበይ ፤ ምንታማ ፡ ከፊኡ ፤ ድን
ቂ ፣ ድንቂ ፣ » ይሎም ፡ መለሱሎም ። ሽው ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ በ 7.
ዚ ፡ ምላሽዚ ፡ ተሐጕሾም ፣ ብቕነ ፡ ታሕሳስ ፣ «ክዕረቕ ፡ እየ ፣ » ይሎም ፡
ኣብ ፡ ራእስ ፡ አላ ፡ ንትግራይ ፡ ከዱ ፤ እሞ ፣ ምስኦም ፡ ኣብ ፡ አኸስም ፡
ተራኸቡ ። ራእስ ፡ አላ ፡ ኸአ ፡ ብጽቡቕ ፡ ተቐበልዎም ፤ « በሉ ፤ ኣነ ፡ ኽ 8.
ስንየኩም ፤ ኣብ ፡ ንጉስውን ፡ ብደሐን ፡ ከእትወኩም ፤ እንታባኡውን ፡
ብደሐን ፡ ንገዛኹም ፡ ክመልሰኩም ፡ እየ ፣ » ይሎም ፣ ተመሓሒሎም፣
ብሐንሳእ ፡ ተተሓሕጆም ፡ ኣብ ፡ ንጉስ ፡ ንዐደምሓራ ፡ ኸዱ ።
ንጉስ ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ደብረ-ታቦር ፡ ሰፈሮም ፡ ነበሩ ፤ እሞ ፣ ንራእስ ፡ 9.
ወልደንኪኤል ፡ ብብሩህ ፡ ገጽ ፡ ተቐበልዎም ፤ ከም ፡ ብሐቆም ፣ « ምሒ
ረካ ፡ አሎኹ ፣ » ይሎም ፡ ድማ ፡ ተስፋ ፡ ሃብዎም ። ሽው ፡ ኸአ ፣ ራእስ ፡ 10.
ወልደንኪኤል ፡ ተሐጕሾም ፡ ንዐዶም ፡ ክምለሱ ፡ ኸለዉ ፣ ብቕድሚ
ኦም ፡ ሐጸይ ፡ ከምዚ ፡ ይሎም ፡ አዘዙ ፤ « ነቱ ፡ ርእስንትካ ፣ ቅድሚ ፡ ሎ
ም ፡ ናይ ፡ ትርኩ ፡ ነይሩ ፡ እዩ ፤ ደጊም ፣ ኣነውን ፡ አይከልአካን ፤ አባኡ ፡
ኸሎ ፣ ይጥበቐልካ ፣ » ይሎም ፡ መረቑሎም ። ከምኡ ፡ ኸአ ፣ « ግዝኣት ፡
መረብ-ምላሽ ፡ ብትሕቲ ፡ ራእስ ፡ አላ ፡ እህበካ ፡ አሎኹ ፣ » ይሎም ፡ አ
ዛናግዕዎም ። በዚ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ እልል ፡ ይሎም ፡ ወጹ ። 11.
ይተካእ ፡ ይለቀብ ፣ ብድሕሪኦም ፡ ንጉስ ፡ ምስ ፡ ራእስ ፡ አላ ፡ ተማ 12.
ሳጢሮም ፡ ከልእ ፡ ምኽሪ ፡ ገበሩ ።

## 262. ፋሕ-ብትን ፡ ሰራዊት ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ።

1. በዚ ፡ ኸምዚ ፡ ራእስ ፡ አላ ፡ ንራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ከም ፡ ቃሎ
ም ፡ ብደሐን ፡ አብ ፡ ንጉስ ፡ አብጽሕዎም ፤ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ብሰላምኒ ፡
2 ብሐጐስኒ ፡ ኻብ ፡ ቤተ-ንጉስ ፡ አውጽእዎም ። « ዐድኹምውን ፡ ከብጽ
ሐኹም ፤ ከማኡውን ፥ ዘይእዘዝ ፡ እንቲህሉ ፡ ላብቱ ፡ ወሰነ-ወሰን ፥ ከነግዝ
እ ፥ » ይሎም ፡ ምስአም ፡ ተተሓሕጆም ፡ መጺኦም ፥ አብ ፡ ጐራዕ ፡ ሰፈሩ ።
3. አብኡ ፡ ኸለዉ ፥ ራእስ ፡ አላ ፡ ነቲ ፡ ናይ ፡ ውሸጢ ፡ ምኽሮም ፡ ም
ስ ፡ ሐጸይ ፡ ክፍጽምዎ ፡ ደልዮም ፥ ከምዚ ፡ ይሎም ፡ ጀመሩ ፤ « በሉ ፤
ሔዝስ ፥ እንሆ ፤ ሀገርኩም ፡ በጺሕኩም ፡ ኢኹም ፤ ደጊም ፥ ዘሎ ፡ ሰራይት
ኩምን ፡ ብረትኩምን ፡ አክቡ ፡ ኢኹም ፥ አኽትትዎ ፤ ከማኡውን ፡ ተተ
4. ሓሒዝና ፡ ላብዘ ፡ መትሕት ፡ ክንከድ ፥ » የልዎም ። ራእስ ፡ ወልደንኪ
ኤል ፡ ድማ ፥ ወዲ ፡ ሐንት-ልባ ፥ በዚ ፡ ዘረባዚ ፡ ተአቢዶም ፥ ዘሎ ፡ ሰራ
ዊቶም ፡ ብሐንቲ ፡ እዋን ፥ « እቶ ፥ » ይሎም ፡ አኽተትዎ ። እቶም ፡ ሽው ፡
ዝኸተቱ ፡ ስድራ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ነቶም ፡ አብኡ ፡ ዝነበሩ ፡ ብ
5. ዙሓት ፡ ስድራ ፡ ራእስ ፡ አላ ፡ ኸም ፡ ዝበገዘሕዎም ፥ መሰለ ። ካብኡ ፡ ራ
እስ ፡ አላ ፡ ተሐኾሾም ፡ ነቶም ፡ ስድራ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ነኣድ
ዎም ፤ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ብብዙሕ ፡ ተስፋ ፡ አሐጐስዎም ። ድሕርዚ ፥ ንም
ድሪ ፡ መትሕት ፡ ክዘምቱ ፥ ሰደድዎም ፤ አብ ፡ ምድሪ ፡ በጐስ ፥ መንሳዕ ፥
6. ሰምሃር ፥ ፋሕ ፡ አበልዎም ። ገለ ፡ ሒደን ፡ ጥራይ ፡ ምስ ፡ ራእስ ፡ ወልደ
ንኪኤል ፡ አብቲ ፡ ሰፈር ፡ ተረፉ ። ነቶም ፡ ገላዉ ፡ ርእሶም ፡ ግና ፡ ራእ
ስ ፡ አላ ፡ ናብ ፡ ጥቕአም ፡ አጽንሕዎም ።
7. ብዛዕባዚ ፡ እዩ ፡ ዋጣ ፡ ንራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ከምዚ ፡ ይሉ ፡ ዝ
ደረሰሎም ፤

እንታይ ፡ አእተወካ ፡ ናብ ፡ ሞትን ፡ ሰንሰለትን ፤
ወትሀደርዶ ፡ ይሉ ፤ « አይዋጋእን ፡ አይመውተን » ፤

VIII: 262

ንሰናዲርካ ፡ ዘበ፟ልካ፟ዮ ፡ ፋሕ-ብ፟ችን ፤
ክተረ፟ክብ ፥ ክትስእን ፥ ዘይትፍ፟ችን ።

## ከንቲባ ፡ ሃይሉ ፡ መስከር ፡ ይሕዙ ። 263.

ዲሐር ፡ ብኡ-ብኡ ፡ ራእስ ፡ አ፟ላ ፡ ን ኸንቲባ ፡ ሃይሉ ፡ ወ፟ዲ ፡ አይተ ፡ 1.
ገብራይ ፥ ወ፟ዲ ፡ ሐወ፟ቦኦም ፡ ንራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፥ « አጀ፟ኻ ፥ ቃሕ ፡
አዩ፟ባልካ ፥ ክሰ፟ሶ ፤ ብዝኸነ ፡ ሸመት ፡ አባኻ ፡ ኽተ፟ርፍ ፡ እ፟ዩ ፥ » የል፟ዎም ።
ከንቲባ ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ንጸዐ፟ዛጋን ፡ ነቶም ፡ ጸላእቲ ፡ ራእስ ፡ ወልደ 2.
ንኪኤል ፡ ዝኸኑን ፥ « ንራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ክኸ፟ሶ ፡ እ፟የ ፡ እሞ፟ ፥ ገሌ
ኹም ፡ መስከር ፥ ገሌኹም ፡ ሐበልቲ ፡ መስከር ፡ ኳንኩም ፡ ደ፟ግፉኒ ፥ »
ይሎም ፡ ዘር፟ዎም ። ነሳ፟ቶም ፡ ከአ ፥ « ብሰማይኬ ፡ ትረድ ፤ እንታይ ፡ ደ
ኣ ፡ ኸነልዕል[፥ ዘይንድ፟ግፈ፟ኹም ፤ » የል፟ዎም ። ሸው ፡ ኸንቲበ ፡ ሃይሉ ፡ 3.
መሰ፟ኽሮም ፡ አ፟ዳላዲሎም ፡ ሓዙ ።

## ግ፟ሊ ፡ ጸላእቲ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ። 264.

ሓደ ፡ መዓልቲ ፡ ኸአ ፡ ፊተውራሪ ፡ ገብረ-ኣብኒ ፡ ገብረ ፡ ወ፟ዲ ፡ አ 1.
ይተ ፡ ተኽላይኒ ፡ መርእድ ፡ ወ፟ዲ ፡ ዕቍብ-ኣብኒ ፡ ሐ፟ያሎ ፡ ኻልኣትኒ ፡ ኽ
ጋ፟ለሉ ፡ ኸ፟ለዉ ፥ መስመር ፡ እ፟ተባህለ ፡ በዓል ፡ ዐ፟ዲ ፡ ገብራይ ፥ መማኽር
ቶም ፡ ነበረ ፡ እሞ፟ ፥ ከመ-ሐደርኩም ፡ የሎም ። ነሳ፟ቶም ፡ ከአ ፥ « ከመ- 2.
ሐደርካ ፥ መስመር ፤ ንዓ ፥ ኸፍ ፡ በል ፥ » የል፟ዎ ። ነሱ፟ ፡ ኸአ ፥ እቲ ፡ ዘረብ
ኦም ፡ ፈሊጥ፟ዎ ፡ አ፟ሎ ፡ እሞ፟ ፥ « ብናተይ ፡ ዝመጻስ ፥ እንታይ ፡ ግ፟ዱ ፡ ስ
ኢንኩም ፤ አብ ፡ ዝአቶኹምዎ ፡ ጕድጓድ ፡ እአ፟ቱ ፡ እ፟የ ፤ ግበሩ ፡ ደኣ ፤
ሕ፟ድስ ፡ በቕሊ ፡ ጠፈኣት፟ኺ ፡ አ፟ላ ፡ እሞ፟ ፥ ኣብቲ ፡ ዘስመርኩምዎ ፡ ምሳኹ
ም ፡ እ፟የ ፥ » ይል፟ዎም ፥ በቕሉ ፡ ኽደ፟ሊ ፥ ሐለፈ ።
ከይፈለጠ ፡ ኸአ ፥ አብታ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ብነ፟ዊሕ ፡ ከ፟ለዉ ፥ 3.
ኣብ ፡ መንጽር ፡ ኰይኖም ፡ ከፍ ፡ ይሎምዋ ፡ ዘ፟ለዉ ፡ መኻን ፡ መጸ ። ም 4.

ስ ፡ ረአዮም ፡ ከአ ፥ « ጥዕና ፡ ይሃበለይ ፥ ጐይታይ ፥ » የሎም ። ራእሲ ፡
ድማ ፥ « ከመ-ሐደርካ ፥ መስመር ፥ » የልዎ ። ነሱ ፡ ኸአ ፥ « በቕሊ ፡ ጠፊ
ኣትኒ ፡ እያ ፡ እሞ ፥ ተሀዊኸ ፡ ኹይነ ፤ ጥዕና ፡ ይሃበለይ ፤ ከድኩ ፥ » የሎ
5. ም ። ነሶም ፡ ከአ ፥ « እቶም ፡ አብቲኣ ፡ ኸፍ ፡ ይሎም ፡ ዘለዉ ፤ እሞ ፥ ከ
መ-ሐደርኩም ፡ ይልካዮም ፡ ዝሐለፍካ ፤ እኒ ፡ መን ፡ እዮም ፥ መስመር ፤ »
የልዎ ። ነሱ ፡ ኸአ ፥ መታን ፡ ከጣፋፍኣም ፥ « አበይ ፥ ጐይታይ ፤ ተሀዊ
6. ኸ ፥ አይርኤኽዎምኒ ፥ » የሎም ። ነሶም ፡ ከአ ፥ « ኪድ ፡ ደአ ፤

ኣነ ፡ ወልዱ ፤
ኣነ ፡ ሕባ ፡ ቅጣው ፤
ኣነ ፡ ሐው ፡ ተመርጻ ፤

እንኳይ ፡ ስብእነትኩም ፥ እቲ ፡ እትመኽርዎ ፡ ዘሎኹም ፡ እኳ ፡ እፈልጠ ፡
አሎኹ ፤ ንወልደንኪኤል ፡ እዚ ፡ ንበሎ ፥ እዚ ፡ ንግበሮ ፥ እዩ ፥ » የልዎ ።
7. መስመር ፡ ከአ ፥ « ኣነስ ፡ አይፈልጥኒ ፥ ጐይታይ ፥ » ይልዎም ፡ ሐለፈ ።

265. ## ማእሰርቲ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ።

1. ደሐር ፡ መስቀል ፡ መዓልቲ ፡ ራእስ ፡ አሳ ፡ ንራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡
2. አጸውዕዎም ። እቶም ፡ ስድራ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ከአ ፥ « ጐይታ
ይ ፥ በሊዖም ፡ ይኺዱ ፤ መአዲ ፡ እዩ ፥ » የልዎም ። ነሶም ፡ ከአ ፥ « ንቕ
ድመይ ፡ እንዳ ፡ ራእሲ ፡ እምሳሕ ፥ » ይሎም ፥ « ንኺድ ፡ ደአ ፤ ተጸዊዔ ፡
እየ ፥ » የሉ ።
3. አብ ፡ አደባባይ ፡ ራእስ ፡ አሳ ፡ ምስ ፡ መጹ ፡ ኸአ ፥ ከንቲባ ፡ ሃይሉ ፡
ተቐሪበም ፡ ጸኒሖም ፥ « ተማሕጺነ ፡ አሎኹ ፥ » የልዎም ። ራእሲ ፡ ኸአ ፡
4. « እንታይ ፡ ክትብለኒ ፥ » የልዎም ። « እንታይኬ ፡ ዘይብለኩም ፤ በዝን ፡
ምስ ፡ ንጉስ ፡ ትዕረቑ ፥ በትን ፡ ድማ ፡ አናፍጥትኹም ፡ አብ ፡ አድባራት
ኒ ፡ ናብ ፡ ባጽዕኒ ፥ መሸፈቲ ፡ ኽኸነኩም ፥ ትሐብኡ ፡ አሎኹም ፤ ሐሶት ፥
እንተልኩም ፥ ክረቶዕ ፤ እማን ፥ እንተልኩም ፥ ገበን ፡ ንጉስ ፡ አሎኩም ፥ »

የልዎም ። ነሶም ፡ ከአ ፥ « ሐሶት ፥ » የሉ ። « ዋሕስ ፡ ግበሩ ፤ እሞ ፥ ክረች 5.
ሰ ፥ » የልዎም ። ነሶም ፡ ከአ ፥ « ተወሓሰኒ ፡ እኸላ ፥ » የሉ ። እቶም ፡ ራእ
ስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ዝረኞሕዎም ፡ ሰባት ፡ ከአ ፡ ገጽ ፡ ራእስ ፡ አላ ፡ ርእ
ዮም ፥ « አይክአለናን ፥ » የሉ ። ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ድማ ፡ እታ ፡ ነ 6.
ገራ ፡ አለልዮምዋ ፥ « መን ፡ ደአ ፡ እሞ ፡ ኽወሓሰኒ ፤ አብ ፡ ጨርቀይ ፥ »
የሉ ። ራእስ ፡ አላ ፡ ኽአ ፥ « ሐዘ ፥ » የሉ ፤ እሞ ፥ መቑሕ ፡ አልበስ
ዎም ።

ሽዑ ፡ ኽ'ንቲባ ፡ ሃይሉ ፥ « እግዚአብሄር ፡ የርእዮም ፥ ክርስቶስ ፡ የ 7.
መልከቶም ፤ ራእሰ ፡ ወልደንኪኤል ፡ እዚ ፡ ሕጂ ፡ አኺቦምዎ ፡ ዝነበሩ ፡
ብረት ፡ ርቡዑ ፡ እኳ ፡ አይኽውንኒ ፤ ምስ ፡ ንጉስ ፡ ዕርቂ ፡ አሎኒ ፥ ክብ
ሉ ፥ አናፍጥቶም ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ በበዐቱን ፡ አብ ፡ ደደብሩን ፡ አብ ፡ ባጽ
ዕኒ ፡ ኽሰዱ ፥ ተረኽቡ ፥ » ይሎም ፡ ጠርዑ ። ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ከ 8.
አ ፥ « ሐሶት ፤ አይወዓልክዎን ፥ » የሉ ። ነሶም ፡ ከአ ፥ « ተረትዑ ፥ » ይ
ሎም ፡ አመስከሩሎም ። ራእስ ፡ አላ ፡ ድማ ፥ « እዚ ፡ እናገበርኩም ፡ ዲ
ኹም ፡ እትዕረቑና ፤ ቀጥ ፡ አቢልካ ፡ እሰሮም ፥ » የሉ ። ሽዑ ፡ ኽንቲባ ፡ 9.
ሃይሉ ፥ « እኒሆ ፥ ጕይታይ ፤ ንበረኽት ፤

ሰማይኒ ፡ ዝበጽሕ ፡ መንጕድኡ ፤
ምድርን ፡ ዝኋስስ ፡ ዳልግኡ ፤ »

የልዎም ።

በዚ ፡ ኽምዚ ፡ ራእስ ፡ ወልደንከኤል ፡ ተአስሩ ። – ድሕሪ ፡ ማእሰ 10,11.
ርቶም ፡ ድማ ፡ ቅሩብ ፡ ጸኒሖም ፡ ራእስ ፡ አላ ፡ ንደግያት ፡ መስፍን ፡ አሰር 12.
ዎምኒ ፡ ገበትዎምኒ ። ድሕሪኡ ፡ ኽአ ፡ በብንእሽቶይ ፡ ነቶም ፡ መኳንን
ቶም ፡ አምሰምሲሎም ፡ አብ ፡ መቐውሕ ፡ ለበድዎም ። ንልጅ ፡ ሃይለ-መ
ለኮት ፡ እኳ ፥ « ንእሽቶይ ፡ እዩ ፥ » ይሎም ፡ አይሐደጉን ።

## 266. ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ኣብ ፡ እምባ ፡ ሶላማ ።

1\. ድሕርዚ ፡ ራእስ ፡ ኣሉ ፡ ንራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ምስ ፡ ደቆም ፡ ኣ
2\. ሳሲሮም ፡ ኣብ ፡ ንጉስ ፡ ሰደድዎም ። ንጉስ ፡ ከኣ ፥ ክሳዕ ፡ ራእስ ፡ ኣሉ ፡
ዝመጹ ፥ ብዐይን-ቈረኛ ፡ ሐለውዎም ። ደሐር ፡ ንራእስ ፡ ኣላን ፡ ራእስ ፡
ወልደንከኤልን ፡ ናብ ፡ ቅድሚኡም ፡ ደው ፡ ኣቢሎም ፡ ኣማጐትዎም ።
3\. ሽው ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፥ « ብዘይ ፡ በደል ፡ እየ ፡ እተኣሰርኩ ፥ »
የሉ ። ራእስ ፡ ኣሉ ፡ ኸኣ ፥ « ብበደል ፡ እባ ፤ ዘሎኺ ፡ ነፍጥን ፡ ወርቅን ፡
ኣጽዋርን ፡ ናብ ፡ ፍቕዳ ፡ በዐቲ ፡ ደርዲርከዮ ፡ እንተ ፡ ዘይከነ ፥ እወሐስ ፡ ሰ
4\. ለስተ ፡ ኽሳድ ፥ » ይሎም ፡ ኣውረዱሎም ። በዚ ፡ ኸኣ ፡ ራእስ ፡ ወልደን
ኪኤል ፡ ደፊሮም ፥ « ኣግብእ ፥ » ክይብሉ ፥ ከብዲ ፡ ንጉስ ፡ ፈሊጦም ፡ ዝ
ን ፡ የሉ ።
5\. ንጉስ ፡ ከኣ ፥ ነቲ ፡ ኹሉ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፥ « ህይወተይ ፡ ይፍታሕ
ካ ፥ » ይሎም ፥ ፈሪዶም ፡ ኣብ ፡ እምባ ፡ ሰላማ ፡ ሰቐልዎም ።

IX.

# ዳሕራይ ፡ ዘንታ ፡ ሐማሴን ።

## ሃይሉ ፡ ዐዲ ፡ ባሮ ። 267.

ራእስ ፡ አላ ፡ ኸአ ፡ ኻብ ፡ ጕራዕ ፡ መጺኦም ፡ ገለ ፡ ቕሩብ ፡ አዋር 1.
ሕ ፡ ኣብ ፡ ዐድ-ተኸላይ ፡ ተቐሚጡ ፤ ደሐር ፡ ግና ፡ ንብላታ ፡ ገብሩ ፡ ም
ቕማጥ ፡ ሐዲጎም ፡ ንዐዶም ፡ ከዱ ። ብላታ ፡ ገብሩ ፡ ኸአ ፡ ዳዕሮ-ቓውሎ
ስ ፡ ሰፈሩ ።

ብዚ ፡ ግዜዚ ፡ ሃይሉ ፡ ዐዲ ፡ ባሮ ፡ እተባህለ ፡ ጨዋታይ ፥ በዓል ፡ ተ 2.
ማጅላ ፥ ሓደ ፡ ፍሉጥ ፡ ጅግና ፥ ግልያ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ሸፈተ ።
ንኡ ፡ ኸአ ፡ ሐያሎ ፥ ቅንኣት ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ዝነበሮም ፥ ሰዓ
ብዎ ። ሽዑ ፡ ብላታ ፡ ገብሩ ፡ ሓደ ፡ ናቶም ፡ ብላታንጌታ ፥ ሀብቱ ፡ እተባ 3.
ህለ ፥ ንሃይሉ ፡ ዐዲ ፡ ባሮ ፡ ኽዋግአ ፥ ሰደዱሉ ። ብመዓልቲ ፡ ዐርቢ ፡ ና
ብ ፡ ዐደቢ-ዝሐንስ ፡ ተዋግኡ ፤ ኣብኡ ፡ ብላታ ፡ ሀብቱ ፡ ሞተ ፥ ሃይሉ ፡
ዐዲ ፡ ባሮ ፡ ኸአ ፡ ሰዓረ ።

ብላታ ፡ ገብሩ ፡ ኸአ ፥ እዚ ፡ ወሬዚ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፥ ብኡ-ብኡ ፡ ን 4.
ጽብሒቱ ፡ ብመዓልቲ ፡ ቐዳም ፡ ኣብ ፡ ጓል-ሕምብርቲ ፡ ተዋግእዎ ፤ እሞ ፥

5. ሰዓርዎ ። ኸው ፥ ሃይሉ ፡ ዐዲ ፡ ባሮ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ሸከቲ ፡ ሀዲሙ ፡ ናብ ፡
በዐቲ ፡ አቶ ። አብኡ ፡ ኸሎ ፥ ሐያሎ ፡ ሰባት ፥ ክሕዝዎ ፥ ሰዓብዎ ፤ ነሱ ፡
6. ኸአ ፥ እናተኸሰ ፥ ሰለስተ ፡ ሰብኣይ ፡ አውደቐሎም ። ብድሕርዚ ፥ ከም ፡
ዘይኸነሎም ፡ ምስ ፡ ረአዩ ፥ ሐዲጎምዎ ፡ ኸዱ ። ብላቻ ፡ ገብሩ ፡ ግና ፥ አ
ብ ፡ በዐቲ ፡ ተሐቢኡ ፡ ኸም ፡ ዘሎ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፥ ንሐማቱ ፡ ልኢኾም ፥
« ደሐን ፥ አጆኻ ፤ እቶ ፥ » ይሎም ፡ አምጽእዎ ።
7. ኸው ፥ አብ ፡ ዳዕሮ-ቓውሎስ ፡ ምስ ፡ መጸ ፥ ቈራርጮም ፡ ደርበይዎ ።

## 268. ግዝኣት ፡ ራእስ ፡ አሳ ።

1. እዚ ፡ ምስ ፡ ኮነ ፥ ራእስ ፡ አሳ ፡ መጹ ፤ አብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ናብቲ ፡ ሰፈር ፡
2. ዋኽሹም ፡ ገብሩ ፡ ዝነበረ ፡ መኻን ፡ ከረሙ ። ካብኡ ፡ ብቕነ ፡ ቐውዒ ፡
ብምድሪ ፡ ዐንሰባ ፡ አቢሎም ፡ ንኹሉ ፡ መትሕት ፡ ክሳዕ ፡ በገለስ ፡ ዘመት
ዎ ። ድሕርዚ ፥ ተመልሾም ፥ አብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ሰፈሮም ፥ ቅሩብ ፡ ጸኒሖም ፡
3. ንትግራዩም ፡ ከዱ ። አብኡ ፡ ሐግዮም ፡ ደሐር ፡ ብቕነ ፡ ዐየት ፥ ናይ ፡ ባ
ሕሪ ፡ እኸሊ ፡ ብዝአትወሉ ፥ አብዚ ፡ መጹ ፤ አብ ፡ ዐድ-ተኸላይ ፡ ከሪሞ
4. ም ፡ ድማ ፡ መስቀል-ብራቕ ፡ ንትግራይ ፡ ተመልሱ ። ካብቲ ፡ ወርሓትቲ ፡
ሕጁ ፥ ራእስ ፡ አሳ ፡ ናብ ፡ ሐማሴን ፡ ከለዉ ፥ አብ ፡ ዐድ-ተኸላይ ፡ ጥራ
ይ ፡ ይሰፍሩ ፡ ነበሩ ። ክረምተ-ኽረምትን ፡ አብዚ ፥ ሐጋየ-ሐጋይኒ ፡ ንት
ግራይ ፡ እናተማላለሱ ፥ ሐሙሽተ ፡ ዓመት ፡ ዝአክል ፡ አብኡ ፡ ኸተሙ ።
5. ነሶም ፡ ትግራይ ፡ ብዝኸዱሉ ፡ እዋን ፡ ከአ ፡ ብላታ ፡ ገብሩ ፡ ምቕማ
ጥ ፡ ይሐድጉ ፡ ነበሩ ። ብላቻ ፡ ገብሩ ፡ ድማ ፡ ቕድም ፡ አብ ፡ ዳዕሮ-ቓው
ሎስ ፡ ይቕመጡ ፡ ኔሮም ፥ ደሐር ፡ ግና ፡ ናብ ፡ ሀዘጋ ፡ ሰፈሩ ።

## 269. አቼዛዝማ ፡ ደቂ ፡ መሓረ ።

1. በዚ ፡ ወርሓትዚ ፡ ናብ ፡ ደቂ ፡ መሓረ ፡ ድምበዛን ፡ ሓደ ፡ ዘስሕቕ ፡
ነገር ፡ ኮነ ።

ድሕሪ ፡ መዓልቲ ፡ ሰኑይ ፡ ኣንስቲ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ናብ ፡ ብሀገሩ ፡ ተዘር 2.
ጊሑን ፡ ሞት ፡ ኣሕዋተንኒ ፡ ሰብኡተንኒ ፡ ደቀንኒ ፡ በኽየን ፡ ነበራ ፤

« መዓልቲ ፡ ሰኑየ ፤
ከም ፡ ደቂ ፡ እኒይ ፡ ኩኑየ ፤ »

ይለን ፡ ቌዘማ ። ድሕርዚ ፡ ሓደ ፡ እዋን ፡ ኣንስቲ ፡ ደቂ ፡ መሓረ ፥ « ኣቜ 3.
ዛዝማ ፡ ጸዐዚጋ ፡ ንላመድ ፥ » ይለን ፡ ተኣኻኸባ ። ሽዑ ፥ ክበኽያ ፡ ኸለዋ ፥
ሰብኡተን ፡ መትረ ፡ ኔሮም ፡ ኣተዉ ። ነሳቶም ፡ ድማ ፥ ኣንስቶም ፡ ክበኽ 4.
ያ ፡ ምስ ፡ ጸንሕኦም ፥ « መነን ፡ ከን ፡ መይታ ፡ ኹይና ፧ » ይሎም ፥ ከይ
ሐተቱ ፥ መጺኦም ፥ ገጾም ፡ መሊጦም ፡ እናዘሩ ፥ « ሐብተየ ፥ ሐብተየ ፥ »
እናሉ ፥ በኸዩ ። ወየን ፡ ኣንስቲ ፡ ኸአ ፥ ሰብኡተን ፡ መጺኦም ፡ ክመልጡ 5.
ን ፡ ክበኽዩን ፥ ምስ ፡ ረአያ ፥ ከይሐተታ ፥ እናነጸያ ፥ እናመለጣ ፥ ሐመድ ፡
እናተኸድና ፥ እናዘራ ፥ « በጃኹም ፥ በጃኹመ ፥ » እናላ ፥ ነቲ ፡ ዝደለይ
ኦ ፡ ቈዝማ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ሐዲገን ፡ ብናይ ፡ ዐደን ፡ ጌረን ፡ በኽያ ።

ካብኡ ፡ ተኣኻኺቦም ፡ ብኽይ ፡ ምስ ፡ ሐደሩ ፥ ሰብኡትኒ ፥ « ሐንቲ ፡ 6.
ኻብ ፡ ኣንስትና ፡ መይታ ፥ » ይሎም ፥ ኣንስትን ፥ « ሓደ ፡ ኻብ ፡ ሰብኡት
ና ፡ መይቱ ፥ » ይለን ፥ ሽዑ ፡ እቶም ፡ ሰብኡት ፡ ጐድጓድ ፡ ኵዒቶም ፡
ምስ ፡ ኣእከሉ ፥ « በላ ፥ ሃባና ፡ እታ ፡ ሬሳ ፥ » የልወን ። ነሳተን ፡ ከአ ፥ « ዬ ፤ 7.
ንሕና ፡ ገለ ፡ ኻባኹም ፥ ነብሪ ፡ ዶኸን ፡ ነሲኡሎም ፡ ኰይኑ ፥ የልና ፤ እን
ድዒ ፤ ንሕናስ ፡ ሬሳ ፡ ነይብልና ፥ » የልኦም ። ነሳቶም ፡ ከአ ፡ « ንሕናስ ፡
ክትበኽያ ፡ ጸናሕክናና ፤ እሞ ፥ ገለ ፡ ዶኸን ፡ መይታትን ፡ ኰይና ፧ የልና ፤
እንድዒ ፤ ንሕናስ ፡ እተገሎድኣና ፡ ነይብልና ፥ » የሉ ። ካብኡ ፥ « ኣላ ፥ ተ 8.
ኻል ፡ መዓልቲ ፡ እዩ ፡ እዚ ፤ ድማ ፡ ሎም ፡ መስሓቕ ፡ ሀገር ፡ ከንና ፤ ድባ
ሕ ፥ ኣላ ፤ ዘይወግሕ ፡ ለይቲ ፡ እዩ ፡ እዚ ፥ » ይሎም ፡ ገሆዩ ። ደሐር ፡ ግ 9.
ና ፡ ሓደ ፡ ጥበብ ፡ ተጣበበ ። ገለ ፡ ኻብኦም ፥ « በሉ ፤ ሰብ ፡ ከይጸርፈናስ ፥
ሬሳ ፡ እዩ ፡ ይልና ፥ ሓደ ፡ ጕንዲ ፡ ገንጅና ፡ ንቕበር ፤ መን ፡ ቀሊዑ ፡
ኸይርእዮ ፧ » የሉ ። በዚ ፡ ሕራይ ፡ ተበሃሂሎም ፡ ጕንዲ ፡ ቐበሩ ።

10. ራእስ ፡ ኣላ ፡ ኽአ ፡ ኽምቶም ፡ ቀዳሞት ፡ ገዛእቲ ፡ ነሶም ፡ ገዛአመን
ዎ ፡ ሓደ ፡ ዓቀይታይ ፥ ፈረሰኛ ፡ ገበህል ፥ ኣብ ፡ ነፍስ-ወከፍ ፡ ዐዲ ፥ ጭ
11. ቃ ፡ ዘለዎ ፡ ኽነ ፡ ምስለኔ ፥ ሓደ ፡ ሖደ ፡ የቐምጡ ፡ ነበሩ ። ካብቶም ፡ ሰ
ብ ፡ ደቒ ፡ መሓረ ፡ ኽአ ፡ ገለ ፥ « ሂ ፥ በሉ ፤ እዚ ፡ ኣብዚ ፡ ዘሎ ፡ ፈረሰይ
ና ፡ ናይ ፡ ዐዲ ፡ ራእስ ፡ ኣላ ፡ እንተ ፡ ነገረለና'ኼ ፤ » ዩሉ ። « ንኡስ ፡ አ
ቕራ'ሽ ፡ ዘይንበ ፤ እሞ ፥ አይትንገረልና ፥ ዘይንብሎ ፤ » ይሎም ፡ ቑረጹ ።
12. ሽዑ ፥ ነቲ ፡ ጕንዲ ፡ ምስ ፡ ቀበሩ ፥ ተኣ'ኻ'ኺቦም ፡ ከይዶም ፥ « በል ፥ ገo
ይታና ፤ ንሕና ፥ እንሆ ፥ በዚ ፡ እቕፈልጦ ፡ ጸገም ፡ ንሕና ፡ አልዒልና ፡
ጕንዲ ፡ ቐበርና ፤ እሞ ፥ ዕቑብ'ካ ፡ ኽይትነግረልና ፤ እንካ ፡ ኽአ ፡ እዚኤ
13. ን ፡ ዕስራ ፡ አቓርሽ ፥ » የልዎ ። እቲ ፡ ፈረሰኛ ፡ ኽአ ፥ ከይፈለጠ ፡ ኔሩ ፥
« እንታይ ፡ እዩም ፡ ዝብልዎ ፤ » ይሉ ፥ « አታዮ ፥ በዝ'ካትኩም ፤ አርቢ
ሓትኩም ፡ እሞ ፡ ጽወዩኒ ፤ ሻቡ ፡ ነገራትኩም ፡ ክትገብሩ ፥ » የሎም ። ነ
14. ሳቶም ፡ ከአ ፡ ዝገበርዎ ፡ ኹሎ ፡ ነገርዎ ። ደሐር ፡ ነሱ ፡ ብሰሓቕ ፡ ሕልቕ ፡
ይሉ ፥ « ኣነ ፥ ወረይ ፡ ደኣ ፡ ትምእምአኒ ፡ እምበይ ፥ ዕስራ ፡ ቕርሻትኩ
15. ም ፡ ነይደሊ ፥ » ይሉ ፡ አበዩም ። ድሕርቲ ፡ ወዩ ፡ ፈረሰኛ ፥ ራእስ ፡ ኣላ ፡
ዐድ-ተ'ኽላይ ፡ ሰፈሮም ፡ ከለዉ ፥ ናብኦም ፡ ከይዱ ፡ ብዛዕባዚ ፡ አውረ
የሎም ።

16. ካብኡ ፡ ጀሚሩ ፡ ኽሳሰ ፡ ሎሚ ፡ ደቒ ፡ መሓረ ፡ መስሓቒ ፡ ኾይኖ
ም ፡ አለዉ ።

270. ## ሸፍትነት ፡ በረምበረስ ፡ ካፈል ።

1. በረምበረስ ፡ ካፈል ፡ እትባህለ ፥ ወዲ ፡ ገፋር ፥ በዓል ፡ ደምበላስ ፥
ከአ ፡ ነበረ ፥ ሰብኣይ ፡ ጥሩ ፥ ሰብኣይ ፡ ጓሎም ፡ ንራእስ ፡ ወልደንኪኤል ።
2. ነሱ ፡ 'ካብ ፡ ብላታ ፡ ገብሩ ፡ ሸፈቱ ፡ ናብ ፡ ትርከ ፡ አቶ ፤ እንተ'ኾነ ፡ ትር
ኩ ፡ ዕርቂ ፡ ምስ ፡ ሐጻይ ፡ ደልዩ ፡ አሰሮ ። በረምበረስ ፡ ካፈል ፡ ግና ፡ ን
ማእሰርቱ ፡ አፍቲሑ ፥ ካብ ፡ ትርከ ፡ ሀዲሙ ፡ በረ'ካ ፡ ወረደ ።

ኳብኡ ፡ ብኽረምቲ ፣ ሃይሉ ፡ ዐዲ ፡ ባሮ ፡ ኻብ ፡ ዝመውት ፣ አብ ፡ ሰ 3.
ለስተ ፡ ዓመቱ ፣ አባ ፡ ገብረ ፡ እተባህሉ ፡ ፈላሲ ፡ ንኻፈል ፡ ሕጆምዎ ፡ ና
ብ ፡ ደብሪ ፡ እንዳ ፡ ስላሰ ፡ ሐኹሩ ። ድሕርዚ ፡ እቶም ፡ ፈለስቲ ፡ ንኻፈ 4.
ል ፣ « በሉ ፤ ንሕናስ ፡ ሓዲግናልኩም ፡ አብ ፡ ስደትና ፡ ኽንከይድ ፣ » የ
ልዎ ። አባ ፡ ገብረ ፡ ግና ፣ « አይትስደድዎም ፣ እዞም ፡ ሰብ ፡ ጠንቂ ፤ ገ
ለ ፡ ነገር ፡ ከምጽኡ ፡ እዮም ፣ » የልዎ ። ካፈል ፡ ግና ፡ አይከልአምኒ ። ሽ 5.
ው ፡ እቶም ፡ ፈለስቲ ፡ ኻብኡ ፡ ወጺአም ፣ ዐድ-ተኽላይ ፡ መጺአም ፣ ካ
ብ ፡ ራእስ ፡ አላ ፡ ሰራዊት ፡ ሕጆም ፣ ከይዶም ፡ ንኽሳውዲ ፡ ጻዕዳ-እምባ ፡
ሓዘሉ ። ድሕርዚ ፡ አባ ፡ ገብረ ፡ ንኻፈልኒ ፡ ንስድርኡን ፣ እንተሎ ፡ ርእ 6.
ሶም ፣ ገመድ ፡ ለቓቒቦም ፣ ጻላእቶም ፡ ብዘይርእይዎም ፣ በቲ ፡ ጽኑዕ ፡ ጸ
ድፊ ፡ እናተወዘቡ ፣ ወረዱ ፤ እሞ ፣ ሀደሙ ። ድሕሪ ፡ ሐያሎ ፡ እዋን ፡ ከ 7.
አ ፡ እቶም ፡ ዓቀይቲ ፣ « ሕጅስ ፡ ሞይቶም ፡ ይኾኑ ፣ » ይለዎም ፣ ሐኹሮ
ም ፡ እንተ ፡ ረአዩ ፣ እንኳይ ፡ ሰብ ፡ አቕሓ ፡ እኳ ፡ ግዕጂ ፡ ጸንሖም ።
በረምበረስ ፡ ካፈል ፡ ድማ ፡ ብሽፍትነት ፡ ጥራይ ፡ አብ ፡ በረኻ ፡ ጸ 8.
ንሒ ።

## ንጉስ ፡ አብ ፡ ሸረጂቓ ፡ ሰፈሩ ። 271.

በዚ ፡ እዋንዚ ፡ አቢሉ ፡ ንጉስ ፡ ባዕሎም ፡ ካብ ፡ ትግራይ ፡ መጹ ። 1.
ራእስ ፡ አላ ፡ ናብዚ ፡ ጸኒሖም ፡ ተቓባበልዎም ፤ ንብላታ ፡ ገብሩ ፡ ግና ፣ 2.
« መታን ፡ ካብ ፡ ትርኩ ፡ ኽሳድ ፡ ክሕዝ ፣ » ይለዎም ፣ አመስምሶም ፡ ንኸ
ረን ፡ ሰደድዎ ። ጥበቦም ፡ ብአውርኡ ፣ ንጉስ ፡ እንተ ፡ ረአይዎ ፣ ገጹ ፡
ፍትዊ ፡ ነበረ ፡ እሞ ፣ ከይወስዱሎም ፡ ይለዎም ፣ እዮም ። ንጉስ ፡ ከአ ፣ ብ 3.
ጽልማ ፡ ምስ ፡ መጹ ፣ ብሕምብርቲ ፡ አቢሎም ፣ ብጸዐዘጋ ፡ ጌሮም ፡ ንሸረ
ጂቓ ፣ ምድሪ ፡ ሽማንጉስ ፡ ላዕላይ ፣ ሐሊፎም ፡ ገለ ፡ ቕሩብ ፡ አዋርሕ ፡
አብኡ ፡ ሰፈሩ ። – አብኡ ፡ ኽለዉ ፣ ልኡኽ ፡ እንግሊዝ ፡ አተዎም ። ሽ 4.
ው ፣ ምስ ፡ ድርቡሽ ፡ ክዋግኡ ፣ ውዑል ፡ ገበሩ ።

5. ብኡ-ብኡ ፡ ኸአ ፡ ንበዐቲ ፡ ጨዓረሺ ፥ ሐዊ ፡ እናአጕዱ ፥ አፍረስዎ ።
6. ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ብዙሕ ፡ አቕሓ ፡ ምስ ፡ ሐለውቱ ፡ ናብታ ፡ በዐ
ቲ ፡ ሐቢኦም ፡ ነበሩ ። እቶም ፡ ሐለውቲ ፡ ኸአ ፥ « አሕሊፍና ፡ አይንህ
ብኒ ፥ » ይሎም ፡ እናተታኸሱ ፥ ነቶም ፡ ዓቀይቲ ፡ ንጉስ ፡ ምእታው ፡ ከ
ልእዎም ። አማስይኦም ፡ ግና ፥ ጨኒቕዎም ፥ « ምሓሩና ፡ እምበር ፤ አቲ
7. ኹም ፡ ውሰዱ ፥ » የሉ ። ሽዑ ፡ ንጉስ ፡ ነታ ፡ በዐቲ ፥ « ምሕጻር ፡ ጐሓሉ ፡
ኸይኸውን ፥ » ይሎም ፡ አፍረስዎ ።
8. እዚ ፡ ጌሮም ፡ ክምለሱ ፡ ኸለዉ ፥ ዐድ-ተኽላይ ፡ ሰፈር ፡ ራእስ ፡ አ
ላ ፡ ርእዮም ፥ « እዚ ፡ መኻንዚ ፡ ሕማቕ ፡ መኻን ፡ እዩ ፤ ንበሪ ፡ ዘይኸው
ን ፡ ንንጉስ ፡ ክኸውን ፡ አይግባእን ፤ ስለዚ ፡ ዝሐይሽ ፡ መኻን ፡ ሐሪኻ ፡
9. ስፈር ፥ » ይሎም ፡ አዘዝዎም ። ድሕርዚ ፡ ንዐዶም ፡ ተመልሱ ። ካብኡ ፡
ራእስ ፡ አላ ፡ ድማ ፥ « ከም ፡ ቃል ፡ ንጉስ ፡ ይኹን ፥ » ይሎም ፡ ሐርዮም ፥
አብ ፡ አስመራ ፡ ተቐመጡ ።

**272.** ## ማእሰርቲ ፡ ደግያት ፡ ተሰማ ።

1. ንደግያት ፡ ተሰማ ፡ ወዲ ፡ ደግያት ፡ ኢማም ፡ ራእስ ፡ አላ ፡ ንርእሶ
ም ፡ ነቕፋ ፡ ጥራይ ፡ ይደልዩሎም ፡ ነበሩ ። ነሶም ፡ ግና ፥ ይትረፍ ፡ ከም ፡
2. አቦታቶም ፡ ግዝአት ፥ ምስሌንነት ፡ እኳ ፡ አይረኸቡን ፡ ነበሩ ። አብ ፡ መ
3. ንጎዚ ፡ ድርቡሽ ፡ ብበረኻ ፡ መጸ ። ሽዑ ፡ ሐያሎ ፡ ደቀቦ ፡ ተንሲኦም ፥
« ምስ ፡ ድርቡሽ ፡ ውዲት ፡ ጌሩ ፤ ንምሽፋት ፡ ይሓስብ ፡ አሎ ፥ » ይሎ
4. ም ፡ ብዘይወዓልዎ ፡ ናብ ፡ ራእስ ፡ አላ ፡ ኸሰስዎም ። ራእስ ፡ አላ ፡ ኸአ ፡
ናብ ፡ አስመራ ፡ ጸዊዮም ፡ አሰርዎም ፤ አብ ፡ እምባ ፡ ሰላማ ፡ ምስ ፡ ራእስ ፡
ወልደንኪኤል ፡ ሰቐልዎም ። – –
5. አብ ፡ ግዝአት ፡ ራእስ ፡ አላ ፡ ኻብ ፡ ብሕጂ ፡ ጀሚሮም ፡ ልጅ ፡ ተኽ
ለ-ሃይማኖት ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ አላን ፡ ደበብ ፡ እቶባህለ ፥ ፈረሰኛ ፡ ራእስ ፡

ኣላን ፡ መስሌንንት ፡ ተኸለን ፡ ዐገባን ፡ ሕጆም ፡ ነበሩ ። ኸዐ ፡ ንእጅማት ፡ 6.
ተኽለ-ሃይማኖት ፡ ከምዚ ፡ ደረሱሎም ፤

ዐራትኩም ፡ ፍጡር ፡ ካብ ፡ ቀደመ ፤
ወዲ ፡ ኸባጋድሽ ፡ ካብ ፡ ዐጋሜ ።

እንተኾነ ፡ ሎሚ ፡ እቲ ፡ ኽቡር ፡ ወለዶ ፡ ጥራይ ፡ እምበር ፥ ንሐበን ፡ ዝ
ኸውን ፡ ኸመት ፡ ኣይረኸቡን ።

## ኸፍትንት ፡ ደግያት ፡ ሐድገምበሳን ፡ ደግያት ፡ ባህታን ። 273.

ኣብ ፡ መንጎዚ ፡ ራእስ ፡ ኣላ ፥ « ሜስ ፥ ኣብ ፡ ቤትካ ፡ ኾነ ፡ ኣብ ፡ መ 1.
ርዓኻ ፡ ተስካርካ ፡ ኾነ ፥ ኣይትግበር ፤ ሜስ ፡ መስተ ፡ ንጉስ ፡ እዩ ፡ እም
በር ፤ ማንም ፡ ክሰትዮ ፡ ኣይግባእኒ ፥ » ይሎም ፡ ኣወጁ ። ካብኡ ፡ ድሕ 2.
ሪ ፡ እዚ ፡ ኣዋጅዚ ፡ ሐድገምበሳ ፡ ወዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ግልወት ፡ ንበዓልቲ ፡
ዐተ-ማርያም ፥ ጓል ፡ እኸሓቕ ፥ ከእትዋ ፡ ኸሎ ፥ ኣብ ፡ መርዕኡ ፡ ሜስ ፡
ኣለኸ ። ብዙሓት ፡ ፈተውቱ ፥ « ሕደጉ ፥ » እናልዎ ፥ ነሱ ፡ ግና ፥ « ኣይ
ኸውንኒ ፥ » ይሉ ፡ ገበረ ። በዚ ፡ ዘበንዚ ፡ ኸመት ፡ ዐደ-ተኸሌ-ዛን ፡ ኣብ ፡ 3.
ከንቲባ ፡ ናኸሕ ፡ ነበረ ። ዐዲ ፡ ኽፍሎም ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ራእስ ፡ ኣላ ፡ ን
ሐድገምበሳ ፡ ኸሰስዎ ። ነሱ ፡ ኸኣ ፥ ከም ፡ እተኸሰ ፡ ርእዩ ፥ ንምድሪ ፡ ሐ 4.
ባብ ፥ ዐዲ ፡ ሐማቱ ፡ ወረደ ።

ከምኡ ፡ ኸኣ ፡ በዚ ፡ እዋንዚ ፡ ባህታ ፡ ወዲ ፡ ኣይተ ፡ ሐጐስ ፥ በዓ 5.
ል ፡ ሰገነይቲ ፥ ንወዲ ፡ ራእስ ፡ ኣርኣያ ፡ ቐቲሉ ፡ ናብኡ ፡ ንሐድገምበሳ ፡
ሰዓበ ።

## ድል ፡ ራእስ ፡ ኣላ ። 274.

ራእስ ፡ ኣላ ፡ ኸኣ ፥ ንደግያት ፡ ተሰማ ፡ ምስ ፡ ኣሰርዎም ፥ ንበረኻ ፡ 1.
ወሪዶም ፡ ኣብ ፡ ኮፈት ፡ ጥቓ ፡ ኸሰላ ፡ ምስ ፡ ድርቡሽ ፡ ተዋግኡ ። ኸዐ ፡

2. ራእስ ፡ አላ ፡ ሰዓሩ ፤ እንተ ኾነ ፡ ብላቻ ፡ ገብሩ ፡ ናብአ ፡ ሞቱ ። ራእሲ ፡
ኸአ ፥ ንደ ርበ ሽ ፡ ድል ፡ ምስ ፡ ገበሩ ፥ ንዐዶም ፡ ተመልሱ ።
3. ቅሩብ ፡ ቅድሚ ፡ እዚ ፡ እዋንዚ ፡ ጣልያን ፡ ብባጽዕ ፡ ወጺኡ ፡ ነበ
ረ ። ካብ ፡ ብሽዑ ፡ ሕጂ ፡ በብንእሽቶ ፥ ፍሕኹ ፡ እናለ ፥ ዕርድታት ፡ ሰር
4. ሔ ። ራእስ ፡ አላ ፡ ኸአ ፡ ናብቲ ፡ ዓመት ፡ ከፊት ፡ ዘሎ ፡ ሰቦም ፡ አብ ፡ አ
ስመራ ፡ አኽቲቶም ፡ ወረዱ ። ሽዑ ፡ ብወርሒ ፡ ጥሪ ፡ ምስ ፡ ጣልያን ፡ አ
ብ ፡ ተዳዕሊ ፡ ተዋግኡ ። አብኡ ፡ ኸአ ፡ ራእስ ፡ አላ ፡ ሰዓሩ ፤ ካብ ፡ ጸዓ
ዳት ፡ ጥራይ ፡ ክሳዕ ፡ ሽድሽተ ፡ ሚእቲ ፡ ዝአኽሉ ፡ ሞቱ ።
5. አብዚ ፡ ክልተ ፡ ውግእ ፡ ልጅ ፡ ተኽለ-ሃይማኖትን ፡ ልጅ ፡ ተድላ ፡
ወዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ሃይሉን ፡ ንጸዐዘጋን ፡ ሀዘጋን ፡ ሕጆም ፡ ምስ ፡ ራእስ ፡ አ
ላ ፡ ወዓሉ ።

## 275. ፍርስነት ፡ ጸዐዘጋን ፡ ሀዘጋን ።

1. እቲ ፡ ናብ ፡ ከፊት ፡ ክወርዱ ፡ ኸለዉ ፥ ምስ ፡ ድርቡሽ ፡ ክይተራኸ
2. ቡ ፥ መስቀል ፡ ኮነ ። ካብቶም ፡ ስድራ ፡ ራእስ ፡ አላ ፥ ንገዶይትኦም ፡ እን
ቍ-ጣጣሽ ፡ ክብሉ ፥ ጠበንጃ ፡ ተኰሱ ። እቶም ፡ ምስ ፡ ራእሲ ፡ ዝነበሩ ፡
ህዝቢ ፥ « ድርቡሽ ፡ መጸና ፥ » ይሎም ፡ ሀደሙ ፤ ራእስ ፡ አላ ፡ ዓስራይ ፡
3. ርእሶም ፡ ተረፉ ። እዚ ፡ ኩሉ ፡ ኸኸውን ፥ ሀዘጋን ፡ ጸዐዘጋን ፡ ብሓደ ፡
ሸነኽ ፡ ሰልፊ ፡ ኾይኖም ፥ ደቂ ፡ ሀዘጋ ፡ ኸአ ፥ « ፈለጋ ፥ ፈለጋ ፥ » እና
4. ሉ ፥ አይሀደሙን ። ራእሲ ፥ ቀኊሊሕ ፡ ቀኊሊሕ ፡ እንተሉ ፥ ነቲሎ ፡ ሰብ ፡ ሀ
ዲሙ ፡ ረአዩ ፥ ብጀኻ ፡ ሀዘጋን ፡ ጸዐዘጋን ። ሽዑ ፡ ናብአም ፡ አተዉ ፤ አ
ብ ፡ ሰልፊ ፡ ኩሉ ፡ ምስ ፡ ሀዘጋን ፡ ጸዐዘጋን ፡ ወዓሉ ።
5. ድሕርዚ ፡ ራእስ ፡ አላ ፥ ምስ ፡ ሰዓሩ ፥ ነቶም ፡ አዘዝቲ ፡ የልዎም ፤
« ንሀዘጋን ፡ ጸዐዘጋን ፡ ላም ፡ ሕረዱሎም ፤ ንኻልእ ፡ ግና ፡ አይትሃቡ ፥ »
የልዎም ።

## ንጉስ ፡ አብ ፡ ሸሓጢ ፡ ነቐሉ ። 276.

ኡብተ ፡ ዓመት ፡ ተጻዕሊ ፡ ኸአ ፡ ንጉስ ፡ ከም ፡ ብሐድሽ ፡ መጹ ። 1.
ሽው ፡ ብሰሐርተ ፡ አቢሎም ፡ ብቤት ፡ ምኻእ ፡ ጌሮም ፡ ዐዲ ፡ እኽ 2.
ሊ ፡ ናብ ፡ እተባህለት ፡ ምድሪ ፡ ዐድ-ንፋስ ፡ ድንኳኖም ፡ ተኸሉ ። ካብ 3.
አ ፡ መረጸን ፡ ጌሮም ፡ ነዚ ፡ ጐልጐል ፡ ምድሪ ፡ ሐማሴን ፡ ክርእዩ ፡ ኸ
ለዉ ፡ ነተ ፡ ስራሕ ፡ አባይቲ ፡ ናይ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ኡብ ፡ ሀዘ
ጋ ፡ ባዕባዕ ፡ ክብል ፡ ተራእዮም ። ሽው ፡ ንጉስ ፡ ንራእስ ፡ አላ ፡ « እዚ ፡ 4.
አባይተ ፡ መን ፡ እዩ ፧ » ይሎም ፡ ሐተትዎም ። ነሶም ፡ ከአ ፡ « እንዳ ፡ ራ
እስ ፡ ወልደንኢኤል ፡ እዩ ፡ አብ ፡ ሀዘጋ ፡ » ይሎም ፡ ነገርዎም ። ሽው ፡ 5.
ንጉስ ፡ ብሆራ ፡ « እንዳ ፡ እተ ፡ ዐቢ ፡ ሽፍታ ፡ ኽሳዕ ፡ ሕጂ ፡ ኽጸንሕ ፡
ክንደይ ፡ ዝንግዔ ፡ እዩ ፡ » ይሎም ፡ « ተሎ ፡ አፍርስዎ ፡ » የሉ ። በተ ፡ 6.
እዋንተ ፡ ምስ ፡ ፈረሰ ፡ አባይተ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ክሳዕ ፡ ሎም ፡
ያንዩ ፡ አሎ ።

ድሕርዚ ፡ ንጉስ ፡ ካብ ፡ ዐድ-ንፋስ ፡ ብጊንዳዕ ፡ አቢሎም ፡ ንሰባር- 7.
ጉማ ፡ ወረዱ ፡ ምስ ፡ ጣልያን ፡ ክዋግኡ ። ካብኡ ፡ እቶም ፡ ፈተውራርታ
ት ፡ ነንዐይለተ-ጎምሆት ፡ ዘማመተ ፤ ከምኡ ፡ እኳ ፡ ሐያሎይ ፡ ክሳዕ ፡ሙ
ማት-ቀሺ ፡ በጺሖም ፡ ነበሩ ። ሽው ፡ ግና ፡ ብለይተ ፡ ጣልያን ፡ ካብ ፡ ዕር 8.
ዲ ፡ ሸሓጢ ፡ ርኺት ፡ እተባህለ ፡ ሙብረሀተ ፡ ንላዕሊ ፡ እናሰደደ ፡ እን
ተ ፡ ኡብርሀሎም ፡ ንጉስ ፡ ብማዕዶ ፡ ተሸቢሮም ፡ « ዕርቂ ፡ ጌረ ፡ » ይሎ
ም ፡ አመስምሾም ፡ ንዐዶም ፡ ተመልሱ ።

ብኡ-ብኡ ፡ ዐዶም ፡ ምስ ፡ አተዉ ፡ ኸአ ፡ ወዶም ፡ ራእስ ፡ አርአያ- 9.
ስላሰ ፡ ሞቶም ።

## 277. ሞት ፡ ሐጸይ ፡ ዮሀ፟ንስ ።

1. ድሕርዚ ፡ ኸአ ፥ ንጉስ ፡ ምስ ፡ ድርቡሽ ፡ ክዋ፟ግኡ ፡ ደልዮም ፥ ራእ
ስ ፡ አላ፟ ፡ ኸተቶም ፥ ምቕማ፟ጠም ፡ ግና ፡ ደግ፟ያት ፡ ሃይለ-ስላ፟ሰ ፡ ዝበ፟ሃሉ ፡
ትግራዋይ ፡ ሐዲጎም ፥ ብወርሒ ፡ ሰነ ፡ ንትግራይ ፡ ከድዎ፟ም ። ሽው ፡ ኸ
አ ፡ ልጅ ፤ ተኽለ-ሃይማኖትኒ ፡ ኸንቲብ ፡ ሃይሉን ፡ ብኽተት ፡ ምስ ፡ ራእ
ሲ ፡ ኸዱ ፤ ከምኡ ፡ ድማ፟ ፡ ኸንቲብ ፡ ናሽሕ ።
2. ድሕርቲ ፡ ኸአ ፡ ንጉስ ፡ ንሹ፟ሉ ፡ ሰራዊቶም ፡ አኺ፟ቦም ፡ አብ ፡ መተ
3. ማ፟ ፡ ወረዱ ። አብኡ ፥

ጸሓይ ፡ ብዓሰሙ ፡ ሸበ፟ሰ፟ና ፡ ግስ፟ም ፤
ሰካ፟ ፤ ክፉ ፡ ቀን ፡ ሸልመሽ፟ም ፤

ከም ፡ እተ፟ባህለ ፥ ንድርቡሽ ፡ ክስዕርዎ፟ ፡ ምስ ፡ ቀረቡ ፥ ሐጸይ ፡ ብዓረር ፡
ተወግኡ ። ሽው ፡ እቲ ፡ ሰራዊት ፡ ኩሉ፟ ፡ ተገልፈጬ ፤ ንጉስ ፡ ከአ ፡ መገ
4. ዲ፟ ፡ ሞቱ ። ራእስ ፡ አርአያ ፡ ኸአ ፥ ነቲ ፡ ሬሳ ፡ ሐጆም ፡ ክምለ፟ሱ ፡ ኸለ፟
ዉ ፥ ድርቡሽ ፡ ሙማት ፡ ሐጸይ ፡ ሰሚዑ ፥ ገስግሹ ፡ አርከቦም ፥ ነሶ፟ም ፡
5. አብኡ ፡ ሞቱ ፤ ሰቦም ፡ ነቲ ፡ ሬሳ ፡ ንጉስ ፡ አውዲቖምዎ ፡ ኸዱ ። ሐያ፟
ሎ ፡ መኳንንቲ ፥ እንተ፟ሎ ፡ ራእስ ፡ አላ፟ ፥ ሀዲሞም ፡ ዐዶ፟ም ፡ አተዉ ።

## 278. መኳንንቲ ፡ ሐማሴን ፡ አብ ፡ ኢጣልያ ፡ አተዉ ።

1. በረምበረስ ፡ ካፌል ፡ ከአ ፥ ብኡ ብኡ ፡ ጣልያን ፡ ምስ ፡ ወጸ ፥ ኡብኡ ፡
አትዮም ፡ ነበሩ ። ጣልያን ፡ ከአ ፡ ደግ፟ዝም፟ነት ፡ ሂቡ ፥ ሐለቓ ፡ ምንዳ ፡
2. ጌርዎ፟ም ፡ ነበረ ። ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ድሕሪ ፡ ተዳዕሊ ፡ ደግ፟ያት ፡ ሐድገምበሳ
ን ፡ ደግ፟ያት ፡ ባህታን ፡ ካብ ፡ ሐባብ ፡ መጺኦም ፡ አብ ፡ ጣልያን ፡ አተዉ ።
3. ድሕርዚ ፥ ራእስ ፡ አላ፟ ፡ ንትግራይ ፡ ምስ ፡ ከዱ ፥ ዐበ፟ይቲ ፡ ሐማሴን ፡
4. ተተ፟ማራሪሖም ፡ አብ ፡ ባጽዕ ፡ ወረዱ ። ደቂ፟ ፡ ኸንቲባ ፡ በኺት ፥ እቲ ፡ ፈ
ረሰኛ፟ ፡ ናይ ፡ ራእስ ፡ አላ፟ ፡ የዋ፟ርዶም ፡ ነበረ ፥ አብ ፡ ርእሲኡ ፡ ኸአ ፡ አ

ቨ-ሚታው ፡ እተባህለ ፡ ብገዛእ ፡ ሐሽከሮም ፡ ይንዕቆምኒ ፡ የጣቓሶምኒ ፡
ነበረ ፤ እሞ ፥ ከምዚ ፡ ገዘኸዱ ፥ ምስ ፡ ራእሲ ፡ ነቐሉ ፥ እንተኾነ ፡ ሸዓ ፡ ግ
ልብጥ ፡ ይሉዎም ፡ ኣብ ፡ ጣልያን ፡ ኣተዉ ። ከምኡ ፡ ኸኣ ፡ ኻብ ፡ ጸዐዘ 5.
ጋ ፡ ልጅ ፡ ጕብሳን ፡ ልጅ ፡ ንጉሰን ፡ ደቂ ፡ ኣይተ ፡ ገረ-ማርያም ፡ ኣተው
ዎ ። ልጅ ፡ ኣበራ ፡ ኸኣ ፥ ወዲ ፡ ልጅ ፡ ካሳ ፥ ካብ ፡ ጓል ፡ ደግያት ፡ ንጉሰ ፡ 6.
ወዲ ፡ ኣይተ ፡ ገረ-ጻድቕ ፡ ዝውለደ ፥ ተምቤን ፡ ኔሩ ፥ ካብኡ ፡ ኽሀፍፍ ፡
መጺኡ ፥ ጸዐዘጋ ፡ ኣቶ ። ሸዑ ፡ ደግያት ፡ ካፈል ፡ ብኸረን ፡ ኣቢሎም ፥
ንጸዐዘጋ ፡ ኽዘምቱ ፡ ጸንሕዎ ። ልጅ ፡ ኣበራ ፡ ኸኣ ፡ ተሐቢኡ ፡ ሐደረ ፤
ንጽብሒቱ ፡ ግና ፡ ገስግሹ ፡ ንባጽዕ ፡ ወረደ ። ካብ ፡ ዐዲ ፡ ኳላ ፡ ኸኣ ፡ 7.
ደግያት ፡ ተስፋ-ማርያምኒ ፡ ልጅ ፡ በየነ ፡ ወዲ ፡ ልጅ ፡ ብሩን ፡ ሸዑ ፡ ና
ብ ፡ ጣልያን ፡ ኣተዉ ። ከምኡ ፡ ኸኣ፦ በብዐዱ ።

ደግያት ፡ ካፈል ፡ ከኣ ፡ ኻብ ፡ ከረን ፥ ንሐማሴን ፡ ክዘምቱ ፥ እንተ ፡ 8.
መጹ ፥ ደግያት ፡ ሃይለ-ስለሰ ፡ ብገምሪ ፡ ፈሪሆም ፡ ንመራጕዝ ፡ ከዱ ። ብ 9.
ድሕሪኡም ፡ ደግያት ፡ ደበብ ፡ ወዲ ፡ ራእስ ፡ ኣርኣያ ፥ ቅድም ፡ ካብ ፡ ሐ
ጻይ ፡ ዮሀንስ ፥ ደሐር ፡ ድማ ፡ ኻብ ፡ ጣልያን ፡ ሸፊቶም ፡ ኔሮም ፥ ሸዑ ፡
ኻብ ፡ እገላ ፡ ኣስመራ ፡ ኣተዉ ፥ ንስድራ ፡ ራእስ ፡ ኣላን ፡ ብሽም ፡ ራእ
ስ ፡ ኣላ ፥ ንስድራ ፡ ጣልያን ፡ ብሽም ፡ ጣልያን ፡ መሽሎም ። ሸዑ ፡ ደግያ
ት ፡ ካፈል ፡ ከኣ ፡ ንኸረን ፡ ተመልሱ ። ድሕርዚ ፡ ደግያት ፡ ደበብ ፡ ም 10.
ስ ፡ ደግያት ፡ ሃይለ-ስላሰ ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡ ለጎ ፡ ብቕነ ፡ ጾም ፡ ኣርብዓ ፡ ተዋግ
ኡ ። ኣብኡ ፡ ደግያት ፡ ሃይለ-ስላሰ ፡ ሞቱ ። ድሕርዚ ፡ ደግያት ፡ ተላ-ዒባ ፡ 11.
ኸኣ ፥ ምቕማጥ ፡ ንጉስ ፡ ዝነበሩ ፡ ናብ ፡ ትግራይ ፥ ክረድኡ ፥ መጹ ። ሸ
ዑ ፡ ግና ፡ ንጉስ ፡ ኣብ ፡ መተማ ፡ ምስ ፡ ድርቡሽ ፡ ተዋጊኦም ፡ ሞቱ ። ደ
ግያት ፡ ተላ-ዒባ ፡ ኸኣ ፥ እዚ ፡ ወሬዚ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፥ « ንመን ፡ ደኣ ፡ እ
የ ፡ ዝዋግኦሉ ፤ » ይሉዎም ፡ ብኡ-ብኡ ፡ ተመልሱ ። ሸዑ ፡ ደግያት ፡ ደበ 12.
ብ ፡ ደድሕሪ ፡ ደግያት ፡ ተላ-ዒባ ፡ ኸይዶም ፥ « እሱራት ፡ እንተ ፡ ፈታሕ
ኩ ፥ እየ ፡ ዝሸየም ፥ » ይሉዎም ፥ ተቓዳዲምም ፡ ነቶም ፡ ኣብ ፡ እንዳ ፡ ኣባ ፡

ሰላማ ፡ ዝነበሩ ፡ እሱራት ፣ እንዳ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤልኒ ፡ ደግ፟ያት ፡ ተ
13. ሰማ፟ን ፡ ከምኡ ፡ ድማ፟ ፡ ኻልኣት ፣ ኣብኡ ፡ ንገዝነበሩ ፣ ፈትሖ፟ዎም ። ካብ
ኡ ፡ ደግ፟ያት ፡ ተሰማ፟ ፡ ተሎ ፡ ይሎም ፡ ኣብ ፡ ጣልያን ፡ ኣተዉ ። ከምኡ ፡
ድማ፟ ፡ ደግ፟ያት ፡ መስፍን ፡ ሰዓብ፟ዎም ፤ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ባዕሎም ፡
ግና ፡ ናብ ፡ ወዲ፟ ፡ ንጉስ ፣ ኣብ ፡ ራእስ ፡ መንገሻ፟ ፣ ኣተዉ ። – –
14. ከንቲባ ፡ ስብሃቱን ፡ ልጅ ፡ በራኺን ፡ ደቂ፟ ፡ ኸንቲባ ፡ በኺት ፡ ድማ፟ ፣
መማገት ፡ ሐጸይ ፡ ዮሃ፟ንስ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፣ ከመዮ፟ ፡ ናብ ፡ ሐበሻ ፡ ገዝም
ሰ፟ል ፣

« ጸሓይኒ ፡ ምስ ፡ ዐረበት ፤
ወርሕን ፡ ከ፟የርከበት ፤

ንወደ፟ቦ፟ኻ ፡ ትረኽቦ ፣ » ካብ ፡ ሰምሃር ፡ ገግሾም ፡ ንኣባ፟-ሚ.ታው ፡ ኣብ ፡
እምባ-ደርሆ ፡ ቐተልዎ፟ ።

279. ጣልያን ፡ ኣብ ፡ ኣስመራ ፡ ኣቶ ።

1. ኣብ ፡ መንግዚ ፡ ኸኣ ፡ ጅንናር ፡ ባንድሰ፟ራ ፡ ኸቲቱ ፡ ብወርሒ ፡ ጉ
2. ምበት ፡ ካብ ፡ ባጽዕ ፡ ንኸረን ፡ ሐለፈ ። ካብኡ ፡ ኸኣ ፣ ብኣኡ-ብኡ ፡ ብሐ
ምለ ፣ ብላቻ፟ ፡ በራኺ ፡ መሪሖምዎ ፣ ንኣስመራ ፡ ኸኣቱ ፡ ይሉ ፣ ካብ ፡ ባ
3. ጽዕ ፡ ገስገሰ ። ኸው ፣ ማዓይ ፡ ሕንዚ ፡ ሰፈሩ ፡ ኸሎ፟ ፣ ወዮ፟ ፡ ጣልያን ፡ ኣል
ዒሉ ፣ ዝ፟ርኤ ፡ ዘይብሉ፟ ፣ « ኣሉላ ፡ መጺ ፤ » ይሉ ፡ ሀዲሙ ፡ ንጊንዳዕ ፡
ተመልሰ ። ብላቻ፟ ፡ በራኺ ፡ ኸኣ ፡ ኣርኪበም ፣ « ንውናይ ፡ ደኣ ፤ ደሐን ፤
እቶም ፡ ዝርኤኹምዎም ፡ ጓሶት ፣ ሰብ ፡ ጤለ-በጊ፟ዕ ፡ እዮ፟ም ፣ » ይሎም ፣
ሕጅምዎ ፡ ኣስመራ ፡ ኣተዉ ።
4. በቲ ፡ እዋ፟ንቲ ፡ ጣልያን ፡ ንደግ፟ያት ፡ ተሰማ፟ ፡ ወዲ፟ ፡ ደግ፟ያት ፡ ኢማ
ም ፡ ብልዕሊ ፡ ኾሎ፟ም ፡ መኻንንቲ ፡ ሸሞም ።

## መኳንንቲ ፡ ተሐበሱ ። 280.

ጣልያን ፡ ከአ ፡ በብቕሩብ ፥ ከኸም ፡ ዝአተውዎ ፥ ቅድም ፡ ንኻፈል ፡ 1.
ኣብ ፡ ከረን ፡ አሲሩ ፡ ናብ ፡ ዓሰም ፡ ወሰዶ ። ንደግያት ፡ መስፍን ፡ ከአ ፡ 2.
ናብ ፡ ባጽዕ ፡ ብወርሒ ፡ ሰነ ፡ ጠለፎም ። ካብኡ ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡ ጣልያን ፡
ወሲድዎም ፥ አብኡ ፡ ሞቱ ።

በዚ ፡ ግዜዚ ፡ እቶም ፡ መኳንንቲ ፡ ጣልያን ፡ ዝተረፉ ፥ ስድራ ፡ ራ 3.
እስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ተአሲሮም ፥ ፈተዉቲ ፡ ዐድ-ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ጥ
ራይ ፡ ተረፉ ። እንተኾነ ፡ ንአም ፡ ድማ ፡ ተርአም ፡ ሸዓ ፡ መጸም ። ብኡ-ብ 4.
ኡ ፡ ብመስቀል ፡ ደግያት ፡ ተሰማ ፡ ናብ ፡ አስመራ ፡ ተአስሩ ። ጣልያን ፥ ብ
ዙሕ ፡ ሰብ ፡ ይዐስሎም ፡ ነበረ ፥ እንተ ፡ ርኤ ፥ « ንመንግስትና ፡ ይጐድእ ፡
እዩ ፥ » ይሎም ፡ ጠርጠሮም ። ኣብ ፡ ርእሲ ፡ እዚ ፡ ኸአ ፡ ሐያሎይ ፡ መ
ኳንንቲ ፡ ብታሕት-ታሕቲ ፡ ኸሸሾም ፥ « ክኸፍኡት ፡ እዩ ፥ » ይሎም ፡ አአ
ሰርዎም ። ንአም ፡ ድማ ፡ ዐዱ ፡ ወሰዶም ። እንተኾነ ፡ ደግያት ፡ ተሰማ ፡ 5.
ናብቲ ፡ ማእሰርቶም ፡ ተጻለሉ ። ድሕርዚ ፥ « ዝነብር ፡ የብሉን ፥ » ይሉ ፡
ጣልያን ፡ መለሰም ።

ድሕሪ ፡ ዓመተ-መንፈቕ ፡ ደግያት ፡ ሐድገምበሳ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ባጽ 6.
ዕ ፡ ተአስሩ ፤ ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ናብቲ ፡ ዓመቱ ፡ በረምበረስ ፡ ይልማ ፡ ወ
ዲ ፡ ደግያት ፡ ካፊል ፥ ምስአም ፡ ድማ ፡ ብሐንሳእ ፡ ካብ ፡ ዐረዛ ፡ ደግያት ፡
ንጉሰ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ገረ-ጻድቕኒ ፡ ደግያት ፡ መንገሻ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡
አስገዶምኒ ። በቲ ፡ ቕኔቲ ፡ ኸአ ፥ ካብ ፡ እንዳ ፡ አይተ ፡ ገብራይ ፥ ብድሕ 7.
ሪ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ጆሚሮም ፡ ምስሌንነት ፡ ሚናበ-ዘርአይ ፡ ሕ
ጆም ፡ ዝነበሩ ፥ ከንቲባ ፡ ሃይሉ ፡ ሕጂ ፥ ልጅ ፡ አበሬ ፡ ኸሸሸዎም ፥ ነ
ሶምኒ ፡ ናብ ፡ አስመራ ፡ ተደብደቡ ፥ ተድላ ፡ ወዶምኒ ፥ ተአሲሩ ፡ ንጊንዳ
ዕ ፡ ከወርደ ፡ ከሎ ፥ አብ ፡ መገዲ ፡ ሞተ ። ብድሕርዚ ፡ ኸአ ፡ እኒ ፡ ልጅ ፡ 8.

በየነ ፡ እኒ ፡ ግራዝማች ፡ ይግዛው ፡ እኒ ፡ ደግያት ፡ ማሕራይ ፡ ብዙሓት ፡
ካልኦትኒ ፡ ተአሲሮም ፡ ገለ ፡ ናብ ፡ ዓሰምኒ ፡ ገለ ፡ ናብ ፡ ናቕራን ፡ ተ
ሐበሱ ።
9. ብዛዕባዚ ፡ ሓደ ፡ አጋጣሚ ፡ ኸምዚ ፡ ይሉ ፡ ገጠመ ፤

አስመራ ፡ መድፈና ፡ ባጽዕ ፡ ደጌ-ሰላም ፡ ዓሰም ፡ መቕበር ፤
ብዘበን ፡ ጣልያን ፡ ትም ፡ ደኣ ፡ በል ።

## 281. ሐይሊ ፡ ደግያት ፡ ሐድገምበሳ ።

1. ደግያት ፡ ሐድገምበሳ ፡ ወዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ግልወት ፡ ሐለቓ ፡ ማንዳ ፡
ናይ ፡ ኢጣልያ ፡ ኾይኑ ፡ ካብ ፡ ባሕሪ ፡ እናወጸ ፡ ይዘምት ፡ ነበረ ። ሓደ ፡
ግዜ ፡ ንደቂ ፡ መሓረ ፡ ወደቓ ፤ እንተኸነ ፡ ተኣዋይዮም ፡ ጸመዱሉ ፤ እ
ሞ ፡ ተሳዕረ ።
2. ድሕርዚ ፡ ኸአ ፡ ኢጣልያ ፡ ኽወጹ ፡ ኸለዉ ፡ ግዝኣት ፡ ዘማት ፡ ሓ
3. ዘ ። ካብኡ ፡ ንጸዐዘጋ ፡ ኽኽይድ ፡ ነቐለ ፤ እሞ ፡ አብ ፡ ሀዘጋ ፡ ምስ ፡ ቀረ
በ ፡ ተሰሊፉ ፡ መጸ ። ሰብ ፡ ሀዘጋ ፡ ኸአ ፡ « ጠፋእና ፡ » ይሎም ፡ ኣውያ
4. ት ፡ ጌሮም ፡ እቶም ፡ ቅሩባት ፡ ዝነበሩ ፡ ተሰለፉ ። ነሱ ፡ ኸአ ፡ « ምሕላ
ፍ ፡ መገዲ ፡ ኸሊኦምኒ ፡ » ይሉ ፡ ተዋግኦም ፡ መታን ፡ ሕነ ፡ አቡኡ ፡ ኽ
ፈዲ ። እኒ ፡ ሀኔታ ፡ ሰንጋል ፡ አብኡ ፡ ሞተ ። ደግያት ፡ ሐድገምበሳ ፡ ኸ
አ ፡ ነታ ፡ ዐዲ ፡ ተኾሹ ፡ አሕኦም ፡ ዘሚቱ ፡ ንሐያሎይ ፡ ድማ ፡ ገሪፉ ፡ ና
5. ብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ በጽሔ ። ሐያሎይ ፡ ሰብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ እኳ ፡ ነቶም ፡ ዝሀደሙ ፡
ደቂ ፡ ሀዘጋ ፡ ዘመተዎም ፤ እንተኸነ ፡ ልጅ ፡ አበራ ፡ አሕኦም ፡ መልሹ ፡
ይኣልዮም ፡ ነበረ ።
6. ካብኡ ፡ ደግያት ፡ ሐድገምበሳ ፡ አብ ፡ ዐዱ ፡ ኽምለስ ፡ ከሎ ፡ ነቶም ፡
ጸላእቱ ፡ ናብ ፡ ድምበዛን ፡ ዝረኸቦም ፡ ዘበለ ፡ አለልዒሉ ፡ ይገርፎም ፡ ነ
7. በረ ። በቲ ፡ እዋንቲ ፡ ኸምዚ ፡ ይሎም ፡ ደረፉሉ ፤

ሳላ ፡ ሐድገምበሳ ፤
በሊዐክን ፡ ደቅሳ ።

ድሕሪኡ ፥ በረምበረስ ፡ ይልማ ፡ ወዲ ፡ ደግያት ፡ ካፈል ፡ ካብ ፡ ኢ 8.
ጣልያ ፡ ሸፈቱ ፡ ነበረ ፤ እሞ ፥ ደግያት ፡ ሐድገምበሳ ፥ ሕጁ ፡ ኸእትዎ ፥
ብፍቓድ ፡ መንግስቲ ፡ ናብ ፡ ደምበላስ ፡ ወሪዱ ፡ ተዋግአ ። እንተኾነ ፥ አ
ይኮነሉን ። ሽው ፡ ኸምዚ ፡ ይሎም ፡ አላገጹሉ ፤ 9.

ወዲ ፡ ግልወት ፡ እገር-ቓሪዖ ፤
ወዲ ፡ አቫ-በሰው ፡ ብጥይት ፡ ቀልዖ ።

ማእሰርቲ ፡ ደግያት ፡ ሐድገምበሳ ። 282.

ምስኖይዚ ፡ ኸአ ፥ ደግያት ፡ ሐድገምበሳ ፡ ንሓደ ፡ ትግራዋይ ፡ ፈዋ 1.
ሳይ ፥ ንወዲ ፡ ሐወቡኡ ፡ ኽፍውሰ ፡ ኸሎ ፥ እቲ ፡ ሕሙም ፡ ሞተ ፡ እሞ ፥
ነቲ ፡ ፈዋሳይ ፡ አልዒሉ ፡ ቐተሎ ። ነታ ፡ ሰበይቱ ፡ ኸአ ፥ ኸይትነግር ፡ ይ 2.
ሉ ፥ ዓቀይቱ ፡ ጌሩ ፡ ንትግራይ ፡ አሳገሩ ። እንተኾነ ፡ ንሳ ፡ ናብ ፡ አስመ
ራ ፡ ተመልሻ ፡ ጠርዔት ። ከምኡ ፡ ድማ ፡ መኳንንቲ ፥ እኒ ፡ ደግያት ፡ ስ 3.
ብሃቱ ፡ ይጸልእዎ ፡ ነበሩ ።

ድሕርዚ ፡ ደግያት ፡ ሐድገምበሳ ፡ ሐርማዝ ፡ ቀቲሉ ፥ ክምረቅ ፥ አ 4.
ብ ፡ መንጆር ፡ ድማዮ ፡ መጻ ። ነሱ ፡ ኸአ ፡ መሪቁ ፥ « ኪድ ፡ በል ፤ ካብ ፡
ጅንናር ፡ ክትምረቕ ፥ ንበጽዐ ፡ ውረድ ፥ » የሎ ። አብ ፡ ባጽዐ ፡ ምስ ፡ ተ 5.
መረቀ ፡ ኸአ ፥ « ምስ ፡ ንጉስ ፡ ሬ ፡ አራኽቡኒ ፥ » የሎም ። ጅንናር ፡ ከ
አ ፥ « ሕራይ ፤ ክዳን ፡ ከነስፍየልካ ፥ ቄቡዕ ፡ ክንሻየጠልካ ፥ ጫማ ፡ ኽንገ
ብረልካ ፥ » ይሉ ፡ አቐነዮ ። ደሐር ፡ ግና ፥ « ሓዝዎ ፥ » ይሉ ፡ ንዓሰም ፡
ሰሰዶ ።

በዚ ፡ ኸምዚ ፡ ተአሲሩ ፡ ናብ ፡ ዓሰም ፡ ሞተ ። ስድርኡ ፡ ኸአ ፥ ገ 6.
ሊአም ፡ ሸፈቱ ፥ ገሊአም ፡ አብ ፡ ኢጣልያ ፡ ዕስክርነት ፡ ተኸተቡ ።

## 283. ሽፍትነት ፡ ልጅ ፡ አበራ ።

1. ድሕሪ ፡ ሞት ፡ ከንቲባ ፡ ሃይሉ ፡ ልጅ ፡ አበራ ፡ ናይ ፡ ተኸሌ-ዐገባ ፥
ልጅ ፡ ጕብሳ ፡ ናይ ፡ ሚናበ-ዘርኣይ ፡ ሹማምቲ ፡ ኾኑ ።
2. ድሕሪ ፡ ቕሩብ ፡ አዋርሕ ፡ ግና ፡ ጣልያን ፡ ንልጅ ፡ አበራ ፡ ኸአ ፡ ኸ
አስሮ ፡ ደለ ። ልጅ ፡ አበራ ፡ ኸአ ፥ ምኽሩ ፡ ብገለ ፡ ፈታዊ ፡ ምስ ፡ሰምዔ ፥
3. ንስድርኡ ፡ አኪቡ ፡ ናብ ፡ ዐንሰባ ፡ ሸፈተ ። በችኒ ፡ እተባህለ ፡ ግብጣን ፡
ከአ ፥ ክሕዞ ፡ ይሉ ፥ ንዐንሰባ ፡ ሰዓበ ። ሽዑ ፡ ናብ ፡ ምድሪ ፡ ደቂ ፡ ሸሃይ ፥
4. ዋልታ-መድሓኒት ፡ አብ ፡ እተበሀል ፥ ንግብጣን ፡ በችኒ ፡ ቐተሎ ። ብድ
ሕርዚ ፡ ልጅ ፡ አበራ ፡ ናብ ፡ ምድሪ ፡ ሐማሴን ፡ አዕገርጊሩ ፡ አዕገርጊሩ ፥
ጣልያን ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ባሕሪ ፡ አርኪቡ ፡ ተዋግአ ። እንተኾነ ፥ አበራ ፡
5. ጮሌ ፡ ነበረ ፡ እሞ ፥ ሀዲሙ ፡ ወጸ ። ቅድም ፡ ብሰፍኣ ፡ አቢሉ ፡ ኸደ ፤
ደሐር ፡ ግና ፡ ሕንዙልምሽ ፡ ምልስ ፡ ይሉ ፥ አብ ፡ አጓዱ ፡ አስመራ ፡ ተ
ሐቢኡ ፡ ቐነ ። « ከይዱ ፥ » ይሎም ፡ ምስ ፡ ቀበጹ ፡ ኸአ ፥ በለኻ ፡ ይሉ ፥
6. ብእኹለ-ጕዛይ ፡ አቢሉ ፡ ናብ ፡ ዐጋሚ ፡ ተሳገረ ። ሽዑ ፡ ናብ ፡ ራእስ ፡ ስ
ብሃት ፡ አትዩ ፡ ተማዕቈበ ።
7. ብሰሪ ፡ ሽፍትነት ፡ ልጅ ፡ አበራ ፡ ኸአ ፡ ጣልያን ፥ « ማይ-እንጌራ ፡
አይትሃብዎ ፤ ዐድኹም ፡ አይተእትውዎ ፥ » ይሉ ፡ ነበረ ፤ እሞ ፥ በዚ ፡ ም
ኽንያትዚ ፡ ብዙሓት ፡ ሰብ ፥ እናተኸሱ ፥ ተአስሩን ፡ ተደብደቡን ። እኚ ፡
ኸንቲባ ፡ ተስፋ-ጼን ፥ [በዓል ፡ ዐዲ ፡ ንአምን ፥ ኩብ ፡ ዐዲ ፡ ዕያል ፥] አብ ፡
ዓሰም ፡ ሞቱ ፤ አባት ፡ ናይ ፡ ደብረ-ሲና ፡ ኸአ ፡ ተደብደቡ ፤ ቤተኽስያን ፡
8. ዐዛውል ፡ ድማ ፡ ተተኰሰ ። ንጸዐዘጋ ፡ ኸንድዳ ፡ ደልዩ ፥ ሰባን ፡ ማላን ፡
ከይወጽእ ፡ ምስ ፡ ከበባ ፥ ቀሺ ፡ ስቤንሶን ፡ ንጅንኖር ፡ ጋንዶልፊ ፡ ለሚ
ኖም ፡ አምሓርዋ ። እንተኾነ ፡ ንገዛ ፡ ደገ ፡ አፍረሰ ፤ ከምኡ ፡ ድማ ፡ እ

ቶም ፡ ብሐቂ ፡ ምስ ፡ አበራ ፡ ዝሸፈቱ ፥ አባይቶም ፡ አንደዶ ። ስለዚ ፣ ገ 9.
ዛ ፡ ደገ ፥ ሸዐ ፡ ምስ ፡ ፈረሰ ፥ ክሳዕ ፡ ሕጂ ፡ ዖንዩ ፡ አሎ ።
ልጅ ፡ አበራ ፡ ኸአ ፡ ደሐር ፡ ኣብ ፡ ሐጸይ ፡ ምለሊኽ ፡ አቶ ። ንጉስ ፣ 10.
ከአ ፥ ነሶሉ ፡ ዙረቱን ፡ መኸርኡን ፡ ምስ ፡ ሰምዐ ፥

« ከሸህ ፡ አማራ ፤
አንድ ፡ አበራ ፤ »

ይሎም ፡ ብጽቡቕ ፡ ተቐበልዎ ፤ ድግዝምነት ፡ ከአ ፡ ሃብዎ ። ክሳዕ ፡ ሕ 11.
ጂ ፡ ኸአ ፡ ብትሕቲ ፡ ንጉስ ፡ ኣብ ፡ ሐድሽ-አበባ ፡ አሎ ።

## ዛንታ ፡ ጻዕዳ-ኽስታን ፡ ብሐጺሩ ። 284.

ብግዝኣት ፡ ራእስ ፡ አሉ ፡ ጕበሳ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ወልደ-ገብሪኤልኒ ፡ 1.
ልጅ ፡ ሀብተ-ጼን ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ንጉሰን ፡ ኣብኦም ፡ አትዮም ፡ ምስሌ
ንነት ፡ እንዳ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ሓዙ ። ካብኦም ፡ ጕበሳ ፡ ቕድሚ ፡ ሐጸይ ፡
ዮሀንስ ፡ ሞተ ፤ ልጅ ፡ ሀብተ-ጼን ፡ ድማ ፡ ብሐሳዊ ፡ ተኽሸሹ ፡ ናብ ፡ ን
ጉስ ፡ ከደ ። ብድሕርዚ ፡ ልጅ ፡ ተሰማ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ጸጋይ ፡ ኣብ ፡ ጣ 2.
ልያን ፡ አትዩ ፡ ሽመት ፡ አቡኡ ፡ ለመነ ፤ አሞ ፥ ክልተ ፡ ዓመት ፡ ዝአክ
ል ፡ ከም ፡ ሹመኛ ፡ ዐዲ ፡ ኹይኑ ፡ ጸንሔ ። ድሕርዚ ፡ ምስ ፡ አበራ ፣
ኸደ ።
ድሕሪ ፡ እቲ ፡ ዘበንቲ ፡ ኣብ ፡ ጻዕዳ-ኽስታን ፡ በዓል ፡ ቀምሽ ፡ አይ 3.
ነበሮምኒ ።

## ሞት ፡ ደግያት ፡ ባህታ ። 285.

ደግያት ፡ ባህታ ፡ ኻብ ፡ ሐጸይ ፡ ዮሀንስ ፡ ሸፈቶም ፡ ኣብ ፡ ኢጣል 1.
ያ ፡ አተዉ ። መንግስቲ ፡ ኢጣልያ ፡ ኸአ ፡ አኽቢሮም ፡ ድግዝምነት ፡ አ

2. ብ ፡ እኸለ-ጐዛይ ፡ ብምልኡ ፡ ሃብዎም ። እንተኾነ ፡ መንግስቲ ፡ ኢጣል
ያ ፥ እናጸንሐ ፥ መሬት ፡ እኸለ-ጐዛይ ፡ ክወስዱ ፡ ጀመሩ ። ደግያት ፡ ባህ
ታ ፡ ኸአ ፡ እዚ ፡ ርእዮም ፥ ንሐዎም ፡ ሰንጋል ፥ « ንሸፍት ፥ » የልዎ ። ሰ
ንጋል ፡ ከአ ፥ « እንታይ ፡ ከነልዕል ፥ ካብ ፡ ኢጣልያ ፡ ሸፈትና ፤ » የሎም ።
3. ሽው ፡ ደግያት ፡ ባህታ ፡ ብኣውሎ ፡ ንሐዎም ፥

« ዎ ፡ ሰንጋል ፥ ሐወይ ፤ አመና ፡ አይትዐሹ ፤
ጻዕዳ ፡ ተመን ፡ እንድሕሪ ፡ ነኸሹ ፤
ደላሊኻ ፡ ዘይርከብ ፡ ፈውሱ ፤ »

ይሎም ፡ መለሱሉ ። ሐዎም ፡ ከአ ፡ ሕራይ ፡ ይሉ ፡ ሰዓቦም ።
4. ካብኡ ፡ ንትነንቲ ፡ ሳንጉነይቲ ፡ ምስ ፡ አስተርጓሚኡ ፡ ደግያት ፡ ባ
5. ህታ ፡ አሰርዎ ። ብኡ-ብኡ ፡ ኸአ ፡ ነቶም ፡ አብ ፡ ሐሊበ ፡ ዝነበሩ ፡ ዐስከ
ር ፡ ኢጣልያ ፡ ምስ ፡ ግብጣኖም ፡ ከቢቦም ፥ « አናፍጥቲ ፡ መንግስቲ ፡ አ
ሕሊፍኩም ፥ ከይቐትለኩም ፥ ሃቡኒ ፥ » የልዎም ። እቲ ፡ ግብጣን ፡ ከአ ፥
6. « ሰብ ፡ ስደዱ ፤ ሕራይ ፤ ክንህበኩም ፥ » እናለ ፥ አዛናግዖም ። አብ ፡ መን
ጎዚ ፡ ኻብ ፡ አስመራ ፡ ዝመጹ ፡ ዐስከር ፡ ብድሕሪኦም ፡ መጺኦም ፡ ንደ
7. ግያት ፡ ባህታ ፡ ተዋግእዎም ። ደግያት ፡ ባህታ ፡ ተሳዕሩ ። ሰቦምኒ ፡ ሐዎ
ም ፡ ሰንጋልኒ ፡ ሀዲሞም ፡ ወጹ ፤ ባዕሎም ፡ አብታ ፡ ውግእ ፡ ሞቱ ።
8. እዚ ፡ ኸልቲ ፡ ዓመት ፡ ቅድሚ ፡ ውግእ ፡ አባ-ገሪማ ፡ ኾነ ።

## 286. ውግእ ፡ ሐጸይ ፡ ምለሊኽ ፡ ምስ ፡ ኢጣልያ ።

1. ድሕርዚ ፡ ራእስ ፡ መንገሻ ፡ ወዲ ፡ ሐጸይ ፡ ዮሃንስ ፡ አብ ፡ ኰዓቲት
2. ኒ ፡ አብ ፡ ሰንዓፈን ፡ ምስ ፡ ጣልያን ፡ ተዋጊኦም ፡ ተሳዕሩ ። ንጉስ ፡ ምለ
ሊኽ ፡ ከአ ፡ ሐመደ-ግዳም ፡ ዝኾነ ፡ ሰራዊት ፡ ሒዞም ፡ መጺኦም ፥ ንጣል
ያን ፡ ቅድም ፡ አብ ፡ እምባ ፡ አላጀ ፥ ድሕሪኡ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ መቐለ ፡ ሰዓ

ርዎ ። እንተ'ኸነ ፣ ኣውራ ፡ ድል-ገብያ ፡ ናብ ፡ ዓድዋ ፡ 'ኸነ ፣ ሰምበት ፡ መ
ዓልቲ ፡ ናብ ፡ ወርሒ ፡ ለኻቲት ። ብዙሓት ፡ ኣብኡ ፡ ሞቱ ። እኒ ፡ እቲ ፡ 3.
ጀግና ፣ ከንቲባ ፡ ተድላ ፡ ወዲ ፡ ደግያት ፡ ስብሃቱ ፣ « ኣብዚ ፡ ወደቐ ፣ »
ከይተባህለ ፣ ጠፍኤ ፤ ጀግናን ፡ ሃጥርኒ ፡ ነበረ ። ኣርባዕተ ፡ ሽሕኒ ፡ ሽ
ድ'ሽቱ ፡ ሚእትን ፡ ጣልያን ፡ ተማረኹ ፤ ኣሽሓት ፡ ዐስከር ፡ ከአ ፣ ደቂ ፡
ኢትዮጵያ ፣ 'ሽፍታ ፡ ተብሂሎም ፡ ኢደ-እግሮም ፡ ሰኣኑ ።

እንተ'ኸነ ፡ ንጉስ ፡ ንመወዳእትኡ ፡ ምስ ፡ ጣልያን ፡ ዕርቂ ፡ ጌሮም ፣ 4.
ንመረብ-ምላሽ ፡ ወፍዮም ፡ ሓደጉሉ ። በዚ ፡ 'ኸምዚ ፡ ንሕና ፣ ሰብ ፡ ሓ
ማሴን ፣ ጠፊእና ፡ ተረፍና ። በዚ ፡ ነዚ ፡ 'ኾሎ ፡ ርእዩ ፡ ዘስተንተነ ፡ ሰብ ፡ 5.
ከምዚ ፡ ይሉ ፡ ገጠመ ፤

ወሬሳው ፤ ብድርቡሽ ፤ ምስ ፤ ፈለሰ ፤
ንጉስ ፤ ባሕሪ ፤ መጸ ፣ እናሐመሰ ፤
መድፍዕኒ ፤ ርኪትኒ ፤ እናተኰሰ ፤
እልፊ ፤ ጨዋ ፤ እናአሰረ ፣ እናሐበሰ ።
ነኳል-ኢዱ ፤ ይመጽእ ፣ ትብሉና ፣ ቴድሮስ ፤ 6.
'ገጹ ፤ 'ኸይርኤና ፣ ምድሪ ፤ መሰ ፤
ንፈርኦን ፤ ዘጥፍኤት ፤ በትሪ ፤ ሙሴ ፤
ባዕልኻኼ ፤ ትፈልጥ ፣ ስላሰ ፤

## ደግያት ፡ ጐብሳ ። 287.

ልጅ ፡ ጐብሳ ፡ 'ኸአ ፣ ልጅ ፡ ኣበራ ፡ ምስ ፡ ሸፈተ ፣ ንምሉእ ፡ ደቐቱ 1.
ሽምኒ ፡ ዐንሰባን ፡ ክጥቕልሉ ፣ ጥልያን ፡ ሃቦም ፤ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ድሕሪ ፡
ሓያሎይ ፡ እዋን ፡ ድግዝምነት ፡ ሸሞም ። እንተ'ኸነ ፡ ነጋሪት ፡ ኣየጽዓኖ
ምኒ ፤ ደግያት ፡ ተስፋ-ማርያም ፣ በዓል ፡ ዐዲ ፡ ኳላ ፣ ጥራይ ፡ ነጋሪት ፡
ጻዓነ ። ደሐር ፣ ነጋሪት ፡ ደግያት ፡ ተስፋ-ማርያም ፡ መሬቖም ፡ ምስ ፡ ተ 2.

መልሱ ፥ ሓደ ፡ ሐኽከሮም ፥ « ጥይትኒ ፡ ነፍጥን ፡ ሐቢኡ ፡ አሎ ፥ » ይ
ሉ ፡ ኸሰሶም ። ጥልያን ፡ ከአ ፥ በዚ ፡ ነገርዚ ፡ እተላዕለ ፥ ዳንኖቶም ፡ ገፊ
3. ፉ ፡ አናፍጥቶም ፣ አግደፎም ። ብድሕርዚ ፡ ኸአ ፡ ነሶም ፡ ከም ፡ ስዑር ፡
ሹም ፡ ኰይኖም ፡ አብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ተቐመጡ ፤ ደቀተሸምኒ ፡ ዐንሰባን ፡ ከ
አ ፡ በብጭቕአም ፡ አብ ፡ ኰሚሳርዮ ፡ ይአትዉ ፡ ነበሩ ። ጸኒሐ ፡ ጸኒሐ ፡
4. ግና ፥ ሐያሎይ ፡ አናፍጥትን ፡ ዳንነትኒ ፡ ጥል ያን ፡ መለሰሎም ። አብ ፡ መ
ንጎዚ ፡ ብንእስነቶም ፡ ተመንከሉ ።
5. ብድሕርዚ ፡ ሐደ ፡ ኻብ ፡ ቤተ-ሰቦም ፡ ከምዚ ፡ ይሉ ፡ ደጕዐሎም ፤

« ወዲ ፡ ገረ-ማርያም ፥ ዝገዝአ ፡ ረምቲቶም ፤
አታ ፤ ወዲ ፡ ሃይሉ ፥ ዝገዝአ ፡ ረምቲቶም ፤
ሰረወታይ ፡ ይነግስ ፥ ምልኺት ፡ ንዋቶም ፤
አገለታይ ፡ ይነግስ ፥ ምልኺት ፡ ንዋቶም ፤
ካርንሽማይ ፡ ይነግስ ፥ ምልኺት ፡ ንዋቶም ፤
ድምበዛናይ ፡ ይነግስ ፥ ምልኺት ፡ ንዋቶም ፤
ሀዘገታይ ፡ ይነግስ ፥ ምልኺት ፡ ንዋቶም ፤ »

የሎም ።

6. ልጅ ፡ ወልደ-ስላሰ ፡ ወዲ ፡ ደግያት ፡ ተሰማ ፡ ናብ ፡ እንዳ ፡ እኑኡ ፥
አብ ፡ አኽትስም ፥ ዐበዩ ፥ ሕጂ ፡ ድሕሪ ፡ ሞት ፡ ደግያት ፡ ጕበሳ ፡ አብ ፡
እንዳ ፡ አቡኡ ፡ ተመልሹ ፡ ናብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ይቕመጥ ፡ አሎ ።

## 288. ሞት ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ።

1. ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ድማ ፥ ብሞት ፥ ሐጸይ ፡ ዮሀንስ ፡ ምስ ፡ ተ
ፈትሐ ፥ አብ ፡ ራእስ ፡ መንገሻ ፡ አትዮም ፡ ምስአም ፡ አብቲ ፡ ውግእ ፡
ኰዓቲትኒ ፡ ሰንዓፈን ፡ ወዓሉ ። አ በኡ ፥ መጽሓፍ ፡ ዛንትአምኒ ፡ ዛንታ ፡
ዐዶምኒ ፡ አጽሒፎም ፡ ኔሮም ፥ ካብ ፡ ሰንዓፈ ፡ ኽሀድሙ ፡ ኸለዉ ፥ እ

ታ ፡ መጽሓፍ ፡ ጠፍአቶም ። ብድሕርዚ ፡ ናብ ፡ አኹስም ፡ ይቕመጡ ፡ 2.
ነበሩ ። አብኡ ፡ ኸለዉ ፡ ግና ፤ ካብ ፡ ደቒ ፡ ጻዐዘጋ ፡ ብምሕላፍ ፡ መገጾ 3.
ም ፡ እንተ ፡ መጽዎም ፤ ብጽቡቕ ፤ ብሕሩድ ፡ ብመስተ ፡ ደአ ፤ ይቃበበል
ዎም ፡ ነበሩ ፡ እምበር ፥ አይተቐየምዎም ፡ አይቀተልዎም ። አብ ፡ መንጎ 4.
ዚ ፡ ደግያት ፡ አበራ ፡ ኸአ ፡ ኻብ ፡ ጣልያን ፡ ወጺኦም ፡ አኹስም ፡ መ
ጹ ። ነሶም ፡ ድማ ፡ ንልጅ ፡ በዛብህ ፡ ወዲ ፡ ደግየት ፡ መስፍን ፤ ወዲ ፡ ጸ
ላኢሉ ፡ ኽነሱ ፤ ከም ፡ ሐዉ ፡ ጌሩ ፡ ሕጅዎ ፡ ነበረ ፥ ደሐር ፤ ምስ ፡ ጩና
ቕ ፤ ፈንዩ ፤ ከይቀተሎ ፤ ሐደጎ ። ደግያት ፡ አበራን ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤ 5.
ልን ፡ ኸአ ፤ አብ ፡ አኹስም ፡ ምስ ፡ ተራኸቡ ፤ ራእስ ፡ ወልደንከኤል ፡
ንደግያት ፡ አበራ ፡ ብጽቡቕ ፡ ተቐበልዎ ፥ እሞ ፤ ከምዚ ፡ የሉ ፥ « አታ ፤
ከባናስ ፡ ደቕና ፡ ለቢሞም ፤ » የሉ ። መወዳእትኡም ፡ ከአ ፤ አረጎም ፡ ሰ 6.
ድመ ፡ ጸጊቦም ፤ ብሕማም ፡ አብ ፡ አኹስም ፡ ሞቱ ፤ አብኡ ፡ ድማ ፡ ተ
ቐብሩ ።


ልጅ ፡ ሃይለ-መለኮት ፡ ወዲ ፡ ራእስ ፡ ወልደንከኤል ፡ ሕጂ ፡ ናብ ፡ 7.
ሐድሽ-አበባ ፡ አሎ ። ልጅ ፡ በዛብህ ፡ ወዲ ፡ ደግያት ፡ መስፍን ፡ ግና ፡
ብድሕሪ ፡ ሞት ፡ አበሐጉኡ ፡ ናብ ፡ እንዳ ፡ አቡኡ ፡ ተመልሹ ፤ አብ ፡ ሀ
ዘጋ ፡ ደቕሹ ፡ ደጊ ፡ ይጸንዕ ፡ አሎ ።


## ዳሕራይ ፡ ውግእ ፡ ጸዐዘጋን ፡ ሀዘጋን ። 289.

ሕጂ ፡ ብዘበን ፡ ጣልያን ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ መንጎ ፡ ጸዐዘጋን ፡ ሀዘጋን ፡ ሰ 1.
ላም ፡ ኰይኑ ፡ አሎ ፥ ካብቲኣቶም ፡ ኮነ ፡ ኻብቲኣቶም ፡ ነቲ ፡ ናይ ፡ ቀደ
ም ፡ ደም ፡ ክንድቲ ፡ ብሐረቕት ፡ ዝሓሰበ ፡ የልቦን ። ከምኡ ፡ ኸአ ፡ አ 2.
ቶም ፡ ብትእዛዝ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ሀዘጋ ፡ አትዮም ፡ ዝነበሩ ፡ ገ
ደቦታት ፡ ነንዐዶም ፡ ተመልሶም ፡ አለዉ ። ጸዐዘጋ ፡ ኸአ ፤ ካብቲ ፡ ብሰ 3.

ኑይ ፡ ባዲማቆ፟ ፡ ዝነበረት ፥ ሕጂ ፡ ግና ፡ ዑናስ ፡ ይትረፍ ፥ በዱቓት ፡ እ
ኳ፟ ፡ ይስራ፟ሕ ፡ አሎ፟ ።

4. እንተኸነ ፥ በዚ ፡ ሎሚ ፡ ዐቢ ፡ ሰላም ፡ ከም ፡ ዘሎ፟ ፡ ዝመሽ፟ል ፥ አብ ፡
5. መንጎአም ፡ ሓደ ፡ ባህሊ ፡ አሎ፟ ። ቅድሚ ፡ ምምጻእ ፡ ቴድሮስ ፡ አብ ፡
መንጎ ፡ ሀዘ፟ጋን ፡ ጸዐዘ፟ጋን ፡ አብ ፡ ጥቓ ፡ ዐዲ፟ ፡ ያዕቆብ ፥ ግራት ፡ ከንቲባ ፡
ዘርኣይ ፡ አብ ፡ ዝበ፟ሀል ፥ ሓደ ፡ ዐቢ ፡ ዐቢ ፡ ውሻ፟እ ፡ ከም ፡ ዝኸ፟ውን ፥
ካብኡ ፡ ንንየ፟ው ፡ ግና ፡ ብቴድሮስ ፡ እቲ ፡ ዐቢ ፡ መንግስቲ ፡ ሰላም ፡ ከ
ም ፡ ዝጅም፟ር ፥ ይበ፟ሀል ።


ዓዲ-ተኽላይ
ዓዲ-ፈላሲ
ሓበላ
ዓዲ-ንኣምን
ሕምብርቲ
ላዕላይ-ዓዲ
ታሕታይ-ዓዲ
ግራት-ገብሩ
ዓዲ-ገብራይ
ዓዲ-ከፈለት
ዓዲ-ጉላ
ደብረ እንድርያስ
ዓዲ-ኣሕፈራ
ዓዲ-ብሮ
ዓዲ-ፈለስቲ
ዓዲ-ኣኽሊ
ዓዲ-ናህባይ
ደንበ ተኽሉ
ደቂ-ጽንዓ
ዝባን ጻዕሪ
ዓዲ-ደቡስ
ዓዲ-ዑና
ደብረ መንቀርዮስ



ዓዲ-ሙሳ
ጎዳይፍ
ዳዕሮቃውሎስ
ጸሎት
ዓዲ-ራእሲ
ዓዲ-ጊዕዳድ
ዓዲ-ሓውሻ
ዓዲ-ሳምዛ
ዓዲ-ቖሺ
ዝግብ
ዓደ-ብዛማት
እምበይቶ
ሰላዕዳዕር
ዓዲ-ኣሕደርም
ዓዲ-ራዳ
ዳንባ
ወቐርቲ
ሽከቲ
ዓዲ-ሳምዛ
ደብርዋ
ዓዲ-ግማ
ደቀምሓረ
ሰገነይቲ
ኩርባርያ
ዓዲ-ራእሲ
ዓዲ-ንፋስ
ዓዲ-ጎልጎል
ጉራዕ
ተራ እምኒ
ጉላ

# ዛንታ
# ሃዘጋን ጸዓዘጋን

ዛንታ ሃዘጋን ጸዓዘጋን፡ ኣብ መፈለምታ ናይዚ ዘሎናዮ ዘመንዚ፡ ብሽወደናዊ ዮውሃንስ ኮልሞዲንን ባህታ ተስፋሃንስን፡ ካብ "ዓበይትን ዝፈልጡን" ደቂ ዓዲ ጠይቖም ዝመዝገብዎ ዛንታታት እዩ። ጠያቓይ ዮውሃንስ ኮልሞዲን ኪኸውን ከሎ፡ ባህታ ድማ ኣቐራብ ሕቶን መዝጋብ መልስታትን ኮይኖም ብሓባር ኣከብዎ።

ኮልሞዲን ከም ዝገለጾ፡ ባህታ ካብቶም "ዓበይትን ዝፈልጡን" ዝሰምዖ ዘበለ ኩሉ መዝገበ። ድሓር ዮውሃንስ ኑቲ ብኢድ ባህታ ተጻሒፉ ዝተኣከበ ዛንታታት ናብ ፈረንሳኛ ተርጒሙ ብ 1912 ከም ድርሳን ዶክቶራዊ ዲግሪ ኣብ Archives D`Etudes Orientales Vol.5:1 Rom ኣሕተሞ። ባህታ ተስፋሃንስ ፍረ-ስርሑ ከይረኣየ ብድንገት ብድምያ ሓንጎል ሞተ።

ሽሕ'ኳ ዮውሃንስ ኮልሞዲን ኣብቲ ክፍሊ ትግርኛ ኣስማት እቶም "ዓበይትን ዝፈልጡን" እንተ ዘይረቑሖ ኣብቲ ቀጺሉ ዚስዕብ መቕድም ክፍሊ (ትርጉም) ፈረንሳኛ፡ ነቶም ዝስዕቡ "ዓበይትን ፈላጣትን" ምስጋና ኣቕረቡ ኣሎ።

ኣዝማች ተኽለሃይማኖት ወዲ ኣይተ ኣላ - ቅድሚ ሃብስሉስ ንዝነበረ እዋንን ዛንታ ደቂ ኣተሽምን ከምኡ'ውን ታሪኽ ኣብሓጉኦም ኣይተ ተወልደመድህንን ኣቦኦም ኣይተ ኣላን። ብፍላይ ንታሪኽ ልዑላንን መሳፍንትን ጸዓዘጋ ንዚምልከት ዛንታታት ኩሉ ንሶም እዮም ኣዘንትዮሞ።

ከንቲባ መርእድ (በቲ እዋን እቲ ወዲ 65 ዓመት ዝነበሩ) "ባህልን" "ኣውሎን" ብምሕዋስ ዛንታታት ዘሰፍሑ። እታ ድራማዊት ዛንታ "ማእሰርቲ ራእሲ ወልደሚኪኤል" ከንቲባ መርእድ እዮም ኣዘንትዮምዋ።

ቀሺ ገብረማርያም ወዲ ብጻይ - ዛንታ ሚናበ ዘርኣይ፡ ወለዶ ኣተሽም፡ ዛንታ ጀጋኑ ሃዘጋ ተሰፋጽዮንን ዘርኣይን።

ኣይተ ተሰፋጽዮን ኣልመዶም (ዓዲ ፈለስቲ) ዛንታታት ሰፍኣ። መስመር ይኹኖም ወዲ ዓዲ ቀንጺ ኣብ 86, 157:7, 172:5, 204:5, 6, 224 ዚርከቡ ዛንታታትን ግጥምታትን ኣበርኪቶም።

እታ ኣብ መጀመርያ ኣስፈሮማ ዘለዉ ኣፈታሪኽ ንግስቲ ሳባ፡ ኣውዓሎም ዓጽማይ ዚብሃል ኣረጊት ደንዓታይ ሓማሴናይ ኢዩ ኣዘንቲዩዋ።

ቀሺ ተወልደመድህን (ተርጓሚ መጽሓፍ ቅዱስ) ዘበርከትዎ ዛንታታት እውን ውሑድ ኣይኮነን፡ ከምኡ'ውን ካሎኦት ዓበይቲ ዓዲ።

ክሳብ ለይቲ ሎሚ፡ እዚ ኣገዳሲ ጸብጻብ'ዚ ሒደት ሰባት ጥራይ እዮም ዝፈልጥዎ ነይሮም። ካብ ነዊሕ እዋን ጀሚሩ፡ ኣብ ከባብየይን

ኣብ ወጻእን ዝነብሩ ኤርትራውያን ብዛዕባ እዚ ጸብጻብ እዚ ብምድግጋም ይሓቱኒ ስለ ዝነብሩ፡ ብፎቶ ኮፒ መልክዕ ቅዳሕ ብምሃብን ብምስዳድን ከም ዝረኽብዎ እገብር ነይረ። ከምኡ'ውን ኣብ ቤት ትምህርቲ መድላው መማሃራን ትግርኛ፡ እዚ ሰነድ እዚ ሓደ ካብቶም ንመምሃሪ ጥንታዊ ትግርኛ ዝጥቀመሎም ዝነበርኩ ጥረ - ነገር ቋንቋ ትግርኛ እዩ። እዚ ጽሑፍ እዚ፡ ኣብ ዓውዲ ቋንቋን ባህልን ትግርኛ፡ ዓቢ ተራ ስለ ዘለዎ እንሆ ሕጂ፡ እቲ ክፍሊ ትግርኛ መሰረታዊ ሕታሙ ከይተለወጠ ከም መጽሓፍ መልክዕ ንህዝቢ ይቐርብ ኣሎ።

ኣብ ዛንታ ሃዘጋን ጸዓዘጋን ዝርከቡ ቁም ነገርን ጭብጥን ጸንቂቑካ፡ እሞ ኣብዛ ሓጻር ጽሕፍቲ ክትዛረብ ቀሊል ኣይኮነን። ካብዚ መጽሓፍ'ዚ ተመዝጊቡ ዘሎ ያታታትን ባህልን ታሪኽን ተበጊሶካ ብዙሕ መጽሓፍትን ጸብጻባትን ንኽትድርድር ስለ ዘገድድ፡ ነባቢኡ ብወገኑ፡ ኣውራዱን ኣዳይቡን ኪሓስበሉ፡ ምስ ከምኡ ዝኣመሰሉ ሃገራውያን ኪማያየጠሉን መደብ ከውጽኡሉን ዓቢ ተስፋ ይግበረሉ ኣሎ። ብትሪ ንዝንበቡ ፊደላት ግን ፍሉይ መግለጺ ኬድልዮ እዩ።

ነባቢ ትግርኛ ነዚ መጽሓፍ እዚ ንመጀመርያ ጊዜ ገንጺሉ ኪርእዮ ከሎ፡ ኣቓዲሙ ቆላሕትኡ ዜንብረሉ እቲ ኣብ ልዕሊ ገሊኡ ፊደላት ዘሎ ሠ-ንጉስ ዚመስል ምልክት እዩ። እዚ ምልክት እዚ ዚርከቦም ፊደላት፡ ብትሪ ወይ ኣንዊሕካ ኪንበቡ ከምዘለዎም ይሕብር። ኣብ ቋንቋ ትግርኛ፡ ንሓደ (Consonant) ድምጺ ኣትሪርካ ወይ ኣንውሒካ ምድማጽ ብጣዕሚ ዝውቱር እኳ እንተኾነ ኣብ ጽሑፍና ኣይነመልክተሉን ኢና። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ሓደ ድምጺ፡ ብምትራር ወይ ብምንዋሕ ጥራይ ምስጢር (ትርጉም) ቃላት ክንልውጥ ንኽእል ማለት እዩ።
ንኣ.

ጠላዕ = ወረቐት
ጠላ፟ዕ = ትኽዝበለ ዓንዲ ሕቖ ዘለዎ ሰብ
ዘወረ = ኮላል በለ
ዘወ፟ረ = መርሐ ንኣ. ማኪና
ቁሩብ = ውሑድ
ቁሩ፟ብ = ዝተዳለወ ወ.ዘ.ተ

ትሪ ወይ ንውሒ ድምጺ ኣብ ትግርኛ ድርብ ትርጉም ንምፍላይ ጥራሕ ዘይኮነ ብመሰረቶም ኮነ ወይ ብረባሕትኦም ዝነውሑ ድምጽታት ዘለዎም ቃላት ብዙሓት እዮም። እዚ ኣብዚ ቐሪቡ ዘሎ ሓጺር መግለጺ፡ ነንባቢ እዚ መጽሓፍ ከም ሓበሬታ ንኪኾኖ ድኣምበር መጽናዕቲ ትሪ ወይ ንውሓት ድምጽታት ትግርኛ ብእተሓባለኽ ሕግታት እተሓጽረ ስለ ዝኾነ ናይ ብዙሓት ሊቃውንቲ-ቋንቋ ቆላሕታ ረኺቡ ኣሎ። ጽሑፍ ትግርኛ ብዓይኒ ስነ ቋንቋውያን ኣሮጳውያን ኪርእ ከሎ፡ ምልክት ትሪ ስለ ዘየርኢ ከም

ዓቢ ጉድለት ኰይኑ ይውሰድ።

ኮልሞዲን ኣብ መጽሓፉ ንውሒ ድምጽታት ምምልካቱ፡ ኣድላዪ ኢዩ ኢሉ ስለ ዝኣመነሉ ኢዩ። እዚ ተጠቒሙሉ ዘሎ ምልክት ኣብ ጽሑፍ ዓረበኛ ከም መትረሪ ወይ መንውሒ ድምጺ ኮይኑ የገልግል። ብዓረበኛ ስሙ ሸዳ ኪኸውን ከሎ ኣብ ጽሑፍ ዓረበኛ ልሙድ ዝኾነ ምልክት ጽሑፍ እዩ። እዚ ምልክት እዚ ኣብቲ ባህታ ዘዳለዎ ኢድ-ጽሑፍ የለን፡ ኮልሞዲን እዩ ኑቲ ዚነውሕ ዘበለ ድምጽታት ኩሉ ምልክት ትሪ ወይ ንውሒ ዝገበረሉ። በዚ ጥራይ፡ ኮልሞዲን ብቋንቋ ትግርኛ ዝነበሮ ክብ ዝበለ ብቕዓት ኪግምገም ይከኣል። እቲ ቀንዲ መገምገሚ ክእለት ኮልሞዲን መቸስ እቲ ትርጉም ፈረንሳኛ ኢዩ። ኣብዚ'ውን እንተኾነ የሃንስ ኮልሞዲን መዘና ዘይብሉ ዚነኣድ ስራሕ እዩ ገይሩ። ኮልሞዲን ኑቲ ዝኣከቦ ዛንታት ብዝተፈላለየ ኲርናዓት እዩ ኪገልጾ ሃቂኑ ዘሎ። ብዛዕባ እዚ እውን ኣብዚ ኣይኪልዓልን እዩ።

እቲ ኣብ ዕለታዊ ስርሑ ባህላዊ ቅርስታት ንኺዕቅብ ዚወናጨፍ ዘሎ ኣካል፡ ነዚ መጽሓፍ እዚ ኪመራመረሉን ከም መሳርሒ ኪጠቀመሉን ትምኒተይ እዩ። ኣባ ይሳሃቅ ገብረኢየሱስ ካብታ ብኢድ ባህታ ተሰፋሃንስ እተጻሓፈት ዛንታ ሃዘጋን ጸዓዘጋን ተበጊሶም ንዓና ኬሐጉሱ እዛ እትስዕብ እስተምህሮኣዊት ሓተታ ስለ ዘቕረቡልና ልባዊ ምስጋና ይብጻሓዮም።

ኪሮስ ፍረ ወልዱ

# ሓጺር ሓተታ

ዳርጋ ናይ ሰለስተ ሚእቲ ዓመታት ዕድመ ዚገብር ኣፋዊ ያታታት ሃዘጋ-ጸዓዘጋ ኣኪቡ ዘቐረበልና ጕፍር ጽሑፍ ኮልሞዲን፡ ናብቲ ካብ 1605-1632 ዓመተ ምሕረት ጀሚሩ፡ ኣብ መበል ዓሰረተው ትሽዓተ ዘበን ምስ ሕልፈተ ራእሲ ወልደሚካኤል ሕሳቡ ዝዓጸወ ፍሉይ ኵነታት ሃገርና ኣቢሉ ይወስደና።

ብባሕሪ ብትርኵ፡ ብሽበሳ ከኣ ብመርዛም ውዲታት ነገስታት ኣምሓራ ተቐርቂራ ኣብ መበል ዓሰርተው ሽድሽተ ዘመን ዝወደቐት ባሕሪ ጋሻዊት ድባርዋ፡ ካብ ዓባይ መሪሕ ናብ ቃርማ ጸዓዘጋ ምኟን ተለወጠት እሞ፡ ናይ ምድሪ ባሕሪ ሕምብርቲ ኣብ ሓደስቲ ዋናታት ሓለፈ። ብሃብትን ብጥሪትን ተቐቢሩ ዝነበረ ሓማሴን ድማ መሪሕነት ኪምንዝዕ ጸገም ኣይረኸበን።

ልዑልነት ሃዘጋ-ጸዓዘጋ፡ በቶም ምስኡ ናይ ሓባር መበቆል እውን ዝንየቱ ደቂ ሚናብ (እከለ-ጉዛይ) ዚድግፍ ነበረ። ሓደ ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ ዝበጽሐ ወተሃደራዊ ረፑብሊክ ሃኒጹ'ኳ እንተነበረ፡ ልዑልነት ሃዘጋ-ጽዓዘጋ ኣውራ ኣውራ ኣብ ናይ ሓድሕድ ውግእ ደኣ ተጠቐመሉ። በዚ ከኣ ንባዕዳዊ ኣእዳው ዕድል ከፈተ። ዛንታ ሃዘጋ-ጸዓዘጋ ነዚ ኵነታት'ዚ ኬንጸባርቕ ዚደሊ ኣፋዊ ያታታት ኣኻኺቡ የቕርበልና። ኣብዚ ግን በዚ ዓይነ'ዚ ኣይኮንናን እንምልከቶ። ኣብዚ እንምልከቶ ብባህላዊ ማዳይ'ዩ፡ ማለት ብስነጽሑፋዊ ዓይኒ ኢዩ።

ዛንታ ሃዘጋ-ጸዓዘጋ ብ 1912 ኣቢሉ ዝተጻሕፈ፡ በምሓራዊ ድምጽታት ዘይተለኸፈ ትግርኛዊ ጽሑፍ ኢዩ። ነዚ ዛንታታት'ዚ ብቓለም ዝሓንጠጣ ኣጻብዕ፡ ከምዚ ናይ ሎሚ ዘበናት ኣብ ስሩዕ ኣብያተ ትምህርቲ ተቐጥቂጠን ዝዓበያ ዘይኰናስ፡ ናይ ሓደ ብሓይሊ ድላይ፡ ንኹሉ ኣጋጣሚ ተጠቒሙ ዝማዕበለ ናይ "ባዕለ ምሁር" ኣጻብዕ ኢየን። ብዘይካ ሓድሓደ ናይ ፊደል ምድንጋር ወይ ምንጣር ከኣ እቲ ቃላት ብግቡእን መንቅብ ዘይብሉን ተሰኺዑ ይቕመጥ። ካብ ኣፍ ኣቦታት ከም ዘለዎ ኣብ ወረቐት ዝሰፈረ ቃላት ሓማሴናዊ ትግርኛ፡ ሓርነትን ሓይልን ዝለበሰ፡ ናብ ዝኾነ ጐረበት ምጽጋዕን መመሳእታ ምልቃሕን ዘየድልዮ፡ ብጽሕኑቱ ካብ ዘመስከረ ነዊሕ ዕድመ ዘለዎ ኢዩ። ዘይተበከለ ወይ ከኣ ብምልኡ ንምልኡ ሓዳሩ ዝወጸ "ልሳነ ሓበሲ = ቋንቋ ሓበሻ!" ብዛዕባዚ ካብዚ ዚኣክል ኪዝረብ ኣይከኣልን።

ንሱ ጥራይ ኣይኮነን። ጸሓፊ ብዛዕባ ሰነጽሑፍ ንጹርን ብዕምቈት ዝተጠንሰን ስነሓሳብ ኣለዎ። ብዛዕባ እቲ ክሳብ ሎሚ ኣብ ሊቃውንቲ ግእዝ ዚካትዕ ዘሎ ኣጠቓቕማ ፊደላት፡ ሰገድ ዘይብል መርገጺኡ ወሲዱ ኢዩ። ኣብ ገለ ገለ ጥራይ ስጉምቲ ኣይወሰደን፡

ሀ><ሃ-ሐ><ሓ-አ><ኣ-ዐ><ዓ ገና ናይ ሓባር ድምጺ ወኪለን ይርከባ። ዳርጋ ኩለን ንራብዓይ ድምጺ የገልግላ። ኀ፡ ሠ፡ ፀ ግን ተገሊፈን ኢየን።

እዚ ስርዓት እዚ ልክዕ'ዩ በፍቀርቲ ግእዝን መበቆልን ከም "በዓለገ volgare" ምስተወሰደን ምስተናዕቀን ኢዩ። ንታሪኻዊ ኣመጻጽኣን ኣመዓባብላን ድምጽታት ትግርኛ ኣብ ግምት ስለዘየእቱ።

ንወድሰብን ንባህሉን ፈላሊኻ ምርኣዩ ጽንኩር ነገር'ኳ እንተኾነ። ባህሊ ኣገልግሎት ወድሰብ ደኣ ኪውዕል ኣለዎ እምበር፡ ወድሰብ ናይ ባህሊ ግዙእ ኰይኑ ንዘልኣለም ኪተርፍ ኣይግባእን። በብቑሩብ ዘይፈልኞን ዘይልወጥን ነገር ከኣ ኣብዛ ዓለምና የልቦን።

ኣብ ጊዜ መግዛእቲ እንግሊዝ ኣብ ኣባይተ ትምህርትታትና ተኣታትዩ ኪዝርጋሕ ዕድል ዝረኸበን ናይ ሎሚ ሓፋሽ ባህልን ዝኾነ እዚ እንዛረበሉ ዘሎና ስርዓት ፊደል፡ ዝኾነ መበቍል ይሃልዎ፡ ናይ ሎሚ ክቡር ባህልና ኢዩ። ምድንጋር ዘይብሉ ንጹርን ስሉጥን ምእንቲ ኪኸውን ከኣ፡ ብዓበይትን ዝዓመቑን መጽናዕትታት ነጺሩ ብሕገ ሰዋሱው ኪጽብኞ ኣለዎ። በዘልማድ ዘይኰነስ፡ ኣየናይ ፊደል ነየናት ድምጽታት ክሳዕ ኣየናይ መድረኽ ከም ዚውክል ኪንጸር ይግባእ። እዚ ከኣ ናብ ዓውደ ድምጺ ኬእትወና እዩ ማለት ኢዩ።

ዛንታ ሃዘጋ-ጸዓዘጋ እዚ ጥራይ ኣይኮነን። እዚ እውን ዛንታ ሃገር እምበር ዛንታ ሃዘጋ-ጸዓዘጋ ጥራይ እውን ኣይኮነን። በቲ ናይ ካልኦት ዞባታት ሃገርና ተመሊኡ ዓቢ ባህላዊ ሃብቲ ኣሎና'ሞ፡ ፖለቲካዊ ዝምባሌታቱ ብዘየግድስ፡ ኣፍልወከፍና ብምልኡ ክንፈልጦን ክንመጽዮን ይግባእ። በዚ ዓበይቲ ባህላዊ ውርሻታታት ምስ ጸገብናን ብእኡ ምስ ዓኹኹናን ከኣ ግምባርናን ውጽህናን እቲ ናይ ብሓቂ ኤርትራዊ ግንባርን ውጽህን ኪኸውን ኢዩ።

ኣባ ይሳሃቅ ገብረኢየሱስ
15-10-1989 ሜዳ ኤርትራ